
ትዕቢት ጎሬያዶ

ዕላል ምስ ኤርትራውያን እሱራት ፖለቲካ



ደራሲ፡ - ዳን ኮኔል
ተርጓሚ ፡ - ናጽነት ኣስመሮም

ትዕቢት ካልያዶ

ዕላል ምስ ኤርትራውያን እሱራት ፖለቲካ

ደራሲ ዳን ኮኔል

ትርጉም
ናጽነት ኣስመሮም

መዘክርታ

ንዅሉም ኣንጻር ውልቀ ምልኪ ኢሳያስ/ህግደፍ ድምጽም ዘስምዑ፡
ንስለ ዴሞክራሲ፡ ልዕልና ሕጊን ብሩህ መጻኢን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቤት
ማእሰርቲታት እምባትካላን ዒራዒሮን ክብርቲ
ህይወቶም ዝወፈዩን ኣብ ከቢድ ስቓይ ዝርከቡን
እሱራት ፖለቲካን ጋዜጠኛታትን ኤርትራ።

ትሕዝቶ

መቕድም.....4
ዕላል ምስ ኤርትራውያን እሱራት ፖለቲካ
መእተዊ.....6
ዓመት ቅድሚ ዓፈና.....23
ዕላል ምስ ሃይለ ወልደንስአ “ድሩዕ”፡ 13/3/2000.....27
ዕላል ምስ ሃይለ ወልደንስአ “ድሩዕ”፡ 1/3/ 2001.....73
ዕላል ምስ ማሕሙድ ሸሪፎ፡ 1 ነሓሰ 2001.....75
ዕላል ምስ ጴጥሮስ ሰለሙንን ብርሃነ ገረዝጊሀርን፡ 2/8/2001.....83
ዕላል ምስ ዑቕበ ኣብርሃ፡ 2 ነሓሰ 2001.....100
ዕላል ምስ ዑቕበ ኣብርሃ፡ 7 ነሓሰ 2001.....104
ዕላል ምስ ሃይለ ወልደንስአ “ድሩዕ”፡ 13/3/2000.....108
ዕላል ምስ ጴጥሮስ ሰለሙን 23/8/2001.....129

ተለቃቢ (Appendix)
ውሻጠ ህግሓኤ.....140
መሪሕነት ሰውራዊ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ.....
ክፉት ደብዳበ ናብ ኩሎም ኣባላት ህግደፍ.....174
ጸሓፊ ህግደፍ ነተሰዓሪ መርገጺ ገለ ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ የቃልዕ.....207
ኣብ ክንዲ ጸለመ ብጭብጢ ምምጻት ይሓይሽ.....213
ህሉው ኩነታት እሱራት እምባትካላን ሂራሂሮን.....221

መደምደሚ ርእይቶ.....248

መቕድም

እዛ ብዳን ኮኔል ተደሪሳ ብ ናጽነት ኣስመሮም ተተርጕማ ዘላ መጽሓፍ፡ መበቈላዊ ኣርእስታ Conversation With Eritrean political Prisoners ማለት ዕላል ምስ ኤርትራውያን እሱራት ፖለቲካ ዚብል ኢዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ዚኣ እቶም ብ2001 ብግፍዒ እተኣስሩን ክሳዕ ለይተ-ለሚ ሃለዋቶም ዘይተፈልጠን ኣብ ዒራዒሮ ተደርብዮም ዘለዉ ኤርትራውያን ገዳይም ተጋደልትን መራሕትን ተዋጋእትን ጀጋኑን ቅድሚ ምእሳሮም ምስ ዳን ኮኔል ዝገበሩዎ ቃለመጠይቕ ብሰፊሑ ሰፊሩ ኣሎ።

ንሳቶም ነቲ እናሳዕረረ ዚኸይድ ዝነበረ ናይ ኢሳያስ ኣምባገነናዊ ባህርያትን ኣካይዳን ብምጥቃስ ነቲ መሪሕነት ካብ ናይ ጥፍኣት መገዲ ንምእላይ ቀንዲ ዕላማኦም ከም ዝኾነ ይገልጹ።

ብተወሳኺ ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ብዛዕባ ናይ ኢሳያስ ፍሉይ ዲታቶራይዊ ባህርያትን ሕቡእ ምንቅስቓሳትን ብዛዕባ ኣብያተ ማእሰርቲ ዒራዒሮን ካልኦትን እኹል መግለጺ ተዋሂቡ ኣሎ።

እቲ 5 ሚልዮን ኣይሁዳውያን ቀቲልካ ተባሂሉ ዝውረየሉ ዝነበረሞ ኣብ ኣርጀንቲና ተሓቢኡ ዚነብር ዝነበረ ኣይሽማን እተባህለ ናዚስታዊ ከይተረፈ፡ ብናይ እስራኤል ጸጥታ ምስ ተታሕዘ፡ ናብ እስራኤል ተወሲዱስ ከም ኑሉ ሰብ ጠበቓ ተገይሩሉ፡ መሰል ምክልኻሉ ከይተገፈፈ ኣብ ቤትፍርዲ ቀሪቡ እናተማገኦተ ኢዩ በቲ ዝገበሮ ዓብዪ ገበን መቕጻዕቲ ተቐቢሉ ብማሕነቕቲ ዝሞተ።

ጀጋኑን ገዳይምን ተጋደልትና ግን ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ሜዳ ምስ ሓጸውንትን ሓውን ሕንዛም ፕሮፓጋንዳ ጸላእን ተቓሊሶም ንሃገሮም ናጻ ምስ ኣውጽኡ፡ ኣምባገነን መራሒ ኤርትራ ናይ ባድመ ፍሽለቱ ናብኣም ብምጥዋይ፡ ነቲ ዘልዓሉዎ ናይ ደሞክራሲ ሕቶ ከም ክሕደት ገይሩ ብምቕራብ ንኺሓቁን ንኺምሽምሹን ናብ ቤትማእሰርቲ ዒራዒሮ ዳጉኑዎም ኣሎ።

ደራሲ መጽሓፍ ዳን ኮኔል፡ ንብዙሕ ዓመታት ምስ ሻዕብያ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ነቲ ውድብ ኣዳዕዲዑ ይፈልጦ ኢዩ። ነዞም ሕጂ ኣብ ዒራዒሮ ዚሓቁ ዘለዉ ጀጋኑ እውን ይፈልጦም ነይሩ ኢዩ። በዚ ግቡይ ተግባር ኣማሪሩ ድማ ንናይ ንሻዕብያ ማለት ህግደፍ፡ ኣመራርሓ ብምንቃፍ ተቓውሞኡ ይቕጽል ኣሎ።

ኣርእስቲ መጽሓፍ ትዕቢት ጎልያድ ኮይኑ ምቕራቡ፡ ትምክሕቲ ክሳዕ ክንደይ ናይቲ ውድብ ቀንዲ መለለዪ ኮይኑ ከም ዘሎ ይገልጽ። ትምክሕቲ ግን ንውድቀት ቀዲሙ ዚመጽእ ኩነት ደኣምበር፡ ዘላቕነት ዘለዎ ኣገባብ ኣመራርሓ ኣይኮነን። ከምቲ ትምክሕቲ ጎልያድ ብሓንዲ ዳርባ እምኒ እተወደአ፡ ትምክሕቲ ህግደፍ እውን ካብዚ ዚፍለ ኣይኮነን።

እሱራት ዒራዒሮ ህይወቶም ሰዊኦም ኢዮም። እቲ ንማእሰርቶምን ስቓዮምን ሞቶምን ተጸዋዒ ዝኾነ ህግደፍ ግን፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ጸሊም ነጥቢ ገዲፉ ይኸይድ ከም ዘሎ ኪግንዘብ ይግባእ።

ኣማኑኤል ሳህለ

ዕላል ምስ ኤርትራውያን እሱራት ፖለቲካ

ዳን ኮኔል

መእተዊ

2001---ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ተራእዩ ብዘይፍለጥ መልክዕ ንኣስታት ትሽዓተ ኣዋርሕ ብዛዕባ መራሕቱን ፖሊሲታቶምን ክፋት ክትዓት ዘካየደላ ዓመት'ያ ኔራ። ብ18 መስከረም 2001 መንግስቲ ኢሳያስ ፖሊሲታቱ ብቓልዕ ንእተቓወሙ 11 ፖለቲከኛታት ኣሲሩ ነቲ ቀንዲ መጽሓዪ ርእይቶ ዝነበረ ናጻ ፕረስ ምስ ዓጸዎ እዚ ተርእዩ ኣቋረጸ።

ምስ ሓሙሽተ ካብዞም ፖለቲከኛታት ዕላል ጌረ ኔረ። ንሓፈሻዊ መንፈስ እቲ ክትዓት በዚ ከቐምጦ ፈቲነ'ለኹ። እዞም ፖለቲከኛታት ኣብ ላዕለዋይ ስልጣን ዝነበሩን ሓርነታዊ ገድሊ ንነዊሕ ዓመታት ዝመርሑን ኢዮም። ናብ መዳጎኒ ኣትዮም ቅድሚ ምስዋሮም ብ «ጉጅለ-15» ኢዮም ዝፍለጡ ኔሮም። ብድሕሪኡ ብዛዕብኡም ዝተባህለ፡ ዝተሰምዐን ዝተነግረን ነገር የለን። ዝተኣስሩሉ ወንጀል ብዕሊ ኣይተገልጸን። እዞም ምሳይ ቃለ መጠይቕ ዝገበሩን «ቀንዲ ሃንደስቲ» ተባሂሎም እተወንጀሉን ገዲፍካ ካልኦት ሽዱሽተ 'ውን ኣለዉ። (*ሰለስተ ካብዚኣቶም ጀምላዊ ዓፈና ክግበር እንከለ ካብ ሃገር ወጻኢ ኢዮም ኔሮም፡ ሓደ ከኣ ኣንሳሒቡ!*)። ካብ'ዞም ፖለቲከኛታት ሓደ (ብመሰረት ምንጭታት መንግስቲ) ብሕማም ምሟቱ'ኳ እንተተነግረ መን ምኻኑን እንታይ ከም ዘጋጠሞን ዝተዋህበ ዕላዊ መግለጺ የለን። "ጉጅለ-15" ካብ ዝእሰሩ ንደሓር ዝኾነ ናይ ወጻኢ ተዓዛቢ ክርእዮም ወይ ክረኽቦም ኣይተገብረን።

ካብዞም ዕላላት ከም እንርድኦ፡ እዞም ሰባት እንታይ ከም ዘጋጥሞም ኣነጺሮም ይፈልጡ ኔሮም 'ዮም። ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ህግደፍ ኣትዮም ንሓዋሩ ከም ዝሓቁ ኣይጠፍኦምን። ስለቲ ዘልዓልዎ ሕቶታት ክብል ህዝቢ ንማእሰርቶም ተቓውሞኡ ከስምዕ ግን ተስፋ ኔርዎም። በዚ ድማ 'ዮም ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝለኣኹዎ ደብዳቤ ግንቦት 2001 ንህዝቢ ክፋት ዝገበርዎ። ቅድሚ ምእሳሮም ኣብ ዝነበራ ኣዋርሕ ምሳይ ክዛረቡ ዝወሰንሉ ምኽንያት 'ውን እዚ'ዩ ኔሩ። ንዕላምያም ደገፍ ይሃብ ኣይሃብ ብዘየገድስ፡ ህዝቢ ነቲ ዝብልዎን ዝገብርዎን ክርዳኣሎም ይደልዩ ኔሮም። ብዛዕባ ዕድልን መጻኢን ኤርትራ ዝነበረ ሃናጺ ክትዕ ክቕጽል ከኣ ድሌቶም ኢዩ ኔሩ። ኣነ'ውን ተስፋይ ንሱ'ዩ።

ነዚ ዕላላት ክጅምሮ ዝደረኽኒ ምኽንያት ኣሎ። ድሕሪ ናጽነት ንዝተኸስተ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኤርትራን ጠንቁን ብመንጽር ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤ ክርእዮ ካብ ዝጅምር ኣይወሓደንን። ቅርጺን ኣሰራርሓን ሕቡእ ፖለቲካዊ ውድብ (ኤ.ማ.ሰ) ዝያዳ ብዝነጸረለይ መጠን፡ ድሕሪ ሓርነት ዝሰዓበ ቃናን ኣንፈትን ህግደፍ ብውድባውን ፖለቲካዊን ኣሰራርሓ'ዚ ስቱር ውድብ ዝተቓነየ ምንባሩ ኣጸቢቑ በርሃለይ።

መበገሲ'ዚ ቅልውላው ግና እንታይ ኢዩ?

ብዕጥቃዊ ቃልሲ ስልጣን ዝጨበጠ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናብ ሲቪላዊ መንግስቲ ምውህሃድ ስለ ዘሸገሮ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ሽግር ኣብ ግዜ ገድሊ ዝነበረ ስቱር ውድብ ተሓታትነት ዘይብሉ ስልጣኑ ክጽግን ድሌት ስለ ዘይብሉዩ። ኤርትራ ናብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ከይትሰጋገር ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኑ ዘሎ ከኣ እዚ ኢዩ።

ኣብ ህግደፍ'ከ ገለ ሚስጥራዊ ውድብ ይህሉዶ ይኸውን? ክህሉ ይኽእል'ዩ።

ብፍላይ ድሕሪ ምጅማር ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ዝተጋህደ ነገር እንተሎ ህሉው ቅርጺ ስልጣን ኤርትራ (ማለት ካቢነ ሚኒስተራት፡ ሃገራዊ ባይቶ፡ ፈራዲ ኣካል፡ ፈጻሚ ኣካልን ማእከላይ ሽማግለ ህ.ግ.ደ.ፍን) ህላዌኦም ንስሙ'ምበር ስልጣን ብውዱድ ኣገባብ ብሓደ ሰብ ጥራይ ከም እተባሕተ ኢዩ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኮሉ ኣገደስቲ ውሳነታት ኣብ ዕጹው ማዕጸ ኢዩ ዝፍጸም። ብልክዕ ኣየኖት መዓጹ ኢዮም? መን ኣብኡ ኮይኑ ይውስን ዝብል ሕቶ ብዙሕ መብርሂ ዘድልዮ ኢዩ። እዚ ስርዓት ብኽመይ ይዓዪ ንምፍላጥ ኣቦቓቕላኡን ድሕረ ባይታኡን ምድህሳስ ኣገዳሲ ኢዩ።

እዚ ብልማድ *ህዝባዊ ግንባር* (ወይ ብዓረብኛ *ጃዕቢያ*) እናተባህለ ዝጽዋዕ ውድብ ኣብ ጽንኩር እዋናት ኢዩ ተወሊዱ። ኤርትራ ሓራ ንምግባር ኣብ 60ታት ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ---ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ውልቀ መላኺን ዓሌተኛን ውድብ ኢዩ ኔሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሚስጥራውነት ናይ ህላዌ ሕቶ ኢዩ ኔሩ።

መጋቢት 2000 ምስ ሃይለ ወልደንስኤ (ድሩዕ) ዝገበርክዎ ዕላል ብምውላድ *ህዝባዊ ሓይልታት* ኢዩ ዝጅምር። ኣዝዩ መሳጢ ታሪኽ ኢዩ። እዚ ሓድሽ ውድብ ኣበይ ኮን በጺሑ ኢልካ ብህንጥዩነት ኢካ ትስዕቦ። እቶም ናይ ሽዑ ተብግሶታት ብሚስጥር እንተዘይተሓዙ ነዚ ታሪኽ ዝጸዊ ምተረፉ ዶ ይኸውን? ናይ ሽዑ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣስመራ (ድሩዕ፡ ኢሳያስን ካልኦትን) ዝፈጠርዎ ሚስጥራዊ *ውድብ ኣብ ውሽጢ ውድብ፡* ከምኡ'ውን ናብ ተ.ሓ.ኤ ዝኣትዉሉ ኣገባብ ንባዕሉ ዓብዪ ዛንታ'ዩ። ካብ ፈለማኡ ኣገባብ ኣሰራርሓኦም (modus operandi) እዚ ኢዩ። ቀጸላ ኣብ ልዕሊ ቀጸላ ኣብ ልዕሊ ቀጸላ.....

ከምኡ ኣድላዪ ዶ ኔሩ? ሽዑ ኔሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ሎሚ'ኸ? ህሉው ፖለቲካዊ ቅልውላው ዘልዓሎ ዝዓበየ ሕቶ እዚ ኢዩ።

ኢሳያስን ደገፍቱን ወትሩ ዘቃልሕዎ ምኽኒት ኣሎ። *ኤርትራ ብውሽጥን ግዳምን ኣብ ዓብዪ ሰግኣት ሰለ እትርከብ፡ መሪሕነታ ንነቑፈታን ህዝባዊ ገምጋምን ክፉት ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ ፡ ህዝቢን ተጋደልቲን ክእመኑ ኣይክእሉን'ዮም፡ ጽንኩር ክትትልን ቁጽጽርን ክግበረሎም ጥራይ ኢዩ ዘለዎ ።* ብዘይካ ላዕለዋይ ኣካል እቲ ካልኣ ሰጥ ኢሉ ክኸይድ ኢዩ ዘለዎ። እዚ ግዜ ንዕኡ ዝከውን ኣይኮነን፡ግዚኡ ኣይኮነን። " ይብሉ።

ሕሉፍ ተግባራቶም እንክምርመር ከምዚ ዝበለ ግዜ ሃልይዎም ከም ዘይፈልጥ ኢዩ ዝበርሃልካ። ታሪኽም ምግንጻል ሎሚ ዝፍጸም ዘሎ ነገራትን ምኽንያቱን ንምርዳእ ሓጋዚ'ዩ። እዛ ምስ ገዳይም ሓርበኛታት እተገብረ ዕላል ዝሓዘለት መጽሓፍ ጻዕራ እዚ ንምብራህ'ዩ።

ሱር ውልቀ ምልኪ

ሎሚ ንኤርትራ ዝመርሓ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድብ (ህግሓኤ/ህግደፍ) ፡ ኣብ 60ታት ብዓሌታዊ ምክፍፋልን ብልሽውናን ዝሳቐ ካብ ዝነበረ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ዝበቕለ'ዩ። ውሽጣዊ ምትዕርራይ ጌሩ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ተፈንጪሉ። ንሃብታም ያታ እምቢታ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ዓለም እናገነነ ዝመጸ ምንቅስቓሳት ሓርነትን (ብፍላይ ማእከላይ ምብራቕ) ከም ኣርማ ብምልዓል ኣብ 70ታት ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ተመሃሮን ገባሮን ኤርትራ መሪሑ። ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ስቱር *ማርክሰ ለኒናዊ* ውድብ ክምስረት ዝደረኽ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ኢዩ። ኣገዳሲን ግድነታዊን ምንባሩ ከኣ ሃይለ (ድሩዕ)ን ማሕሙድ ሸሪፎን ይሰማምዕሉ።

እዚ ስቱር ውድብ ንሃገራዊ ምንቅስቓስ ኣስሚርዎ'ዩ። ንፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ሓርነት ኤርትራ ተቓሊሱ። ካብ ኵሉ ናይ ግዳም ሓይልታት ሓራ ዝኾነት፡ ህዝቢ ብማዕርነትን ናይ ሓባር ሱታፌን ዝነብረላ ሓዳስ ሃገር ንምፍጣር ተጋዲሉ'ዩ።

እንታይ ዋጋ'ኽ ሓቲቱ?

ኣብ 1973-4 *መንካዕ ን ዮሚን* ን ዝፍለጡ ምንቅስቓሳት ተቐልቂሎም ኔሮም። ግና ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ከም ዝንብርክኹ ተጌሮም። ሽዑ ከም ኣዕናዊ ምንቅስቓስ እኳ እንተተራእዩ ነዚ ናይ ሕጂ ኣብያ ጽላሎት ኮይኖም'ዮም። ህ.ግ.ሓ.ኤ ቀንዲ ሃንደስቲ ንዝበሎም ኣባላት ብጅምላ ብምርሻኑ ንዕሙት ተግባር ተ.ሓ.ኤ ቀጺልዎ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት ንዝተቐልቀለ ኵሉ ዓይነት ፖለቲካዊ ተቓውሞታት ንምድቋስ'ውን ተጠቒሙሉ'ዩ። "*ዝቃወም እንተሎ ዓፍና*"፡ "*ተቓውሞ እንተጋጢምኩም ጨፍልቑዎ* "፡ "*ድሕር ከይትብሉ*" ቀንዲ መምርሒ'ዚ ውድብ ኮይኑ።

ነዛ ሚስጥራዊት ውድብ ኣብ ምምስራት ተራ ዝነበሮም ሰባት ዝነነፎም ዕጫ ክፍትሽ 'ውን ፈቲነ 'ለኹ። ካብ'ቶም ቦኽሪ መስረትቲ ሎሚ ሓደ ጥራይ ኢዩ ኣብ ዙርያ ስልጣን ዘሎ (ሕጂ ዘለዎ ጽልዋ ገዲፍና!) ። ንሱ ከኣ ጸሓፊ ህግደፍ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ኢዩ። ክልተ ካልኦት ዋላ'ኳ ካብ ስልጣን እንተ ተወገኑ ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ኣለዉ። እዚኦም ወኪል ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣሕመድ ጣህር ባዱሪን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ መሓመድ ዓሊ ዑማሩን ኢዮም። በቃ ኮይንዎም።

ካልእ መስርሕ 'ውን ንርአ። ካብ ተ.ሓ.ኤ ተፈንጪሎም ብመሪሕነት ኢሳያስ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ዝመስረቱ ሓሙሽተ መራሕቲ ሓደ ጥራይ ኢዩ ብህይወቱ ዘሎ። ንሱ'ውን ኣብ ህግደፍ ዘሎ ኣስመሮም ገረዝጊሀር* ኢዩ። ተወልደ ኢዮብን እቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ንኢሳያስ መማህርቱን ዓርኩን ዝነበረ ሙሴ ተስፋሚካኤል (ኣባላት መንካዕ) ተረሺኖም'ዮም። ሓደ ካብ'ቶም ንተወልደ ዝጠቆምዎ (ሓላፊ ሓለዋ ሰውራ ነበር--ሰለሙን ወልደማርያም) ንባዕሉ ኣብ ዮሚን ኢድ ስለ ዝነበሮ ተረሺኑ'ዩ። እቲ ሓምሻይ ገዲም መጋድልቲ ኢሳያስ መስፍን ሓጎስ ኢዩ። መስፍን ሓጎስ ኣባል "ጉጅለ 15" ኮይኑ ሕጂ ብስደት ኣብ ኤውሮጳ ይቕመጥ ኣሎ።

ፖለቲካዊ ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብምሉኡ ክፍትሾ ሓበሬታ ይሓጽረኒ'ዩ። እዛ መጽሓፍ ንባዕላ ብዛዕባኡ ኣይኮነትን። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎም ፍጻሜታት ኣገደስቲ ሚስጥራት ዓቕሮም ኣለዉ። ንህሉው ኩነታት ኤርትራ ክንርድኦ ከኣ ሓገዝቲ'ዮም። እዞም ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ኣፍልጦ ዘለዎምን ሰባት ኣብዛ መጽሓፍ ክካፍሉና'ዮም።

ኣብ 1980ታት ዝነበሩ ፖለቲካዊ ምክፍፋላት ንባዕሎም ተወሳኺ መርመራ ዝጠልቡ'ዮም። ብፍላይ ወፍሪ ሰለሰተ ሓለፋታት ድሩፅ ፡ ጴጥሮስን ብርሃነን ብሰፊሑ ኣብሪሆሞ 'ለዉ። ንካድራት ስልጣን ሓለፍቲ ከም ዝዕደሎም እናተሃራረፍካ ሓድሕድ ናይ ምትፍናን ሜላ ኢሳያስ ካብ ቻይና ዝተማህሮ'ዩ። ባህላዊ ሰውራ ቻይና ኣብ 1968 ክግበር እንከሎ ኢሳያስ ብተግባር ተዓዚብዎ ኢዩ። 2001 ኣብ ዝተገብረ ጸረ "ጉጅለ-15" ዘመተ 'ውን እዚ ሜላ'ዚ ኣጋዊሑ'ዩ። ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ኢሳያስ ኢዩ።

መፋርቐ 80ታት ኣብ ታሪኽ ኤ.ማ.ሰ ነጥበ መቐይሮ ኢያ ኔራ ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ ዓመታት ኢሳያስ ንሕመረት ፖለቲካዊ መሪሕነት ብምዝራግ ኣዳኽሞ። ነቲ ውድብን ኣካላት እዝዚ ግንባርን ከኣ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ መሪሕነት ኣእተዎ። ብዘይካ'ዚ ማእከላይ ኮሚተን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ንዑኡ ፍጹም እሙናት ብዝኾኑ ወተሃደራዊያን ኣዘዝቲ ከም ዝመሓደር ጌርዎ'ዩ።

ወፍሪ ሰለሰተ ሓለፋታት ስዒቡ። ዳግመ ውደባ ከኣ ተጌሩ። ኢሳያስ ነቶም ካድራት ኣብ ልዕሊ መራሕቶም ክስታት ከውርዱ ብውሽጠ ውሽጢ ጐስጊስዎም። መራሕቶም ብዝሙት፡ ብስኽራንን ውልቃውነትን እናተኸሰሱ ውርደት ከም ዝዘንቦም ጌሩ። ቀጺሉ ሰለስተ ጀነራላት ናብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ግንባርን ኣእትዩ።

ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ምስ ምውላዕ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ፖለቲካዊ ፍልልይ ተላዒሉ። እዚ ብብዙሕ መዳዩ መቐጸልታ ናይቲ ንኢሳያስ ብምቅዋም ዝካየድ

*ኣስመሮም ገረዝግሄር ኣባል ማእከላይ ኮሚተ ህግደፍ ኢዩ ኔሩ፡ ኣብ ኣካላት መሪሕነት ሕቡእ ሰልፊ ግና ኣገልጊሉ ኣይፈልጥን ኢዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ህግሓኤ ኣብ ወተሃደራዊ ማእከላት ኢዩ ኣገልጊሉ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ክፍሊ ቀረጽ ፡ ኣብ 2000 ከኣ ኣብ ሎጂሰቲክ ሚኒስትሪ ምክልኻል ተመዲቡ።

ዝነበረ ዝሑል ኩናት ኢዩ። ኢሳያሰ ናብቲ ናይ ቀደም ኣገባቡ ክምለስ ፈቲኑ'ዩ፡ ግና ምሉእ ቍጽጽር ክረክብ ኣይከኣለን። ብዘይካ 'ቶም ባዕሉ ኣምጺኡ ዝሾሞም፡ ካልኦት ከም'ኒ ድሩፅ፡ ሽሪፎን ጴጥሮስን ዝኣመሰሉ ጽልዋ ዘለዎም ገዳይም ሰበ ስልጣን 'ውን ኔሮም 'ዮም። ብሓባር ኺንካ ናይ ምውሳን፡ ነቐፌታን ነብሰ ነቐፌን ኣብ ቅርጺ እቲ ምንቅስቓስ ውሱን ቍጽጽርን ሚዛንን ንኽህሉ ይገብር ኔሩ'ዩ። ኢሳያስ ግና ናይ ውልቀ ምልኪ ሽውሃቱ ንምርዋይ ድሮ ብዙሕ ሰረታት ከንጽፍ'ዩ ጸኒሑ። ውልቀ ምልኩ ዘደልደለለን ስልጣኑ ብዘይ ሓታቲ ክጥቀም ዝጀመረን ግና ድሕሪ ምዝዛም ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ'ዩ።

መሪሕነት ህ.ግ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝትከል ሲቪላዊ መንግስቲ ኣብ ሜዳ ዝገብሮ ዝነበረ ዘተታት ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ። ተሳተፍቲ ከም ዝብልዎ እቲ ዘተ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ናጽነት ዝህልዎ ተራ፡ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ንምምስራት ዘድሊ ቅርጺ፡ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ክሰዓብ ዝግብኦ መስመርን ካልእን ዛዕባ ዝገበረ'ዩ ኔሩ።

ኢሳያስ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝጨበጠ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ -1987 ንሮሞዳን መሓመድኑር ስልጣን ዋና ጸሓፊነት ምስተረከቦ ኢዩ። ይኹን'ምበር ቅድሚኡ እውን ከም ሓላፊ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዓብዩ ጽልዋ ነርዎ'ዩ። ሽዑ (መወዳእታ 80ታት) ንውድብ (ኤ.ማ.ሰ.) ከም ዝዳኸም ገበረ። እዚ ድሕሪ ሓርነት ኣብ ዝነበራ ናይ መሰጋገሪ ዓመታት ፕረዚደንትነቱ ንኽውሕስ ትጠቒሙሉ'ዩ። መንግስቲ ልዕሊ ግንባርን ውድብን ዓብላሊ ትካል ንኽገብር 'ውን ኣኽኢልዎ'ዩ።

ኣብ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ (1994) ህ.ግ.ሓ.ኤ ስሙ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ቀየሮ። ቅድሚ ምጅማር ጉባኤ ኢሳያስ ናብ'ዚ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ "ሓደስቲ ኣባላት" ክሕውስ ከም ዝደሊ ብምሕባር ገለ ነባራት ሰበስልጣን ካብ መሪሕነቶም ክእለዩ ሓበሮም። (ሓደ ካብዞም ደጊም ዘይተደልዩ ነባራት ኣባላት ሮሞዳን መሓመድኑር'ዩ ኔሩ!)። ኢሳያስ ነቲ ዝመዘዞ ሓድሽ ወለዶ 'ውን ሳሕቲ ጥራይ ኢዩ ኣብ ምውሳን ጉዳያት ዝጥቀመሉ ዝነበረ። እታ 19 ዝኣባላታ ፈጻሚት ሽማግለ ህ.ግ.ደ.ፍ ኢሳያስ ዝወሰኖ ጉዳይ ብኽመይ ኣብ ትግባረ ከም ዝውዕል ምክታዕ እንተዘይኮይኑ ካልእ ስራሕ የብላን። በዚ መዳይ'ዚ ህግደፍ ነቲ ህግሓኤ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ትኽተሎ ዝነበረት ኣሰራርሓ ኢዩ ቀጺልዎ። ኣቐዲሞም ዝተወሰኑ ጉዳያት ምምካር፡ ዝርዝር ሕጹያት ኣቐዲምካ ምድላውን ካልእን ከም ዘለዎ ቀጺሉ'ዩ። ግና ሓደ ፍሉይ ነገርስ ኔሩ'ዩ። ብድሕሪ መጋረጃ መምርሒ ዘዳለ ውድብ የለን። ኢሳያስን ባዕሉ ዝመረጾም ኣጫፈርቱን ጥራይ ኢዮም ዘለዉ።

እታ መንግስቲ 'ውን መለሳ የብላን። መንግስቲ ኤርትራ ብደገ ምክፍፋል ስልጣን ዘለዎ ይመስል'ዩ። ካቢነ ሚኒስተራት ዝመርሑ ፈጻሚ ኣካል፡ ሃገራዊ ባይቶን ፈራዲ ኣካልን ኣለዉ። ኮሎም ግና ንይምሰል ኢዮም ተሰይሞም ዘለዉ። ካቢነ ባዕሉ ንክትዕ ኢሉ ዘውርዶ ፖለቲካዊ ሓሳብ ሃልይዎ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣቐዲሞም ድሕሪ መጋረጃ ንዝተሃንደሱ ፖሊሲታት ብኽመይ ኣብ ትግባረ ከም

ዝውዕሉ ካብ ምክታዕ ዝሓልፍ ፋይዳ የብሉን። ሰራዊት ምክልኻል እታ ሃገር'ውን ኣብ ትሕቲ ስጡም ውልቃዊ ቀጽጽር ኢሳያስ'ዩ። እቶም ካብ ውድብ ኣምጺኡ "ጀነራላት" ዝሰየሞም ንባዕላቶም ተኣዘዝቲ'ቲ ንሱ ዘቐሞ ክፍሊ ኮይኖም'ዮም ተሪፎም።

ኣብ 90ታት ኢሳያስ ንቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ከደልድሎ'ዩ ተራእዩ። ቁጠባዊን ፖለቲካውን ጕዳያት ዝርእያ ፍሉያት ኣሃዱታት ብምቐም ነቲ ንስሙ ዝጋባእ ካቢነ ሚኒስተራት ከም ዝትክኦኦ ጌሩ'ዩ። እዞም ኣሃዱታት ንዕኡ ጥራይ ጸብጻብ ብዘቕርቡ እሙናት ዝበሉም ኣባላት ዝመልኡ'ዮም። ሚኒስተራት ንዕኡ ዝወዳደር ሰረት ስልጣን መታን ከየማዕብለ ድማ ተደጋጋሚ ምዝውዋር ስልጣን ጌሩ'ዩ። ነቲ ሓድሽ ስርርዕ ዝነቐፉ ወይ ዝተቓወሙ ድማ በቲ ልሙድ ኣገባብ "ደስኪሎም" ካብ መዝነቶም ይውገዱ። ኣብ ካልእ መንግስታዊ ይኹን ብሕታዊ ስራሕ ክዓዩ ስለ ዘይፍቀደሎም ብኾፎም ደሞዞም ከም ዝበልዑ ይግበር። እዚ ኣገባብ 'ውን ኢሳያስ ካብ ሰውራ ቻይና ዝቐድሖ'ዩ። ማኦ ጸቲንግ ነቶም ዝቓወምዎ ሰበስልጣን ወይ ኣባላት ውድብ ንነዊሕ ግዜያት ካብ ፖለቲካዊ መዘውር ከም ዝኽወሉን ብእኡ ጌሮም ከም ዝቐህሙን ይገብር ኔሩ'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝነበራ ዓሰርተ ዓመታት፡ ደርዘናት ዝኾኑ ሰበስልጣናት ኢሳያስ ስለ ዘይፈተዎም ጥራይ በዚ ኣገባብ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኖም'ዮም። እዚ ተሓታትነት ዘይብሉ ውልቀ ምልኪ ኢሳያስ ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ (1998-2000) ብጋህዲ ክንጸባረቕ ተራእዩ'ዩ።

ግና እዚ ተርእዮታት ካብ ፈለማኡ ምስናይ ብድሆታቱ'ዩ ሓሊፉ። ኢሳያስ ደረት ኣካላት መንግስቲ ክውስንን ክቈጻጸርን ኣብ ኣስመራ እናተንቀሳቐሰ፡ ዞባታት ከኣ በቲ ካልእ ወገን እናተወደባ ኣብያተ ምኽሪ ከቕ'ማ ጀሚረን። ርግጽ'ዩ ሃገራዊ ምርጫ ዝበሃል ኣይነበረን። ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልኪ ኢሳያስ'ዩ ኔሩ። መዓስ ክጋባእ ከም ዘለዎ ከይተረፈ ኢሳያስ ጥራይ ኢዩ ዝውስኖ ኔሩ። ኣብ 1990ታት ግና ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ባይቶ ሓድሽ ህይወት ክዘርእ ጀሚሩ። ኮሚሽናትን ኮሚተታትን ብምቐም ኣብ እዋናዊ ጕዳያት ፖሊሲታቶም ክሕንጽጹ መዚዙ። እቲ ኩናት እተኣልየሉ ኣገባብ፡ ምቐም ፖለቲካውያን ሰልፍታትን ሃገራዊ ምርጫን ዝኣመሰሉ ጕዳያት ከኣ ገለ ካብ ዛዕባታቱ'ዮም ኔሮም።

ብዘይካዚ ጕዳይ ኤርትራ ንምውሳን ኣብ 1993 ዝተገብረ ረፈረንዱም ንመጀመርታ እዋን ኣሽሓት ዜጋታት ናብ ፖለቲካዊ መኣዲ ኣምጺኡ ኔሩ ። ጎድኒ ጎድኒ'ዚ ዜጋታት ተጠቀምቲ መሰረታዊ ሲቪላዊን ሰብኣዊን መሰላት ንክኾኑ ሕጋዊ ባይታ ዘንጽፍ ሃገራዊ ቅዋም ተነድፈ። ኣዚ ቅዋም ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ኣብ 1997 ንድፉ ይወዳእ 'ምበር ንኽይጸድቕን ትግባረ ንኽይህልዎን ናይ ኢሳያስ እምቢታ ዓጊትዎ'ዩ። ይኹንምበር እቲ ንድፊ ንባዕሉ ብዙሕ ኣበራት ኣለዎ። ዝበዝሐ ሚዛን ስልጣን ንፈጻሚ ኣካል ኢዩ ዝህብ። ኣብ ሕቑፉ ዘለዉ መሰላት ብስም ሃገራዊ ድሕነት ክድስክለ ዝገብር ነቓዓት ኣለዎ። ዝተዳለወለ ኣገባብ ግና ኣሽሓት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘሳተፈ ኢዩ ኔሩ። ብዛዕባ መሰሎምን ኣዕዚዞም ዝርእይዎም ክብርታቶምን፡ ብሓፈሻ እታ ክትህሉ ዝደልይዋ ሃገርን ሰፊሕ ክትዕ ዘእንገደ ብምንባሩ ካብቲ ዓንቀጻቱን ሰነዳቱን ንላዕሊ ዋጋ ዝወሃቦ'ዩ ። እቲ መንገዲ ኩርኳሕ ይምሰል'ምበር ኤርትራ ኣብ ጕዕዞ ምቐም

ህዝባዊ መንግስቲ ከም ዘላ ንብዙሓት ኤርትራውያን እምነቶም ወሰኽሎም። ኤርትራ ተሓታትን ፍሉጥ ሕጋዊ ቅርጺን ብዘለዎ መንግስቲ እትመሓደረሉ፡ ንኦሉ ፍልልያት ዘመሓድር ቅዋማዊ ባይታ ዝስረተሉ ግዜ ርሑቕ ከም ዘይከውን እምንቶኦም ኣዛየዶ።

ገለ ሰበስልጣን ግና "*ህዝብና ገዛእ ርእሱ ዘመማድረሉ ደረጃ ጌና ኣይበጽሐን፡ ኣብ ዘይርጉእ ዞባ ስለ ዘለና ጸላእቲን ሃሱሳትን ነዚ ክምዝምዝዎ ይኽእሉ'ዮም*' ዝብል ነዚ ኣቑዲሙ ዝተጠቕሰ ሕልሚ ዘበርዕን ሓሳባት ኣልዓሉ። ውሑዳት ምሁራት ብዛዕባ መጻኢ ኤርትራ ዝውስኑ፡ ሓፍሽ ከኣ ኣብ ትግባረኡ ንኽሳተፍ ዘዋፍር ተመራሒ ዴሞክራሲ (Guided Democracy) ኢዩ ዘድልየና ብምባል ከኣ ተማጎቱ።

ኣብ 90ታት እታ ሃገር ማንታ መንገዲ'ያ ክትጐዓዝ ጸኒሓ። በቲ ሓደ ወገን ኣብ ህንጸት ሓዳስ ኤርትራ ኩሉ ናይ ሓባር ተሳትፎ ንኽገብር ዝድርኽ ኮይኑ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ እቲ ዝያዳ እናተማእከለ ዝመጸ ፈጻሚ ኣካል ህዝቢ ኣብቲ መስርሕ ዝነበሮ ተወካልነት እናባሕጐገ ኣንጉዶዎ ኢዩ። ግጭት ኢትዮ-ኤርትራ ነዚ ተግራጫዊ ኣካይዳ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣጕሊሕዎ'ዩ። እቲ ካልኣይ ኣገባብ ከኣ ነቲ ቀዳማይ ውሒጥዎ ክነግስ ተራእዩ። ዓፈና 2001 እምበኣር ነዚ ተርእዮ ንእተቓወመ ውልቀሰባት እተወስደ ስጕምቲ'ዩ። በዚ ኣቢሉም ኢሳያስን ብጾቱን ነቲ ሓታቲ ዘይብሉ ስልጣኖም ከደልድሉ ክኢሎም'ዮም። ስለዚ ከኣ እቲ ኩናት ኣብ ላዕለዋይ ስልጣን ዕልዋ ንኽፍጸም ድራኼን ሓይልን ፈጢሩ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ኩናትን ዝፈጠሮ ዘይዕግበትን

ኣብ 1996/7 ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ዝምድና በብግዚኡ እናሓርፈፈ ክመጽእ ተራእዩ'ዩ ። እቶም ጠንቅታት ቁጣባውን ፖለቲካዊን ጕዳያት፡ ጕዳይ ገንዘብ፡ ወደብን ካልእን'ዮም ኔሮም። መንግስቲ ኤርትራ "ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ዶባት ትገብሮ ዝነበረት ምስፍሕፋሕን፡ ኣብ 1997 ዘውጽኣቶ ካርታ ንሰፊሕ ለኣላዊ ግዝኣት ኤርትራ ናብ ትግራይ ክጽንበር ብምግባራን" ነቲ ኩነታት ከም ዘጋደዶ ይኽስስ። ክልቲኣቶም ወገናት ጀማሪ'ቲ ኩናት እቲ ካልእ ምኽኑ ንምሕባር ተመሳሰልቲ ፍጻመታት ይጠቕሱ ኢዮም። እዚኣቶም ግና ቅጽበታዊ ግርጭት ክውሳዕ ዝገበሩ ኣጋጣሚታት'ዮም። ሱር እዚ ግርጭት ካብ ኣከራኻሪ ዝምድና ክልቲኡ ውድባት (ህ.ግ.ሓ.ኤን ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ን) ዝብገስ'ዩ። ክልቲኣቶም ንቀንዲ መልክዕ ዝምድናኦም ብሚስጥር ዓቂቦም ኢዮም ዝጐዓዙ ኔሮም። ብጠንቂ ከኣ ኣብ ክልቲኡ ህዝብታት ብቑሊሉ ዘይሓዊ በሰላ ዝገደፉ ኩናት ክባራዕ ክኢሉ'ዩ።

ኣብቲ ኩናት ንኤርትራ ዝወረዳ ዕንወትን ክሳራን ኣመና ገዚፍ'ዩ። ዝጠፍኣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህይወትን ዝዓነወ ንብረትን ከይጸብጸብካ፡ እቲ ሕላገታ ዝነበረ ስጡም ሃገራዊ ሓድነትን መንፈስን ክቱር ምድኻም ኣጋጢምዎ'ዩ። ኣብ ኣህጉራዊ

ማሕበረሰብ ዝነበራ ጽቡቕ ስም ተበሪዙ፡ ተሰፋታት ውሁድ ዞባዊ ልምዓት ከኣ ጸልሚቱ'ዩ።

ድሕሪ ምዝዛም እዚ ኣህላቒ ኩናት ንመራሕቲ ኤርትራ ዝመጸም ሕቶታት ብዙሕ'ዩ ኔሩ። *እዚ ግርጭት'ዚ ክመጸኣ ዝብል ትጽቢታት ኔሩዶ? እንድሕር ኔሩኸ ናብ ኩናት ከይዓርግ ምግባር ኣምተኻእንለዶ ? ምስጀመረ ኸ ብኣግኡ ዝቋረጸለ ትኽእለሎታት ኣይነበረን ድዩ?* ኤርትራ ነቲ ኣብ መወዳእታ ዝወረዳ መጥቃዕትን ገዚፍ ክሳራን ክተወግደሉ እትኽእል መገዲ ኔሩ ዶ? እዚ "ኣርሒቑ ብምጥማት" ዝፍለጥ ውድብ ኣብ መስርሕ ግርጭትን ብድሆን ከም ዝመጽኣ ከመይ'ሉ ደኣ ተሰወሮ? እዞም ሎሚ ዝዋግእዎም ዘለዉ ኣብ ሰማንያታት ዝፈልጥዎም ተጋሩ (ህ.ወ.ሓ.ት) ዘይኮኑ ንሳቶም ዝመርሕዋ ገዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ሃብቲ እትውንን ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ርክባት ነባር ጽልዋ ዘለዋ ኢትዮጵያ ምኳና ከመይ ኢሉ'ዩ ተሰዊርዎም? ብስልቲ ኩናትን ደባይ ውግእን ተጋሩ ዝተኻሕኑ ምኳኖም ከመይ ኢሎም'ዮም ክሓስብዎ ዘይከኣሉ?

ኣብ 1997/8 ነቲ ግርጭት ንምህዳእ ዝተወስዱ ሚስጥራውያን ዲፕሎማስያዊ ወፍሪታት ፍረ ኣየምጽኡን። 1998 ኤርትራ ገዚፍ ሓይሊ ሚካናይዝድን ብምውፋር ነቲ ብምሊሻ ዝሕሎ ዝነበረ ባድመን ከባቢኣን ብሓይሊ ተቖጻጺራቶ። ኣብ ዝቐጸላ መዓልታት ኢትዮጵያ ተወሪረ ኢላ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኩናት ኣወጀት። ሰራዊት ኢትዮጵያ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕትታት ከካይድ ክተኣኻኽብ ጀመረ።

ኣብዚ ንኽልተ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ዓሰርተታት ኣሽሓት ወተሃደራት ሞይቶምን ቆሲሎምን'ዮም። ብፍላይ ኣብ 2000 ሃንደስቲ ኩናት ኤርትራ *ክሕለፍ ኣይክኣለን'ዩ* ኢሎም ብዝገመትዎ እምባታት ወተሃደራት ኢትዮጵያ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲታት ፈነዉ። ሰራዊት ኤርትራ ገዚፍ ስዕረት ተጐምጒሙ ፋሕ ፋሕ በለ ። ርብዒ ካብ ስፍሓት ኤርትራ ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣተወ። ብሰንኪ'ዚ 60 ሽሕ ዝኾኑ ሲቪላውያን ኤርትራውያን ካብ መረበቶም ተፈናቒሎ። ኣብ ትሕተ ቅርጻዊ ስርሓት ኤርትራ ከኣ ገዚፍ ዕንወት ወሪዱ። ኣብ መፋርቕ ሰነ ክልቲኣተን ሃገራት ናይ ሰላም ውዕል ፈሪመን እቲ ኩናት ደው በለ።

ኣብ ታሕሳስ 12 2000 ዓ.ም. ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመንጐኝነት ኣመሪካ፡ ሕብረት ኣውሮጳን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኣብ ከተማ ኣልጀርስ ኣጠቓላሊ ውዕል ሰላም ከተማ። ብመሰረት'ቲ ስምምዕ 25 ኪሎሜትር ናይ ጸጥታ ዞባ ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ክቑውምን ኣብኡ ዓቃብ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ክዋፈርን ኔርዎ። ብዘይካ'ዚ ክልቲኦም ወገናት ኣቑዲሞም ብዝሓረይዎም ኣባላት ኣህጉራዊ ኮሚሽን ዶብ ቆይማ ነቲ ኣከራኻሪ ዶብ ክትሕንጽጽ ፡ ንጉዳይ ካሕሳን ጠንቂ'ቲ ኩናትን እትምርምር ኮሚሽን ክትቀውም ከኣ ተወሰነ።

እቲ ኩናት እናተኻየደ ገለ ኣባላት መሪሕነት ኤርትራ ብዙሕ ሕቶታት'ዮም ዘልዕሉ ኔሮም። ኤርትራ ብኽመይ ኣብዚ ዓዘቕቲ ኣትያ? እዚ ኩናት ብኽመይ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ? ካብዚ ብኽመይ ክንገላገል ንኽእል.. ዝብል ርሱን ክትዓት ቀጸለ። እዞም ክትዓት ብወግዓዊ ኣኼባታት ዘይኮነ ኣብ ሕድሕድ ላዕለዎት ሰበስልጣን

ኢዮም ዝካየዱ ኔሮም። ከምቲ ናይ ዘመነ ግድሊ ብዝመስል ቆይቂን ምጥቕቓንን ዝበዝሑ ዘተ ድማ'ዩ ኔሩ።

እቲ ቀንዲ ኣዘራራቢ ጉዳይ ኣብ 1998 ብመንነኛታት ርዋንዳን ኣመሪካን ዝቖረበ ናይ ሰላም እማመን'ዩ። ኢሳያስ ኣብ ሓደ መዓልቲ ተቖቢሉናዮ ኢሉ ከብቅዕ ተመሊሱ "ዘየድሊ ዝርዝራት ኣለዎ" ኢሉ ነጺግዎ። እዚኦምን እቶም ኣብ ዝቖጸለ ክልተ ዓመታት ዝተነጽጉ ካልኦት ውዕላት ሰላም ተሓሲብሎም እንተዝነብር ኤርትራ ካብዚ ኩናት ዘምጽኦ ህልቂትን ዕንወትን ምተገላገለት ኔራ። እቶም ሽዑ ንቀበሎ ዝበሉ ግና "ጉጅለ ተሰዓርቲ" ተባሂሎም ኣደዳ ዓፈናን ሞትን ከይኖም ይርከቡ።

ሰራዊት ኢትዮጵያ ግስጋሴኡ ቀጺሉ ናብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ እዚ ውጥረት ኣብ ዝለዓለ ጠርዙ በጽሐ። ብ 8 ነሓሰ ኣልኣሚን መ/ስዒድ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን"ጉጅለ 15" ዘጸልም ጋዜጣዊ መግለጺ ሃበ። "ጉጅለ 15" ብ 11 ነሓሰ 2001 ኣብ ዝሃብዎ መልሲ ንህዝቢ እንተዝንገር ኣዝዩ ዘሰንብድ ትእዛዝ ብኢሳያስ ከም ዘመሓላለፈ ዝገልጽ ዘይብሩህ ሓሳባት ኣቕሚጦም ኣለዉ። እንተኾነ ነዚ ሚስጥር ከም ክሲ ኣየልዓልዎን። እዚ እንታይ ኔሩ ብዘየገድስ ኣብ መንጮ ኢሳያስን ካልኦት ሓለፍትን ከቢድ ዘይምርድዳእ ከም ዝተኸስተ ግና ኣየጠራጥርን።

ኣብ መንጮ'ዚ ቅልውላው ኢሳያስ ካብ ስልጣን ይውረድ ዝብል ሓሳብ ከም ሓደ ኣማራጺ ተላዒሉ ኔሩ። እንተኾነ ንዕኡ ክዉን ዝገብር ስጡም ጉጅለኣዊ መርገጺ ከም ዘይነበረ ሃይለ ወልደንስኣ ብ 13 ነሓሰ 2001 ምሳይ ኣብ ዝገበሮ ዕላል ኣብሪሀዎ'ሎ። ደገፍቲ ኢሳያስ ብወገኖም "ጉጅለ 15" ነዚ ሓሳባት ከም ዝደፍኡሉ ይዛረቡ። "ጉጅለ 15" ብኢጣልያውያንን ኣመሪካውያንን መንጮኛታት ኣቢሎም ንኢሳያስ ካብ ስልጣን ከውርድዎን ምኽኖም ንኢትዮጵያ ከም ጉንየ ኣቕሪቦም ኔሮም'ዮም ብምባል ይኸስዎም።

እዚ ግና ጭብጢ ዘይብሉ ክስታትዩ። ኢሳያስ ተቓወምቱ ንምጽላምን ኣረ'ውን "ከሓድቲ" ዝብል ቅጽል ከም ዝጠብቆም ንምግባር ተጠቒምሉ'ዩ። እቲ ዘሕዝን ነቲ ደቂቕ ዝርዝራት ዝፈልጥዎ እቶም ሽዑ ኣብኡ ዝነበሩ ሕጂ ተኣሲሮም ዘለዉ ፖለቲከኛታት ኢዮም። ዝኾነ ናይ ፍርዲ መስርሕ ወይ ክፋት መርመራ ስለ ዘይተገብረ ከኣ ከም ኦሉ ካልእ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘሎ ጥጁእ ስምዒታት ተዓቢጡዩ ተሪፉ።

ነሓሰ 2000 ኣብ ዝተገብረ ዕጹው ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ግና ብዙሓት ፍልልያት መርገጺ ተጋህዱ። እዚ ዝኾነ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ካብ ዝዓርፍ ክልተ ኣዋርሕ ጥራይ መሊኡ ኔሩ። ኣብ መስከረም 2000 ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ (እዚ'ውን ንህዝብን ፕረስን ዕጹው ኢዩ ኔሩ) ብዙሕ ታዕታዕ ዝመልኦ ርሱን ዘተ ተገብረ። ኢሳያስ ነቲ ኩናት ብሕማቕ ብምእላዩ ፡ መስርሕ ዴሞክራሲ (ቅድምን ድሕሪን ኩናት) ንኽይቅጽል ዕንቅፋት ብምኽኑን ከቢድ ነቐፌታ ዘነቦ። ድሮ ምዝዛም ኣኼባ ኢሳያስ ንወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊ ወፍሪ እቲ ኩናት ዘጻርያን ሰልፍታት ዝወዳደራሉ ሃገራዊ ሕጊ ምርጫ ዝነድፉን ኮሚሽናት ንኽቕማ ክሰማማዕ ተቖሰበ። እንተኾነ ነቐፍቱ ክሳብ

ዘወግድ ኣኼባ ምጽዋዕ ኣበየ። ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ይኹን ሃገራዊ ባይቶ ክሳብ ፈለማ 2000 ኣይተጋብኡን።

እዚ እናኾነ እቲ ቅልውላው መመሊሱ ዓረገ።

ዓፈና

ኣብ ሕዳር 2000 ድሩፅ ምስ ኢሳያስ ተራኺቡ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ዘለዎ ርእይቶ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነዚ ንምዝታይ ውድባዊ ጕባኤ ከም ዘድሊ ሓበሮ። እንተኾነ ከቢድ ዘለፋ'ምበር ካልእ መልሲ ኣይረኸበን። ድሩፅ ንመወዳእታ ግዜ ምስ ኢሳያስ ገጽ ንገጽ እተራኸበላ መዓልቲ'ያ ኔራ። ድሕሪ ሓደ ወርሒ 13 ምርኡያት ምሁራት ኤርትራውያን ዝተረኸቡሉ ኣኼባ ኣብ በርሊን ተቓንዐ። ናብ ውልቀ ምልኪ ንዝዛዘወ ኣካይዳ ኢሳያስ ዝነቅፍ፡ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንኽፈርስ፡ ቅዋም ትግባረ ንኽረክብን ናብ ዲሞክራሲ ዘሰጋግር ካልእ ስጕምትታት ክውሰድን ዝጽውዕ ደብዳቤ ንምንዳፍ ኢዮም ተጋቢኦም። እዞም ሰባት "ጕጅለ-13" ተባሂሎም ተሰምዩ። 11 ካብዞም ጕጅለ ንኢሳያስ ኣብ ታሕሳስ ረኸብዎ። ንሱ ግና ንሕቶኦም ምሉእ ብምሉእ ነጸጎ።

ኣብታ ዝሰዓበት ወርሒ (ጥሪ 2001) ኢሳያስን ደገፍቱን መልሰ መጥቃዕቶም ጀመሩ። ብማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኣቢሎም ንካድራት ሰሚናራት ብምክያድ ተቓወምቶም ከፍሽለ ተጓየዩ። እቲ ኩነታት ብሓፈሻ ነቲ ኣብ 80ታት ዝተግብረ "ወፍሪ ሰለስተ ሓለፋታት" ኢዩ ዝመስል ኔሩ።

ሃገራዊ ባይቶ'ውን ኣብ ጕዳይ ፖሊሲን ምሕጋግን ዝተጻወቶ ተራ ኣይነበረን። ኵሉ ብኢሳያስ ኢዩ ተባሒቱ ኔሩ። ኣብ 2000 ዓ.ም. ክትባራበር ምስ ጀመረት ከኣ ኢሳያስ ክሳብ ኣባላታ ዝቕይርን ተቓወምቱ ዘንበርክኽን ዳግማይ ኣኼባ ምጽዋዕ ኣበየ። እንተኾነ ኣባላት ፈራዲ ኣካል ከይተረፉ ንድሌት ኢሳያስ ከማልኡ ሰድዑ። እዚ ኣይኣክልን ዝበለ ኢሳያስ ብውልቁ ዘቕሞ "ንተኣፋፊ ጕዳያት ዝከታተል ፍሉይ ቤት ፍርዲ" መዘዘ።

ፈጻሚ ኣካልን ላዕለዋይ ሽማግለን ኵሉ ኣብ ውልቃዊ ምልኪ ኢሳያስ ኣተወ። ንኢሳያስ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ዘለዉ ኣጫፈርቱን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ጥራይ ኢዮም። ይውሓድ ይብዛሕ ኣቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝነበረ ናይ ሓባር መሪሕነት ተበሪዙ፡ ኢሳያስ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኑ ሓታቲ ዘይብሉ ስልጣን ከም ድላዩ ዝጥቀመሉ ስርዓት ኣመቻችኡ።

ኣብ ውሽጢ ሽሞንተ ኣዋርሕ እቲ ኣብ መንጮ መሪሕነት ህግደፍ ዝነበረ ግርጭት ንህዝቢ ክቕላዕ ጀመረ ። ኢሳያስ ንተቓወምቱ ኣቑዲሙ ዓብሊልዎም ስለ ዝጸንሐ ግና ስንሚኦም ኣብ ዕጹው ማዕጾ በጽሐ።

ድሩፅ ዝርከቦም ላዕልዎት ሰበስልጣን ከቢድ ብድሆ ኣንጸላለዎም። ኢሳያስ ፖለቲካዊ ዘተ ምሕንጋዱ እትቃወም ደብዳቤ ክታም ደገፎም ዘንበሩላ 19 ጥራይ

ኢዮም ኔሮም። እቶም ዝተረፉ ግና ንስልጣኖምን ህይወቶምን ክብሉ ምስናይ ተቓውሞታቶም ካብ ምፍራም ተቐጠቡ። ግንቦት 2001 ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ሰፊሕ ክፍፍል ከም እተፈጥረ ኣብ ኣስመራን ወጻኢ ሃገራትን ወረ ክዘርቑ ጀመረ። ኢሳያስ ንተቓወምቱ ብቐጥታ ክዛተዮም ቅሩብ ብዘይምንባሩ እዞም ሽው ቕጽሮም ናብ 15 ዝወረደ ጉጅለ "ክፉት ደብዳቤ ናብ ህግደፍ" ዝብል መልእኽቶም ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዘርግሕዎ።

ውልዶ ፕረስ ኤርትራ ነዚ ግርጭት ብምልዓል ሰፊሕ ሽፈነ ክህብኡ ጀመራ። ምስ'ዞም ሰበስልጣን ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ዘተኰረ ቃለ መጠይቕት ብምክያድ፡ ትንታነታትን ርእይቶታትን ምቕራብ ቀጸላ። ሰብ ኣስመራ ንግሆ ሰለስተ/ኣርባዕተ ካብዘን ጋዜጣታት እና'ንበቡ እዋናዊ ሓበሬታታት ይሰንቕ ኔሮም። ምስ ናይ ኢንተርነት ሓበሬታ ተደሚሩ እዚ ጉዳይ ናብ ኤርትራውያን ዲያስጶራ ተባጽሐ።

ሓምለ 2001 ማሕበር ምርምር ኤርትራ (Eritrean Research Association) ንፈለማ እዋን ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮንፈረንስ ኣካየደ። ኣብ ስደት ዝነብሩ ምሁራት ኤርትራውያንን ንጡፋት ኣባላትን ኣብዚ ተሳትፉ። እዚ'ውን ንባዕሉ ርሱን ክትዓት እተ'ካየደሉ መኣዲ ዘተ ዓደመ። ዓብላሊ ዛዕባ ኣዘን መኣዲታት ከኣ እዚ ኣርእስቲ'ዩ ኔሩ።

ኣብ ዘተ ሕጋውን ቅዋማውን ጉዳያት ጸሓፊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኤርትራ ኣቶ ጠዓመ በየነ፡ ኢሳያስ ኣብ ጉዳይ ሓጋጊ ኣካል ኢዱ ብምእታዉን ፍሉይ ቤት ፍርዲ ብምጅሙን ወቕሶ። ሕጽረት ዓቕሚ ሰብን ርእሰማልን ፍታሕ እንተዘይተጌሩሉን እዚ ዘይሕጋዊ ምእታው ኢድ ኢሳያስ እንተዘይተዓጊቱን *"ጓብ ህንጸት ዲሞክራሲ ኤርትራ ሓደ ዓብይ ሃንፍ ክፍጠር'ዩ"* ኢሉውን ኣጠንቀቐ።*

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍን ኣማኻሪ ፕረዚደንትን ኣቶ የማነ ገብረኣብ እዘን "ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ" ኣብዚ ግዜ'ዚ ፍሉይ ዕማም ይፍጽማ ከም ዘለዋን ምስ ምጽዳኞ ቅዋም ናብ ስርዓት ሓጋጊ ኣካል ክጽንበራ ምኽነንን መርገጺ መንግስቲ ምኽኑ ገለጸ። እዚ ዘይልሙድ ኣበሃህላ ንብዙሓት ኣደናገሮም። ደጊምሲ ናብ እምነ መኣዝን መቐይሮ በጺሕና ኣሎና ማለት'ዩ ኢሎም ክሓስቡ ገበሮም። ኣከራከርቲ ፖሊሲታት ህዝባዊ ዘተ ክግበረሎም'ዩ ዝብል ተስፋታት ከሕድሩ'ውን ደረኾም። እንተኾነ ግና ድሕሪ'ዚ ኮንፈረንስ ጠዓመ ካብ ስርሑ ተሰንጊሙ፡ እቶም ዝተኣትዉ መብጽዓታት ኣይተፈጸሙን። ስዒቡ እንታይ ከም ዝኸውን ዝግመቱ ግና ኣዝዮም ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ።

መጽናዕታዊ ወረቐት ጠዓመ ፡ "ሓጋጊ ኣካል ኤርትራ፡ ገና ናጻ ዘይወጸ ኣካል" ዝብል ኢዩ ኔሩ። ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ጉዳይ ብልሽውና ክርእያ ብዝበል ምስምስ ብ 1996 ዝቐማ ኮይነን፡ ፕረዚደንት ባዕሉ ብዝሓረዮም ሰባት ዝመልኣ ኢየን ኔረን። ዝበዝሑ ካብዚኦም ወተሃደራውያን ሰብ መዚ ኮይኖም ምንም ኣምር ሕጊ ዘይብሎም እዮም። እዘን ኣብያተ ፍርዲ ብኣገባብን መስርሕን ኣቐዲሞም ዝወጹ ሕግታት ኣይቀየዳን ኢየን። ካልኦት ኣብያተ ፍርዲ ዘሕለፍኦ ውሳኔ ከፍርሳ'ውን ስልጣን ኣለወን። ኣብ ውሳኔኦን ይግባይ ምባል ኣይክኣልን።

ቀዳማይ ዝተኣስረ ፕረዚደንት ማሕበር ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ መንእሰይ ሰመረ ከሰተ'ዩ ኔሩ። ሰመረ 5ይ ዓመት ተመሃራይ ሕጊዩ ኔሩ። ብተመሃሮ ኣዝዩ ህቡብ ምኻኑ ከም ተኣፋፊ ኣንፈት ብምርኣይ ከይኮነ ኣይተርፍን ፈለማ ክኣስርዎ ዝወሰኑ። ሰመረ ንግዱድ ክረምታዊ ማእቶት ብምቅዋም ንፕረሲደንት'ቲ ዩኒቨርሲቲን መንግስቲን ጥርዓኑ ኣስሚው'ዩ። እኹል ሞሳን ደሞዝን ንዝሓተቱ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ወኪሉ ከኣ ተጣቢቹ'ዩ። በዚ ምኽንያት ናብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝዳሎን ኮይኑ። (*እንተኾነ ድሕሪ ገለ ዓመታት ኣምሊጡ'ዩ*)። ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ተኸቢቦም ናብቲ ኣብ ዳንካልያ ዝርከብ ኣጻምእ ምድረበዳ ተወስዱ። ክረምቲ ከይተወድአ ብዙሓት ብክቱር ምቑትን ሕማቕ ኣተሓሕዛን ሞቱ። ነዚ ተቓውሞኦም ዘስምዑ ወለዲ ተኸቢቦም ተኣሰሩ። እዚ እናኾነ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ካድራቱ ኣብ እምባትካላ ኣኪቡ ሰሚናራት የካይድ ኔሩ። ን "ተቓወምቲ" ኣብዚ ኣየሳተፈን። ዓፈና ንምግባር ከኣ ተዳለወ።

እቲ ናይ ፈለማ ስጕምቲ ኣብ መስከረም 2001'ዩ ተፈንዩ። ኣብ ከተማታት ዋሺንግተንን ኒውዮርክን ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዘተኻየደላን ምምሕዳር ቡሽ "ውሁድ ኣህጉራዊ ግብረመልሲ" ዝኣወጀሉን ሰሙን'ዩ ኔሩ። ኣቓልቦ ዓለም በዚ ፍጻመ ተጠሊፉ እናሃለወ'ዩ እምበኣር ኢሳያስ ምእሳር ፖለቲካውያን ተቓወምቲ ("ጕጅለ-15") ን ምዕጻው ናጻ ፕረስን ዝኣዘዘ። ኣብ'ታ ሃገር ዝነበራ ኩለን ናይ ብሕቲ ሚድያ ተዓጽየን ጋዜጠኛታትን ኣዳለውትንን ናብ ቤት ማእሰርቲ ወረዱ። ድሕሪ ክልተ መዓልታት ከኣ ንኤምባሲ ኣመሪካ ትርጉም ጋዜጣታት ዘዳልዉ ዝነበሩ ክልተ ኤርትራውያን ተኣስሩ። እዚ ምስ ዋሺንግተን ክሳብ ሕጂ ዘይተፈትሐ ቀጕርቕስ ኣኸተለ።

ኣብተን ዝሰዓባ ኣዋርሕ ብዙሕ ሚስጥራዊ ዓፈናታት ተኻየዱ። ብመንጕኝነት ከተዓርቕ ዝፈተኑ ሽማግለታት፡ ነጋዶን ካልኦት "ተቓወምቲ"ን ብጅምላ ተኣስሩ። ገሊኦም ንቕሩብ ግዜ ጥራይ ተሓዲሮም ተለቀ። "ጕጅለ-15" ን ጋዜጠኛታት ብሕቲ ግና ዝኾነ ክሲ ከይቀረበሎም ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኣለው። ማንም ዝረኣዮም ኣካልውን የለን። ተኣሲሮም ኔሮም ዝተለቀ ውሑዳት ከም ዝገለጽዎ፡ እሱራት ኢዶምን እግሮምን ተመቕሉም ንነዊሕ ሰዓታት የብሩኹ፡ ብጕስጢን ካልእ ባርባራዊ ሜላን ይግረፉ። ቅድምን ድሕርን መርመራ ንብዙሕ መዓልታት ከም ዘይድቅሱ ይግበር፡ እቲ ኣተኣላልያኦም ካብ ምስቓይ (torture) ከም ዘይፍለ ክፍለጥ ተኻኢሉ÷ዩ። ምርኻን ኣሎ ዝብል ሓበሬታ የለን። ይኹንምበር ንኹሉ ዝተንከፈ ዓብዩ በሰላ ገዲፉ'ዩ።

መን እንታይ ገበን ፈጺሙ ክትግምት ዝከኣል ኣይነበረን። እኒ እገለ ተኣሲሮም ትሰምዕ፡ ተፈቲሖም ዝብል ወረ ከኣ ይስዕቦ። አረ ገሊኦምስ ምርመራ ውን ከይተገብረሎም ኢዮም ተለቂቖም። እከለ እንታይ ኢዩ "በዲሉ" ኢልካ ሓቲትካ ርጉጽ መልሲ ኣይትረክብን። ህዝቢ ኣብ ዘረባኡን ኣካይዳኡን ኣመና ቀጕጠብ ምኻን ጀመረ። ራዕዲ ኣብ ኩሉ ነገሰ። ብተሌፎን ንዝግበር ፖለቲካዊ ዕላል ምላሽ ዝህቡ ሒደት ጥራይ ኢዮም ኔሮም። ኩሉ ናይ ኢንተርነት ርክባት ምክትታል ይግበረሉ'ዩ ዝብል ወረታት ተነዝሐ። ካብዚ ኩሉ ወረታት ኣየናይ ኢዩ ቅኑዕ ኣየናይ ኢዩ ጌጋ ዝፈልጥ ኣይነበረን።

እቲ ዓፈና ግና ኣየቋረጸን።

ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ እሱር ዝበሃል የለን፡ እዞም ተሓዪሮም ዘለዉ "ወንጀለኛታት" ኢዮም ኢሎም ይምጉቱ'ዮም። ኣብ "ጉጅለ-15"፡ ጋዜጠኛታት ብሕቲ ይኹን ካልኦት ዝተላዕለ ክሲ ግና ዛጊት የለን። ዝኾነ ሕጋዊ መስርሕ ኣይተኻየደን። በተን ፍሉያት ቤትፍርዲ ውን ይኹን ምስሉይ ውዕሎ መጋባእያ ኣይተራእየን። መንግስቲን ካድራቱን ብዛዕባ'ዞም እሱራት ጭብጢ ዘይብሎም ወቐሳታን ጸለመታትን ካብ ምፍናው ሓሊፉ ካልእ ዝገበርዎ ነገር ኣይነበረን። ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ሓበሬታ ብምዕጻው ውዒሉ ሓዲሩ እቲ ነገር ተረሲዑ ከም ዝተርፍ ንምግባር'ውን ፈቲኑ'ዩ።

ኤርትራ ነቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሓዘቶ መትከል ርእሰ ምርኮሳን ዘይሻራነትን ጠንጢና ንወራር ኣመሪካ ኣብ ዒራቕ (2003) ምድጋፋ ምምሕዳር ቡሽ ንተግባራት ዓፈና መንግስቲ ኢሳያስ ብናይ ቅሬታ ቃላት ጥራይ ክሓልፎ ዝገበሮ'ዩ ዝመስል።

ኣብዚ ዕላል ቀሪቦም ዘለዉ ኣባላት "ጉጅለ-15" ሓሙሽተ ኮይኖም፡ ዝቐረበሎም ክሲ የለን። ንሉኣላውነት ሃገር ክትሸጡ ሓሊንኩም፡ ምስ ጸላኢ ብዋጋና ክትዛተዩ ሓሲብኩም፡ ምስ መርበብ ስለያ ኣመሪካ ኽንኩም ነዚ ክትፍጽሙ ተንቀሳቒስኩም ዝብል ድፍድፍ ጸለሎ ብምልካይ ከም ከሓድቲ ንኽረኣዩ ተፈቲኑ'ዮ። እዞም ንዓሰርተታት ዓመታት ንሓርነት ሃገሮም ዝተቓለሱ ሓርበኛታት ከምዚ ኢዮም ኢልካ ምሕሳብ ፍጹም ዘይመስልን ውጹእ ጠቐነን'ዩ። ሓሙሽተ ካብዞም "ጉጅለ-15" ብዛዕባ'ዚን ካልእን ጉዳያት ኣብዛ መጽሓፍ ከዕልሉና'ዮም። ብዛዕባ'ቶም ዓሰርተ ካልኦት ኣባላት "ጉጅለ 15" ኸ ደኣ እንታይ ኢዩ ዝበሃሎ?

ህ.ግ.ደ.ፍ "ጉጅለ-15" ፈራሃት፡ ከሓድትን ንህላዌዛ ሃገር ሓደገኛታት ኢዮም ድዮም ዝብሉና ዘለዉ? እቲ ኣብ ሜዳ ስርዓተ ትምህርቲ ክቐውም ዓብዩ ኣስተዋጽኦ ዝገበረ፡ ሚኒስተር ዜና ፡ ሚኒስተር ትምህርቲን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝነበረ በራኺ ገብረስላሴ ንኤርትራ ሓደገኛን ከሓዲን ሰብ ኢዩ ኔሩ ድዮም ዝብሉ ዘለዉ? እቲ ድሕሪ ናጽነት ቀጠባዊ ፖሊሲ ዝነደፈ፡ ንኣገባብ ዘይብሉ ኣወጻጽኣ ገንዘብን ቀረጽ ዘይምኽፋልን ህግደፍ እተቓወመ ምቕሉል ብርጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ስዩም (ምሩቕ ዩኒቨርሲቲ ዊስኮንሰን) ጸረ ኤርትራ'ዩ ድዮም ዝብሉና ዘለዉ? ኣስቴር ፍስሃጼን ከ? እዛ ድሕሪ ናጽነት ኣመሓዳሪት ዞባ ኮይና ዝሰርሐት፡ ኣብ መበል 20 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ (1999) "ተራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ" ዝብል መጽናዕታዊ ወረቐት ዘቕረበት ገዲም ሓርበኛ ጸረ ኤርትራ ኢ.ያ ድዮም ዝብሉ ዘለዉ? ሓደ ካብቶም ምሁራት ሓርበኛታት ሜዳ ዝነበረ፡ ፈለማ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ኣብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ዘገለግለ፡ ሕጂ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝሰርሕ ዘሎ ኣቶ ሃይለ መንቆርዮስክ ከሓዲ'ዩ ድዮም ዝብልዎ ዘለዉ? እቲ ህቡብ ሃምበል ኩናት ፈለማ ሚኒስተር ምክል'ኻል ደሓር ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዝነበረ ሕጂ ኣብ ስደት ዘሎ መስፍን ሓጐስ ከ ንኤርትራ ኣሕሊፉ ክህባ ድሌት ኔርዎ ድዮም ዝብሉ ዘለዉ? ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ናይጀርያ ዝነበረ ኣድሓኖም ገብረማርያም ከ? ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ዝነበረ ሓምድ ሕምድ ከ? ሳልሕ ኬክያ፡ መሓመድ

ብርሃን ብላታ (ቅድሚ ዓፈና ዘንሰሓበ)፡ ከምኡ'ውን ጀርማኖ ናቲ ኸ? እዚኣቶም ማዕረ እኒ ድሩዕ ፍሉጣት ኣይኹኑ እምበር ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዓብዪ ግደ እተጻወቱ ዜጋታት'ዮም። ንውልቀ ምልካዊ ኣካይዳ መራሒኦም ብቓልዕ ምንቃፎም እንተዘይኮይኑ ካልእ ገበን ምፍጻሞም ኣእማኒ ምኽንያት ኣይቀረበን። ህ.ግ.ደ.ፍ ንሰለስተ ሰዓታት ዝንበብ መዝገብ "ወንጀል "ጉጅለ-15" ኣዳልዩ ኔሩ'ዩ። እንተኾነ ተሓዪሮም ዘለዉ እዞም 15 ሰብኡትን ኣንስትን ጥራይ ኣይኰኑን። ካብ 1990 ኣትሒዙ ንኣካይዳ መሪሕነት ኢሳያስ ዝነቐፉ ክሳብ ሕጂ ዘይተፈትሑ ብዙሓት'ውን ኣለዉ።

ብዛዕባ ኤ.ማ.ሰን ምብታኑን፡ ኣብ 1990ታት ኢሳያስ ዘዳለዎ ወረቓቕቲ ኣሎ። ካብ ምውላድ እቲ ውድብ ጀሚሮም ዝነበሩ ጸብጻብ ኣኼባታትን ካልእን ኵሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣሎ ተባሂሉ ይግመት።

ንምኻኑ ናይዚ ቅልውላው ተሓታቲ መን'ዩ? ብፍላይ ኣብ ዛዛሚ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ብዛዕባ ዝተፈጸመ ጕዳያት እዞም ሽዑ ዝረኣዩን ዝሰምዑን ኣብዛ መጽሓፍ ከካፍሉና ኢዮም።

መራሕቲ ህግደፍ ዓብዪ ገበን ፈጺሞም ኣለዉ። እዚ ዓፈናን ግፍዒን ኣንጻር ኣህጉራዊ መሰላት ደቂ ኣዳም ጥራይ ዘይኮነ ኣንጻር ቅዋም ኤርትራን እቲ ቃልሲ ዝውክሎ ክብርታትን'ዩ። እቲ ኩነታት ብልክዕ ከመይ ኔሩ? እዞም ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ በደል ዝፈጸሙ ሰባት ከመይ ዝበሉ ምኻኖም ንምፍላጥ ካብ ኣፍ ተዋሳእቱ ገለ ሓበሬታ ከም ዘድሊ ዘየማትእ'ዩ።

እዞም ዕላላት

ፈለማ ምስ ድሩዕ ዝገበርክዎ ነዊሕ ዕላል ኣብ 2000 ዓ.ም'ዩ ኔሩ። ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ኤርትራ ዘጋጠመ ቅልውላው ምስ ሰማዕኩ ንድሩዕ ክረኽቦ ወሰንኩ። ምስ ድሩዕ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሌላ'ዩ ዘሎና። ብዛዕባ'ዚ ከኣ ክሓቶ ደለኽኩ። ቀንዲ ኣተኩሮ ዕላለይ ግና ኤ.ማ.ሰ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ሓዳስ ኤርትራ ዘለዎ ጽልዋን ሓድግን ኢዩ ኔሩ። ኣብ ናጻ ኤርትራን ካልኦት ሃገራትን ሰልፍታት ክጻወቶኦ ዝኽእላ ተራ ማእከል ዝገበረ መጽናዕቲ ኣካይድ ስለ ዝነበርኩ፡ ብዛዕባ'ዚ ፍሉይ ተገዳስነት ከሕድር ክኢለ'የ።

ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኩናት ማሕበርነታዊ ስነ-ሓሳብ ዝኽተላ ኣብ ዝነበራ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት (ኤርትራ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ፍልስጤምን) ዝተኸስተ ለውጢ እንተሎ ምጽናዕ ካብ ዝጅምር ኣርባዕተ ዓመታት ጌረ ኣለኽኩ። እዘን ስጡም ማእከልነት ዘለወን ፖለቲካውያን ውድባት ብሓደስቲ ማህበራዊ ምንቅስቓሳት ክሳብ ክንደይ ተጸልየን ዝብል መጽናዕታዊ መበገሲ ኔሩኒ። ነዚ ሓድሽ ጸዓት ከይዓፈና ክጕዓዛዶ ይኾና? እዚ ንምልከን ዝብሕጉግ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ንደጀነን ዘስፍሕ፡ ዘሐይልን ንሃብታም ብዙሕነት ዝዕድምን'ዩ። ግና እዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ነዚ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ክፉታት ክኾና ይኽእላ ዝብል ሕቶታት ክምልስ ቀንዲ ድርኺተይ ኢዩ ኔሩ።

ህላዌ ሕቡእ ውድብ (ኤ.ማ.ሰ) ኣብ ምምስራት ህግደፍ 1994 ጋህዲ ተጌሩ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ሕቡእ ውድብ ግና ብድሕሪኡ ብዕሊ ዝተነግረ ነገር የለን። ድሕሪ መላእ ሓርነት ኤርትራ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝጸንሕ መሰጋገሪ መንግስቲ ቂይሙ። ኣብ 1994 ህግደፍ ምስ ተመስረተ ናብ ቅዋማዊ መንግስቲ ከሰጋግር ትጽቢት ኔሩዩ። ኣብ 1997 ቅዋም ተነዲፉ ክብቅዕ ናብ ዴሞክራስያዊ መንግስቲ ዘቕንዐ ስንሚ ኣይተራእየን። ድሕሪ ምዝዛም ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ (2000 ዓ.ም) ግና እዚ ሕቶ ዴሞክራስን ምቛም ሰልፍታትን ናብ መድረኽ ሕቶ ተቐልቂሉ'ዩ።

ካብ ሓርነታዊ ቃልሲን ንዕኡ ዝመርሐ ውድብን እንታይ ዝተቐስመ ተመኩሮታት ኣሎ? ሓድሽ ዴሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ባይታ ንምህናጽ ካብዚ እንታይ ተመኩሮታት ክቕሰም ይከኣል ? እዚ ክምልሶ ደልየ ዝነበርኩ ሕቶታት'ዩ።

ንኻልኦት ሰበስልጣን ህግደፍ'ውን እዚ ሕቶታት እዚ ኣቕሪበሎም ኔረ'የ። ካብዚኣቶም ኣቦመንበር ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣቶ ሙሐየዲን ሸንገብ (*ፖለቲካዊ ዑቕባ ሓቲቱ፡ ኣብ ሰደት ኢዩ ዘለሞ*) ፡ ኣደመንበር ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ወይዘሮ ልኡል ገብረኣብ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ከምኡ'ውን ኣቶ ዘምህረት ዮሃንስ ይርከብዎም። ድሕሪ ኩናት ካብ ህግደፍ ከመይ ዓይነት ሰልፊ ክወጽእ ከም ዘለዎ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ኢዮም ዘጋውሑ ። ንህንጸት ሃገር ዘገልግል ተወዳዳሪ ፕሮግራማት ዝውክላ ሰልፍታት ክህልዋ ጽቡቕ ኢዩ/ ኣይፋለን ዝብል ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለዎም። እዚ ክትዓት ዛጊት መዓልቦ ኣይረኸበን።

ኣብ 2000 ምስ ድሩፅ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ (ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ) ተራኺብና፡ ሕቡእ ውድብ (ሰውራዊ ሰለፊ ህዝቢ ኤርትራ ወይ ኤ.ማ.ሰ) ስለ ምንታይ ክምስረት ኣድለየ ዝብል ሰፊሕ ዕላል ጌርና ኔርና። ዝያዳ ሓበሬታ ብዝሰማዕኩሉ መጠን እዚ ታሪኽ ነዚ ህሉው ምክፍፋል ንምርዳእ ወሳኒ ፈትሊ ምንባሩ እናበርሃለይ መጸ። ኣብዚ ግዜ'ዚ (2000) ተቓውሞታት ምንባሩ ምንም ኣንፈታት ኣይነበረን። ብዛዕባ ኣተኣላልያ'ቲ ኩናት ዘይምስምማዕ ምንባሩ፡ ዋላኳ ሓይሊ ኣይንበሮ *ነዚ ግርጭት ብዘተ ንፍታሉዮ* ዝብል ድምጽታት ምንባሩ ግና ገለ ትሒምታታትስ ኔሩ ኢዩ። እንታይ ኣፍርዮም ብዘየገድስ ገለ ተቓውሞታትስ ኔሩ ኢዩ።

ኣብ ዝቐጸለ ዓመት (ሓምለ 2001) ኣብ ኣስመራ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ (Eritrean Research Association) ክቃናዕ ምድላዋት ኣብ ምጽፋፍ ኢዩ ኔሩ። ብዛዕባ ታሪኽ'ዚ ውድብ ዝኣከብክዎ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርብ ተዳሎኹ። እንተኾነ ዝቐርበሉ ግዜ ምስ ኣኽለ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኤርትራ ተቐየረ። እቲ ኣብ ኤርትራ ብ "ሳልሳይ ወራር" ዝፍለጥ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ተባርዐ። እዚ ኣብ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኩነታት እታ ሃገር ዓብዪ ነጥበ መቐይሮ'ዩ ኔሩ። ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ኤርትራ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ጋህዲ ኮነ። ሓደ ስጡም መርበብን ውዳበን ዘይብሉ ተቓዋሚ ጉጅለ ከኣ ክምዕብል ተራእየ።

ድሩፅ ካብ መዝነቱ ወሪዱ ናብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን ተዛወረ። መጋቢት 1 ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ከይደ ብዛዕባ ታሪኽ'ቲ ውድብን ኣብዚ ግዜዚ ዝንህር

ዝነበረ ቅልውላውን ከዕልለኒ ሓተትኩዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣንጻሩን ኣንጻር'ቶም ኣብ ባይቶ ንፖሊሲ ፕረዚደንት ዝነቐፉ ሰባት ተዓጢቕኡ ይሰርሕ ከም ዘሎ ምርዳእ ኣየጸገሞንን። ሞራሉ ኣዝዩ ተተንኪፉ'ዩ ኔሩ። ነቲ ዕላል ከም ዘለዎ ኣቕሪበዮ ኣለኹ።

ኣብ ሓምለ 2001 *መጽናዕታዊ* ወረቐተይ ምስ ኣቕረብክዋ ክልተ ኣገደስቲ ምዕባለታት ተኸስታ። እቲ ቀዳማይ ብ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘጋጠመኒ ጃምላዊ ተነጽሎ'ዩ። ብዘይካ'ዚ መስረትቲ'ዛ ውድብ ዝነበሩ ሰበ ስልጣናት ኣብ *መጽናዕተይ* ገለ ሃንፋት ከም ዘሎን ንዕኡ ክመልኡ ፍቓደኛታት ምኻኖምን ገለጹለይ። ሓደ ካብዚኣቶም *ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ነበር* ማሕሙድ ሸሪፎ'ዩ። ሓደ ካብቶም ከተምቲ ክፍትቲ ደብዳቤ ብምንባሩ ኣብቲ ግዜቲ "ደስኪሉ'ዩ" ኔሩ። ድሕሪ'ዚ ኮንፈረንስ ምስ ኣለምሰገድ ተስፋይ (*ንባዕሉ ብዛዕባ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ መጽናዕቲ ይገብር ኔሩ፡ ንዓይውን ከም ተርጓሚ ኮይኑ ሓጊዙኒ'ዩ!*) ኮይነ ኣዕሊለዮ ኔረ። እቲ ሽዑ ዝገበርናዮ ዕላል ኣብዚ ቀሪቡ'ሎ። ሸሪፎ ግድን ክበጽሖ ዘለዎ ሓዘን ስለ ዝነበሮ ክንዲ ዝግእ ግዜ ኣይረኸብናን። ስለዚ ድማ ኣብ ታሪኽ'ቲ ውድብ ጥራይ ክነተኩር ተገዲድና።

ድሕሪ ሒደት መዓልታታ ብዛዕባ ታሪኽ ኤ.ማ.ሰን ድሕሪ መላእ ሓርነት ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንምዕላል ምስ ጴጥሮስ ሰለሙንን ብርሃነ ገረዝጊሀርን ተራኺቡ። ንጴጥሮስ ካብ 1976 ጀሚረ'የ ዝፈልጦ። ኣብ ቅድመ ግንባርን ሓራ ቦታታትን ተራኺብና ኔርና ኢና። ትብዓቱ፡ ትኩርነቱን ተወፋይነቱን ጠብላሕታ ኣሕዲሩለ ምንባሩ ድማ እዝክር። ወተሃደራዊ ኣዛዚን ሓላፊ ጕዳይ ጸጥታዊ ስርሒታት'ዩ ኔሩ። ነቲ ብቐረባ ዝከታተሎ ዝነበርኩ ኩናት ምጽዋዕ 1977 ዝመርሑ ንሱ'ዩ። ኣብ 1970ታትን 80ታትን ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ኢዩ ኔሩ። ድሕሪ ናጽነት ፈለማ ሚኒስተር ምክል'ኻል፡ ጸኒሑ ሚኒስተር ጕዳያት ወጻኢ ኮይኑ ኣገልጊሉ'ዩ። ንገደብ ዘይብሉ ስልጣን ኢሳያስ ብምንቃፉ ካብ'ዚ ሚኒስትሪ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ከም ዝወርድ ተጌሩ። ኣብኡ 'ውን ብተወፋይነት ኣገልጊሉ'ዩ ። ኣብ ዝተመደቦ ስራሕ ንኡድ ኣበርክቶ ዝገብር ብመሳርሕቱ ፍቱው ሓርበኛ'ዩ ኔሩ።

ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሀር ንኢሳያስ ብምንቃፉ ብ 2001 ቅድሚ ምድስካሉ ሓላፊ ሃገራዊ ማዕከን ኤርትራ'ዩ ኔሩ። ንሱ'ውን ካብ 1970ታት ጀሚሩ ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ኢዩ ኔሩ። ቅድምን ድሕርን ሓርነት ዝነበረ ወተሃደራዊ ስትራቴጂ ህግሓኤ ኣብ ምንዳፍ 'ውን ተዋሲኡ'ዩ።

ኣብታ መዓልቲ ምስ ካልእ ኣገዳሲ ሰብ'ውን ተራኺቡ ኔረ። ኣብ ግዜ ገድሊ ወተሃደራዊ ኣዛዚ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ፖለቲካዊ መራሒ ምስ ዝነበረ ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ። ኣብ ኤ.ማ.ሰ. ዝነበሮ ተራ ከኣ ኣዕሊሉኒ'ሎ። ድሕሪ መላእ ሓርነት ኤርትራ ዑቕበ ኣብርሃ ሓላፊ ቕጠባዊ ኮሚሽን ህ.ግ.ሓ.ኤ'ዩ ኔሩ። ጸኒሑ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትርን፡ ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ስታፍ ሓይልታት ምክል'ኻል ኤርትራ ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብ 2001 ምስ'ቲ ዋንነቱ ናይ ህግደፍ ዝኾነ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ዝተተሓሓዘ ክሲ ብልሽውና ቀሪብሉ ስሙ ተበኪሉ'ዩ ኔሩ። (*ንሱ ኣይወዓልክምን፡ ሓሶት'ዩ ኢዩ ዝብል!*) ። ዝተኸሰሰሉ ምኽንያት ፖለቲካዊ ምኻኑ ከም ዝጥርጥር ብምግላጽ ስሙ ንምሕዳስ ቅሉዕ

መርመራ ክግበር ጻውዒት ጌሩ ኔሩ። ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልታት ዳግማይ ተራኺብና፡ ምስ ኢሳያስ ዘለዎ ናይ ሰላሳ ዓመታት ፖለቲካዊ ተመኩሮን ከመይ ኢሎም ሕጂ ክከፋፈሉ ከም ዝኸኣሉን ኣዕሊሉኒ።

ነሓሰ 13 ምስ ድሩዕ ዳግማይ ተራኺብና። ሰለስተ መዓልታት ኣቑዲሙ ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድሰዒድ ን "ጉጅለ-15" ንምጥቃዕ ኣብ ናይ መንግስቲ ሚድያ ቀሪቡ ኔሩ። ብጋዜጣ፡ ሬድዮን ተለቪዥንን ሰፊሕ ሽፋነ ዝተዋህቦ ቃለ መጠይቕ ሂቡ። ድሩዕ ን "ጉጅለ 15" ንምጽላምን ንምእሳርን ብውሽጠ ውሽጢ ዝተኻየደ ወፍርታት ኣስፊሑ ኣብርሁለይ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ ዝገበርክዎ ቃለ መጠይቕ ኣብ ነሓሰ 23 ምስ ጴጥሮስ'ያ ኔሩ። ጴጥሮስ በቲ ኣንጻሮም እናነሃረ ዝመጸ ኣንፈት ተሳቕዩ'ዩ ጸኒሑኒ። ብግሉይ መሪሕነት ኢሳያስን ግሁይ ኢዩ ኔሩ። ኣቑዲሙ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ ኣዝዩ ከም ዘጣዕሶ ከኣ ኣዕለለኒ። ናጽነት ፕረስ ሓደ ካብ ኣዕኑድ ሕብረተሰብ ምኻኑ ከም ዝኣምን፡ ዋላኳ ቃልሱ እንተተኾልፈ ኣብ ጎድኖም ደው ከም ዝብል ብንጹር ኣረጋገጸለይ። ምስ ኢትዮጵያ ዝተገብረ ኩናት ብሰንኪ ግሉይ መሪሕነት ኢሳያስ ክናዋሕን ናብ ዘየድሊ ከቢድ ቅልውላው ክዓርግ ምኽኣሉን ወሲኹ ኣዕለለኒ።

ንድሩዕ ኣብ መወዳእታ መስከረም ምስ ረኸብክዎ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ቤት ማእሰርቲ ምውራድና ዘይተርፍ'ዩ ክብል ኣፍኣመለይ።

ድሕሪ'ዚ ካብ ኤርትራ ወጻእኩ። ኣብ 18ን 19ን መስከረም 11 ካብ "ጉጅለ 15" (እንተላይ ኣብዚ ዘዕለልክዎም ሓሙሽተ ፖለቲከኛታት) ካብ ቤቶም ተመንጢሎም ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ተወስዱ። ብኡ ኣቢሎም ከኣ ተሰወሩ። ኣብ ወርሒ መስከረም 2002 እናተመላለስኩ ብዛዕባ ሃለዋቶም ኣጣየቕኩ። ግና እፈልጥ'የ ዝብል ሰኣንኩ። ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዝርከቡ ህጣም'ውን ኣይረኽብኩን። መወዳእትኡ "ደሃይ ዘይብሎም" ሓቂቕም ተሪፎም!

ዓመት ቅድሚ ዓፈና

2000

ጥሪ፥ ማዕከላይ ሽማግለ ህግደፍ ፕረዚደንት ቅዋም ከተግብርን ብዙሕነት ሰልፍታት ዘሳትፍ ምርጫ ክገብርን ጻዊዒት ጌሮም፥ ፕረዚደንት ነጂግዎ።

ለካቲት፥ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ነበር ዑቕበ አብርሃ ንኣተኣልያ ኩናት ፕረዚደንት ብውልቁ ምስ ነቐፈ ካብ መዝነቱ ተሰጉጉ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ተዛዊሩ።

ግንቦት፥ ቅልውላው እዝዚ።

ኣብ ግዜ "ሳልሳይ ወራር" ኣብ መንነ ኢሳያስን ላዕላዎት ወተሃደራውያን ኣዘዝትን ሰበ ስልጣናትን ርሱን ክርክር ተፈጢሩ። እዚ ነቲ ደሓር ክሕደት እተጠመቐ ዓፈና ኣኽቲሉ።

ነሓሰ፥ ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ብዛዕባ ሰላምን ኩናትን፥ ምትግባር ቅዋም፥ ሰሌዳ ግዜ ምርጫን ሰፊሕ ክትዓት ኣካይዱ። ኢሳያስ ከቢድ ነቐፌታ ወሪድዎ። ንሱ ግና መልሲ ምሃብ ኣብዩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃይለ ወልደትንሳኤ- "ድሩዕ" (ሓደ ካብቶም ቀንዲ ነቐፍቲ ኢሳያስ) ናብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ተሰጉጉ።

መስከረም፥ ሃገራዊ ባይቶ ብዛዕባ ኣተኣላልያ ኩናት ኢሳያስን ፖለቲካዊ ምስግጋርን ክትዕ ኣካይዱ። ንሕለፍ ተመኩሮን መስከረም 2001 ክትግበር እተወጠነ ብዙሕነት ሰልፍታት ዘለዎ ሃገራዊ ምርጫ እተጽንዕ ኮሚተ መዚዞም።

ጥቅምቲ፥ ዓስርተውሰለስተ ዓበይቲ ምሁራትን ሞያውያንን ኤርትራውያን-***ማኒፈሳቶ በርሊን*** እተሰምየ ደብዳቤ ናብ ኢሳያስ ልኢኾም። በዛ ደብደቤ ጌሮም ምልኪ ሓደ ስብኣይ ክእረም፥ ብዛዕባ"ቲ ኩናት ("ሳልሰይ ወራር") ዘተ ክግበር፥ ቅዋም ክትግበር፥ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ክፈርሳን ካልእ ጽግናታት ክግበርን ጸዊየም።

ሕዳር፥ ዋና ኣመሓዳሪ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ከምኡ'ውን ሚኒስተር ትራንስፖርትን መራኽቢታትን ዝነበረ ሳልሕ ኬኪያ ንኢሳያስ ብምንቃፋ ካብ መዝነቱ ወሪዱ፥ ከንቲባ ከተማ ዓሰብ ክኸውን ተኣዘዘ። ነዚ ምቕባል ስለ ዝኣበየ "ክድስክል" ተጌሩ።

ታሕሳስ፥ ዓሰርተው-ሓደ ካብ ከተምቲ ማኒፈስቶ በርሊን ምስ ኢሰያስ ተራኺቦም። ሓሳባቶም ብፕረዚደንት ፍጹም ተነጺጉ። "ድሩዕ" ምስ ኢሰያስ ተራኺቡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ክዛረቦ ፈቲኑ፥ ግና ብርቱዕ ዘለፋ ተቐቢሉ።

2001

ጥሪ፡ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ስልሳይ "ወራር ወያነን ስዒቡ ዝመጸ ፖለቲካዊ ዘመተን" ዘርእሰቱ ወረቐት ዘርጊሑ ንነቐፍቲ ኢሳያስ ንምጽላም ከኣ ኣብ ካድራት ወፍርታት ጀሚሩ።

ሚጀር ጀነራል ብርሃን ገረዝጊሄር (ሓደ ካብ ነቐፍቲ ኢሳያስ) ካብ መዝነቱ ተሰናቢቱ --"ደስኪለ"።

ለካቲት፡ ዓሰርተውትሸዓት መራሕቲ ህግደፍ ህጹጽ ኣኼባ ማእከላይ ሸማግለ ክግበርን ብእኡ ኣቢልካ ፍልልያት ንምልዛብን ጻውዒት ጌሮም።

ኢሳያስ ነዚ ጻውዒት ነጺግዎ።

ኢሳያስ ፍጹም ምስ ሓንገደ ***ኮሚተ ሰልፊ*** ብዙሕነት ሰልፊታት ዘለዎ ከፉት ምርጫ ክግበር ዝብል ለበዋኣ - ናብ ህዝቢ ዘርጊሓ። ግና እቲ ደብዳቤ ብህግደፍ ከም ዝዕፈን ተጌሩ።

መጋቢት፡ ***"ህጹጽ ኣኼባ ምጽዋዕ ኣቋርጹ"*** ዝብል ዘይተኸተመ ደብዳበ ናብ ኩሎም ኣባላት ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍ ተላኢኹ።

ሚያዚያ፡ ኣቦ መንበር ኮሚተ ሰልፊ ማሕሙድ ሸሪፎ (ዘይወግዓዊ ምክትል ፕሪዘደንት) ካብ መዝነቱ (ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር) ተሰጉጉ "ደስኪለ"። *ኣጠቓላሊ ጽገናዊ ማሂፌሰቶ* ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ናይ ብሕቲ ፕሪስ ተሓቲሙ። ተግባራት ህግደፍን ኣተኣላልያ እቲ ኩናትን ተነቂፉ። ቅዋም ኽትግበር፡ ሃገራዊ ባይቶ ኽድልድል፡ ኣብ ውሽጣዊን ናይ ወጻኢ ርክባትን ጽገናታት ክግበር ጻውዒት ቀሪቡ።

ግንቦት፡ ሚኒስተር ዜና፡ ሚኒስተር ትምህርቲን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመንን ዝነበረ በራኺ ገብረስላስ (ሓደ ካብ ነቐፍቲ ኢሳያስ) ተጸዊዑ "ክድሰክል" ተጌሩ።

"ጉጅለ-15" ክፉት ደብዳበ ናብ ህግደፍ ዝተሰምየ ወረቐት ኣብ ኢንተርነት ዘርጊሑም። ንተግባራት ኢሰያስ ዘይቅዋማዊን ዘይሕጋዊን ብምባል ነቒፎም። ብዛዕባዚ ጉዳያት ዘተ ክግበር ከኣ ጠለቦም ኣቕሪቦም። ኣባል "ጉጅለ-15" -መስፍን ሓንስ ኣብ ናይ ብሕቲ ፕረስ ቀረቡ ንለውጢ ዝድግፍ ቃለ መጠይቕ ሂቡ።

ሰነ፡ ኣባላት "ጉጀለ-15" ሃይለ ወልደንሰአን ጴጥሮስ ስለሙንን ካብ መዝነቶም ተሰጉጎም፡ "ደስኪሎም"። ጴጥሮስ ሰለሙን (ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ፡ ሚኒስተር ምክልኻልን ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳን ኮይኑ ዘገልገለ ኢዩ)። ክልቲኣቶም ቅዋም ክትግበርን ካልእ ጽገናታት ክግበር ከም ዘለዎን ምስ ናይ ብሕቲ ፕረስ ኣብ ዝገበረዎ ቃለ መጠይቕ ገሊጾም።

<u>ሐምለ</u>፡ ማሕበር መጽናዕቲታት ኤርትራ (Eritrean Studies Association) ኣብ ኣስመራ ኮንፈረንስ ኣካይዱ። ፖለቲካዊ ክትዓት ኣብ ናይ ብሕቲ ፕረስ ሰፊሕ ሽፋነ ተዋሂብዎ።

ፕረዚደንት ማሕበር ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተመሃራይ ሰመረ ከሰተ ክረምታዊ ማእቶት ንተመሃሮ ዩኒቨሪሲቲ ኣስመራ ዝምልከት ኣይኮነን ዝብል ነቐፌታኡ ስለ ዘቕረበ ተኣሲሩ።

<u>ነሓሰ</u>፡ ኣማኢት ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ተዓፊኖም ናብ ዊዓ ተወሰዶም። ካብዚኣቶም ክልተ ብክቱር ሃሩር ሞይቶም።

ማሕበረ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብሓይሊ ተበቲኑ። ብህግደፍ ዝዝወር ማሕበር መንእሰያት ጨንፈር ዮኒቨርሲቲ ከም ዝትክኦ ከኣ ተጌሩ።

ኣባል "ጉጅለ-15" ብርጋዴር ጀነራል እስቲፋኖስ ስዮም ካብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ተሰጕጉ፡ "ደስኪለ"። (እዚ ዝኾነ ንዝምቡዕ ኣከፋፍላ ቀረጽ ቢዝነሳት ህግደፍ ስለ ዘቃልዐ'ዩ!)

ሓላፊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኤርትራ ጠዓመ በየነ ካብ መዝነቱ ተሰጕጉ። (ኣብ ኣጋጣሚ ዋዕላ ማሕበር መጽናዕቲታት ኤርትራ ኢሳያስ ኣብ ጕዳያት ሕጊ ዝገበሮ ጣልቃ ምእታው ስለ ዝነቐፈ ኢዩ ከም ዝስጎጉ ተጌሩ!)

"ጉጀለ-15" ክፉት ደብዳቤ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰምየ ጽሑፍ ኣብ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ዘርጊሖም። ኣብዚ ጽሑፍ ካብ ጕዳይ ኩናትን ሰላምን ኣትሒዝካ ክሳብ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ፖሊሲ ዝድህስስ ዝርዝራዊ ናይ ጽገና ኣጀንዳ ኣውጺኦም።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣልኣሚን መ/ስዒድ ኣብ ማዕከናት ዜና መንግስቲ ን "ጉጅለ-15" ዘጸልም ቃለ መሕትት ሂቡ። ትዕግስቲ መንግስቲን ግንባርን ከም እተጸንቀቐ፡ ነዞም ነቀፍቲ ከኣ "ተሰዓርቲ" ኢዮም ብምባል ጠቂንዎም። ነዞም ነቐፍቲ "ጸረ ሃገርን ህዝብን" ብምባል ይውንጅሎም" (ተለቃቢ ርእ)። "ጉጅለ-15" ብወገኖም " ኣብ ክንዲ ጸለመ ጭብጢ ሒዝካ ምምጻት ዝሓይሸ" ዝብል መልሶም ኣውጺኦም። (ተለቃቢ ርእ።)

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ 15 መዓልታት ስሚናር ግንባር ብምወዳብ ነቲ ዝስዕብ ዓፈና ተዳለወ።

<u>መስከረም</u>፡ ዓሰርተው ሓደ ኣባላት "ጉጀለ-15" ካብ ገዝኦም ተመንጢሎም ተወሲዶም። *(ሓደ ኣንስሒቡ! ሰለስተ እንተላይ መስፍን ሓጎስ -ካብ ሃገር ወጻኢ ኢዮም ኔሮም። ብእኡ ጌሮም ከኣ ናብ ስደት ኣምሪሖም።)*

ናይ ብሕቲ ፕረስ ተዓጽዩ። ትሸዓተ ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም። ዝያዳ ማእሰርቲ ስዒቡ። ህዝባዊ ፖለቲካዊ ክትዓት ኣቋረጹ።

ጥቅምቲ፡ ኣብ ኤምባሲ ኣመሪካ ዝሰርሑ ዝነበሩ ክልተ ኤርትራውያን ን *"ጉጅለ-15"* ሓጊዝሉም ብዝብል ክሲ ተታሒዞም።

ድሕሪኡ

2002

ጥሪ፡ ሃገራዊ ባይቶ ድሕሪ 18 ኣዋርሕ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ንኣጀንዳ ፕረዚደንት ኣጽዲቑ። ኩሎም ንፕረዚደንት ዝተቓወሙን ጽግና ክግበር ዝሓተቱን ኣባላት ባይቶ "ከሓድቲ" ተባሂሎም። ፖለቲካዊ ሰልፊ "ግዚኡ ኣይኣኽለን" ተባሂሉ። ምርጫ ክግበርዩ ዝብል መብጽዓ ተዋሂቡ፡ እቶም ከሓድቲ ዝተባህሉ ግና ፍጹም ተነጺጎም። ዝያዳ ዓፈናን ማእሰርትን ሰዒቡ።

2003-2011

ጉባኤ ህግደፍ--የለን
ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ---የለን
ዝኾነ ናይ ብሕቲ ፕረስ---የለን
ሃገራዊ ምርጫ-----የለን
ፖለቲካዊያን እሱራት ዝተገብረሎም ክሲ---የለን
ዝያዳ ዓፈና!

እቶም ዕላላት

ምስ ሃይለ ወልደንስኣ "ድሩፅ" ዝገበርክዎ ዕላል

13 መጋቢት 2000

እዚ ዕላል ኣብ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ድሩፅ ኢና ኣካይድናዮ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኮይኑ ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘተኻየደ ኣህላቒ ኩናት ፍታሕ ኣብ ምንዳይ'ዩ ተጸሚዱ ኔሩ። ኣብ ግንቦተ-ሰነ 2000 ዓ.ም. መጠነ ሰፊሕ ኩናት ተኻይዱ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝመርሖ ስምምዓት ግዚያዊ ውዕል ምቑራጽ ተኽሲ ተበጺሑ። ኣብ ታሕሳስ ከኣ ስምምዕ ምቑራጽ ተጻብኦታት ተኽቲሙ።

13 መጋቢት 2000 ንግሆ ካብ ኤርትራ ቅድሚ ምውጽኣይ ንድሩፅ ሓጺር ዕላል ክንገብር ሓተትክዎ። ብከቢድ ሰራሕ ተዋጢሩ ሰለ ዝነበረ ሰላሳ ደቓይቕ ጥራይ ኢዩ ሂቡኒ። ዘምጽኣኒ ኣርእስቲ ምስ ነገርክዎ በብቕሩብ ናብ ርሱን ዕላል ተሰጋገርና። ኣብ መወዳእታ ጸሓፊቱ ነዊሕ ጻውዒታት ንግዚኡ ክትዓጽወሉ ነገሩ። ከምዚ ኢልና ንኣርባዕተ ሰዓታት ዝኸውን ኣዕለልና።

ዋላኳ ካብ 70ታት ጀሚርና ንቅርጺን ሰነ ሓሳብን ኤ.ማ.ሰ ማእከል ዝገበረን ንፖለቲካዊ ኩነታት ሓርነታዊ ቃልሲ ዘድህሰስን ዕላላት ጌርና እንተነበርና ንኤ.ማ.ሰ ብሰሙ እናጸዋዕና ዘልዓልናለ ኣብዚ ግዜዚ'ዩ ኔሩ።

ካብዚ ዕላል ዝረኽብክዎ ሓበሬታታት ኣብ 2001 ዘቕረብክዎ መጽናዕታዊ ወረቐት ንምድላው ተጠቒመሉ ኢዩ። እዚ ምስ ነባራት መስረትቲ ኤ.ማ.ሰ ዝተገብረ ዕላል ኣብዚ ጥራዝ ከም ዝካተተን ኣብ ወርሒ ሕዳር Review of African Political Economy ኽሕተምን ጌረ'ዩ።

እዚ ዕላላት ብዛዕባ'ቲ ውድብን ሓድግታቱን ብዙሕ ሚስጥራት ኣግሂዱ'ሎ። ኣብ ዝቐጸላ ክልተ ዓመታት ነዚ ጉዳይ ኣዕሚቒ ንኽክታተሎን ተውሰኽቲ ዕላላት ንክገብርን ከኣ ሓጊዙኒ'ዩ። ዋላኳ እዚ ቃለ መጠይቕ ዓሰርተውሸሞንተ ኣዋርሕ ቅድሚ'ቲ ዓፈና ዝተገብረ እንተኾነ ንታሪኽ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣቕሪበዮ 'ለ'ኹ።



ሃይለ ወልደትንሳኤ "ድሩዕ"

ኮኔል፡ ኤ.ማ.ሰ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበራ ተራ ብኽመይ ትገልጾ? ኣብ ናጻ ኤርትራ ብዛዕባ ዝትከል ፖለቲካዊ መሪሕነትን ከመይ ዝበለ ወጥንዩ ኔርኩም? ኣብ መሰጋገሪ እዋን ኢኹም ዘለኹም። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ብዓሌት ወይ ጉጅለ ዝውደብ ኣብ ሓደ ሰሚሩ ዝነዓዘሉ ሃገራዊ ፖለቲካ መድረኽ ምፍጠር ቀንዲ ዕማም ህግደፍ ይመስለኒ።

ሕጂ ክፈልጠ ደልየ ዘለኹ ግና ኤ.ማ.ሰ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበራ ተራ'ዩ። ሰልፍታት ኣብ መጻኢ ክጻወቶኦ ብዛዕባ ዝኽእላ ተራ ዝነበረ ኣተሓሳስባታት ከመይ ይመስል ኔሩ? ኣነ ዘተሓሳስበኒ ሕጂ ንጹር ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣጠማምታ የለን። ህግደፍ ኣመና ሰፊሕን ቅርጺ ኣልቦን ውድብ'ዩ።

ኤ.ማ.ሰ ኣብ ግዚኣ ብዙሕ ተራ ኔርዋ'ዩ። ሓደ ካብዚ ካድራት ምምልማልን ኣብ ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ከም ዘገልግሉ ምግባርን'ዩ ኔሩ። እዚ ህግሓኤ ሓያል ውድብ ኽኾውን ጌርዎ'ዩ። ምስ ውድብ ኣፍሪቃዊ ሃገራዊ ባይቶ ደቡብ ኣፍሪቃ (ኤ.ኤን.ሲ) ዘገርም ምምስሳል ከም ዘለዎ ኢየ ተዓዚበ። ኤ.ኤን.ሲ ንገዛእ ርእሱ ናብ ዝሓየለ መድረኽ ከሰጋግር እናጸዓረ ኤስ.ኤ.ሲ.ፒ ከም ናጻ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ካብኡ ተፈንጪሉ ወጺኡ።

ኣብ 1987 ኢሳያስ ዋና ጸሓፊ ህ.ግ ምስ ኮነ ግና እቲ ውድብ ዝነበሮ ኣገዳሲ ተራ ክድስክልን በኡቢሉ ናብ ምጥፋእ ገጹ ከም ዝቃረብን ጌርዎ።

እዚ ውድብ ብስሩ ብኽመይ ከም ዝቦቐለ ክትነግረኒ ምኽኣልካዶ? ኣብ ምውህሃድ እቲ ቃልሲ እንታይ ግደ ተጻዊቱ? ስለምንታይ ከ ከብቅዕ ተጌሩ?

ኣብ 1972 ከም እተመስረተ ሓበሬታ ኣሎኒ። ወይስ ኣብ ሱሳታት ኣብ ተ.ሓ.ኤ. እናሃለኹም ኢዩ ?

ድሩዕ፡ ኣብ '74 ኢዩ ተጠርኒፉ። ብዛዕባ ልደቱ ክንዛረብ እንተኾንና ግና ናብ መፋርቐ 60ታት ክንምለስ የድልየና። ካብቲ ግዚ'ቲ ኣትሒዙ ሓደ ናይ ስልጣን ማእከል ክህሉ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ኔሩ'ዩ። ፈለማ ዝመጸ ግና ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኢዩ...

ኮኔል ፡ ካብ ወጻኢ ዝኣተዉ ጸጋማውያን ክልሰ ሓሳባት ኔሮም ኢዮም። ናይ ቻይና፡ ሶርያን ኩባን ጽልዋ ኔሩ'ዩ፡ ሓቀይ?

ድሩዕ፡ እወ ሓቂ'ዩ። እቲ ንቃልሲ ሓርነት ልዕሊ ዝኾነ ዝጸለዎ ግና ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ብልሽውና'ዩ። መወዳኣትኡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ሓደ ዴሞክራስያዊ ውድብ ግድን ክፍጠር ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባታት ዘበገሰ እዚ'ዩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ሓደ ቅልውላው ተላዒሉ ኔሩ። ነቲ "ተመኩሮ ኣልጀርያ" ዝብልዎ ስልቲ፡ ከም ሞዴል ክቐድሕዎ ምፍታኖም ብፍላይ ዓብዪ ዕልኽልኽ'ዩ ፈጢሩ ።

ኮኔል ፡ ዘመነ ክፍልታት ማለትካ ዲኻ?

ድሩዕ፡ እወ።

ኮኔል፡ ቅድሚ ቕሩብ ዓመታት ብዛዕባ`ዚ ምስ ኢሳያስ ተዘራሪበ ኔረ። ከምዚ ዝበልካዮ ከም ዝነበረ ከኣ ኢዩ ኣዕሊሉኒ። እንትርፎ ብዛዕባ ዞባኡ ብዛዕባ ኤርትራ ማንም ከም ዘይዛረብ ኢዩ ነጊሩኒ። እቲ ሽግር (ከምቲ ዝውረ) ናይ ስነሓሰብ 'ውን ኣይነበረን። ሓቀኛ ሃገራዊ መን'ዩ ዝብል'ዩ ኔሩ። ንሃገራውነት ክምዕብል ዝገብሮ ከኣ ስነ ሓሳብ'ዩ መስለኒ።

ድሩፅ ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ኣብ 60ታት ኣብ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ሓደ ሃገራዊ ድርኺት ኔሩ'ዩ። እቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ግና ዝኾነ ሃገራዊ ኣጀንዳ ኣይነበሮን። እዚ ድማ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ንኽነናዲ ዓብዩ ድፍኢት ፈጢሩ'ዩ።

ብርግጽ እዚ ሰውራዊ ፈልሲ ኣብ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኔሩዩ። ካቡኡ ንላዕሊ ድርኺት ዝፈጠረ ግና ብልኽውና ፖለቲከኛታት ተ.ሓ.ኤ'ዩ ኔሩ። ኣብ ውሽጢ ቃልሲ ሓደ ስጡም ፖለቲካዊ ውድብ ክምስረት ኣለዎ ንዝብል ሓሳብ ዝያዳ ናህሪ ሂብዎ።

ንተ.ሓ.ኤ ብውልቅና ኣይኮንናን ተሰሊፍና። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓስ ኔሩና። ስለዚ ድማ ንተ.ሓ.ኤ ከም ውድብ ኢና ተጸንቢርናያ።

ኮኔል፡ እዚ ውድብ ኣብ ኣስመራ ድዩ ኔሩ ወይስ ኣዲስ ኣበባ?

ድሩፅ ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ እናሃሎና ጀሚሩ ውድብ ኔሩና። ሒዝናዮ ከኣ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ኣቲና። ቅድሚኡ ናብ ተመሃሮ 12 ክፍሊ እናሃለና ኢና ኣብ ተ.ሓ.ኤ ተመልሚልና።

እዚ ርክብና ግና ነዊሕ ኣይቀጸለን። ምእሳር መጺኡ። ሽዑ ትምህርትና ክንቅጽል ናብ ኣዲስ ኣበባ ኬድና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝነበረና ርክባት ዳግማይ ንምቕጻል ተ.ሓ.ኤ ሓደ ሰብ ልኢኻትልና። ንሕና ግና ናይ ገዛእ ባዕልና ውድብ ኣይገደፍናን።

ኮኔል፡ ውድብኩም ስም ኔርዎ'ዶ?

ድሩፅ፡ ኣይፋሉን። ብድፉኑ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኢልና ኢና ንጽውዮ ኔርና። ናብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ኣተና ግና ርሱን ክትዓት ጸኒሑና። *ምስ ተመሃሮ ጥራይ ኣይኮንናን ክንተኣሳሰር ዘለና ፡* ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ዘለዉ ካልኦት ክነእቱ ኣለና ዝብል ምጉት ተላዒሉ። እዚ ብቐንዱ ንኣባላት ቴለኮሚኒኬሽን ዝምልከት'ዩ ኔሩ፡ ምኽንያቱ ኣብኡ ሓደ ሕመረት ጉጅለ ኔሩና።

ኣብቲ ግዜቲ ናይ ገዛእ ርእስና ውድባዊ ቅርጺ ኔሩና።

ኮኔል፡ እዚ ኣብ 65 ድዩ ኔሩ ሓቀይ?

ድሩፅ፡ እወ። 1965።

ፈጻሚት ኣካል ኔሩና። ሓደስቲ ኣባላት እምንልምል ኣነን ኢሳያስን ስለ ዝነበርና መርማሪት ኮሚተ ኢና ንስመ ኔርና።

ኮኔል፡ ሎሚ ዝፈልጦም ኣባላት ኣብዛ ፈጻሚት ኮሚተ ኔሮምዶ?

ድሩፅ፡ እወ ሕጂ ሚኒስተር ጸዓት ዘሎ ተስፋይ...

(ጸጥታ)

ድሩፅ፡ ሓደ ሓሳብ እንድዩ ጠሊፉኒ ጸኒሑ!

እንታይ ኢየ ክብለካ ደልየ... እቲ ደፋኢ ሓይሊ ውሽጣዊ ኩነታት ተ.ሓ.ኤ'ዩ ኔሩ።

ኢሳያስ ኣብ መስከረም 1966 ንሜዳ ወጺኡ። ኣነ ከኣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ንከሰላ ኣትየ።

ኢሳያስ ካብ ከሰላ ደብዳቤ ጽሒፉለይ ኔሩ'ዩ ግና ኣይበጽሓትንን። ከሰላ ምስ ኣተኹ ኢሳያስ ተ.ሓ.ኤ ፍጹም ብልሹው ምኻኑ ነጊሩኒ። ሃገራዊ መሪሕነትን ኮታ ጽፉፍ ሃገራዊ ፕሮግራም የብሎምን። ይኹን እምበር ንብረታዊ ቃልሲ ዝነበረና ባህጊ ክነርውየሉ እንኽእል እንኮ መድረኽ ንሱ ጥራይ'ዩ ኔሩ። ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ዘማዕበልናዮ ሓደ ኣጠማምታ ኔሩ'ዩ። ብሓጺሩ ተ.ሓ.ኤ ምስ ትጽቢታትና ዝዳረግ ውድብ ኮይኑ ኣይጸንሓናን።

ከሰላ ምስ ኣተኹ፡ ማዕጸ ኳሕኩሐ ፈለማ ዝኽፈተኒ ኢሳያስ'ዩ ኔሩ። ብዙሕ ዝነግረኒ ነገራት ከም ዘለዎ፡ ግና ኣፈይ ንማንም ከይከፍት ኣጠንቀቐኒ። ክሳብ ንመክር ብዛዕባ እንሓስቦን ፕሮግራማትናን ንማንም ካልኣ ከካፍል ከም ዘይብለይ ነገረኒ።

ብሓቂ እብለካ ኣዝየ'የ ሰንቢደ።

እዚ ሰብዚ እንታይ ኢዩ ኮይኑ? ስለምታይ ክንድዚ ፍርሒ ሒዝዎ? ክርዳኣኒ ኣይከኣለን።

"ደብዳቤይ በጺሓትካ ዶ?" በለኒ።

"ኣይበጽሓትንን" በልክዎ።

"እዚ ምስቲ ክንበሃለሎ ዝጸናሕና ዝሳነ ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ኣብዚ ክንዘራረብ ኣይንኽእልን ኢና" በለኒ።

"እሞ ናብ ገሊኡ ቤት ብልዒ ንኺድ እሞ ኣብኡ ትነግረኒ" በልክዎ።

ተሓኤ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ (1961) ኢያ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚራ። ፈለማ ደቂ ከበሳ ይኹኑ ምሁራት ኣባላት ኣይነበርዋን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኢትዮጵያ *እዚኦም ኣሰላም ኢዮም፣ ኣዕራብ ኢዮም* ዝብል ፕሮፖጋንዳ ኢያ ትነዝሕ ነራ። እስራኤል ንተ.ሓ.ኤ ንምቅላስ ሓይሊ ኮማንዶ (ደቂ ከበሳ) ተሰልጥን ነራ። ነዞም ዘይተማህሩ ደቂ ከበሳ እስራኤል እታ ዝበለጸት፡ ዝሓየለት ወዘተ ሃገር ምኻና እናሰበኸት ኢያ ትምልምሎም ነራ።

ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ጌጋታት ከም ዘሎ ምስ ሰማዕና ገለ ውልቀሰባት ዝፈጠርዎ ኢዩ ዝብል ግምት ኢዩ ነሩና። ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ፕሮግራም ዘይብሎም ሰባት'ውን ትምልምልያ ማለት'ዩ ኢልና ከም ግዜያዊ ሽግር ኢና ጠሚትናዮ።

ቀንዲ ጸገም ግና ኣብ መሪሕነት ኢዩ ነሩ። እቲ መሰረታዊ ሽግር ንሱ'ዩ ነሩ።

ካብዚ ንደሓር ገለ ስትራቴጂ ክንነድፍ ከም ዘለና እናተግንዘብና መጺእና። ስለዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ስቱር ውድብ ምምስራት መድረኽ ዝጠለቦ ጕዳይ'ዩ ነሩ።

ኣብዚ ሕጂ ኳንካ ክትዕዘቦ እንከሎኻ ቀሊል ይመስል ይኸውን። ንዓና ግና ጸልማት መዋእል'ዩ ነሩ። ምስ ኦሉ ዝነበረ ሓደጋታት ሓደ ጽኑዕ፡ ሓያልን ስቱር ውድብ ክንምስርት ተወፊና ክንንቀሳቐስ እንተዘይኰይኑ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረናን።

ነቶም ነዊሕ ስትራቴጂ ዘለዎም ሃገራውያን ካብቶም ብስምዒት ጥራይ ዝድረኩ ኣባላት ፈሊኻ ምልላይ ንባዕሉ ቀሊል ኣይነበረን። ስለዚ ድማ ኢና ኣብ ክንዲ ናብ ሓፋሽ ህዝቢ ናብዚ ፍሉይ ጕጅለ ሃገራውያን ኣተኩራ እትንቀሳቐስ ስትርቲ ውድብ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ክትምስረት ከም ዘለዋ ዝተሰማማዕና።

ነዚ ፍሉይ ተወፋይነት የድልየና ነሩ። ኣገዩ ሓደገኛ ተበግሶ ምኻኑ'ውን ኣይጠፍኣናን።

ኮኔል፡ ውሑዳት ኢኹም ነርኩም። ክንደይ ትኾኑ ነርኩም?

ድሩፅ፡ ቀንጣሮ ኢና ነርና።

ኮኔል፡ ሽዱሽተ/ሸሞንተ ዶ ትኾኑ ነርኩም?

ድሩፅ፡ ክንድኡ'ውን ንበጽሕ ኣይነበርናን። እቶም ሽዱሽተ፡ ሸውዓተ ዲና ሸሞንተ'ውን መን ከመይ ኢዩ ኣጸቢቕና ኣይተፋለጥናን። ንገሊኦም ብቋንቋ ሃገራውነት ክንረዳድኦም ጸገም ኣይነበረን። ግና ኣዚና ክንውሕድ ነሩና። ብርግጽ ኣብ መጀመርታ ሰለስተ ኢና ነርና። ኣነ ኢሳያስን ሙሴን።

ኮኔል፡ መን ሙሴ?

ድሩፅ፡ ሙሴ ተስፋሚካኤል። ኣብ 1973 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰዊኡ። ዝገበርናዮ ክነግረካ "እዚ ሓደገኛ ተብግሶ ስለ ዝኾነ (ከይንጠላለም) ማሕላ ክንኣቱ ኣሎና፡ ብደምና ንፈርም" ተብሃሂልና።

ኮኔል፡ እዋእ!

ድሩፅ፡ ኣብቲ ግዜያት ስምዒታዊ ኢኻ ትኾውን።

ርእ ኣብዚ ዘላ E (እጂገኡ እናሰብሰበ ቅልጽሙ ኣርኣየኒ) "ኤርትራ" ማለት ኢ.ያ።

ከቢድ ብድሆ'ኳ እንተነበረ ሰለስቱና ነዛ ምልክት ወቂጥናያ ኢና።

ኮኔል፡ ኢሳያስ'ውን እዛ ውቓጦ ኣላቶ ማለት ድዩ?

ድሩፅ፡ እወ። ንቓይና ቅድሚ ምኻዱ ለካቲት 1967 ኣቢሉ'ዩ እዚ ዝኾውን ዘሎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ቓይና ንሰውራ ኤርትራ ክትሕግዝ ትደሊ ኔራ። ብዛዕባቲ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ከኣ ጽቡቕ ኣፍልጦ ኔርዎም። ተ.ሓ.ኤ ናይ ኣጽዋር፡ ገንዘብን ካልእን ሓገዝ ክወሃቦ ምስ ሓተተ፡ ንሳቶም (ቓይናውያን) ሓደ ቅድመ ኩነት ኣቕሚጦም። ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ዝተዋጽኡ 5 ናይ ፖለቲካ ኮሚሳራት ሃቡና ኢሎም። እዞም ኮሚሳራት ወተሃደራውን ፖለቲካዊን ስልጠና ክወስዱ ንቓይና ክመጹ ጠለቡ። ሓሙሽይቲ ክፍሊ ግና ገና ኣይተወደበትን ኔራ። ግና ኣብ ም-....

ብዛዕባ'ዚ እንተ ዘይተዛረብኩ ይሓይሽ ምኽንያቱ ብዙሕ ካልእ ጉዳያት ምልዓሉ ኣይተርፍን'ዩ። ሓምሽይቲ ክፍሊ ኣብ ቅያዳ'ልዓማ ብዝተገብረ ናይ ክልተ ሰባት ምውድዳር ኢ.ያ ተወዲባ።

ተ.ሓ.ኤ ላዕለዋይ ሽማግለ ኔርዋ። ፕረዚደንታ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም'ዩ ኔሩ። (*ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ንሓራ ኤርትራ ከይረኣያ ኣብ 2003 ኣብ ሰውድ ዓረብ ዓሪፉ*)። እድሪስ ኣብ ግዜ ፈደሬሽን ኣፈኛ ባይቶ ኤርትራ ኢዩ ኔሩ።

ቀንዲ ተዋሳእቲ ግና ሓላፊ ወጻኢ ርክባት ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ከምኡ 'ውን ሓላፊ ወተሃደራዊ ጉዳያት ኢድሪስ ገላውዲዮስ ኢዮም ኔሮም።

እቲ ውድድር ኣብ መንጮ'ዞም ክልተ ኢዩ ኔሩ። ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ስማዊ ስልጣን ኢዩ ኔርዎ። ክንድቲ ምሁር'ውን ኣይነበረን።

ንእግረ መንገድና ገላውደዎስ ሓደ ካብ ኣባላት ኮሚሽን ረፈረንዱም ኢዩ ኔሩ።

ንገለ ካብዚኦም ነገራት ምጥቃስ ኣገደስቲ ይመስለኒ።

ኮኔል፡ እዛ ፍርቂ ሰዓት ናብ ምዝዛም ትኾይድ ኣላ...

ድሩፅ፡ እወ፡ ከምኡ'ዩ ዝመስል። ታሪኽ ቃልሲ ካብ ስሩ ክትሕዞ ስለ ዝደለኽ'ዩ ኣንዊሐልካ።

ተመኩሮ ሰውራ ኣልጀርያ ተባሂሉ ክፍልታት ምምኞቓል መጺኡ።እቶም ተቐናቐንቲ ናይ ስልጣን ባይታ መታን ክረኽቡ ኮነ ኢሎም ዝገብርዎ ኢዩ ኔሩ።

ቀዳመይቲ ክፍሊ ባርካ'ዩ ኔሩ። ናይ ኢድሪስ መሓመድ ኣደም ደጀን ስልጣን ክኸውን ምኽኑ ዘጠራጥር ኣይነበረን። ምኽንያቱ እድሪስ ወዲ ባርካ'ዩ።

ካልኣይቲ ክፍሊ ናይ ሳሕልን ሰንሒት (ከባቢ ከረን) ኢያ ኔራ። ኢድሪስ ገላውደዎስ ወዲ'ቲ ከባቢ ኢዩ። እዚ ከኣ ናቱ ደጀን ስልጣን ክኸውን ምኽኑ ፍሉጥ'ዩ ኔሩ።

እቲ ሳልሳይ ክፍሊ ብሄረ ሳሆ ዝቐመጡሉ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ'ዩ ኔሩ። እዚ ንሳሆ ተዋህበ። ግና ንሳቶም ኣብ ቅያዳልዓማ ሓደ ፍሉጥ ወኪል ኣይነበሮምን። ኣብ ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ቅያዳልዓማን ክፍልታትን (ቅያዳ ኣሰውርያ) ሓደ ምርኡይ ወዲ ሳሆ ኔሩ። ቅያዳ ኣሰውርያ ዓሰርተውሓደ ዝኣባላቱ ሰውራዊ እዚ'ዩ ኔሩ።

ስለዚ ገንዘብ ኣጽዋር ይኹን ካልእ ቅያዳ'ልዓማ እትረኽቦ ሓገዛት ብቅያዳ ኣሰውርያ (ከሰላ) ኣቢሉ ናብተን ሓሙሽተ ክፍልታት ይከፋፈል ኔሩ።

እንተኾነ ኣድልዎ ኔሩ'ዩ። ንኣብነት ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ ላዕለዋይ ሽማግለ ፍሉጥ ሰብ ስለ ዘይነበሮም ኣብ ዕደላ ይብደሉ ኔሮም'ዮም። ስርሒታቶም ኣብ ከበሳ ኣከለጉዛይ ኢዩ ኔሩ። እዚ ቦታ ብዙሕ ሓይሊ ጸላኢ ስለ ዝነበሮ ከኣ ኣዝዮም ይውጽዑ ኔሮም። መጥቃዕቲ ፈንዮም ናብ ቀዳመይቲ ክፍሊ (ባርካ) ወይ ራብዐይቲ ክፍሊ (ሰምሃር) ክሃድሙ ይግደዱ ኔሮም።

ከምቲ ኢሳያስ ዝነገረካ ኣብዘን ክፍልታት ሓደ'ኳ ብዛዕባ ኤርትራ ብዓባያ ዝሓሰብ ኣይነበረን። ኩሉ ብዛዕባ ርስቱ (ዓዱ) ጥራይ ኢዩ ዝስምዖ ዝነበረ።

ጸላኢ መጥቃዕቲ እንክፍኑ ሓንቲ ክፍሊ ነታ ካልእ ንምሕጋዝ ተበግሶ ትወስድ ኣይነበረትን።

ጸላኢ ነዚ ፈላሊኻ ግዛእ ፖሊሲ መዝመዞ። ኣብ ሓደ ክፍሊ መጥቃዕቲ ጸላኢ እንክህሉ እተን ካልኦት ተዛንየን ይዕዘባ። አረ ገለ ግዜያትስ ሰራዊት ሓደ ክፍሊ ናብ ካልእ ክፍሊ ክንቀሳቐስን ክሽምትን ኣይፍቀደሉን'ዩ ዝነበረ። ንሱዳን ክሰግር ከም መተሓላለፊ ክጥቀመሉ ጥራይ ኢዩ ዝኽእል ዝነበረ። እዚ እናኾነ ኣብ መንጮ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ኢድሪስ ገላውደዎስን ዝነበረ ናይ ስልጣን ቑርቑስ እናኸረረ መጺኡ።

ቀዳመይቲ ክፍሊ (ባርካ) ምስ ካልኣይቲ ክፍሊ (ሰምሃርን ሳሕልን) ብዶብ ርክብ ስለ ዝነበረን ሓደ ሽርክነት ገበራ። መሓመድ ኣደም ህላዌኡ ንስሙ ጥራይ ስለ ዝነበረ ገላውደዎስ (ሓላፊ ወተሃደራዊ ጕዳያት) ኢዩ ንስልጣኑ ክብል ነዚ ሽርክነት ፈጢርዎ። እዚ ሓድሽ ተርእዮ ኣብ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓደ ጥርጣረ ፈጠረ። ምኽንያቱ ንሱ ሕጂ ሓንቲ ክፍሊ ጥራይ ሒዙ'ዩ ተሪፉ።

ካልእ ብዙሕ ተራ ዝመስል ጕዳያት'ውን ኣለ። ብሓፈሻ ግና ተ.ሓ.ኤ ብከምዚ ዝበለ ስነ ኣእምሮ ኢ.ያ ትዝወር ኔራ።

ሳበ ምስ ሳሆ ይዛመድ ኔሩ'ዩ። ስለዚ ድማ ኣብ መንጮ ሳልሳይን ራብዓይን ክፍልታት ሽርክነት ክምስርት ተጓየየ። ምኽንያቱ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ ላዕለዋይ ሽማግለ ወኪል ኣይነበራን። ሳበ ቅያዳ ሰውርያን ቅያዳ ኣልዓማን ዘይፈልጥዎ ሓገዛት ካብ የመንን ስዑዲን ናብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብስውር ምእታዉ ቀጸለ።

ኣብ 1967 ሳልሰይትን ራብዐይትን ክፍልታት ሽርክነት ፈጠራ። ናይ ሓባር መሪሕነት ክህልወን ከይተረፈ ዘተ ጌረን ኔረን። ብሓቂ ግና ሳልሰይቲ ክፍሊ ክንድቲ ጽልዋ ኣይነበራን፡ ናይ ራብዐይቲ ክፍሊ ሳተላይት ኢ.ያ ኔራ ምባል ይሓይሽ። እዚ ናብ ገላውደዎስ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ኔሩ። ንሱ'ውን ሓደ ሳተላይት ክፍሊ ደለየ።

ስለዚ ከኣ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ውላድ ገላውደዎስ'ያ ክበሃል ይከኣል'ዩ። በቲ ኣብ መንጮ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ዝተገብረ ሽርክነት ሕጉስ ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ሓንቲ ናቱ ሳተላይት ክፍሊ ደለየ። ብዕድል ብ ክፍሊ ደረጃ ዘይተወደበት ኣውራጃ ሓማሴን ረኽበ። ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ ኣከለ ጕዛይን ሰራየን ኢ.ያ ትንቀሳቐስ ኔራ፡ ብዘይካ'ዚ ሓማሴን ምስ ሰንሒት'ውን ብዶብ ትራኽብ ኢ.ያ።

ኣብ ሓማሴን ክፍሊ የለን። ኣብዚ'ውን ሓደ ክፍሊ የድሊ'ዩ ዝብል ምስምስ ሒዙ ነዚ ከሳልጥ ተበገሰ። ግና ኣብ ሓማሴን ክፍሊ ክህሉ እንተኾይኑ፡ መራሒኣ መን ክኸውን ኢዩ ዝብል ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕቶ ተላዕለ።

ንሱ ባዕሉ ዝሓጸዮ ሓደ ወዲ ሓማሴን ኔሩ። ገላውድዎስ ወዲ ዓንሰባ (ሰንሒት)'ዩ ዝነበረ። "ዛጊት ክርስትያናት ክፍሊ የብሎምን" ዝብል መመሳመሲ ረኽበ። ስለዚ እዚ ንክርስትያናት ሓማሴን ክፍሊ ንምሃብ ብዝብል ጕልባብ ተገብረ።

ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣብ ቅያዳኣልዓማ ወኪል ኣይነበራን። ብዘይካዚ ኣብ ሓደገኛ ናይ ኩናት ዞባ ስለ ዝነበረት ንህላዌኣ ክትብል ንደቂ ከበሳ ብመጠኑ ተጻዋርነት ኣርኣየት። ሳልሰይቲ ክፍሊ ናይ ሳሆ ሓይሊ ኢዩ ተባሂሉ፡ እንተኾነ ሳሆ ንበይኖም ምስ ካልኦት ክወዳደሩ ይኽእሉ ኣይነበሩን። በቲ ሓደ ሽነኽ ከኣ ሓይሊ ጸላኢ ኣለ። ስለዚ ነዞም ካብ ሰራየን ኣከለጕዛይን ዝመጹ ክርስትያናትን ጀበርቲን ምሕቋፎም ስልታዊ ውሳነ ኢዩ ኔሩ። ቅድሚ ምምስራት ሓምሽይቲ ክፍሊ ክርስትያን ወዲ ከበሳ ናብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ክኸይድ ይመርጽ ኔሩ፡ ምኽንያቱ ኣብተን ካልኦት ክፍልታት ተቐባልነት ኣይነበሮን።

ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ'ውን እንተኾነ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ይኹኑ ጀበርቲ ይብደሉ ኔሮም'ዮም። ግና ሓያል ክፍሊ መታን ክትከውን ተባሂሉ መጠን ዘለዎ ተጻዋርነት ኔርዋ'ዩ።

ኣብ 60ታት ናብ ተ.ሓ.ኤ እንክትስለፍ ፈለማ ዝቐርበልካ ሕቶ ካበይ ኢኻ? ዝብል'ዩ ኔሩ። ወዲ ሰምሃር እንተኴንካ ብዘይካ ናብ ራብዐይቲ ክፍሊ ምኻድ ካልእ

መንግዲ ኣይነበረን። ንካልኦት 'ውን ተመሳሳሊ። ስለዚ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ምምስራት ሓደ ብልሓት ኔርዎ'ዩ።

ሓሙሽይቲ ክፍሊ ናይ ክርስያንን ደቂ ሓማሴንን ክትከውን ስለ ዝተባህለ፡ ወዲ'ቲ ዓዲ ዝኾነ ክርስትያን ንመሪሕነት ክሕጸ ኔርዎ። ወዲ ሓማሴን ምኻኑ ዝያዳ ቅቡል ከም ዝገብሮ'ዩ ተኣሚንሉ። መብዛሕትኦም ደቂ ከበሳን ክርስትያናትን ናብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ይጽንበሩ ስለ ዝነበሩ እቲ መራሒ ክምረጸሉ ዝግባእ ባሕሪ'ውን ንሱ'ዩ ኔሩ።

ብዕድል ጸጋይ ገብረመድህን ዝተባህለ ክርስትያን ተረኽበ። ጸጋይ ገዲም ተጋዳላይ ሳልሰይቲ ክፍሊ ኮይኑ፡ ናብ ተ.ሓ.ኤ ቅድሚ ምስላፉ ኣባል ሰራዊት ሱዳን ኢዩ ኔሩ። መብዛሕትኦም ኣባላት ሰራዊት ሱዳን ኔሮም ናብ ተ.ሓ.ኤ ዝተጸንበሩ ቀዳሞት ተጋደልቲ ደቂ መታሕት እስላም'ዮም ኔሮም። ስለዚ ናይ ጸጋይ ፍልይ ዝበለ ኣጋጣሚ'ዩ ኔሩ።

ጸጋይ ነባር ተጋዳላይ'ዩ ኔሩ። ብዛዕባኡ ዘጻልእ ነገር ኣይነበረን። ብወተሃደራዊ ብቕዓት ዝመጸ ሓያል፡ ክኢላ'ዩ ኔሩ። ስለዚ መራሒ ምኻኑ ማንም ቅር ዝበሎ ኣይነበረን። ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ እናሃለወ ጀሚሩ ዝተመስከረሉ ንፉዕ መራሒ'ዩ ኔሩ።

ስለዚ ንሓሙሽይቲ ክፍሊ ክርስትያን መራሒ ከድልያ እንተኾይኑ (*ምሽንዮቱ ንሳቶም ድሮ ከም ክርስትያናዊ ክፍሊ ኢዮም ዝፈልጥዎ ኔሮም!*) ብዘይክኡ ክሕጸ ዝኽእል ኣይነበረን።

ኢድሪስ ገላውዲዮስ ግና ሓደ ውዲት ኣለመ። ቅያዳልዓማ ክትቅንጽሎ ትሓስብ ከም ዘላ ብሰፊሑ ኣውረዩሉ። ጸጋይ'ውን ከይቅድምዎ ብምፍራህ ሃዲሙ ተሰወረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝኾነ ክርስትያን ውሕስነት ኣይነበሮን። ብኽምዚ ጸጋይ ብዘይጸገም ተወገደ።

ሽዑ መድሃኒት (ዋላ'ውን ጸረ ዓሶ) ንወስድ ኣይነበርናን። ዝህቡና ዘበለ ንውሕጠ ዘለና እናምሰልና ንተፍኦ ኔርና። መርዚ እንተኾነ መን ይፈልጥ ዝብል ስግኣታት ኔሩና። ኣብ ኩናት'ውን ካብ ጥይት ጸላኢ ንላዕሊ ብድሕሪት ከይንውቃዕ ኢና ንፈርህ ኔርና።

ጸጋይ ሱዳን እናሃለወ ኣብ ገዳርፍ ሰበይቲ ስለ ዝነበረቶ ሃዲሙ ናበይ ከም ዝከይድ ኣቑዲሞም ገሚቶም ኔሮም'ዮም። ቅያዳ ዓማ ስጕምቲ ከይትወስደሎም ዝፈርሁ ካልኦት ደቂ ከበሳ'ውን ናብ ሱዳን ሃደሙ።

ኣብ ተሓኤ ተቑባልነት ኣሎኒ ኢሉ ልቡ ኣውዲቑ ዝከይድ ኣይነበረን። እዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ከጋጥም ከም ዝኽእል ንሱ'ውን ይፈልጥ ኔሩ'ዩ። ምስ ሃደመ ፈለማ ከሰላ'ዩ ተዓቑቡ፡ ድሕሪኡ ገዳርፍ ኣትዩ ኣብኡ ተቑሚጡ።

እዚ ኩነታት ፈጢሮም ከብቅዑ፡ በቃ ሕጂ ጸጋይ ስለ ዝሃደመ ካልእ መራሒ ክንሓጺ ኣለና ኢሎም ወልዳይ ካሕሳይ ዝተባህለ ኣባል ሳልሰይቲ ክፍሊ ወዲ ዓንሰባ ኣምጽኡ። ብከምዚ ኢያ ሓምሽይቲ ክፍሊ ተመስሪታ።

“ተ.ሓ.ኤ ህዝቢ ብከባቢን ሃይማኖትን ንሓድሕዱ ክተፋነን ምግባራ ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ ” ዝብል ሓሳባት ካብ ሽዑ ጀሚሩ ኢዩ ክሰርጸና ዝኸኣለ ።

ኮኔል፡ ንሳቶም'ኮ ብሄረ ትግርኛ ኣይበሉን- ክርስትያናት ኢዮም ዝብሉ ኔሮም።

ድሩፅ ፡ ክርስትያናት። እወ ክርስትያናት ኢዮም ዝብሉ ኔሮም። *ክርሰትያናት ኣብ መሳርዕ ተ.ሓ.ኤ ካልኣይ ደረጃ ዝኾኑ ሰለ ዝሰምዖም ናይ ባዕሎም ክፍሊ ከቑሙ መሰል ሂብናዮም* ኢዮም ኢሎም።

ተሓጋጋዚ ኣዛዚ ግና ሓደ ካባና ኢዩ ኔሩ። ወልዳይ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቢብ ከባብያዊ ስምዒት ከየሰጕም ክንገብሮ ደሊና ኔርና። መብዛሕትኦም ገዳይም ተጋደልቲ ካብ ካልኣይቲ ገሊኦም ከኣ ካብ ቀዳመይቲ ክፍሊ (ባርካ)'ዮም። ውሑዳት ድቂ ከበሳ'ዮም ኔሮም።

ኮኔል ፡ ናብ'ታ ውድብ ክመልሰካ?

ድሩፅ፡ ሕራይ ንመለስ።

ንሕና ናይ ክርስትያናት ክፍሊ ኢልካ ስም ምሃብ ንሽግራት ከጋድዶ'ዩ ዝብል ግምት ኢዩ ኔሩና። ምኽንያቱ ክርስትያናት ካብ ካልኦት ክፍልታት ብዙሕ ምንግልታዕ ይወርዶም ስለ ዝነበረ፡ ብወልዳይ ካሕሳይ ንዝምስረት ሓምሻይ ክፍሊ ከም ሓደ ክርስትያናዊ ሓይሊ ጌሮም ክወስድዎ ኢዮም ዝብል ስግኣት ኔሩና። ከምኡ ከኣ ኢዩ ኰይኑ።

ሽዑ ንሕና እዚ መገዲ'ዚ ኣየዋጽኣናን'ዩ ኢልና።

ንሳቶም ኵሉ ክርስትያን ኣብዚ ወፍሪ ክሳተፍ ኣለዎ ኢዮም ዝብሉ ኔሮም። ንሕና ግና ብውሽጥና ኣይፋልን ኢልና ወሲንና። ኣብ ካልኦት ከባቢታት ምስ ዘለዉ ሃገራውያን ኣባላት መታን ክንሰርሕ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ጥራይ ንእከብ ኣብ ካልኦት ክፍልታት ፋሕ እንተበልና ይሓይሽ ኢልና ሓሰብና። ንከሰላ ቅድሚ ምኻደይ ጀሚሩ በዚ ሰበብ ኣብ መንጮ ኢሳያስን ወልዳይን ግርጭታታ ኔሩ'ዩ።

ወልዳይ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ዝተመስረተት ሳተላይት ገላውደዎስ ክትከውን ኢላ ምኻና ኣይጠፍኣን። ንሱ ግና ግዲ'ብልኩምን ናይ ገዛእ ርእስና ክፍሊ ክንገብራ ኢና። ደሓን ክነርኢዮም ኢና! ኣብ ሓጺር ግዜ እታ ዝሓየለት ክፍሊ ክትከውን ኢያ። ካብ ከበሳ መንእሰያት ክንምልምል ኢና። ርግጸኛ ኢየ ክንዕወት ኢና ፡ ናባይ ግደፍዎ! ኢዩ ዝብል ኔሩ።

ኢስያስ እውን ብከምኡ ኣገባብ ክንሰርሕ ከም ዘይብልና ነጊርዎ ኔሩ። *ናብ መጻወድ,ያኡም ክንኣቱ የብልናን። ካብ ከበሳ መንእሰያት መልሚልና ሓይልና ብምድልዳል ኣብ ተ.ሓ.ኤ ማዕርነት ንሽህሉን ጽገናታት ንሽግበርን ከም መዋገዪ ክንጥቀመሉ ኣለና* ብምባል ሞጊትዎ።

ወልዳይ ግና ኣይፋል ኢሉ ኣብዩ። ኣነ ኣዛዚ ክሽውን ተሓጽየ'የ። ክፍልና መታን ክትሕይል ካብ ከበሳ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ክንምልምል ኣሎና ኢሉ ወድኡ።

ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ሽግራት ኔሩ'ዩ።

ወልዳይ ካሕሳይ ጸኒሑ "እዛ ውድብኩም ኣይፈትዋን'የ" ክብል ጀመረ። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ውድብ ከም ዝነበረና ይፈልጥ'ዩ። ካብ ሽዑ *ነዞም ውዱባት ጕጅለ (ንዓና) ኣይፈትዎምን'የ* ክብል ጀመረ። ስዓቡኒ ጥራይ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክንሕይል ኢና። ሓይልና ክነርእዮም ኢና። ማዕርነትና ክነረጋግጽ ኢና ኢዩ ዝብል ኔሩ።

ስለዚ ካብ ምፍላም ኣትሒዙ ባእሲ ኔሩ'ዩ።

ድሮ ምውዳብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብዙሕ ስቓይ ኣሕለፍና። ተ.ሓ.ኤን ሓለፍቲ ሓሙሽይቲ ክፍሊን ማንታ ስቓይ ኣውረዱልና። ነገራት ኣብ ከምዚ እናሃለወ ቻይና ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ስልጠና ክትህብ ጠለብ ኣቕረበት። -1967 ።

ወልዳይ ካሕሳይ ኣዛዚ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ክከውን'ኳ እንተተሓጽየ እታ ክፍሊ ገና ብግቡእ ኣይተወደበትን'ያ ዝነበረት።

ቻይናውያን ሓሙሽተ ኮሚሳራት ኢና ንደሊ ክብሉ ጠለቦም ግልጺ ጌሮሞ'ዮም። ኮሚሳራት ፖለቲካ'ዘን ሓሙሽተ ክፍሊታት ማለቶም ኢዩ። እዛ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ጌና ዕሸል ኢያ ኔራ። ዝኾነ ፖለቲካዊ ኮሚሳር'ውን ኣይነበራን። ቻይናውያን ግና እቲ ሓምሻይ ክ ኢሎም ሓተቱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እቲ መሪሕነት--

ኮኔል፡ ነዚታት ብቕረባ ኢዮም ዝከታተልዎ ኔሮም ማለት'ዩ?

ድሩዕ፡ እሂ ደኣ!

ነዞም ሰባት ከየሰልጠንና ዝኾነ ሓገዛት ኣይንህበኩምን ኢና ኢሎም ቻይና ብግልጺ ነጊሮም'ዮም። ኣብ ተ.ሓ.ኤ ሓሙሽይቲ ክፍሊ *ናይ ክርስትያናት ክፍሊ* ኢያ ምባል ሕቡእ ኣጀንዳ ኣይነበረን። ስለዚ ከኣ ግድን ሓደ ክርስትያን ክነምጽእ ኔሩና።

ኮኔል፡ ወልዳይ ኢሳያስ ክሽደሉ ይደሊ ኔሩ ክሽውን ኣለዎ...

ድሩፅ፡ ከምኡ'ዩ ዝመስል። ስለዚ ኢሳያስ ክኸይድ ተመርጸ።

ተ.ሓ.ኤ ንዘይትደልዮ ሰብ ብስልጠና ጦፍን ካልእን ምስምሳት ናይ ምእላይ ልምዲ ስለ ዝነበራ፡ ኢሳያስ ካብቶም ሓሙሽተ ክኸውን የብሉን ዝብል ናይ ፈለማ መርገጺና'ዩ ኔሩ ። እዚ ምስ ሰማዕና ኢሳያስ ንቓይና ክኸይድ ኢዩ ይበሃል ኣሎ፡ ንምኻኑ ብሓቂ ንቓይና ድዩ ተበሃሃልና።

እዋእ..ምናልባት ንቓይና ከሐጕሱ ዝገብርዎ ዘለዉ ነገር'ውን ይኸውን መን ይፈልጥ? ደሓር ከኣ ኣብ ወጻኢ ምስ ዘለዉ ገስገስቲ ሓይልታት ሰንሰለት ክንፈጥር ይሕግዘና ኢዩ ኢልና ተቐበልናዮ። እቲ ኣቡኡ ዝቕሰም ትምህርቲ ብቐሊል ዝርአ ኣይኮነን። ናይ ወጻኢ ርክባት ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ዝተዓብለለ ኢዩ ኔሩ። ንመጻኢ ኣብዚ ቦታ ንምርካብ ይሕግዘና'ውን ይኸውን ብምባል ከም ሓደ ወፍሪ ረኣናዮ።

ኣነ...ምስታ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እትነጥፍ ሕብእቲ ውድብና ርክብ ንኽቕጽል ናብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ተዛወርኩ። ኣነ መራክቢ ሰንሰለት ክኸውን'የ። ኢሳያስ ንወጻኢ ክኸይድ ኢዩ። ግና ክኸይድ ምኻኑ ምሉእ ብምሉእ ሽዑ ርግጸኛታት ኣይነበርና (50 ሚእታዊት ዝከውን ጥራይ ኢና ኣሚንናዮም!)።

ሳልሳይና (ሙሴ) ኣብ ከስላ ክተርፍ መረጽና። ምኽንያቱ "ትንሳኤ መንእሰያት" እተሰምየት ሓንቲ መጽሔት ጀሚርና ኔርና። ብጽሕፈት መኪናን ብ ካርታ ካርቦንን ኢና ነዳልዋ ኔርና። ስለዚ ሙሴ ኣብ ከሰላ ክጸንሕን መራኽቢና ክኸውንን ወሰንና።

ንሓድሕድና ብቕኑዕ ልቢ ኢና ንቀራረብ ኔርና። ሙሴ ግና ስምዒቱ ክቈጻጸር ዝኽእል ሰብ ኣይነበረን። ናብ ውሽጢ እንተዝኣቱ ሓንቲ ለይቲ'ውን ኣይመሕደርዎን። ሚዛናዊ ስለ ዘይነበረ ንስትራቴጂና ከየፍርሶ ዝብል ስግኣታት ኔሩና። ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ስምዒታዊ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡ ከመይ ማለትካ ኢዩ?

ድሩፅ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ እናሃለና ኣትሒዙ ሙሴ ውፉይ ኢዩ ኔሩ። ግና ኣዝዩ ስምዒታዊ ስለ ዝነበረ ሰጊእና። "ሙሴ ውፉይ ኢዩ፡ ብዛዕባ'ዚ ዘጠራጥር የለን። ግና ኣብ'ዚ ውድብ ክሰርሕ ኣይክእልን'ዩ" ኢልና ደምደምና። ነገር ከበላሽወልና ይኽእል'ዩ! ስለዚ ክንነግሮ የብልናን። ብሓጺሩ ካብኡ ወጻኢ ክኸውን ወሰንና። ብደገ ኮይኑ ኣብ ስርሒታትና ክሳተፍ ጥራይ መረጽና።

ደሓር... በይነይ ኣይኰንኩን ንከሰላ ከይደ ፡ ሙሴ ምሳይ ኔሩ። ሕቡእ ውድብ ከም ዘሎና ይፈልጥ ኣይነበረን። ምስኡ ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤ ጥራይ ኢዩ ኔሩ ዕላልና።

ንሱዳን ምስ ሰገርና ብዛዕባ ስቱር ውድብና ነገርክዎ። ውዑይን ፋሉልን ስለ ዝኾንካ ስለኻን ስለ ውድብናን ክንብል ኣይነገርናካን፡ ግና ካባኻ እንሓብኦ ነገር የብልናን ኢለ ኣረዲኣዮ።

ኣብኡ ክጸንሕ ዝገበርናሉ ምኽንያት ከኣ እዚ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡ ሽዑ ግና ናብታ ውድብ ኣእቲኻዮ ማለትኦ?

ድሩዕ፡ እወ፡ እወ፡ እወ። እቲ ቀንዲ ቑምነገሩ ከዕልለካ።
እቲ ሃዋህ ሓደገኛ ስለ ዝነበረ ልክዕ ከምቲ ንሙሴ ዝገበርናዮ ገለ ሰባት ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ኮይኖም እንተዘይሰርሑ ይሓይሽ ዝብል መርገጺ ኔሩና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ተርእዮ ማዕበለ። ወልዳይ ኣነ ጀነራል'የ፡ ማንም ኣብ ካልእ ክፍሊ (ብፍላይ ድማ ሳልሰይቲ ክፍሊ) ዘሎ ክርስትያን ናብዛ ናትና ክፍሊ ክጽንበር ኣለዎ ክብል ጀመረ።

ነዚ ተቓወምናዮ። ምፍልላይ ክገሃድ ጀመረ። ነቲ ኣብ መንጮ ወልዳይን ቅያዳ'ልዓማን (ከሰላ) ዘሎ ፍሕፍሐ ናብ ረብሓና ክንቅይሮ ድሌት ኔሩና።

ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ናይ ገዛእ ርእሳ ዞባ ኔርዋ። ኣብቲ ዞባ ዝእከብ ኮሉ ገንዘብ ናብ'ታ ክፍሊ ኢዩ ዝኸይድ። እተን ከተማታት 'ውን ከምኡ። ንኣብነት ናይ ካልኣይቲ ክፍሊ ርእሰ ከተማ ከረን'ያ ኔራ። ከረን ዓባይ ከተማ ስለ ዝኾነት ካልኣይቲ ክፍሊ ብዙሕ ገንዘብ ይበጽሓ ኔሩ። ኣቡኡ ከኣ ፈዳዪን ኢሎም ዝሰመይዎም ኣሸበርቲ ይምልምሉ ኔሮም። ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ወተሃራዊ ስጉምቲ ዝወስዱ፡ ንጸላኢ ዝድምስሱን ካልእ ስርሒታት ዘካይዱን ጉጅለ ፈዳዪን ኔርዋ።

ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኣብ ሓማሴን ክትነጥፍ ምስ ተጸውዐት ርእሰ ከተማኣ ኣስመራ ኮነት። ኣብዚ'ውን ኣብ መንጮ ቅያዳ ኣልዓማን ሓምሽይቲ ክፍሊን ግርጭት ተላዕለ። ቅያዳ ኣልዓማ ኣስመራ ርእሰ ከተማ ሃገር ስለ ዝኾነት ኣብ ትሕተይ ኢያ ክትከውን ዘለዋ ኢላ ኣበየት። ወልዳይ ከኣ ኣስመራ ርእሰ ከተማ ሓማሴን ስለ ዝኾነት ናተይ ኢያ ኢሉ መገሎ።

ሰውራ ጸላኢ ከጥቅዓሉ ናብ ዝኸእል ዓቕሚ ምስጓም ስትራቴጂ ተ.ሓ.ኤ ኣይነበረን። ቀለብ ኣበይ ንረክብ'ዩ ኔሩ። ንሕና ኣብኡ እንድሕር ጸኒሕና ቑጽሪ ኣሃዱ ስለ ዝውስኽ ስንቂ ክውሕደና'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ኔሩ።

ስትራቴጂ ተ.ሓ.ኤ ቀለብ ኣብ እትረኽበሉን ማንም ኣሃዱ ኣብ ዘይትቃጸጸካን ቦታ ምውፋር ዝብል'ዩ ኔሩ። ህዝቢ ምንቃሕን ጸላኢ ምጥቃዕን ዝብልዎ ነገር ኣይነበሮምን።

ኣበየናይ ቦታ ኣለኻ ኣገዳሲ'ዩ ኔሩ። ገንዘብ ትረኽበሉ እንተኾንካ ናይ ፈዳዪን ስርሒት ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣብ መንጮ ሓምሽይቲ ክፍሊን ቅያዳ ዓማ (ከሰላ)ን ዝነበረ መፈላለዪ ነጥቢ እዚ'ዩ ኔሩ።

ቅያዳ ኣልዓማ ኣስመራ ርእሰ ከተማ ኤርትራ ስለ ዝኾነት ናባይ ኢያ ክትግደፍ ዘለዋ በለት። ጉጅለ ፈዳዪን ኣቕሞም ስርሒታት ከካይዱን ገንዘብ ክእክቡን ምኻኖም ከኣ ነገሩ። ምኽንያቱ ካብ ኣስመራ ዝእከብ ገንዘብ ኣዝዩ ብዙሕ ከም ዝኸውን ጥርጥር ኣይነበረን። ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ስቱር ውዳበ ከም ዘሎና ይፈልጡ ኢዮም፡ ስለዚ ነዚ ክንጥቀመሉ ኣሎና ኢልና ተሰማማዕና።

ሽዑ ኣነ ከም ዋዛ ጌረ “ዋእ ሓቅኹም ኢኹም። ኣስመራ ርእሰ ከተማ ኢያ። ህዝቢ ኣስመራ ከኣ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ዝዝርጋሕ ውዳበ ኣለዎ። ንሕና ኢና ከኣ ወዲብናዮ” በልክዎም።

ይፈልጥዎ ኔሮም’ዮም። ስለዚ ከኣ ንቅያዳ ኣልዓማ ምስ’ታ ኣብ ኣስመራን ካልእ ከተማታትን ዝነበረት ስትርቲ ውድብናን ከተሓሕዞም ተሓጸኹ።

ሓደ ካብኣቶም ም’ኻነይ ስለ ዝፈለጡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ከም ፈዳዪን ኮይነ ክሰርሕ ፍሉይ ስልጠና ኣዳለዉለይ።

ኣብቲ ግዜቲ ብቐይሕ ባሕሪ ኣቢሉ ዝመጽእ ኣጽዋራት ስለ ዝነበረ ወልዳይ ናብቲ ቦታ ተላእከ። ንሕና’ውን ብጽሒትና ክንወስድ ኣብኡ ተረኽብና። ነዚ ኣጋጣሚ ሓደ ውዲት ክፍጽም ተጠቐምኩሉ።

ኣብ ሶርያ ዝሰልጠኑ ሰባት ኔሮም። ፈዳዪን ክኽውንን ናብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ምስ ተመለስኩ ሰላይ ቅያዳ ልዓማ ክኽውን ፍሉይ ስልጠና ሂቦምኒ።

ወልዳይ ቅድሚ ምምላሱ፡ እቶም ተጋደልቲ ጌና ከይተወደቡ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ተንቀሳቐስኩ። ሕጂ ቅያዳኣልዓማ ኣንጻር ወልዳይ መልሚሉኒ ከም ዘሎ’ዩ ዝፈልጥ። (ወልዳይ ነቲ ብረታት ክቐበል ኣብ ከሰላ ስለ ዝነበረ ንኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ም’ኻደይ ዝፈለጦ ኣይነበሮን)። ናብ ኣባላትና ከይደ ኩነታት ኣብ ከመይ ደረጃ ከም ዘሎ ሓበርክዎም። ሓምሽይቲ ክፍሊ ከምቲ ወልዳይ ዝደልያ ዘይኮነ ብስቱር ከም ደጀንና ክንጥቀመላ ከም ዘሎና ነገርክዎም።

ገለ ሽግራት ከም ዝህሉ ፍሉጥ’ዩ ኔሩ። ካብ ከሰላ ዝመጽእ ዕጥቅን ስንቅን ክቋረጸና ይኽእል’ዩ። ስለዚ ከኣ እዛ ስትርቲ ውድብ መድሃኒታትን ክዳውንትን ካልእ ኩሉ ዓይነት ሎጂስቲክን ክትቅርብ ኔርዋ።

ስለዚ ናብኡ ከድኩ። ኣብቲ ግዜ’ቲ ተስፋይ ገብረስላሰ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ እዛ ውድብ’ዩ ኔሩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ’ዩ ኔሩ። እቲ ካልእ ፍሉጥ ኣባል ኪዳነ ክፍሉ’ዩ ኔሩ (*ቅያዳልዓማ ካልኣይ ርእሱ ብ 1969 ኣብ ከሰላ ዝቖንጸለቶ!*) ። ናብኡ ምስ ከድኩ ግና ኣብ ውሽጢ’ዩ ኔሩ።

ኩሉ’ቲ ዘጋጠመ ነገርክዎም።

ኢሳያስ ንቓይና ምስ ከደ ነቲ ስልጠና ወሰድኩ። ሓጺር ስልጠናዩ ኔሩ (ካብ ሰሙን ዘይነውሕ)። ኣብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኣጋጢሙ ዘሎ ኣዕለልክዎም።

ኣብቲ ግዜ’ቲ ኣብ ውሽጢ ሓምሽይቲ ክፍሊ ሰለሰተ ሕቡኣን ንጥፈታት ኔረን። እቲ ቀዳማይ ንሓምሽይቲ ክፍሊ ሳተላይት ካልኣይቲ ክፍሊ ንምግባር ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ምክትል ኣዛዚ’ዩ። ሰዓብቲ’ውን ኔሮሞ። ድሌቱ ሓምሽይቲ ክፍሊ ርእሳ ዝኸኣለት ክፍሊ ከይትኸውን ኢዩ ኔሩ።

ክርስትያናዊት ክፍሊ ክገብራ'የ! ዝብል ወልዳይ ከኣ እቲ ካልኣይ'ዩ።

ንሕና ከኣ ነዚ ኣብ መንጮ ቅያዳ ኣልዓማን ሓምሽይቲ ክፍልን ዝነበረ ፍልልይ ናብ ረብሓና ንምቕያር ንንቀሳቐስ። ዝሰጠመ ውድብ እዚ ናትና'ዩ ኔሩ። እቶም ካልኦት ብስምዒቶም ዝሓስቡ ውልቀ ሰባት'ዮም ኔሮም። ናትና ግና ናብ ጸጋማዊ ስነሓሳብ ዝዘንበለት ስጥምትን ሰውራዊትን ውድብ ኢያ ኔራ።

ስቱር ውድብና ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ስለ ዝንቀሳቐስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከይፈልጠና ብምስጋእ ግድን ክንመሳሰል ኔሩና። ስለዚ ከኣ ንኽንክወል ኣብ ማሕበራውን ባህላውን ጉዳያት እትነጥፍ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራ ኣቑምና።

ኣብኡ ብዙሓት ሃገራውያን ብጸትና ኔሮም። እንተኾነ ነታ ውድብና ብስቱር ሒዝና ነዛ ጉልባብ ኣትኾነና ማሕበር ምትሕግጋዝ መስረትና።

ማሕበር ምትሕግጋዝ መናእሰይ ኤርትራ ኢልና ሰሚናያ። ተመሃሮ ስለ ዝነበርና ገለ ባህላውን ካልእን ሽግራት ብሓባር ክንፈትሕ ኢልና ዘቑምናዮ ኢዩ ዝመስል ኔሩ። ቋንቋና ንምምዕባልን ባህልና ንምዕቃብን ገለ ገለ ድራማታት ንሰርሕ ኔርና።

ንሱ ጥራይ ስለ ዝመሰሎም ብዙሓት ኤርትራውያን ተታሊሎም ኢዮም። መንግስቲ 'ውን ብውሽጠ ውሽጢ ብዛዕባ ንሰርሖ ስለ ዘይፈለጡ ተታሊሎም'ዮም። ኣብቲ ግዜቲ 'ውን ውድብ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኔሩና'ዩ።

ምስ'ዞም ናይ ውሽጢ ውዱባት ተራኸብኩ። ኩሉ'ቲ ዘሎ ነገራት ብእርይ ቀጽር ነገርክዎም። ምስ ኣባላት ካልኦት ክፍልታት ኳንና ክሳብ ንህዝብና ብሃገራዊ ኣጀንዳ እንውድቦ ብጽንዓትን ትዕግስትን ክንቅጽል ከም ዘሎና፡ ደጀንና ከኣ ባዕላ እዛ ስትርቲ ውድብ ክትከውን ምኻና ወሲኽ ሓበርክዎም።

ዝኾነ ካብ ከተማ ዝመጸ ሰብ ነቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝግበር ነገራት ክጻወሮ ከም ዘይክእል፡ ክቃወም ክብል ንዕላማና ከበላሽወልና ከም ዝኾእል'ውን ገሊጸሎም።

ስለዚ ሕጂ ማንም ካብ ከተማ ክስለፍ ከም ዘይብሉ ነገርክዎም። *ካባኹም እንደልዮ ሓገዝ መታን ክይፍለየና ንኹሉ እንተታት ርእሰኹም ኣዳልዉ* ኢለ ተላበኹዎም።

ሓረስቶት ብዙሕ ስለ ዘይተማህሩን ንፖለቲካዊ መስመርና ስለ ዘይቃወሙን ንሕጂ ንሳቶም እንተመልመልና ይሓይሽ በልክዎም። እቲ ኩነታት ጽንኩር ስለ ዝኾነ ንሳቶም ጥራይ ኢዮም ክጻወርዎ ዝኾእሉ። ንግዜኡ ክንተኣማመነሎም እንኽእል እዚኦም ጥራይ ኢዮም።

ስለዚ ንግዚኡ ፖለቲካዊ መስመርናን ዴሞክራስያዊ ሕቶን ዘየልዕሉ፡ ጽንኩር ኩነታት ዝጻወሩ ሓረስቶት ኢና ክንምልምል።

ካብ'ዚ ስቱር ውድብ ማንም ክወጽእ ኢሉ ክሓስብ የብሉን። ምናልባት ተቓሊዑ መንግስቲ ምስ ዝሃደኖ ካልእ ሕቶ'ዩ። እዚ ጥራይ ኢዩ ቅቡል ምኽንያት። ብዝተረፈ ፍሉይ ኣጀንዳን ንነዊሕ ዝጠመተ ስትራቴጂን ስለ ዝነበረና ንሳቶም ዝመጹሉ ምኽንያት ኣይነበረን።

ምውህሃዳት ምስ ወዳእኩ ንወልዳይ እሙን መሲለ ከታልሎ ምኽነይ ነገርክዎም። ምስ ኣባላትና መታን ርክብ ክቕጽልን ናብ ውሽጢ መሳርዕ ምእታው ንኽሕግዘንን ምስ ጉጅለ ፈዳዪን ሓምሽይቲ ክፍሊ ኩይነ ክሰርሕ ምኽነይ'ውን ነገርክዎም።

ኮድን ካልእ ምድላዋትን ኣጻፈፍና። ምስ ተመለስኩ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ሰራዊታ ጌና እናመልመለት'ያ ጸኒሓትና። ስለዚ ንባርካ ከይደ ፈዳዪን ክኸውን ሰልጠንኩ። ብዛዕባ'ዚ ስልጠናን፡ ቅያዳ'ልዓማ ኣስመራ ኣብ ትሕቲኦም ክትከውን ከም ዝደልዩን ሓበርክዎ። እዚ ቅኑዕ ኣይኮነን፡ ኣብ ትሕቲ ሓምሽይቲ ክፍሊ'ያ ክትከውን ዝግባኣ። ውሽጣዊ ውዳቤ ቅያዳ ኣልዓማ ኣጸቢቕ መታን ክፈልጦ ፈዳዪን ሓምሽይቲ ክፍሊ ክኸውን ኢየ ኢለ ኣረዳእክዎ።

ወልዳይ 'ውን ድሮ ብዙሕ ቅመራ ጌሩ ኔሩ'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተ.ሓ.ኤ ናይ መድፍዕ ደገፍ ኣለዋ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ 60 ሚሊ ሜተር ሞርታራት ተኣታትዩ ኔሩ። ቅያዳ ኣልዓማ ሓምሽይቲ ክፍሊ ርእሳ ክትክእል ስለ ዘይትደሊ፡ ሓደ ኣብ ዒራቕ ክልተ ዓመት ዝተዓለመ ኣዛዚ ሓላፊኡ ክኸውን ኣምጺኦም።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓንቲ ሞርታር ጥራይ ኢያ ኔራ። ንሳቶም ግና ካልእ ክመጸና ኢዮ ዝብል ተስፋ ኔርዎም። ወልዳይ "ሓንቲ ሞርታር ጥራይ ኢያ ዘላትና። ግና ተወሳኺ ክመጸና'ዩ። ነዚ ኣዛዚ ክቈጻጸሩና ኢሎም ኢዮም መዲቦምልና። ንስኻ ተመሃራይ ምህንድስና ስለ ዝነበርካ ነዚ ትምህርቲ ካብ ማንም ኣብዚ ዘሎ ንላዕሊ ቀልጢፍካ ክትቅበሎ ትኽእል ኢኻ። ሓላፊ'ዚ ሞርታር ክትከውንን ሓደስቲ ምስ ዝመጽእ ንኻልኦት ክትምህርን ኢየ ደልየ ዘለኹ። ሽዑ ኢና ንሕና ክርስትያናት ወነንቲ ሞርታራት ክንከውን እንኽእል!" በለኒ።

እዚ ልሙድ ሜላ ተ.ሓ.ኤ 'ዩ። ክሳብ ሽዑ ዝማዕበለ ኣጽዋርና ብሬን'ዩ ኔሩ። ኣብ ተ.ሓ.ኤ ካብ ዝኾነ ንጥፈት ክእግዱኻ እንተደልዮም ሓላፍነት እዚ ብረት የሰክሙኻ።

ሓላፍነት ሞርታር እንተ ተሰኪምካ ካብ ዝተተኽለሉ ቦታ ኣይትንቀሳቐስን ኢኻ። ሰባት'ውን ኣይትራኽብን ኢኻ። ክትበልዕ እንተ ደሊኻ'ውን ደቂ ጋንታኻ ናባኻ ክመጹ ኣለዎም።

ወልዳይ ነብስና መታን ክንክእል ነዛ ሞርታር ሓላፍነታ ውሰድ ኢዩ ዝብለኒ ዘሎ።

ኣብ ፈዳዪን ክኣቱ ኣይደለየንን። ምኽንያቱ ብዛዕባና ፍርሂ ኣለዎ። ውዱባት ምኻንናን ምስ ኣተሓሳስባኡ ስኒት ከም ዘይብልናን ይፈልጥ ኢዩ። ክፍልና ናይ ክርስትያናት ክንገብራ ኣይኮነን ቀንዲ ድሌትና ዝነበረ። ነቶም ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ዝነበሩ ደቂ ከበሳ ኣብ ዘለውዎ ክጸንሑ'ውን ነጊርናዮም ኢና።

ኮኔል፡ ብዛዕባዚ ፈሊጡ?

ድሩፅ፡ እወ ፈሊጡ።

ፈለማ ክርድኣልና ኢዩ፡ ምስ ኣተሓሳስባና ክኸይድ ኢዩ ዝብል ግምት ኔሩና። ስለዚ ድማ ንገለ ካብ ባህግና ዳርጋ ጋህዲ ጌርናዮ ኢና። ሓደገኛ ሰብ ኢኻ ኢሉኒ። ሕጂውን ንኸእምኖ ተመሳሳሊ ምጉት ተጠቒመ። "*ሞርታር ዓብዪ ጥበብ ዝሓትት ኣይኮነን፡ ምንም ዘገርም ነገር የብሉን። ሰፍሓቱን መጠን ኮርናውን ጥራይ ንገረኒ'ምበር ብዝደለየ ዓይነት ጣውላ ክሰርሕ እኽእል'የ።* ኢለ ከረድኦ ፈቲነ።

ክልቴና ናይ ባዕልና ሕቡእ ኣጀንዳ ኔሩና።

ኮኔል፡ ምስ ኢሳያስ ብሓደ ምህንድስና ኢኹም ትማሃሩ ኔርኩም ሓቀይ

ድሩፅ፡ ኢሳያስ ምህንድስና ኣይኮነን ተማሂሩ፡ ሳየንስ'ዩ ዘጽንዕ ኔሩ። ኣነ'የ ኣብ ምህንድስና ኔረ።

ኮኔል፡ ኢሳያስ ንቻይና ምስ ከደ ርክብ ቀጺልኩምዎዶ?

ድሩፅ፡ ኣይፋሉን። ክርክብ ኣይተኻእለን። እቲ ስልጠና ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኢዩ ተባሂሉ። ግና ዝያዳ ግዜ ወሲዱ። ሸሞንተ ኣዋርሕ ኣቢሉ ይኸውን'ዩ እንተዘይተጋግየ።

ኢሳያስ ኣሎ ድዩ ሞይቱ ንፈልጦ ነገር ኣይነበረን። ዝኾነ ርክባት ኣይነበረን፡ ጥራሽ ኣይነበረን።

ግርም። ምሰ ወልዳይ ኩሉ ዓይነት ምኽንያታት እናምጻእኩ ተኸራኸርኩ፡ንሱ ግና ኣቕቢጹኒ። ስለዚ ምውዓለይን ምሕዳረይን ምስታ ሞርታር ኮነ። ምንቅስቓስ ተበልካ... ወይከ!

ወልዳይ ካብ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ጉጅለ ፈዳይን ኣዳልዩ። ኣብ ውሽጣ ኣባል ሕመረትና ምንባሩ ግና ኣይፈለጠን። እቲ ዝርዝራቱ ነዊሕ'ዩ ። ካብ መፈለምትኡ ኣትሒዙ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ግርጭታት ኣብ ሓምሽይቲ ክፍሊ'ዩ ገንፊሉ።

ኣባላት ሓምሽይቲ ክፍሊ ዳግማይ ክንውደብ ናብ ሓማሴን ደየብና። እቲ ምክትል ኣዛዚ ሓምሽይቲ ክፍሊ ርእሳ ክትክእል ይደሊ ስለ ዘይነበረ ርሱን ግርጭት ተባርዐ። ምስ ደቂ ከበሳ ኣብ ሃናጺ ምጉት ክኣቱ ድሌት ኣይነበሮን። ብዙሕ ሰብ መልሚልና ካብ ቍጽጽሮም ወጻኢ ከይንኸውን ስግኣት ኔርዎም። ስለዚ ንሓድሕድና መታን

ከይንወሃሃድ ኣብ መንጮ ሓምሽይቲ ክፍልን ህዝቢ ሓማሴንን ግርጭት ንምፍጣር ተጓየየ። ካብ ቀዳመይቲ መዓልቱ ጀሚሩ ነዚ ክዉን ክገብር'ዩ ዝሰርሕ ኔሩ። ብኣንጻሩ ወልዳይ ሓያል ውድብ ንኽትከውን'ዩ ኔሩ ባህጉ።

ንሕና'ውን ውድብና ኣብ ሓደጋ መታን ከይወድቕ ብግቡእ እተሰናደወ ምኽኑ ክንከታተል ድቃስ ዘይብልና ኢና ነሕልፎ ኔርና።

ብኾሉ ወገን ዓብዩ ባህጊታት ኔሩ'ዩ።

ቅያዳልዓማ ብሰንኪ ካብ ሜዳ ዝነበራ ራሕቂ ነቲ ጕዳይ ብግቡእ ክትከታተሎ ትጽግም ስለ ዝነበረት ረብሓኣ ንምርግጋጽ ፍሉይት ሓለፍቲ ለኣኽት። ብግህዶ ካብ ሃገራዊ ፕሮግራም ወጻኢ ክትከይድ ጀመረት።

ኣብ ተ.ሓ.ኤን ክፍልታትን ዝነበረ ብድሆታትን ዝኣለ ሓደ ስነ ሓሳብ ይድለ ኔሩ። ተ.ሓ.ኤ ጥራይ ዘይኮነ ኵሉ ጸቢብ ሃገራዊ ኣመለኻኽታታት 'ውን ክምከትን ክሰዓርን ይድለ ኔሩ። ኣንጻር እዞም ብድሆታት ንምቅላስ ሓደ ፍልስፍናን ስነ ሓሳብን ከም ኣጽዋር የድልየና ኔሩ።

ኣነ ሰውራዊ ውድብ የድለየና 'ሎ ኢየ ዝብል ኔረ። ርግጽ'ዩ ናብ ጸጋማዊ ስነሓሳብ ዝዛዞና ኢና ኔርና። ኣንጻር ኵሉ ሰንኮፍን ጸቢብን ሃገራዊ ኣመለኻኽታ ዘቃለስ ስነሓሳብ ከም ዘድልየና ኣጸቢቕና እንኣምነሉ ጕዳይ'ዩ ኔሩ።

ስለዚ ካብ ናተይ ተመኩሮ ክዛረብ እንተኾይነ ዋላኳ ናብ ጸጋማዊ ዝንባለታት እንተነበረና፡ ግና ክንድቲ ቅርዑው ኣይነበረን። ቅድሚ ናብ ተ.ሓ.ኤ ምጽንባርና ፍልጠትና ካብ ስምዒታውነት ይሓልፍ ኔሩ ክበሃል ኣይክኣልን። እቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ኩነታት ግና ንኹሉ ከምዚ ዓይነት ሽግራት ፍታሕ ዘምጽእ ኣመለኻኽታ ክነማዕብል ድርኺት ፈጢሩልና ኢዩ።

ካብ መፈለምትኡ ናይ ቻይና ድሌት'ውን ሰውራ ኤርትራ ስልጠና ስነ ሓሳብ ንኽወስድ'ዩ ኔሩ። ካብዞም ሓሙሽተ ንቻይና ዝኸዱ እቶም ክልተ ኢሳያስን ሮሞዳን መሓመድ ኑርን (ወካሊ 4ይቲ ክፍሊ) ጥራይ ኢዮም ተመኩሮ ቻይና ንሰውራ ኤርትራ ከርብሑ ከም ዝኸእል ኣሚኖምሉ። ንሽግራትና ብመንጽር ተመኩሮ ሰውራ ቻይና ክንምርምሮ ንፍትን ኔርና። ከምኡ 'ውን እዚ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ሰውራና ንዝነበረ ግርጭት ንምፍታሕ ይኽእል እንተኾይኑ ንምርኣይ ባህጊ ኔሩና።

ስለዚ ነዞም ቻይና ዝኸዱ ዓብዩ ተመኩሮ'ዩ። ብኻልእ ወገን ከኣ ሰውራ ቻይና ዝሓለፎ ተመሳሳሊ ብድሆታት ምፍላጥ ኣገዩ መሃሪ'ዩ ኔሩ። ተመኩሮ ቻይና ዋላኳ ከም ሞዴል ክውሰድ ዝከኣል እንተዘይኮነ፡ ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ግርጭታት ፍታሕ ንምንዳይ ሓጋዚ'ዩ ኢሎም ተቐቢሎሞ።

ነዚ ሕቡእ ውድብ ክዕቅብዎ ዝወሰኑ ድማ ሽዑ'ዩ፡ ምኽንያቱ ካብቶም ቻይናውያን ስነ ሓሳባዊ ስትራቴጂ ብጽቡቕ ቀሲሞም'ዮም።

ኮኔል፡ ሮሞዳንን ኢሳያስን ጥራይ ድዮም? እቶም ካልኦት ሰለስተኽ?

ድሩፅ፡ ኣይፋልን! እቶም ሰለስተ ብዛዕባ'ቲ ትምህርቲ ፋዕራ ኣይነበሮምን። ስጋ ሓሰማ ኣይንበልዕን ኢሎም ተሓሲሞም። ኮታ ተገዳስነት ኣየርኣዩን።

ተ.ሓ.ኤ ኣጽዋር መታን ካብ ቻይና ክትቅበል ኢ.ደ ልኢ ኻትና። እዚ ትምህርቲ'ዚ ኣየድልየናን'ዩ፡ ብሓደ እዝንና ኣእቲና በቲ ካልእ ክነውጽኦ'ዩ ዘለና ኢዮም ዝብሉ ኔሮም።

ብዛዕባ ተመኩሮ ቻይና ምንም ተገዳስነት ኣየሕደሩን። ክላ እዚኦም ዴሳውያን ኢዮም! ይብልዎም ኔሮም። ስለዚ ኣብ መንገ'ዞም ሰለስተ ብሓደ ወገን፡ ከምኡ 'ውን ኢሳያስን ሮሞዳንን ብኻልእ ወገን ፍልልይ ተኸስተ። ሮሞዳንን ኢሳያስን ግና ጽኑዕ ብጻይነት መስረቱ። ቅድሚኡ ሌላ ኣይነበሮምን።

ኮኔል፡ ሮሞዳን ብዛዕባ'ቲ ትምህርቲ ሌላ ኔርዎ'ዩ ሓቀይ?

ድሩፅ፡ እወ ኣብ ካይሮ ስለ ዝነበረ። ሮሞዳን ምሁር'ዩ ። እቶም ካልኦት ግና መስፍናዊ ዝንባለታት ኔርዎም።

ኮኔል፡ ንስኻ ውድብኩም ክተጠናኽርን መርበባቱ ኣብ ምሕያልን ኢኻ ተጸሚድካ ኔርካ?

ድሩፅ፡ ብገለ ሽነኽ ኣይተዓወትኩን፡ ምኽንያቱ ሓላፍነት እታ ሞርታር ግድን ክስከም ኔሩኒ።

ደሓር ኣብ ሰነ/ነሓሰ 1967 ኣቢለ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓደ ሸግር የጓንፈና። ገለ ካብ ኣባላት ሕመረትና መንግስቲ ኢትዮጵያ ስለ ዝፈለጦም ናብ ሜዳ ክሃድሙ ተገደዱ።

ኪዳነ ክፍለን ሕጂ ሚኒስተር ጸዓት ዘሎ ተስፋይ ገብረስላሴን ግድን ከምልጡ ኔርዎም። ኣብ ከበሳ (ሓማሴን) ሓምሽይቲ ክፍሊ ከም ዘላትና ይፈለጡ ኔሮም'ዮም። ናበይ ክኸዱ ከም ዘለዎም መምርሒ ክህቦም ደልዮምኒ።

ብዛዕባ ወልዳይን ቅርጺ ተሓኤ'ውን ኣፍልጠ ኔርዎም'ዩ። ምስ መጹ ንሱ'ዩ ረኺብዎም። ብዛዕባይ ምስ ሓተቱ ኣብ ነቕኣጣ ሞርታር ከም ዘለኸኑ ነጊሩ ኣብ ዘለውዎ ክጸንሑ ነገሮም። ንሳቶም ግና ኣብ ውሽጢ ሓምሽይቲ ክፍሊ ዘሎ ሽግራት ጽቡቕ ጌሮም ይፈልጡ ስለ ዝነበሩ ንከሰላ ክኸዱ መረጹ።

ንሱ ንከሰላ ክኸዱ ድሌት ስለ ዘይነበሮ ንኽጸንሑ ከእምኖም ፈተነ። ንውድብና ምስ ቅያዳ ኣልዓማ ከም መራኸቢ ከይኾንዋ ብኣግኡ ኽዓግቶም መታን ምስኡ ክጸንሑ ደለዮም።

ንሳቶም ግና ንክሰላ ኢና ንኸይድ በሉ። ሓደ ኣባል ፈዳዪን ዘለኽዎ ቦታ ሓቢሩ ከላግሱኒ ተላበዎም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ከባቢ ፍልፍል ኢየ ኔረ። ነቲ ቦታ ትዝክሮዶ?

ኮኔል፡ እወ። ከመይ ደኣ!

ድሩፅ፡ እዚ ሰብ ናብኡ ክኸዱ ነገሮም።
ወልዳይ ግና ናብ ኣሃዱ ሞርታር መልእኽቲ ልኢኹ (*ዎላ ሓንቲ ሞርታር'ውን ትሹን ኣሃዱ ሞርታር ኢልና ኢና ንጸውዓ ኔርና!*) ብምራራ ወገን በቲ እምባ ጸላኢ ከጥቅዓና ከም ዝኽእል ሓበረኒ። እቶም ካልኦት ተጋደልቲ ብቕዓት ስለ ዘይነበሮም ባዕለይ ከይደ ኮለላን ስለያን ኣካየድኩ። ኣብታ ንሳቶም ዘርከቡላ መዓልቲ'ዩ እዚ ዝኸውን ዘሎ።

ወልዳይ እዚ መልእኽቲ ምስ ሰደደለይ " ንምንታይ ኢዩ ከምዚ ዝብል ዘሎ? ኣብዚ ውግእ ክሞተሉ ድዩ ደልዩኺ? እዛ ናይ ሞርታር ኣሃዱ ሓንቲ ሞርታር ጥራይ ኢያ ዘላታ። ንዓኣ ሒዘ በይነይ ነዚ ኣምባ ክድይቦ ድዩ ዝደልየኺ ዘሎ? ስለምንታይ? እዚኣስ ገለ ኣላታ ኢለ ሓሰብኩ።

እዚ እናኾነ ሓደ ካብዞም ፈዳዪን ነቶም ብጸት ዘለኽዎ ሓቢሩዎም ኔሩ። ከም ዝተሓበርዎ መጹ። ግና ናብ እምባ ምድያበይ ፡ ኣብ ህጹጽ ተልእኾ ምህላወይን ክረኽቡኒ ከም ዘይክእሉን ተነግሮም።

ነዚ ኩሉ ተንኮላት ይፈልጡ ስለ ዝነበሩ ገለ ሰዓታት ክንጸንሕ ኢና በሉ። ንገለ ግዜ ዘወን እናበሉ ጸኒሖም መወዳእትኡ ናባይ መጹ።

ዝኾነ መጥቃዕቲ ኣይነበረን። ስለዚ ወሪደ ረኽብክዎም። ንዓይ ሃንደበት ኢዩ ኰይኑኒ። ስለምንታይ መልእኽቲ ዘይሰደድኩምለይ ኢለዮም። እቲ ዝኾነ ምስ ነገሩኒ ብወልዳይ እተገብረ ተንኮል ምኺኑ ተረዲኡኒ።

ንክሰላ ኣይትኺዱ ፡ ምኽንያቱ ቅያዳ ኣልዓማ ክተጻብበልኩም ኢያ። ናብ ፖርት ሱዳን እንተኾንኩም ኢዩ ዝሓይሽ። ካብኡ ብቕጥታ ንካርቱም ሰጊርኩም ንዘሎ ምዕባለታት ክትከታተሉን ገለ ብልሓት ክትፈጥሩን ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ብዙሕ ሽግራት ኢዩ ዘሎ። ነዚ ደሓን ባዕልና ክንዋጻኣሉ ኢና፡ ንስኻትኩም ምስ ግዳም መራኽብቲ እንተ ኾንኩምና ይሓይሽ ኢለ ኣረዳእክዎም።

ወልዳይ ንክሰላ ክኸዱ ነገሮም። ንሳቶም ግና ንካርቱም ኣበሉ። ከይደንነዩ ኣብ ሱዳን ምስ ዝነበረ ዴሳዊ ውድብ ርክብ ፈጠሩ። ኣብኡ ኮይኖም ከኣ ምዕባለታት ሜዳ ምክትታል ቀጸሉ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ምትሕልላኽ 'ቲ ኩነታት ንብጸትካ 'ውን ክትኣምን ኣጸጋሚ'ዩ ኔሩ። ንጹር ፖለቲካዊ መስመርን ስነ ሓሳብን ውድብና ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝነበሩ ሽግራት ኢዮም ፈጢሮሞም።

ሮሞዳንን ኢሳያስን ኣብ ቻይና እዚን ወዲ ኸምዝን ብድሆታት እናተማህሩ፡ ሰውራ ኤርትራ ክዕወት እንተኾይኑ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ክቕውም ኣለዎ ኢሎም ደምደሙ። ቻይናውያን ከኣ ብኸመይ ውድብ ክቕሙ ከም ዘለዎም ግርም ምህሮ ሂቦሞም።

ነዚኦም ኣዝዩ ኣገዳሲ ትምህርቲ ኢዩ ኔሩ።

ኮኔል፡ እዞም ክልተ ጥራይ ድዮም ተማሂሮም ወይስ ሓሙሽቲኦም ኢዮም?

ድሩፅ፡ ቻይና ንኹሎም ኢዮም ምሂሮም። እቶም ሰለስተ ግና...

ኮኔል፡ እቶም ሰለስተ ግና ይሰምዕዎ ኣይነበሩን ድዩ?

ድሩፅ ፡ እቶም ሰለስተ ቕራሽ ኣይተገደስሉን። ተ.ሓ.ኤ ደሓር ዝገበረቶ ግዳ ክነግረካ።

ሽግር ከም ዝመጽእ ተ.ሓ.ኤ ይፈልጡ ኔሮም 'ዮም። ንቻይና ዝሰደድዎም ሰባት ብስነ ሓሳብ ተመሊኦም ከም ዝመጽዎም ኣይጠፍኦምን። እቶም ሰለስተ ነቲ ትምህርቲ እዝኒ ኣይነበሮምን። ኢሳያስን ሮሞዳንን ግና ሽግር ክፈጥሩ ምኻኖም ገሚቶም ኔሮም።

ባህላዊ ሰውራ ቻይና ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ'ዩ - 1967። እታ ንእሽቶ ቀያሕ መጽሓፍ ማኦ እተዘርግሓትሉ።

እዞም ክልተ ንተመኩሮ ቻይና ምስ ሽግራት ሰውራ ኤርትራ እናነጻጸሩ ይርእይዎ ኔሮም። ሰውራውያን ቻይናውያን ዝተጠቕሙሉም ሜላታት ውሽጣዊ ሽግራትና ንምፍታሕ ብኸመይ ክንጥቀመሉም ንኽእል እናብሉ ምስ መማህራኖም ከይተረፈ ክትዓት ምክያድ ቀጸሉ።

እቶም ሰለስተ "ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤ እተውጽእዎ ዘለኹም ሚስጥር ደው እንተበልኩምዎ ይሓይሽ" እናበሉ ንኢሳያስን ሮሞዳንን ከፈራርሕዎ ጀመሩ።

መኣዲ ቀሪቦም ፍሩታ እናቐረጹ እቶም ሰለስተ ካራኦም እናወጣወጡ "ምስ ተ.ሓ.ኤ ዘይሳነ ሓሳባት ተምጽኡ ኣለኹም። ደሓር..ምስ ተመለስኩም እዚ ኢዩ ክጸንሓኩም ይብልዎም" ኔሮም።

እቶም ቻይናውያን መምህራን'ውን ነዚ ኣስተብሂሎምሉ።

ንኢሳያስን ሮሞዳንን ንበይኖም ክገብርዎም ምኽኣሉ፡ ግና ኣይገበርዎን። ምኽንያቱ እቶም ካልኦት ብተርጉምቲ ዓረብ ኢዮም ዝሕገዙ ኔሮም። ኢሳያስ ጥራይ ኢዩ እንግሊዘኛ ዝዛረብ ኔሩ። እዚ'ውን ቀልጢፉ ዓረብ ንኽመሃር ሓጊዝዎ'ዩ። ክብገስ እንከለ ዝፈልጦ ዓረብኛ ኣይነበሮን። ኣብኡ ኢዩ ተማሂርዎ።

ኮኔል፡ ጸወታ ፒን'ፖን እውን ሽዑ'ዩ ተማሂርዎ ሓቀይ?

ድሩፅ፡ እወ ጸወታ ፒን' ፖን'ውን ክኢለ።

ኣብኡ ዘጋጠሞም ከዕልለካ። ሓላፊ ርክባት ወጻኢ ዑስማን ሳልሕ ሳበ'ዩ ኔሩ። ንሱ'ዩ ምስ ቻይና ርክብ ኣማዕቢሉ። ኢድሪስ ገላውደዎስ ኣብ መንገሦ ክፍልታት ዘለኖ ናይ ሓይሊ ሚዛን ክዘናበል ኢዩ ዝብል ሰግኣት ሒዝዎ። ብተወሳኺ እዚ ዝምድና ብዙሕ ኣጽዋር ከምጽእ ይኽእል'ዩ ኢለ ስለ ዝሓሰበ ነዚ ስልጣን ንሳበ ክገድፈሉ ኣይደለየን።

ካብ መፈለምትኡ ክበሃል ይከኣል እቶም ሰለስተ ምስኡ ርክባት ኔርዎም። ንሱ'ውን ተመሃሮ ከመይ ይኸዱ ኣለዉ፡ ክንደይ ከ ኢዮም ክጸንሑ ኣናበለ ይሓተሎም ኔሩ። ጸኒሑ *ንተመሃሮ ክበጽሕን ምሰ መንግስቲ ዝምድና ክፈጥርን* ብዝብል ሰበብ ናብ ቻይና ከይዱ።

ባህላዊ ሰውራን እታ ቀያሕ መጽሓፍን ካልእን 'ዩ ጸኒሕዎ። ንሰውራና ናብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክነስፍሖ ኢና ዝብል ሞርሐታት ከኣ ሰሚዑ።

ገላውደዎስ ደገፍ ቻይና ክረክብ ክቱር ባህጊ ኔሩዎ። "እዚኦም ንመጻኢ ምህሮኹም ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘስፍሑ ደቀ መዛሙር ኢዮም" ኢልዎም። " ውድብ ኣቑሞም ንስነ ሓሳብ ቀያሕ መጽሓፍ ናብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘስፍሕዎ እዚኦም ኢዮም። ኩሉ ሓላፍነት ደጊም ንኣኣቶም ክህቦም ኢየ" ኢልዎም።

ቻይናውያን እዚ ኣእመኖም። ኣመንዎ።

ኢሳያስን ሮሞዳንን ገረሞም። ሕርብት በሎም። እዚ ሰብ ሓደ ተንኮል ከም ዘለዎ ኣይጠፍኦምን። እቶም ሰለስተ ከኣ ኢሳያስን ሮሞዳንን ንሰውራ ኤርትራ ብሱሩ ክልውጥዎ ከም ዝሓስቡን ፖለቲካዊ ውድብ ምምስራት ብዛዕባ ዘድሊ ስነ ሓሳብ ተገዲሶም የጽንዑ ምህላዎም ነጊሮሞ 'ዮም።

እዚ'ዩ ተንኩል ተ.ሓ.ኤ ። ተንኮሎም ኣንጭዋ ኣይትፍሕሮን'ያ።

ኮኔል፡ ዋኣ...ከምቲ ንስኻ ንወልዳይ ዝሓሰብካሉ ማለት እንድኣሉ (ሰሓቐ)።
ቻይናውያን ካብኦም ዝሞርሑ ኢዮም ኢልካ ትጽቢት ኣሕዲርካ ስለ ዝነበርካ ኢዩ?

ድሩፅ፡ ክኾኑ ከኣ ኔርዎም እምበር። እወ ክኾኑ ይግብኦም ኔሩ።
ጉርሕን ሽርሕን ከም ዝነበረ ክነግረካ ኢለ'የ። ኢሳያስን ሮሞዳንን ብዛዕባ ምቑም ውድብን ካልእን ትምህርቶም ቀጸሉ።

ገላውደዎስ ወሰን ኢለ ምስቶም ሰለስተ ምርኻብ ቀጸለ። ኢሳያስን ሮሞዳንን እዚ ሰብኣይ ውድብ ክምስርቱ ከም ዘይደልዮም ፡ ውድብ ክምስርቱስ ትይረፍ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ ከም ዘየፍቅደሎም ንቻይናውያን ነገርዎም። ተግባራቱ ተዋስኦ'ዩ ኔሩ።

ብርግጽ ሃንዳሲ ኩሉ ሽግራት ተ.ሓ.ኤ ንሱ'ዩ ኔሩ። ግና ጐራሕ ስለ ዝነበረ ንቻይናውያን ከምቲ ንሶም ዝደልይዎ ኮይኑ ቀረቦም። እዚ ንኢሳያስን ሮሞዳንን ዓብዪ ሽግር ኢዩ ኔሩ። ቻይናውያን ድሮ ተታሊሎም'ዮም። ኢሳያስን ሮሞዳንን ኣብ መዋጥር ኣተዉ።

ትምህርቶም ምስ ወድኡ ናብ ካልኣይ ዙር ስልጠና ዝኸዱ ሰባት ክሓስቡን ክማኸሩን ጀመሩ። ነዚ ስልጠና ብጽቡቕ መታን ክጥቀሙሉ ባዕላቶም ብቕዓት ኣባላት ክመርጹ ንቻይናውያን ሓተትዎም። ኣነ ዝርከቦም ዝርዝር ኣስማት ከኣ ሃብዎም። እዚ ደሓር ዝነገሩኒ'ዩ።

ነቲ ኮርስ ምስ ወድኡ ናብ ደማስቆ (ሶርያ) በረሩ። ኣብኡ ኢድሪስ ገላውደዎስ ተቐቢሉዎም። ይዋሳእ ከም ዝነበረ፡ ካብ ቻይናውያን ብዘይካ ኣጽዋርን ገንዘብን ካልእ "ስነሓሳብ"፡ "ውድብ"፡ "ቀይሕ መጽሓፍ" ግዛዕ ምዛዕ ዝበሃል ከም ዘይደሊ ነጊርዎም።

"ብስዑዲ ዓረብ ኣቢልኩም ስለ ትኣትዉ ዝኾነ ዴሳዊ ነገር ምሳኹም ክህሉ የብሉን። መጻሕፍትኹምን ክዳውንትኹምን ብኣየር ኣብ ካርቱም ክጸንሓኩም ኢዩ።" ኢልዎም።

መጻሕፍቶም ንሓዋሩ ኣይተመልሰሎምን።

ከምዚ ምስ በሎም እንታይ ከም ዝበገበሩ ክነግረካ።.. እንታይ ከም ዝመጽእ ኣይጠፍኦምን። ናብ ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ደማስቆ ከይዶም ኢድሪስ እንታይ ከም ዝበሎም ነገርዎ። ኢድሪስ የታሊሎም ምንባሩ ኣረድእዎ። ከስርሑም ዘይምኽኑ ከም ዝፈልጡ፡ ንመጻኢ ክጥንቀቑን ወሲኾም ሓበርዎም።

በዓል ኢሳያስ ካብ ቻይና ቅድሚ ምምላሶም ኣብ ሚዳ ዝነበረ ቅልውላው ተባርዐ።

ብዙሓት ደቂ ከበሳ ተቐንጸሉ።

እቲ ሽግራት ናብ ካልእ ክፍልታት 'ውን ተላብዐ።

ተ.ሓ.ኤ ከም ቀደማ ክትገዓዝ ኣይከኣለትን። ምኽንያቱ ኣብ 1967 ሰራዊት ኢትዮጵያ በብተራ ሰፋሕቲ ወራር ኣበጊሱ ብዙሓት ዓድታት ኣቃጸለ። ብዙሕ ጥሪትን ንብረትን ከኣ ጠፍኡ።

ኮኔል፡ ፈለማ ስደት ንሱዳን እተጀመረሉ ግዜ'ዩ ኔሩ...ሓቀይ?

ድሩፅ፡ ኣዝዮም ብዙሓት.. ብ ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ሃዲሞም ንሱዳን ኣትዮም።

ስትራቴጂ ተ.ሓ.ኤ እንታይ ምንባሩ ነጊረካ ዶ ኔረ? መግቢ'ዩ ኔሩ።

ስለዚ ድማ መግቢ ደልዮም ካብ ቀሺት ናብ ቀሺት ኸለል ኢዮም ዝብሉ ኔሮም። ስድራ ካብ ኣፍ ደቆም እናመንጠሉ ይዕንግልዎም ኔሮም።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ጌጋታት ተ.ሓ.ኤ፡ ኣብ መንጮ ክፍልታት ምትሕግጋዝ ዘይምንባሩ'ዩ። ጸላኢ ኣተኩሮኡ ኣብ ባርካ ጌሩ ዓድታት እናቃጸለ ካልኦት ክፍልታት ተዛንዮም ይዕዘቡ ኔሮም።

እቲ ዝኸፍአ ከኣ ተጋደልቲ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ይጸንሑ'ሞ ጸላኢ ምስ ዝመጽእ ተኩሶም ህዝቢ ከይወጸ ይሃድሙ ኔሮም። ጸላኢ ነዚ ከም መመሳመሲ እናተጠቕመ ንህዝቢ ብጅምላ ምርሻንን ዓድታት ምቅጻልን ተተሓሓዞ።

ስለዚ ቀዳማይ ተቓውሞ ካብ ኣዴታት'ዩ መጺኡ። "ደቅና እናጥመና ንተጋደልቲ ዝዓንገልናዮም ንሕና ዶ ኣይኮንናን? እንታይ ደኣ ቅድሚ ቆልዑን ሽማግለታትን እናወጹ ዝሃድሙ?" ዝብል ሕቶታት ሰዓበ። እዚ ኣገዳሲ'ዩ።

ተቓውሞ ተላዕለ። "ንሕና ግዳያት ወራር እናኾንና ኣብ ካልኦት ክፍልታት ዘለዉ ተጋደልቲ ተዛንዮም ኢዮም ዝዕዘቡ ዘለዉ። ጸላኢ ካብ ሓንቲ ናብ ካልእ ክፍሊ እናሰገረ ከጥፍኣና'ዩ፡ ምኽንያቱ ንሕድሕድኩም ምትሕግጋዝ የብልኩምን። እዚ ጌጋ ኢዩ።" ዝብል ስምዕታታት ወሓዘ።

እቲ ሕቶ ምምካት ጸላኢ ጥራይ ኣይነበረን። ንሰላማዊ ህዝቢ ኣቑዲሙ ከም ዝሃድም ምግባር ዝብል'ውን ኔርዎ። እተን ኣዴታት ሽዑ " እዞም ተጋደልቲ ቅድሚ ቁልዑን ዓበይትን ስለ ዝሃድሙ፡ ድሕሪ ሕጂ መግቢ ኣይንህብን ኢና።" ክብላ ጀመራ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዙሓት ኤርትራውያን ንሱዳን ኣተዉ። *ተጋደልቲ ብላሽ ኢዮም፡ ምንም ኣይሓገዙናን* ዝብል ስምዒት ኔርዎም።

ስለዚ ክፍልታት እቲ ቀንዲ ምንጪ ድኽመት ተ.ሓ.ኤ 'ዩ ኔሩ። ንሱ እንተዘይህሉ እዚ ኩሉ ማሕረድትን ምቅጻል ዓድታትን ኣይምተኻየደን። ኣሽሓት ንስደት ኣይምተቓልዑን። ኩሉ ብዛዕባ'ዚ ዓው`ኢሉ ክዛረብ ጀመረ።

ኣብተን ክፍልታት ዝነበሩ ሃገራውያን "ብዓሌትን ሃይማኖትን ምምቕቓል ይትረፍ! ድኽመት ተሓኤ እዚ ኢዩ። *መሪሕነት* ኣብ ወጻኢ ኮይኑ ብዛዕባ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ክፈልጥ ኣይክእልን'ዩ! ተጋዳላይን ህዝብን ከመይ ዝበለ ሽግር ይሰግር ኣሎ ንሳቶም ዝፈልጥዎ የብሎምን። *መሪሕነት* ኣብ ውሽጢ ሜዳ ክኸውን ኣለዎ !" በሉ።

ሰለስተ ጭርሖታት ክነስፍሕ ጸዓርና። ቀዳምነት ስምረት ተጋደልቲን ምፍራስ እዘን ክፍሊታትን። ጸላኢ ነዘን ክፍልታት በብሓደ ኢዩ ዘጥቅዐን ኔሩ። እዚ ድማ'ዩ ንተጋደልትን ህዝብን ከቢድ ሽግር ፈጢሩ ዝነበረ።

ካልኣይ እቲ መሪሕነት ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኣይነበረን። ገሊኦም ኣብ ምቹእ ሆቴላት ካርቱም፡ ገሊኦም ኣብ ከሰላ'ዮም ዘለዉ።

ሳልሳይ መሰል ሰብ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ይኽበር ኣይነበረን።

ተ.ሓ.ኤ ገንዘብ ክትእክብ ጥራይ ኢያ ናብ ህዝቢ ትኸይድ ኔራ። ክትውድቦም፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ክተዕቢ፡ መሰሎም ክትሕልወሎምን ተንቀሳቒሳ ኣይትፈልጥን'ያ። ብዙሕ ጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ኣካይዳታት ኔሮማ።

እዘን ሰለስተ ጭርሖታት ከም መጦሳሲ ተጠቒምናለን። ካብ ህዝቢን ተጋደልቲን ከኣ ሓፈሻዊ ደገፍ ረኽበ። እቲ ሕማቕ ኣጋጣሚ 'ውን ሓጊዙ'ዩ።

ኣብ ሓምሽይቲ ክፍሊ ብዙሓት ደቂ ከበሳ ተቒንጸለ። ብዕድል ኣብ ከሰላ ዝነበርና ሒደት ኢና ኣምሊጥና።

እዚ ሽዑ ዝተፈጥረ ኩነታት ሕቶታት ኣለዓዓለ።

ብዙሓት ደቂ ከበሳ ክቕነጸለ ዝገበረ እቲ ምክትል ኣዛዚ'ዩ ኔሩ።

ኮሎ ሰብ ንሱ'ዩ ተጋደልቲ ኣቕቲሉ ይብሎ ኔሩ። ስለዚ ድማ እቲ መሪሕነት መርማሪት ኮሚተ ክምዝዝ ተገደደ። ርግጽ'ዩ እዚ ኣይሰርሐን። መርማሪት ኮሚተ ስርሓ ክሳብ እትጅምር እዚ ምክትል ኣዛዚ ንግዚኡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክጸንሕ ወሰኑ።

እዘን ሰለስተ ጭርሖታት ንናይ ምእራም ስጉምቲ ቀንዲ መሳርሒታት ኮና። ኣብዚ ግዜዚ ኢሳያስ፡ ሮሞዳንን እቶም ካልኦትን መጹ።

እዚ ኩነታት ህይወቶም ክዕቅቡ ሓጊዝዎም'ዩ፡ ምኽንያቱ ነገራት ድሮ ካብ ቀጽጽር ወጻኢ ተባሪያም ስለ ዝነበሩ።

ኢሳያስን ሮሞዳንን ኮሚሳራት ፖለቲካ ተሰምዮም ነናብ ክፍሎም ከዱ። ኢሳያስ ናብ 5ይቲ ሮሞዳን ናብ 4ይቲ። መራሒ ራብዐይቲ ክፍሊ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ'ዩ ኔሩ (*ሕጂ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ዘለዎ*)

እቲ ሽግር እናገፍሐ መጺኡ። በዘን ዝነገርኩኻ ሰለስተ ጭርሖታት ኣቢልካ ንህዝቢ ምውዳብ ይከኣል ኔሩ'ዩ። ግና እዞም ጉዳያት ኣብ ዝጸንከረ ኩነታት በጽሑ። ትንፋስ ዝህቡ ኣይነበሩን። ተ.ሓ.ኤ ከም ቀደማ ክትከይድ ኣይትኽእልን'ያ ዝብል መዝማዚ ባእታታት'ውን ኔሩ'ዩ። ሰውራ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ዝብልዎ ዓይነት። ነዞም ጭርሖታት ደገፍ ዝህብ መሲሉ ክጨውዮም ዝደሊ'ውን ኔሩ'ዩ።

ስለዚ ሓቀኛ ምንቅስቓስ፡ በቲ ሓደ ሽነኽ ከኣ ንስምዒት ተጋደልቲ መዝሚዙ ንናይ ምእራም ምንቅስቓስ ክቑጸ ዝህቅን ካልእ ምንቅስቓስ ኔሮም።

እዞም ክልተ መስመራት መወዳእትኡ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝነጥፉ "ዴሞክራስያውያን ሰልፍታት" ወለደ። እታ ቀዳመይቲ ውድብ ዕዮ ተ.ሓ.ኤ እታ ካልኣይቲ ድማ ውድብና።

ኮኔል፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ካልእ ስም ኔርዎ ሓቀይ? ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ዝበሃል ኔሩ።

ድሩዕ፡ ሓቅኻ...ቅድም ከምኡ'ዩ ዝጽዋዕ ኔሩ። ጸኒሑ ኤ.ማ.ሰ (ኤርትራዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ) ተባሂሉ።

ኮኔል፡ መዓስ'ዩ 'ዚ? 80ታት?

ድሩዕ፡ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ።

ኮኔል፡ ክልተ ጉባኤታት'ዩ ኔርኩም። 76ን ከምኡ 'ውን 86

ድሩዕ፡ እወ.. 76ን 86 ን። ክሳብ 76 ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ እናተባህለ'ዩ ዝጽዋዕ ኔሩ። ምናልባት ስሙ ዝቐየርናዮ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ'ዩ ዝኸውን።

ኮኔል፡ ካብ 68 ክሳብ 71 እቲ ውድብ ከመይ ሓሊፉ?

ድሩዕ፡ እቲ ኩነታት ጽንኩር ስለ ዝነበረ ኣዚና ተጸሚድና ኢና ኔርና። በተን ሰለስተ መንገዲታት ምስ ሓፋሽ ክንሰርሕ ብዙሕ ዕድል ኔሩና። እዚ ምንቅስቓስ ንሳልሳይ፡ ራብዓይን ሓምሻይን ክፍልታት ኣወሃሂዱወን። ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ግና ነዚ ሕብረት ንም'ኸላፍ'የን ዝሰርሓ ኔረን።

ስለዚ ኣብ መንጮ'ዘን ሰለስተ ክፍልታት ሕብረት ኔሩ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሜዳ ከኣ መነሪሕነት መረጹ።

ኮኔል፡ መዓስ'ዩ 'ዚ?

ድሩዕ፡ 1968

ብተጋደልቲ ዝተመርጸት 12 ዝኣባላታ መሪሕነት ኔራ። ዴሞክራሲ ብግቡእ ስለ ዝተረድኦም ዘይኮነስ ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍሊ ዝነበረ ሽግራት ክጻወርዎ ስለ ዘይክኣሉ ነዚ ጉጅለ እተጸንበርዎ ካልኦት'ውን ኔሮም።

መስርሕ ስለ ዝኾነ ንዴሞክራስያዊ መሪሕነት ጥራይ ኣይኮነን ድምጺ ክወሃብ ዘለዎ ዝብል ስልቲ ኔሩ'ዩ። ኣብዚ ግዜያዊ መሪሕነት ካብቶም ኣድሓርሓርቲ ባእታታት'ውን ተመሪጸም ኔሮም'ዮም። ሓደ ካብቶም ሽዑ ዝተገብሩ ጌጋታት እዚ'ዩ ኔሩ።

ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ከምኡ ውን ኣብ ቅያዳ ኣልሰውርያን ቅያዳልዓማን ዝነበሩ ኣድሓርሓርቲ ባእታታት ነዚ ስምረት ከም መጽረጊ ጸላእቶም ጌሮም ጠመትዎ። ኣብዚ ስሙር ሓይሊ'ውን (*ሸው ከምኡ ኢ.ልና ኢ.ና ንጸውዖ ኔርና*) ብዙሕ ሽርሕን ጉርሕን ተራእዩ'ዩ። እቶም ካልኦት ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ተሪፎም።

ሰሚሩ መሪሕነቱ ምምራጹ ንተጋደልትን ህዝብን ዓብዩ ፍናን ፈጠረሎም። ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ዝነበሩ ተጋደልቲ ናብዚ ሓድሽ ጥምረት ከጀምቱን ጀመሩ። ብዙሓት እና'ምለጡ ተሓወሱና።

ግና እዚ ስምረት ኣይደልደለን ኔሩ። ናይ ጸላኢ ጉዳይ ኣሎ። ኣዝዩ ሓደገኛ እዋን'ዩ ኔሩ። ወራር'ውን ፈቲኑልና ኔሩ።

እዛ ስምርቲ ሓይሊ ንጸላኢ መኪታ ንህዝብና ኣድሓነቶ። ከም ደጀን ተወሲዳ ከኣ ብህዝቢ ተፈታውነት ረኸበት።

መራሒ ሓደ ካብተን ክፍልታት ነዚ ኣይፈተዎን። እዛ ሰምርቲ ሓይሊ ብተጋደልቲን ህዝቢን ተፈታዊት እና'ኾነት ምምጽኣ ንዑኡን ንኻልኦትን ዓብዩ ብድሆ'ዩ ኔሩ። ዳርጋ ዕርቃኖም 'ዮም ወጺኦም ክበሃል ይከኣል።

ስምርቲ ሓይልና ወራር ጸላኢ መኪታ ሓንቲ ነፋሪት'ውን ኣውደቐት። ኣብቲ ግዜቲ ኤርትራዊ ሓይሊ ከምዚ ምግባሩ ኣደናቒ ነባር'ዩ ኔሩ። ኣብ ተጋደልቲ ካልኣይቲ ክፍሊ ከኣ ዓብዩ ድርኺት ፈጠረ። እዚ ጅግንነት ንተጋደልቲ ካልኣይቲ ክፍሊ መታን ከይምስጦም እሞ ናብኣ ከየቋምቱ ብምፍራህ ኣዛዚ ካልኣይቲ ክፍሊ ኣብ መዓስከር ሓልሓል ንዝነበረ ሓይሊ ኢትዮጵያ ከጥቅዕ ተበገሰ።

ኣብቲ መዓስከር ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ውሑድ ኢዩ ኔሩ። ቑጽሪ ጸላኢ ክንደይ ኔሩ ኣይፈልጥን፡ ግና ሓደ ሲሶ ናይቶም ተጋደልቲ ኣቢሉ ይኸውን ኔሩ'ዩ። ኮታ ጸላኢ ውሑድ ቑጽሪ'ዩ ኔርዎ። መጥቃዕቲ ተጋደልቲ ክመጸም ምኻኑ ግና ፈሊጦም ስለ ዝነበሩ ካብ መዓስከሮም ወጺኦም ናብ ዕርዶም ተግደሙ። ዓብዩ ስዕረት ከኣ ኣውሪዶምሉ። ንሱ ንባዕሉ ኣብቲ ኩናት ተወጊኡ ናብ ከሰላ እናተወስደ ሞይቱ።

"ጅግንነት" ሰሪሑ ነቲ ተጋደልቲ ዝስምር ዝነበረ ስምዒት ንም'ኹላፍ ኢዩ ነዚ ዝፈጸመ። ግና ፈሺልዎ። ተጋደልቲ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍሊ ከኣ ናብ ስሙር ሓይልና ምውሓዝ ቀጸሉ።

ፈለማ ኣዘዝቲ ተ.ሓ.ኤ ንስምርቲ ሓይሊ ከጥቅዕዋ ደለዩ። ስለ ዘይከኣሉ ግና ካልእ ሜላ ሃሰው ክብሉ ነበሮም። ምስ መራሕቲ'ዛ ሰምርቲ ሓይሊ ሽርሒን ሚስጥራዊ ርክብን ጀመሩ። ዲሞክራስያውያን ባእታታት ሰምርቲ ሓይሊ ንተጋደልትን ህዝብን እናወደቡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምሃቦም ዓብዩ ስግኣት ኢዩ ፈጢሩሎም።

ስለዚ ምስ'ቶም ከምኦም ዝመሰሉ ኣድሓርሓርቲ ባእታታት ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ዘይቅዱስ ሽርክነት ክገብሩ ጀመሩ። ክልቲኣትን ንሕብረት ድሉዋት ምኽነን ጻውዒት ገበራ። እዚ ጻውዒት ን ኮንፈረንስ ኣዶብሓ (1969) ዓደመ።

ንመንፈስ ተጋደልቲ ሰምርቲ ሓይሊ ክገርሕዎ ከም ዘይኽእሉ ምስ ተገንዘቡ፡ ሕብረት ዝደልዩ እናመሰሉ ካልኦ ተንኰል ናብ ምፍሓስ ኣተዉ።

ናብ ሜዳ ኮይኑ ንዲሞክራስያዊ ዋዕላ ኣዶብሓ ኽፍርስ እዚ ኩሉ ሽርሕታት ዝህንድስ ዝነበረ ኢድሪስ ገላውደዎስ ኢዩ።

ኮኔል፡ ነገሩ ድብያ'ዩ ዝመስል!

ድሩፅ፡ ኣይፋሉን።
ምስ ገለ መራሕቲ ስሙር ሓይሊ ብተንኮል ትሻሪኽም ናይ ስምረት ሞርሖ ከልዕሉ'ዮም መሪጸም። ስለዚ ድማ'የ ኣብ ውሽጢ ስሙር ሓይሊ ኣዕናዊ ባእታ ኔሩ ዝበልኩኻ።

ንኣዶብሓ ብዙሕ ተንኮል ሒዞም ኢዮም መጺኦም። ብዝሒ ተወከልቲ፡ ኣገባብ ውሳኔታትን ካልእን ጠቀስ ሽርሕታት ተማልኡ። ምስቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ዝኣለምዎ ተንኰል ኢዩ ኔሩ።

በዚ ምኽንያት ኣብ ኣዶብሓ እቶም ኣድሓርሓርቲ ዓብለሉ።

ብቕጽበት ስጕምቲ ምውሳድ ጀመሩ። ብዙሓት ተቐንጸሉ።

ስለዚ ድማ እዚ ዴሞክራስያዊ ሓይሊ ከይደልደለ ክሃድም ተገደደ።

ብዙሓት ናብ ሱዳን ሃዲሞም።

ኢሳያስ ምስ ገለ ብጾት ናብ ዓላ ሃደመ። ኣማራጺታት ንምፍጣር ዘድሊ ምውህሃድ ኣይነበረን።

እቲ ኩነታት ካብ ዘመነ ክፍልታት ዝገደደ'ዩ ኔሩ። ምስ መጋድልትኻ ተኣማሚንካ፡ ልብኻ ኣውዲቕካ ዘይትኽደሉ ጽንኩር ግዜ'ዩ ኔሩ።

በዚ ምኽንያት ካብ ተ.ሓ.ኤ ሰለስተ ጕጅለታት ወጻ።

ምቛም ውድብ ዝብል ሓሳብ ገና ኣይተረፈን። 68/69 ግና ትንፋስ ዝህብ ኣይነበረን።

ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት፡ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት፡ ጕጅለ ዓላን ጕጅለ ደንካልያን ተፈልያ። ኢሳያስን ሮሞዳንን ኣብኣን'ዮም ኔሮም።

ኮኔል፡ ሮሞዳን ሽው ኣብ ዳንካልያ ድዩ ኔሩ? ብየመን ድዩ ናብኡ ተሳጊሩ?

ድሩዕ፡ እወ።
ስለዚ እዞም ክልተ ጉጅለታት ብዛዕባ ውድብ ስቱር ዝርርባት ጀመሩ። ብ 4 ሚያዝያ 1971 ከኣ መስሪቶማ።

ሕጂ'ውን ኣብ መንጮ'ዞም ክልተ ጉጅለታት ገለ ሽግራት ኔሮም'ዮም። ምትእምማን ኣይነበረን። ስንብራት ሕሉፍ ተመኩሮ ዝፈጠሮ ኣሉታዊ ዝንባሌ'ዩ ኢለየ ዝግምት።

እቲ ዘሕበሮም ወሳኒ ረጃሒ ብተሓኤ ዝተፈነወሎም ኩናት'ዩ። ካልኣዊ ሕቶታት ሽለል ክብሉ ተቐሰቡ።

ናይ ህላዌ ሕቶ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ክልቲኣተን ጉጅለታት ዝነበሩ ዴሞክራስያውያን ባእታታት ነዛ ውድብ ከም ሕመረት ተጠቒሞም ብደረጃ ግንባር ዝተጠርነፈ ዝሰፍሐ ሕብረት ክሰርሑ ዕድል ረኸቡ።

ኮኔል፡ ቃልስናን ዕላማናን ካብዚ ሕመረት ዝወጸት ዲያ?

ድሩዕ፡ ካብ ጉጅለ ኢሳያስ ኢያ ወጺኣ።

ኮኔል፡ ስለዚ እቲ ውድብ ዘይኮነ እቲ ግንባር'ዩ ፈለማ ንድሌት ህዝቢ ከንጸባርቕ ጀሚሩ

*ቃልስናን ዕላማታቱን ኣብ 1971 በጉጅለ ኢሳያስ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝወጸት ማኒፈስቶ ኢያ። ብ 1973 ኣብ ወግዓዊ ልሳን መጽሔት ሓርበኛ ከኣ ወጺኣ።

ድሩዕ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ጉጅለ'ውን እንተኾነ ገለ ሰባት ንስነ ሓሳብና ክቕበልዎ ጌና ቅሩባት ኣይነበሩን። ብውሕዱ ግና ነዚ ተቐበልዎ።

ስለዚ ዳግማይ ኣብ ግንባር ዓላ እዛ ንእሽቶ ሕመረት ተመስረተት።

ኮኔል፡ ሰዓት ሓሙሽተ ዳርጋ ኣኺሉ'ዩ። ብዙሕ ግዜ ስለ ዘይብልና እዛ ውድብ ንህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ምጥርናፍ ዝነበራ ተራ ጥቕልል ኣቢልካዶ ምነገርካኒ? ኣነ ከም እተረዳእኩዎ እቲ ዝዓበየ ተራ ናይዛ ውድብ ኣብ መንጮ ኣባላታ ሓደ ዴሞክራስያዊ መድረኽ ምፍጣር፡ ክፉት ምይይጣት ምክያድ ከምኡ 'ውን ንህዝቢ ብምንቃሕ ንፖለቲካን ባህሊን ህ.ግ.ሓ.ኤ ከም ዝልውጥዎ ምግባር ኢዩ ኔሩ።
ፖለቲካዊ ውድብ (ህ.ግ.ሓ.ኤ) ዝውለድ ሃገራዊ ባህሊ ንምኹስኳስ ዝሕልን ፍልይ ዝበለ ፕሮጀክት ኢዩ። ፍልማዊ ዓወት እዚ ውድብ እንታይ'ዩ ኔሩ? ጥምረት ግንባር ከመይ ይኸደልኩም ኔሩ?

ድሩፅ፡ ሃገራዊ ሓድነት ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ነገራት'ዩ ኔሩ። ምኽንያቱ እቲ ኣዝዩ በዳሂ ገጽታ ተሓኤ ንሱዩ ኔሩ።

እወ። ሃገራዊ ሓድነት። ካብ ኩለን ብሄራትና መንእሰያት ምምልማል፡ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ብተወፋይነት ምስራሕ። ኣብዚ ጸላም እዋን መብራህቲ ዝኸውን ስነ ሓሳብ ክህሉ ከኣ ግዜ ዘይህብ ካልእ ሕቶ'ዩ።

ፖለቲካውን ውድባውን ስራሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ ኔሩ።



ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ሓ.ኤ. 1977-1987

ኮፍ ኢሎም ዘሰጪ ካብ ጸጋም ገየማን፡
ብርሃነ ገሬዝጊሄር፡ ሰዒድ ኢብራሂም ዓፋ፡ ሮመዳን መሓመድ ኑር፡
ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ግሕሎድ ሽሪሮ፡
ጠጠው ኢሎም ዘለዉ ካብ ጸጋም ገየማን፡
ዑችበ ኣብርሃ፡ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፡ ዕብሓት ኣፍሪም፡ ሃይለ ወልደትንሳኤ፡ ኣጥሮስ
ሰለሙን፡ መሓመድ ሰዒድ ባርክ፡ መስፍን ሓኺ፡ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡

እቲ መስርሕ ሓደ ሓደ ግዜያት ክትግልጸ የሸግር ኢዩ። ግና ኸኣ ተኣምራት ኢዩ ሰሪሑ። ሰባት ብተወፋይነት ክሰርሑ ጌሩ'ዩ። ነፍሲ ወከፍ ከም ኣባላት ውድብ መጠን ብውልቆም ክሓስቡ፡ ኣብ ጽንኩር ኩነታትውን ፍናኖም ከየጕድሉ፡ ከም ምሉእ ውድብ ኮይኖም ክዓዩን ኣኽኢልዎም'ዩ።

እዚ ኣብ ወተሃደራዊ ሜዳን ጽንኩራት መድረኻትን ተመስኪሩ'ዩ።

ነፍሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ንብጻዩ ከይተወከሰ ንብድሆታት ክቃለስ'ዩ ዝፍትን ኔሩ። ንድሕሪት ምጥማት ዝበሃል ኣይነበረን።

ህዝብና ንምልዋጥ መሰረታዊ ጕዳያት ምልዓል ጀሚርና። ብፍላይ ሕቶ ደቀንስትዮ መጺኡ። ውድብና ንኣደ ከእምን ተላሚሉ። ንኣደ ስለ ዘእመነ ከኣ ምሉእ ሕብረተሰብ ከእምን ክኢሉ'ዩ።

ኮኔል፡ ኣብ ኒካራግዋ (1990) ከምኡ'ውን ኣብ ፍልስጤም ዘጋጠመ ፍሽለት ጠንቂ ብኽፈል ንደቀንስትዮ ስለ ዘየሳተፈ'ዩ። ፍልስጤማውያን ፋሕ ንዝበለ ህዝቦም ኣብ ሓደ ጠሚሮም ከቃልሱ ጸገም ኔርዎም፡ ንደቀንስትዮ ውን ኣብ ቃልሶም ኣይጸንበሩን።

ድሩፅ፡ ንሱ ጥራይ ኣይኰነን።

ቃልሶም ኣብ ዘካይድሉ ግዝኣታት ንእሽቶ'ውን ይኹን ደጀን ኣይነበሮምን። ደጀኖም ወጻኢ ስለ ዝነበረ እቲ ኢድ ምትእትታው 'ውን ብኡኡ መጠን ብዙሕ ኢዩ ኔሩ።

ኩለን ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ፍልስጤም ዝምስረት መንግስቲ ክዝውራ ይደልያ ኔረን። እቲ ካልእ እሞ ግደፍ ውድብ በዓስ'ውን ንባዕሉ ናይ ሶርያ፡ ናይ ዒራቕ እናተባህለ ተፈላልዩ'ዩ ኔሩ።

ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝውሕዘሎም ዝነበረ ሓገዛት 'ውን ከም ዝለምሱ ጌርዎም'ዩ።

ኮኔል፡ ንህዝቦም ከም ደጀን ስለ ዘይረኣይዎ ንዕኡ እሙናት ምኻን ግዴታ ኰይኑ ኣይተሰምየምን። ብዛዕባ ተራ ውድብ ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ'ኽ እንታይ ኢና ክንብል? ክሳብ ሕጂ ሓንቲ ሰልፊ'ውን የብላን? ሰልፊ የድልያ'ዩ ዶ ትብል?

ድሩፅ፡ ከም ዝበልካዮ ሰልፊ የብልናን።

ህዝብና ናእሽቱ ነገራት ከተፋንንዎ ኣብ ዝኽእልሉ፡ ግና ዘይቀርዓወ ፖለቲካዊ ደረጃ ምስ ምህላዉ፡ ብሓፈሻ ኣብ ናይ መሰጋገሪ እዋን ምህላውና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ኣይክሕድን።

ብድሆ ዳግመ ህንጸትን ሃገራዊ ጥምረትን ገና ኣሎ። ናብ ድልዱል ሰረት ኣይተሰጋገረን። ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን ሓፋሽ ዝሰረቱ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይድለ'ዩ።

እዚ መሰጋገሪ እዋን ጥውይን ሃናጽን ክኸውን እንተኾይኑ ግና ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ርእይቶታት ብናጻ ክእንገዱ ይግብኦም ዝብል ናይ ግሊ ርእይቶ ኣሎኒ። ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ኣብ ፖሊሲ፡ ግምገማን ካልእን ሓድሕድ ናይ ምክብባር ፖለቲካዊ ባህሊ እንተዘማዕብሉ ጽቡቕ'ዩ ኢየ ዝብል።

ከምዚ እንተዝግበር ሃናጺ ምስግጋር ኽህሉን ኣብ መጻኢ ዝጸፈፈ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ንምህናጽ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠርን ምተኻእለ።

ኮኔል፡ ህግደፍ እሞ ከምዚ ድዩ ዝገብር ዘሎ?

ድሩፅ፡ ወትሩ ሓደ ስክፍታ ኣሎ።

ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቓስ የድሊ'ዩ። እንተዘይኮይኑ ግና ንዳግመ ህንጸትን ሰረት ዴሞክራስያዊ ጉዕዞን ዝኾልፍ ዘየድሊ ምትፍናንን ክፍጠር ይኽእል'ዩ።

እዚ ክንጥንቀቕሉ ዘሎና'ዩ።

ጉዕዞ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ውሑስ ዝገብር ልሙጽ መሰጋገሪ እዋን ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። እዚ ጅሆ እንተተታሒዙ ግና ናብ ዘየድሊ ግብረ መልስን ኣዕናዊ ኣማራጺታትን ከምርሕ ይኽእል'ዩ።

ብዛዕባ ኒካራግዋ ብዙሕ ዝፈልጦ የብለይን። እቲ ኩነታት ካብዚ ፍልይ ዝበለ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ተመኩሮ ኣልጀርያ'ውን ንባዕሉ ብጽቡቕ ክጽናዕ ዝግብኦ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ መሪሕነት ጋግ ዝተፈጥረ'ዩ ዝመስለኒ። ብዙሕ ተመኩሮ ሓሊፉ ክንሱ ንሓደስቲ ጉዳያት በቶም ዝበለዩ ሜላታት ክኣልዮም ይፍትን ኔሩ።

እቲ ብሉይ ወለዶ ዘፈጸሞ ሓደ ጌጋ ኔሩ። ነዚ መንእሰይ ወለዶ ከምኦም ጌሮም ኢዮም ወሲዶሞ። እዚ መንእሰይ ተወሳኺ ኣጀንዳታት ኔርዎ'ዩ። ስለዚ ከኣ ቅልውላው ምስ መጸ፡ ኣብ መንጎ'ዚ ብሉይን ሓድሽን ወለዶ ዓብዩ ጋግ ከም ዘሎ ተጋሂዱ።

ንተመኩሮ ኣልጀርያ ኣጸቢቑ ከጽንየ እደሊ'የ። ምኽንያቱ በዙሕ ተመኩሮ ክትቀስመሉ ትኽእል ኢኻ።

ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቓስ ከም ዘድሊ እኣምን'የ። እቲ ሰሌዳ ግዜ ኣዘራራቢ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ግና እዚ ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቓስ መፍለሲ እዞም ዘርእታትን ኮታ መዳለዊ መድረኽ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ።

እዚ ሃናጺ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ዴሞክራስያዊ ለውጢን ዝንጸፈለ እዋን'ዩ።

ኮኔል፡ እዚ ዝፍጸም ዘሎ'ዶ ይመስለካ? ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ርእይቶታት ዝምዕብሉ ዘለዉ'ዶ ይመስለካ?

ድሩፅ፡ ክሕሱ እንተዘይኮይነ ጌና ጌና'ዩ ዘሎ።

ወያነ ከይምዝምዝዎ ዝብል ምስምስ ኣመጺእካ ሕመቕካ ምሽፋንን ንዓና ምዕፋንን ግና ቅቡል ኣይኮነን።

ኮኔል፡ ኣብ ታሪኽ ዝተራእየ ኩሉ ሰውራዊ ምንቅስቓስ ከምዚ ዝበለ ብድሆታት ሰጊሩ'ዩ። ንኣብነት ብድሆታት ኒካራግዋ ንርእ። ኣብ ኩናት "ኮንትራ" መንግስቲ ኩሎም ሓፋሽ ውድባት ናብ ኩናት ከም ዝኣትዉ'ዩ ጌሩ። ብከምዚ ከኣ ብዙሕ ፖለቲካዊ ትሕተ ቕርጺ ኣዕንዩ። እታ ውድብ ምስ ደጀና ዝነበራ ርክብ በዚ ዘጥፍኦት ይመስለኒ።

ንኣብነት ደቀንስትዮ ናይ ምጉናይ ተርእዮ ኔሩ። ነዚ ዝኸውን ማዕጸ ምስ ከፈቱ 'ውን ናይ ጀንደር ክፍፍል ጌሮም። ኣብ 1991 ካብ ስልጣን ምስ ተገለፉ ዝሰዓብኦም ዳርጋ ኣይነበራን።

ኣብ 1996 ነቲ ምርጫ ክዕዘብ ኣብ ኒካራግዋ ኢየ ኔረ። ደቀንስትዮ ንምንቃሕ ዝተዋፈራ ውድባት ደቀንስትዮ እልቢ የብለንን። ግና እዚኦን ነታ ውድብ ኣይኮናን ዝሰርሓ። እታ ውድብ ንሕቶ ደቀንስትዮ ኣብ ምፍታሕ ቅንዕና እንተዝነብራ ነዘን ውድባት ምኽሰበትን ኔራ። ንሳ ግና ንሚድያ ዝዓለመ ህዝባዊ ርክባት (ኣብ ኮስታ ሪካ) ክትተክል ኢያ መሪጻ።

ድሩፅ፡ እዚ ንኽብል ኢየ ንተመኩሮ ኣልጀርያ ከም ኣብነት ከምጽኦ ጸኒሐ። ምኽንያቱ እቲ መሪሕነት ምስ ደጀኑ ዝነበሮ ምትእስሳር በቲኽዎ ኢዩ።

ኣብ ናትና ጉዳይ እንተመጺእካ እዚ ኩናት ዶብ በዚ መንጽር ጉልቡብ ምረጋ'ዩ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ምንቅስቓስ ብስንባደ ንገዛእ ርእሱ ኣብ መስትያት ክርኢ ጌርዎ'ዩ። ብዙሓት መንእሰያት ከኣ ምስ ኣያታቶም ናብቲ ዋሕዚ ክጽንበሩ ደሪኹዎም'ዩ።

ኣዎንታዊን ኣሉታዊን ሽነኻት ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ ምስ ሰንበድና "ካብዚ ሓድሽ ወለዶ እንታይ ኢና ክንጽበ? ብግቡእ ዝተመልመሉ ድዮም? ኣካል ኣያታቶም ምኻኖም ይስምየምዶ? እንታይ ትጽቢት ኣለዎም? ድሌታቶም ብግቡእ ንፈልጦ ዲና? ትጽቢቶም ክነርዊ ኸ ንኽእል ዲና? " ዝብል ሕቶታት ኢዩ ናብ ኣእምሮኻ ዝቕልቀል።

ኮኔል፡ ዋእ...መስራቲ ውድብ እንዲኻ...እዚ ክጠፍኣካ ኣይክእልን'ዩ። በዚ ተመኩሮ እንተሰጊሮም ዝሓየለ ሃገራውነት ክህልዎም ኢዩ ዝብል ትጽቢት ዘለኩም ኢዩ ዝመስለኒ። ሕጂ ዘሎ ሃገራውነት ግና ብትሕዝቶኡ ካብቲ ናይ ቀደም ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ኣብ ሰራዊትን ድፋዓትን ዝንቀሳቐስ ውድብ የለን።

ኣብ ሰራዊት ብዙሕ ጸገማት ኢዩ ዘሎ። ንኣብነት ተበዲልና ዝብላ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣለዋ። ናይ ቀደም ዲሲፕሊን ሎሚ ኣብ ቦትኡ የሎን። እዚ ብድሆን ሃገር ንምሕያል ዝተገብረ ስርሓትን ኣብ ግምት ብምእታው ንውድብ ድሉው ኩነታት ዘሎ ኣይመስለካን?

ድሩፅ፡ ኣነ ኩልሳዕ ዝብላ-...

ኮኔል፡ ሚስጥራዊ ውድብ ክኸውን የብሉን።

ድሩፅ ፡ ኣይፋሉን። ኣብ ነዊሉ ሕሉፍ ተመኩሮታትና ሕመረት ጉጅለ መዘውር ክትከውን የብላን ኢለ ብዙሕ እዋን ተዛሪበ'የ።

ኮኔል፡ ብዛዕብኡ'የ ዝዛረብ ዘለኹ

ድሩፅ፡ ውድብ ተዘሪጋ ነገራት ብላሽ ክኸዱ'ውን ጽቡቕ ኣይኮነን። ውድብ በሎ ካልእ ወትሩ ኣብነታዊ ዝኸውንን ንያቱ ዘየዕርብን ሕመረት ጉጅለ ክህሉ ኣገዳሲ ኢዩ።

ኮኔል፡ ትማሊ ኣነን ሽንገብን ብዛዕባ'ዚ ኢና ንዘራረብ ኔርና። ንሱ'ውን ተመሳሳሊ ርእይቶ ኢዩ ዘለዎ።

ኣብ ውሽጢ ሃማመተኤ ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝከታተሉ 20 ሽሕ ኣባላት ኣለው። ካብ ነዊሉ ቦታትት ንዝመጹ 120 ሽሕ ሰባት ኣብ ሓደ ግዜ ከተማእዝኖም ዝከኣል ኣይኮነን ኢዩ ዝብል። ኩልሳዕ ሓደ ሕመረት ጉጅለ የድልየካ ኢዩ።

ኣዝዩ ዲናሚካዊ መንእሰይ ወለዶ ይፍጠር ምህላዉ ንኤርትራ ከም ሓደ ዓብዪ ዕድል'የ ዝሪኦ። ምናልባት ነገራት ንሳቶም ይቐይርዎ ይኾኑ?

ድሩፅ፡ ቀሊል ኣይኮነን።
ነገራት ከም ቀደሙ ከም ዘይኮነ ይርዳኣኒ'ዩ። ነቲ ዘሎ ሓቅታት ክውሕጦ'የ ዝጋደል ዘለኹ።

ኮኔል፡ ንእሽቶ ሕቶ'ያ ተሪፋትና ድሕሪኡ ክነዕርፍ ኢና። ኣብታ ውድብ ዝነበረካ ተራ ብሓቂ ከመይ ይመስል ኔሩ?
ኣብ 70ታትን 80ታትን ካድር ኳንካ ፖለቲካዊ ስራሕ ከም ዝሰራሕካ ነጊርካኒ ኔርካ። ዋላኳ ብዓውታ ከምኡ ኣይበሃል ግና እታ ውድብ በዚ እያ ተሃኒጻ 'መስለኒ።

ድሩፅ፡ ግደ ሓቂ ኣብ 1971 ኣብታ ውድብ ሓደ ቅልውላው ተኸሲቱ ኔሩ።

ቀሊል ብድሆ ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቲ ምምስራት ንባዕሉ ካብ ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልትት ብዝተዋጽኡ ውልቀሰባት ኢዩ ኔሩ። ሽግራት ኔሩ-ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ወገን (ጕጅለ ዳንካልያ)። ዲሞክራስያውያን ባእታታት ክልቲኡ ጕጅለታት ዝፈጠርዎ ጥቡቕ ርክባት ዘቕንኦም ኔሮም። ስለዚ ከም ውድድር ዝመስል ነገር ኔሩ። ስምረት ንምዃላፍን ንከም ሮሞዳን ዝበሉ ዲሞክራስያውያን ባእታታት ምንጽላም ዝዓለመ ምንቅስቓስ ’ውን ኔሩ’ዩ።

እዚታት ኣብ ኣተሓሳስባ ተራ ተጋደልቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ጽልዋ የሕድር ኔሩ። ንገሊኦም ኣዝዮም ክጸልእዎም ’ውን ጌሩ። ኣብታ ውድብ ’ውን ጽልዋ ኔርዎ። ምኽንያቱ ውዳቤኣ ስጡም ኣይነበረን። ኣብ ገሊኡ ግዜያት ናብ ምልማስ ደረጃ ትግግም ኔራ።

ኮኔል፡ ናብ መንካዕ ኣይበጻሕናን ኣለና..ሓቀይ ድየ?

ድሩፅ፡ ጌና ጌና። ኣብዚ ኣነ ዝዛረበሉ ዘለኹ ግዜ (72 ክሳብ መወዳእታ 74) እታ ውድብ ስማዊት ኢያ ኔራ። ምውትቲ ኢያ ኔራ ክበሃል ይከኣል።

ኮኔል፡ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ (1973) ኣካል’ዚ ድዩ ኔሩ?

ድሩፅ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያታት ናይዚ ቅልውላው እታ ውድብ ምውትቲ ምንባሩ’ዩ።
ኣብ 1971 ክትምስረት እንከላ ስጡም መርበባት ኣይነበራን። ኣባላታ ኣብ ክልተ ዝተፈላለያ ጕጅለታት ኢዮም ኔሮም። ኣብ መንጮናን ተ.ሓ.ኤን ዝነበረ ፍልልይ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑስ ምስኦም ኣብ ኩናት ኢና ተጸሚድና ኔርና።

ኣብ 1972 ተ.ሓ.ኤ ክትድምስሰና ምኻና ብዕሊ ኣወጀት። እዚ ንሓድሕድና ክንፋቐርን ናይ ምትእምማን ሃዋህው ከም ዝምዕብልን ጌሩ’ዩ። እዚ ስግኣት ሓድነትና ንኸነደልድል ምቹእ ባይታ ፈጢሩልና።

ኣብ ውሽጢ’ታ ውድብ ዝነበረ ሽግር ግና ክዕረየሉ ናብ ዘይኽእል ጠርዚ በጺሑ። ካልእ መልክዕ ከኣ ወሲዱ። ውድብ ክትዓኩኹ ብደረጃ ግንባር ተኣማንነት ክንፈጥር የድለየና ኔሩ። ምስ ተጠናኸረት ከኣ ኢሳያስ ዋና ጸሓፊ ሮሞዳን ከኣ ምክትሉ ኮይኖም።

ኣብ 1975 ግና ብረታዊ ቃልሲ ናብ ሓደ ምዕባለ ተሰጋጊሩ። ካብ መሪሕነት ግንባር ፍልይ ዝበለ መራሒ ስልፊ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ውሳነ ቀሪቡ። ስለዚ ከኣ ኣነን ኣልኣሚንን ሰክረታሪን ምክትል ሰክረታሪን ኢታ ውድብ ኼንና ተመሪጽና።

ኮኔል፡ እዚ ኣብ 1975’ዩ። ኣብ ዓመቱ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ጕባኤ እንታይ እንታይ ተፈጺሞም?

ድሩፅ፡ ማእከላይ ኮሚተ ውድብን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ወዲብና። ሕጂ'ውን ክልቴና ኣባላት ክፍሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኴንና ። ቤት ትምህርቲ ካድርን ካልእን ኣብ ትሕቲ መሪሕነትና ኮይኑ።

ኮኔል፡ ንስኻን ኣልኣሚንን?

ድሩፅ፡ እወ። ደሓር ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር (1977) ኣልኣሚን ናብ ወጻኢ ርክባት ተመዲቡ። ስለዚ ኣነ'የ ነታ ውድብ ዝመርሓ ኔረ።

ኢሳያስ ዝኣቦ መንበሩ ማእከላይ ኮሚተ ኔሩና። ነቲ ውድብ መዓልታዊ ዝመርሑ ግና ኣነ'የ ኔረ። ንስራሕ ግንባርን ውድብን'ውን ክንፈላለዮ ፈቲንና ኔርና።

ኮኔል፡ ኢሳያስ ኣቦ መንበር ማእከላይ ኮሚተ እታ ውድብ'ዩ ኔሩ፡ ሓቀይ?

ድሩፅ፡ እወ። ግና ነታ ውድብ እናተከታተልኩ ክመርሓ ናተይ ሓላፍነት ኢዩ ኔሩ።

ኮኔል፡ እዚ ኣብ 86 ተቐይሩዶ?

እወ። ዝያዳ ሰባት ወሲኽናላ። ኣብ 86 ሽግራት ክቀላቐሉ ጀሚሮም ኔሮም።

ምስ ስፍሓት እቲ ስራሕ፡ ብፍላይ ኣብ ምምልማል መንእሰያት ብዙሓት ጸገማት ተቐልቂሎም። ዋህዮታትን ካልእን ካብ ማእከልነት ኣዝየን ኣናረሓቓ መጺአን። ዘይቅዱስ ኣገባብ ምልመላ ተጀመረ። ኣብ ክንዲ ብቕዓት ዝምድናን ካልእን መጹ።

መብዛሕትኦም ኣባላት ውድብ ብቕዓት ዘይምኽኖም ንዓና'ውን ይስማዓና ኔሩ። ኣብ መባእታ ውዳበታት ውድብ ብዙሕ ሽግራት ኢዩ ተኸሲቱ።

መባእታዊ ዋህዮታት ተዳኺሙ። ግንባር ክመርሕስ ይትረፍ ንንጥፈት እቲ ግንባር ዕንቅፋት እናኾነ መጺኡ። ኣብቲ ውድብ ዘይኣተዉ ብቕዓት ኣባላት'ቲ ግንባር ኔሮም። ብኣንጻሩ ከኣ ምንም ብቕዓት ዘይብሎም ኣባላት ውድብ ኔሮም። ስለዚ ንውድብ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ግንባር'ውን ዓብዪ ሽግር እናኾነ መጺኡ።

ደረጃ ንቕሓቶምን ተወፋይነቶምን ካብቶም መራሕቲ ግንባር ኣዝዩ ዝተሓተ'ዩ ኔሩ። ማእከላይ ኮሚተ ነዚ ተገንዚባ ኣብ ምሕጻይ ኣባላት ኢዳ ክተእቱን ንኣገባብ ምሕጻይ ክትከታተልን ምኽና ኣፍለጠት።

ኮኔል፡ እዚ ኣብ ከባቢ 85/6ን ኢዩ ኔሩ ሓቀይ?

ድሩፅ፡ እወ።

ኮኔል፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ 86 እንታይ ተጌሩ?

ድሩፅ፡ ውድብ ተጀሊሓ ሽግራት ክቕልቀል ጀሚሩ። ማእከላይ ኮሚተ እዘን መባእታዊ ውድባት እንታይ ጌረን ዝብል ሕቶ ኣልዓለት።

ኣብ ግንባር ውፉያት ኣባላት ኣናሃለዉ መሐከሊ እዞም ድኹማት ክትከውን ኣይተደልየን።

ኮኔል፡ መባእታዊ ክትብል እንከሎኻ እንታይ ማለትካ ኢዩ?

ድሩፅ፡ ታሕተዎት ደረጃ ዋህዮታት ማለተይ ኢየ።

ኮኔል፡ ግርም።

ድሩፅ፡ እዚ ሓደ ክፋላ ጥራይ ኢዩ ።
እቲ ካልእ ክፋል ርዝነት ኔርዎ። ርእሱ ዝኸኣለ ኩናት ስነ ሓሳብ'ዩ ኔሩ ክበሃል ይከኣል። መብዛሕትኦም ግና ግብራውያን ኣይነበሩን።

ብዙሕ ክትዓት ይካየዱ ኔሮም። ሕቶ ሕብረት ሶቭየት ፡ ደምበ ማሕበርነትን ካልእን። እዚ ብተተደጋጋሚ ይለዓል ኔሩ። ተግባራዊነት ዘለዎን ዘይብሉን ውጥናት'ውን ተላዕሉ። ከም ዝበልክዎ እዚ ብዙሕ ስነ ሓሳባዊ ሚዛን ኔርዎ። ብዛዕባ ዴሳዊ ማሕበረሰብ፡ ምሽምራር መንግስትን ካልእን ኢና ንካታዕ ኔርና።

ኮኔል፡ እወ። ትዝ ኢሉኒ!

ድሩፅ፡ ኣዚና ግብራውያን ክንከውን ኣንቂድና። ተመኩሮና ንባዕሉ ብዙሕ ኢዩ ሓጊዙና። ኣብ ክንዲ ሓሳባውያን 'ንኸውን ተግባራዊነት ዘለዎ ፕሮግራም ክንሕንጽጽ፡ ምስ ክዉንነት ክንጐዓዝ (pragmatic ክንከውን) ኔሩና። ገለ ብየዋህነት ቃል ብቓሉ እተረዳእናዮ ሓሳባት እናኣረምና ግብራውያን ክንከውን ጀመርና። ንሓሳባዊ ፍልስፍናዊ ጉዳያት ክንብል ሃገራዊ ረብሓና ናብ ዋጋ ዕዳጋ ክነእቱ ኣይደለናን። ግብራውነት ፍልስፍናና ኣዝዩ ዘገደሰና እዋን'ዩ ኔሩ።

ስለዚ ኣብዘን መባእታዊያን ውድባት ስልፊ ክንጥምትን ዝሓሸ ኣየኖት ኢዮም እናበልና ክንምርምሮም ጀመርና።

ሕቡኡነት ውድብና ዘምጽኦ ናይ ባዕሉ ሽግራት ኔሩ። ኣባላት ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ ክፍድሑ ምግባር ምተኻእለ። እዚ ግና መስሓቕ ተዋስኦ'ዩ ክኸውን። ምኽንያቱ ውድብ ምህላዉ 'ውን ዝፈልጥ የለን።

እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ክመጻና ጀመረ። ፈለማ እዚ ስልፊ ሕቡእ ክኸውን ዝተደልየሉ ምኽንያት፡ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤን ከባቢናን ሓደገኛ ስለ ዝነበረ'ዩ። ሽዑ ስቱር ክኸውን መድረኽ ዝጠልቦ'ዩ ኔሩ። ሽቶኡ ከኣ ወቒዑ'ዩ። ደሓር ግና ናይ ብሉጻት ምትእኽኻብ ምኻኑ እናተረፈ ምስ መጸ ጋዕዚዩ።

ምውሳን ዘሸግሩ ኩነታት ኔሮም። ህላዌ'ዛ ውድብ ኣግሂድና ነፍሲ ወከፍ ኣባል ዋህዮን ውድብን ኣብ ቅድሚ ሓፋሽን ተጋደልትን ከም ዝምዘንዶ ንግበር? ዶስ በዚ ዘሎ ምልመላ ንኺድ? ወይስ ተግባራዊ ሽቶታት ግንባርን ውድብን ብምውጻእ ዓጊብና ንቐጽል?

እዞም ነገራት ኣብ ጸጽባሕ እናነልሑ ምምጽኦም ኩልና ተረዳእና። ካብዚ ወጻኢ ምንም ክገበር ኣብ ዘይከኣለሉ ኩነታት ኢዩ ተበጺሑ። ስለዚ እዛ ውድብ ስለ ምንታይ ውድብ ሓፋሽ ዘይትኸውን? ኣብ መንጎ ፕሮግራማት ውድብን ግንባርን ዘሎ ጋግ ከም ዝጸብብ ዘይግበር ዝብል መልሲ ዝጠልብ ሕቶታት ተቐላቒለ።

ስለዚ ኢና ድማ ኣብ 1989 ዝተራኸብና። ኣብ 87 ግና ድሮ ጀሚሩ ኔሩ።

ኮኔል፡ ስለዚ ኣብ ጉባኤ 1986 ናብዚ ውሳኔ ኣይበጻሕኩምን ኔርኩም ማለት'ዩ?

ድሩዕ፡ ኣይፋልናን። ዝወሰንናዮ ነገር ኣይነበረን። ሓደ ነገር ክንገብር ከም ዘሎና ግና ግልጺ'ዩ ኔሩ። መስርሕ ኢዩ። ኣብ 87 ግና በዚ ዝጸንሐ ኣገባብ ክንከይድ ከም ዘይብልና ኩልና ተሰማማዕና። ብርግጽ ከኣ ፈተነታት ጌርና።

ኣብ 1985 ድዩ 86ን እርስዕ ኣሎኹ (*እሓርግ ኣለኽሩ'ዮ መሰለኒ!*)፡ ነቲ ግንባር እንህቦ ዝነበርና ናይ ፖለቲካ ትምህርቲ ክንክልሶ ጀመርና። በዚ ኣገባብ ንዕላማታት እቲ ውድብን ግንባርን ክነቀራርብ ጸዓርና። ውድብን ግንባርን ኸስምር ዝሃቀነ ፍልማዊ ግብራዊ ምንቅስቓስ ኢዩ ኔሩ።

ስቱርነት ውድብ ሽግር ከም ዝፈጠረ'ውን ተዛሪብና። መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ኣባላት ውድብ'ኳ እንተዘይነበሩ ንዕላማታታ ውፉያት ምኻኖም ክንርዳእ ክኢልና ኢና።

እቲ ዝዓበየ ስክፍታና ስቱርነትና ካብ ህዝቢ እቲ ዝድለ ርእይቶ ንኸይንረክብ ዓጊቱ ልሙሳት ስለ ዝገበረና ኢዩ ኔሩ። ስለዚ ገለ ነገር ግድን ክንገብር ኔሩና።

መወዳእትኡ (1989) ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣቶና።---- ምቅልጣፍ ሓርነታዊ ቃልሲ። ኣባላትን ህዝብን መታን ተወፍዮም ክሰርሑን ዘለዎም ጸጋታት ከፍስሱን ነዚ ውድብ ዝትክእ ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቓስ ክህሉ ይግብኡ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጻሕና። ምኽንያቱ ዕላማታት ውድብን ግንባርን ክልተ ገጻት ናይ ሓንቲ ስንቲም ኮይኖም ሰሚሮም 'ዮም ኔሮም።

እዚ ግና ቀሊል ውሳኔ ኣይነበረን። ብኽልተ ምኽንያታት።

እዚ ንውድብ ክጅልሓ'ዩ፡ ቅኑዕ ውሳኔ ኣይኮነን! ዝብሉ ባእታትት ኔሮም። *ውድብ ተጀሊሓ ናብ ዘይትምለሰሉ ኣንፈት ክትጠፍእ ትኽእል'ዩ ፡ ደሓር ደሊና ክይንሰእና* ዝብል ስክፍታ ኔሩ።

ገለ ኣባላት ኣብዚ ምህላዎም ከም ዓብዪ ሓለፋ ኢዮም ዝርእይዎ። ውድብ እንተትብተን ነፍሲ ወከፍ ኣባል ንዕላምኡ ዘለዎ ተወፋይነት ክሳብ ክንደይ ምኻኑ ኣብ ቅድሚ ግንባርን ሓፍሽን ምተመዝነ።

ኣባህላይ... ብዙሓት ምኽንያታት ኔሮም፡ ገሊኦም ቅሉዓት ገሊኦም ስቱራት ኢዮም። ስለዚ ብኽምዚ ምኞጻል ዝከኣል ኣይኮነን ዝብል ሓፈሻዊ ገምጋም ኔሩኒ።

ኵሉ ኣባል ውድብ ዝሰማማዓሉ ሓደ መሰጋገሪ ክንምህዝ ምኽኣልና ዶ ዝብል ሓሳባት ተላዒሉ ኔሩ። ዝተፈላለዩ ብድሆታት ናብ ዘለውዎ ሓድሽ መድረኽ ንኣቱ ከም ዘለና ዘእምን ሓደ መሰጋገሪ ባይታ ክንምህዝ ምኽኣልናኮ ኢልና ኔርና። እዛ ስትርቲ ውድብና ክትጸሮ ስለ ዘይትኽእል ብሓፋሽ ዝሰረቱ ውድብ ክንጥርንፍ ይግባኣና'ሎ ኢልና ክንሰግሮ ምኽኣልና።

በዙሕ ሽግር ኣይመምጸን። ምኽንያቱ መብዛሕትኦም ኣባላት ግንባር ሓንቲ ሕብእቲ ውድብ ምህላዋ እናተገንዘቡ መጺኦም ። እቲ ዝኽፍኣ ከኣ ገሊኦም ተጋደልቲ ብብቕዓት፣ ቆራጽነትን ካልእን ካብኦም ዝትሕቱ ሰባት ኣባላት እዛ ስትርቲ ውድብ ምኞኖም ምፍላጦም'ዩ።

ኮኔል፡ ከም ዝገለጽካዮ፡ ስትርቲ ውድብ ትቕጽል ዝብል ያያ ዝብል በቲ ሓደ ወገን ኔሮም። ክልቲኣቶም ሓደ ኣይኮኑን። ነዚ መስርሕ ንሓዋሩ ዝዓጹ መሰጋገሪ መድረኽ ምፍጣር ይከኣል'ዶ ኔሩ?

ድሩፅ፡ ኣይፋለን! ሓደ ሕቶ ግን ኔሩ።

ናብ ሓድሽ መድረኽ ኢና ንኣቱ ኔርና። 89'ዩ ኔሩ። ውድብ "ክድስክል" እንከለ 90 ዳርጋ ኣቲና ኔርና።

ኮኔል፡ መን ኢዩ ነዚ ወሲኑ?

ድሩፅ፡ ማእከላይ ኮሚተ።

ቅድሚኡ ግና ኣብ ውሽጢ ማእከላይ ኮሚተ ዝርርባት ኔሩ። ብዙሓት ብድሆታት ኢዮም ኔሮም። ዳርጋ ተፈዲሕና ኔርና። ህላዌ'ዛ ውድብ ዘይፈልጡ ብዙሓት ኣባላት ግንባር ኔሮም።

ዝተፈልየ ውድባዊ ስርዓት ዘለዎ ሰልፊ ክንፈጥር ንኽእልዶ ዝብል ሕቶ ኔሩ። ኵሉ ግንባር ኣባል ውድብ እንተገበርናዮ ኸ?

እንኣትዎ ዝነበርና ሓድሽ መድረኽ (ናጽነት) ከምኡውን ንሓፋሽ ህዝብና ኣብ ግምት ኣእቲኻ እቲ ግንባር ንባዕሉ ጸቢብ ኢዩ ኔሩ። ፍልይ ዝበለ ኩነታት ምንባሩ እቲ ውዱፅ ሓቅታት ኢዩ። ተረፍ መረፍ ተ.ሓ.ኤ ኣለዉ ፡ ስለዚ ሓፋሽ ዝሰረቱ ውድብ ክንምስርት ኣለና ወዳእና።

ግንባር ዝኣክል ውዳበ እናሃለወና ስለምንታይ ኢና ነዛ ውድብ ናብ ሓፋሽ ዝሰረቱ ውድብ ንቐይራ ንብል ዘለና? ምኽንያቱ እዚ'ዩ ኔሩ እቲ ምርጫ! እቲ ግንባር'ውን እኹል ኩይኑ ይስማዓና ኣይነበረን።

ኮኔል፡ሀግደፍ እዚ ክገብር ኢየ ኢዩ ኢሉ። ተሳትፎ ሓፋሽ ዝዕድም ፖለቲካዊ መድረኽ ክፈጥር ኢየ ድዩ ዝብል ዘሎ?

ድሩዕ ፡ እወ።

ኮኔል፡ እሞ ከመይ ኢልኩም ደኣ ኢኹም ናብ ብዙሕነት ክትሰጋገሩ። ውድብ ምጅምን ምንዳፍን ቀሊል ኢዩ። ዜጋታት ብዛዕባ ሃገሮም ዝዝትዩሉ ፖለቲካዊ ባህሊ ክፍጥር እንተኾይኑ ፈለማ ሰልፍታት ክፍጠራ ኣለወን። እዚ ይፍጸምዶ'ሎ?

ድሩዕ፡ ነዚ መሰጋገሪ እዋንን ሓፋሽ ዝሰረቱ ውድባዊ ምንቅስቓስን ሃረር ኢና ንብሎ ኔርና። ከምኡ ኢና ኾኣ ንገብር ዘለና። ዴሞክራስያዊ ለውጥን ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዘውሕስ ጥዑሕ መሰረት ኣንጺፍኩምዶ ንዝብል ሕቶ ግና ብዙሕ ስክፍታታት ኣሎኒ።

ግዜ ኣብ ረብሓና 'ውን እንተሎ ድሒርና ኣሎና ። ስለዚ ከኣ ሓደ መስርሕ ዝወልዶ ዘይተርፍ ሽግር ከየምጽኣልና ኣይተርፍን'ዩ ዝብል ስግኣት ኣሎኒ።

ካልኣይ ሕቶ ርእይቶታትካ ብናጻ መንፈስ ናይ ምፍሳስን ናይ ምጽውዋር ባህሊን ኣማዕቢልና ዶ ዝብል ኢዩ።

ንኣብነት ንሚድያ እዚ ንምስፋሕ ክንጥቀመሉ ምኽኣልና።

እዚ ክንገብረሉ እንኽእል ግዜ ኔሩ'ዩ። ግና ኣዝዩ ሓጺሩ። እዘን ናይ ሎሚ ጋዜጣታት ብሕቲ ብላሽ ኢየን፡ ዋጋ የብለንን። ሃገራዊ ጕዳይ ዝትንክፍ ኣርእስቲታት ኣየኣንግዳን'የን። ገሊኣን ንዕዳጋ ኢየን ዝሰርሓ። ስለዚ ማዕከን ዜናና ኣማረጽቲ ወረታትን ርእይቶታትን ክጥቀሙሉ ስለ ዘይጸንሑ ከምዚ ዝበለ ዘይረብሕ ነገራት ጥራይ ኢኻ ትረክብ።

ኮኔል፡ ኣነ ከም ዝመስለኒ ማዕከናት ዜና መንግስቲ ኣብዚ መሪሕ ተራ ክጻወታ ክኽእላ ኣለወን። መኣዲ ዘተ እናዓደማ ተወዳደርቲ ሓሳባት ጎድጎ ጎድጎ ብምጽሓይ፡ ርጡብ ክትዕ ከመይ ዝበለ ምኽኑ ንህዝቢ ምርኣይ ምተኻእለ። ኣንተኾነ ግና ነዚ ዝፍትን ትብዓት 'ውን የብሎምን።

ድሩዕ፡ ሓደ ግዜ ነፍሲ ወከፍ ሚኒስተር ሓደ ዝቈጻጸሮ በዓል መዚ ክህሉን ሰሚናራት ብምጽዋዕ ፖሊሲታትን ትግባረኡን ብህዝቢ ክግምግሙን ድኽመታቶም ክእመኑን ምኽሪ ቀሪቡ ኔሩ።

ጽቡቕ ተበግሶ ኢዩ ኔሩ።

ኮኔል፡ ብዛዕባዚ ዝያዳ ግዳ ንገረኒ..

ድሩዕ፡ ክሳብ 95 እዚ ሓሳባት ኔሩ። ነፍሲ ወከፍ ሚኒስተር ብዛዕባ ስርሓት ሚኒስትሪኡ ንህዝቢ ከፍልጥ ኣብኡ ከኣ ነሶለ ነቐፌታትን ርእይቶታትን ክስማዕ ዝብል ሓሳባት ኔሩ።

ንኣብነት ሚኒስተር ቕጠባን ፋይናንስን እናሃለኾ ንቀረጽን ኣከፋፍላኡን ዝምልከት ምስ ነጋዶን ካልእን ዝዓዩ ሓደ ጕጅለ ተርጕምቲ ኣዳሊና ኔርና። ትብዓቶም እናዓበየ ናብ ምንቃፍ ደረጃ'ውን ተሰጋጊሮም ኔሮም። ግና ከምዚ ዝበለ ዕድላት ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ሓንሳብ ጥራይ እንተተጠቐምካሉ ዘምጽኡ ፋይዳ የብሉን።

እዚ ብጽቡቐ ዝኸደሉ ግዜያት ኔሩ። ግና ኩልሳዕ ነዚ ዝቃወሙ ባእታታት ኣለዉ። ክቋርጽ ከኣ ተጌሩ። እዚ ጌጋ ኸይኑ'ዩ ዝስማዓኒ።

ሓይሊ ፖለቲካዊ ውድብ ዝዕቀን ክንደይ ቕጽሪ ኣባላት ኣለዉ ብምባል ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ሓይሊ ውድብ ህዝቢ ክውድብን ከዋፍርን ክኢሉዶ፡ ዕላምኡ ዕላማኡም ምኻኑ ኣብ ምእማንከ ክሳብ ክንደይ ተዓዊቱ ዝብል'ዩ። ውድብ ናይ ምጅም ቀንዲ ሚስጥር ካልእ ዘይኮነ እዚ'ዩ።

ክንደይ ዝኾኑ ኣሃዱታት ወይ ኣባላት ኣለዉኻ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ንህዝቢ ወዲብካ ራእያቶም ኣብ ምስጓም እንድሕር ተንቀሳቒስካ፡ ሽው ኢኻ ፖለቲካዊ ውድብ ኣቑመ ክትብል ትኽእል።

ህዝቢ ነቲ ውድብ ከም ናቱ ክርእዮ እንተኾይኑ ንጭቡጥ ክውንነቶምን መዓልታዊ ህይወቶምን ዛዕባ ዝገብር ኣጀንዳ ክህልወካ 'ለዎ። እንተ ዘይኮይኑ ግና ጭራሕ ምራሕ ጥራይ ኢዩ ዝኸውን። ዘረባ፡ ዘረባ፡ ዘየቋርጽ ዘረባ ጥራይ ኲንካ ኮፍ ምባል'ዩ ዝኸውን። ብሓጺሩ ኣጀንዳኻ ኣብ ባይታ ምስ ዘሎ ህይወት ህዝብኻ ክሰምር ኣለዎ።

ዝተፈላለየ ደረጃ፡ ዝንባለ፡ ናይ ህይወት ተመኩሮን ራእያትን ዘለዎም ሰብ ሞያ ፡ ተመሃሮ፡ ዓበትይን መንእሰያትን ዜጋታት ኣለዉ። እቲ ሓባራዊ ኣጀንዳ እንታይ ኢዩ? ንስኻ ንባዕልኻ 'ውን ሓደ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ክህልወካ ይኽእል ኢዩ፡ ግና እቲ ቕምነገር ናብ ተንቀሳቓሲ ሓይሊ ትቕይሮዶ ኣለኻ ዝብል ኢዩ።

ንመሃንድሳት ብፍሉይ ኣገባብ ወዲብካ " ኣብ ውጥን ከተማ ዘሎ ሽግራት እንታይ ኢዩ? ስለምንታይ ኢዩ ሕጽረት ኣባይቲን ህንጻታትን ዘሎ? " እንተኢልካዮም እዚ ንዕኦም ሓደ መበገሲ ክኾኖም ይኽእል'ዩ። ንሃገሮም ሓደ ነገር ዝገብሩላ ዘለዉ ኸይኑ ይስምየም።

ኮኔል፡ እዚ ግና ንሓፋሽ ውድባት ዝግደፍ ኣይመስለካን። ንስኻትኩም ካብዚ ንላዕሊ ክትከዱ ኢዩ ትጽቢት ዝግበረልኩም። እታ ውድብ ብውልቂ እትራኸበንን

እትተሓጋገዘንን ናጻ ውድባት ክስስና ምግባር ምተኻእለ። ንስኻትኩም ግና ሰለስተ ውድባት ጥራይ ኢየን ዘለዋኹም። ንሳተን ውን ናጻ ኣይኮናን።

ድሩፅ፡ እዘን ውድባት ከም መሓውር ህግደፍ ጌርካ ኢየን ዝሕሰባ። ፍልይ ዝበላ ካልኦት ውድባት ከም ዘድልያ ርዱእ'ዩ።

ዘጕሳጕሳኦ ኣጀንዳ ከም ረጃሒ እናተጠቕማ ናብ ጕጅለታት ክፈላለያ ኣለወን።

ኮኔል፡ ሎሚ ህግደፍ ብጂኦግራፍያዊ ቅርጺ ኢዩ ተወዲቡ ዘሎ። ኣብዘን ዘለዋ መሓውር ውድባት ኣብ ሓደ ቦታ ዝቕመጡ ኣባላት ሓንቲ ዋህዮ ኢዮም።

ድሩፅ፡ ቀደም ኣብ ግንባርን ውድብን ተዋጋእ ኣይትዋጋእ ኩልሳዕ ሓደ ነገር ኔሩ። ኵሉ ሰብ ከኣ ኣካል ናይዚ'ዩ ኔሩ። ነፍሲ ወከፍ ነዚ ኣበርክቶ ይገብር ኔሩ።

ሕጂ ግና ኣብ ፍልይ ዝበለ ኩነታት ኢና ዘሎና።

ንዝተፈላለየ ደረጃታት ሕብረተሰብ ክተሳትፍ ሰንበት ሰንበት ኣኼባ ምጽዋዕ ፋይዳኡ እንታይ ኢዩ?

ሰራሕተኛታት ዘለዎም ናይ ዕረፍቲ ግዜ ቀዳምን ሰንበትን ጥራይ ኢዩ። ሓዳራ ጥራይ እትኣሊ ሰበይቲ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣኼባ ንምስታፍ ክጥዕማ ይኽእልዩ። ሰንበት ግና ብዙሕ ማሕበራዊ ጕዳያት ኣለዋ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣኼባታት ተገዳስነት ዘለወን ዶ'ኸ ይመስለካ? ምስ ሓቀኛ ህይወተን ምትእስሳር 'ውን የብሉን።

እቲ ንዘተ ዝቑርብ ኣጀንዳታት ብውድባዊ ዓይኒ እንክርእዮ ብዙሕ ስክፍታ ኣሎኒ። እዚ ዘዋጽእ ዘይምኻኑ 'ውን ይርዳኣኒ'ዩ። ግድን ክንቅየር ኣሎና። ሱር በተኸ ለውጢ'ዩ ዘድልየና ዘሎ።

ቀደም ዝለዓል ዝነበረ ዛዕባታት ምስ መዓልታዊ ህይወተን ኣዝዩ ዝተዛመደ ኢዩ ኔሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር እንህቦ ዝነበርና ኮርስ ተኣምር ኢዩ ዝሰርሕ ኔሩ። ናብኡ ዝመጹ ሕጹያት ተመሃሮ ከም ዓብዩ ሓለፋ ኢዮም ዝጥምትዎ ኔሮም። ምኽንያቱ እዚ ዘሰክሞም ፍሉይ ሓላፍነት ስለ ዝነበረ። ንተወፋይነቶም መሊሱ ዝድርዕ ረጃሒ ኢዩ ኔሩ።

ሕጂ ፍልይ ዝበለ ነገር ኢና ክንበላሓት ዘሎና።

ክትነቅፍን ክትግምግምን ዝቑለለ'ዩ። ኣነ ኣብ መንግስቲ ኣብ ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢ ኮይነ ናብዝን ናብትን እብል ኣሎ'ኹ። ምናልባት ኣብዞም ጕዳያት ርእይቶይ ክህብ ይቑለኒ ይኸውን። ግና ጽቡቕ ከም ዘየሎ ይስማዓኒ'ዩ። ኣጸቢቕኩ'ዩ ዝስማዓኒ።

ሞያውያን መንግስቲ ኣበርክቶና እነፍሱሉ ባይታ ኣይከፈተልናን ኢሎም ኢዮም ዘማርሩ ዘለዉ።

ኩለን ትካላት መንግስቲ እኹል ክኢላዊ ሰብ ሞያ የብለንን።

ኣብ ተመሳሳሊ ሞያ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ሓሳባትን ውጥናትን ሒዝኩም ምጹ ምባል ይከኣል'ዩ። እንታይ ዝበለ ክእለትን ብቕዓትን ከም ዘለዎም ንምርኣይ ኣብ ሕድሕዶም ርሱን ምውድዳር ምግበሩ። ብዙሕ ድማ መበርከቱ። ሕጂ ግና ከምዚ ዝበለ ሕቶታት ምልዓል ኣይትኽእልን ኢኻ። ከምዚ ዝበላ ሓደስቲ ውድባት ክትምስርት ዝከኣል ኣይኮነን።

ሓደ ካብቶም ቀንዲ ጸገማት (*ንዓይ ከም ዝመሰለኒ*) ናይ ነብሰ ምክልኻል ባህሪ ምምዕባለ'ዩ። ነቐፌታ ናይ ምቕባል ተርእዮታት የለን።

ቀደም ብደረጃ ግንባርን ውድብን ነቐፌታን ርእሰ-ነቐፌታን ዝበሃል ባህሊ ኔሩና። እዚ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትና ኣገልጊሉና'ዩ።

እዚ ናይ ቀደም ባህልና ነጥፍኡ ዘለና ኮይኑ ይስማዓኒ።



ዕላል ምስ ሃይለ ወልደንስኣ " ድሩፅ"

1 መጋቢት 2001

ኣብዚ ግዜዚ ድሩፅ ኣዝዩ ቃዚኑ'ዩ ጸኒሑኒ። ፕረዚደንት ኣንጻሩ ገለ ስጕምቲ ከም ዝወሰደሉ ፈሊጡ፡ ዝወርዶ ኣብ ምጽባይ ኢዩ ኔሩ።

ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ህግደፍን ሃገራዊ ባይቶን ዓበይቲ ናይ ፖሊሲ ክትዓት ተላዒሎም ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ከኣ ነቑፌታታት ወሪዶም ኔሮም። ክልቲኦም ኣካላት መንግስቲ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኖም'ዮም። ንፕረዚደንት ፊትንፊት ክንረኽቦ ዝበል ጠለብ ዘቕረቡ ኩለም ተነጺንም። ነዚን ካልእን ንምፍታሕ ኣኼባ ዝጸውዑ ናይ ብሕቲ ጥርዓናት 'ውን ከምኡ ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ንውልቀ ምልካዊን ዘየዋጽእን ኣመራርሓ ኢሳያስ ዝነቐፉ ፖለቲከኛታት ንምጽላም ከኣ ብህግደፍ እተወደቡ ሰሚናራት ብሚስጥር ተኻይዶም'ዮም።

ድሩፅ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን'ዩ ጸኒሑኒ። ኣብ መሪሕነት ኢሳያስ ዘለዎ ቅሬታ ብምግላጹ ጥራይ'ዩ ካብ ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢ ወሪዱ ናብዚ ከም ዝዛወር ተገሩ።

ድሩፅ ማዕጸ ዓጽዩ ኮፍ ከይበልኩ ናባይ ምልስ ኢሉ *" እነሀልካ በል ሰውራና ተጨውዩ"* በለኒ።

እዚ ጭውያ ካብ ሰማንያታት ኣትሒዙ ፈኽም ክብል ዝጸንሐ'ዩ። ግና ድሩፅ ሸለል ከም ዝበሎም ኢዩ ነጊሩኒ። እቲ መቐይሮ ምስ ምትካል ሓድሽ መንግስቲን ምብትታን ውድብን'ዩ መጺኡ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ብስጡም ቕጽጽር ኢሳያይስ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ምስ ተሰጋገረ ሽዑ ኢዩ ነገራት ተበላሽዩ...ኣብቂዑ። ድሩፅ *ምልሰ ኢለ እንክሓስቦ ሸው ተቓውሞይ ክስምዕ ኔሩኒ* ይብል።

ብፍላይ ሓንቲ ኣዝያ ተጣዕሶ ነገር ይዝክር። 1993 ህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ህግደፍ ንምጥማቕ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ኮንፈረንስ ኢሳያስ ስም ሮሞዳን ካብ ዝርዝር መሪሕነት ህግደፍ ክለዓል ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ኣቕሪቡ ። እዚ መዘዝ ንኽየምጽእ ሮሞዳን ስልጣኑ ብገዛእ ፍቓዱ ከም ዝሓደገ ክነግር ንሱን ካልኦትን ዝደፋፍእዎ ። "ኣዝዩ ዘሕርር፡ ውጹእ ሓሶት ኢዩ ኔሩ" ብምባል ድሩፅ ብጣዕሳ ይዝክሮ።

ኢሳያስ ገዳይም (*እዚ ንዑኡ ዝምልከት ኣይኮነን!*) ብሓድሽ ወለዶ ክትክኡ ኣለዎም ዝብል ውጥን ዘቕረበ፡ ውልቃዊ ስልጣኑ ንምድልዳል ኢሉ ምኻኑ ድሩፅ ጽቡቕ ጌሩ ተገንዚብዎ'ዩ። እቶም ካልኦት ግና "ሃገር ናጻ ወጺኣ'ያ። ካባና ዝሕተት ዘበለ ኩሉ ፈጺምና ኢና። ሕጂ ኣብ ባእሲ ንኣትወሉ ምኽንያት የብልናን" ኢሎም ኢዮም ሓሊፎሞ።

“እዚ ውን ካልእ ጌጋ’ዩ ኔሩ” ይብል ድሩዕ ።

“ሕጂ ኢሳያስ ንግንባር፡ መንግስቲ፡ ካቢነ ሚኒስተራትን ህግደፍን ተኾጻጺርዎ’ሎ። ንኹሉ ተቓውሞታት ይጭፍል’ኾ፡ ንእኒ ኣነ (መስረትቲ ውድብ) ከኣ ክትእሰሩ ኢኹም እናበለ የፈራርሃና’ሎ። ደጊም ዝተረፈና የለን...ኣብቂው’ዩ...! ናይ ግዜ ጉዳይ ጥራይ’ዩ”

ዕላል ምስ ማሕሙድ ሸሪፎ

1, ነሓሰ 2001

ብዛዕባ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ መጽናዕታዊ ወረቐተይ ብ1 ሓምስ 2001 ድሕሪ ምቕርራበይ ኢየ ነዚ ዕላል ጌረዮ። ብዕድመ ሸሪፎ ኢየ ነዚ ዕላል ከካይዶ ወሲነ። ኢሳያስ ኣብ ምምስራትን ህንጻትን ውድብ ዝነበሮ ተራ ኣመና ከም ዘጋነንክዎ ኢዩ ሸሪፎ ንጊሩኒ።


ምስ ሸሪፎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ሌላ ኢዩ ዘሎና። እንተኾነ ቃለ መጠይቕ ጌርና ኣይንፈልጥን ኢና። ምኽንያቱ ኣነ ትግርኛ ኣይመልኽን'የ፡ ሸሪፎ'ውን እንግሊዝኛ ይሓጽሮ'ዩ። ደሓን ይእቶ ገዲም ተጋዳላይ ኣለምሰገድ ተሰፋይ ክትርጉመለይ ተሰማምዐ። ንሱ ንባዕሉ ብዛዕባ ታሪኽ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ኢዩ ኔሩ።

እዚ ቃለ መጠይቕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሸሪፎ (ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር) ኢና ኣካይዲናዮ። ንሕጊ ውድብ እትከታተል ኮሚሽን ሃገራዊ ባይቶ ምስ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ብምኽን ዘዳለወቶ ጸብጻብ ናብ ህዝቢ ቅድሚ ምዝርግሑ ክምርምሮ ኢሳያስ ንዘቕረበሉ ትእዛዝ ሸሪፎ ኣይፍጽምን ብምባሉ ካብ ናይ ሚኒስተር መዝነቱ ተሰንኒጉ'ዩ ኔሩ።

ድሩፅ ፡ ባዱሪ፡ ተሰፋይ ገብረስላሴ፡ ሙሳ ናይብን ፎውዚያ ሓሽምን ዝኣባላታ ኮሚሽን ንማሕበራውን ጂኦግራፍያውን ብዙሕነት ዝኸውን ረቕሒታት ኣቕሚጣ ብውሑዱ 85% ካብ ኣባላት ኣብ ኤርትራ ዝቕመጡ ክኾኑ ከም ዘለዎም ወሲና'ዩ። እዚ ኑቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ "ዝኾነ ዓሌት ወይ ሃይማኖት ሰረት ጌሩ ዝቕውም ውድብ ንኸይፍጠር" ዝኽልክል መትከል ህግሓኤ/ህግደፍ ዘንጸባርቕ'ዩ ኔሩ። እዚ ፖለቲካዊ መድረኽ ንኹሉ ብማዕረ ክሳትፍ መታን ዝኾነ ውድብ ገዚፍ ቍጠባዊ ምንጪ ከይውንን ብግልጺ ኣቕሚጠሞ 'ዮም። በዚ ብቕጥታ እትተንክፈ ድማ እቲ ኣብ ቍጠባ ሃገር ዝዓበየ ተራ ዝጻወት ህግደፍ ኢዩ።

ሸሪፎን ኣለምሰገድን ዘይተርፍ ቀብሪ ስለ ዝነበሮም ዕላልና ክነቋርጸ ተገዲድና። ኣብ ዝቕጸለ ሳምንታት ክኣ ሸሪፎ ካብ መዝነቱ ተባሪሩ ኣብ ሓለዋ ስለ ዝነበረ ክንቅጽሎ ኣይከኣልናን።

ኣብ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ፖለቲካዊ ዕልቕልቕ፡ ካልኣ ንሓርነታዊ ቃልሲ ዝመርሕ ስሑም ሕመረት ንኽምስረት ድርኺት ከም ዝነበረ ብምግላጽ'ዩ ሸሪፎ ንዕላልና ጀሚርዎ። ነቶም ኣብ ሚያዝያ 1971 ነዚ ንምምስራት እተጋብኡ ደርዘን ዝኾኑ ውልቀሰባት ብምዝርዛር ክኣ ንዕላሉ ኣጠቓሊልዎ።



ማሕሙድ ሸሪፎ

ሽሪፎ ፡ ምስረታ ውድብ ንኽለዓዓል ዝደረኽ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ዝነበረ ተደጋጋሚ ፍሽለታት'ዩ። ኣብ 60ታት ማርክሰ-ለኒናዊ መስመር ስነ ሓሳብ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተቐባልነት እናረኸበ'ዩ ዝመጽእ ኔሩ። ኣብ መላእ ዓለም'ውን ከምኡ ኣዝዩ ገኒኑ'ዩ ኔሩ። ነዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ዓለምን ዝተኸስተ ጸጋማዊን ማርክሰ ለኒናዊ ዝንባለን ኣብ ግምት ኣእትዎ።

ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ንባዕሉ ብዙሕ ነውጺታት ኔሩ'ዩ። ዘመነ ክፍልታት ከብቅዕ፡ መሪሕነት ናብ ውሽጢ ሜዳ ክሰጋገር ብእኡ ኣቢሉ ከኣ ናይ ኣውራጃውነት ዝንባለን ፍልልያትን ከብቅዕ፡ ሕቡር ሰራዊት ከቕውም ዝብሉ ዘተታት ቅድሚ ምምስራት ውድብ ጀሚሮም ይካየዱ ኔሮም'ዮም። ብዘይ ምዕሩይ ኣገባብ ይኹን እምበር ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ነዚ ዝጽውዕ ዘተታት ይካየዱ ኔሮም'ዮም።

እዚ ናብ ምምስራት ስሙር ሓይሊ'ዩ ኣምሪሑ። ሰለስቲኣን ክፍልታት ሓይለን ኣስሚረን። ምስማር እዘን ክፍልታት (3ይ, 4ይን 5ይን) ሓደ ስጕምቲ ንቕድሚት ኢዩ ኔሩ፡ ምኽንያቱ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ሓደ ክሰምር ተኽእሎታት ከም ዘሎ ዝኣንፈተ'ዩ ኔሩ። መሪሕነት ኣብ ሜዳ ቁይሙ፡ መሰል ህዝቢ'ውን ክሕሎ ተጀሚሩ። እዘን ሰለስተ ሓይልታት ካብ ዝሰምራ ዓመት ከይመልኣ ኣብ ታሪኽ ተ.ሓ.ኤ ሓደ ኣዎንታዊ ኣንፈት ክርኢ ጀሚሩ።

ዋዕላ ኣዶብሓ ስዒቡ። ኹሉ ዝተበጽሐ ምዕባለታት ብድሆታት ኣጋጠሞ። ዋላ'ኳ እዘን ክፍልታት እንተሰመራ ፡ ነዚ ቀጻልነት ክህልዎን ከስጥሞን ዝኽእል ሕመረት ውድብ ኣይነበረን።

ቀጻልነት ዘልብስን ወዳቢን ሕመረት ውድብ ስለ ዘይነበረና ተጻባእትና ሕብረት ዝብል ጭርሑ ኣልዒሎም ኣንጻርና ተበገሱ። ነቲ ዝተወስደ ተበግሶ፡ ኹሉ ምዕባለን ከኣ ኣፍረስዎ።

እዚ ዝገበሩ እቶም ኣብ ከሰላ ዝነበሩ ውልቀሰባት ኢዮም። ናይ ግዳም መራሕቲ ተሓኤ። ኽዑ ንሳቶም ዝያዳና ጥርናፈ ኔሮዎም። ምኽንያቱ ሕመረትን ስልጣንን ኔርዎም፡ ከም ድላዮም ክቕትሉን ክኣስሩን ይኽእሉ ኔሮም።

ድሕሪ ኣዶብሓ ተ.ሓ.ኤ ንባዕላ ተበታቲና።

ኮኔል፡ ኣብ መጽናዕታዊ ወረቐተይ ካብ 66 ጀሚሩ ብ ኢሳያስ፡ ሙሴን ካልኦትን እተበገሰ ሓደ ዴሞክራስያዊ ባእታ ጠቒሰ ኔረ። ካልእ ዘይተጠቕሰ መን ኣሎ?

ሽሪፎ፡ ኣብ 60ታት ኢሳያስ፡ ሙሴን ድሩዕን "ዴሞክራስያውያን" ኔሮም ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ግና ከም ሰብ ኣብ ሜዳ'ውን ኣይነበሩን።

ኮኔል፡ ኔሮም'ባ! ኣብ ከሰላ ኔሮም።

ሽሪፎ፡ ኣብ 67 ድሩዕ ምሳይ ኣብ ሓምሽይቲ ክፍሊ'ዩ ኔሩ። ንቕሩብ ግዜ ኣብ ሜዳ ጸኒሑ ናብ ከሰላ ኣምሪሑ። ካብኡ ንየመን ተሳጊሩ። ሽዑ ኢሳያስ ኣብ ቻይና ኢዩ ነሩ። ስለዚ ኣብ ሜዳ እቶም ሕመረት ኣይነበሩን። ኢሳያስ ኣብ ውድብ ዝነበሮ ጽልዋ ካብ ቻይና ድሕሪ ምምላሱ ኢዩ ዝጅምር።

ኮኔል፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንስኻ ኣበይ ኔርካ? መዓስ ኢኻ ናብዚ ተጸንቢርካ?

ሽሪፎ፡ ኣነ ኣብ 66'የ ተሰሊፈ። ኣነን ድሩዕን ኣብዚ ናይ ተመሃሮ ውድብ ኢና ነርና። ሽዱሽተ/ሸውዓተ ኣዋርሕ ቀዲሙኒ'ዩ ተሰሊፉ።

ኮኔል፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዲኻ ኔርካ?*

ሽሪፎ፡ ኣይፋለይን።

ኮኔል፡ ብቐጥታ ካብ ኣስመራ ኢኻ ተሰሊፍካ። ኢሳያስ ከኣ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ቻይና ከይዱ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ምዕባለታት ከመይ ኔሩ?

ሽሪፎ፡ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ንዝነበረ ቅልውላው ሓፈሻዊ ግብረ መልሲ ኔሩ'ዩ። ነዚ መቓቓሊ ሓይልን መሪሕነቱን ተቓውሞታት ይገጥሞ ነሩ'ዩ። ሓደ ውልቀሰብ ጥራይ ኣልዒልካ ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ገለ ሰባት ካብ ካልኦት ሓለፍ ዝበለ ንቕሓት ኔርዎም ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ኣብ መጀመርታ ዝነበረ ተቓውሞ ጅምላዊ ኢዩ ነሩ። ንጽል ኣቢልካ ኩስቶ ኩስቶ ኢዩ ጸልይዎ ክትብለሉ እትኽእል ኣይኮነን። ኣዝዩ ጽንኩር እዋን'ዩ ነሩ።

ሰለስቲኣን ክፍልታት ክሰምራ እንከለዋ፡ ኢሳያስን ኣብርሃም ተወልደን (*ሽዑ ኣብ ሓምሽይቲ ክፍሊ ኢዮም ኔሮም*) ተራ ነርዎም ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ራብዐይቲ ክፍሊ ሮሞዳንን ማሕሙድ ዓሊ ዑማሮን ጽቡቕ ተራ ኢዩ ነርዎም። ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ማሕሙድ ኣሕመድ ዓብዱን መሓመድ ኢብራሂም ዓሊን ወሳኒ ተራ'ዮም ተጻዊቶም። ኣብ ዙርያ እዞም ሰባት ከኣ ካድራት (ከም'ኒ ኣነ) ዓብዩ ተራ ተጻዊቶም ኢዮም ክንብል ንኽእል ኢና።

ንባህጊ ስምረት ክዉን ዝገብር ሕመረትን ውዳበን ኣይነበረን። ንኣካይዳ ተ.ሓ.ኤ ኵሉ ጽልኣት ነርዎ። እዚ ድማ'ዩ ንሰለስቲኣተን ክፍልታት ናብ ስምረት ኣብጺሑወን።

ስምረት ፈጢርና ምስ'ቶም ክልተ ሓይልታት ክንራኸብ ናብ ኣዶብሓ ምስ ከድና እቲ መራሒ ስምረትን ጸሓፌኡን ናብ ጸላእትና ዛዘዉ። ካብ መጀመርትኡ ከምዚ ዝበለ ተበግሶ ኢዩ ኔሩ። ቐጻሊ ዘስጥመና ሓያል ሕመረት ኣይነበረን።

ኮኔል፡ ብዛዕባ ጽልዋ ቻይና ኣብ ሮሞዳንን ኢሳያስን መጽናዕቲ ጌረ ኔረ። ኢብራሂም ዓፋ'ውን ንኩባ ከይዱ ምንባሩ እፈልጥ ኣየ፡ ኣብ ምምልማል 'ቲ ውድብ ካልኦት ናይ ወጻኢ ጽልዋታት 'ውን ኔሮም 'ዮም። ብዛዕባዚ ግዳ ገለ..

ሸሪፎ፡ ሓንሳብ! ናብኡ ክመጽእ ኢየ። ሕጂ ኣብ ጉባኤ ኣዶብሓ ኢና ዘለና። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኢብራሂም ዓፋ ኣብ ኩባ ኢዩ ዘሎ። ኣብ ሜዳ ኣይነበረን። ብዛዕባ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ኢና ንዛረብ ዘሎና። ፈለማ ኣብ ሜዳ እንታይ ኔሩ እሞ ንወድእ፡ ድሕሪኡ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ምዕባለታት ክንመጸ ኢና።

ዋዕላ ኣዶብሓ ምስ ፈሸለ ሕነ ምፍዳይ፡ ማእሰርትን ካልእን ስጕምቲታት ስዒቡ። ተ.ሓ.ኤ ክትፈናጨል ትጅምር። ከመይ ኢላ ተፈንጪላ ኢልካ ዝነበረ ዝርዝራት በብሓደ ክተልዕል ነዊሕ ግዜ ዝወስድ'ዩ። ንስኻ'ውን ትፈልጦ ይመስለኒ። ኣብ ካልእ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ንጎድኒ ንግደፎ።

ብዙሓት ኣምሊጦም፡ ናብ ሱዳን ኣትዮም። ገሊኦም ከኣ ናብ ካልእ። እቶም ንሱዳን ዝኣተዉ ገሊኦም ብጃልባ ገሊኦም ብነፋሪት ኣብ ዓደን ተኣኻኺቦም።

ኮኔል፡ ሓደ ካብዚኦም ኢኻ ኔርካ ሓቀይ?

ሸሪፎ፡ እወ። ንዓደን ኣቲና። ዓደን ጸጋማዊ ስነ ሓሳብ ዝኽተል መንግስቲ ኢዩ ኔሩ። ኣብኡ ዝተኣከቡ ካድራት ኣሰራርሓ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ምኽያር ዝነበረ ድኽመታት ኣልዒሎም ክዛተዩ ጀመሩ። እዚ ሽግር ብተደጋጋሚ ዘጋጥመና ዘሎ ሓድነት ሰለ ዘይብልና ኢዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ ከኣ በጺሕና። ዲሞክራሰያውያን ሓይልታት ተወዲቦም ሓያል ሕመረት ኣብ ዝፈጥሩሉ ስምረት ኣይተበጽሐን ኔሩ።

እንብህነ ሕመረት ንምምስራት ዘድሊ ሰጕምቲታት ገና ኣይወሰድናን። ኣብ ከምዚ ደረጃ እናሃለና ኢና ባሕሪ ሰጊርና ኤርትራ ኣቲና።

ኣብ ዋዕላ ስዱሕ ዒላ (ዳንካልያ) ዝወሰድናዮ ደመዳሚ ስጕምቲ ስለ ዘይነበረ፡ ኣብዚ'ውን ሓደ ምፍንጫል ኣጓነፈ። ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት 'ውን ከይተረፈ እዚ ተራእየ።

ሕመረት ውድብ ስለ ዘይነበረት ኢዩ እዚ ኵሉ ክመጽእ ክኢሉ።

ኮኔል፡ እዚ መዓስ ኢዩ ዝኸውን ዘሎ?

ሸሪፎ፡ ሓምለ /ነሓሰ 1970'ን።

ኮኔል፡ እዚ ኪዳን ሰለስቲኣን ድዩ ኔሩ ?

ሽሪፎ፡ ኣይፋልን። እዚ ምምሰራት ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ ኔሩ። ኣብ ዳንካልያ ንወጻእ ዶ ኣይንውጻእ ዝብል ብዙሕ ክትዓት ኔሩ። ህይወት ኣዝዩ ኣዝዩ ጽንኩር ኢዩ ኔሩ። ሰለስተ ካብቶም እተመርጹ ኣባላት መሪሕነት ምስምማዕ ስኢኖም ስራዊቶም ሒዞም ተበቲኖም።

ኮኔል፡ ናበይ ከይዶም? ናብ ሱዳን ?

ሽሪፎ፡ ኣይፋሎምን! ናብዚ ከበሳ ኤርትራ እምበር መጺኦም። ፓፓዮ፡ ኣቡ ጥያራን ካልኦትን ኢዮም ከይዶም። ዝበዝሐ ካብ ህዝቦም ምስኦም ሒዞም ኢዮም ከይዶም። ውህደት ሰለስቲኦም ምስ ፈሽለ ንሕመረት ዘጋጠማ ካልኣይ ፈንጂ እዚዩ ኔሩ።

ብዛዕባ'ዚ ዝዘራረቡ ዝነበሩ ኢብራሂም ዓፋ፡ መስፍን ሓነስ፡ መዓሾ እምባየ፡ ዓሊ ሰይድ ዓብደላን ሓሰን መሓመድ ኣሚርን ኢዮም። ሓሰን ኣሚርን ኣቡበከር መሓመድ ሓሰንን ደሓር ተሰዊኦም ኢዮም።

ኮኔል፡ ሮሞዳን ኣብኡ ኔሩዶ?

ሽሪፎ፡ ኣይፋሉን ሽዑ ኣብ ወጻኢ ኢዩ ኔሩ። ኣንጻር ማእከላይ እዚ ተ.ሓ.ኤ -"ዓማ" ኢዩ ዝዋጋእ ኔሩ።

ኮኔል፡ ምስ ኣየነይቲ ጉጅለ ኢዩ ኔሩ ?

ሽሪፎ፡ ሮሞዳን ኣብ ኣዶብሓ ኣይነበረን። ኣብቲ ጉባኤ ኣይነበረን። ሓደ ካብቶም ሰላሳን ሽሞንተን መራሕቲ ናይታ ዋዕላ ተባሂሉ ግና ተመሪጹ ኔሩ። ምፍንቓል ከጋጥም እንከለ 'ውን ኣብ ወጻኢ'ዩ ኔሩ። ግና ኣንጻር መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኢዩ ዝጉስጉስ ኔሩ።

ኮኔል፡ ኣብ ሜዳ ኣይነበረን ዶ ኣይበልካንን?

ሽሪፎ፡ ኣንጻር ተ.ሓ.ኤ ብፍልይ ዝበለ መገዲ ኢዩ ዝጉስጉስ ኔሩ። ኣብ ዳንካልያ እናሃለና ጀሚርና ነዚ ሕመረት ክንውድበሉ እንኽእለሉ እንኮ መገዲ ምምስራት ውድብ ኢዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጺሕና ኔርና። እቲ ዝሰዓበ ስምምዕ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ዓደን ዝተገብረ ዘተታትን ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ፍሽለታትንዩ።

ኮኔል፡ ኣብ ዓደን ሃገራዊ ምንቅስቓሳት ዓረብ ኔሩ'ዩ። ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ፍልስጤም፡ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ባሕረይንን ካልኦትን ኔሮም። ከምቲ ናትኩም ዝመስል ኣስማት ዘለወን ብዙሓት ሰልፍታት ኔረን። ካብ ኣስማተን ጀሚርካ ሓደ ዓይነት ብድሆ ዝነበረን ይመስላ ?

ሽሪፎ፡ ኣብ መላእ ዓለም ጸጋማይ ስነሓሳብ ገኒኑዩ ኔሩ። ከምኒ ብላክ ፓንተርስ (Black Panthers) ኣብ ኣመሪካን ካልኦትን.. ጠፊኡካ ዶ...

ኮኔል፡ ኣብ ዓደን ብርቱዕ ጸጋማዊ ምንቅስቓሳት ኔሩ ። ሃገራዊ ምንቅስቓስ ዓረብ ዝበሃል ኔሩ። እዚ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ እንታይ ጽልዋ ኔርዎ?

ሽሪፎ፡ ምንም ቀጥታዊ ጽልዋ ኣይነበሮን። ብዛዕባ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኣዕራብ ፊልምታት ንርኢ፡ ብዙሕ ዕላላት 'ውን ንሰምዕ ስለ ዝነበርና ስምዒታት ጸጋማውነት ኔሩዩ።

ኮኔል፡- ካብ ዴሳዊ ደምበ ሕብረት ሶቪዬት ዝተረኽቡ ፊልምታት ኔሮም። ካልእከ እንታይ ኔሩ?

ሽሪፎ፡- ዓደን እንሃሎና ማርክሳውያን ሓይልታት ኮርያ፡ ቻይናን ካልኦትን ኣብኡ ስለ ዝነበሩ ፊልምን ዝንበብ መጻሕፍትን ካብኣቶም ንረክብ ኔርና። ሓፈሻዊ ጽልዋ ኔሩ'ዩ።

ብተወሳኺ ዋላ ጆርጆ ሓባሽ፡ ናይፍ ሓወትመን ካልኦት የመናውያን 'ውን ጸጋማዊ ዝንባለ'ዩ ኔርዎም። ሓፈሻዊ ናይ ሓባር ስምዒታት ኔሩ'ዩ ብርግጽ። ነዚ ግና ከም ቀጥታዊ ጽልዋ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ኣብ መወዳእታ 1970ን መጀመርያ 19971'ን እዞም ሓይልታት ካብ ዳንካልያ ናብ'ዚ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ እንብሎ ቦታ (ሰምሃርን፡ ሰሜን ዳንካልያን) ግዒዞም። ሮሞዳንን ዑማሮን ከኣ ካብ ወጻኢ ተጸንቢሮምና። ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታትን ኢሳያስን 'ውን መጹ። ከምዚ ኢልና ኩልና ኣብ ሓደ ቦታ ተራኸብና።

ሮሞዳንን ኢሳያስን ኣብ ቻይና ብሓባር ስለ ዝነበሩ'ዩ መስለኒ ጥቡቕ ብጻይነት'ዩ ኔርዎም። ምሳይ 'ውን እንተኾነ ኢሳያስ ጽቡቕ ብጻይነት'ዩ ኔሩና። ኣብ ደጀንና (ሓሙሽይቲ ክፍሊ) ኢና ተላሊና። ክንዛራረብ ከኣ ጀሚርና።

ሮሞዳንን ኢሳያስን ነቲ ተጋደልትን ህዝብን ዝደልይዎ ዝነበሩ ሕብረት (ስምረት) ንኽትግብሩን ውድብ ክሃንጹን ኣብ ሓድሕዶም ይዘራረቡ 'ዮም ኔሮም። እታ ሕመረት ክትህነጽ ከም ዘለዋ ከኣ ኣብ ስምምዕ በጺሖም።

እዚ ሓፈሻዊ ስምምዕ ኣብ ካድራት 'ውን ስለ እተበጽሐ ኢሳያስ ዝመርሖ ጉጅለ ዓላን ካብ ግዳም ዝመጻእናን ኣብ ሚያዝያ ክንራኸብ ተስማማዕና። እዚ እቲ ንስኻ ክትሓተኒ ዝጸናሕካ ዋዕላ'ዩ። ብ4 ሚያዝያ 1971 ኣብ ገደም ጥቓ ሕርጊሎ ኢና ነዚ ዋዕላ ኣካይዲናዮ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝነበሩ ሮሞዳን፤ ኢሳያስ፤ መስፍን ሓጐስ፤ ዑማሮ ኣቡበከር፤ መሓመድ ሓሰን፤ ኢብራሂም ዓፋ፤ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ፤ኣሕመድ ጣህር ባዱሪን ኣሕመድ ኣልቀይሲን ኢዮም ።

ባዱሪን ኣልቀይሲን ካብ ሶርያ ካብ ዝመጹ ነዊሕ ኣይገበሩን ኔሮም። እንተኾነ ምስ ኣቡበከር መሓመድ ሓሰንን ዓሊ ሰይድን ርክብ ስለ ዝነበሮም ተጸንቢሮም።

ኣብ ሓፈሻዊ መትከላት ምምስራት ውድብን ክንስዕቦ ዝግባእ ስነ ሓሳባትን ከኣ ምሉእ ምስምማዕ ኔርዎም። ኣነ'ውን ከምኡ። ካልእ (ዝረሳዕክዎ) 'ውን ኔሩ ይኸውን'ዩ።

እቶም ዝተጋብኡ እዚኦም'ዮም ኔሮም።

ዕላል ምስ ቆጥሮስ ሰለሙንን ብርሃነ ገረዝግሄርን

2 /ነሓሰ /2001

እዚ ዕላል ኣብ ከባቢ ጐደና ሰማእታት ኒያላ ሆቴል ስግር ኢልካ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ቆጥሮስ ሰለሙን ኢና ጌርናዮ። ንሚዳ ኣብ ዝበጻሕኮሉ ግዜ (ሓምለ 1976) ኢየ ምስ ቆጥሮስ ተላልየ። ካብኡ ንደሓር ቀጻሊ እናተራኸብና ኣዕሊልና ኔርና።

ታሕሳስ 1977 ምስ ቆጥሮስ ዝገበርክዎ ዕላል ብፍላይ ኩልሳዕ'የ ዝዝክሮ። ህግሓኤ ኣብ ከባቢ ምጽዋዕ ምስ ሰራዊት ደርግ ዝገበሮ ውግእ ኣይሰለጠን። እቲ ንዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመታት ዝቐጸለ ምትእትታው ሕብረት ሶቪዬት ናይ ፈለማ ስንብራቱ ዝገደፈሉን ህ.ግ ከዝልቕ ዝቐሰበን ፍጻመ'ዩ ኔሩ። ቆጥሮስ ኣብ'ዚ ንሱ ዝመርሖ ኮናት ዝሃለቑ ብጾቱ ብርቱዕ ሓዘን'ዩ ገዲፍሉ። ስእልታት ናይ'ቶም ዝወደቑ ብጾቱ'ውን ኣርእዩኒ።


ኣብ'ተን ናይ ጃላ ዓመታት ዳግማይ ኣብ ሳሕል ተራኺብና። ድሕሪ መላእ ምሕራር ኤርትራ ሚኒስተር ምክልኻል (1992-1994)፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ (1994-1997) እናሃለወ ከምኡ 'ውን ኣብ መወዳእታ (1997-2001) ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ምስ ተመደበ ተራኺብና ኔርና።

ቆጥሮስ ኣብ ሰርሑን ጉዳይ ሃገሩን ውቃይ፡ ኣብ ግብራዊነት ዝኣምን ሓርበኛ'ዩ ኔሩ። ልምዓት ዝብህግ፡ ቢሮክራሲን ኩሉ ዕንቅፋታትን ዘይጻወር፡ ህርኩት፡ በሊሕን ዋዛ ዘይፍለዮን መራሒዩ ። ምስ ኢሳያስ ምግርጫው ከም ዘይተርፍ ካብ ፈለማኡ ፍሉጥ'ዩ ኔሩ።

ምስ ብርሃነ'ውን ተራኺብና ንፈልጥ ኢና። ግና ኣዕሊልና ንፈልጥ ኣይነበርናን። ሕጂ ግና ብርሃነ ኣብ ዕላልና ክጽንበር ፍቓደኛ ሰለ ዝነበረ ነዚ ቃለ መጠይቕ ኣህብቲምዎ'ሎ። ድሕሪ ወርሒ'ውን ንተወሳኺ ዕላል ናብ ቤቱ ከይደ ተራኺብና ።

ነባር ኣባል ኤማሰን ህግሓኤን- ብርሃነ ኣብ 1976'ዩ ናብ ማእከላይ ኮሚተ ተጸንቢሩ። ክሳብ ምብታን'ቲ ውድብ- (1994) ክኣ ኣባሉ ኮይኑ ኣገልጊሉ'ዩ።

ብቐጥታ ብኢሳያስ ዝእዘዝ ቤት ጽሕፈት ጸጥታ ንሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ብብልሸውና ንምኽሳስን ስም ሚኒስተር ንምጽላምን ፍሽል ፈተነ ምግባሩ፡ ህግደፍ ኣወጻጽኣ ገንዘቡ ገደብ ዘይብሉ ምኻኑ ፡ ከምኡ 'ውን መንግስቲ ኤርትራ ናይ ተሓታትነት መዋቕር ከም ዘይብሉ ብዝርዝር ኣዕሊሉኒ። ቆጥሮስ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ዝነቕፎ ዝነበረ ኣሰራርሓ'ዩ።



ጴጥሮስ፡- ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብዙሕ ምብ'ኻን ገንዘብ ኣሎ። መርመራ ብልሽውና ክግበር እንተ'ኾይኑ፡ ኩሉ ክምርመር ክ'ኽእል ኣለዎ። ኣብ'ዛ ሃገር ብዛዕባ ዘሎ ምብ'ኻን ገንዘብ ዝሕተት ሓደ ኣካል ክህሉ ኣለዎ። ባይቶ ሓላፍነት ዝወስድ ኣይመስለንን። ባይቶ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ኣልዒሉ ኣይፈልጥን'ዩ።

ክሳብ ሕጂ ክግበር ብዛዕባ ዝጸንሐ ነገራት መንግስቲ ክምርመር ክ'ኽእል ኣለዎ። ነገራት ብ'ኽመይ ይመሓደሩ 'ለው? ገንዘብ ብ'ኽመይ ይመቓራሕ ኣሎ። እዚን ካልእን ክምርመር ክ'ኽእል ኣለዎ።

ኮኔል፡- ዛጊት ብዕሊ ዝተግልጸ ሃገራዊ ባጀት የሎን። እዚ ልክዕ 'ዩ ዶ ትብል? መንግስቲ ካብ ዝቐውም ጀሚሩ እዚ ኣይተግብረን?

ጴጥሮስ፡- ብባይቶ ወይ ካቢነ ሚኒስተራት ዝጸደቐ ባጀት ማለትካ ድዩ? ኣብ ካቢነ ሓደ/ክልተ ዝ'ኽውን ፈተነታት እባ ኔሩ። ግና ምሉእ ትግባረ ኣይረ'ኸበን። ክልተ ክፋላት ባጀት (ማለት ተመላላሲን ዓቢን) ስለ ዝነበሩ፡ እዚ መብዛሕትኡ እዋን ይትግበር ኣይነበረን።

ተመላላሲ ባጀት ማለት ደሞዝን መሳርፍን'ዩ። ሰባት ኣብኡ 'ዮም ኣተኩሮ ዝገብሩ። እቲ ዓብዪ (Capital) ባጀት፡ ብዙሕ እዋን ናብ ዘተ ይቐርብ'ዩ። ተተግቢሩ ግና ኣይፈልጥን'ዩ።

እዚ ዘሎ ኣገባብ ምኽኑይ ኣይኮነን። ፈለማ ስራቴጂታት ይጽናዕ፡ ድሕሪኡ ሚኒስትሪታት ሕቶእን ንባይቶ የቕርባ። መንግስቲ ህሉው ጸጋታት፡ ጥረ ነገራትን ማዕከንን ኣፍሊጡ ንባይቶ ባጀት የፍቅድ። እዚ'ዩ ክግበር ዝግብኡ። እዚ ዘሎ ቅርዑው ኣሰራርሓ ኣይኮነን። ሓደ/ክልተ ግዜ ንዘተ ቀሪቡ ኔሩ። ግና ትግባረ ክረክብ ኣይከኣለን።

ኮኔል፡- ገለ ኣህጉራውያን ለገስቲ ብዛዕባ ኣወጻጽኣ ገንዘብ ግሉጽነት የሎን ብምባል መረረእን የስምዓ ኢየን?

ጴጥሮስ፡- ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ ኣብ ባይቶ ብዛዕባ ባጀት ዝምልከት ዘተ ቀሪቡ'ውን ኣይፈልጥን'ዩ።

ብርሃነ፡- ናይ ባጀት ሕጊ ዝበሃል የለን። ንባጀት ዝምልከት ዘተ ተ'ኻይዱ ኣይፈልጥን'ዩ። ውጥን ባጀት ዝበሃል ዛዕባ ይ'ኹን ኣተግባብራኡን ገምጋምን ዝምልከት ዝ'ኾነ ግሉጽነት የሎን። ብሓፈሻ ገንዘባዊ ፖሊሲ ዝበሃል ሃልዩ ኣይፈልጥን'ዩ።

ኮኔል፡- ሕራይ ። ናብ ታሪኽ ውድብ ክመልሰኩም። እዚ ክትብልዎ ዝጸናሕኩም ምስዚ ሕጂ ዘሎ ምዕባለታት ምትእስሳር ስለ ዘለዎ ኣገዳሲ'ዩ። ግና ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት መታን ክርድኦ ነቲ ታሪኽ ክጭብጠ እደሊ 'ለኹ። ኣብ 70ታት ዝነበረ ኣሰራርሓ ህግሓኤ ከምዚ ድዩ ኔሩ? ሽዑ ኸ ባጀት ኔርኩም ዶ? መን'ዩ ነቲ ገንዘብ ዝቐጻጸሮ ኔሩ? ክፍልታት ኔርኩም'ዩ። ንኣብነት ክፍሊ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኔሩ። ብዛዕባ ገንዘብ (ማዕከን ገንዘብኩም) ዘተ ጌርኩም ትፈልጡ'ዶ?

ብርሃነ፡- እወ ብርግጽ። ኣብ 70ታት እዚ'ዩ እንብለሞ ፍሉጥ ምንጪ ገንዘብ ኣይነበረናን። ካብ ሓፋሽ ውድባት፡ ሓሓሊፉ ድማ ካብ NGO's ወይ ገለ መንግስታት እንረክቦ ሓገዛት ኔሩ። እቲ ልክዕ መጠኑ ካልእ ይትረፍ እቶም ኣብ ፖለቲካዊ ቤ/ጽ ዝነበርና ንፈልጥ ኔርና። ከመይ ይመቓራሕ ኔሩ 'ውን ብልክዕ ንፈልጥ ኔርና ኢና። ምኽንያቱ ኣብ ዘተ ይቐርብ ኔሩ። ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ብረታት ገዚእናሉ፣ ክንድዚ ንክፍሊ እገለ ተዋሂቡ እናተባህለ ይጽብጸብ ኔሩ።

ጴጥሮስ፡- እዚ ነዊሕ ዝቐጸለ ኣይመስለንን። እንተነውሐ ክሳብ 1983/4 ኢዮ ኔሩ። ድሕሪኡ ኣብ ኣኼባታት 'ውን ተላዒሉ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ገንዘብ ይውሕዝ ኔሩ'ዩ። ምንጪ ዘይፍለጥ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ ንመሸቲ ኣጽዋር እናተባህለ ይኣትወና ኔሩ'ዩ።

ካበይ ይመጽእ ኔሩ ኣይፈልጥን። ግና ምንጪ ብዙሕ ይግድስና ኣይነበረን። ዘድልየና ስንቅን ኣጽዋርን ንረክብ ኔርና።

ኮኔል፡- ኣብ መፋርቕ 80ታት'ዩ እዚ ሓቀይ?

ብርሃነ፡- እወ 84/5 ኣቢሉ።

ጴጥሮስ፡- መወዳእታ 80ታት። እዚ ኣገባብ ኣሰራርሓ ብሓደ መዓልቲ ዝመጸ ኣይኮነን። በብቕሩብ ኢዮ ናብ'ዚ ናይ 90ታት ኩነታቱ ማዕቢሉ።

ኮኔል፡- ኣብ 80ታት እዚ ገንዘብ ካበይ ይመጽእ ምንባሩ ዝፈልጥ መን ኔሩ? ብኽመይ ይወጽእ ኔሩ ወ.ዘ.ተ.. ብዘይካ ኢሳያስ ዝፈልጥ መን ኔሩ?

ጴጥሮስ፡- ወፈያታት ይፍለጥ ኔሩ'ዩ። ረድኤት 'ውን ከምኡ። በቃ።

ኮኔል፡- ኣብቲ ውድብኽ? ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ዓሰርተው ሓደ ወይ ዓሰርተ ክልተ ኣቢልኩም ትኾኑ ኔርኩም መስለኒ።

ብርሃነ፡- እወ ከምኡ ይመስለኒ።

ኮኔል፡- ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ 'ውን ንሳ'ያ ኔራ። እቲ ማእከላይ ኮሚተ ውድብን ፖለቲካ ቤት ጽሕፈት ግንባርን መሓመድ ስዒድ ባርህ ገዲፍካ ሓደ'ዩ ኔሩ ማለት ድዩ?

ብርሃነ፡- ኣብ ካልኣይ ገጽ ውድብ (1987 ክሳብ ናጽነት) ማእከላይ ኮሚተ ውድብን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ግንባርን ዳርጋ ብሓደ'ዮም (ዝዛተዩ) ኔሮም። ንሰለስተ ኣርባዕተ መዓልታት ብዘይ ዕረፍቲ ኣኼባ ይገብሩ ኔሮም። ሓደ'ዮም ኔሮም።

ኮኔል፡- መሓመድ ስዒድ ባርህ ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኢዩ ኔሩ። ሓቀይ?

ብርሃነ፡- እወ። ክሳብ 1987 ናብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ኣይተመርጸን ።

ኮኔል፡- ኣባል ፖለቲካዊ ቤ/ጽ ዘይኮነ ናይ ማእከላይ ኮሚተ ሰብ ኔሩ ዶ?

ብርሃነ፡- ኣነ ንኣብነት ኣባል ማእከላይ ኮሚተ ኔረ፡ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ግን ኣይነበርኩን።

ጴጥሮስ፡- ካልኦት'ውን ኔሮም።

ብርሃነ፡- ድሩዕ፡ ሃይለ ሳሙኤል (ቻይና)፡ ተኪኤ ሃብተስላሰን ሳህለ ሕሩይን። ኣብ 87 ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣባላቱ ናብ 9 ኢዮም ጸርዮም።

ኮኔል፡- ስለ'ዚ ሸሞንተ ካብ'ዚኣቶም ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ኮይኖም መሓመድ ስዒድ ባርህ ጥራይ ኢዩ ንበይኑ ኔሩ ማለት'ዩ። ባርህ ኣባል ውድብ'ዩ ኔሩ። ኣባል ማእከላይ ኮሚቴ ግን ኣይነበረን።

ትማሊ ምስ ሸሪፎ ኣብ ዝገበርናዮ ዕላል ንኤማሰ ንምብታን ዘተ ከም ዘይተኻየደ ነጊሩኒ። ብዛዕባ ምድስካል ንጥፈታት ዋህዮ ኣብ ኣፍዓበት ዘተ ከም እተኻየደ፡ ማእከላይ ኮሚቴ ውድብ ግና ንበይና ብዘይ ውድብ ትዛተ ምንባራ 'ውን ኣዕሊሉኒ። ውድብን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ ሓደ ምንባሩን ነዛ ውድብ ንምዕጻው ብ1994 ውሳነ ዝወሰደ ኢሳያስ ባዕሉ ምኻኑን'ዩ ነጊሩኒ። እዚ ልክዕ ድዩ? ካልእ ዝተፈልየ ዛንታ ኣለኩም ድዩ?

ጴጥሮስ፡- እወ ብርግጽ። ነዛ ውድብ ክንብትና ውሳነ ኣይገበርናን። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩና ብድሆታት ኣልዒልና ኢና ንዛተ ኔርና። ብዙሓት ተጋደልቲ ኣብ ህግሓኤ ንብዙሕ ዓመታት ስለ ዝሰርሑ ኣባላት ውድብ ካብ ምግባሮም ምኽልካል ትርጉም ኣይነበሮን። እዚ ሓደ ምኽንያት'ዩ። ሓደ ካብ ቅጥዕታት'ቲ ውድብ ንጹር ጸጋማዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡-80ታት'ውን ከምኡ'ዩ ኔሩ ብሓቂ?

ጴጥሮስ፡- እቲ ቅጥዒ ብጽሑፍ ዝሰፈረ'ዩ። ሓደ ሰብ "ዴሞክራሲያዊ" ተባሂሉ ይምደብ። ኣብዚ 'ውን ሰለስተ ደረጃታት ሀ, ለ, ሐ, ኣለው። ትሕቲ'ዚ "ሃገራዊ" ዝብል ኣሎ። ትሕቲ'ዚ ... "ዘይሃገራዊ" ዝብል'ውን ኔሩ።

ብርሃነ፡- ድስኩል!

ጴጥሮስ፡- እወ ከምኡታት። ስለዚ ሓደ ሰብ ኣብ ዘለዎ ደረጃ ትከታተሎ። ሃገራዊ'ዩ እንተኢልካ ህግሓኤ'ዩ ማለት'ዩ። ስለዚ ናብ ሓደ ስራሕ ትምድቦ። ከምዚ እናበለ ዴሞክራሲያዊ ይኸውን ማለት'ዩ። ቀዳማይ ጽፍሒ፡ ካልኣይ ጽፍሒ እናበለ ይቕጽል። ከምዚ እናበለ ኣባል ውድብ ይኸውን። ድሕሪ ግዜ እዚ ኣሰራርሓ ትርጉም ዘይብሉ ኮይኑ። ምኽንያቱ ፖለቲካ ውድብን ህግን ሓደ እናኾነ መጺኡም።

"ሃገራውያን" ኢና ንደሊ ኔርና። ኣብ ፕሮፖጋንዳና፡ መጻሕፍትናን ታሪኽናን ንህንጸት ሃገራውነት ዘድልዩና ጀጋኑ ኢና ሃሰው ንብል ኔርና። ብዛዕባ ሌኒን ምዝራብ

ገዲፍናዮ። ድሩፅ ኣንጻር ኢጣልያ ዝተቓለሱ ኤርትራውያን ናብ ምፍታሽ ኣትዩ። ኣጽብብ ኣቢልና ኣብ ሃገራውነት ጥራይ ኣተኵርና ክንሰርሕ ጀሚርና።

መራሕቲ ዋህዮታት ብስልጣን ይብዕልጉ ከም ዘለዉ ጸብጻባት ይመጻና ኔሩ። ሓደ ሰብ ንሓያሎ ዓመታት ኣባል ውድብ ከይኸውን ይኽልክሉ። ዋላ'ውን ንጡፍን ንኡድን እናሃለወ።

ስለ'ዚ እቲ ስነ ሓሳብ ብመሰረቱ መሽሚሹ'ዩ ኔሩ። ምብራቕ ኣውሮጳ ደጊም ኣብቂዑ'ዩ። ዴስነት መልክዑ ፍጹም ቀዪሩ'ዩ። ከም ሞዴል ዝውሰድ ሓይሊ ኣይነበረን። እቲ ስነ ሓሳብ ንባዕሉ ትርጉም ዘይብሉ ኣናኾነ መጺኡ። ኣብዚ ግዜዚ ውድብ ብዙሓት ብድሆታት ኔሮሞ።

ስለዚ ነዚ ውድብ ንናጽነት ዘቃልስ ሓይሊ ንኽኸውን ክለሳ ክግበረሉ ከም ዝግባእ ተስማማዕና። ብዛዕባ ማሕበራዊ ፍትሒ 'ውን ገለ ሓሳባት ንዘተ ቀሪቦም ኔሮም። ማሕበራዊ ፍትሒ እንታይ ማለት'ዩ ፈለማ ብንጹር ክንገልጾ ይግባእ ኢልና። ንዑ ብዛዕባዚ ገለ ንግበር ኢልና ተበገስና። እዚ እንተ ዘይተጌሩ ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒ ዘሎ ንጥፈታት ውድብ ትርጉም የብሉን። እዚ ኢና ወሲንና ምናልባት እንተ ተጋግየ ብርሃነ ይኣርመኒ። ብዛዕባ'ቲ ዘተ ዝዝክሮ እዚ'ዩ።

ብርሃነ፡- ኣብ'ቲ ኮንፈረንስ (ማሕበር መጽናዕቲታት ኤርትራ) ከም ዝበልካዮ እታ ውድብ ካብ መወዳእታ 1975 ጀሚራ መሪሕን ኣገዳስን ተራ ተጻዊታ'ያ። ካብ ዋህዮ ክሳብ ቅርጺ ማእከላይ ኮሚተ ኣዝያ ዝተወደበት'ያ ኔራ። እቶም ኣባላት ንባዕሎም ፍሩያት ስለ ዘይነበሩ ዝፈጥርዎ ሽግር ኣይነበረን። ብኹሉ መዳዮም መሪሕ ኣባላት'ዮም ኔሮም። ግዜ እናኸደ መሪሕነት ከኣ እናዓበየ ምስ መጸ ግና እቲ ኣገባብ ምምልማል እናጋዕዘየ መጺኡ። ገሊኦም ኣባላት ዘይኮኑ እናሃለዉ ካብ'ቶም ኣባላት ንላዕሊ ንጡፋት ኔሮም። ሚስጥራት 'ውን ክዘርቹ ጀሚሩ። ገሊኦም ሰባት በቲን በቲን እናበሉ ክፈልጡ ጀሚሮም።

ከምቲ ጴጥሮስ ክብለካ ዝጸንሐ ናይ ስነ ሓሳብ ጸገም 'ውን ጀሚሩ። ሕብረት ሶቪዬት ኣብ ጉዳይና ምትእትታው ትግበር እምበር ደገፍታ ኢና ኔርና። ድሕሪ ነዊሕ ዘተ ግና ኣብ ካልኣይ ሓድነታዊ ጉባኤ 1987 ኮኒንናያ። እዚ ብድሆታት እናሃለወና ኣብ ኣፍዓበት ተጋባእና። ኣብ 88/89 ጉዳይ ውድብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ይኸውን ኣሎ ኢልና ናብ ዘተ ኣምጺእናዮ። ደጊም መን'ዩ ኣባል ውድብ መንከ'ዩ ዘይኮነ ኢልካ ክትፈላለ ዝከኣል ኣይነበረን። ኵሉ ሰብ ደሙ ይኸፍል ኣሎ፡ ይስዋእ ኣሎ።

ሓቂ'ዩ ኣብ ፈለማ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ንኸነምርሕ ሓደ መወሃሃዲ ውድብ የድልየና ኔሩ። ሕጂ ግና ኵሉ ደሙ እናኸፈለን እናተሰውኣን፡ መን'ዩ ኣባል ውድብ መን'ዩኸ ዘይኮነ ኢልካ ምፍልላይ ክትገብር ዝከኣል ኣይነበረን። ስለ'ዚ ንጥፈታት ውድብ ኣደስኪልና ኣብ መጻኢ ዝህልው ብድሆታት ብኣግኡ እንተ ኣጽናዕናዮ ይሓይሽ ኢልና። ድሕሪ 89 ኣብ ኣፍዓበት ዝተራኸበ ማእከላይ ኮሚቴ እዚ'ዩ ወሲኑ።

ድሕር'ዚ (89/90) ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ዝኾነ ኣኼባ ኣይነበረናን። ድሕሪ ናጽነት 'ውን ከምኡ ኢሉ'ዩ ቀጺሉ። ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት (90-91) ዝኾነ ኣኼባ ውድብ ኣይተኻየደን።

ንሽግራትና ብኽመይ ንፍታሓዮ ዝብል ዘተ ኣይነበረን። ሰባት "ስለምንታይ ዘይንእከብ" "ስለምንታይ ዘይንዛተ" እንተበሉ'ውን እዚ ኣይተገብረን።

ሽዑ ዝተዋህበ መልሲ "ምእካብ ዝፍይዶ ነገር የለን። እዚ ኣንፈትካ ምጥፋእ'ዩ፡ ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎና ሽግራት ዘራኽብ'ውን የብሉን ዝብል'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ሓንሳብ! ሓንሳብ! መን'ዩ እዚ መልሲ ዝህብ ዘሎ።

ብርሃነ፡- ኢሳያስ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ግንባር እዞም ሕቶታት ይለዓሉ ኔሮም'ዮም።

ኮኔል፡- እስከ ድገመለይ በጃኻ። ኣኼባ ዘምጽኡ ለውጢ የለን ኢሉ ?

ብርሃነ፡- እወ። ኣኼባታት ዘምጽእዎ ፍታሕ የለን ኢሉ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ከምዚ ዝበለ ሕቶታት ክለዓሉ ምስ ጀመሩ "እቲ ሽግር ንእከብ ስለ ዘየሎና ዝመጸ ኣይኮነን። ኣንፈትና ነጥፍእ ስለ ዘሎና ጥራይ ኢዩ" ኢሉ ይዛረብ ኔሩ።

ስለ'ዚ ንሽግራት ውድብ ብኽመይ ንፍትሓዮ ኣብ ዝብል ኣይተዛተናን። ኣብ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ምተዛተናሉ። ግና ከምዚ ክብለካ ዝጽናሕኩ ኮይኑ። ካልእ ኣማራጺ እንተዘየሎ ንዘራረብ፡ እንተዘይኮይኑ ግና እዚ ውድብ ሕጂ ክንብትኖ ኢና ተባሂሉ። ሓደስቲ ኣባላት እናእተና ክንሓናፍጸ ምኽኣልና፡ ብዛዕባዚ 'ውን ምስኣቶም ምተዘራረብና ኔርና። ግና ኣይተዘራረብናሉን።

ኮኔል፡- ምዝርራብ ስለ ዝተኽልከለ ድዩ?

ብርሃነ፡- ኣይፋሉን። ክልኩል ኣይነበረን። ሓቂ'ሓይሽ ድሕሪ ናጽነት ኣንፈት ኣጥፊእና ኔርና።

ኮኔል፡- እተን ድሕሪ ሓርነት ዝነበራ ሰለስተ ዓመታት ኣዝየን ኣገደስቲ 'የን። ምኽንያቱ ኣብ ፖለቲካዊ ባህሊ'ቲ ምንቅስቓስ ሓደ ገዚፍ ስምዒት ዝገንፈለሉ ግዜ'ዩ ኔሩ። ብር እንተበልካ ግና ኵሉ ስልጣን ብቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ተባሒቱ ትረኽቦ።

ብርሃነ፡- እቲ ዝዓበየ ጸገም ንሱ'ዩ።

ጴጥሮስ፡- ኣነ ነዚ "ምጥፋእ ኣንፈት" ዝተባህለ ትንተና ኣይሰማማዓሉን'የ። ምኽንያቱ "መን'ዩ ኣንፈት ኣጥፊኡ? ምጥፋእ ኣንፈት ክንብል እንከሎና እንታይ ማለትና'ዩ" ዝብል ሕቶታት'ዩ ዝመጽእ። ከም ዝበልካዮ እቲ መግለጺ ወግዓዊ'ዩ ኔሩ። ከም ዝመስለኒ ንሱ (ኢሳያስ) መመሳመሲ ሓሳባት ከምጽእ'ዩ

ዝደሊ ኔሩ። ነቲ ድሕሪ ናጽነት ዝነበረ ክውንነት ክቕበል ስለ ዘይደለየ'ዩ ከምኡ ዝብል ኔሩ። ምኽንያቱ ተጋደልቲ ወሰኽ ደሞዝ ክግበረሎም ጠለብ ኣቕሪቦም ኔሮም። ንወለድና ገለ ክንገብረሎም ዝብል ሕቶ'ውን ኣስዒቦም። ብዛዕባ ክዳውንትን ካልእን ነገራት ሕቶታት ክመጹ ጀሚሮም። እዚ ሕቶታት ዓቕሉ'ዩ ዘጽብበሉ ኔሩ። ነዚ'ዩ ንሱ ምጥፋእ ኣንፈት ኢሉ ጸዊዕዎ ። " ሃገር ቅድሚ ኩሉ" ዝብል ጭርሖ "ፈለማ ንዓይ" ብዝብል ይትካእ ኣሎ ኢሉ'ዩ ተንቲንዎ። ስለዚ ቃል ብቓሉ "እዚ ክንገብሮ ኣይንኽእልን ኢና፡ ኣየዋጽእን'ዩ" ኢዩ ዝብል ኔሩ።

ስለ'ዚ ሰባት ኣንፈቶም ኣጥፊኡም ዝበሃል ዘረባ ኣይቅበሎን ኢየ። ድሕሪ ናጽነት ተጋደልቲ ብዛዕባ ምምሕያሽ መነባብሮኦም ክሓቱ ቅቡልን ባህርያዊን ኢዩ ። ምጥፋእ ኣንፈት ዘይኮነ ባህርያውን ቅቡልን ሕቶ ተጌሩ ክርእ'ዩ ዝግብኦ ኔሩ። ስእነት ዝወለዶ ሕቶ ጌሩ ኣብ ክንዲ ዝርድኦ ድኽነት ኣእምሮ'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ስለ ዝዘለለ ንድሌት ህዝቢን ተጋደልትን ክቕልብ ኣይከኣለን።

ክሳብ ዕስራ ግንቦት ብዛዕባዚ ኣይጋብኣናን። ንጽባሕቱ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸ ኣዋጅ ብግምጣሉ'ዩ ኔሩ። *እዞም ተጋደልቲ ሓቆም'ዮም። ብዙሕ ሸግራት ኣለዎም፡ ሞሳ ይግብኦም'ዩ።* ትካላትን ኢንዱስትሪን ንምክልኻል ክወሃባ፡ ሓይልታት ነብሰን ክኽእላን ገለ ገንዘብ ከም ዝወሃቡ ክንገብርን'ዩ ኔሩና ተባሂሉ።

እዚ ግና ልባዊ ኣበሃህላ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ 94 ዳግማይ ናብ'ቲ ሓሳብ ተመሊሱ "ስለምንታይ ንኽሕድ፡ እዚ ኣንፈትካ ምጥፋእ ዶ ኣይኮነን" ይብል ኔሩ። እዚኦም ከም ምጥፋእ ኣንፈት ተራእዮም። ብርሃነ ተረዲእካኒ እንተለኻ ኣነ ዝብሎ...

ብርሃነ፡- ኣይፋልን። ኣነኮ ነቲ ምጥፋእ ኣንፈት ተባሂሉ ዘሎ ጭብጢ ክህበሉ ኣይኮንኩን ዝፍትን ዘሎኹ። ክሳብ 20 ግንቦት ከምቲ ቅድሚ ናጽነት ዝነበረ ዓይነት ኣኼባታት ኣይተኻየደን ኢየ ዝበልኩ።

ኮኔል፡- 20 ግንቦት ዲኻ ዝበልካ? ኣኼባ ማእከላይ ኮሚተ ሽዑ ተጌሩ?

ብርሃነ፡- ኣይፋልን። 20 ግንቦት ናይ ተጋደልቲ ኣድማ'ዩ ኔሩ። ከምቲ ጴጥሮስ ክበለካ ዝጸንሐ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ብተጋደልቲ ዝቑርብ ሕቶታት ኔሩ'ዩ። ተጋደልቲ ንመነባብሮኦምን ስድራኦምን ዝምልከት ናይ ደሞዝን ናይ ጁባ ገንዘብን ሕቶታት ከልዕሉ ጀሚሮም። ሽዑ ናይ ሻሂ ውን ገንዘብ ኣይነበሮምን።

ደቂ ሃብታማት ስድራ ወይ ኣብ ከተማታት ርእሰ ማል ካብ ዘለዎም ስድራ ዝውለዱ ገዲፍካ፡ ተጋደልቲ ሓንቲ ኣይነበሮምን። ስድራና ክንርኢ ገንዘብ ሃቡና ዝብል ሕቶ ክቕርቡ ጀሚሮም። ነዚ ዝተወሃቦም መልሲ ኣይነበረን። ተጋቢእና ብዛዕባ'ዚ ክንውሰን እናተገባእና ትም ኢልና። ሓቂ 'ሓይሽ ኩልና ኣባላት መሪሕነት ካብ ኢሳያስ ጀሚርካ ነዚ ሕቶታት ክምልስ ይግባኡ ኔሩ።

ሽዑ ቀስ ብቐስ ሽግራት ክውህለሉ ጀሚሮም። ንሰለስተ ዓመታት ዝገበርናዮ ነገር ኣይነበረን። ናይ ውድብ ኣኼባ ኣይገበርናን። ንገለ ጉዳያት ንምዝታይ ተባሂሉ

ናይ ማእከላይ ኮሚቴ ኣኼባታት ይግበር ኔሩ'ዩ። ግና ንቁጠባዊን ካልእን ጠለባት ተጋደልቲ ኣብ ዛዕባና ኣየእተናዮንን።

እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ስሩዕን ወዝቢን ኣኼባታት ኢሳያስ ከምዚ ዝበሉ ሕቶታት ናይ ኣንፈት ምጥፋእ ምልክታት 'ዮም ኢሉ'ዩ ንመርገጺኡ ምኽኑይ ክገብሮ ዝፍትን ኔሩ። ናጽነት ዝፈጠሮ ናይ ፌስታ ስምዒት ካብ መስመርና ክንወጽእ ጌሩና'ሎ ኢዩ ዝብል ኔሩ።

ኣብ 18 ግንቦት 1993 (ክልተ መዓልታት ቅድሚ'ቲ ኣድማ) ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ኔሩና። ኣብዚ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚተ ንዘመነ ኣገልግሎታ ብኣርባዕተ ዓመታት ከተናውሕን ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ክትከውንን ተወሰነ። ንዝመጽእ ኣርባዕተ ዓመታት ደሞዝ ዝበሃል ከም ዘይህሉ 'ውን ኣፍለጠት። እዚ መግለጺ ምስወጸ ኣብ ጽባሑ ተጋደልቲ ኣድማ ጌሮም።

ውህለል ሽግራት ዝፈጠሮ ኣድማ'ዩ ኔሩ። ነዚ ዝተዋህበ መግለጺ "ኣንፈትና ንጥፍእ ስለ ዘሎና'ዩ" ዝብል'ዩ ኔሩ። *ሰባት ቀልጢፎም ክህብትሙ ክደልዩ ጀሚሮም። ድሕሪ ናጽነት ተጋደልቲ ሞሰኦም ረኺቦም ልዕሊ ህዝቦም ክኽኑን ክህብትሙን ድሌት ኣሕዲሮም* ተባሂሉ።

ፕረዚደንት ንህዝቢ ዝሃቦ መግለጺ እዚ'ዩ ኔሩ። ቅኑዕ መግለጺ ኣይነበረን።

ጴጥሮስ፡- ናብራይ ከመሓይሸ'የ ምባል ከም ምጥፋእ ኣንፈት ተራእዩ። ነዚ ዝበሎ ገለ ክምልኣለ። ድሕሪ ናጽነት ኮፍ ኢልና እንታይ ንግበር ንምባል ኣይተጋባእናን። ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝካየድ ሪፈረንዱም እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ንመጻኢ'ታ ሃገር ዝምልከት ዘተ ኣይተገብረን። ሽግራት ተኸሚሮም ክሳብ ዝጸኽጡኻ ስኽ ኢልካ ኣይትርእዮምን ኢኻ።

ኣብ ጽባሕ ናጽነት ፈለማ ዝወጸ መግለጺ *ኣብ ሚኒስትሪኹም ወይ ክፍልኽኹም ዘለው ዘየድምው ተጋደልቲ ናብ ክረን ልኣኽሉና* ዝብል'ዩ ኔሩ።

ኣብ ሜዳ እናሃሎና ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ብቑጥታ ኣገልግሎት ዘይህቡ ብዙሓት ስንኩላን ኔሮም ኢዮም። ግና ህይወቶም ይኽጽሉ ኔሮም። ኩሉ ዓኽሙ ዘፍቅደሉ የበርክት ኔሩ፡ ብገለ መገዲ ኽእ ይጠኽሙ ኔሮም 'ዮም። ድሕሪ ናጽነት ግን ብኽምዚ ክኽጽሉ ኣይክእሉን 'ዮም ተባሂሉ። 7 ሽሕ ዝኾኑ ስንኩላን ኣብ ክረን ተኣኪቦም።


ንህዝቢ ክረን ዓብዪ ጸገም ኮንዎም። እንታይ ከም ዝገብርዎም ሓርበቶም። መብዛሕትኦም ከቢድ ኣካላዊ መጕዳእቲ ዘለዎም ፡ ዕድመ ዝደፍኡን ናይ ስድራ ጸገም ዝነበሮምን ኢዮም። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኩሎም ከንጸርጽሩ ጀሚሮም። ሽዑ ኢሳያስ "ነናብ ኣሃዱኦም ምለስዎም" ክብል ኣዚዙ።

እዞም ዝብለካ ዘለኹ ተጋደልቲ ክርእዩ ዘይክእለ፡ ከቢድ ኣካላዊ መጕዳእቲ ዘለዎም ስንኩላን፡ ብዕድመ ዝደፍኡን ኣብ ደጀን ኮይኖም 'ውን ክሰርሑ ዘይክእሉ ኢዮም። ናብ ኣሃዱኦም ተላኢኾም። ኣሃዱታቶም ገዛውቲ ክሃንጸሎምን ክከናኸንዎምን ከኣ ለበዋ ተባህበን።

ሽግር ብዘንቢል... መዓት ሽግር'ዩ ኔሩ።

እቶም ኣሃዱ ሰራዊት 'ዮም ከም ትፈልጠ። ጸኒሑም ግና ዓዲታት፡ ኮማት፡ እናበሉ ምስ በዝሑ ንስንኩላንን ቆልዑን ግድን ሓደ ነገር ክግበረሎም ኔርዎ። ግቡእ ቆላሕታ ዘይተገበረሉ ሽግር'ዩ ኔሩ።

ብዛዕባ 15-20% ዝኾኑ ብኣመራርሓን ጸልማት መጻኢን ዘይተሓጎሱ ሰባት ኢና ንዛረብ ዘለና።



ብርሃነ፡- ንሱ (ኢሳያስ) ክህቦ ዝህቦ ዝነበረ ምስምስ *ክፍልታት ሀግሓኤ ብዘይውዱብ ኣገባብ ካብ ሳሕል ናብ ኣስመራ ብምእታወን ሽግራት ይፈጥራ* ምንባረን'ዩ።

ኣንፈትና ከነጥፍእ ምኽንያታት ዝኸውን ዘሎ እዚ ኢዩ ዝብል መግለጺታት'ዩ ዝህብ ኔሩ። እቶም ቤት ጽሕፈታትን ካልኦት መሳለጥያታትን ሳሕል ግልጽ ኢሉ ዝጠመቶም 'ውን ኣይነበረን። እዚ ናተይ ጌጋ ኣይኮነን ኢዩ ዝብል ኔሩ። ናብ ኣስመራ ክመጻ ከይተነግረን ብዘይ ውዱን ኣገባብ ካብ ሳሕል ምእታወን'ዩ ነዚ ሽግራት ኣምጺኡ ዝብል መግለጺታት'ዩ ዝህብ ኔሩ።

ብርሃነ፡- ብሓቂ ንሱ ኣይኮነን ኔሩ እቲ ሽግር። ንሱ ግና እቲ ጠንቂ ምጥፋእ ኣንፈት እዚ'ዩ ኢሉ ተዛሪቡ።

ኮኔል፡- በዚ'ዩ ዕግርግር መጺኡ ማለት'የ?።

ብርሃነ፡- እወ። ምጥፋእ ኣንፈት ዝሰዓበ፡ ክፍልታትን ካልኦት ኣሃዱታትን ደጀን (ሳሕል) ብዘይ ናቱ ኣፍልጦ ናብ ኣስመራ ብሓደ ስለ ዝወሓዘ'ዩ ኢዩ ዝብል ኔሩ። "መን ከም ዘምጽኣን" ዝፈልጦ የብለይን ኢዩ ዝብል ኔሩ። እቲ ሽግር ብቐንዱ ንሳተን ዘበገሰኡ ምኽኑ ከኣ ተዛሪቡ።

ጴጥሮስ፡- ቅድሜ ናጽነት ተጋደልቲ ብመሪሕነት ውድብ ብዙሕ ሕጉሳት ኣይነበሩን። ናይ 87 ማእከላይ ኮሚተ ከምታ ቅድሚኣ ዝነበረት ማእከላይቲ ኮሚተ ኣይነበረትን። ምኽንያቱ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኣዝዩ ዝተወደነ'ዩ ኔሩ። ነፍሲ ወከፍ መን ክረቁሕ ከም ዝደሊ ክውሰን ወረቐት ተዓዲልዎ ኔሩ'ዩ። ስለ'ዚ እከለ ከመይ'ሉ ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ይህሉ ዝብል ናይ ዘይምቕባል ዝንባሌታት ክርኢ ጀሚሩ።

ኮኔል፡- እታ ውድብ ዝርዝር ኣስማት (ስሌዳ) ኣዳልያ ነዚ ኢኹም ትመርጹ ኢያ ትብሎም ኔራ ማለት ድዩ?

ጴጥሮስ፡- ሰብዓ እንድሕር ደሊኻ ናይ ሰማንያን ሓሙሽተን ሰባት ዝርዝር ይዳሎ። ዓሰርተው ሓሙሽተ ይግለፉ ማለት'ዩ። በቃ።

ድሕሪ 87 ወተሃደራዊ ኩነታት ናብ ረብሓና'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ብቕዓት መሪሕነት ግን ብዙሕ ዘይዕግበት ኔሩ። ሰኣን ብቑዕ ምሕደራ ኣብ ክፍልታት ግንባር ብዙሕ ቅሬታታት ኔሩ። እዚ ንተጋደልቲ ዝሓቕዮም ዝነበረ ስምዒት'ዩ።

ናብ ኣስመራ ምስ ኣተና 'ውን ማእከላይ ኮሚተ ክንድ'ቲ ጽቡቕ ስም ኣይነበራን። ተግባራታ ተቓሊዑ'ዩ ኔሩ ክበሃል ይከኣል። ፕረዚደንት መሪሕነት ክሳብ ክንደይ "ካብ ስራሕ ወጻኢ ከም ዝኾነ" ክዛረብ ዝጀመረሉ ግዜ'ዩ ኔሩ። "ካብ ስራሕ ወጻኢ" ምባል 'ውን እኹል ኣይኮነን..... "በስቢሱ'ዩ" ኔሩ።

"እዚ መሪሕነት በስቢሱ'ዩ"። "ምስ ከምዚ ዝበለ ዝበስበሰ መሪሕነት ክቕጽል ኣይክእልን'የ" ግድን ሓድሽ ወለዶ ከነእቱ ኣለና ዝበለሉ ግዜ'ዩ ኔሩ።

እዚ ክብል እንከለ*ሎ* ሓደ ሓቂ መልእኽቲ'ዩ ዘመሓላልፍ ኔሩ። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ውዳበና ላሕሊሑ፡.... ኣመና ላሕሊሑ'ዩ ኔሩ።

ድሕሪ ናጽነት ከምቲ ዝድለ ንመጻኢ ክንዳለ*ው* ጕዳያት ክንዝቲን ኣይተረኣናን። ይግባኣና ኔሩ ግን ኣይገበርናን። ኣብ ኣመሓድራ'ዛ ሃገር ከኣ ብዙሕ ዘይዕግበታት ይቀላቐል ኔሩ። እዚ'ውን ንባዕሉ ሓደ መረረ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ስለዚ ኢሳያስ ንነብሱ ካብ ማእከላይ ኮሚቴ የግልል ኔሩ ዲኻ ትብለኒ ዘሎ*ኻ*? "ኣነ ኢድ የብለይን ንሳቶም ኢዮም" ድዩ ዝብል ኔሩ?

ቈጥሮስ፡- ቃል ብቓሉ ከምኡ'ዩ ዝብል ኔሩ። "ኩሉ ሰብ ስለ ዝበስበሰ ሕጂ ሓድሽ ደም (ወለዶ) ሃቡኒ'ምበር ነዛ ሃገር ከመይ ከም ዝመርሓ ከርእየኩም ኢየ" ኢዩ ዝብል ኔሩ።

ብርሃነ፡- ቅድሚ ናጽነት ኣብ 1986 ደርግ እናተዳኸመ ምስ መጸ ሸዑ ኢሳያስ ሰሚናራት የካይድ ኔሩ። "ሰለስተ ሓለፋታት" እናበለ ኽኣ'ዩ ዝጽወየም ኔሩ። ኣብ ላዕለዋይ ሓላፍነት (እንተላይ ኣባላት *ፖ*ለቲካዊ ቤት ጽሕፈት (*ንዕኡ ገዲፍካ!*) ብ መስተን ምኾትን ከም እተጠላቐዩ፡ ተጋዳላይ ግና ዕግበት ስኢኑ ሓሲ*ም*ዎ ኣናበለ ይምድር ኔሩ። ቅድም ናጽነት ኣብ 86 ኢየ ዝብለካ ዘሎ*ኽ*!

ሸዑ ተጋደልቲ *ብዘይካ ኢሳያስ* ኩሎ*ም* *ካልኦት ሰታይት፡ ዘመውቲን ብልሹዋትን* ኢ*ዮ*ም ዝብል ስእሊ ኣብ ሓንጎሎ*ም* ክቕርጽ ጀሚሩ። ነዚ ሰሚናራት "ሰለስተ ሓለፋታት" እናበለ'ዩ ዝጽውየ ኔሩ።

*ነዞን ሰለስተ ሓለፋታት መራሕቲኹ*ም ተቓለስዎን ኢዩ ኔሩ መደረኡ።

ኮኔል፡- እንታይ'የን እዘን " ሰለስተ ሓለፋታት"?

ብርሃነ፡- መስተ፡ ምኾት፡ ዝሙ*ት*...

እዘን ሰለስተ ሓለፋታት ኣብ 86 ህቡባት'የን ኔረን።

ቈጥሮስ፡- "ጸረ ሰለስተ" ኢሉ'ዩ ዝጽውየ ኔሩ።

ሸዑ ወፍሪ ጀሚሩ። ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ይኹን *ፖ*ለቲካዊ ቢ/ጽ ኣይገበረን። ነቲ ሰሚናራት ዝዳለዎ ባዕሉ'ዩ ኔሩ።

ኩሉ ካልእ በዘን ሰሚናራት ተገሪሙ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኩሉ ቦታ ሓለፍነት ዘለው ተጋደልቲ "ብዘይካ ሓደ ኢሳያስ ካልእ ኩሉ ብልሽው'ዩ" ክብል ጀሚሩ ኔሩ። ላዕለዎት ካድራትን ማእከላይ ኮሚቲን በዚ ኣይተሓጐሱን።

ንኹሉ ኣብ ልቦ*ም* ሒዞሞ ትም ኢሎ*ም*። ካብኡ ንደሓር ግና ተወፋይነቶ*ም* ኣንቁልቂሉ ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ ንተበግሶኦ*ም* ቀቲልዎ ኢዩ። ባህላዊ ሰውራ ቻይና ኣብ ኤርትራ ቃል ብቓሉ ክትግብር ንመጀመርታ እዋን ክንርኢ ዝኽኣልናሉ ኣጋጣሚ'ዩ ኔሩ።

ብርሃነ፡- ዓመት ቅድሚ ካልኣይ ጉባኤ ህግሓኤ'ዩ እዚ ዝኸውን ዘሎ።

ኮኔል፡- ሸው ዓመት 'ዶ ኣይኮነትን እታ ውድብ ጉባኤ ኣካይዳ?

ብርሃነ፡- ክልተ ወርሒ ቅድሚ ጉባኤ ህግሓኤ'ዩ ኔሩ መስለኒ።

ኮኔል፡- ጥቓ ንጥቓ 'ዩ ኔሩ ማለት ኢዩ።

ብርሃነ፡- ካብ 1984/5 ጀሚሩ ተራ ውድብ እናንቄልቄለ'ዩ ዝመጽእ ኔሩ።

ኮኔል፡- ንሱ'ውን ካብኡ ከግልል ጀሚሩ ሓቀይ?

ብርሃነ፡- እወ ብርግጽ!

ጴጥሮስ፡- ካብኡ እናረሓቐ መጺኡ። ኮለ ሰብ ከኣ "ረኣዩ ብዘይካ'ዚ ሰብኣይ ካልእ ሓደ ንጹህ የለን። ኮሎም ካልኦት ብልሽዋት ኢዮም" ኢዮም ዝብሉ ኔሩም።

ኮኔል፡- ሓንሳብ ግዳ ንድሕሪት ክመልስካ። ናብ ምምስራት ውድብ ንኺድ። ሃይለ መንቆርዮስ ከም ዘዕለለኒ ምንቅስቃስ መንካዕ ነታ ውድብ ንቕድሚት ኣብ ምስጓም ኣዎንታዊ ተራ'ዩ ኔርዎ። ንሱ ክሳብ 75 ኣብ'ታ ውድብ ኣይነበረን። ከምዚ ዝበለ ርእይቶ'ዩ ዘለዎ። ብዛዕባ'ቲ ግዜ ዘይበርሃለይ ነገራት ኣሎ። መዓስ ኢኻ ኣባል ውድብ ኳንካ?

ጴጥሮስ፡- 1976 መራሒ ቦጦሎኒ እናሃሎኹ።

ኮኔል፡- ፈለማ ምሳኻ እተራኸብናሉ ዓመት ማለት'ዩ።

ጴጥሮስ፡- ሸው ነገራት ብዙሕ ይርድኡኒ ኣይነበሩን።

ብርሃነ፡- ኣነ'ውን ከምኡ። ኣብ 1976 መራሒ ቦጦሎኒ እናሃለኹ'የ ኣባል ውድብ ኮይነ።

ኮኔል፡- ስብሓት ኤፍሬም 'ውን መራሒ ቦጦሎኒ'ዩ ኔሩ ሓቀይ? ሸው ድዩ ናብ ውድብ ተጸንቢሩ?

ብርሃነ፡- እወ።

ጴጥሮስ፡- ዓሊ ሰይድ ዓብደላን ኣስመሮምን ኣብ ወኪ-ዛግር እናሃሎና መጺኦምና። ሸው መጺእካ ኔርካ ሓቀይ።

ኮኔል፡- እወ ወርሒ ሓምለ ኣብኡ'የ ኔረ። ኣብ ሳቡር ምስ ኮሎም ተራኺበ።

ብርሃነ፡- ንስኻ'ውን እኮ ኮኔል ኣባል ውድብ ክትከውን ይግብኣካ ኔሩ። (ስሓቕ)

ኮኔል፡- ብዙሓት ሰባት'ኮ ኣባል'የ ዝመስሎም ኔረ (ሰሓቕ)

ጴጥሮስ፡- *ሸዑ ዓሊ ሰይድን ኣስመሮምን ጸዊየም ሓደ ውድብ ኣለ።ና። ንሕና ክም ብቑዕ ሰብ ኢና ንፈልጠካ። ምኽንያቱ ድሕሪ ቅልውላው 73 ዘሕለፍካዮ ሰዓይ ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና። ካብ ማንም ንላዕሊ ኢኻ ተሳቒኻ። ንሃገርካ እምበር ንማንም ካልእ ትቃለስ ክም ዘየለ።ኻ ንምርኣይ ዝገበርካዮ ጸዕሪ 'ውን ኩልና ንግንዘቦ ኢና ኢለ።ምኒ።*

ሸዑ ንቅልውላው መንካዕ ዝነበረ ኣተሓሕዛ ብዙሕ ዕጉባት ኣይነበርናን። ኣባላት ጸጥታ ሕማቕ ኣተሓሕዛ'ዩ ኔርዎም። ሰባት ይጥቁሙን ይውንጅሉን ኔሮም። ካብ እተወሰና ዓድታት ንዝመጹ ሙሴን ካልኦትን ብፍላይ ግዳያት ጌሮሞም።

ወሲዶም ሕቶታት ይሓትዎም..የፈራርህዎም። እዞም ሰባት ዝፈልጥዎ ነገር ስለ ዘይብሎም መሊሱ ጋን ይኾኖም ኔሩ። ንሕና ንባዕልና ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ንፈልጦ ነገር ኣይነበረን። ኣተሓሕዛ 'ዞም ሰባት ግና ብዓይኒ ጠርጠራ ክም እንርእዮ ይገብረና ኔሩ። እዞም ሰባት ብኽምዚ ኣገዛዮም ስለ ዝተጓነዩ ክም ሓደ ጉጅለ ኮይኖም። እዚ'ውን ንባዕሉ ዓብዪ ሽግር'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- በዓል መን'ዮም ኔሮም?

ጴጥሮስ፡- ካብ ሕብረት ሶቪዬት ዝመጹ እኒ ሃይለ "ጀብሃ"ን መሓሪ ግርማጼንን፡ እቲ ካብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዝመጸ "ኡሱስ" እንብሎ ወዲ'ርባዕተ'ውን ኔሩ።

ብርሃነ፡- ኢዮብ'ውን ኔሩ ተመሃራይ ሶቪዬት ዝነበረ። ዶ/ር ኢዮብ።

ጴጥሮስ፡- እዞም ሰባት ኣዝዮም እናግነኑ መጺኦም። ዝፈትዎም ሰብ ግን ኣይነበረን። "የማናውያን" እናተባህሉ ኸኣ ክጽውዑ ጀሚሮም። መንካዕ ጸጋማዊ'ዩ ኔሩ። እዚኣቶም ከኣ የማናውያን ተባሂሎም። ወግዓዊ ስሞም ኣይመስለንን።

ኮኔል ፡- እዚ ክሳብ 74' ዩ ኔሩ ሓቀይ?

ብርሃነ፡- ክሳብ 76 እምበር። 75/76።

ጴጥሮስ፡- እዚ'ዩ እዚ'ባ እናበሉ ሰባት ክወስዱን ክምርምሩን መሊሶም ክሰድዎምን ጀሚሮም።

ኮኔል፡- እዞም ሰባት 'ዮም ንጉዳይ ጸጥታ ዝቈጻጸርዎ ኔሮም ሓቀይ?

ጴጥሮስ፡- ካብ 73 ጀሚርካ ንሶም 'ዮም።

ብርሃነ፡- ገለ ክውስኽሉ። መንካዕ ክም ጉጅለ ናይ ገዛእ ርእሱ ጭርሖታት ኔርዎ። *እዚ ግንባር ናይ ገዛእ ርእሱ ፕሮግራም የብሉን ዝብል ሕቶ 'ውን* ኣልዒሉ ኔሩ። ሽግራት ብሓደ ዓይኒ ክእለዩ ኣለዎም። ፍትሒ ዝበሃል የለ።ን ወ.ዘ.ተ ዝብል ኣርእስቲታት 'ዮም ዘልዕሉ ኔሮም። እዚ ዘለ።ው መሪሕነት ንግንባር ክመርሕ ብቑዕነት የብሉን ዝብል መርገጺ ኔርዎም። ጭርሖታቶም እዚ'ዩ ኔሩ።

ኣንጻር'ዚ ከኣ ኣብ ሳሕል የማናዊ ምንቅስቓስ ተቐልቀለ። እዚ ምንቅስቓስ ንመንካዕ ነጺግዎ። መንካዕ ካብ ከባቢ ሰገነይቲ ኣተኣከቡ ጉጅለ 'ዮም ኔሮም። ነቲ ግንባር ፕሮግራም የብሉን ንዝብል'ኳ እንተተቐበልዎ "ግዜኡ ዘይኣኽለ" ሕቶታት ኢኹም ተልዕሉ ዘለዎኹም ብምባል ነጸግዎም።

እዞም የማናውያን (የሚን) መብዛሕትኦም ደቂ ሓማሴን'ዮም ኔሮም። ብኣውራጃዊ ስምዒት ኢዮም ሰባት ዝውድቡ ኔሮም። ንሃገራዊ ዕላማ ኣይኮንኩምን ትቃለሱ ዘለዎኹም ተባሂሎም። ብኣዕናዊ ምንቅስቓስ ተኸሲሶም ከኣ ተፈሪዶም።

ኮኔል፡- መዓሰ'ዮም ተፈሪዶም? 76 ድዩ?

ብርሃነ፡- ካብ 75-76

ኮኔል፡- ዝተረሽኑ ኔሮም?

ብርሃነ፡- እወ።

ኮኔል፡- ኣብ መንካዕ ሽውዓተ ተቐቲሎም ሰሚዐ ኔረ?

ጴጥሮስ፡- ኣይዝከረንን። ምኽንያቱ እንታይ ኣጋጢሙ ብልክዕ ክትፈልጥ ኣይትክእልን ኢኻ። ናብ ሓደ ቦታ ንኽግዕዙ ተኣኪቦም ምንባሮም ግና እዝክር።

ኮኔል፡- "የሚን 'ውን" ከምኡ ድዮም ተጌሮም? ኣብ 1973 ዝተረሽኑ ኣባላት መንካዕ ኔሮም ሓቂይ?

ብርሃነ፡- ኮለሎም ተኣሲሮም 'ዮም ኔሮም። ንተጋደልቲ እንተላይ ነቶም ኣብ ኣኼባ ዝነበርና ከኣ ፍርዶም ከም እተቐበሉ ተነጊሩና።

ኮኔል፡- ገሊኦም ዳግማይ ኣይተራእዮን። ብዘይጥርጥር ተቐቲሎም ክኾ'ለዎም?

ጴጥሮስ፡- እወ ድሕሪኡ ዝተሰወሩ ኣለው።

ኮኔል፡- ክንደይ ዝኾኑ የመስለካ። 5/6 ዶ ይኾኑ?

ጴጥሮስ፡- እንድዒ። ብውሑዱ 5/6 ይኾኑ'ዮም።

ብርሃነ፡- እወ ካብኡ ኣይበዝሑን'ዮም። እቶም ኣዝዮም ንጡፋት ዝነበሩ'ዮም ተረሺኖም። መሓሪ ግርማጼን፡ ሃይለ "ጀብሃ"፡ ኢዮብ ወዲ 'ርባዕተ። ካብ ሓሙሽተ ኣይበዝሑን'ዮም።

ኮኔል፡- ሽሪፎ ዝተቐትሉ ሽውዓተ'ዮም ኢዩ ዝብል።

ብርሃነ፡- ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። መለሳ የብሉን። ተመሳሳሊ ቀጽሪ'ዩ። ሽው ዝተዋህበ ዕላዊ መግለጺ፡ መንካዕ ዘልዓልዎ ሕቶታት ግዜኡ ዘይሓለወን ኣዕናዊን ስለ ዝኾነ ፍርዶም ተቐቢሎም ዝብል'ዩ ኔሩ። እቶም የማናውያን

'ውን መንካዕ ንምቅላስ ጸቢብ ኣውራጃዊ ስምዒት ከም መሳርሒ ስለ እተጠቐሙ ፍርዶም ተቐቢሎም ኣለው ተባሂሉ።

ኮኔል፡- ምስ ሳበ ገለ ርክብት ኔርዎም ድዩ?

ብርሃነ፡- ኣይፋልን። ኣይመስለንን።

ኮኔል፡- ኣብ ፈለማ ምምስራቱ እቲ ውድብ ክሳብ ክንደይ ዴሞክራሲያዊ'ዩ ኔሩ ትብል? ኣብ'ቲ ዳሕራይ እዋን ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ይዓዩ ከም ዘይነበረ ነጊርካኒ። ኣብ ፈለማኡ ዴሞክራሲያዊ'ዩ ኔሩ ምባል ይከኣልዶ?

ብርሃነ፡- ሸዑ ግዜ ዕጉባት ዝነበርና ይመስለኒ። እንዓየሉ ሓደ ቅኑዕ መንገዲ ሒዝና'ለና ኢና ንብል ኔርና። እታ ውድብ ኣብ ኣባላታ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቶም ኣባላት ዘይነበሩ'ውን ዓብዪ ርእሰ ምትእምማን እያ ትፈጥር ኔራ። መራሕታ ኣብ ዝተፈላለ ጽፍሕታት ሓለፍቲ ስለ ዝነበሩን ንመስዋእቲ'ውን ቅድሚ ኩሉ ዝግደሙ ብምንባሮም ኣዝዮም ህቡባት'ዮም ኔሮም።

ኮኔል፡- ጸጥሮስ መዓስ ኢኻ ናብ ግንባር ተሰሊፍካ?

ጴጥሮስ፡- 72

ኮኔል፡- ካብኡ ንደሓር ስምካ ምስ መንካዕ እተኣሳሰረ'ዩ። ንስኻን ስብሓትን።

ብርሃነ፡- እወ ስብሓት ኣባል መንካዕ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ጸኒሑም ፈንዮሞ።

ጴጥሮስ፡- ስብሓት ኣብ'ቲ ቀንዲ ጉጅለ ኣይነበረን።

ኮኔል፡- ብርሃነ ኸ ኣብዚ ነገር ኢድ ኔሩካ ድዩ?

ብርሃነ፡- ኣነ ሸዑ ኣብ ሳሕል ኣይነበርኩን። ዓደን'የ ኔረ።

ጴጥሮስ፡- ሸዑ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ'ዩ ኔሩ።

ብርሃነ፡- ሓይሊ ባሕሪ'የ ኔረ። ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ። ኣብ ሳሕል እንተዝነብር ምጽንባረይ ኣይምተረፈንን።

ኮኔል፡- ኣጽዋርን ስንቅን ብባሕሪ ተመላልሰ ኔርካ?

ብርሃነ፡- እወ።

ጴጥሮስ፡- ኣነን ስብሓትን ኣብ ኣልጌና ኣብ ሓንቲ ኣሃዱ ኢና ኔርና። ኣሃዱና ካብ'ተን "ፈጠርቲ ሽግር። ኢያ ኔራ። ሓላፊ'ቲ ኣሃዱ ኣልኣሚን'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ምስ መንካዕ ርክብ ኔርዎ?

ብርሃነ፡- ኣይፋለጉን።

ኮኔል፡- ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጐድኒ ኢሳያስ'ዩ።

ብርሃነ፡- ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

ኮኔል፡- ድሩፅ ከ ኣበይ ኔሩ? ሜዳ ድዩ ወይስ ወጻኢ?

ጴጥሮስ፡- ድሩፅ ኣብ ቤት ማእሰርቲ'ዩ ኔሩ። ተማሪኹ ተኣሲሩ'ዩ ኔሩ።

ዕላል ምስ ዑቕበ ኣብርሃ

2 ነሓሰ 2001

ነዚ ዕላል ጥቓ ሆቴል ኣላስካላ (ቲራቮለ) ኣብ ዝርከብ መንበሪ ቤት ሚኒስተር ዑቕበ ኣብርሃ ኢና ኣካይድናዮ። እዚ ዕላል ኣብ 1970ታትን 80ታትን ንዝነበረ ታሪኽ ውድብን ኣሰራርሓኡን ንዘለሙ ሓፈሻዊ ሰእሊ ዝምልእ ብምኻኑ ኣገዳሲ'ዩ።

ዑቕበ ኣብ 1970ታት ኣባል ውድብን ግንባርን'ዩ ኔሩ። ኣብ 1976 ክሳ ኣብ ሕመረት መሪሕነት ውድብን ማእከላይ ኮሚተን ኣትዩ።

እዚ ዕላል እነሆ፡-

ኮኔል፡- መዓስ ኢኻ ናብ ሓርነታዊ ቃልሲ ተስሊፍካ?

ዑቕበ፡- 1972'የ ናብ ህ.ግ ተሰሊፈ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣባል ናይታ ኢሳያስ፡ ድሩዕን ካልኦትን ዝነበርዋ ሕብእቲ ውድብ'የ ኔረ። ካብኡ ተበጊሰ ናብ ጉጅለ ዓላ ተጸንቢረ። ብእኡ ኣቢለ ኸኣ ናብ ሜዳ ኣትየ፡ ኣብ 74/75 ኣባል ውድብ ኮይነ።

ኮኔል፡- ብኸመይ ኢኻ ኣባል ውድብ ኴንካ?


ዑቕበ፡- ኣባላት ብመሪሕነት ውድብ 'ዮም ዝምረጹ ኔሮም። ንዓይ ዝመልመለኒ ኣስመሮም ገረዝግሄር'ዩ። ኣብ 1976 ኣባል ማእከላይ ኮሚተን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ ኮይነ ተመሪጸ።

ኮኔል፡- ብዛዕባ ተራ ውድብ ዘሎካ ገምጋም ከመይ'ዩ? ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ክትርእዮ እንከሎኻ ኣሰራርሓኣ ከመይ ኔሩ? ብኸመይ'ዩ ዕዮኡ ዘካይድ ኔሩ?

ዑቕበ፡ ናይ መጀመርታ ዋዕላ ውድብ ኣብ ሓምለ 76 ኣብ ምራራ'ዩ ተኻይዱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብጨናፍርን ዋህዮታትን'ዩ ተወዲቡ ኔሩ። ማእከላይ ኮሚተ ነተን ጨንፈራት ንሳተን ክኣ ብወገነን ነተን ዋህዮታት ይቈጻጸራ። ነፍሲ ወከፍ ዋህዮ 4/5 ኣባላት ኣለውዋ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጨንፈር ክኣ 4/5 ዝኾና ዋህዮታት ኔረን።

ዝኾነት ኣሃዱ ህግሓኤ ሓደ/ክልተ ኣባላት ውድብ ኔሮሚ። ብኸምዚ ኢና ንዓዩ ኔርና።

ድሕሪ ስትራቴጂያዊ ምዝላቕ (78) ደጀን ንውድብ መታን ከረጋግኣ ብምባል እተን ዋህዮታትን ጨንፈራትን ዳግማይ ከም ዝውደባ ተጌሩ።



ዑቕበ ኣብርሃ

ኣብ ውሽጢ'ዚ ውድብ ኩሉ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራዊን ሽግራት ንዘተ ይቐርብ ኔሩ። ኣዝዩ ዝተወደነ ስርዓተ ሓበሬታ ኔሩና። ስሩዕ ኣኼባ ኩለን ጨንፈራት ከኣ በዚ ጌሩ ይበጽሓና ኔሩ።

ኩሎም 'ዞም ጸብጻባት ሕጂ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ይህልው ይኾኑ 'ዮም። ድሕሪ ምዝላቕ እዛ ውድብ ኣብ ምርግጋእ ግንባር ዓብዪ ተራ ኔርዋ'ዩ። ኣብ ግዜ ሰላም በብግዚኡ ሰሙናዊ ወይ ወርሓዊ ንራኽብ ኔርና። ኣብ ምውዳብ ዋህዮታት ውድብ ውሽጣዊ ሕጊ ኔሩ'ዩ። ዋህዮታት ሰሙናዊ 'የን ዝጋብኣ ኔረን። እታ ላዕለወይቲ ኮሚተ ወርሓዊ ትእከብ ኔራ።

ተጋደልቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ጕዳያት ንጹር ኣረኣእያ ክህልዎም ሓጊዝና ኢና። ብዛዕባ ሕብረት ሶቪዬት፡ ውሽጣዊ ፖለቲካ ጸገማት ተ.ሓ.ኤን ኣብ መንጮ ተጋደልቲ ዝነበረ ሽግራትን ንዘተ ይቐርብ ኔሩ። ብዘይካ'ዚ ከም'ኒ መርዓ፡ ባህላዊ ፕሮጀክቲታትን ምድንፋዕ ተሳትፎን ዝመሰሉ ማሕበራዊ ጕዳያት 'ውን ንዝትየሉ ኔርና።

ኮኔል፡- ንምንታይ ደኣ በታቲንኩሚ?

ዑቕበ፡- ኣብ 1980ታት ብዙሓት ኣባላት ዘይነበሩ ተጋደልቲ ብዛዕባ ህላዌ'ዛ ውድብ እናተረድኡ መጺኦም። እዚ ኣለታዊ ጽልዋ ኔርዎ። ገለ ኣባላት ኣዝማዶምን መቕርቦምን ይምልምሉ ኣለዉ ዝብል ወረታት ኔሩ። ንኻልኦት ይጓንዩ 'ዮም ዝብል ትሒምታታት በዚሑ ኔሩ።

1986 ኣብ ዓራርብ ካልኣይ ጕባኤ እናገበርና ብዛዕባ'ዚ ዓብዪ ክትዓት (ዘተ) ኣካየድና። ዝኾነ ድምጺ (Vote) ኣይነበረን። ግና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጕዳይ ኣብ ስምምዕ በጻሕና። ንኣብነት ኣብ ዝቐጽል ጕባኤ ህግሓኤ ኢሳያስ ክመርሕ ከም ዘለዎ ወሰንና።

ኣነ ሽዑ ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ዳግማይ ተመሪጸ።

ማእከላይ ኮሚተ ኣብ 89 ኣብ ኣፍዓበት ኣኼባ ምስ ገበረ፡ ብዛዕባ'ዛ ውድብ እንታይ ንግበር ዝብል ሕቶታት መጺኡ። ብዙሓት ሰባት ውድብን ግንባርን ብኣጠማምታ እናሰመሩ ይመጹ ስለ ዘለው እዛ ውድብ እትህልወሉ ምኽንያት የለን በሉ።

ብዙሕ ጎስጓሳት ይግበር ኔሩ። መወዳእትኡ እዛ ውድብ ኣይተድልን'ያ ኣብ ዝብል ስምምዕ ብጻሕና። ግና ኩልና ብእኩብ ዝወሰድናዮ ውሳነ ኣይነበረን። ብዛዕባኡ ተዘራሪብና እምበር ኣይወሰንናን። ካብኡ ንደሓር እታ ውድብ ተኣኪባ ኣይትፈልጥን'ያ። ብዕሊ ዝተወሰነ ነገር ኣይነበረን፡ ግና ንጥፈታትን ፈጺሙ ናብ ምድስካል ተቓሪቡ።

ጸኒሑ ኣብ 1994 ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ ደጊም ስቱር ውድብ ዝበሃል ከም ዘየለ ኣፍለጠ። መስፍን ሓጐስ እዚ ምብትታን ውድብ መዓስን ስለ ምንታይን ከም እተፈጸመ ሕቶ ኣቕሪቡ ኔሩ።

ኢሳያስ ምሉእ ሓላፍነት ከም ዘለዎን ናቱ ውሳነ ምኻኑን ነገሮ። ሰባት በታ ውድብ ተሰላችዮም ’ዮም ኔሮም። ኩልና ሚስጥራውነት ዘይብሉ ክፉት ውድብ ክህልወና ንደሊ ስለ ዝነበርና ነዚ ተቐቢልናዮ።

ዕላል ምስ ዑቕበ ኣብርሃ

7 ነሓሰ 2001

ከምታ ዝሓለፈት እዛ ዕላል'ውን ኣብ እንዳ ዑቕበ (ቲራ ቮልሞ ጥቓ ኣንስካላ ሆቴል ኢና ኣካዩድናያ።

ኮኔል፡- ብዛዕባኻን ዝተጻወትካዮ ተራን ገለ ዶ ክትብለኒ? ድሕሪ ናጽነት ኣብ እንታይ ሓላፍነት ኢኻ ጸኒሕካ ?

ዑቕበ፡- ድሕሪ ናጽነት ናብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢየ ተወዚዐ። እዚ መቐጸልታ ናይ'ቲ ምስ ግንባር ዝነበረኒ ስራሕ'ዩ።

ቅድሚ ሓርነት ኣብ ዝነበረት ዓመት ሓላፊ ቁጠባዊ ኮሚሽን'የ ኔረ። ቀንዲ ተራይ ግና ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ'ዩ ኔሩ። ድሕሪ ናጽነት ኣባል ሓለቓ ስታፍ ኮይነ ናብ ምክልኻል ተወዚዐ። ኣበ 1991 ሓለቓ ሎጂስቲክ'የ ኔረ።

ኣባል ናይቲ ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዑደት ዝገበረ ጉጅለ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ኢየ ኔረ። ነዚ ዑደት ዝመወሎ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ ኔሩ።

ኣብ 1993 ሚኒስተር ንግድ ኮይነ ተወዚዐ። ጸኒሑ እዚ ናብ ሚኒስትሪ ንግድ ኢንዱስትሪን ቱሪዝምን ሰፍሐ። ቱሪዝም ጸኒሑ ርእሱ ክኢሉ ብደረጃ ሚኒስትሪ ቆመ። እዚ ክሳብ 1996 ጸኒሑ። ጸኒሐ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ተዛዊረ።

ኮኔል፡- እቲ ኩናት (1998) ክባራዕ ከሎ ኣበይ ኔርካ?

ዑቕበ፡- እቲ ኩናት ምስ ተጀመረ ን ሚኒስትሪ ምክልኻል እትቆጻጸር ብፕረዚደንት እትእዘዝ ጉጅለ ተመዚዛ ኔራ። ኣነ ሓላፊኣ ኮይነ ተመዲበ። ሰርሐይ ኣብ ህሉው ወተሃደራዊ ኩነታት ምግምጋምን ርእይቶታት ምድላውን ዝጎደለ ምሕባርን'ዩ ኔሩ።

ቀጺለ (1998) ኣወሃሃዲ ምሕደራን ሎጂስቲክን ምክልኻል ከምኡ ውን ኣማኻሪ ፕረዚደንትን ኮይነ ተመዲበ። ጸብጻበይ ክኣ ናብ ሚኒስተር ዘይኮነ ብቐጥታ ናብ ፕረዚደንት'ዩ ኔሩ።

ኣብ መፋርቐ 99 (ድሕሪ ካልኣይ ዙር ኩናትምስ ኢትዮጵያ) ናይ ጀነራልነት ማዓርግ ተዋሂበ፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልካል ኤርትራ ኮይነ ክሰርሕ ጀሚረ። ኣብዚ ’ውን ንሽውዓተ ኣዋርሕ ጥራይ ኢየ ጸኒሐ።

ኮኔል፡- ምስ ኢሳያስ መዓስ ኢኹም ክትግራጨው ጀሚርኩም?

ዑቕበ፡- ኣብ ሕዳር 99 ዘለኒ ርእይቶታት ክነግሮ ምስ ጀመርኩ’ዩ።

ኣበየ ቦትኡ ትሒምታታት በዚሑ ኔሩ። ኣብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣናት ዘይምርድዳእ ኔሩ። ምኽንያቱ እቲ ልክዕ ኩነታት ኣይተሓበሮምን።

ንሕና ዝዓጸናዮ ኣኼባ ኣይነበረን። እዚ ዘይምርድዳእ ግና ቀጺሉ። እዚ ሓደገኛ ኮይኑ ስለ ዝተራእየኒ ንፕረዚደንት ነጊረዮ።

ኣብ ምትሕልላፍ ውሳነ ዝግበር ተሳትፎ ኣይነበረን። ባይቶን *ፖለቲካውያን* ኣካላትን ብዛዕባ’ዚ ጕዳያት ይዝትዩ የለውን። *ንመጻኢ ወለዶታት ኢልና ንዓመታት ተቓሊስና ኢና። ሕጂ ሓደ ናይ ሓባር መሪሕነት (Collective leadership)’ዩ ክህልወና ዝግባእ* ኢለዮ። ትካላዊ ኣሰራርሓ ፈቲና ጸሊእና ክንክተሎ ከም ዝግባኣናን ዘይተርፍ ጕዕዞ ምኻኑን ሓቢረዮ።

ኮኔል፡- ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ልዕሊ ኵሉ ዘሕስበካ ዝነበረ እንታይ’ዩ?

ዑቕበ፡- ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራትን ባይቶን ዝበሃል ኣይነበረን። ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ’ውን ከምኡ ካብ ዘይእከብ ሓያሎ ግዜ ኮይኑ ኔሩ። ኵሉ ሓበሬታ ብባዶ ሰለስተ’ዩ* ዝመሓላለፍ ኔሩ።

ኣብ ፖሊሲ ናይ ሓባር ተሳትፎ የሎን ኢለ ተቓውሞይ ኣስሚዐ።

ኮኔል፡- እንታይ ተመሊሱልካ?

ዑቕበ፡- ድሕር’ዚ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚተ ግንባር ተጌሩ ብዙሕ ፖለቲካዊ ርእይቶ ቀሪቡ። ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጕስንስ፡ ቁጠባዊ ፖሊስን ካልእን ። መኣረምታ ክግበር ኸኣ ሓቲትና።

ድሕሪ 7/8 ኣዋርሕ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ (ግንባር) ኣካዪድና። ብዛዕባ ሃገራዊ ጕዳያት ድሕሪ ምዝታይና፡ ነዞም ጥርዓናት ክረኣየልና ናብ’ታ ባይቶ ኣቤት ኢልና። ነዚ እትመሚ ኮሚተ ተመዘዘት። እቶም ኣብ ኣኼባ ዝተበጽሑ ውሳነታት ግና ሰዓቢ ኣይረኸቡን።

ኮኔል፡- እቲ ኩናት ከ? ምስ’ዚ ጕዳያት ተላዒሉ ዶ ? ነዚ ኩነታት ብኸመይ ጸልይዎ?

ዑቕበ፡- ኣብቲ ግዜ’ቲ ኩናት ምግባር ኣዝዩ ሕማቕ ነገር’ዩ ኔሩ። እቲ ሽግር ባድመ

*ባዶ ሰለስተ፡ ኣብ ህዝቢ ዝዝርጋሕ ዘይተረጋገጸ ወረ

እንተኾይና ብሰላማዊ መንገዲ ክትፍታሕ ምተኻአለ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድዩ ካልእ ምፈትሑ። ወያነ ግና ናብ ካልእ ክፋላት ኤርትራ'ውን ይግስግሱ 'ዮም ኔሮም።

ብዛዕባ'ዚ ቅልውላው ንባዕሉ 3/4 መዓልታት ምስ ሓለፎ ኢየ ሰሚዐ። ፈለማ ኣትኩሮና ንሃገርና ብንቡር ቅዲ ኩናት ብኽመይ ንከላኸላ ዝብል'ዩ ኔሩ።

ብድሕሪ መጋረጃ ዝነበረ ድርኺት ግና ክጽናዕ ዝግብኦ'ዩ። ጠንቂ'ቲ ኩናት ተባሂሉ ዝተዋህበ መግለጺ ብወገነይ ኣይዓገብኩሉን። ናብ ባድመ ወራር ክንፍጽም ውሳነ ዝወሰደ መን ምኻኑ ንባዕሉ ግልጺ ኣይኮነን።

እዚ'ውን ዜሩ ዜሩ ናብ ኣወሳስና ጕዳያት'ዩ ዝመርሓና። ብቐዳምነት ኣብ ስትራቴጂካዊ ጕዳያት ናይ ሓባር ውሳነ ዝበሃል ኣይነበረን። ንኽምዚ ሕቶታት ዝርኢ ካብ ሚኒስትሪታትን ክፍሊ ሓበሬታን ዝቐመ ትካል ሃገራዊ ጸጥታ ክሳብ ሕጂ የለን።

ብዛዕባ ጕዳይ ሃገራዊ ጸጥታ ሓላፍነት ዝወስድ ሓደ ኣካል ግድን ክህሉ 'ለዎ። እዚ ንሓደ ሰብ (ፕረዚደንት) እንተተገዲፉ ውልቀ ምልኪ'ዩ ከስዕብ። ካልእ መግለጺ የብሉን።

ኮኔል፡- ኣብ መሪሕነት ዘተ እንተዝህሉ ኔሩ ነገራት ናብ ከመይ ኣንፈት ምኽዱ ትብል?

ዑቕበ፡- ንኢትዮጵያ ኣትሒትና ኢና ገሚትናያ። ብዛዕባ ሱዳን 'ውን ዝኾነ ገምጋም ኣይነበረናን። እዚ ግዜ ግርጭት ንምኽፋት ዝምችእ ኣይኮነን። ሰራዊት ዝኾነ ምድላዋት ኣይገበረን። ቁጠባ ግና ድኹም'ዩ ኔሩ። ፖለቲካዊ ኩነታት ርጉእ ኣይነበረን። ግርጭት ምስ ኢትዮጵያ ዘይተርፍ እንድሕር ኔሩ፡ ዓሰርተ ዓመታት ክንጽበ ኔሩና። ፈለማ ሃገር ክትረጋጋእ ይግባእ ኔሩ።

ኮኔል፡- መንግስቲ ከምዚ ዝበሉ ሕቶታት ምልዓል ሕጂ ግዚኡ ኣይኮነን ኢዩ ዝብል። ብዛዕባ'ዚ እንታይ ትብል? ከምዚ ዝበለ ሕቶታት (ነቐፌታትት) ኣብ ክፉት ደብዳበ ምዝርጋሕን ምስ ሚድያታት ቃለ መጠይቕ ምግባርን ከመይ ትርእዮ?

ዑቕበ፡- ንመንግስቲ ኤርትራ ናብ ዴሞክራሲ ምስግጋርን ሱታፌ ምድንፋዕን ናብ መጻኢ ወለዶ ከነሰጋግሮ ዝግባእ ሓድጊና ኢዩ።

ሃገራዊ ጕዳያት ብምዝታይ ኣዒንቲ ሓፋሽ ክንከፍት ኢና ንፍትን ዘሎና። ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ጕዳያት ከምኡ ውን ጕዳይ ሰላምን ኩናትን ነልዕል ኣሎና። ንዴሞክራሲያዊ መስርሕ ኤርትራ መንገዲ ክንጸርግ፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ከኣ ኣዒንትናን ኣእዛንናን ክንከፍት'ዩ ዝግባኣና።

ኣብ'ዚ ጸቒጥና እንድሕር ሰሪሕና ህዝቢ ለውጢ ዝጠለብናለ ምኽንያት ክርዳኣልና ይኽእል'ዩ።

ዴሞክራሲ ፡ ብዙሕነት ሰልፍታት፡ ትካላዊ ኣሰራርሓን ሰብኣዊ መሰላት ዘዘውትር መንግስቲ ይተኸል ኢና ንብል ዘሎና። ቅድም ቀዳድም ግና ቅዋም ናብ ትግባረ ይሰጋገር።

ኮኔል፡- ካብዚ ንደሓር (ቀጺሉ) እንታይ ዝስዕብ ይመስለካ?

ዑቕበ፡- ህዝቢ ለውጢ ከም ዘድሊ እናተረድኡ ይመጽእ ኣሎ። ህግደፍ ንባዕሉ ’ውን ነዚ ኣጻቢቹ ይግንዘቦ’ዩ። ሰዒቡ እንታይ ከም ዝመጽእ ግና ንጹር ኣይኮነን። ነዞም ሕቶታት ክዝትየሎም ድዩ? ወይስ ክሕይረና? ወይስ ንተቓወምቲን ፕሪስን ክእግድ? ንጹር ኣይኮነን።

ኣጋውሉ ግና ምእሳር ተቓወምቲ ጉጅለን ምዕጻው ፕረሰን’ዩ። እዚ ግና መፍትሒ ኣይኮነን።

ምናልባት ንሓጺር ግዜ ክሰርሕ ይኽእል ይኸውን ። ኣብዛ ሃገር ግና ከምዚ ንነዊሕ ክቕጽል ኣይክእልን’ዩ። እቲ “ተቓዋሚ ጉጅለ” ነዚ ክፉት ደብዳበ ክታመ ዘንበረ 15 ሰብ ጥራይ ኣይኮነን። ድምጺ ዘይብሉ ናይ ሓፋሽ ተቓውሞ ’ውን ኣሎ።

ዕላል ምስ ሃይለ ወልደንስኣ "ድሩፅ"

13 ነሓሰ 2001

እዚ ዕላል ኣብ መንበሪ ቤተይ ፕሮጀክት ኣባይቲ ስንበል--- "እንዳ ኮርያ"-- ኢና ኣካዩድናዮ። ብናይ ሸዑ ግዜያዊ ሚኒስተር ዜና ኣቶ ዘምህረት ዮውሃንስ እናተሓገዝኩ ብዛዕባ'ታ ሃገር ሓደ መዘክር (handbook) ኣብ ምድላው ስለ ዝነበርኩ ኣብኡ'የ ዝቕመጥ ኔረ።

ነሓሰ 2001 ምስ ድሩፅ ዝገበርናዮ ዕላል ብኣጨናቒ ሃዋህው ዝተሰነየ'ዩ ኔሩ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንቤት ማእሰርቲ ክወርድ ብእኡ 'ቢሉ ክስወር ምኟኑን ይርድኦ ኔሩ። ነዚ ንድሕሪት ክመልስ ይኹን ሃገሩ ክገድፍ ከም ዘይክእል'ዩ ነጊሩኒ። ናይ መትከል ሕቶ ስለ ዝኾነ ምስ'ቲ ዝተቓወሞ ጨፍላቒ ስርዓት ክሳብ መወዳእታ ክቃለስ ከም ዘለዎ ቆራጽ ውሳኔኡዩ ኔሩ።

ቅድሚ ምስዋሩ ንኻልኣይ ግዜይ ብ 4 መስከረም ረኺበዮ ኔረ። ብዛዕባ ኣባልነት ውድብ ገለ ተወሳኺ መብርሂታት ሂቡኒ' ሎ። ነዚ ኣብ ተለቃቢ (Appendix) ኣስፊረዮ 'ለኹ። ኢሳያስ ነቲ "ሰለስተ ሓለፋታት" ዝሰመዮ ወፍሪ ተጠቒሙ ንፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ካብ 12 ኣባላት ናብ 9 ብኽመይ ከም ዘውረዶን ሰለስተ ጀነራላት ምውሳኹን ኣብዚ በሪሁ'ሎ።

ብተወሳኺ ኣብ 1990ን ብዙሓት ኣኼባታት ውድብ ምንባሮም 'ውን ኣዕሊሉኒ'ሎ። ድሕሪ ናጽነት (ክሳብ ምብታን ውድብ 1994) ኢዮም እዞም ኣኼባታት ተጌሮም። ኣብ ሓደ ካብ'ዞም ኣኼባታት (*ዝተገብረሉ ቦታ ባለዛ*) ኢሳያስ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ውድብ ዘቕርቦ ወረቐት ኔሩ። ቅዳሕ'ዚ ወረቐት ግና ሎሚ ኣይርከብን።

ኣብዚን ኣብ'ቲ ዝሰዓበ ርክብትን ሰለስተ ምርጫታት'ዮም ቀሪቦም።

- ውድብ ተበቲና ሓደስቲ ካብ ባዶ ይተንስኣ ዶ ወይስ
- እዛ ውድብ ናብ ህግሓኤ ትጸንበር'ሞ ድሕሪኡ ኣብ'ዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን ትቐጽል .. . ወይስ
- ክልቲኦም (ህግሓኤን ኤ.ማ.ሰን) ተበቲኖም ናብ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ዘምርሓ ውድባት ሓፋሽ ይመስረታ ።

ወግዓዊ ውሳነ'ኳ እንተዘይነበረ ናይ ካልኣይን ሳልሳይን ምርጫታት ድርብ ሓሳባት'ዩ ቀሪቡ።

ኣብ ጥሪ 1994 እዚ ዘይወግዓዊ ኣኼባ መሪሕነት ተጌሩ። ን3ይ ጉባኤ (1994) ቅሩብ ቅድም ኣቢሉ'ዩ ተኻይዱ። ኣብዚ 'ውን ኢሳያስ ከምቲ ቅድም ዝገበሮ'ዩ ጌሩ። ንመሪሕነት ዝሓጸዮም ዝርዝራት ኣስማት (እንተላይ ሕመረት ማእከላይ ቤ/ጽ

ህግደፍ) ዝገለጸሉ ኣጋጣሚ'ዩ ኔሩ። *ኣምረል ዋቾዕ* (de facto) *መሪሕነት* ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ምኻኑ'ዩ። ድሩዕ ከም ዝነገረኒ እቲ ስሙይ ጅግና *መስፍን ሓጐስ* ኣብ'ቲ ዝርዝሩ ኣይነበረን። 1987'ዩ ካብ ላዕለዋይ *መሪሕነት* ህግሓኤ ሰጕግም። እንተ'ኾነ ተሳተፍቲ'ቲ ኣኼባ ነዚ ስለ ዘይተቐበልዎ፡ ንኣመሓዳሪ ሓጋዝ (ተጋዳላይ ተሓኤ ነበር) ተስፋይ ተኽለ ኣልዒሉ ንመስፍ'ን ሓጎስ ከእትዎ ተቐሲቡ'ዩ። እምበር ኢሳያስ ንሓዋሩ ከወግዶ'ዩ ወሲኑ ኔሩ።

ነሓሰ 13 ኣብ ዝገበርናዮ ዕላል ድሩዕ ብኽመይ *ፖለቲካዊ* ጽልዋ ከም ዝሓደሮ ሰፍሕ ዝበለ ሽፈነ ሂበለ'ኹ። እቲ ቀዳማይ ጽልዋ ዓብዩ ኣባሓጐኡ ባህታ ሓጐስ'ዮም። ባህታ ሓጐስ ኣብ 19 ክ/ዘመን ኣንጻር ኢጣልያውያን ዝተዋግኡ ኤርትራዊ ሓርበኛ ኢዮም። ድሩዕ ብዛዕባ ጅግንነት ባህታ ሓጎስን ራእሲ ተሰማን (ንሶም'ውን በዲኡ ወገን ኣባሓጉኡ 'ዮም) እናሰምዐ ኢዩ ዓብዩ። ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም መስራቲ "ኤርትራ ንኤርትራውያን" ዝተባህለ ንናጽነት ኤርትራ ዝቃለስ ውድብ 'ዮም ኔሮም። ኣባል ሓራካ ዝነበረ ትኩእ ዝተባህለ (ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት እተሰውኡ) ሰብ'ውን ይፈልጥ ኔሩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኣ ምስ እኒ ኢሳያስን ኪዳነ ክፍሉን ዝተበሃሉ ንጡፋት ሰባት ተላልዩ። (*ኪዳነ ክፍሉ 1970 ብተሓኤ ዝተቐተለ!*)

ድሩዕ ኣብ ፈቐዶ ሰሚናራትን ማዕከናት ዜና መንግስትን ብዛዕባ "ጐጅለ-15" ን ተቓወምቲን ዝቐርብ ዘለ ክስታትን'ዩ ኣተኩሩ። እቲ ኣንጻሮም ዝውስድ ዘይተርፍ ስጕምቲ 'ውን ጠቒሰዎ'ሎ።

ድሩዕ፡- ን "ጐጅለ15" ብሰለስተ ዝተፈላለያ ጕዳያት ኢዮም ክኽሰዎ ዝደልዩ ዘለው።

ቐዳማይ *ነዚ ጐጅለ ብጅምላ።* ሃገራዊ ባይቶ ኣኼባ ክገብር ስለ ዝሓተትናን ክፉት ደብዳበ ናብ ህዝቢ ስለ ዝፈነናን። ነዚ ዘይሕጋዊ ኢዮም ዝብልዎ ዘለው።

ካልኣይ ነቶም *ቃለ መጠይቕ* ንዝሃብናዮም ጋዜጠኛታት 'ውን ክንከሶም ኢና ኢዮም ዝብሉ ዘለው። ንህዝቢ ዝመቓቕል ዘይሕጋዊ ተግባር'ዩ ኢሎም ኣቐሚጠም 'ለው።

እቲ ሳልሳይ ክሲ እቲ ንሳቶም *"ክሕደት"* ዝበልዎን ንገሌና ፈጺምኩም ዝበሉናን ነገር'ዩ።

ኮኔል፡- ኣነ'ውን ከምኡ'የ ሰሚዐ።

ድሩዕ፡- እወ። እዞም ኣብ መወዳእታ ዝጠቐስክዎም ክስታት ክልተ ምኽንያታት ይጠቕሱ።

ሓደ፣ ኣብ ጕዳይ ሰላምን ኩናትን ኩሉ በደል ካብ ወያነ መንዚያም ንኤርትራ ብገበን ኩናት ከሲሶማ፡ ንወያነ ካብ ናይ ኩናት በደል ናጻ'ዩ ኢሎም ዝብል'ዩ።

ካልኣይ፣ ኣብ "ሳልሳይ ወራር" ንዝወሰድናዮም መርገጺ ዝምልከት'ዩ። ኣብዚ 'ውን ሰለስተ ነጥብታት ክቕምጡ ፈተኖም ኣለው።

"ንግስጋሰ ወያነ ደው ከነብሎ ኣይንኽእልን ኢና፡ ዓቕሚ የብልናን" ኢልኩም ኢዮም ዝብሉና። ካልኣይ ወያነ "ፕረዚደንት ኤርትራ ስልጣኑ ክሳብ ዝሓድግ ኩናት ደው ኣይነብልን ኢና" ዝብል ቅድመ ኩነት (Ultimatum) ኣቕሚጦም 'ዮም። ንዓና ከኣ "ኢሳያስ ይውረድ" ኢልኩም ኢዮም ዝብሉና ዘለው። "ሳልሳይ" ወያነ ንቕድሚት ገስጊሱ ንመላእ ኤርትራ እንተ ተቓጻጺርዋ መታን ዓብዪ ግፍዒ ከይፍጽም ኣመሪካ ወይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኢዶም ከእትው ሓቲትኩም ዝብል'ዩ።

ዋላ'ኳ ኩሎም ጌጋ እንተፈጸሙ፡ ብክሕደት ዝሕተቱ ግና ውሑዳት ጥራይ ኢዮም ክብሉ 'ውን ተሰሚያም 'ዮም። ንሳቶም ከኣ እቶም ንክፉት ደብዳቤ ክታሞም ዘንበሩ፡ ኣብ ጉዳይ ሰላምን ኩናትን መርገጺኦም ዘፍለጡን ኣብ "3ይ ወራር" ዘድሓርሓሩን 'ዮም ኢሎም ምፍልላይ ጌሮም 'ዮም።

ኮኔል፡- ጉዳይ ክሕደት ፍርዲ ክቕርብ'ዩ ኢሎም'ውን ኔሮም ሓቀይ?

ድሩዕ፡- ክሕደት (treason) ዝብል ቃል ብቕሉ ኣይጠቐሱን ግና ብትግርኛ ዳርግ ንሱ ዘስምዕ ሓሳባት'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ካብቲ ዝገብርዎ ዘለው ነዚ ንምርዳእ ቀሊል'ዩ።

ድሩዕ፡- ነታ ቃል መጢጦም መጣጢጦም ክሕደት ክብልዋ ይኽእሉ 'ዮም።

ኮኔል፡- መን ምኻኖም ከ ይጠቕሱ ዶ?

ድሩዕ፡- ኣይፋለን። ስም ዝበሃል ኣይጠቕሱን 'ዮም። "ገሊኦም" ጥራይ ኢዮም ዝብሉ።

ኮኔል፡- ንዓኻን ንጴጥሮስን ግና ኩሎም 'ዮም ዝጠቕስኹም።

ድሩዕ፡- *1967 ግብጺ ምስ እስራኤል ኣብ* ኩናት *ተጻሚዳ እናሃለወት ፕረዚደንት ናስር ስልጣኑ ክሓድግ ሰለ ዝደለየ ባይቶ ሃገሩ ድምጹ ክህብ ሓቲቱ ኢለ ኣብ ቃለ መጠይቕ- ጠቒሰ ኔረ።* ኣብ ከምዚ ዝበለ በዳሂ ኩነታት ምሉእ መንግስቲ ወይ ፕረዚደንት ክወርድ ክሕተት ይኽእል'ዩ። ከምዚ ሓሳባት ምልዓልና እንታይ ጸገም ኣለዎ።

ኮኔል፡- ከምኡ ኢልካ ቃለ መጠይቕ ሂብካ?

ድሩዕ፡- እወ ኣብ ሓደ ቃለ መጠይቕ ከምኡ ኢለ። ኣብ ሳልሳይ ወራር ህዝቢ እንታይ ይብል ኔሩ ኣጸቢቕ እፈልጥ'የ። ኣልኣሚን *መሓመድ ሰዒድ ሓደ* ካባና ከምዚ ከም ዝበለ ጠቒሱ'ሎ። ነዚ ክሲ ጭብጢ ክኽውን ያኢ ንፕረዚደንት ክንዓለ መደብ ከም ዝነበረና ጌሩ ኣቕሪብዎ። *መፈንቅለ* መንግስቲ ከም ዝሓስብናን ኣጋውልና ከምኡ ምንባሩን ኣቕሚጥዎ'ሎ።

ንሕቶና ወንጀል'ዩ ስለ ዝበልዎ ምእሳርና ኣይተርፈናንዩ። ብጅምላን ብውልቅን ዝሕተትሉ ገበናት ኢሉም መቓቒሎም ኣለዉ። ኣብ'ዚ ክመሓላለፍ ዝተደልየ መልእኽቲ ንጹር'ዩ። "ጉጅለ 15" *ምባል ቅኑዕ ኣይኮነን፡ እቶም ገበን ዝፈጸሙ ኣብ'ዚ ጉጅለ ዘለው ውልቀ ሰባት 'ዮም። እቶም ካልኦት ሽፋን ወይ ከኣ ዕሱባት 'ዮም* ዝብል'ዩ።

ከምዚ ጌሮም ናብ ሰለስተ ጉጅለ ክመቓቐሉና ይደልዩ 'ለው። ነዚ ተቓዋሚ ጉጅለ ክበታትኑ ዘይፈንቀልዎ እምኒ የለን። እዚ ስለ ዝፈሸሎም በብውልቂ ክፈላልዩና ክርድግ ይብሉ 'ለው፤ ንገሌና ወንጂሎም ንገሊኦም ከም ተሓባበርቲ ጥራይ ከሲሶም ይኽረ ክብሉሎም እሞ ፋሕ ፋሕ ክብሉና 'ዮም ዝፍትኑ ዘለው።

እቲ መልእኽቲ ንጹር'ዩ።

ኮኔል፡- "ጉጅለ-15" ኣብ በርሊን* ምምስራትካ ብውልቂ እትኽሰሰሉ ዘለኻ "ወንጀል" ዩ ሓቀይ?

ድሩዕ፡- እወ። ንሱ ጥራሕ መዓስ ኮይኑ። ተቓውሞ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ 'ውን ኣሎ። ንተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ሕማቕ ኣብነት ዝኾንኩሞም ንስኹም ኢኹም ይብሉና'ለው። ዝኾነ ተቓውሞ እንተ ተላዒሉ ተሓተትቲ ንሕና ኢና ክንከውን። እዚ ሓደ'ዩ።

ነዚ ተቓውሞ ንውልቃዊ ረብሓናን ስምዒትናን ከም ዝጀመርናዮ ኢዮም ዝኽሱና ዘለው። ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ዘቕድም ተበግሶ ኮታ ምንም ኣጀንዳ የብሎምን ይብሉና 'ለዉ። እዚ እቲ ካልኣይ'ዩ።

እቲ ሳልሳይ፡ *መንግስቲ ኣብ ልዕሊ "ጉጅለ-15" ስጉምቲ ክወስድ ህዝቢ ይሓትት ኣሎ* ዝብል'ዩ። *ሀግደፍ ቦቲ ዘለዎ ነዊሕ ናይ ምጽማም ባህሊን ካልኦ ተኣፋፊ ሃገራዊ ጉዳይ ሰለ ዘሎን (ባጫ) ንግዚኡ ስጉምቲ ክወሰድ ኣይደለየንን።* ውዒሉ ሓዲሩ ግና እቶም ገበን ፈጺሞም ዝብሉና ዘለው ምእሳርና ኣይተርፈናንን'ዩ።

ነቲ ቀዳማይ ክሲ እነቕርቦ መልሲ ንሕና "ጉጅለ-15" ዝፈጸምናዮ ወንጀል የለን። ዝኾነ ካብ ሕጊ ወይ ቅዋማዊ መትከል ወጻኢ ዝፈጸምናዮ ነገር የብልናን። ጥሪ

ጥቅምቲ 2000 መብዛሕትኦም ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ 13 ምርኡያት ኤርትራውያን ምሁራትን ሞያውያንን "ማኒፈስቶ በርሊን" ዝተሰምየ ደብዳቤ ከቲሞም ንኢሳያስ ኣቕሪቦም። ኣብ ደብዳቤኦም ንውልቀ ምልኪ ኮኒኖም፡ መንግስቲ ነናጻ ዘተ ዘለዎ ጽልኢ ክገድፍ፡ ብዛዕባ እቲ ዝነበረ ኩናት ዘተ ክግበር፡ ቅዋም ክትግበር፡ ሓበራዊ መረሕነት ክህሉ፡ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ክፈርሳን ካልኦት ጽገናታትን ክግበሩ ጸዊዖም። ከተምቲ እዛ ደብዳቤ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ኔሮም፡ ወኪል ህግሓኤ ኣብ ው.ሕ.ሃ ከምኡ 'ውን ኣቦመንበር ኮሚሽን ቅዋም በረኸት ሃብተስላሴ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ረዲኤት ኤርትራ (ኤራ) ነበር ጳውሎስ ተስፋጊዮርጊስ፡ ኣሕታሚ ሬድ ሲ ፕረስ ካሳሁን ቸኮል፡ ሓላፊ ክፍሊ ጥዕና ህግሓኤ ነበር ዶ/ር ኣሰፋው ተኽስተ፡ ከምኡ ውን ኻልድ በሽር (ሕ.መ.ኣ)፡ ሚርያም መሓመድ ዑመር (ብሪጣንያ)፡ መሓመድ ኼር ዑመር (ኖርዌይ)፡ ሙሴ ምስግና (ሰዊድን)፡ ዶ/ር ርእሶም ሃይለ (በልጆም) ከምኡውን ልኡላ ገብረየሱስ (ደ/ኣፍሪቃ) ኢዮም። ብዙሓት ካብዞም ከተምቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር ብዛዕባዛ ደብዳቤ ክዝትዩ ምስ ኢሳያስ ተራኺቦም ኔሮም። እንተኾነ እቲ ዘተ ምንም ፋይዳ ኣይተገበረን።

2001 ን "ጉጅለ 15" ዕላማ ዝገበረ ወፍሪ ጸለመ ዝጀመረ ባዕሉ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ'ዩ ። ሃገራዊ ባይቶ፡ ማእከላይ ባይቶ፡ ፈጻሚት ኮሚተ ህግደፍ ከምኡ 'ውን ካቢነ ሚኒሰተራት ንዚ ኣይዘተዩሉን፡ ኣየጽደቕዎን።

ኮኔል፡- እዋእ!

ድሩዕ፡- እወ። ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎ ወፍሪ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሚኒስትሪ ዘሎ ዝለዓለ ሓላፊ፡ ኣባል ህግደፍ'ዩ። ኣኼባ፡ ሰሚናር ወይ ካልኣ ምስ ዝህሉ ነቲ ናይ መዛተዪ ዛዕባ ዝልእኽ ማእከላይ ቤ/ጽ

ህግደፍ'ኳ እንተኾነ፡ ነዞም ኣኼባታት ዝውድብዎም ግና ሚኒስተራት ኢዮም።

ኣብ'ዚ ናይ ጥሪ ሰሚናራት ንሕና ኣይተሓበርናን። ንኣብነት ሚኒስትሪ ንግድን ኢንድስትሪን ብዛዕባ'ዚ ኣይተሓበረን። ንሓለፍቲ ጨንፈራትን ካልኦትን ጥራይ ዓዲሞም ዘመተኦም ጀሚሮም።

ብዛዕባ 'ዞም ኣኼባታት ዝተነግረና ነገር ኣይነበረን። ዕላምኦምን ትሕዝቶኦምን ካብቶም ኣብኡ ዝተሳተፉ ኢና ሰሚዕናዮ። እቲ ኣኼባ ምስ ተበተነ ገሊኦም እዚ ዓብዪ ውዲት ምኻኑ፡ ምናልባት ክንሓድር ክንውዕል ምኻንና 'ውን ከም ዝፈርሑልና ነጊሮምና። ኣብዚ ኣኼባታት ንሕና ተሰዓሪ መርገጺ ከም ዝወሰድናን ወያነ ንምልእቲ ሃገር ክቈጻጸር ንደሊ ከም ዝነበርናን ከኣ ንተጋባእቲ መዲሮምሎም።

ተጋባእቲ ሃንደበት ኮይንዎም...ኣዝዮም'ዮም ሰንቢዶም !

ኣብቲ ኣኼባታት "***መንግስቲ ደንጉይ! እዞም ሰባት ሰጕምቲ ክውሰደሎም ኣለዎ***' ንኽብሉ እተዳለዉ ሰባት 'ውን ኔሮም 'ዮም።

ከምዚ ጌሮም ነቲ ተኣካባይ ሆ! ኣቢሎሞ።

ኮኔል፡- ነቲ ኣብ 78 ኣብ ሕ.መ.ኣ ዝተፈጸመ ኩነታት ይመስል።*

ድሩዕ፡- እቲ ዝኸፍአ ድማ ...ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሓላፊ ክፍሊ ቴሌቪዥን ዓሊ ዓብዱን ካልእ ታደሰ ዝተባህለን ኢዶም ኣውጺኦም፡ ***"መንግስቲ ሰጕምቲ ክወሰደሎም ይግባእ። ክእሰሩ'ለዎም"*** ኢሎም። ኩሉ ኣቑዲሙ እተወድአ ድራማ'ዩ ኔሩ።

እዚ ተሰቲሩ ዝተርፍ ኢዩ መሲልዎም። እዞም ዝጠቕሰኩዎም (ዓሊ ዓብዱን

*ሕብረት ሶቪየት ንደርግ ደጊፋ ኣብ ጕዳይ ኤርትራ ሰፊሕ ምትእትታው ምስ ገበረት ኣብ ኣመሪካ ዝመደብረን ሕሱፍ ጸጋማዊ ስነሓሳብ ዘሰጕማ ማሕበራት ተመሃሮን ደቀንስትዮን ኤርትራ ህግኤ ንምክፍፋል ጸለመን ናይ ሓሶት ዘመተን የካይዳ ኔረን። እዘን ማሕበራት ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ምስ ዝነጥፉ ሻራ ኣልባንያ ዝኾና ንኡሳን ሰልፊታት እየን ዝሰርሓ ኔረን። እቲ ናይ ምትላል ስርሐን ምስ ተፈድሐ ግና እቲ ዘመተአን ለሚሱ ተረፈ።

ኣሮን ታደሰን) ናብ ካልኣ ኣኼባ ምስ ከዱ ኢዶም ኣውጺኦም መንግስቲ ስጕምቲ ክወሰደልናን ክንእሰርን ብኣጽንኦት ተላብዮም።

ኣብቲ ካልኣ ኣኼባታት 'ውን እዞም ክልተ ሰባት ከምኡ 'ዮም ጌሮም። ዝበልዎን ዝገበርዎን ሰባት ከም ዝነግሩኒ ግና ኣይፈለጡን።

ኮሎ ተዳልዮም ዝገበርዎ ተዋስኦ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡-መን'ዩ ኣሮን ታደሰ? ካብ ገሊኡ ሚኒስትሪ ድዩ?

ድሩዕ፡- ሓላፊ ገሊኡ ጨንፈር ህግደፍ ጌሮሞ 'ለው። ሓላፊ ትካል ኣውገት ምሻጥን ምዝርጋሕን'ዩ ኔሩ።

ቀደም ኣባል ሃገራዊ መርሓ ኢዩ ኔሩ። ጋራጃትና ኣብ ዝነበራሉ ቦታ (ሱዋኪን-ጥቓ ፖርት ሱዳን) ሓላዊ መኽዘን'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- **ካብ'ዞም ሓደስቲ ከዋኽብቲ'ዩ ማለት'ዩ!**

ድሩዕ፡- እወ።

እቶም ካልኦት በዚ ክሲ ሰምባደ'ዩ ሓዲርዎም። " እዞም ሰባት መን'ዮም። ብልክዕ እንታይ ኢዮም ፈጺሞም" ኢሎም ሓቲቶም።

ጸኒሑ ክንገረኩም'ዩ ተባሂሎም።

ገለ ውዲት ይጥጃእ ምንባሩ ኮሎ'ዩ ተረዲእዎ።

ነዚ ምስ ሰማዕና ከምኣቶም ዘይሓለፍነታውያን ክንከውን ኣይደለናን። ንሳቶም ኣብ'ቶም ካድራት ዓብዪ ሕንፍሽፍሽ 'ዮም ፈጢሮም። ህዝቢ'ውን ድንግርግር ኢልዎ። ብትሕተ ሃገራዊ ስምዒት ዝሰርሑ፡ ብዓሌትን ሃይማኖትን ፍልልይት ዝፈጥሩ ገለ ሰባት ኣለው ናብ ዝብል ገምጋም'ዩ በጺሑ ኔሩ።

ንሕና ንጌጋ ብጌጋ ኣይንእርምን ኢና ዝብል መርገጺ ወሲድና። ኣዝዩ ሓደገኛ ኮነታት'ዩ ኔሩ። ወንጀል ዝፈጸመ እንተሎ ብሕጋዊ መንገዲ ይከሰስ። ሃገራዊ ባይቶን ማእከላይ ባይቶን ንኽእከቡ ክንጽውዕ ኣሎና ኢልና ወሰንና። ስሩዕ ናይ ኣኼባ ግዜ ድሮ ሓሊፉ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ለካቲት ኢኹም ክትጋብኡ ኔርኩም። እዚ ከይተገብረ ሓሊፉ።

ድሩዕ፡-ኣይተገበረን። ማእከላይ ኮሚተ ንመወዳእታ ዝተጋብኣለ ግዜ ኣብ ነሓሰ'ዩ ኔሩ። ስለ'ዚ ኣብ ታሕሳስ ክንጋባእ ይግባኣና ኔሩ።

ሃገራዊ ባይቶ ግና ኣብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ'ዩ ዝጋባእ ኔሩ። ድሕሪ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ኢና ክንእከብ ዝግባእ ኔሩ። እንተኾነ ኢሳያስ ናብ ኣኼባ ሚለንየም (ው/ሕ/ሃ) ስለ ዝኸደ ከነናውሖ ግድን'ዩ ኔሩ። ስለዚ ኸኣ'ዩ ኣብ መስከረም ክንእከብ ተጌሩ።

ብመሰረት'ቲ ውጥን ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ጥሪ ክግበር ይግባእ ኔሩ። ንሕና፡ ዝበዝሑ ኣባላት ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን እዚ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ምኻኑ ተገንዚብና። ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ዓብዪ ጌጋ ይፍጽሙ ምህላዎምን እዚ ብስሩዕ ኣኼባ ክእረም ከም ዝግባእን ተሰማማዕና። መብዛሕትኦም ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ነቲ ሰሚናራት ኣይደገፍዎን። ማእከላይ ባይቶ ክጋባእን ጕዳያት ብእኡ ክረኣዩን ከኣ'ዮም ዝደልዩ ኔሮም።

ፕረዚደንት ነዚ ኣኼባ ከም ዘይጽውዕ ርዱእ'ዩ፡ ግና ክንሓቶ ኣሎና። ኣስማትና ጽሒፍና ኣቤት ክንብል ኣሎና። እቲ ስሩዕ መዓልቲ ኣኼባ ድሮ ሓሊፉ'ዩ። ይኹን እምበር ክረኣዩ ዝግብኦም ኣዝዮም ህጹጻት ጕዳያት ኣለው።

ስለ'ዚ ንፕረዚደንት ክንሓቶ'ሎና። ብዙሓት "ከምዚ እንተጌርና ፕረዚደንት (ሕማቕ) ግብረ መልሲ ክህብ'ዩ። ኣረ'ውን ቅጽበታዊ ስጕምቲ ክወስድ ይኽእል'ዩ፤ ክሳብ ጕባኤ ዝጽውዕ (ስቕ ኢልና) ምጽባይ ይሕሸና" በሉ።

ንሕና ሸዑ "ሸግር የብሉን ንሕተት። እዚ ሕጋዊ'ዩ" ኢልና።

ኣብ ጥሪ 2000 ኣኼባ ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ተጌሩ። ኣብኡ ከኣ'ዩ ፕረዚደንት ናይ መጀመርያ ብድሆ ገጢሞም።

መጀመርታ ዝገጠሞ ሕቶ "ስሩዕ ጕባኤታት ሓጋግቲን ፈጸምትን ኣካላት ግንባርን መንግስትን ስለምንታይ ኢና ዘይንግብር ዘሎና" ዝብል'ዩ ኔሩ።

ሸዑ ኢሳያስ እዚ ግዜ ምቹእ ኣይኮነን ኢሉ'ዩ መሊሱ።

ስለምንታይ? ዝብል ኣዋጣሪ ሕቶ ኸኣ ቀሪብሉ።

ነቲ ኩናት ከም ምኽንያት ኣቕሪብዎ።

"ኩናት ደው ካብ ዝብል ድሮ ሸውዓተ ኣዋርሕ ሓሊፎም ኣለው" ኢሎም መለሱሉ። ጥሪ 2000 ኢና ዘለና።

ሸዑ ንሱ "ኣነ'ኳ'የ ኣቦ መንበር። ኣይምችእን'ዩ ኢለ'ለኹ። በቃ ኣይምችእን'ዩ!" ኢሉ መሊሱ። "ንመጻኢ'ውን ዝምችእ ኣይመስለንን። ነዞም ኣኼባታት ኣይጽውዕን'የ" ክሳብ ምባል በጺሑ።

እዚ ነቶም ሰባት ኣቓጢዕዎም።

እዛ ሃገር ኣብ ኣዝዩ ፈታኒ ኩነታት'ያ ዘላ። እዚ ስሩዕ ኣኼባታት ጥራይ ዘይኮነ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣኼባታት 'ውን ክጽውዑ'ዩ ዝግብኦም። ጕዳይ ኩናትን ሰላምን ብሓገግቲ ኣካል'ዩ ክውሰን ዝግብኦ" ኢሎም ሞጎትዎ።

ኣብ ኣኼባ ጥሪ 2000 ዝተላዕሊ ሕቶታት እዚኦም 'ዮም ኔሮም።

ንሱ ኣብ ዝምችኣኒ ግዜ ጥራሕ ኢየ ጕባኤ ዝጽውዕ ምስ በለ፡ "እሞ እንድሕር ዘይምችኣካ ኮይኑ ሸሪፎ (ምክትል ፕረዚደንት) እነሆለንዶ፡ ንሱ ንሃገራዊ ባይቶ

ጉባኤ ይጸውዕ። ኣልኣሚን መ/ስዒድ ከኣ ከም ጸሓፊ ህግደፍ መጠን ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ይጸውዕ" በሉ።

ኮኔል፡- መን'ዩ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ዘቕረቡ።

ድሩዕ ፡ ማእከላይ ባይቶ። ንሕና። እዞም ሕጂ "ጉጅለ 15" ዝብሉና ዘለው።

እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ግንባር ስርሑ ይገብር የሎን ዝብል ሕቶ'ውን ተላዒሉ ኔሩ። ህግደፍ ኣብ ትካላት መንግስቲ ኢዱ እናእተወ ብዙሕ ሽግራት'ዩ ዝፈጥር ኔሩ።

ኮኔል፡- እዚ ሕቶታት'ዩ ደሓር ኣካል ትሕዝቶ ክፍትቲ ደብዳቤ ኮይኑ። ብዛዕባ ቁጠባዊ ቢዝነስ ዲኹም ወይስ ብዛዕባ ደረት ስራሕ ህግደፍ ኢኹም ሕቶ ኣልዒልኩም?

ድሩዕ፡- ኣይፋልን ሕቶና ንኩለን ትካላት መንግስቲ ዝትንክፍ'ዩ ኔሩ ። ፕረዚደንት ተመዓደውቲ ቅርጺታት (Parallel structures) ኢዩ ደልዩ። መበገሲ'ቲ ሽግር ከኣ እዚ'ዩ። ነዞም ቅርጺራት ከኣ ብኻልኦት መዋቅራት ክቈጻጸር'ዩ ዝሕልን ኔሩ። ኣብ ትካላት መንግስቲ ዝግበር ዝነበረ ምትእትታው ህግደፍ ማእለያ ኣይነበሮን። እዚ'ውን ኣብዚ ኣኼባ (ጥሪ 2000) ተላዒሉ ኔሩ።

ሽዑ እቲ ፕረዚደንት ኣብ ቃሕ ዝበለ ግዜ ጥራይ ንኣኼባ ሓጋጊ ኣካል ከም ዝጽውዕ ብግልጺ ኣብ ኣፍና ነጊሩና።

ኣብ ሳልሳይ ወራርን ዝመጸ ስዕረት፡ ንሱ ኣብ ዝጥዕመኒ'የ ኣኼባ ዝጽውዕ ስለ ዝበለ'ዩ ኢሎም ብዙሓት ወቐስዎ። ምቁራጽ ተጻብኦታት ክኸትም ኣብ ኣልጀርስ እናሃለኹ ፕረዚደንት ኣኼባ ሓጋጊ ኣካል ክጽውዕ ስምዕታ ከነቕርበሉ ኢና በሉ። ንሱ ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ 2000 ብሕጊ ቅዋም ከም ዘይቅየድ 'ውን ነጊሩና'ዩ።

ኣነን ሸሪፎን ደሓን ቅሩብ ህድእ በሉ ንሕና ጉባኤ ክጽውዕ ክንሓቶ ኢና። እንድሕር ኣይፋለይን ኢሉ እቲ ካልእ ስጕምቲታት ንወስዶ በልናዮም።

ሳልሳይ ወራር ዘሰዓቦ ስዕረት ንሞራልና ብዙሕ'ዩ ተንኪፍዎ። እንድሕር ንሕቶና ምቕባል ኣብዩ ናይ ስምዕታ ደብዳቤ ክንጽሕፍ ምኻንና ይፈልጥ ኔሩ። ብዙሕ ዕጸይ ምጻጸይ ይበል 'ምበር ኣብ ነሓሰ ክንጋባእ ተስማምዐ።

ኣብ ነሓሰ ግና . ..

ኮኔል፡- ንስኻን ሸሪፎን ኢኹም ኣዘራሪብኩሞ ሓቀይ?

ድሩዕ፡- በብውልቅና።

ኣርሒቕና ክንጥምት'ዩ ዘሎና። ንሱን ህግደፍን ተጠቃዕነት ከም ዝስምየም ፍሉጥዩ። ኣቐዲሞም ነብስ ምክልኻልን ኣበርዓኒ ስጕምቲታትን ክወስዱ ይኽእሉ'ዮም። ስለዚ ገምጋምን ትንተናን ንግዚኡ ይጽንሓልና።

ኣብ ናይ ነሓሰ ኣኼባና ደሓን ዝሓለፈ ሓሊፉዩ፡ ሕጂ ዴሞክራሲያዊን ቅዋማዊን መንግስቲ ዘውሕስ ስጕምቲ ክንወስድ'ዩ ዘሎና ዝብል መርገጺና ኣፍለጥና። ጕባኤ ክግበርን ንሃገራዊ ምርጫ ናይ ግዜ ሰሌዳ ክነዳሉን ተረዳዳእና።

ብዛዕባ'ዚ ኣብ ሓድሕድና ተዘራሪብና ኔርና። ናይ ዓመትን መንፈቕን ዝኸውን ግዜ ክወሃበና ኸኣ ሓቲትና። ማለት ክሳብ መወዳእታ 2001 ።

ኣብ'ዞም ነገራት እንተተኩርና ይሓይሽ በልና። ምኽንያቱ 3ይ ወራር ዘምጽኦ ስዕረት ተወሲኹዎ እዞም ሰባት ንነብሶም ክከላኸሉ ክብሉ ሽግር ምፍጣሮም ኣይተርፍን'ዩ። ስለ'ዚ ንኹሉ ገዲፍና ንቕድሚት ክንጥምትን ናይ ግዜ መቓን ከነቕምጥን ናብዚ ንኽንግስግስ ዘድልዩና መሰረታዊ ነገራት ክንዓዪን'ዩ ዝግባኣና ኢልና ወስንና።

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን ፕረዚደንትን ነዚ ኣይተቐበልዎን። ይኹን 'ምበር ኣብ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ (መስከረም) ሞራሎም ኣዝዩ ተተንኪፉ ስለ ዝነበረ ነዞም ነገራት ከይፈተዉ ተቐበልዎም።

ነዚ ሕጊ ሰልፍ'ውን ተቓዊሞም 'ዮም፡ ግና ተሳዒሮም።

ኮኔል፡- ***መን'ዩም ንሕጊ ውድብ ዝተቓወሙ?***

ድሩዕ፡-የማነ ገብረኣብን ዘምህረት ዮውሃንስን (ካብ ህግደፍ)። ኢሳያስ ትም ኢሉ ጸኒሑ ነዚ ምስ ረኣየ...

ኮኔል፡- **ሓጐስ "ክሻኽ"? ዓብደላ ጃብርከ?**

ድሩዕ፡-ሓጐስን ዓብደላን ስራሕ ስለ ዝነበሮም ኣብቲ ኣኼባ ኣይተሳተፉን። ምናልባት ዝሸመት ነገር ኔርዎም ይኸውን.. እንድዒ። ኣብ'ቲ ከባቢ'ውን ኣይነበሩን።

ቅድሚ ኣኼባ ኢሳያስ ቃለ መጠይቕ ሂቡ ኔሩ። ስምዒት ንምፍጣር ኮነ ኢሉ ዝገበሮ'ዩ ኔሩ። *ኣብዚ ግዜ'ዚ ፖለቲካዊ ሰልፍታት እንጫፈሩሉ ኢንሂዩቤተር ዮብልናን* ኢሉ። ኮነ ኢሉ ቅድመ ሁነት (mood) ንምጥጣሕ ዝገብሮ'ዩ።

ኣብቲ ምይይጥ ግና የማነን ዘምህረትን ጥራይ 'ዮም ኣንጻር ፖለቲካውያን ሰልፍታት ኣበርቲያም ተቓዊሞም። እቲ ዝበዝሐ ግና ሰልፍታት ምምስራት ከም ዝጠልብ ምስ ረኣየ ኢሳያስ "ጸገም የለን። ነዚ እትነድፍ ኮሚተ ከነቕውም ኢና" ኢሉ።

ንኽምዚ ዝበለ ድምጺን መርገጺን ካብ ምቅዋሙ ኣብ ትግባረ ኸይበጽሐ ምሕናቹ ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ'ዩ ኔርዎ። ሰባት ኢሳያስ ሓንጊዱ ኢሎም ከም ዝሓምይዎ ስለ ዝፈለጠ ካብ ምቅዋም ትግባረኡ ምዕንቃፍ ይሓይሽ ዝብል ተንኪል'ዩ ሓሲቡ።

ህግደፍ ኣኼባ መስከረም ፍረ ኣይነበሮን ከም ዝበሉኻ ፍሉጥ'ዩ። በቲ ሽዑ ዝሓለፈ ውሳኔታት ስለ ዘይተሓጐሱ ፍረ ኣይነበሮምን ከም ዝብሉኻ ርዱእ'ዩ።

ኣብ ለካቲት 2001 ዝተፈጸመ መታን ክበርሃልካ'የ እዚ ዝብለካ ዘሎ'ኹ ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣባላት ህግደፍ ሓደ ውዲት ሒዞም ተቐልቂሎም። ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብዛዕባ ኣኼባ እናተዘራረቡ ገሊኣቶም ፕረዚደንት ስጉምቲ ከይወስድ ብምባል ክታሞም ከንብሩ ኣይደፈሩን። በዚ ድማ ኢና ወይ ክንጋፈጦ ወይ ከኣ ደብዳቤ ክንጽሕፈሉ ኣሎና ዝበልና። ክንጋፈጦ ምርጫና ኣይነበረን።

ኣኼባ ክግበር ዝደገፉ ብዙሓት'ኳ እንተነበሩ፡ ኣብ ምፍራም ምስ በጽሐ ግና ገሊኦም ኣድሓርሓሩ። እቶም ፈሪሞም ዝነበሩ 'ውን (*ፈለማ ዓሰርተው ሸሞንተ ኢና ፈሪምና ኔርና!*) ምጉብዕባዕ ስለ ዘጋጠሞም ከድሓርሕሩ 'ዮም ተራእዮም።

ሓደ ካብዚኦም ሓላፊ ፖሊስ ኤርትራ ብርጋድዬር ጀነራል ሙሳ ራብዓ'ዩ። ፈለማ ፈሪሙ ኔሩ። ህግደፍ፡ "ንስኻ ወተሃደር ኢኻ ከምዚ ዝበለ ስጉምቲ እንተ ወሲድካ ደሓር ናብ ወተሃደራዊ መጋባእያ ክትቀርብ ኢኻ" ኢሎሞ። ደሓር "ወተሃደር ስለ ዝኾነኩ ናብ ከምዚ ዓይነት ነገር ክጽንበር ኣይክእልን'የ" ዝብል ደብዳቤ ጽሒፉልና።

ካልእ ሓላፊት ኮሚሽን ስደተኛታትን ረድኤትን ኤርትራ ወይዘሪት ወርቂ ተስፋሚካኤል'ያ።

> መስከረም 2000 ኣብ ዝተገብረ ዋዕላ ሃገራዊ ባይቶ ዝቐረበ ነቐፌታ ኔሩ። *ምስ ፈተውትና፡ ዘይመንግስታውያን ትካላትን (NGO's) መሻርኽትናን ዘለ'ና ዝምድናን ኣተሓሕዛን ጽቡቕ የለ'ን ዝብል ርሱን ክትዕ ኔሩ። ንዓይ ሓዊስካ ብዙሓት ካልኦት ኣብዚ ጉዳይ ዘሎና ኣተሓሕዛ ብዙሕ ጌጋታት ኣለዎ ኢልና።*

ንሳ ንርእይቶይ ደገፈቶ። ድሕሪ ኣኼባ ፕረዚደንት ሽዑን ሹዑ ካብ ስርሓ ከም ዝደስከለትን ንከረን ከም እተመደበትን ነጊረዋ።

ነዚ ምቕባል ኣብያ። ነቲ ክፉት ደብዳቤ'ውን ክታማ ሂባ ኔራ። ደሓር ግን የማነ ገ/መስቀል (ቻርሊ) ረኺቡ ዓብዪ ጌጋ ከም ዝፈጸመትን ሳዕቤኑ ከም እትስከምን ኣፈራሪሕዎ። የማነ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ይኹን ሃገራዊ ባይቶ ኣይኮነን።

ቃል ብቓሉ ዝበለትኒ ክነግረካ "ንስኻትኩም ፍሩያት ስለ ዝኾንኩም ኣንጻርኩም ስጉምቲ ኣይወስዱን'ዮም። ኣነ ግና ግዳይ ክኸውን እኽእል'የ። ክኣሰሩኒ'ዮም። ስለ'ዚ ኣብዚ ጉጅለ ክጽንበር ኣይክእልን'የ። በጃኻ ካብቲ ዝርዝር ኣስማት ሕኸኽኒ" ኢላ። ዘስሕቕ'ዩ!

ፕረዚደንት ኣብ ቃሕ ዝበለኒ'የ ዝጋብኣኩም ከም ዝበለ ነቶም ካልኦት ነጊርናዮም። እዚ ዝኸውን ዘሎ ኣብ ወርሒ ለካቲት ኢዩ። *እዚ ሰብኣይ ጉባኤ ኣይጽውዕን፡ ኣይጋብእን'የ ኢዩ ዝብል ዘሎ። ስለዚ ንሕና ስምዕታና ክነቕርብ ኢና። ብደብዳቤ ክንሓቶ ኢና ኢልና።* እዚ ኢና ኸኣ ጌርና።

ፕረዚደንት ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶን ማእከላይ ባይቶን ክጽውዕ ምሕታት ዘይሕጋዊ ኣይኮነን። ቅዋም ዘፍቅዶ ሕቶ'ዩ።

ኮኔል፡- ግን (ኣብ ኤርትራ) ቅዋም ዝበሃል'ኸ የለን!

ድሩዕ፡- ናይ መሰ*ጋገሪ ቅዋም ኣሎና 'ተወሓደ።

ኣብ'ዚ ናይ መሰ*ጋገሪ ቅዋም ብግልጺ ተቐሚጡ ከም ዘሎ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽዑሽተ ወርሒ ክ*ጋባእ ኣለዎ። ማእከላይ ባይቶ ኣብ ኣረርባዕተ ወርሒ። ካቢነ ሚኒስተራትን ፈጻሚት ባይቶ ግንባርን ከኣ ኣብ ወወርሒ። እዘን ኣካላት ክ*ጋብኣ እምበኣር ቅዋማዊ መሰል ኣለወን።

ነዚ ፈላማይ ሕቶና ት*ጋገዩ ኣለኹም ኢሉ'ዩ መሊሱልና።

ብካልኣይ ደረጃ ክንእከብ ጥራይ ዘይኮነ ስለ ምንታይ ክንእከብ ኣዝዩ ኣድላዩ ከም ዝኾነ 'ውን ክንነግሮ 'ሎና ኢልና።

ስለዚ ከኣ እዚ ብማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ኣዝዩ ሓደገኛ ምኻኑ ተዘራሪብናለ። ገበን ዝፈጸሙ ሰባት እንተለዉ ጭብጥና ሒዝና ንተኣከብ'ሞ ሸው ንሕጊ ንገድፎ ተብሃልና።

ኢሳያስ ነታ ኮሚተ ንድፊ 'ውን በታቲንዋ'ዩ። ነቶም ኣብ ነሓሰን መስከረምን ዝሓልፉ ውሳነታት ኩሎም ብኢደ ወነኑ ኣፍሪስዎም'ዩ። ንሕና እዞም ውሳነታት ከም እተጣሕሱን ንትግባረኦም ክንዓዩ ምኻንና ነጊርናዮ። ኮሚተታት ክእከብ ዝደለናለ ምኽንያት 'ውን እዚ'ዩ ኔሩ።

ንሱ ግና ፍጹም ሓንጊዱ። እንድሕር ኣዎንታዊ መልሲ ዘይረኸብና ብዛዕባ'ቲ ዝግበር ዘሎ ሓደገኛ ኩነታትን እዚ ቅልውላው ብኽመይ ከም ዝፍታሕን ንህዝብና ክንሕብር ሓላፍነትና ምኻኑ 'ውን ገሊጹናለ ኢና።

ዝገበርናዮ ሕ*ጋዊን ቅዋማዊን ምኻኑን እንሕተተለ ዝኮነ ገበን ከም ዘይብልና ኢና ንፈልጥ።

ብዛዕባ'ቲ ቃለ መጠይቕ ጌርኩም ዝበሉና፡ ቃለ መጠይቕ ቅድሚ ምግባርና ንዓና ምጽላም ዝጀመሩ ባዕላቶም ማእከለይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ'ዮም። ንሕና ኩሉ ብኣገባብ ኢና ጌርናዮ። ሓቲትና ምስ ተነፈግና ንጉዳይና ግድን ክንቀልያ ኔሩና። ነዚ ሽግር'ዚ ዘ*ጋደድዎን ቅልውላው ዘበገሱን ባዕላቶም ህግደፍ'ዮም። ኣይእክብን ኢለ ዝሓንገደ ኸኣ ፕረዚደንት'ዩ። ክኽሰስ ዝግበኦ 'ውን ንሱ'ዩ።

ቃለ መጠይቕ ምሃብ ዝጀመሩ ባዕሉ ኢሳያስን ኣልኣሚንን ኢዮም። ምስ ማዕከናት ዜና መንግስቲ ፤ ኣብ ወጻኢ ኸኣ ብዙሕ ቃለ መጠይቓት ጌሮም ኢዮም። ብማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ተቐባልነት ዘይብሎም ነገራት'ዮም ዝዛረቡ ኔሮም። እረ ገሊኡስ ፈጺሙ ኣንጻር ውሳነ ባይቶን ማእከላይ ባይቶን'ዩ ኔሩ።

ዝኾነ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ርእይቶታቱ ክገልጽ መሰል ኣለዎ። ህዝቢ 'ውን ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ብኹሉ ኵርናዓት ንዝፈሰስ ርእይቶታት ክሰምዕ መሰለ'ዩ። ህዝቢ ብኹሉ ሽነኻቱ ክርእዮን ኣቓልቦኡ ናብኡ ኽገብርን ክንመርሖ ግዴታና'ዩ።

በዚ ዝኽሰስ ሰብ የለን። ኢሳያስን ኣልኣሚንን ኢዮም ነዚ ወፍሪ ጀሚሮሞ። ምስ መንፈስን ውሳነን ማእከላይ ባይቶ ኣዝዩ ዝጻረር ርእይቶ ’ዮም ዘጋውሑ ኔሮም።

እዚ ካልእ ጉዳይ’ዩ።

ኮኔል፡- **ሳልሳይ ጉዳይ “ክሕድት” ኢዩ።**

ድሩዕ፡- ብዛዕባ’ዚ ክሕደት ዝበልዎ ክልተ ጉዳያት ኣሎ።

ፈለማ ኣብ ጉዳይ ኩናትን መስርሕ ሰላምን ዘሎና መርገጺ ንጹር’ዩ። እዚ ምስ ወያነ ዘሎ ናይ ሰላምን ኩናትን ኵነታት ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ’ዩ። ቅድሚ ምብራዕ ኩናት ዝጅምር ዝተሓላለኸ ጉዳይ’ዩ። ኣዝዩ ተኣፋፊ ስለ ዝኾነ ብጥንቃቐ ክንሕዞ ’ለና ኢና ንብል ኔርና።

ንስለ ሃገራዊ ጸጥታ ዝርዝራቱ ናብ ህዝቢ ቃልዕ ኣይንግበሮ ኢልና። ኩናትን መስርሕ ሰላምን ግና ኣብ’ቲ ናይ ነሓሰን መስከረምን ኣኼባና ገምጊምናዮ ኢና። ብዛዕባ ኩናትን መስርሕ ሰላምን ከምኡ ’ውን ወተሃደራዊ ኵነታት ክትዛረብ እንከለኻ ብዛዕባ ብርቱዕን ሕማቕን ጐድኒታት ወገንን ጸላኢን ክትግምግም ኣሎካ። ሰባት ኣብ’ዚ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ክህልዎም ከኣ ባህርያዊ’ዩ።

ብርቱዕ ጐድኒኻን ድኽመታትካን ከምኡ ’ውን ብርቱዕ ጐድኒ ጸላኢኻ ኣብ ምግምጋም ምስ ብጸትካ ምስምማዕ ሰኢንካ ማለት ምስ ጸላኢኻ ወጊንካ ማለት ኣይኮነን። ድኹም ጐድኑ ምእማን ዘይፈቱ ሰብ ኣሎ። ብዛዕባ ድኹም ጐድኒ ወገንን ብርቱዕ ጐድኒ ጸላኢን ገምጋም ምሃብ ማለት ንብጸትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ ማለት ኣይኮነን። ገምጋምካ ውድዓዊ ክኸውን ኣለዎ። ድኻማትካ ክትእመን ኣሎካ። ንሓያል ጐድኒ ጸላኢ ምግንዛብ ’ውን ልቦና’ዩ።

እዚ ኣብ ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ንዘተ ቀሪቡ። ንወያነ ናጻ ጌሩ ንኤርትራ ብገበን ኩናት ክኸስስ ዝፈተነ ኣባል “ጐጅለ-15” የለን።

ሃገራዊ ባይቶን ማእከላይ ባይቶን ብዛዕባ’ቲ ኩናት መስርሕ ሰላምን ዘለዎ ገምጋም ንህዝቢ ብግልጺ ክፍልጥ ኣብቲ ኣኼባ ምሕጽንታ ኣቕሪብና ኔርና።

ኮኔል፡- **ሕጂ’ውን ሕቶኹም ንሱ’ዩ?**

ሃየለ፡-እወ።

ክልቲኡ ጉባኤታት ህዝቢ ብግልጺ ከም ዝከታተሉ ንግበር። ንኤርትራ ኮኒኑ ንወያነ ነጻ ክገብር ዝፈተነ ኣባል “ጐጅለ-15” እንተሎ ህዝቢ ባዕሉ ይተዓዘብ።

ዘተ ባይቶ ንህዝቢ ቃልዕ ናይ ምግባር ያታ የብልናን እንድሕር ይበሃል ኣሎ ደሓን ሓንቲ ኮሚተ ባይቶታት ትቐምሞ ነቲ ክትዓት ትከታተሎ ኢልና።

ድኻምካ ንኽትሸፍን እኂ እገለ ምሰ ጸላኢ ተሓባቢሮም ኢልካ ምኹናን ቅቡል ኣይኮነን ኢልና ርእይቶና ሂብና።

ብተመኵሮ ከም እንፈልጦ ኣብ ኩናት ዓወት እንተተረኺቡ ኵሉ'ዩ ወናኒ'ቲ ዓወት ክኸውን ዝደሊ። ስዕረት እንኪጋጥም ግና ብእኡ ዝሕተት ሰብ ሃሰው ምባል ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ኢሳያስ'ዩ። ነብሱ ክኸላኸል ዓቕሚ ዘይብሉ ሰብ ከኣ ግዳይ ይኸውን ።

እዚ ጉዳይ ከምዚ'ዩ ኢልና ኣቕሪብና። እንተዘይኮይኑ ህዝቢ ባዕሉ ከም ዝዕዘቦም ንግበር። ከምዚ ኢልና ኢና መልሲ ሂብና።

እቲ ካልኣይ .. .

ኮኔል፡- ኢሳያስ ካብ ስልጣን ይውረድ ዝተባህለ ድዩ?

ድሩዕ፡- እወ።

ድሮ ሳልሳይ ዙር ኩናት ህዝቢ ኣዝዩ ልዑል ትጽቢት'ዩ ኔርዎ። ወያነ ኩናት እንተኸፊቱ ተኣምራዊ ዓወት ክንጐናጸፍ ኢና ዝብል ትጽቢት ኔሩ። እዚ ኵሉ ፕሮፖጋንዳ'ዩ ኔሩ።

ህዝቢ ጥይት ኳሕ እንተኢላ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ደፊእና መቐለ ክንበጽሕ ኢና ዝብል እምነት ኔርዎ። ከምዚ ዝበለ ስነ ኣእምሮኣዊ ምድላዋት ኢዮም ጌሮም ።

ቅድሚ ሳልሳይ ዙር ኩናት ሰላማዊ ፍታሕ ነናዲ ዝበሉ ሰባት ኔሮም። እዚኣቶም ብኢሳያስን ካልኦትን ፈራሃት ተባሂሎም ተኾኒኖም።

"ሳልሳይ ወራር" መጺኡ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ 'ዮም ንመዛግብና ኣፍሪሶሞ። ድሮ'ቲ ውግእ ነበርቲ 'ቲ ከባቢን ኣመሓደርቲን "ወያነ ሰለይቲን ኮለልትን ይልእኽ ኣሎ፡ በዚ ቦታ'ዚ ከይመጹ ኣይተርፉን'ዮም" ይብሉ ኔሮም።

ንሳቶም ጥራይ ኣይኮኑን። ኵሉ ሰብ'ዩ ከምኡ ዝበል ኔሩ። ሓይልታት ምክልኻል ግና ነዚ ግዲ ኣይገበርሉን። እቲ ዘገርም በዚ ዝተባህለ ቦታ'ዮም ወያነ በቲኽምና። እሞ ድማ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ!

ስለዚ ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ/ኣርባዕተ መዓልታት ህዝቢ ኣመና ሰንቢዱ። መንግስቲ ኣሕሊፉ ሂቡና እናበለ 'ውን ከማርር ጀሚሩ። ምዝላቕ ባረንቱ ምስ ኮነ'ሞ ግደፎ ኣዝዩ ከቢድ ሰንባደ'ዩ ኔሩ።

ሽዑ ህዝቢ ኵሉ ዝበሃል ዝነበረ ሓሶት'ዩ ክብል ጀሚሩ። ነዞም ዝተፈላለዩ ተርእዮታት ከኣ ኣዕሚቑ ምዕዛብ ቀጸለ። ብፍላይ ህዝቢ ኣስመራ ተሓታቲ እዚ ኵሉ እዚ ሰብኣይ'ዩ ይብል ኔሩ።

ኣብ ወጻኢ 'ውን እንተኾነ፡ "ወያነ ብዙሕ ኣጽዋር ይሽምቱ'ለው" ዝብል ሻቕሎት ኔሩ። "ንምኟኑ እኹል ምድላዋት ጌርኩም ዲኹም?" ዝብል ሕቶታት ይቐርበሉ ኔሩ'ዩ። ንሱ ግና "*ክላ ግደፍዎም ወይነ ካታለግ ርእዮም ኢዮም ዝሸምቱዎ ዘለው።*"

እናበለ የላግጽ ኔሩ። ብብድዐ ተሰርኒቹ'ዩ ኔሩ። ህዝቢ ፕረዚደንት (ንጸላኢና) ኣሕሊፉ ሂቡና እናበለ ትሒምሒም ኢሉ። እዚ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዝተራእየ ግሁድ ስምዒት'ዩ ኔሩ።

ሚኒስተራት ንባዕሎም ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ግልጺ ሓበሬታ ኣይነበሮምን። እቲ ሓቂ ክሰምዑ ህንጡያት 'ዮም ኔሮም።

ህዝቢን ካድራትን ስለምንታይ ዘይንኽትት'ዩ ዝብል ኔሩ። ወተሃደራት ጥራይ ዘይኮነ ህዝቢ'ውን ኣብ ሓደጋ'ዩ ኔሩ። ህዝቢን ካድራትን እንተኽይዶም ነገራት ከረጋግኡን ሞራል ከደንፍዑን ይኽእለ'ዮም።

እቶም ካድራት ግና ነገራት ከመይ ከም ዝነበረ ኣይፈለጡን። ኩሉ ሓበሬታ ተለኩቱ'ዩ ኔሩ። ኢትዮጵያውያን ንግስግስ ኣሎና እዚን እዚን ሒዝና ይብሉ ኔሮም። ካብ ማዕከናት መንግስቲ (ኤርትራ) ግና ምንም ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣይነበረን። እዚ ዓብዪ ዕንወት'ዩ ኔሩ።

ዳርጋ ኩሉ ሰብ "እዚ ፕረዚደንት ስልጣኑ እንተዝገድፍ ምሓሸ" ኢዩ ዝብል ኔሩ። እዚ ህዝባዊ ርእይቶ'ዩ ኔሩ። ብዙሓት ካድራት 'ውን ተመሳሳሊ ርእይቶታት ኔርዎም።

ካብ ባረንቱ ዘዝለቐናለ መዓልቲ ኢሳያስ ናብቲ ጀነራል ሰብሓት ኤፍሬም ዝነበረለ መአዘዚ ነቒጣ ከይዱ። ካልኦት ከምኒ ጴጥሮስ ፡ ዑቕበን ብርሃነን ንዓቕሚ ምክልኻልና ክሕግዙ ብምባል ነቒሎም። ውልቃዊ ተበግሶ ወሲዶም ኢዮም ክሕግዙ ከይዶም። እምበር ኢሳያስ ድሕሪ ምዝዛም ኣኼባ (ጥሪ 2000) ንዑቕበ ካብ መዝነቱ ድሮ ሰጒጉዎ'ዩ ኔሩ።

12 ግንቦት "ሳልሳይ ወራር" ምስ ተጀመረ ዑቕበ ንቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ደዊሉ "ኩናት እናተኻየደ ኣነ ኣብ ገዛይ ኮፍ ክብል ኣይክእልን'የ"። ናብ ዝኾነ ቦታ ስደደኒ" ኢልዎ። ሓለቓ ስታፍ ግበረኒ ኣይኮነን ዝብሎ ኔሩ።

ኮኔል፡- **እዚ ብግንቦት'ዩ ሓቀይ?**

ድሩዕ፡- 12 ግንቦት። ሳልሳይ ወራር ዝጀመረሉ መዓልቲ።

ንሱ ግና (ንዑቕበ) ስቕ ኢሉዩ ኣሰናቢትዎ። ንኽሳተፍ'ውን ኣየፍቀድሉን። ዑቕበ ውልቃዊ ተበግሶ ወሲዱ ናብ ነቑጣ እዝዚ ጀነራል ስብሓት ከይዱ። እቶም ካልኦት 'ውን ከምኡ 'ዮም ጌሮም። ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ዝነበረ መስፍን ሓጐስ 'ውን ኩነታት ከመይ ከም ዘለው ክዕዘብ ምስ'ቲ ህዝቢ ክጸንሕ ነበሮ። ኣየ ግዜ!.... ንቃልሲ ኤርትራ መሪሑም 91 ናብ ዓወት ዘብጽሕዎ እዚኦም እዮም!

ኢሳያስ ናብ መአዘዚ ነቒጣ ከይዱ ካብ ባረንቱ ከነዝልቕ ኢና በሎም። ኣብኡ ስብሓት ኤፍሬም፡ ጴጥሮስ ሰለሙን፡ ዑቕበ ኣብርሃን ብርሃነ ገረዝግሄርን 'ዮም ኔሮም።

ኣብርሃ ካሳ'ውን ኔሩ ይኸውን'ዩ። ግን ኣብ'ዛ ኣኼባ ዝተሳተፈ ኣይመስለንን። (ኣብርሃ ካሳ ሓላፊ ሃገራዊ ጸጥታ'ዩ።)

ኢሳያስ ካብ ባረንቱ ከነዝልቐ ኢና ምስ በሎም "ነገራት ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣንፈት ይኸዱ ስለ ዘለው ኮፍ ኢልና ዘለውና ኣማራጺታት ንርእ" ኢሎሞ።

ንሱ ግና "ኣእምሮይ ክብጽበጽ ኣይደልንየ" ኢሉ ገዲፍዎም ናብ ቤት ጽሕፈቱ ከይዱ።

ቤት ጽሕፈቱ ምስ ኣተወ ንዓይን ንየማነ ገብረኣብን ክትጽውዓና ንጸሓፊቱ ነጊርዋ።

ኣብ ባረንቱ እንታይ ተፈጺሙ ኣብቲ ግዜቲ ዝፈልጦ ኣይነበረንን። እታ ጸሓፌት ንዓይን ንየማነን ከም ዝደለየና ነጊራትኒ። ናብ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ከድና "ባረንቱ ምክልኻል ኣይተኻእለን... ነዝልቐ ኣሎና! እንታይ እንተገበርና ይሓይሸ? ሕቡራት ሃገራት እንታይ ክሕግዙ ይኽእሉ?" ኢሉ ሓተተኒ።

"ዋእ ዝግበር የለን። ወያነ ንኩናት ዝኸውን መመሳመሲ ኣለዎም። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝኾነ ኩነኔ ኣይገበረሎምን'ዩ።"

ኣብ 98 ኤርትራ ብኢትዮጵያ ዝመሓደር ዝነበረ ቦታ ብሓይሊ ምስ ገበጠት መንዶ ኮኒንዋ'ዩ! እቲ መሬት ናይ ኢትዮጵያ ድዩ ናይ ኤርትራ ካልእ ሕቶ'ዩ። የመሓድርዎ ስለ ዝነበሩ ብሰላም ለቒቕኩም ውጹ ኢሎምና። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንዓና ኣይኮነናን። ስለዚ ሕጂ ንወያነ ዝኸንኖም ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ የለን።

ወያነ ናብ ምዕራባዊ ኤርትራ ከም ዝገስገሱ ብዕሊ ገሊጾም ነ'ዮም። እዚ ናይ ኢትዮጵያ ለኣላዊ ግዝኣት'ዩ ኣይበሉን። ኤርትራ ካልእ ግዝኣትና ብሓይሊ ሒዛትልና ስለ ዘላ ንወተሃደራዊ ዕላማ ክንብል ክሳብ ዝደለናዮ ክንግስግስ መሰልና'ዩ ኢዮም ዝብሉ ኔሮም።

ስለዚ ንሕና ነዚ ኩናት መመሳመሲ ክንህቦም የብልናን። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ነዚ ኩናት ደው ኣብ ምባል ክሕግዘና መታን ኩሉ ዝከኣለና ክንገብር ኣሎና።

እቲ ዘሎና ሓደ መንገዲ ዲፕሎማሲ ኢዩ። በይናዊ ትግባረ ውጥን ሰላም ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (ው.ሓ.ኣ) ንኣውጅ ኢለ ከረድኦ ፈቲነ።

ምኽንያቱ ንውጥን ሰላም ው.ሓ.ኣ ድሮ ተቒቢልናዮ ኢና ኔርና። ስለዚ ካብ ዛላንበሳን ከባቢኣን ነዝልቐ። ንመሰርሕ ሰላም ቑሩባት ኢና ንበል። ወያነ ሸግር ነ'ዮም ዝእክቡልና ዘለው። ሰራዊትና ካብ ዛላንበሳን ከባቢኣን ንስሓብ'ሞ በይናዊ ትግባረ ውዕል ሰላም ንኣውጅ። ዝተረፈና ሓደ ሜላ እዚ ዲፕሎማሲያዊ መንገዲ'ዩ ኢለ ሓሳበይ ሂበዮ።

ኮኔል፡- ከምዚ ምስ ገበርኩም ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንኢትዮጵያ ጸቕጢ ንኽገብር ጻውዒት ምግባር'ዩ ኔሩ ሓሳባትካ?

ድሩዕ፡-እወ። በይናዊ ትግባረ ውዕል ሰላም ንኣወጅ ኢለ። ንሱ ግና ከምዚታት ኣይፎቱን'ዩ። ቀደሙ'ውን ነቲ ውዕል ሰላም ው/ሓ/ኣ ወያነ ንባድመ ብሓይሊ ምስ ሓዘታ'ዩ ተቐቢለዮ ዝበለ። እዚ ዘይብሱል ሜላ'ዩ።

ወያነ ንሓይልታት ኤርትራ ካብ ባድመ ምስ ጸረጉ፡ ኤርትራ ካብ'ቲ ዝተረፈ ወራራ ሒዛቶ ዘላ መሬት ትውጻእ። ባድመ ከንብል እንከለና ነዚ ካልእ ዝተወረረ መሬት'ውን ዘጠቓልል'ዩ ኢሎም ብንጹር ኣቐሚጠሞ'ዮም። ዋላ'ኳ ድሕሪ ግንቦት 6 ኤርትራ ሉኣላዊ መሬተይ'ዩ እንተበለት ኣቐዲሙ ወያነ ዘመሓድሮ ግዝኣት'ዩ ኔሩ።

ወያነ ግንቦት 13 ፓርላማኦም ካብ ዝኣከቡሉ ግዜ ጀሚሮም ዝነበሮም መግለጺ ሓደን ዘይቅያየርን'ዩ። "ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርና ዝነበረ ዓድታት ብሓይሊ ወሪራትና'ላ። እንድሕር ብሰላም ዘይትውጽእ ኮይና ንመሬትና ብሓይሊ ሓራ ክንገብር መሰል ኣሎና" ዝብል ዘይቅየር ፖሊሲ ወያነ'ዩ ኔሩ።

ንሕና'ውን ግንቦት 14 ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣካዪድና ኔርና። ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣዋጁ ካብ ዝህብ ድሕሪ 2 መዓልቲ ምኻኑ'ዩ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣዝዩ ሃናጺ መግለጺ ኢና ኣውጺእና። *እዚ ናይ ዶብ ሸግር'ዩ። ብሕጋዊን ሰላማውን መንገዲ ክፍታሕ ይኽእል'ዩ። ንዝኾነ ሰነመጦት ሓይሊ ንነጽግ።* እዚ ሸግር *ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዕላት ብሕጋዊ መንገዲ ክፍታሕ ይኽእል'ዩ* ዝብል'ዩ ኔሩ መግለጺና። *ሳልሳይ ኣካል (መንጮኛ) ንዶብ ክሕንጽጽ ነፍቅድ ኢና። ኣድላዩ እንተኾይኑ ካብቲ ዘሰሓሕብ መሬት ጥራይ ዘይኮነ ካብ መሬትና 'ውን ክነንሳሕብ ድሉዋት ኢና።* ብምባል ዘሎና ቅሩብነት 'ውን ገሊጽና ኢና። ወያነ'ውን ወተሃደራቱ የርሕቐ'ሞ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ናጻ ዝኾነ ዞባ ይህሉ ኢልና።

ኣዝዩ ሃናጺ ውጥን'ዩ ኔሩ። ግና ኣጽኒዕና ኣይቀጸልናዮን።

ናይ ሩዋንዳን ኣመሪካን ናይ ሰላም ውጥን ኣይተቐበልናዮን። እዚ ውዕል ሰላም ናብ ው/ሓ/ኣ ሓሊፉ ው/ሓ/ኣ'ውን ኣጽዲቕዎ። ነዚ'ውን ኣይተቐበልናዮን። ኣብ ለካቲት 1999 ወያነ ንባድመ በሓይሊ መሊሱ ተቐጻጺርዋ። ሽዑ ንውዕል ስምምዕ ው/ሓ/ኣ ንቅበሎ ኢና ኢልና ኣዊጅና።

ደሓር 'ውን ካብ ዘላምበሳን ካልኦት ቦታታትን ውጹ ዝብሉና ዝነበሩ እዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ መትከል ንዕኡ 'ውን ስለ ዝምልከቶ'ዩ። ንሕና ግና ንባድመ ጥራይ'ዩ ዘመልክት ኢልና ክንምጉት ፈቲንና።

ድሕሪ ግንቦት 12 ንዘላምበሳን ንካልኦት ቦታታትን ብሓይሊ ስለ ዝሓዝና ነዚ'ውን ዝምልከት'ዩ ኔሩ። ንሱ (ኢሳያስ) ግና ነዚ ክቐበል ኣይደለየን።

ደሓር ድሮ ሳልሳይ ኩናት ዘይወረቐታዊ (non paper) ውጥን ሰላም መጺኡና። ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሽዑ ሓደ መርገጺ ወሲድና። እዚ መዋገዪ መታን ክኾነና ኣብ ቴክኒካዊ መልክዑ ጸቒጥና ንዛረበሉ፡ እቲ ሕጋዊ መዳዩ ንስትራቴጂካዊ ረብሓና ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኣይኮነን፡ ስለዚ ነዚ ከም መሰረትና ጌርና ንውስዶ ኢልና።

ኮኔል፡- **ዘይወረቐታዊ ዲኻ ዝበልካ? ቦኽሪ እዝነይ'ዩ።**

ድሩዕ፡-ቴክኒካዊ ባእታታት ንምምሕያሽ ዝወጸ ውጥን ኣመሪካ'ዩ ኔሩ። እቲ ድሕሪ ሳልሳይ ወራር ዝተቐበልናዮ ምስ'ዚ (ዳርጋ) ሓደ'ዩ ኔሩ።

ኮኔል፡- ስለዚ ብመሰረቱ ካብ'ቲ ኩሉ ኢትዮጵያ እጀታይ ትብሎ መሬት ነንሳሕብ ኢኹም ኢልኩም?

ድሩዕ፡- ኣይፋልናን። ኣብ ሰነ/ሓምለ 99 ኣኼባ ው/ሓ/ኣ ኣብ ኣቴንስ ኣብ ዝተገበረሉን ቅጥዒታት ትግባረ ኣብ ዝወጸሉን እዋን'ዩ ከምኡ ተባሂሉ። ክልቲኦም ወገናት ናብቲ ቅድሚ 6 ግንቦት ዝነበርዎ መሬት ይመለሱ ዝብል ንጹር መግለጺ'ዩ ኔሩ። ፕረዚደንት ነዚ ውጥን ንኽቕበሎ ብዙሕ ኢና ተቓሊስና። ድሕሪ ሳልሳይ ዙር ኩናት ግና ነዚ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሉኣላዊ መሬትና 25 ኪ/ሜትር ናይ ጸጥታ ዞባ ክምሰርት ዝብል 'ውን ከይፈተና ገሲምናዮ ኢና። ስለ'ዚ መስርሕ ሰላም ክግምገም ከሎ ምስ ገዛእ ሕልና'ኻ ተዓሪቕካ ክትመዝን'ዩ ዘሎካ።

ኮኔል፡- ሓደ እዋን ንውጥን ሰላም ሩዋንዳን ኣመሪካን ተቐቢልኩም (ዳርጋ ተቐቢልኩም) ምንባርኩም 'ውን ሰሚዐ'ለኹ። ንጽባሒቱ ግን ኣይንቕበሎም ኢና ዝብል መግለጺ ኤርትራ ተሰሚዑ። ሽዑ'ያ እታ መተዓረቒት ኮሚተ ኣመሪካ ነቲ ኩነታት ንህዝቢ ቃልዕ ጌራቶ።

ድሩዕ፡-እወ። መንገኞታት ኣመሪካን ሩዋንዳን "ካብ ባድመ ውጹ፡ ዝነበረ ሲቪላዊ ምምሕዳር ይመለስ" ዝብል ውጥን ሒዞም'ዮም መጺኦም።

ኮኔል፡- ሚሊሻን ፖሊስን'ውን ክህልው'ዮም ዝብል ኔርዎ።

ድሩዕ፡- ኣይፋልን። ሓንሳብ!

ብቐዳምነት ኣብ ባድመ ሲቪላዊ ምምሕዳር ክምለስ ዝብል ውጥን ኔሩ። ንሕና ንስሙ "ጉጅለ ኤርትራ" ንበሃል እምበር ኩሉ ንሱ (ኢሳያስ)'ዩ ዝውስኖ ኔሩ። የማነ ገብረኣብ 'ውን ኩልሳዕ ኣብኡ ኔሩ።

ንዓይ ሽዑ ዘሕሰበኒ ነገር ኔሩ። ኣብ ባድመ ሰቪላዊ ምምሕዳር ክምለስ ንስማማዕ ኢና ኢሉ ነታ መተዓረቒት ጉጅለ ቃል ኣትዩላ። ሽዑ እታ ጉጅለ እማመ ሰላም ሩዋንዳን ኣመሪካን ሒዛ መጺኣ።

ሽዑ እዛ ጉጅለ ንጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ሓደ ዓብዪ ስጉምቲ (Breakthrough) ከም ዝኾነ ዝነገረቶ ይመስለኒ። ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡ ግና ከምኡ ይመስለኒ።

ኮኔል።- እዛ ጉጅለ ኣመሪካ?

ድሩዕ፡-እወ ንሳ።

ሽዑ ናይ መወዳእታ እማመኣም ኣቕሚጦም። ኢሳያስ ነዚ ስለ ዝተቐበሎ ዓብዪ መቕይሮ'ዩ ኢሎም።

ካብ'ቲ ኣኼባ ውጽእ ምስ በልና "ንምንታይ ደኣ ተሃዊኽካ? እዚኦም መንጮኛታት ኢዮም። መንጮኛታት ናይ ገዛእ ርእሶም መተዓረቒ ስልቲ ኣለዎም። ንኹሉ ነገር ብመንጽሮም ኢዮም ዝጥምትዎ። ካብ ክልቲኡ ወገናት ገለ ሕድገታት ክግበር 'ዮም ዝሓቱ። ሲቪላዊ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ይመለስ ቅድሚ ምባልና ንኹሉ ካልእ ኣማራጺታት ክንጐሕጐሕ ኔሩና" ኢለዮ።

ኮኔል፡- ነዚ ክኸውን ትዕግስቲ ስኢኑ!

ድሩዕ፡- እወ።

እንታይ ከም ዝበለኒ ትፈልጥ ዶ? "ብዛዕባ ተክኒክ እዞም ሰባት ዝግደሰኒ ኣይኮነን፡ ንሕና ኩልሳዕ ብመትከል ኢና ንዓዩ። ናይ መትከል ሕቶ'ዩ።" ኢሉኒ።

"ብጻይ ፕረዚደንት ንሕጊ'ዚ ጸወታ ጽቡቕ ጌርካ ክትርድኦ 'ለካ። ነዚስ ሕራይ ተቐቢልካዮ ካልእ ሕድገታት ክንገብር ጸቕጢ እንተ ገበሩልና ኸ እንታይ ኢና ክንብል? ተሃዊኽካ 'ለኻ" ኢለዮ።

ንሱ ግን ብኽልተ ምኽንያታት ከም እተቐበሎ ነጊሩኒ። ቀዳማይ ብዛዕባ'ዞም ተክኒካት ፋዕራ ከም ዘይብሉን ናብ መትከሉ ጥራይ ከም ዝጥምትን'ዩ። ካልኣይ እዚ ውጥን ንወያነ ሕንፍሽፍሽ ከእትወሎም ኢዩ ዝብል እምነት ኔርዎ። ተቐቢልናዮ እንተኢልና ኣብ መንጮኦም ምክፍፋል ክፍጠር'ዩ። ገሊኦም ክቕበልዎ ገሊኦም ድማ ክነጽግዎ ምኻኖም ፍሉጥ'ዩ። ከምዚ ጌርና ሸግር እንተ ፈጠርናሎም ኢለ'የ ኢሉኒ።

ንወያነ ጽቡቕ ጌረ እፈልጣ'የ ኢዩ ዝብል። ተሃዊኽና ምቕባልና ኣብ ዘተ ጸቕጢ ክገብረልና'ዩ ኢለ ሓሳባተይ ሂበዮ። ስለ'ዚ እቲ ዝሰማዕካዮ ሓቂ'ዩ። ኢሳያስ ተቐቢልዎ ኔሩ'ዩ። መወዳእትኡ ግና ነቲ ውዕል ሒዞም ምስ መጹ ንጐዳይ ሚሊሻ ከም መመሳመሲ ኣልዒሉ ኣይንቕበሎን ኢና ኢልዎም። ቀደሙ'ወን ብልቡ ኣይኮነን ተቐቢልዎ ኔሩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዋጋዱጉ ኣኼባ ስለ ዝነበረኒ ናብኡ ከይደ። ብኣውሮጳ ገይረ'የ ናብኡ ከይደ።

ነዚ ክቕበሎ እንከሎ ኣብ ኣስመራ'የ ኔረ። ኣነ ምስ ከድኩ እታ ጉጅለ መጺኣ ነቲ እማመ ኣቕሪባቶ። ሽዑ ንሱ "እንድሕር ሚሊሽ ክህልው ኮይኖም ነዚ ሲቪላዊ ምምሕድር ይመለስ ዝበሃል ኣይንቕበሎን ኢና" ኢሉ መሊሱሎም።

እዞም ናይ ሕ/መ/ኣ ጉጅለ ሓደ ኣምረል ዋቕዕ (de facto) ክፈጥሩ 'ዮም ደልዮም። ነቲ ናይ ሰላም እማመ ንኢትዮጵያ ሂቦሚ። መለስ ተቐቢለዮ ኢሉ። ሽዑ ንሳቶም ነቲ ናይ ሰላም እማመ ንኽልቲኦም ወገናት ሂብናዮም ኢና ኢሎም። ዝተጸንዐ ምንቅስቓስ'ዩ ኔሩ። ንዓና ጸቕጢ ክገብሩልና'ዮም ዝደልዩ ኔሮም።

ኮኔል፡- እወ ከምኡ'ዩ ዝመስል። ኢሳያስ ግና ኣብ'ዚ ብጽቡቕ ኣይተዋስእን።

ድሩዕ፡-ሸዑ ንሳቶም “ንክልቲኦም ወገናት ናይ ሰላም እማመ ኣቕሪብናሎም። ኢትዮጵያ ተቐቢላቶ፡ ኤርትራ ግና ኣይተቐበለቶንን። ” ዝብል ጸብጻቦም ዘርጊሖም።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ስለምንታይ ክንድዚ ከም 'ተሃወኹ ትፈልጥ ዶ? ምኽንያቱ ኣኼባ ው/ሓ/ኣ ክግበር ኣብ ምሽብሻብ'ዩ ኔሩ። ናብኡ መታን ክኸዱ'ዮም ተሃዊኾም።

እንተተቐቢልዎ ኩሉ ተጻፊፉ ናብ ው/ሓ/ኣ ጸብጻብ ክግበር፡ ምቕባል እንድሕር ኣብዩ ከኣ ብው/ሓ/ኣ ጌሮም ጸቕጢ ክገብሩሉ 'ዮም ሓሲቦም።

ኮኔል፡- ካልእ መፍትሒ መንገዲ ዝነበረ ኣይመስልን።

ድሩዕ፡-እዚኦም እቶም ሓቅታት 'ዮም። ኣይንቕበሎን ኢና ንምባል ዘልዓላ ሓንቲ ናይ ሚሊሻ ጕዳይ ጥራይ'ያ ኔራ'

ስለዚ ብዛዕባ መስርሕ ሰላም ዝነበረና ገምጋም (ናተይ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ካልኦት 'ውን) ጽንዕ ዝበለ ባይታ ኣይነበረናን ዝብል'ዩ።

እቲ ቀንዲ ጸወታ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንሰላማዊን ሕጋዊን መፍትሒ ድሉው ምኻንካ ንምእማን እምበር ነቲ ካልእ ወገን ንምእማን ኣይኮነን። እዚ ደጋጊምና ክንዛረበሉ ፈቲንና ኢና።

ንወያነ ከነዕግቦም ኣይንኽእልን ኢና። ህወሓት ምሳና ንኽሰማማዕ ከነእምኖ ኢና ኢልና ኣይኮንናን ክንሓስብ ዘሎና። ስለዚ እቲ ዕላማ ንሰላምን ሕጋዊ መፍትሒን ዘሎና ቅሩብነት ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ምርኣይ ኢዩ ኔሩ።

ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንመርገጺና እንተ ተቐበሎ 'ውን ንኢትዮጵያ ኩናት ካብ ምክያድ ክዓግታ ኣይኮነን። ከምዚ ዝብል ሕልሚ የብልናን። እዚ ይኹን እምበር ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንመርገጺና እንተ ተገንዚብዎ ጽቡቕ'ዩ። *ንሕና ምክልኻልና ንግበር፡ ንሳቶም* ኩናት *ንምግባር ዘለዎም ቀጻልነት ኣብ ሸግር ክወድቑ'ዩ* ዝብል መርገጺ ኔሩና።

ኢሳያስ ህዝቢ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ መጺኡ ዝዋግኣልና ክመስሎ'ዩ ኢሉ ኣቕቢጹ።

ኮኔል፡- ብእኡ ዋጋ ዝበሃል ኣይነበሮን። እቲ ወሳኒ ጕዳይ ኣብ ኢድካ እናሃለወ ንናይ ግዳም ረቂሒታት ናብ ረብሓኻ ምውዓል ዝበሃል ነገር ኣይተዋሕጠሉን።

ድሩዕ፡-ብዛዕባ መስርሕ ሰላም ዝነበረና ኣካይዳ ሎሚ ኩሉ ሰብ'ዩ ዝዛረበሉ። ንስትራቴጂካዊ ዕላማታትና ኣብ ሓደጋ ከየእተና ተዓጻጸፍቲ ንኹን ምባል ንኤርትራ ከም ምውንጃል ጌሮም ይሓስብዎ 'ለው። እትኽሰሰ ኤርትራ ኣይኮነትን። ዝኽሰስ ንሱ (ኢሳያስ)'ዩ። እዚ'ዩ እቲ ሓቂ።

ነቲ ብኢደ ወነኑ ዝዝውሮ ዝነበረ መስርሕ ሰላም ዝነቐፉ ሰባት ክውንጀል'ዩ መሪጹ ዘሎ። ኣብ ክንዲ ዝእክበና ምስ ወደነ ተሓባቢርኩም እናበለ ክኣስረና ይቀራረብ ኣሎ። ብዛዕባ ሰላምን ኩናትን ዝነበረ ጉዳይ እምበኣር እዚ'ዩ።

ኣብ ገምጋም ሓደ ሰብ ዝተፈልየ ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ ብርቱዕን ድኹምን ጐድኒ ጸላኢን ወገንን ዝተፈልየ ርእይቶ ስለ ዘሎካ ጥራይ ከም ተሓባባሪ ጸላኢ ክስምየካ ዝግባእ ኣይኮነን። ወይ 'ውን ጸላኢ ንጹህ'ዩ ከም ዝበልካ ጌሩ ክትርኣም ኣይግባእን። እዚ ናይ ውልቂ ኣጠማምታ'ዩ።

ድሕሪ ሳልሳይ ዙር ኩናት ንጴጥሮስ፡ ዑቕበን ብርሃነን ክወንጅሎም ኢዩ ዝብል ዘረባታት ኔሩ። እዚ ዝኸውን ዘሎ "ንኹሉ ህሉው ኣማራጺታት ንፈትሽ" ስለ ዝበልዎ'ዩ።

ድሕሪኡ ንሱ ብዛዕባ ዝኮነ ኣርእስቲ ምዝታይ ኣብዩ። ዘጨንቐኒ ሰብ ኣይደልን'የ ዝብል ዘረባ ኣምጺኡ። ንቤት ጽሕፈቱ ምስ ኣተወ ንዓይን ንየማነን ኣጽውዒና። እቲ ዝሓሰቦ ኣቐዲመ ዝነገርኩኻ'ዩ።

ንቤት ጽሕፈት ምስ ኣተወ ጴጥሮስን ዑቕበን ነገራት ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ይኸዱ ከም ዘለዉ ተዘራረቡ። ንሱ ግና ነዛ ክርእዮም 'ውን ኣይደለየን።

ጴጥሮስ ንሽሪፎ ጸዊዑ ብዛዕባ ምዝላቕን ዘሎ ኣማራጺታትን ክዘራረቡ ሓተቶ። እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ክዝቲ ደፋፍኡ። ኣነን የማነን ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሳያስ እናሃሎና ሽሪፎ ተጸንበረና። ከምዚ ኢልና ኣርባዕተ ኮንና።

ኣነ በይናዊ ምትግባር እማመ ሰላምን ካብ ዘሰሓሕብ ቦታታት ህጹጽ ምዝላቕ ብህጹጽ ክንትግብር ሓሳብ ኣቕሪበ። ኢሳያስን የማነን ግና ምስምማዕ ኣበዩ።

ድሕሪ'ዚ ናብ ኦስን ሚኒስትሪታት ጻውዒት ቴሌፎን ጌረ። ኣኼባ ጌርና ክነዝልቕ ከም ዝወሰንናን ኦፕታት ከረጋግኡ ከም ዝግባእን ሓበርኩዎም። ርግጽ'ዩ ኣኼባ ክበሃል ዝከኣል ኣይነበረን። ሓጺር ዜና ምባሉ ይሓይሽ። እታ ማእከላይ ባይቶ ንመወዳእታ ግዜ ዝተጋብኣሉ ጥሪ 2000'ዩ ኔሩ። ካብኡ ንዳሓር ኣይተኣከብናን።

ነዛ ሓጺር ሓበሬታ ምስ ሃብና ብዙሓት ተስፋ ቈረጹ። ገሊኦም ክንሕግዝ ብምባል ናብ ነቒጣ እዚ ግንባር ከዱ።

ኣብቲ ኩናት ብዙሓት ካባና ዓብዩ እጃም ኣበርኪቶም 'ዮም። ካብኡ ንደሓር 'ዮም ውዲት ክኣልሙልና ጀሚሮም።

ንወያነ ከሐጉስ ኢሉ ንኢሳያስ ካብ ስልጣን ከውርዶ ዝተበገሰ ኣይነበረን። ፕረዚደንት ብቕዓቱ ስለ ዘየርእየ ይወረድ ዝብል ርእይቶታት ግና ኔሩ'ዩ። ነዚ ዝደፍእ ጥርኑፍ ሓይሊ ግና ኣይነበረን። መፈንቅለ መንግስቲ ዝበሃል ወይ ከምኡ ንኽበሃል ዝበቕዕ ስጉምቲ ፈጺሙ ኣይነበረን።

ኮኔል፡- በዚ ጉዳይ ክኽሱኻ ምኽኖም ደኣ ብኽመይ ፈሊጥካ?

ድሩዕ፡-ዝሓለፈ ሰሙን (6 /ነሓሰ) ኣኼባ ሓለፍቲ ሚኒስትሪታት ማሕበራትን ጨናፍር ህግደፍን ኣኼባ ጸዊያም ኔሮም። የማነን ኣልኣሚንን ከኣ ነቲ ህዝቢ ንኩናት ከዳልውዎ ነጊሮሞም። ኣንጻር "ጉጅለ-15" ወፍሪ ንምግባር ’ውን ክስታት ከም ዝጀመሩ ነጊሮሞም።

ፈለማ ህዝቢ ክሰምየ የብሉን ዝበሉ ሰባት ኔሮም። ህዝቢ ካብ ኩናት ገና ከየዕረፈ ክንነግሮ ኣይግባእን። ዘይድሊ ስንባደ ክፈጥር’ዩ። እዚ ወፍሪ እንተተረፈ ይሓይሽ" ኢሎም።

ብካልኣይ ደረጃ "ጉጅለ 15" ብዙሕ ጉዳያት ’ዮም ኣልዒሎም ዘለዉ። ወፍርና ንዅሉም ’ዞም ጉዳያት ክምልስ ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ነዚ ወፍሪ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና ተባሂሉ።

ንሳቶም ኣኼባ ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ክግበር ’ዮም ዝጕስጉሱ ዘለው። እንድሕር ሕቶኦም እዚ ኮይኑ ስለምንታይ ዘይንእከብ። እንድሕር ነዚ ጉዳይ ዘረጋግኡ ኮይኑ ዘይንእከበሉ ምኽንያት እንታይ’ዩ? ዝብል ሕቶ ’ውን ኔሩ።

ሸዑ ኣብርሃ ካሳ ነዚ ዝሓተተ ሰብ ከፈራርሆ ፈቲኑ። ብዙሓት ሰባት ዓይንኻ ዓይንኻ ምስ በልዎ ግና፡ ኣልኣሚን ጌጋኡ ኣሚኑ ነቲ ኣኼባ ቀጺሎሞ።

ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ንኩናት ክዳሎ ምጕስጓስ ዝብል ሕቶ ገዲፎም ነዚ ካልኣይ ሕቶ (ጉዳይ "ጉጅለ 15") ክጽበዩ ወሲኖም። ኣብ መወዳእትኡ ዝተወሰነ ነገር ኣይነበረን። እቲ ስጕምቲ ’ውን ንኻልእ ግዜ ተመሓላለፈ።

ድሕሪ’ዚ ብቕጽበት ሓደ ካብዚኦም ናብ ሸሪፎ መጺኡ በጃኻ ናብ ኢሳያስ ኪድሞ ነዚ ነገር ኣረጋግኣዮ ኢልዎ። ግና ነገራት ድሮ ናብ ሕማቕ ኣንፈት ከይዶም ኔሮም። ን "ጉጅለ 15" ናብ ሰለስተ መቕሎም ነቶም "ሕመረት" ብኽሕዴት፤ ንዑቕበ፡ ጴጥሮስን ብርሃነን ኣብ "3ይ ወራር" ናይ ተሰዓራይነት መንፈስ ኣርኢኹም ብዝብል ንዓይ ከኣ ኣብ ጉዳይ ሰላም ብዝነበረኒ መርገጺ ክኽሱና ወዲኦሞ ’ዮም ኔሮም።

ዕላል ምስ ጴጥሮስ ሰለሙን

23 ነሓሰ 2001

እዚ ዕላል ኣብ መንበሪ ገዛ ጴጥሮስ ሰለሙን (ጥቓ ጐደና ሰማእታት ኣስመራ) ኢና ኣካይድናዮ።

ጴጥሮስ ተሰፋኡን ሕልሙን ክዓኑ ዝጀመረ ካብ 1992 ጀሚሩ ምኽኑ፡ እንተኾነ ሰርሑ ክገድፍን ካብ ዕማም ህንጸት ሃገር ዓዲ ክውዕልን ከም ዘይደለየ ነገረኒ። ኢሳያስ ናብ ውልቀ ምልኪ ይጐዓዝ ምንባሩ ንሓደ ሰብ ጥራይ'ዩ ዘዕልሎ ኔሩ--ንውቕበ ኣብርሃ። ዘለዎ ኩሉ ዕቃበታትን ቅሬታታትን ንውቕበ'ዩ ዘካፍሎ ኔሩ።

ኣብ 90ታት ንኢሳያስ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ከውጽኦን ፖለቲካዊ ዘይኮነ ሓለፍነት ከህቦን ክልተ ሳዕ ለሚንዎ። ፕረዚደንት ግና ኣብይዎ። እታ ሃገር እትኽደ ዘላ ኣንፈት ቅኑዕ ዘይምኽኑ ንኢሳያስ ብተደጋጋሚ ክነግሮ ምስ ጀመረ ግና ናብ ሚ/ሪ ሃብቲ ዓሳ ተቐይርካ ኣሎካ ተባሂሉ። ንብዙሓት ተዓዘብቲ ከም ናይ ሰልጣን ምንቕላቕል ኮይኑ'ዩ ተራእይዎም። ንጴጥሮስ ብውልቁ ግና ዓብዪ እፎይታ'ዩ ኔሩ።

ውድብ ኤማሰን ግንባርን ክምስረቱ እንከለው ኣብ መሪሕነት ዝነበሩ መነመን 'ዮም ብዝብል ዘተ ኢና ንዕላልና ጀሚርናዮ።

ኮኔል፡- **ምስ ድሩዕ ኣዕሊለ ኔረ። ንሱ ንድሕሪት ተመሊሱ እንክዝክር...**

ጴጥሮስ፡- ድሩዕ ናይ ብርዒ ሰብ'ዩ። ጸሓፍይ ካብ ወተሃደር ይበልጽ።

ኮኔል፡- **ዶ ትብል..**

ጴጥሮስ፡- ኣነ ናይ ተግበር ሰብ'የ።

ኮኔል፡- **ብዛዕባ ምውጋድ ሮሞዳን ካብ መሪሕነት (1994) ምስ ድሩዕ ኣዕሊልና ኔርና። ሽዑ ሓደ ነገር ዘይምግባሩ ከም ዝጣዕሶ 'ውን ነጊሩኒ...**

ጴጥሮስ፡- ንሮሞዳን ኣቐዲሞም 'ዮም ኣጠንቂቕሞ። ንሱኮ ኣብቲ (ጉባኤ) 'ውን ኣይነበረን።

ኮኔል፡- **ድሩዕ 'ውን ከምኡ'ዩ ኢሉኒ።**

ጴጥሮስ፡- ሮሞዳን ከም ሰብን ሮሞዳን ከም ባህርይን ክልተ ዝተፈላለዩ ነገራት'ዮም።

ኮኔል፡- **ንረብሓ ሃገር ክብል'ዩ ተቐቢልዎ መሰለኒ።**

ጴጥሮስ፡- ምክትል ፕረዚደንት ናይዛ ሃገር ክኸውን ሓሞት የድልዩ ኔሩ። ርግጽ'ዩ ብቐዕ'ዩ። ኣዝዩ ስሙይ ሰብ 'ውን ኢዩ። ጠባዩ ግን ትፈልጦ ኣይመስለንን። ኣዝዩ ፈራህ ፈራህ ፈራህ'ዩ። ትማሊ'ኳ ተራኺብና ኔርና።

"ፈራህ ኢኻ። ንኤርትራ ናብ ኣመሪካን ሕቡራት ሃገራትን ኣሕሊፍካ ክትህብ ሓሲብካ ኔርካ ይብሉኒ 'ለው። ንስኻኸ እንታይ ኢኻ ክትብል? ኢለዮ።

ኢሳያስ ብዛዕባ'ዚ ንህዝቢ ዝህቦ ብቐዕ ምኽንያት የብሉን። ክሰሰለይ ኢልዎ ናብ ቤት ፍርዲ ዝዳንየና ሰብ 'ውን የብሉን። እዚ ዳእላ'ዩ። ኣላጋጭ!።

ኮኔል፡- ኣይኮነሎም 'ምበር ብብልሸውና ክኸሱኻ 'ውን ፈቲኖም ኔሮም።

ጴጥሮስ፡- ብልሸውና! ሽዱሽተ ኣባላት ጸጥታ ንመርመራ ተባሂሎም ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ካብ ዝለኣኹ ክልተ ወርሐም መሊኦም ኣለው። ሓደ 'ውን ኣካውንታንት የብሎምን። እንተዝሰርቕ 'ውን ክፈልጡኒ ዝኽእሉ ሰባት ኣይኮኑን።

ንሰባት ናብ ቤት ማእሰርቲ እናወሰዱ "እንታይ ትፈልጦ ኣለካ? እንተ ዘይነጊርካና ኣብዚኣ ክትጨኑ ኢኻ!" ይብልዎም ኣለው። ወዳጀ ሰብኣዊ መሰላት!

ያሲን ትማሊ ኢዩ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ። ንወርሕን ክልተ ሰሙንን ኣሲሮሞ ጸኒሖም። "ኣብ ግብ ዝበለ ጸልማት ክፍሊ 'ዮም ኣእትዮምኒ። ኣብ ዙርያይ ድምጺ እስምዕ ኔረ። ሓደ ካብኣቶም ትሸዓተ ዓመታት እናተገረፍኩ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ኣለኹ ኢሉኒ ። ንስኻ ግዳ ሕጂ ዝመጻእካ! ኣጆኻ ተስፋ ኣይትቑረጽ" ኢሎምኒ ኣሉ ኣዕሊሉኒ።

ንበዓልቲ ቤቱ ናብ ቤት ፍርዲ ክይዳ ክትሓትሉ ኣማኺረያ ኔረ። ምናልባት ብኽምኡ 'ዮም ለቂቕሞ ዝኾኑ።

ኣብዛ ሃገር ሕቶታት ምቕራብ ገበን'ዩ። ንእሱር ወደይ ክርኢ ዝብል ወላዲ ከም ገበነኛ'ዩ ዝቑጸር። ምስ እሱር ሰብካ ምርእኣይ (Habeas corpus) ዝበሃል የለን።

ኮኔል፡- ምሳኻ'ዩ ዝሰርሕ ኔሩ ሓቀይ?

ጴጥሮስ፡- እወ።

ኣዝየ'የ ስምቢደ። ያሲን ወዲ ጢያ'ዩ። ዓፈር'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ፖለቲካ ዝፈልጦ 'ውን የብሉን።

ጅግና'ዩ። ብሉጽ መራሒ'ዩ። ሓደ ካብ 'ቶም እዛ ሃገር ዘፍረየቶም ብሉጻት ሰባት'ዩ።

ካብ ደንካልያ ጢያ'ዩ ዝውለድ። ሰበኽ ሳግምን ገፋፊ ዓሳን'ዩ ኔሩ። ናብ ሰውራ ምስ ተሰለፈ ኮማንደር ኮይኑ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ በጺሑ። ሓላፊ ማእከል ምሕንባስ ኤርትራ (Eritrean Diving center) ከኣ'ዩ ኔሩ።

ብዛዕባ ባሕሪ ብዙሕ'ዩ ዝፈልጥ። ግርም ሓንባሳይን ባሕረኛን'ዩ። ናይ ባሕሪ ፍቓድ ኣለዎ፡ ጀላቡ'ውን ኣጸቢቑ'ዩ ዝመልኽ። ኣብ ዝኾነ ናይ ቱሪዝም ኩባንያ ግርም ኣካይዲ ስራሕ ምወጸ ኔሩ። ንሱ ዘይፈልጣ ክፍሊ ባሕሪ የላን።

እነሆልካ ነዚ ሰብ'ዮም ብዛዕባይ ንኽሓትዎ ኣሲሮም። 42 መዓልቲ ኣሲሮሞ። ኣታ ነዚ ድየ ተጋዲለ!

ኮኔል፡- ንስኻ ንሃገርካ ኢኻ ተጋዲልካ። ነዚ ኢልካ ኣይኮንካን።

ጴጥሮስ፡- ከምዚን ወዲ ኾምዝን ክትርኢ እንከሎኻ ተስፋ ኢኻ ትቆርጽ። ያሲን "ዝሓተለይ ሰብ የብለይን ምኽንያቱ ኣብዚ ማንም ሰብ የብለይን.. ዓፋር'የ" ኢዩ ዝብል። ኣሕ! ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ።

ኮኔል፡- ኣብ'ታ ኣቑዲምካ ዘልዓልካዮ ነጥቢ ክመልሰካ። ነገራት ናብ ሕማቕ ኣንፈት ይኽዱ ከም ዝነበረ ዳርጋ ካብ ፈለማኡ ኢኻ ተነቢኻ። ኣዚኻዶ ሸዑ ኣይተሃወኽካን?

ካልኣይቲ ሕቶይ፣ ስለምንታይ ንኽንድዚ ዝኣክል ግዜ ከይተዛረብካ ጸኒሕካ። ምስ ካልኦት ሰባት ብዛዕባዚ ከዕልል እንከሎኹ "ክሳብ ሕጂ ኣበይ ኔሮም።" ዝብል መልሲ 'ዮም ዝህቡኒ።

ጴጥሮስ፡- ግዜ ዝበልዐ ባዕሉ ኢሳያስ'ዩ። ሰባት ኣብ ሓደ ከይሰምሩ ምብትታን ከኣ ተኻሒንለ'ዩ። ኤርትራዊ ክጋደል እንከሎ ንሱ ኣብ ምኾትን ምዝንጋዕን ኢዩ ኔሩ። ይብለጽ'ዩ ኔሩ። ንነዊሕ ዓመታት ንኹሉ ሰብ እናታለለ ክነብር ጸኒሑ'ዩ። ንሕና ከይነቓሕናሉ ካብ መንፈስ ብጻይነት ወጻኢ ንነዊሕ ዓመታት ብበለጽ ክንዓገዝ ጸኒሑ'ሎ።

ሕጂ ግና ነቒሕናሉ ። ሓቂ'ሓይሽ ግዜ በሊዕና ኢና።

ኮኔል፡- 1992 ኣብ ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢ ኢኻ ኔርካ።

ጴጥሮስ፡- 1994 ኢየ ሚኒስተር ጕዳያት ወጻኢ ኮይነ። 92 ሚኒስተር ምክልኻል ኔረ።

ኮኔል፡- ክሳብ መዓስ ጸኒሕካ?

ጴጥሮስ፡- ክሳብ ለካቲት/መጋቢት 94።

ኮኔል፡- ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳኽ መዓስ ተመዲብካ? 98 ድዩ ሓቀይ?

ጴጥሮስ፡- 97።

ኮኔል፡- እንታይ ስለ ዝበደልካ?

ጴጥሮስ፡- ርእይቶ ኣብዚሐ። ርእይቶ ምሃብ ኣብዚሐ።

ኮኔል፡- ዑቕበ ኣብርሃ " ጴጥሮስ ናይ ነቐፌታ ደብዳቤ ጽሒፍሉ ኔሩ። ብኽምኡ'ዩ ኢሳያስ ጸሊእዎ ኢዩ ዝብል።

ጴጥሮስ፡- ኣብ ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢ እናሃለኹ ምስ ኢሳያስ ዘጻልኣና ጕዳይ ኔሩ። ኣነ ናብ ኩናት ኣይንእቶ፡ ምስ ሱዳን* ውግእ ኣየድልየናን'ዩ ኢለ እነቕፎ ኔረ።

ናይ ስራሕ ዑደት ክገብር ኣብ ወጻኢ እናሃለኹ ምስ ሱዳን ዝነበረና ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና በቲኽዎ። ብዛዕባ 'ዚ ምንም ኣይተነግረንን።

ኮኔል፡- 95... ሓቀይ?

ጴጥሮስ፡- ሽዑ ወጻኢ ሃገር'የ ኔረ።

ናይ የመን ሕቶ'ውን ኔሩ። ኣብኡ'ውን ብዙሕ ርእይቶታት ኔሩኒ። ብዛዕባ'ቲ ዝግበር ዝነበረ ነገራት 'ውን ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ሚኒስተር ጕዳያት ወጻኢ ክኸውን ከም ዘይደለ ክልተ ሳዕ ነጊረዮ።

"ስለምንታይ?" ኢሉኒ።

"ንዕኡ ዝኸውን ብቕዓት የብለይን" ኢለዮ።

"ነገራት ከምቲ ኣብ ሜዳ ዝነበርዎ ከም ዘይኮኑ ትፈልጥ ኢኻ፡ ግና ግዜ'ለና። ክንቅይሮ ንኽእል ኢና" ኢሉኒ።

ኣነ ኣብዚ ሓላፍነት ክቕጽል'የ ዝብል እምነት ከም ዘይብለይ ነጊረዮ። ናብ ካልእ ዘይፖለቲካዊ ሓላፍነት እንተዘሰጋግረኒ ከም ዝሓይሽ ከኣ ሓቲተዮ። ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ምስ ኮንኑ ኣዝየ'የ ተሓጕሰ።

ኮኔል፡- ቁጠባዊ ዓቕሙ ክብ ንኽብል 'ውን ጌርካዮ ኢኻ።

ጴጥሮስ፡- ዓብዪ ሕልሚ ኔሩኒ። ገለ ነገር ክገብር ኣሎኒ ዝብል ሕልሚ ኔሩኒ።

ኮኔል ፡- የመንከ? ኣብኡኽ ነቐፌታ ኔሩካ ድዩ? ንምኽሪ ትጽዋዕ ኔርካ ዶ?

ጴጥሮስ፡- ሓደ ነገር ክነግረካ።

*ኤርትራ ሱዳን እስላማውያን ጥሩፋት ናብ ዶበይ ተስሉኽለይ ኣላ ብምባል ኣብ ታሕሳስ 1994 ምስ ሱዳን ዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና በቲኻ።

ፈለማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ምስ ኮንኮ ሓደ ዎርክሾፕ ኣዳሊና ብዙሕ ጉዳያት ዘቲና።

ብዛዕባ ተኣፋፊ ኩነታት ሃገርና ዘቲና። "ምስ ሰለስተ ሃገራት (ጅቡቲ፡ የመንን ኢትዮጵያን) ኣብ ሸግር ክንህሉ ጽቡቕ ኣይኮነን። ባህሪ'ዚ ጸገማት ነጽንዓዮ። ክንገብሮ ንኽእል ነገር እንተሎ፡ ብኽመይ ክነወግዶ ከም ዘሎና ንሕሰብ" በልና።

እቲ ሸግራት ግና በብሓደ ስዒቡ።

ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ተሰጋጊሩ። ስለምንታይ ደንጉኹም ዝበሃል ዘሎ የዋህነት'ዩ። ዝመጸና ሸግራት እናፈለጥና ክሳብ ክንደይ ክንተዓጸፍ ንፍትን ምንባርና በዚ ክትርእዩ ትኽእል ኢኻ።

ኮኔል፡- ወተሃደራዊ ሓይሊ ክዋፈር ትእዛዝ (ውሳነ) ዝህብ ዝነበረ መን'ዩ? ኣብ ኮሉ ኢሳያስ ድዩ ኔሩ? ንኣብነት ኣብ የመን መን'ዩ ወተሃደራት ክዋፈሩ ዝወሰነ።

ጴጥሮስ፡- ብዛዕባ የመን እንተኾይኑ ኣነ ብዕሊ ዝፈልጦ ነገር 'ውን የብለይን። ምስ የመናውያን እቲ ክርክር ኔሩ'ዩ። ብዛዕባቲ ኩናት ግና ከም ሰበይ ጸኒሑ'የ ሰሚዐ።

ሚኒስትሪና ***"መጥፋእቲ ሓዊ"*** ከም ዝበሃል ትፈልጥዶ?

"ኢሳያስ ቦምባ ይውርውር ንሕና ኽኣ ሓዊ ከነጥፍእ ንኣቱ"

ኮኔል፡-በዚ ብርቱዕ ነቐፌታ ይገጥሞ ኔሩ?

ጴጥሮስ፡- እወ ብብርቱዕ ይንቀፍ ኔሩ። ግና ኣዝዩ ትዕቢተኛ ኢዩ።

"ስለምንታይ ኢኹም ኣኼባ ኣኼባ ትብሉ ዘለኽም። ኣነ ክእከብ ኣይደልን'ዩ"። እንታይ ዝኸውን ኣኪባ'ዩ። ኣኼባ እንገብረሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ዶ ከምኡ ኢሉ ሓቲቱ'ዩ። መን ኸንኮም ኢኹም ንሰኽም ከምዚ ትብሉ? "ይብለና ኔሩ።

ኮኔል፡-ኣብ 88 ገለ ነጸብራቕ ናይዚ ርእየ ኔረ። ኣብ 80ታት ኣብ ሚዳ ምትሕግጋዝ ሰራሕ ንምስላጥ ኣህጉራዊ ሓፋሽ (Grassroots international) ሃኒጸ ኔረ።

ምስ ኢሳያስ ቃለ መጠይቕ እናገበርና "እዚ Grassroots ትብሎ ዘሎኻ ነገር ፋይዳ የብሉን። ግዜኻ ንኽንቱ ኢኻ ተጥፍእ ዘሎኻ። እዛ ዝነገርካና መጽሓፍ እንተትጽሕፍ ሓደ ቁምነገር ምኾነና ኔሩ" ኢሉ ካልእ'ውን ከይወሰኽ ገዲፉና ወጺኡ። ግርማ ኣስመሮም ምሳና ኔሩ። ግና ምንም ነገር ኣይገበረን።

ጴጥሮስ፡- ግርማ መዝማዚን ተበላጺን ሰብ'ዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ እናሃሎና ምሳይ'ዩ ኔሩ። ኮሉ ኽኣ እነግሮ ኔረ። ዓርኪ የማነ'ዩ ኔሩ። ኣምባሰደር ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ክኽውን 'ውን ይደሊ ኔሩ።

ኢሳያስ ግርማ ቁምነገር ዘለዎ ሰብ'ዩ ኢሉ ሓሲቡ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ ኣፉ'ዩ ከምኡ ዝብሎ ኔሩ።

ኮኔል፡-ምናልባት እዛ ሕቶ ልክዕ ግዜኣ ኣይመረጽኩላን ይኸውን። ግና ክሓተካ። ብመንጽር እምነትካ ነገራት ከመይ ይረኣይኻ?

ጴጥሮስ፡- ሓቂ ሓይሽ ኣዝየ ትስፉው'የ።

ኮኔል፡- ዋላ ሕጂ!?

ጴጥሮስ፡- ንድሌት ህዝቢ ግብረ መልሲ ዝህብ ማሕበረሰብ ኣብ ምፍጣር ክንዕወት ንኽእል ኢና ኢለ'የ ዝኣምን። እዚ ኣሽጋሪ ክመስል ይክእል'ዩ። ብዓይኒ ነገራዊ ረብሓ እንተ ርኢናዮ ሰባት ክህብትሙ፡ ማዕርነትን ጸጥታን ክህሉ ይደልዩ 'ዮም። ብኹሉ መዳዩ ዝሓሸ (ጽቡቕ) ህይወት ይብህጉ 'ዮም። እዚኣም ጽቡቓት ዕላማታት 'ዮም። ጋህዲ ዘይኮነሉ ምኽንያት የለን።

እዚ ንኽትገብር እቲ ዝበለጸ መንገዲ ብሉጻትን ተወዳደርቲን ስነ-ሓሳባት ከም ዝህልው ምግባር'ዩ። ሓደ ንኻልእ ዘይዕብልለሉን "ኣነ ዝበልክዎ ጥራይ ይኹን" ዘይብለሉን ውሑስ መድረኽ ምፍጣር እቲ ዝበለጸ ፍታሕ'ዩ።

ሓደ ካብ'ቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ኣዕኑድ ሕብረተሰብ ናጽነት ፕረስ ምኻኑ ከኣ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ'የ ዝኣምነሉ።

ቅድሚ ብዙሕ ግዜያት ንውልቀ ምልኪ ሽቃሎ (Dictatorship of workes) ኢና ንድግፍ ኔርና። "ወይ ጸሊም ኢኻ ወይ ቀይሕ ኢኻ" ካብ ክልተኡ ሓዲኡ ሓዝ። መንገሞ መንገሞ ዝበሃል የለን ዝብል መትከል ኔሩና።

ሓደ ዝሕብሩ ምኻን ግን መወዳእትኡ ምንም ፈጠራዊ ዓቕሚ ዘይብሉ'ዩ ዝገብረካ።

ኮኔል፡- ኣብ 94 ንኢሳያስ ረኺበ ኣዕሊለዮ ኔረ።

ሽዑ ኢየ ምስ ኢሳያስ ንውሕ ዝብለ ቃለ መጠይቕ ገረ። እቲ ናይ ቀደም ፖለቲካ ናብ ሃይማኖት ገጹ ዝቐረበ ምንባሩ ኣዕሊሉኒ። ሓቂ ከኣ'ዩ መስለኒ ዳርጋ ከምኡ'ዩ ኔሩ። ሕሉፍ ስምዒታውነት ከይመጽእ 'ውን ኣጠንቂቑ ኔሩ። ግና ንሱ ንባዕሉ ብዛዕባ ጉዳይ ብልሽውና እንክዛረብ ሕሉፍ ስምዒታውነት'ዩ ዘንጸባርቕ። ብዛዕባ ብዙሕ ጉዳያት ሕሉፍ ስምዒታውነት'ዩ ዘርኢ።

ጴጥሮስ፡- ሓቂ ንምዝራብ ኣብ 94 ኣብዛ ሃገር ዘሰክፍ ብልሽውና ኣይነበረን። ንሱ ግና ካብ ካልኦት ዝበልጽ ኮይኑ ክርኢ ስለ ዝደሊ "ብዘይካይ ኩሉ ኣብ ብልሽውና ተቓማጢው'ዩ ዘሎ" ኢዩ ዝብል። ከምቲ ኣብ 80ታት ዝገበሮ ወፍሪ

ሰለስተ ሓለፋታት... በቃ ከምኡ። ነዚ'ዩ ዝደግሞ ኔሩ። ነቶም መንእሰያት "እዚ መሪሕነት ብልሹው'ዩ" ኢዩ ዝብሎም ኔሩ።

ንኣዕሩኽ ደሱ፡ ኤርሚያስ (ፖፖዮ)ን* ካልኦትን ኸኣ ኣሲርዎም ።

ፖፖዮ መዓንጣ እንተዝህልዎ ኢሳያስ ምስ ኣመናዝር (ጌይሻ) ጃፓን፡ ታይዋንን ሆንግ ኮንግን ክንደይ ገንዘብ ከም ዘጥፍአ ምተዛረበ ኔሩ። እዞም ሰባት ካብ ዝሰረቕዎ ገንዘብ ንላዕሊ'ዩ ንኣመናዝር ጃፓን ዝኸፍል ኔሩ።

ካብ 50-70 ሽሕ ዶላር ንኣመናዝር ጃፓን (Geisha) እናኸፈለ'ዩ ዝዘናጋዕ ኔሩ። ብገንዝብ ደቂ ህዝቢ! "ፓፓዮ"* ኣዕሊሉና'ዩ። ነዚ 70 ሽሕ ዶላር ናብ ናቕፋ የሽርፎ'ሞ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ንኣመናዝር ከም ዘጥፍኡ ይንገሮ።

እቲ ዘገርም ኣመናዝር ሓቑፉ ዝሓድር ንሱ እንሃለወ፡ ነዞም ሰባት'ዩ ሕጂ ብብልሽውና ዝኸሶም ዘሎ። ሽዑ "ገንዘብና ኣብ ከምዚ ዝበለ (ብላሽ) ነገር ኣይነጥፍኣዮ" ክብል ይግብኦ ኔሩ።

ኣልኣሚን ንባዕሉ ኣብ 82/83 ብሓፍሽ ውድባት ንዝተዋጽኣ ገንዘብ ኣብ ፓሪስ BMW መኪና ብምግዝኡ ተኾኒኑ ኔሩ። BMW ገዚኡ ኔሩ።

ኮኔል፡- 82 ደኣ ኣብ ፓሪስ እንታይ ይገብር ኔሩ?

ጴጥሮስ፡- ሽዑ ሓላፊ ወጻኢ ርክባት'ዩ ኔሩ። እዚ 82 BMW ዝገዝአ ሰብ'ዩ እምበኣር ሕጂ ከይሓፈረ ብዛዕባ ብልሽውና ዝዛረብ ዘሎ።

ኮኔል፡- ከም ዝበልካዮ ኣብ ኤርትራ ገዚፍ ብልሽውና የለን። ከም ቀንዲ ኣርእስቲ ጌርካ ክዝረበሉ ኣይነበሮን።

ጴጥሮስ፡- ብልሽውን ዓብዪ ብድሆ'ዩ ኢለ ኣይኣምን'የ። ሓቂ'ዩ ብልሽውና ኣሎ'ዩ። ካብ ብልሽውና ናጻ ዝኾነ ሕብረተሰብ የለን። ምስ ካልኦት ሃገራት ኣረኣኢኻ ግና ኤርትራ ዓብዪ ብልሽውና የብላን።

ብልሹዋት ሓለፍቲ ኣለው። እንክትሓዙ ከኣ ከቢድ ሰጉምቲ ክውሰደሎም ኣለዎ። ንሱ ግና መዓልታዊ'ዩ ብዛዕባኡ ይዛረብ ኣሎ ሰብ'ውን ኣብ ጋዜጣ የንብቦ'ሎ። "ዋእ... እዞም መራሕቲ ብልሹዋት እባ'ዮም?" ይብል ኣሎ።

እዚ ግብዝነት'ዩ ። ግብዝነት።

*ኤርምያስ ደበሳይ ፓፓዮ ካብ ገዳይም መስረትቲ ከምኡውን ኣብ 70ታትን 80ታትን ኣብ ማእከላይ ኮሚቴ ህግሓኤ ተቐማጢ ዝነበረ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ 1996 ሓደ ካብቶም ብብልሽውና ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ 09 እተኸሰሱ 90 ላዕለዎት ኣባላት ውድብ ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሎ።

ኮኔል፡- እዚ ናበይ ዘምርሕ ዘሎ ይመስለካ።

ጴጥሮስ፡- እንድዒ ! ኣማስያኡ እንድዕሉ።

ኮኔል፡- ምርጫ ንዓመታ ተናዊሑ'ሎ።

ጴጥሮስ፡- እንድዒ። ኣነስ ከቶ ዝሀሉ 'ውን ኣይመስለንን።

ንዓና ካብ ማእከላይ ባይቶ ከም ዘደስክለና ፍለጥ'ዩ። ኸምዚ ጌሩ ሕጊ ውድብ ዝዝውረሉ ዝበገሐ ድምጺ ክረክብ'ዩ። ነቲ ምርጫ ኣናዊሑ በቲ ንቡር ኣካይዳኡ ጌሩ ናብ ወተሃደራዊ መጋባእያ ከቕርበና'ዩ።

ኮኔል፡-ቅድሚ ምርጫ? ቅድሚ ጉባኤ ማለትካ ድዩ?

ጳጥሮስ፡- ቅድሚ ምርጫን ጉባኤን። ምኽንያቱ ብዛዕባ ጉባኤ ህግደፍ እንድሕር ኸንካ ትዛረብ ዘሎኻ ኣሸጋሪ ነገር'ዩ።

ነሉም እዞም ጉዳያት ምልዓሎም ኣይተርፍን'ዩ። ስለዚ ቅድሚ ዚ'ዩ ክገብሮ።

ኮኔል፡-እዞም ኣኼባታት ናይ እምባትካላ ሰሚናራትን ካልኦትን ወግዓዊያን ኣይኮኑን። ኣንጻርኡም ክስታት ንምቕራብ ዝተገብሩ ዘይወግዓውያን ኣኼባታት'ዮም። ስለዚ ንኽትውከል 'ውን መሰል የብልካን ማለት'ዩ።

ጴጥሮስ፡- እዞም ኣኼባታት ብመሰረቱ ሕጋውያን ኣይኮኑን።

ኮኔል፡- ዕዱማት ኣጋይሽ ጥራይ 'ዮም ኔሮም።

ካልኦት'ውን ከይተወሰኽዎም ዝተረፉ ኣይመስለንን።

ጴጥሮስ፡- ኣይይ። ኣይመስለንን።

ኮኔል፡-ንጉባኤ ድዮም ምቕርራብ ዝገብሩ ዘለው?

ጴጥሮስ፡- ኣይፉሎምን። ቀልጢፎም ግብረ መልሲ ንምሃብ ኢዮም ዝጓየዩ ዘለው።

ኮኔል፡-ብዛዕባ ኩናት ብፍላይ ሳልሳይ ወራርን ምዝላቕ ባረንቱን ምስኡ ዝተሓሓዝ ፍጻሜታትን ገለ ዘረባታት ኣለው።

ነቲ ምዝላቕ ዝኣዘዛ ኢሳያስ ባዕሉ ምንባሩ ሓበሬታ 'ሎኒ። ንዓሰብ ንግድፋ ናብ ሳሕል ነዝልቕ ዝብሉ ኣማራጺታት 'ውን ቀሪቦም ኔሮም። ንዓኻ ዑቕበን ብርሃነን ኣብ መጻወድያ ንምእታው ይቀራረብሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ ከምዚ ዝበሉ ሓሳባት ተሰሚየም ኔሮም።

ጴጥሮስ፡- ኣብ ቅልውላው...ኣብ ከቢድ ቅልውላው 'ዮም ኔሮም።

እዚ ንሳሕል ንመለስ ዝተባህለ ከም ምርጫ 'ውን ክሕሰብ ዝከኣል ኣይኮነን። ህግደፍ "ንሳሕል ኬድና ኣብቲ እምባታት ክንዋጋእ ኢና" ኢሎም ንህዝቢ ምጉስጓስ ጀሚሮም ኔሮም። እዚ ግና ምርጫ ኣይኮነን።

ርእይቶና ንጹር'ዩ ኔሩ። ድሕሪ ባረንቱ ካብ ዛላምበሳ 'ውን ነዝል'ኹ። ጥቓ ዓሰብ ንዕረድ፡ ንውዕል ሰላም ንቀበሎ፡ ኣንጻር ኣመሪካ ምኽን ኣየዋጽኣናን'ዩ ዝብል'ዩ ኔሩ። ኣርባዕተ ነጥቢ።

እቲ ኣብ መወዳእታ ዝኾነ ከኣ ንሱ'ዩ። ንሱ ግን ኣይቅበልን'የ ኢሉ ኣብዩ።

ኮኔል፡-እቲ ምዝላ'ኹ ካበይ'ዩ?

ጸጥሮስ፡- ካብ'ቲ ዘከራኽር መሬት። ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ጸቒጦም ዝዛረቡሉ ዝነበሩ *"ካብ'ቲ ብሓይሊ ዝሓዝኦ መሬት ውጹ"* ዝብል'ዩ ኔሩ። ስለዚ ስነ ሞንታዊ ውሳነ'ዩ ኔሩ።

ካብ'ዚ መሬት ነዝል'ኹሞ ንእማመ ሰላም ንቀበሎ። ዓቃብ ሰላም ው/ሕ/ሃ ይእቶ። ኣንጻር ኣመሪካ ምኽን 'ውን ዘዋጽኣና ኣይኮነን ዝብል መርገጺ ኢና ሒዝና።

እቲ ኣብ መወዳእታ ዝኾነ 'ውን ንሱ'ዩ።

ኮኔል፡-"ኣንጻር ኣመሪካ ኣይንኹን" ክትብል እንከሎኻ እንታይ ማለትካ'ዩ?

ጸጥሮስ፡- ንሱ ኑልሳዕ ኣመሪካ ኣንጻርና'ያ ታይዶመይዶስ ኢዩ ዝብል ኔሩ። እንድሕር ኣብ ዲፕሎማሲ ክትዕወት ደሊኻ፡ ኣብ'ቲ ዘሎ ግሎባላዊ ስርዓት ክትወሃሃድ እምበር ኣንጻሩ ደው ክትብል የብልካን።

ኮኔል፡-"ካብ ኣከራኽርቲ ቦታታት ነዝል'ኹ" ዝብል መርገጺ መዓስ'ዩ ተበጊሱ?

ጸጥሮስ፡- ኑሉ'ዚ ምዕባለታት ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዝኾውን ግዜ'ዩ መጺኡ።

ኮኔል፡- ድሕሪ ናይ ባረንቱ ስዕረት?

ጸጥሮስ፡ - እወ። ንሱ ኣዝዩ ተበሳጭዩ'ዩ ኔሩ። ካብ ዛላ'ምበሳ ከዝል'ኹ ድሌት ኣይነበሮን። ስለዚ ኣየዝለ'ኹን። ከዝል'ኹ ምስ ተገደደ ግና "ከም ወጥንና ኣዝሊ'ኹና" ክብል ተሰሚዑ።

ውጹእ ሓሶት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ንሰንዓፈ 'ውን ከድሕን ኣይከኣለን ኔሩ።

ኮኔል፡-ካብ ዓሰብ ምዝላ'ኹ ክግበር'ዩ ዝብል ዘረባታት 'ውን ይስማዕ ኔሩ።

ጸጥሮስ፡- ኣብ ዓሰብ ዝነበረ ኑነታት ደሓን'ዩ ኔሩ። ኣብኡ ዝነበረ ኣዛዚ ለባም ስለ ዝነበረ ብግዚኡ'ዩ ኣዝሊ'ቹ።

ኮኔል፡-ካብ ዓሰብ?

ጴጥሮስ፡-ካብ 71 ናብ 57 ኪ.ሜ ኣዝሊቹ።

ኮኔል፡- ኣዝልቻ ዲዩ ተባሂሉ ወይስ ባዕሊ'ዩ ጌሩዎ?

ጴጥሮስ፡- ኣዝልቻ ተባሂሉ እምበር።

ኮኔል፡-ምሉእ ምዝላቻ ወይስ... ' ክንደይ ዝኣክል ርሕቀት?

ጴጥሮስ፡- ናብ ዝጥዕሞ ነቑጣ ከዝልቻ'ዩ ተነጊርዎ። ካብ ዓዲቻይሕ ነዝልቻ ዝብል ዘረባታት 'ውን ኔሩዩ። እቲ ቁም ነገር ምዝላቻ ከምቲ ንሶም ዝብልዎ ስሩዕ ዘይምንባሩ'ዩ። ክዛረቡሉ ኣይደልዩን ከይኖም እምበር ተሳዒሮም ኢዮም። ዛሕዛሕ ኢለሞም ኢዮም ንሕድሪት ሃዲሞም። ንሰንዓፈ ተገዲዶም ኢዮም ገዲፎማ! ኣብቲ ዘዝለቹሉ 'ውን ኣምላኽ'ዩ ሓልዩዎም።

ቅድሚ ስዕረቶም ኣዝሊቖም እንተ ዝነብሩ ምሓሾም። እንተወሓደ ኣብ ስንዓፈ ወይ ቀረባኣ ዘለዋ ቦታታት ኮይኖም ክከላኸሉ ምኽኣሉ። *ነዚ ንምሸፉን'ዩ ብዙሕ ሃተፍተፍ ዝብል ዘለሞ ክቡር ፕረዚደንትና*።(ባጫ)!

ሕሉፍ ሓሊፉ ኤርትራ ትሕቲ ፕረዚደንት'ያ ይብለና'ሎ። ፕረዚደንት ልዕሊ ኤርትራ'ዩ! ግርም ጽዋ!

ተለቃቢ (Appendix)

ውሻጠ ህ.ግ.ሓ.ኤ

<u>ኣመሰራርታ ኤ..ግ.ሰን ኣብ ምሕራር ኤርትራ ዝነበሮ ተራን</u>

ዳን ኮኔል

ለካቲት 1994 ህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተሰምየ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክቕየር ኣባላቱ ድምጸም ሃቡ። ህ.ግ.ደ.ፍ ንሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ኽሳትፍ፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመታት ከኣ ናብ ቅዋማዊ ዲሞክራሲ ክሰጋገር ሓላፍነት ዘሰከመ ጉባኤ'ዩ ኔሩ። ኣብ ኣጋ ምዝዛም'ዚ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ኮንፈረንስ፡ ግዜያዊ ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ነቶም ተጋባእቲ ዘስንበደ ሓደ ነገር ተዛረበ። ን20 ዓመታት ዝኸውን ህ.ግ ብስቱር ማርክሳዊ ፖለቲካዊ ውድብ ይምራሕ ምንባሩን፡ እዚ ሕቡእ ውድብ ኣብ 89 ከም እተበተነን ኣፍለጠም።

ካብኡ ንደሓር ግን ብዛዕባ ሓድጊን ታሪኻዊ ተራን እዚ ውድብ ህዝባዊ ዘተ ተጌሩ ኣይፈልጥን'ዩ።

እዚ መጽናዕታዊ ወረቐት ብቐንዱ ምስ ነባራት መስረትቲ'ዚ ውድብ ብዝተገብረ ቃለ መጠይቕ ዝተሃንጸ ኢዩ። እዛ ውድብ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበራ ተራ ክርኢ ፈተነ 'ለኹ ። ኣብዚ ዘልዓልኩዎም ሕቶታት ነዞም ዝስዕቡን ካልኦትን የጠቕልሉ። **እዛ ውድብ ስለምንታይን ብመንን'ያ ተመስሪታ? ኣመሰራርታኣ ከመይ ኔሩ? ምስ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝነበራ ርክብ (ዝምድና) ከመይ ይመስል? ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ከመይ ዝበለ ለውጥታት ጌራ? ኣብ 89 እዛ ሕብእቲ ውድብ ክትበታተን ዝተገብረሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?** ብዘይካ'ዚ እዛ ውድብ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዘሎ መድረኽ ዝገደፈቶ ሓድጊ ኣሎዶ? ፖለቲካዊ ያታኣን ኣሰራርሓኣን ንህሉው ፖለቲካዊ መልክዕ ብኽመይ ይጸልዎ'ሎ? ዝብል ሕቶታት 'ውን ክምርምር ፈቲነ 'ለኹ።

መእተዊ

ኣብ 70ታት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣዝዩ ሓያል ዲሲፕሊን ዝውንን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ'ዩ እናተባህለ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዓብዪ ዝና'ዩ ኣጥርዩ ኔሩ። ንመትከላቱ ዝሰብኩ፡ ንፕሮግራማቱ ዝሰጉሙ፡ ንክብርታቱ ከኣ ከም ሞዴል ኮይኖም ዝቕሙለ ኣባላት ኔሮሞ።

ህግሓኤ ንማሕበራዊን ፖለቲካዊን ቃልሲ ብተውለ ዝዓዪን ኣብ ፖለቲካዊ ባህሉ ነዚ ከስርጽን ዝፍትን ውድብ ምንባሩ ካብ ካልኦት ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት

ፍሉይ ይግብሮ። ንናጽነትን ባህላዊ ትንሳኤን ህዝቡ ዝቃለስ ብምንባሩ ከኣ ከም ሰውራዊ ሃገራዊ ምንቅስቃስ'ዩ ዝርአ ኔሩ።

ብውሑድ ሃገራዊ ጸጋታት ዓበይቲ ዕማማት ይፍጽም ኔሩ። ዝረብሕ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣይርከብ እምበር፡ እዚ ግንባር በብግዚኡ ወተሃደራዊ ዓቕሙ እናደለበ ጐድኒ ጐኒ'ዚ ኸኣ መሰረታዊ ትሕተ ቅርጺ (ህንጻታት፣ መጓዓዝያን መራኸቢታትን) እናሃነጸ፣ ቁጠባዊ ዓቕሙ (ሕርሻ፡ ሃብቲ እንስሳን ንግድን) እናደንፍዐ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት (ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሕክምናን) እናዘርግሐ'ዩ ዝመጽእ ኔሩ። ኣብ ገጠር ንዘለሎ መሰረታዊ ናይ ስልጣን ርክብት ንምቕያር 'ውን ሰሪሑ'ዩ። ኣብ ገጠራት ኤርትራ ናይ መሬት፡ መርዓን ምምሕዳርን ለውጢታት ክግበር ዓጢቑ ዓዪዩ'ዩ። ዝርአ ግና ክትርድኦ ዘጸግም ሓደ ድርኺት (dynamism) ከም ዝነበረ ርዱእ'ዩ ኔሩ። ሜዳ ዝበጽሑ ናይ ደገ ጋዜጠኛታት ንህ.ግ.ሓ.ኤ "ዘይቲ ዝጸገበ ማሽን" ኢሎም'ዮም ዝገልጽዎ ነሮም። ንዓወታቱ ዘድንቑ'ኳ እንተነበሩ ሓደ ኩልሳዕ ዘስክፎም ነገር'ውን ኔሩ'ዩ። ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ስዕረቶም ወይ ድኻሞም ብፍጹም ኣይእመኑን 'ዮም።

ብሉጽ ውዳበን ልዑል ንቕሓት ኣባላትን ካብ ቀንዲ መለለዮ ህ.ግ'ዩ ኔሩ። ካልእ መለለዪኡ እዚ ውድብ ድፉን (opaque) ምኻኑ'ዩ። እዚ ሒደት ናይ ግዳም ሓገዝ ዝረክብ ደባይ ተዋጋኢ ሓይሊ ከመይሉ'ዩ ከምዚ ዝበለ ግሩም ኣሰራርሓን ስጡምነትን ከጥሪ ክኢሉ? እቲ መልሲ ብሩህን ብዓይንኻ እትርእዮን ኣይኮነን። መሪሕነቱ ኣዝዩ ምእሩል ምኻኑ ግና ግልጺ'ዩ ኔሩ። ነዚ ግንባር መንዩ ዝመርሑ ኔሩ? ብኸመይ? ዝብል ሕቶ እቲ ግንባር ኣብ ግብራዊ ስራሕ ንዝነበሮ ስለጥነት፡ ንፖለቲካዊን ውድባውን ሓድነት ንምርዳእ ሓጋዚ'ዩ። መሪሕነት ንሓይሊ ሰቡ ብኸመይ ይጥቀመሉ ኔሩ? ጌጋታት ኣብ ምልላይን ምእራምን ከምኡ 'ውን ጽልዋኡ ኣብ ምስፋሕን ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሜላ እንታይ'ዩ? ዝብሉ ሕቶታት መልሲ ዘድልዮም 'ዮም።

እዚ ኩሉ ዝፍጸም ዝነበረ ኣዝዩ ብዲሲፕሊን ዝምራሕ ሕቡእ ውድብ ኣብ ውሽጢ'ቲ ግንባር ሰለ ዝነበረ'ዩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ብሓደ ሕቡእ ማርክሳዊ ውድብ (ስውራዊ ሰልፊ ወይ ኤ.ማ.ሰ) ኢዩ ዝምራሕ ኔሩ። እዚ ነቲ ግንባር ንጹር ራእይ፡ ፕሮግራምን ፍሉጥ ኣንፈትን ሂብዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣባላቱ ንዕላማታቱ ከስተንትንዎን ናብ ካልኦት ከበጽሕዎን ጌሩ'ዩ። እዚ ውድብ ኣዝዩ ሚስጥራዊ 'ውን እንተነበረ፡ ጽልዋኡ ኣብ ኩሉ ተግባራት ግንባር ብንጹር'ዩ ዝርአ ኔሩ። መበቆል'ዚ ውድብ ምርዳእ ኣብ ምህናጽ ህ.ግ.ሓ.ኤን ምሕራር ኤርትራን ንዝተጻወቶ ወሳኒ ተራ ንምፍላጥ ሓጋዚ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ነታ ሃገር ዝመርሓ ዘለሎ ፖለቲካዊ ባህሊን ንህሉው ፖለቲካዊ መልክዕ ህገደፍ ንምትንታን ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ።

መበቆል'ዚ ውድብ፡

ኤ.ማ.ሰ ኣብ 60ታት ዝነበረ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኵነታት'ዩ ፈጢርዎ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እንኮ ዕጡቕ ሃገራዊ ሓይሊ - ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ)'ዩ ኔሩ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ደገ (ወጻኢ) ኮይኖም መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከብቅዕ ባህጊ ኔርዎም። እንተኾነ ንህዝቢ ኤርትራ ክልውጥዎ ኣይተበገሱን። ብኣንጻሩ ዝኾነ ንለውጢ ዝጠልብ ተበግሶታት ኣብ ምዕጋትን ምጭፍላቕን ንጡፋት 'ዮም ኔሮም። ብዘይካዚ ንሓድሕዶም ዘይተኣማመኑ ኢዮም ኔሮም። እዚ ኸኣ ዝተፈላለዩ ናይ ተቓውሞ ማዕበላት ኣብ ውሽጢ ሜዳ ክትንሰኡን ክስስኑን ፈቓቕ ፈጢሩ'ዩ።

ኣብ 60ታት ኣብ ሜዳ ዓለማዊ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ናብ ተነጽሎ፡ ማእሰርቲ፡ ካብኡ ሓሊፉ 'ውን ናብ ናይ ሞት ፍርዲ ከቃልዓካ ይኽእል ኔሩ። እንተኾነ ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ብሕቡእ ኣብ ተጋደልቲ ክምዕብል ጀመረ። ሕሉፋት ስነ ሓሳባት ብዘገምታ ክላባው ጀመሩ። ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ኣጠማምታ ዘለዎም ንጡፋት ኣባላት 'ውን ናብ ሜዳ ክውሕዙ ጀመሩ። እንተኾነ መብዛሕትኦም ብዛዕባ'ቲ ዝተጸንበርዎ ፖለቲካዊ ምንቅስቃስ ብዙሕ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ዝተፈልየ ኣጠማምታ ብምሓዞም ክወርዶም ብዛዕባ ዝኽእል ሓደጋ ይፈልጡ ኣይነበሮምን። ብዓሌቶምን ሃይማኖቶምን ጥራይ ግዳያት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣይተገንዘብዎን ኔሮም።

ቀዳሞት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ኣባላት ዲሳዊ ውድብ ሱዳን 'ዮም ኔሮም። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝነበሩ ተመሃሮ ኤርትራውያን ብጽልዋ ጸጋማዊ ዓረባዊ ምንቅስቃስ ንሜዳ ክወርዱ ጀመሩ። ሓደ ካብ'ዚኦም ሮሞዳን መሓመድ ኑር'ዩ። ሮሞዳን ተወላዲ ምብራቓዊ መታሕት ኤርትራ'ዩ ። 1963 ተመሃራይ ካይሮ ዩኒቨርሲቲ እናሃለወ ናብ ተ.ሓ.ኤ ተሰሊፉ። ሸዑ ንሸዑ ከኣ ንፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ስልጠና ንሶርያ ተላኢኹ። ሮሞዳን ሓደ ካብቶም ኣብ ምምስራት ህ.ግ.ሓ.ኤን ኤ.ማ.ሰን ዓብዪ ተራ ካብ ዝተጻወቱ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ'ዩ። ኣብ መፋርቕ 60ታት ብዙሓት ክርስቲያን ደቂ ከበሳ ናብ ተ.ሓ.ኤ ክስለፉ ጀመሩ። እዚ ነቲ ድሮ'ውን ስጡም ዘይነበረ ተ.ሓ.ኤ ዓብዪ ሸግር ፈጠረሉ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ተ.ሓ.ኤ ብደቂ መታሕት ኣስላም'ዩ ዝምራሕ ኔሩ። እዚኦም ካብ ሃገራዊ ኣጀንዳ ንላዕሊ ውልቃዊ ባህግታቶም ዝያዳ ዝዓጠም ጎይቶት ከሩናት 'ዮም ኔሮም።

መብዛሕትኦም ሓደስቲ ተሰለፍቲ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ለውጢ ክህሉ 'ለዎ ዝብል ኣጀንዳ ሒዞም'ዮም መጺኦም። ኣጀንዳ 'ዞም ተሰለፍቲ ኣብ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ካብ ዝብተን ማርክሳዊ ወርቓቕቲን ተመኵሮ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳትን ዝተቐድሐዩ ኔሩ። እንተኾነ እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ውዱዕ ኵነታት ምስዚ ኣዝዩ ዝጻረርን ተስፋኻ ዝፈታተንን'ዩ ኔሩ። እቶም ንሶርያ፡ ኵባን ቻይናን ንስልጠና ዝኸዱ ተጋደልቲ ምስ ድሑር መሪሕነትን ተ.ሓ.ኤ ኣዝዩ ዝጻረር ሓሳባት ሒዞም ተመልሱ። ሓደ ካብዚኣቶም- ብ1966 ካብ ከበሳ ናብ ተ.ሓ.ኤ ዝተጸንበረ- ኢሳያስ ኣፈወርቂ'ዩ። ኢሳያስ ሓደ ካብ መሰረትቲ ኤ.ማ.ሰ'ዩ። ናብ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ (ከሰላ) ምስ ተመልሰ ብዝረኣዮ ነገር ኣዝዩ'ዩ ተገሪሙ፡-

"*ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘይካ ተ.ሓ.ኤ ካልኦ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኣይነበረን ። ሃምና ምስ ተሓኤ ኢዩ ኔሩ።*

ምስ ተሰለፍኩ (1966) ኣነን ብጾተይን ብዛዕባ ሓቀኛ ምስሊ'ዚ ውድብ ክንግንዘብ ጀሚርና። ከሰላ ዘኣተኹላ መዓልቲ ብዛዕባ'ዚ ምስ ነገሩኒ ተሰፋይ ጸልሚቱ። ኣዝዩ ሕማቕ ኵነታት'ዩ ኔሩ። ተነጺልና ኢና ኔርና። ራዕዲ ሰለ ዝነበረ ምሽት ግድን ብ ጕጅለ ኢኻ ትንቀሳቐሰ። ውጥን ወይ ውዳበ ዝበሃል ኣይነበረን። ነቐፌታ ንዘልዓለ "ጃሱስ ኢትዮጵያ" ኢሎም ይውንጅልዎ። ደቂ ከበሳ ጥራይ ዘይኮኑ ኵሎም ናብ ተሓኤ እተጸንበሩ ከምዚ ዝበለ ኵነታት'ዩ ጸኒሕዎም።

እቲ እዝዩ ዘሰንብድ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እናተመሃርና መን ካበየናይ ዓሌት'ዩ ኣይንፈልጥን ኢና ኔርና። ምኽንያቱ ብዛዕባ ዓሌትነት ንፈልጠ ነገር ኣይነበረን። ኣብ ተ.ሓ.ኤ ግና ብዓሌትካን ቀቢላኻን ኢኻ ትምዘን። ለውጢ ዝጠልብ ሓድሽ ኣጠማምታ ኽፍጠር ዝደረኽ እዚ ኢዩ። ብልዑል ሃገራውነት ዝመጸ ሰብ ኣንጻር መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ክስለፍ ግድን'ዩ ኔሩ። ናይ ሰነ ሓሳብ ግርጭት ኣይኮነን፡ ሃገራውነት ከም ስምዒት ይሃሉዶ ኣይሃሉ ዝብል ሕቶ'ዩ ኔሩ። ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ "ኤርትራ" ኢልካ ምዕላል ዝከኣል ኣይነበረን። ብሂር፡ ቀቢላን ሃይማኖትን ኢዮም ዝዕብልሉ ኔሮም። ተሓኤ ናይ ብሓቂ ሃገራዊ ምንቅስቃስ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ግድን ሰውራዊ ሰነ ሓሳባት ክምላእ ኔሮዎ።

ኢሳያስ ተመሃራይ ካልኣይ ደረጃ እናሃለወ'ዩ ኣባል'ዚ ሚስጥራዊ ውድብ ዝኾነ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ኣስመራ'ዩ ወዲኡ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ምስ ከደ ነዚ ስቱር ውድብ ኣስፊሑሞ። ምስ ካልኦት ሰውራውያን ኢትዮጵያውን ከኣ ርክባት ጀመሩ። ኢሳያስ ከሰላ ምስ ኣተወ ዝጸንሑ ነገራት ንብጾቱ ብደብዳቤ ሓበሮም። እታ ደብዳቤ ግና ኣይበጽሓቶምን። ታሕሳስ 1966 ድሩዕ (ካልእ ኣባል መሪሕነት ውድብ ተመሃሮ ኣዲስ ኣበባ) ንኢሳያስ ኣብ ከሰላ ረኸቦ። ብዛዕባ'ቲ ሕማቕ ኵነታት ከኣ ካብ ናይ ዓይኒ ምስክር ስምዐ። ድሩዕ ብኽምዚ ኣገባብ የዘንትዎ፡

"ማዕጾ ክፍት ምስ ኣበልኩ ኣፈይ ክዓጹ፡ ርእይቶን ሓሳባትን ከይህብ ነገረኒ። ንበይንና ምስ ኮንና ኵሉ ክነግረካ'የ ኢሉኒ። እንታይ ከም ዝተገበረ ዘፈልጠ ነገር ኣይነበረንን።"

ናብ ሓደ ቤት ብልዒ ኬድና። ሸው ነገራት ፍጹም ኣብ ሕማቕ ኵነታት ምንባሩ ነገረኒ። ሃገራዊ መሪሕነት ይኹን ሃገራዊ ፕሮግራም ዝበሃል የለን። ብዛዕባ'ዚ ሕቶታት ምልዓል ከኣ ኣብ ሓደጋ ምእታው ጥራይ'ዩ።

ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ ሓደ ሕቡእ ውድብ ምፍጣር ካብ ፈለማኡ ዝተበገሰ ሓሳብ'ዩ ኔሩ። ንዓና ኣዝዩ ጸልማት ግዜ'ዩ ኔሩ። ግና ካልእ መንገዲ ከም ዘየለ ኢና ተገንዚብና። ዝኸፈል መሰዋእቲ ብዘየገድስ ተወፊና ክንሰርሕ ከም ዘሎና ኢና ንፈልጥ ኔርና። እዚ ክንገብር ግና ነባሪ ስትራቴጂ ዝተዓጥቁ ሃገራውያን ካብቶም ስምዒታውያንን ፈሊና ከነለልዮም ኔርና።

ኣዝዩ ሓደገኛ ወፍሪ'ዩ ኔሩ። ፈለማ ሰለስተ ኢና ኔርና። ኣነ (ድሩዕ) ኢሳያስን ሙሴ ተስፋሚካኤልን። ሓቀኛ ሃገራዊ ምንቅስቃስ ክንሃንጽ ማሕላ ፈጺምና ብደምና ፈሪምና።

ስለስቲኦም ኣብ ቅልጽሞም E ዝብል (መፈለጥታ'ዚ ማሕላ) ተወቀጡ። በሰላ ናይ'ዚ ውቃጦ ክሳብ ሎሚ ምስኦም ኣሎ።

እዚ እናኾነ ተሓኤ ናብ ባዕሎም ሓውሲ ናጻ (autonomous) ጂኦግራፊያዊ ብሂራዊን ቀቢላዊ ውዳበ ተመቓቕለት። እዚ ዝተገብረ ንተመኵሮ ሰውራ ኣልጀርያ ከም ዘለዎ ብምኽዳሕ'ዩ ኔሩ። ኽምዚ ጌሮም ተ.ሓ.ኤ ንኤርትራ ናብ ውልቃዊ ግዝኣቶም መቓቕልዋ። ንሓድሕደን ሽርክነት ዘለወን ግና ከም ሓደ ውሁድ ሃገራዊ ሰራዊት ዘይዓያ ክፍልታት ከኣ ኣቑሙ። "ካብኣቶም ሓደ'ውን ኤርትራ ኢሉ ዝዛረብ ኣይነበረን" ይብል ድሩዕ። ነፍሲ ወከፍ ባዕሉ ዝእዝዞ ግዝኣት'ዩ ዝደሊ ኔሩ። ነዚኦም "ጀነራሊዝሞ" ኢልና ኢና ንጽውያም ኔርና።

ቅርጺን መሪሕነትን 5ይቲ ክፍሊ ካብ ፈለማኡ ጀሚሩ ኣከራኻሪ'ዩ ዝነበረ። ኣባል ሰራዊት ሱዳን ዝነበረ ኣዝዩ ህቡብ ወተሃደር---ጸጋይ ገብረመድህን--ነዚኣ ክመርሕ ተመርጸ። እንተኾነ ሓደ ካብ መራሕቲ ቅያዳ'ልዓማ -ኢድሪስ ገላውዴዎስ ጸጋይ ክቕንጸል ምኽኑ ወረ ምስ ነገሐ ጸጋይ ሂዲሙ። "ኣብቲ ግዜ'ቲ ክርስቲያን ውሕስነት ዝበሃል ኣይነበሮን" ይብል ድሩዕ። "ከይሰምሙና ስለ ንፈርሕ ናይ ዓሶ ከኒና'ውን ንውሕጥ ኣይነበርናን። ኣብ ኩናት 'ውን ካብ ጥይት ጸላኢ ንላዕሊ ብድሕሪት ከይንህረም ኢና ንፈርህ ኔርና።"

እዚ እናኾነ ቻይናውያን ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ተገዳስነቶም እናዓበየ መጺኡ። እዚ ኣብ'ቲ ዘይርጉእ ፖለቲካ ተሓኤ ሓደ ተወሳኺ ድርኺት ፈጠረ ። ተ.ሓ.ኤ ንቻይና ሓገዝ ደልዮም ቀሪቦሚ። እንተኾነ ቻይናውያን ብዛዕባ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕቃበታት ኔርዎም። ኣብ 66 ንተሓኤ ብረት ክህቡዋ ተሰማምዑ። ግና ሓደ ቅድመ ኵነት ኣቕመጡ። ኮሚሳራት ፖለቲካ ሓሙሽቲኣን ክፍልታት ንፍለይ ስልጠና ንቻይና ክመጹ ጠለቡ። ኢሳያስ ን5ይቲ ክፍሊ ክውክል ተመርጸ። ሮሞዳን ከኣ ካብ ራብዓይቲ ክፍሊ። ድሩዕ ከምዚ ብምባል ነዚ ይዝክሮ።

ቻይናውያን "ነዞም ሰባት ከየሰልጠንና ናይ ገንዘብ ይኹን ኣጽዋር ሓገዛት ኣይንህብን ኢና" ኢሎም ኣፍለጡ። ኢሳያስ ዝተመርጸሉ ምኽንያት መሪሕነት ተሓኤ ከየጥፍኡዎ እንከለው ንምኽዳሞም ተባሂሉ'ዩ። ኣነ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበሩ ኣባላት ውድብ ንምርካብ ናብ 5ይቲ ክፍሊ ከይደ። ሳልሳይና ሙሴ ኣብ ከሰላ ተሪፉ። ኣብኡ ከኣ "ትንሳኤ መናእሰይ" እትብል መጽሔት ከዳልውን ኵነታት ክሕብረናን ገደፍናዮ።

ኣብ 67 ሓያል ወጥረት ሰዓበ። ብዛዕባ 5ይቲ ክፍሊ'ዩ ኔሩ እቲ ወጥሪ። መሪሕነት፡ ተልእኾን ዕላማታትን እዚ ክፍሊ እንታይ ይኹን ዝብል ሓያል ክርክር ተላዕለ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ኣብ ክፍልታት ዝነበሩ ተቓወምቲ ክቕንጸሉን ክቑጸውን ጀመሩ። እዚ ነቲ ኢሳያስን ሮሞዳንን ኣብ ቻይና ዝወሰድዎ ዝነበሩ ትምህርቲ ዓብዪ ድርኺት እዩ ፈጢርሉ።

ኪንዮ ሃገራዊ ፕሮግራም እትኸይድ ሕብእቲ ውድብ ዘድለየትሉ ምኽንያት እዚ'ዩ ኔሩ። ነዞም ሸግራት ዝገጥሞምን ዝብድሆምን ሓደ ሰነ ሓሳብ የድልየና ኔሩ። ቃልሰና ኣንጻር ብልሽውና ተ.ሓ.ኤ ጥራይ ኣይነበረን። ብቑንዱ ንተ.ሓ.ኤ ዓብሊልዎ ዝነበረ ጸቢብ ሃገራውነት ክንቃለስ ኢና ተብጊሰና። ነዚ ክንቃለስ ዘዕጥቕና ሰነ ሓሳብ የድልየና ኔሩ። ነቲ ቃልሲ እትመርሕ ሰውራዊት ውድብ ግድን ክህልወና ኔርዎ። ኣብ ባይታ ዝነበረ ሓቅታት ነዞም ሸግራት መፍትሒ ክነናድየሉ እንኽእል እጠማምታ ከነማዕብል ዓብዪ ድረኺት'ዩ ፈጢሩ።

> *ዕላማ ቻይናውያን በቲ ዝህቡና ስልጠና ኣቢልና ሓደ ሰነ ሓሳብ ክንሕዝ'ዩ ኔሩ። ካብ'ቶም ንቻይና ዝኸዱ ግና ኢሳያስን ሮሞዳንን ጥራይ ኢዮም ተገዲሶም ዝተማህሩ። ሰውራ ቻይና ብብዙሕ ሓንጻጽጻ ዝሓለፈ ምኻኑ ምምሃሮም ንዓኣቶም ዓብዪ ተመኩሮ'ዩ ኔሩ። ገሊኡ ጸገማት ሰውራ ቻይና ምስ ናይ ኤርትራ ብዙሕ ምምስሳል ዘለዎ ኮይኑ 'ውን ረኽብዎ።*

እዚ ሓደ ድርኺት ፈጠረ። ተመኩሮ ቻይና ገለ ተግባራውያን ዝመስሉ መፍትሒታት ሃበና። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ "ሚስጥራዊ" ውድብ ክህሉ ከም ዘለዎ ብውልቆም ወሰኑ። እቶም ሰለስተ ካልኦት ኮሚሳራት ፍጹም ተነጺሎም ኢዮም ኔሮም። ምኽንያቱ ነዚ ጉዕዞ ከም መርከቢ ኣጽዋር ጥራይ ኢዮም ጠሚቶሞ።

ጐድኒ ጐድኒ ወተሃደራዊ ስልጠና ኢሳያስን ሮሞዳንን ብዛዕባ ኣመሰራርታ ውድብ 'ውን ብዙሕ ተማህሩ። "ብዘይ መሪሕ ውድብ ዝኾነ ሰውራ ክዕወት ኣይክእልን'ዩ" ኢሎም ጸቒጦም'ዮም ምሂሮሞም። ክልቲኦም ብዛዕባ ኣብ ተሓኤ ዘለው ሸግራት ምስ መምሃራኖም ክዘራረቡ ጀመሩ። ብመሰረት ድሩፅ እዚ ነቶም ሓሙሽተ ብክልተ ሽነኽ ኣተፋነኖም። እቶም ሰለስተ ንኢሳያስን ሮሞዳንን ኣንጻር ተሓኤ ትሰርሑ ኣለኹም ብምባል ወንጀልዎም። ንመኣዲ ክቕርቡ እንከለው እቶም ሰለስተ ካራኦም እናወጣወጡ "ምስ ተመለስኩም እዚ'ዩ ክጸንሓኩም" ይብልዎም ኔሮም።

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ገለ ተመሃሮ ስነሓሳብ ተመሊኦም ከም ዝምለሱ ኣይጠፍኦምን። ምኽንያቱ ባህላዊ ሰውራ ቻይና ኣብ ዝለዓለ ጠርዙ ዝበጽሓሉ ግዜ ስለዝነበረ ብዙሕ ረስኒ ስነሓሳብ ይርኢ ኔሩ። ነዞም ጉጅለ እንታይ ንግበሮም ዝብል ሕቶ ኣብ ተሓኤ ተላዕለ። እድሪስ ገላውዴዎስ መቕናቕንቱ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ነቲ ካብ ቻይና ዝመጽኦ ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ንበይኑ ከይብሕቶ ስግኣት ኔርዎ። ዝሰግኣሉ ምኽንያት ነዚ ስልጠና ዘዳለዎ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ስለ ዝነበረ'ዩ። ስለዚ ከኣ ገላውዴዎስ ንተመሃሮ ክረክብን ምስ ቻይናውያን ዝምድና ክፈጥርን ናብ ቤይጂንግ ተጓዕዘ። ቻይና ምስ በጽሐ እቶም ሰለስተ ብዛዕባ ሮሞዳንን ኢሳያስን ነገርዎ። ናብ ሕሉፍ ስነ ሓሳብ ከም ዝዛዘዉ እናጋነኑ ንገላውዴዎስ ገለጹሉ። ገላውዴዎስ እዞም ሓሙሽተ ተመሃሮ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምቕያር ዝዋፈሩ ደቀ መዛሙርቶም ምኻኖም ንቻይናውያን ገለጸሎም። "ውድብ መስራቶም ንቀያሕ መጽሓፍ ከስፋሕፍሑዋ ምኻኖም ምስ ነገሮም ቻይናውን ኣመንዎ" ይብል ድሩፅ።

ኢድሪስ እዚ ኢሉ ካብ ቻይና ወጸ። ኢሳያስን ሮሞዳንን ከቢድ ብድሆ ይጽበዮም ምንባሩ ኣይጠፍኦምን። ድሕርዚ ስልጠናኦም ወዲኦም ሓሙሽቲኦም ተመሃሮ ናብ ደማሰቆ በረሩ። እድሪስ ኣብኡ ክጽበዮም ጸንሐ። ውርድ ምስ በሉ ኩሉ'ቲ ዝበሎ ተዋስኦ ምንባሩ ነገሮም። *ቀያሕ መጽሓፍ፡ ውድብ፡ ሓድሽ ሰነ-ሓሳብ* ዝበሃል ኣብ

ኤርትራ ኣየድልየናን'ዩ። ገንዘብን ኣጽዋርን እምበር ካልኣ ካብ ቻይና ንደልዮ የብልናን በለሞም። ጸኒሑ "መጻሕፍቶምን ዝመሃሩሉ ዝነበሩ መወከሲን መታን ኣብ ውሑስ ከቕምጠሎም ክህብዎ ሓተትም። ብሰዑዲ ዓረብ ጌርኑም ንሱዳን ስለ'ትኣትው ከምዚ ዝበለ መጻሕፍቲ ሒዝኑም እንተረኺቦምኹም ጽቡቕ ኣይኮነን በለሞም።

መጻሕፍቶም ዳግማይ ኣይረኸብዎን።

እዞም ጉጅለ ናብ ሜዳ ምስ ተመልሱ ተሓኤ ኣብ ምብትታን ገጻ ተንጠልጢላ ፡ 5ይቲ ክፍሊ'ውን ብፖለቲካዊ ግርጭት ፋሕ ፋሕ ኢላ'ያ ጸኒሑቶም። ብዙሓት ብመሪሕነት ተሓኤ ተቐንጸለ። ኢትዮጵያ ብወገና መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ስለ ዝጀመረት እቲ ግንባር ናብ ምብትታን ገጹ ቀረበ። ሽዑ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ድሩዕ ነቲ ኮነታት "ዕልቕዕቕ'ዩ" ኔሩ ብምባል ይገልጾ።

> ብዙሓት ዓዲታት ተቐጺለን። ብዙሓት ከኣ ንሰደት ከይዶም። ሓንቲ ክፍሊ እናተጠቕዐት እታ ካልኣ ተዛንያ'ያ ትዕዘብ ኔራ። ውህደት ዝበሃል ኣይነበረን። ኣህዱታት ተ.ሓ.ኤ መግቢ ደልዮም ፎቕዶ ዓዲታት ኮለል ይብሉ ከም ዘይነበሩ፡ ሕጂ ብኢትዮጵያ እንክጥቃዕ ገዲፎሞ ሃደሙ። ኣዴታት ካብ ኣፍ ደቀን እናመንጠላ'የን ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ዝዕንግላ ኔረን። መወዳእትኡ ገሊኦም ተቓውሞ ከስምዑ ጀመሩ። ጸላኢ ከጥቅዕ ምስ መጸ ኣብ ክንዲ ነቲ ህዝቢ ከምልጥ ዝሕግዝዎ ገዲፎሞ ሃዲሞም ዝብል ተቓውሞታት መጸኡ። ህዝቢ መግቢ ኣይንህብን ክብል ጀመረ። እቶም ንሱዳን ዝተሰደዱ ንሳቶም ኣብ ዓዶም እናተሳቐዩ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ እንታይ ይገብር ምንባሩ ረኣዩ። በዚ ድማ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤን ነቲ ንሳቶም ሞዲል ዝብልዎ ክፍልታትን ክጽላእ ክኢሉ። ኣብ'ዘን ክፍልታት ዝነበሩ ሃገራውያን ኣንጻር መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ተቓውሞታት ክውድቡ ኣኽኣሎም።

እዚ ተቓውሞ ኣብ ሰለስተ ጉዳያት ተወሃሃደ ። እዚኣቶም-

*ንተጋደልቲ ምስማር።

*ንመሪሕነት ገድሊ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ምትካል።

*በርጌስ ሰብኣዊ መሰለ ክሕለወሉ ዝብሉ ኔሮም።

ክሳብ ሽዑ ህዝቢ ዝነበሮ ተራ ንተጋደልቲ ገንዘብን መግብን ምውጻእ'ዩ ኔሩ። "እዘን ሰለስተ ጭርሖታት ነዚ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቃስ ዓብዪ ድርኺት ሃብኡ" ይብል ድሩዕ። ተሓኤ ናብ ዕብዳን ምጭፍላቕን ጐነጽን ምስ ኣድሃበት ድሩዕ ንሱዳን ሃደመ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ሮሞዳንን ኢሳያስን ካብ ቻይና ተመልሱ። ዋላ'ኳ መሪሕነት ተሓኤ ክውግዶም እንተፈተነ፡ እቲ ዝነበረ ዕግርግር ሓጊዝዎም ካብ ሞት ንስክላ ደሓኑ። ሃገራዊ ስምዒት ናብ ስሙር ውድብ ንምስግጋር ዝግበሩ ዝነበሩ ጻዕሪታት ግና በዚ ዕግርግር ተኾልፉ። "ውድብ ንመስርት ዝብል ሓሳብ ንግዚኡ ተኾልፈ። ሽዑ መተንፈሲ 'ውን ኣይነበረን። ስለዚ ካብ 68-71 ዝነበረ ግዜ ብደረጃ ሓፋሽ ኢና ንሰርሕ ኔርና።"

ሽዑ ኣብ ውሽጢ ሃገራዊ ተቓውሞ ክልተ ጸጋማዊያን ኣተሓሳስበታት ተቐልቀላ። እቲ ሓደ ኣዝዩ ሃገራዊን ብናይ ማኦ ጸቲንግ ስነ ሓሳብ ዝተጸልወ ኮይኑ ንኤ.ማ.ሰ ብኡ ኣቢሉ ከኣ ንህ.ግ.ሓ.ኤ ዝመስረተ'ዩ። እቲ ካልኣይ ንሶቪዬት ዝድግፍ ጉጅለ ኮይኑ ቅያዳ 'ልዓማ ምስ ተበታተነት ሰማዊ ቀጽጽር ዝወሰደን ደሓር ውድብ ዕዮ ኤርትራ ተባሂሉ እተሰየመን'ዩ። ቅድሚዚ ግና ንሓርነታዊ ቃልስን ጸጋታቱን ንምቀጽጻር ዝሓለነ ሓያል ቀርቂስ ኔሩ። ኣብዚን ደሓር ተፈንጪለን ኣብ ዝወጻ ጉጅለታትን ከኣ እቲ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣበርቲዑ ቀጸለ።

1968- 3ይቲ፡ 4ይቲን 5ይቲን ክፍልታት ሰሙር ሓይሊ ከቕ'ማን 12 ዝኣባላታ ግዜያዊት መሪሕነት ክመርጻን ኣብ ሜዳ ተራኸባ። እቲ ጉጅለ ሕልፍ ዝበሉ ሃገራውያንን ምስቲ ብሉይ መሪሕነት ሽግር ዝነበሮም ካልኦት ተጋደልትን ዘጠቓለለ'ዩ ኔሩ። እዚ ዘይምዕሩይ ፖለቲካዊ ምትሕንፋጽ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ብዙሕ ሽግር'ዩ ፈጢሩ። "ኣብዚ ጉጅለ ኣድሓርሓርቲ ባእታታት ክኣትው ምግባርና ጌጋ'ዩ ኔሩ"። ይብል ድሩዕ። "ብዙሕ ሽግራት'ዮም ፈጢሮምልና። ጸላኢ ነዚ ንምምዝማዝ መጥቃዕቲ ምስ ፈነወ ሰሙር ሓይሊ ንመጀመርታ ግዜ ዓሪዳ ተኸላኺላ። እዚ ናብ ህዝቢን ኣብ ካልኦት ክፍልታት ንዝነበሩ ተጋደልትን ዘመሓላለፎ ሓደ ዓብዩ መልእኽቲ ኔሩ። ንመሪሕነት ተሓኤ ከኣ ራዕዲ ፈጠረሎም።

ተጋደልቲ ካልኦት ክፍልታት እናሃደሙ ናብ ስሙር ሓይሊ ክጽንበሩ ጀመሩ። ስሙር ሓይሊ ንኣባላቱን ህዝቢን ምውዳብን ምንቃሕን ቀጸሎ። እዚ ዘስግኦ መሪሕነት ቅያዳ ኣልዓማ ብእድሪስ ገላውዴዎስ እናተመርሐ ንስሙር ሓይሊ ንምቑጽጻር ናይ መወዳእታ ፈተነኡ ገበረ። ኣብቲ ብተበተብ ዝተገብረ ዋዕላ ኣዶብሓ (1969) እድሪስ ብኣፉ ንስምረት ኣናጸውዐ፡ መሻርኽቱን ደገፍቱን ሃገራውያን ባእታታት ከወግዱ ኣዋፈረ። ድሩዕ ከምዚ እናበለ ይዝክሮ፡

ነቲ ዘተ ዓብለልዎ። ንዴሞክራሲያውያን ሓይልታት ከኣ ክቑትሉን ክኣስሩን ጀመሩ። ክንቃወም'ውን ይኹን ክንሃድም ዕድል ኣይሃቡናን። ኢሳያስ ናብ ዓላ ሃደመ። ገሊኦም'ውን ንሱዳን ኣተው። በዚ ድማ መለሳ ዝኽውን ውዳበ ምውህሃድ ዝከኣል ኣይነበረን። እቲ ኩነታት ካብቲ ዝነበረ ዝኸፍኣ'ዩ ኔሩ። ንማንም ክትኣምነሉ ዘይትኽእል ሕሱም እዋን'ዩ ኔሩ።

ኣብዚ ሰለስተ ጉጅለታት ካብ ተሓኤ ተፈንጪላ። ሮሞዳን ምሰ'ታ ብመሐመድ ዓሊ ዑማሮ እትምራሕ ጉጅለ ናብ ዓደን ከደ። ኣብኡ 'ውን ንኣዋርሕ ጸንሑ። ደቡብ የመን (ዓደን) ሕሉፋት ጸጋማውያን ውድባት ዝንቀሳቐሰሉ ሃገር'ዩ ኔሩ። ሮሞዳንን ካልኦትን ከኣ በዞም ናይ ጸጋምን ዓረብን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ክጽለው ከኣለ። ኣባላት'ዚ ጉጅለ ሓርነታዊ ቃልሲ ዳግማይ ንምውዳብ ሓደ ውድብ ከም ዘድሊ ክዘራረቡ ጀመሩ። ኣብዚ ዘተ ዝተሳተፉ ሮሞዳን መሓመድ ኑር፡ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ፡ ማሕሙድ ሸሪፎን ካልኦትን 'ዮም። እዞም ጉጅለ ድሕር'ዚ ብናእሽቱ ጀላቡ ናብ ደሴታት ዳህላክ ተጓዕዙ። በእኡ ኣቢሎም ከኣ ናብ ውሽጢ ኤርትራ ኣተው።

ካልኣይቲ ጉጅለ ብኢሳያስ እናተመርሐት ኣብ ዓላ ተዓኞበት። እቲ ሳልሳይ ጉጅለ ኣብ ሱዳን ተረፈ። እቶም ኣብ ዓደን ዝነበሩ ጉጅለ ህዝባዊ ሓይልታት ዝብል ስም ወሰዱ። እቶም ኣብ ዓላ ዝነበሩ ከኣ ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት

ተባህለ። እቶም ሳልሳይ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ያበል ተሰምዩ። ስለስቲኦም ሰሚሮም ከኣ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ህ.ሓ.ሓ.ኤ) ዝተባህለ ውድብ መስረቱ። ኣብ ውድባዊ ጕባኤ 1977 ምስ ተጠናኸሩ ከኣ ስሞም ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህግሓኤ) ቀየርዎ። ናብዚ ንኸበጽሑ ግና ብዙሕ ቃልሲን ምጕታትን ሓቲትዎም'ዩ።

ምምስራት ውድብ

ውድብ ንምምስራት ፈለማ ዝተወሰደ ተበግሶ ብ 1971'ዩ ኔሩ። ኣብ ኣጻምእ ምድረበዳ ዳንካልያ ካብ 1ይን 2ይን ወገን ዝተዋጽኡ ሰውራውያን ብሚስጥር ተራኸቡ። ድሕሪ ምብትታን ተ.ሓ.ኤ ዝተገብረ ናይ መጀመርታ ርክብ እዚ'ዩ ኔሩ።

ብ4 ሚያዝያ 1971 እዞም ሰውራውያን ሓደ ስቱር ፖለቲካዊ ውድብ መሰረቱ። እዚ ውድብ ዝተመሰረተ፡ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ሓደ ውሁድ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ሰረት ንኽህልዎ'ዩ።

ኣብዚ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኢሳያስ፣ ኣቡበከር መሓመድ ሓሰን፣ ዑማሮ፣ ኢብራሂም ዓፋ፣ መስፍን ሓጐስ፣ ዓሊሰይድ ዓብደላ፣ ማሕመድ ሸሪፎ፣ ሓሰን መሐመድ ዓምር፣ ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ፣ ኣሕመድ ኣልቀይሲን* ካልኦትን ኔሮም።

"ነዞም ሓደስቲ ሓይልታት ቅድሚ ምውህሃድና ኣብ ሓድሕድና ሓደ ሕመረት ክንምስርት ኣለና። ገስገስቲ ሓሳባትን ሃገራውነትን ዝመሰረቱ ወፍሪ ክንገብር ከምኡ'ውን ነዞም ተጋደልቲ ካብ ሕሉፍ ቂምን ዕውር ፍርድን ከነላቐቕም ዘቲና"

ይብል ማሕሙድ ሸሪፎ። "ብሚስጥር ክንሰርሕ ከም ዘሎና ኢና ወሲንና። መሪሕ ስነ ሓሳብና ማርክስነት'ዩ ክኸውን። ንገዛእ ርእሰና ኸኣ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ ኢልና ሰሚናያ።

ድሩፅ ኣብቲ ግዜ'ቲ ትማሪኹ ኣብ ማእሰርቲ ኢትዮጵያ'ዩ ኔሩ። ድሩፅ፡ ኣልኣሚንን ሮሞዳንን ኣብዚ ኣኼባ ብኣካል ኣይንበሩ 'ምበር ኣባላት ቻርተር'ዚ ውድብ 'ዮም ኔሮም። መብዛሕትኦም መስረትቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲን ድሕሪ ናጽነትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮይኖም 'ዮም። ካብዚኣቶም ሰለስተ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተሰውኡ ኢብራሂም ዓፋ፡ ኣቡበከር መሓመድ ሓሰንን ሐሰን መሓመድ ዓምርን 'ዮም።

*ኢብራሂም ዓፋ ኣቡበከር መሓመድ ሓሰንን ሓሰን ኣሚርን ኣብ ኩናት ተሰዊኦምዮም። ኣብዚ ኣኼባ ዘይነበረ ግና ኣባል ሕመረት ጉጅለ ዝኾነ ሮሞዳን መሓመድኑር ኣብ 1994 ካብ ፖለቲካዊ ህይወት ተሰናቢቱ'ዩ። ኣሕመድ ኣልቀይሲ ድሕሪ ናጽነት ካብ ኣባልነት ውድብን መሪሕነትን ደስኪሉዩ። ኣብዚ ኣኼባ ዘይነበሩ ከምኒ ድሩፅ፡ ሸሪፎን ካልኦትን ኣብ 2001 ንፕረዚደንት ኢሳያስን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን እትነቅፍ ክፍትቲ ደብዳቤ ምስ ዘርግሑ ብገበን "ምግሃስ ሃገራዊ ጸጥታ" ተኸሲሶም ተኣሲሮም። መስፍን ሓጎስ ኣባል ጉጅለ 15 ኮይኑ ብስደት ኣብ ኤውሮጳ ይቕመጥ ኣሎ። ዑማሮን ባዱሪን ዲፕሎማስያዊ ልኡኻት ተሰይሞም። ኣባል'ዚ ጉጅለ ግና ኣብዚ ኣኼባ ዘይነበረ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ሎሚ ዋና ጸሓፊ ህግደፍ ኢዩ። ጸኒሖም ነቲ ግንባር ካብ ዝተሰለፉ ኣባላት ስትርቲ ውድብ - ኤዋሮስ ሰለሙን ካብቶም ኣብ 2001 ዝተፈነወት ክፍትቲ ደብዳቤ ክታሞም ዘንበሩ ኮይኑ ካብ ስልጣኑ ተገሊፉ ኣብ ማእሰርቲ ይርከብ። ስብሓት ሚኒስተር ምክልኻል ኣሎ። ካብ ፈለምቲ መስረትቲዛ ውድብ ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣልኣሚን መሓመድስዒድ ጥራይ ኢዩ።

ዝበዝሐ ዕዮ ውድብ ንህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ስሙም ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ሓይሊ ምኽያር'ዩ ኔሩ። ሰውራዊ ባህርያት ዝውክል፡ ሃገራዊ መንነት ዘደንፍዑ ክብርታት ዘዕቢ፡ ንኹሉ ትሕተ ሃገራዊን ጐታቲ ሓይልታትን ዝቃለስ ውድብ ንምፍጣር'ዩ ኔሩ እቲ ቃልሲ። ብመሰረት ድሩፅ "ቀንዲ ዓወት ውድብ ሃገራዊ ሓድነት ምፍጣራ'ዩ ኔሩ"።

ካብ ኮለን ብሄራት ንዝመጹ መንእሰያት ክሰምሩን ኣብ ትሕቲ ጽንኮር ኮነታት ብሓባር ክሰርሑን ኣኽኢልዎም ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ግብ ዝበለ ጸልማት 'ውን ብርሃን ዝህቦም ስነ ሓሳብ ኣሰኒቕዎም። ሕጂ'ውን እዛ ውድብ ዓብዪ ተኣምራት ከም ዝገበረት ኢና ንገልጻ። ሰባት ተወፍዮም ክሰርሑ ደሪኻ'ያ።

ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ኣብ ውሽጢ ውድቡ ብውልቁ ክሓስብን ኣብ ትሕቲ ፈታኒ እዋን 'ውን ሕልናኡ ከየዕርብን ደጊፉ'ያ። ኮለ ተጋዳላይ ንድሕሪት ግልጽ ከይበለ ንፈተናታት ገጢሙ'ዩ። መሰረታዊ ሕቶታት ሕ/ሰብ ክቕይሮም ፈቲኑ'ዩ። ሓደ ካብቲ ዓብዪ ጐድኑ ከኣ ንሕቶ ደቀንስትዮ ክፈትሕ ምቕላሱ'ዩ።

እዚ ይኹን እምበር እዛ ውድብ ኣብ ፈለማ ዓመታት ምምስራታ ኣድማዒ ፖለቲካዊ ስራሕ ኣይሰርሐትን። ምኽንያቱ ትንፋስ ዘይህብ መጥቃዕቲታት ተ.ሓ.ኤን ኢትዮጵያን ተጻዊራ ውድባዊን ፖለቲካዊን ቅርጺታታ ከተደልድል ነበራ። ምስረታ ውድብ ከም ቀዳማይ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ንኽለዓዓል ካብ ዝደረኹ ኮነታት ሓደ ኣብ 1973 ዝነበረ ቅልውላው'ዩ። ጸጋማዊ ዝንባለ ዘለዎ "መንካዕ" ዝተባህለ ጉጅለ ተላዒሉ ኔሩ። መንካዕ ዝተላዕለሉ ግዜ ህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ከበሳ ክድይብ'ዩ ዝቀራረብ ኔሩ።

1972- ህዝባዊ ሓይልታት ሰራዊተን ኣወሃሂደን ደጀነን ናብ ሳሕል ክገብራ እናወሰና'ዩ ምንቅስቓስ መንካዕ ዝተለዓለ። ደጀኖም ናብ ሳሕል ክኸውን ዝመረጹሉ ምኽንያት ኣብ መንጐኦም ዝነበረ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኸዝሕሉ፡ ውሑስ ቦታ ንኽረኽቡን ምስ ደቡብ የመን ዝነበሮም ርክብ ንኽቕጽልዎን ኢዮ ። ኣጽዋርን ቀለብን ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ካብ ደቡብ የመን (ዓደን'ዩ) ዝመጽእ ኔሩ። እዞም ክልተ ጉጅለታት ምስ ተወሃሃዱ ያበል'ውን ተጸንበሮም። ያበል ዝኽተሎ ፖለቲካዊ መስመር ዝተሓናፈጸ ብምንባሩ ምስ'ዞም ክልተ ጉጅለታት ዝነበሮ ዝምድና ክንድቲ ኣይነበረን ። ተራን ሓለፍትን ተጋደልቲ ተሓኤ ኣብ ሓደ ሰሚሮም ንኽጋደሉ ግድን ሓደ ጉባኤ ተጌሩ ፍልልያት ብዙተ ክውገዱ ዝብል ውጥን ኔሩ። እንተኾነ ካብ ጸጋማውያንን የማናውያንን ሓይልታት ዝተፈነወ ጸቕጥታት ነዚ ውጥን ከበርዕን ተቓረበ።

እዚ ከጋጥም እንከለ ሃይለ መንቆርዮስ ኣባል ጐስጓስን ሓበሬታን ሰሙር ሓይሊ'ዩ ኔሩ። ሽዑ ኣባል ስቱር ውድብ ኤ.ማ.ሰ ኣይነበረን። ካብ ክልቲኡ ጫፋት ፖለቲካ ዓብዪ ወጥሪ እተኸሰተሉ እዋን ምንባሩ ኸኣ ይዝክሮ። ካብ ወገን ዓላ ሓደ ጸጋማዊ ጉጅለ ተፈንጪሉ ወጸ። እዚ ብሙሴ ተስፋሚካኤል ዝምራሕ ጉጅለ ነቲ መስርሕ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣመና ዝሑል ብምባል ነቕፎ። ኣብዘን ጉጅለታት ቅልጡፍ ለውጢ ተጌሩ ናብ ምስረታ ሰውራዊ ፖለቲካዊ ውድብ ከምርሕ ብምንቅስቓሱ ምስ ኢሳያስ ተጋጨው። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብዛዕባ'ዚ ምዕባለታት ወረ በጽሑ። ሳበ የማናዊ ስነ ሓሳብ ዝኽተል ኣባል ቅይዳ'ልዓማ ኮይኑ ንገዛእ ርእሱ

ከም ወኪል ህዝባዊ ሓይልታት ጌሩ ኣብ የመን'ዩ ተቐሚጡ ኔሩ። ኣጽዋርን ስንቅን ከኣ የምጽኣሎም ኔሩ። እዚ ወረ ቅልውላው ምስ በጽሐ ከሎ ጌና ደገፍቲ ከዋፍር ተሸባሽበ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ሜዳ ዝምዕብል ዝነበረ ኣንፈታት ውዒሉ ሓዲሩ ንስልጣኑ ኣብ ሓደጋ ከየእትዎ ስግኣት ኔርዎ'ዩ። እዚ ነቶም ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝተጠርነፉ ሰውራውያን ኣብ መንቀራቕሮ ክልቲኦም ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣእተዎም።

ዝሃብዎ ግብረ መልሲ ከኣ ከይቀደሙኻ ቀድሞም ዝብል'ዩ ኔሩ። ክረምቲ 1973 ብመሪሕነት ኢሳያስ ክልቲኦም ጉጅለታት ሰሚሮም ንጸላእቶም ኣጥቅዕዎም። ናይ ሳበ ጽልዋ ዝነበሮ ዑበል ኣብዚ መጥቃዕቲታት ከይሳተፍ ብምባል ካብ ሳሕል ለቒቑ ደጀን ሰርሒታቱ ናብ ኣዶብሓን ባርካን ቀየሮ። ናብኡ ምስ በጽሐ ግና ብተሓኤ ገዚፍ መጥቃዕቲ ወረዶ። ተሓኤ ኣብ ባርካ ሰፊሕ ደጀን ስለ ዝነበራ ዘየዳግም ማህረምቲ ኣውረደትሉ። መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ዑበል ከኣ ንሱዳን ሃደሙ።

እዚ እናኾነ ሓደ ኣገዳሲ ምዕባለ ተቐልቀለ። ክልቲአን ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ዝስምራ ሰሙናት ከይመልኣ መንካዕ ዝተባህለ ጉጅለ ነዚ ውሁድ ሓይሊ ብምቅዋም ተፈንጪለ። መንካዕ ካብቲ ስምረት ዝወጸ ኣካል መሪሕነት ተገሊፍና ዝበሉ ገለ ሓለፍቲ ዝቐምዎ ጉጅለ'ዩ። እዚ ነቶም ብሳበ ዝሕገዙ የማናውያን ባእታታት መሊሶም ክጠራነፉ ዕድል ሃቦም። ኣብቲ ንስሙር ግንባር ዘዳኸመ ፖለቲካዊ ቁርቁስ ብዙሓት ተጋደልቲ ተኣሰሩ። ገለ ከምኒ ሙሴ ዝበሉ 5/6 ዝኾኑ'ውን ተረሽኑ። ካልኦት ኣባላት ጸጋማይ ተገንጸልቲ ጉጅለ ብነዊሕ መሰርሕ ነቐፌታን ነብስ ነቐፌታን ናብ መስመር ከም ዝኣትው ተገብረ። ብዙሓት ኣብ የማናይ ወገን ምኻኖም እተለለዩ ከኣ ደሓር ተረሽኑ። እቲ ዝርዝራት ብዘየገድስ እዚ ተሞክሮ'ዚ ነቲ መሪሕነት ሓደ ምህሮ ኣቕሰሞ። እዚ ግንባር ናይ ሓርነት ኣጀንዳኡ ከዐውት እንተኾይኑ ምእኩል ቀጽጽር ውዳበን ፖለቲካዊ ስጥመትን ግድን ከም ዘድሊ እዚ ስሙር መሪሕነት ተሰማምዓሉ። ነዚ ንምትግባር ከኣ እታ ውድብ ክትህነጽ ግድን ነበረ።

ኣብ 1975 ውድብ ኤ.ማ.ሰ ዝተጸንበረ ግና ኣብ መሪሕነት ዘይነበረ ሃየለ መንቆርዮስ "እዞም ተመኩሮታት ኤ.ማ.ሰ ዝዓበየ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምህናጽ ምርኡይ ተራ ንኽጻወት ደሪኾም'ዮም" ብምባል ይገልጾ። እዚ ውድብ ግዳማዊ ጉዳያት ንኽርኢ ኣይኮነን ተፈጢሩ። እዛ ውድብ ንኽትህሉ ድፍኢት ዝሃበ ኣብ ውሽጢ ገድሊ ዝነበረ ስእነት ውህደት'ዩ ። ሓደ ሰውራዊ ውድብ እንተ ዘይመስሪትና ሰውራዊ ዕላማና ቀጻልነት ከም ዝህልዎ ውሕስነት የብልናን ንብል ኔርና። ድሩዕ ኣብዚ ክጽንበር ተዓደመ። ካልኦት ከም'ኒ ሸሪፎ ዝበሉ ነዚ ኣጋጣሚታት ብዙሕ ኣተኵሮ ኣይሃብዎን። እዚ ፍጻመታት ኣገዳስነቱ ዝተራእየ ደሓር ብዝተፈጸመ ኣካይዳታት'ዩ ይብሉ። እንተኾነ እዚ እዋን ኣብ ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤን ንዕኡ እትመርሓ ውድብን መቐይሮ ምንባሩ ዳርጋ ኵሎም ይስማምዑ።

ፖለቲካ ኤ.ማ.ሰ

_ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት'ዚ ውድብ ኢሳያስ መራሒ ህ.ግ.ሓ.ኤን እታ ውድብን'ዩ ኔሩ። ሮሞዳን ከኣ ኣብ ክልቲኡ ምክትሉ'ዩ ኔሩ። 6/7 ዝኾኑ ካልኦት ኸኣ ናይ ሓባር መሪሕነት ውድብን ግንባርን ኔሮም። ንሳቶም እዞም ኣቐዲሞ ዝተጠቐሱ'ዮም። ህግሓኤ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈቱ ብንኡስ ኮሚተ እታ ውድብ ዝተመልኣ'ዩ ኔሩ። 1975- ሓርነታዊ ቃልሲ ናብ ሓድሽ መድረኽ ተሰጋገረ። ህዝባዊ ሓይልታት ቐልጡፍ ዕቤት ገበረ። ኣብዚ ግዜዚ ኣብ ባሕሪ ተራኺቦም ካብ መሪሕነት ግንባር ዝተፈልየ ካልእ መሪሕነት ውድብ ክህሉ ወሰኑ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ድሩፅ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኢትዮጵያ ወጺኡ ሜዳ ተጸንቢሩ ኔሩ። ንሱን ኣልኣሚንን ከኣ ኣብ ምምዕባል ፖለቲካዊ ውድብ ክዓዩ ተመዙ። ንፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝኸውን መወከሲ መጻሕፍቲ ከዳልዉ፡ ፕሮግራም ውድብ ክነድፉ፡ ቅዋም ክሰርዑ ልዑል ንቕሓት ዘለዎም ካድረታት ክምልምሉን ወዘተ... ተመደቡ።

ኣብ 1976 150 ዝኾኑ ንጡፋት ኣባላት'ዛ ውድብ ካብ ኣስመራ ንሰሜን ኣብ ትርከብ ምራራ ዝተባህለት በራኽ ዓዲ ሕቡእ ኣኼባኦም ኣካየዱ። እዚ ውድብ ዴሳዊ ፖለቲካዊ መስመርን ንነዊሕ ዝጠመተ ኣጀንዳ ሃገራዊ ዴሞክራሲን ብምስጓም ንሓርነት ኤርትራ ክውን ንምግባር ተወፍዩ ክሰርሕ ነደፉ። ኢሳያስን ሮሞዳንን ከም ዋና ጸሓፈን ምክትል ዋና ጸሓፈን ዘለውዋ ማእከላይቲ ኮሚተ ብተወከልቲ ተመርጸት። ድሩፅን ኣልኣሚንን ፖለቲካዊ ዕዮኦም ቀጸሉ። ድሩፅ ኣብ ምጅም ክፍሊ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ምጅም ቤት ትምህርቲ ካድርን ክነጥፍ ተመዘዘ።

ዳርጋ ዓመት ኣቢሉ ጸኒሑ --ጥሪ 1977 ህ.ግ.ሓ.ኤ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤኡ ኣቃንዐ። ኣባላት ውድብ ዝነደፍዎ፡ ብተጋደልቲን ሲቪልን ክትዕ ዝተገበረሉን ሃገራዊ ዴሞክራሲያዊ ውጥን ጸደቐ። እቲ ብውድብ ዝቐረበ ዝርዝር ሕጹያት ዳርጋ ከም ዘለዎ ተቐባልነት ረኸበ። ብኸምኢ ኸኣ ግንባር ብ13 ዝኣባላታ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ክምራሕ ተወሰነ። ኣብ'ቲ ጉባኤ ካብ ዝተሓጽዩ 37 ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ እዞም 13 ተመርጹ። ሮሞዳን ዋና ጸሓፊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኢሳያስ ከኣ ምክትሉ ኸኾኑ'ውን ተወሰነ። ድሩፅ ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካ ግንባር ኣልኣሚን መ/ስዒድ ከኣ ክፍሊ ወጻኢ ርክብት ግንባር ክመርሕ ተመዘዘ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ህግሓኤ ኣዝዩ ብዲስፕሊን እተላዕጠጠ ውድብ'ዩ ኔሩ። ኣባላቱ ናይ ሓባር ኣጠማምታ ኔርዎም። ምስ ሓፋሽን ተቐናቐንቲ ውድባትን ኣብ ዝነበሮም ርክብ'ውን ከም ወከልቲ ውድቦም ኮይኖም 'ዮም ዝዓዩ ኔሮም። ናብ ወተሃደራዊን ዘይወተሃደራዊን ክንፈ ከኣ'ዮም ተመቐሎም።

ሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብቅዲ ኣመሪካ (ብደረጃ 3) ኢዩ ተወዲቡ። ካብ ጉጅለ ጀሚርካ ክሳብ'ቲ 500 ሰባት ዝሕዝ ቦጦሎኒ ኮለ በብሰለስተ'ዩ ዝጥርነፍ ኔሩ። (3 ጉጅለ 1 መስርዕ ፡ 3 መሰርዕ 1 ጋንታ፡ 3 ጋንታ 1 ሓይሊ፡ 3 ሓይሊ 1 ቦጦሎኒ)። ቅርጺ መሪሕነት ግና ካብ ደምበ ማሕበርነት ዝተቐድሐ ኮይኑ 3 ኣባላት

ዘለውዎ'ዩ። ሓደ ኣዛዚ ሰራዊት፡ ሓደ ናይ ፖለቲካ ኮሚሰርን ሓደ ምክትል ኣዛዚን። ኣብ ኣሃዱታት ሓይልታት ካልእ ዓይነት ሓላፍነት (ማዕርግ) ኣይነበረን። ዝኾነ ውሳነ እዞም 3 ብሓባር የሕልፍዎ። ኣብ ኩናት ግን እቲ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ለኣላዊ ስልጣን ኣለዎ።

ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ንፖለቲካ ህ.ግ.ሓ.ኤ ክውክል ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ኑሉ ቅርጺ'ቲ ውድብ ኔሩ። ብኽምዚ ኽኣ ሓፋሽ ንምልዋጥ ተበገሱ። እዚ ኣብ ማዓስከር መሰልጠኒ'ዩ ዝጅምር። ሓደስቲ ምልምላት ክሳብ 6 ወርሒ ኣብ መሰልጠኒ መዓስከር ከም ዝጸንሑ ይግበር ኔሩ። ኣብ ሓይልታት 'ውን ተጋደልቲ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ሻዕ እናተራኸቡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከም ዝከታተሉ ይግበር ኔሩ። ትሕዘቶ'ዚ ምህሮ ምስ ህለው ኩነታት ናይ'ቲ ግዜ ይፈላለ ኔሩ። ኣብ መፋርቐ 70ታት ህ.ግ.ሓ.ኤ ቅልጡፍ ለውጢ ይገብረሉ ኣብ ዝገብረሉ ዝነበረ እዋን ግና ንታሪኽ ኤርትራ ዝድህስስ ካሪክለም ከም ዝዳሎ ተገብረ። ንዕላማታትን ሽቶን ሰውራ ዝገልጽ ዝተሓላለኸ ትንተና 'ውን ተዳለወ። እቲ ሚላ ኣመሃህራ ኽኣ ብስነ ሓሳብ ማርክስነት ዝተላዕጠጠ'ዩ ኔሩ።

ክፍሊ ካሪክለም ኣብ 1975 *ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንተጋደልቲ* ዝተሰመየት መጽሓፍ ኣውጽኣ። ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ንዘተ ዝኸውን ነጥብታት ኔርዎ። እቲ ምዕራፋት ንኣመጻጽኣ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ባህላዊን ደርባውን ፍልልያቱ ፡ ዕላማታት ሰውራን መሓዙቱን (ኣብ መላእ ዓለም ዘለው ጭቁናትን ሰራሕተኛታትን ደርብታት)፡ ከምኡ 'ውን ጸላእቱ (መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ሃጸይነት፡ ጽዮንነትን ናይ ውሽጢ ዕሱባትን)፡ ስልቲታት ሰውራ፡ ኣፈታትሓ ግርጭታት ከምኡ 'ውን ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ታሪኽ ወዲስብ የጠቓልል ኔሩ።

እታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ካኣ " ሓደ ኾንኩም ኣንጻር ሃጸይነት እንተ ተቓሊስኩምን ብሽቃሎ እንተ ተመሪሕኩምን ናብ ማሕበርነት (socialism) ገጽኩም ክትግስግሱ ኢኹም" ዝብል መደምደምታ ነበሮ። ኣብ ዳሕረዋይ ገበር'ታ መጽሐፍ ከኣ "ሰውራዊ ስነ ሓሳብ ዘይብሉ ሰራዊት ሓንጐል ከም ዘይብሉ ሰብ'ዩ"፡ "ንቕሓት ዘይብሉ ሰራዊት ንጸላኢኡ ክስዕር ኣይክእልን'ዩ" ዝብል ጭርሖ ተጻሒፍዎ ይርከብ።

ቤት ትምህርቲ ካድር ብዙሓት ኣባላት ውድብ ይምልምል ኔሩ'ዩ። ማርክሳዊ ስነሓሳብ፡ ሚላታቱን ፖለቲካኡን ከኣ ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ ይግበረሉ ኔሩ። ዲያለክቲካዊ ነገርነት፡ ፖለቲካዊ ጫሌዳታትን ክለሳታትን 'ውን ብግቡእ ክጽንዑ ተፈቲኖም 'ዮም። ኤ.ማ.ሰ'ውን ናይ ባዕላ ጽዑቕ ቤት ትምህርቲ ካድረ ትመርሕ ኔራ'ያ።

ዋላ'ኳ ብባህሪኡ ሚስጥራዊ እንተ ነበረ ኤማሰ ካብ ምምስራቱ ጀሚሩ ስሉጥ መንኮርኮር ሓባራዊን ግብራዊን መሪሕነት ኮይኑ ኣገልጊሉ'ዩ ይብል ኣብ 1970ታት ጀሚሩ ኣባል ውድብ ዝነበረ እስቲፋኖስ ኣፈወርቂ (ብሩኖ) ። ብሩኖ ኣባል መሪሕነት ኣይነበረን። ንኩነታት ኤ.ማ.ሰ ከኣ ብኽምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

ኤ.ማ.ሰ ሓላፍን ተራን ዘይብሉ፡ ካድራት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝኾነ ኣርእስቲ ብናጻ መንፈስ ዝዝትይሉ ዴሞክራሲያዊ ውድብ'ዩ ኔሩ። ወተሃደራዊ፡ ማሕበራዊ ይኹን

ካልእ ግዜ ዘምጸኦ ጕዳያት ናብ መኣዲ ዘተ ይቐርብ ኔሩ። ሓጺርን ንነዊሕ ዝጠመተን ፕሮግራማት ንነድፍ ኔርና። ጐድኒ ጐድኒ ብረታዊ ቃልሲ ውድብና ንኣባላት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብዘገምታ ክትልውጠም ጻዕሪ ጌራ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ንኽዕወት ዝገበረ ቀንዲ ረቛሒ ኸኣ እዚ'ዩ ። ውድብና ተራ ሰራዊትን ምስ ህዝቢ ዝህልዎ ርክብን ኣብ ዝኣመሰለ ጕዳያት ኣዝዩ ጥንቅቕቲ'ዩ ኔሩ። ንህዝቢ ዝብድል ዝኾነ ነገር እንተጌርካ ብኡንቡኡ ካብ ውድብ ከም 'ትስጕጉ'ዩ ዝግበር ኔሩ።

እዛ ውድብ ናይ ገዛእ ርእሳ ቅርጺታት 'ውን ኔሩዋ'ዩ። ቤት ትምህርቲ ካድር፡ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት፡ ማእከላይ ኮሚተ፡ ኣረ'ውን ዞባዊ ምምሕዳር ኔርዋ። ኣብ ፋብሪካታት፡ ምሁራት ኣካላት፡ ከባቢ ኣስመራ ዘለዋ ገጠራት፡ ኣብ ሱዳን፡ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዞባዊ ምምሕዳር ኔሩና። ኣብ ኤ.ማ.ሰ ፍሉይ ሰልጣን ዘለዎ ኣይነበረን። ኵሉ ሰብ ኣብቲ ቅርጺ ጥሒሉ'ዩ ኔሩ። ከምዚ ሎሚ ሞያውንያን ፖለቲከኛታት ጥራይ ኣይኮኑን ፖለቲካ ዝዝተዩ ኔሮም። መራሒ ብርጌድ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ክኸውን ይኽእል ኔሩ።

ካብ'ቶም ብምትእትታው ህግሓኤ ዝተዓዩ ወሰንቲ ለውጢታት ምድልዳል መሬት፡ ምቑም ባይቶ ዓዲን ጸታዊ ማዕርነትን ብቐንዱ ይጥቀሱ። ኣተዓዳድላ መሬት ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ኤርትራ ዝተፈላለየ'ዩ ኔሩ። ጐይታን ጊላን ብዘይብሉ ኣገባብ ብሓደስቲ ኣመሓደርቲ ዓዲ ንኽውደብ ምንቅስቓስ ተጌሩ። ሓረስቶት ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ዝውከሉ ሓድሽ ውድባ ንምጥያስ ኮሚተታት ኣቑሙ። ነፍሲ ወከፍ ንኡስ ኮሚተ ወከልታ ብምሕጻይ ካብ ኵሉ ክሊ ዕድመ ዝተዋጽኡ ስኡናት ኣባላት ሕብረተሰብ ዝመርሕዎ ህዝባዊ ባይቶ ከም ዝምሰርት ገበረት። እዚ ኣካይዳ'ዚ በብዓመቱ እናተኸለሰን እናደልደልን መጺኡ። ካብ ደርባዊ ሰንሰለት ዝተላቐቐ ሓድሽ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን መስርሕ ንምሕያል ከቢድ ጻዕሪ ተጌሩ'ዩ።

ነዚ ንኽፍጸም ዓብዪ ተራ ዝተጻወቱ ካድራት'ዮም። እዚ መስርሕ ንባዕሉ ሓደስቲ ኣባላት ውድብ ንምምልማል ከም መሰረት ኮይኑ ኣገልጊሉ'ዩ። ህዝቢ ነቶም ኣቐዲሞም ብቐዓት ዘየርኣዩ ኣመሓደርቱ ከውርድን ንሓደስቲ ሕጽያት እናመዘነ ምምራጽ ምስ ለመደ፡ ኣብ 3/4 ኣዋርሕ ምርጫ ዓዲ ምግባር ተጀመረ። ኣብ'ዚ ሓድሽ እተዳለወ ባይቶ ዓዲ ደቀንስትዮ መታን ክውከላ ኮታ ተዳለወ። ደቀንስተዮ ዕድሚኣን ምሉእ ካብ ዝኣሰረን ውዕል መርዓ ንምግልጋል ሓድሽ ሕጊ መርዓ ተነድፈ። ብዙሓት ዓቃባውያን ባእታታት እኳ እንተ ተቓወምዎ ጸደቐ። እዚ ፕሮግራማት ብቁጠባውን ማሕበራዊን ኣገልግሎታት (ከም'ኒ ጥዕና፡ ትምህርቲ ንቐልዑ፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ሕርሻዊ ኤክስተንሽንን ክትባትን) እተሰነየ ኢዩ ኔሩ። እዚኣቶም ቐጥታ ብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዘይኮነ በዘን ዝቐማ ማሕበራትን ኮሚተታትን ኢዮም ዝመሓደሩ ኔሮም። እዚ ነቶም ደጊም ረብሓታቶም ብምስኣኖም ዘዕረምረሙ ባእታታት ኣፍም ክዓብሱ ገበሮም። ኵለ መዳያዊ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣገዳሲ ም'ኾኑ ብምክርኻር ደቂንስትዮ ኣብ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን መድረኽ ክበዝሓ የብለንን ንዝብል ስነመ መገሎት መስፍናዊ ክብል ነቐፎ።

እዚ መብዛሕትኡ ብድፍኢት ኤ.ማሰ'ዩ ዝስጕም ኔሩ።

ምውህሃድ ኤ.ማ.ሰ ን ግንባርን

1977 ሰራዊት ኢትዮጵያ ተዳኺሙ፡ ሓርነት'ታ ሃገር ዳርጋ ዝቐረበ መሰለ። እንተኾነ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ውህደቱ ገና ስጡም ኣይነበረን። ምስ ተ.ሓ.ኤ ፖለቲካዊ ውህደት ክግበር ብኣባላትን መላእ ሕብረተሰብን ዓብዪ መዛረቢ ኣርእስቲኳ እንተ ነበረ ክልቲኦም ውድባት ናብ'ዚ ኣንፈት ዘርኣይዎ ስጕምቲ ዳርጋ ኣይነበረን። ብውድብ ደረጃ እተኻየዱ ዘተታት ኔሮም፡ ነባሪ ውጽኢት ግና ኣየምጽኡን። ኣብ ቅድመ ግንባር ምውህሃድ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ናይ ሓባር መጥቃዕቲታት ምግባር ዝብሉ ሓሳባት ኣይተዓወቱን። ናብ ብርቱዕ ምንቕቓፍ 'ውን መርሑ። መብዛሕትኡ እዚ ነቐፌታ ናብ ተ.ሓ.ኤ ዘቕንዐ ኮይኑ "ቅርጺ መሪሕነቱ ድኹም'ዩ፡ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ምስ ናይ ህግ ኣረኣኢኻ ዲስፒሊን የብሎም" ዝብል መረረታት መጸ። ኣብ 70ታት ኣብ መንጎ 'ዞም ግንባራትን ኣብ ውሽጦም ዝነጥፉ ውድባትን ዝተገበረን ሓድነት ዝዕድም ዝርርባት 'ውን ምንም ፍረ ኣይተረኽበን። ክልቲኦም ንረብሓኦም ዘውሕስ ኣቀራርባ ስለ'ተጠቕሙ ምንም መተዓረቒ ኣይተረኽበን። ህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ ታሕተዋይ ደረጃ ዝጅምር ስሙር ግንባር ብምፍጣር፡ ኣብ ኑሉ ጽፍሕታት ዘገምታዊ ምውህሃድን ዝርርብን ክግበር ጸውዐ። ተ.ሓ.ኤ ብወገኑ ክልተኣን ውድባት ብብዝሒ ኣባላቱን ዝውከላሉን ዝሓብራሉን ሰፊሕ ጕባኤ ክግበር ጠለበ። እዚ ዘመልክቶ ነገር እንተሎ ክልቲኡ ውድባት ንውልቀ ረብሓኡ "ኣብ ሓደጋ ከውድቕ" ድሉው ዘይምንባሩ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ብፖለቲካ ዝዘቕበቡ ኣባላት ስለ ዝነበርዎ፡ ኣብ ዝተናውሐ ፖለቲካዊ ግጥም ኣብ ልዕሊ ተ.ሓ.ኤ ልዕልነቱ ከመስክር ከም ዝኽእል ይኣምን ኔሩ። ተ.ሓ.ኤ ብወገና ዝበዝሑ ኣባላት ስለ ዝነበርዋ ኣብ ውስላ ዓብሊላ ስልጣን መሪሕነታ ከተረጋግጽ ኢ.ያ ትደሊ ኔራ። እዚ ፍልልይት ፖለቲካዊ ጕዳያት መሰረታዊ'ዩ ኔሩ። ፈጺሙ ኽእ ፍታሕ ኣይረኽበን።

እዚ እናኾነ ናይ 78 ስትራቴጂካዊ ምዝላቕ መጺኡ። ድሕር'ዚ ኤ.ማ.ሰ ሓፈሻዊ ስትራቴጂካዊ ስልቱን ሕብረተሰብ ንምቕያር ንዝትጠቐመሉ ኣቀራርባን ክኽልሶ ተቐሰበ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝተራእየ ሓድሽ ምዕባለ ኣይነበረን። ኣብ ውድባዊ፡ ፖለቲካዊን ስነ ሓሳባዊን ጽፍሕታት ግና "ኤርትራውነት" ንምዝርጋሕ ብዙሕ ጸደፍደፍ ተባህለ። ቀጥታዊ ምትእትታው ሕብረት ሶቪዬት፡ ባህርያት ማሕበርነትን ዝተረፈ ዓለምን ንህ.ግ ዘግሃደሉ ነገር እንተኔሩ ብጀካ ኤርትራዊ ካልእ ጸግዒን ደገፍን ከም ዘይብሉ'ዩ ኔሩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ዝቈጻጸሮ ቦታታት ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘይተርፍ ተርእዮ ምኾነ ቀጸለ። ብትሕዝቶኡ ቅርጹን ዝውታረኡን'ኳ እንተ ተለወጠ ቀጸለ። ናእሽቱን ዓበይቲን ህዝባዊ ሰሚናራት ይወሃብ ኔሩ። እዚ ንኣሃዱ ሓይልታት፡ ክፍልታትን፡ ሓፋሽን'ዩ ዝወሃብ ዝነበረ። ዕላማ'ዚ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ ጸላኢ ንምቅላዕ፡ ህዝቢ ንውድቡ ብተወፋይነት ክገልግል፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ቃልሲ (ስልቱን ትርጉሙን) ሓደ ውሱን መልእኽቲ ንምትሕልላፍ፡ ወይ ሞራልን ርእስ ተኣማንንትን ንምድንፋዕ'ዩ ኔሩ። ድሕሪ ምዝላቕ እዚ መስርሕ'ዚ ናብ ብዝሰፍሐ ዝርርብን ምርምርን ዓበየ። ኣኼባታት ሓጸርቲ ከምኡ 'ውን ዘየሰልክዩ ክኾኑ ከም ዘለዎም ኢዮም ወደብቲ ዝመዓዱ ኔሮም። ንጡፍ ተሳታፍነት መታን ከርእዩ መዓስ ክእከቡ ከም ዝጥዕሞም

ምስ ተሳተፍቲ ዝርርባት ይግበር ኔሩ'ዩ። ኣብ መንጮ ናይ ኢትዮጵያ ቀበሌን ህዝባዊ ባይቶታት ህ.ግን ዘለኖ ፍልልያት፡ ጉዳይ ማእከላይ ምብራቕ፡ ትርጉም ዴሞክራሲ፡ ኣብ ሓዳር ደቀንስትዮ ጸታዊ ዕግበት ከም ዘድልየን ወ.ዘ.ተ ናብ ዘተ ይቐርቡ ኔሮም።

ነዚ ጽዑቕ ፖለቲካዊ ስራሕ ንምድጋፍ ህ.ግ ቤ/ት ካድር ከፈተ። እዚ ቤት ትምህርቲ ብኤ.ማ.ሰ ዝካየድ ኮይኑ ካብ 1979 -1982 ኣብ ዝነበረ ዓመታት 400 ዝኾኑ ካድራት መልመለ። እዚ ምስ ኣብ 1975 ዝመልመሎም እንክርኢ ብሓደ ሲኦ ይበልጽ ኔሩ። እዚ እናኾነ ኣብ ሓይልታትን ሓፋሽ ህዝብን ምጥፋእ መሃይምነት ቀጸለ ። ኣብ ሓፋሽ ውድባት ምጥፋእ መሃይምነት ቀንዲ ኣተኵሮ'ዩ ዝወሃቦ ኔሩ። ብዘይካ'ዚ ኣሃዱታት ቀጻሊ ኣብ መዛግቦም እናተራኸቡ ቑጽሪ፡ ጂኣግራፊ፡ ቋንቋን ካልእን ይመሃሩ ኔሮም። ኣብ 1979 ካብ ናቕፋ ናብ ከባቢ ኣስመራ ዘለዋ ገጠራት ንክልተ ሳምንታት ኣብ ዝገበርክዎ ጉዕዞ ነዚ ክዕዝበ ክኢለ ኢየ። ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ናይ ባዕላ ጉጅለ ባህሊ ኔርዋ። ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ ከኣ ደርፍታትን ትልሂትን ብሃራት ኤርትራ ንህዝቢን ተጋደልትን የቕርቡ ኔሮም።

ኣብ ሜዳ ዝነበረ ስእነት ሓድነት ግና ነቲ ምንቅስቓስ ብዙሕ በዲልዎ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ 70ታት ህግሓኤ ምስ ተሓኤ ናይ ሓድነት ዘተ ንምብርባር ዝፈተኖ ጻዕርታት ኣይሰለጠን። ኣብ 80ታት ኣብ መንነ ክልቲኡ ውድባት ዝነበረ ወጥሪ ናብ ጠርዙ በጺሑ። ዕጥቂ ጎነጽ'ውን እናወሰኸ መጺኡ። ህግሓኤ ንኻልኣ መከተ ወራር እናተዳለወ 'ውን እዚ ጎነጻዊ መጥቃዕቲ ቀጸለ። (ተ.ሓ.ኤ ኣብ ቅድመ ግንባር ምስላፍ ካብ ዘቋርጽ ሓያሎ ጌሩ ኔሩ!)። ኣብ ጽድያ 1981 ሓድሽ ኩናት ሓድሕድ ተባሪዑ ተሓኤ ካብ መሬት ኤርትራ ተጸሪጉ ናብ ሱዳን ተባረረ። ተረፍ መረፍ እዚ እተሳዐረ ግንባር ኣብ ሱዳን ተዓቕኑ። ገሊኦም'ውን ምስ ህግሓኤ ተዓሪቆም ኣንጻር ኢትዮጵያ ተሰለፉ። ካልኦት ተቓወምቲ ኮይኖም ድሕሪ ናጽነት 'ውን ንመንግስቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ምጥቃዕ ቀጸልዎ። ብዙሓት ተጋደልቲ ተሓኤ ነበር ብስደት ናብ መላእ ዓለም ፋሕ በሉ።

እዚ ፍጻመ ህግሓኤ ምሉእ ሓይላ ኣንጻር ኢትዮጵያ ክተዋፍርኳ እንተ ሓገዛ ንዓቕሚ ሰብን ጸጋታትን ግንባር ግና መጽዩዎ ኢዩ። ምኽንያቱ መጠን ስርሒታቱ ብሰለስተ ዕጽፊ'ዩ ወሲኹ። ንኣብነት ኣብቲ ዝመረረ እዋን 6ይ ወራር ደርግ ህግሓኤ ልዕሊ 550 ሓደስቲ ኮሚተታት ገጠር ወዲቡ ኔሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ንሓፋሽ ውድባት ብደርባዊ ሰረት ናብ ንኡሳን ውድባት ምምቕቓል ገደፎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ህግሓኤ ስርሒታቱ ዘካይደሉ ዞባታት ኣመና ብምስፍሑን ሕሱም ደርቂ ዘስዓቦ ምምዝባልን'ዩ። እዚ ኣገባብ ብመራሕቲ ውድብ 'ውን ድጋፍ እናሰኣነ መጺኡ። ኣመና መካኒካዊ ስለ ዝኾነ እንተተረፈ ይሓይሽ ብምባል ኣዘዙ። ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ዝነበረ ማሕበረ ቁጠባዊ ስርሓት ልምዓት ግና ተጠናኺሩ ቀጸለ።

ምድልዳል መሬት ሕመረት ስራሕ እቲ ግንባር ኢዩ ኔሩ። ብፍላይ ኣብ ከበሳ ከም መንጠሪ ማሕበራዊ ሰውራ ጌርካ ስለ እተራእየ ተደፍኣለ። ካብ 81 ንደሓር ደረጃ ፍርያምነት ሓረስቶት ንምዕባይን ዘየድሊ ሃልኪን ወጻኢታት ንምንካይን ውዳበታት ተገብረ።። ናይ ሎጂስትክን ጸጋታትን ሽግራት ኔሩ። ካልእ ዝነውሐን

ዝመረረን ወራር ኢትዮጵያ (ሰላሕታ ወራር) እኳ እንተ ነበረ፡ ህግሓኤ ናይ ሕርሻ ኤክስቴንሽን ፕሮግራማት ብምትእትታው ፍርያምነት ገጠር ንምዕባይ ጻዕርታቱ አሐዲሱ ቀጸሎ። ምስ ሓረስቶት ብምትሕግጋዝ መፍረ ደርሁ ኣዳለወ። ብሓፋሽ ውድባት ዝዕየያ ጀራዲን ኣሕምልቲ ብምስራት 'ውን ጻዕርታቱ ኣዛይደ።

ናይ ሽመትቲ ምትሕግጋዛት ቆማ። ንወጻኢታት ትሕተ ቅርጻዊ ወፍሪ ገጠር መሸፈኒ ዝውዕላ ናይ ለቓሕ ምትሕግጋዛት ተጣየሳ። ኣብ መፋርቕ 80ታት ሓደ ካብዚ ዕዉታት ፕሮጀክቲታት- ናይ ጥዕና ፕሮጀክትዩ ኔሩ። ንክልተ ሳምንታት ብእግረይ ኣብ ዝገበርክዎ ጕዕዞ ኣብዚ ፕሮጀክት ዝነበራ ገጠራት ተዓዚበ ኔረ። ያታወያን ሓካይም ገጠርን መሕረስቲን ፍሉይ ስልጠና እናተዋህበን ክትባትን ካልእ መድሃኒትን ከም ዝመሃራ ተገብረ። ኣብዚ ንጥፈታት ዝነበረ ጭርሖ ርእሰ ምርኮሳ--"ብሒደት ጸጋታት ዓበይቲ ዕዮታት ምፍጻም" ዝብል'ዩ።

ንድሕሪት ምልስ ኢልካ እንክትርእዮ፡ ኤ.ማ.ሰ ንዚ ዕልቕልቕ ኣብ ውሽጡ ኣትዩ ከም ዝለወጠን ኣሰሩ ከም ዝንበረን ንምግማት ኣየሽግርን። መግለጺ'ዞም ፍጻመታት ንምርካብን ተራ'ካ ውድብ ንምድህሳስን ግና ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ከም ዘድሊ ኣየማትእን። ኣብዚ ዝለዓሉ ሕቶታት ኣለው። ኣባላት ውድብ መዓስ ኣበይን ብኽመይን ይእከብ (ይራኸቡ) ኔሮም? ምስ ካድራት፡ ተራን ሓለፍትን ብኽመይ ይዘራረቡ ኔሮም? ኣብዚ ግዜ'ዚ ወሳኒ ተራ ዝነበሮም ኣባላት ውድብ መነመን'ዮም ኔሮም? ካብ ኣህጉራዊ መድረኽን ቃልስን እንታይ ዝቐስምዎ ተሞክሮ ኔሩ? ፖለቲካዊ መስመርዚ ውድብ ኣብዚ ኣሽጋሪ እዋን ከመይሉ'ዩ ክምዕብል ክኢሉ? ንላዕለዋይ ጽፍሒ ኣባልነት ዝድለዩ ዝነበሩ ሪጃሒታት እንታይ ይመስሉ? ምብዛሕ ኣባላት ንውሽጣዊ ዲሲፕሊን፡ ፖለቲካዊ ስጥመትን ኣጠማምታን ውድብ ብኽመይ ጸልዮዎ?

ኣብ ሚስጥራዊ ኣኼባታት ዝነበረ ፖለቲካዊ ዘተ ብዘየገድስ፡ ኣብ 80ታት ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝተኸስቱ ምዕባለታት ኣብ ኣመለኻኽታ ውድብ ቀንዲ ደረኽቲ ምንባሮም ኣይክሓድን። መብዛሕትኦም ሽዑ ዝተገብሩ ስቱራት ርክባት ብግቡእ ተሰኒዶም ተዓቂቦም ኣለው።

ኣብ መወዳእታ 70ታት ደግሲ ገለ ጽንኵራት እዋናት ኔሩ። ክልተ ነዋሕትን መረርትን ወተሃደራዊ ወፍርታት ኢትዮጵያ ኣብ 1982ን ከምኡ'ውን 1983 ሰዓበ። ኣብ መፋርቕ 1980ታት ከኣ ድርቅን ኩናትን ተደሚሮም፡ ገዚፍ ሰብኣዊ ቅልውላው ፈጠሩ። ክትግምቶ ዘጸግም ዓብዪ ብርሰት'ዩ ኔሩ።

ተኽታታሊ ድርቂ ንኤርትራን ሰሜን ኢትዮጵያን ስለ ዝወቕዎ ህዝቢ ብዓጸቦ ተጠቕዐ። ኣብ'ዚ ግዜቲ 360 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ተዓቑቡ። መብዛሕትኦም ብሰንኪ ኩናት ዝሃደሙ ኮይኖም ካብ 1967 ጀሚሮም ዝተሰዱ ይርከብዎም። ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ተመዛበሉ። ምስ ኣዝማዶምን ህግሓኤን ተዓቑቡ። ኣብዚ ግዜዚ ማሕበር ረድኤት ኤርትራ (ኤራ) ብሰሜናዊ ምብራቕ ሱዳን ኣቢላ ዶብ ሰገር ሰርሒታት ረድኤት እናገበረት ንዜጋታት ህጹጽ ሓገዝ ሃበት።

ወረ ደርቂ ምስ ተሰምዐ ብሚልዮናት ዶላራት ዝግመት ገንዘብ'ኳ ናብ ሱዳን እንተወሓዘ፡ ብተዛማዲ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ ናብ ኤርትራ ኣትዩ። ብዘይካ ወንጌላውያን ኣውሮጳን በጻብዕ ዝቐጸራ ተደናገጽቲ ማሕበራትን ካልኦት ኣህጉራዊያን ለገስቲ "ኣብ ዞባ ደባይ ውግእ ኣይንኣቱን" ብምባል ኣይተጸንበራን። ታሕሳስ 1984 ኣብቲ ዞባ ምብጻሕ ጌረ ኔረ። ኤራ ኣብ ልዕሊ 30 ካምፕታት ካብ 100 ሽሕ ዝበዝሑ ህዝቢ ትዕንግል ኔራ። እቲ ቑጽሪ ከኣ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ይውስኽ'ዩ ኔሩ። ነዚ ወፍሪ ዝኸውን መብዛሕትኡ ገንዘብ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝቐመጡ ኤርትራውያን'ዩ ዝውሕዝ ኔሩ። ካብ ፈለማ 1985 ጀሚረን ግና ብዙሓት ዘይመንግስታውያን ትካላት ኣገደስቲ ለገስቲ እናኾና መጻ።

እዚ ኩነታት ንፖለቲካዊ ወፍሪ ኤ.ማ.ሰ ሓደ ጐታቲ ጽልዋ ኣምጽኣሉ። ህዝቢ ኣብ መሰረታዊ ንህላወ ዘገድሱ ንጥፈታት ተጸሚዱ እናሃለወ ጉዳይ ስነ ሓሳብ ትርጕም ከም ዘይብሉ ንብዙሓት ወደብቲ ክስምየም ጀመረ። እዚ ዘበሳጨዎ ሓደ ካድረ "ህዝቢ ስነ ሓሳብ ክቐለብ ኣይክእል'ዩ" ኢሉኒ።

እዚ ሕሉፍ ማሕበርነታዊ ፖለቲካ 60ታትን 70ታትን ንክኽለስ ካልኦት ረቓሒታት'ውን ደረኹ። ድሕሪ ምዝዛም ውግእ ሕድሕድ (1981) ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝያዳ ኣሳታፊ ኮነ። ኣብ ኹሎም ጽፍሕታት ፖለቲካ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ክቕሰቐስ ጀመረ። ኣብ ሰፊሕ መሬት ኤርትራ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ንምክያድ ዘኽእል ብዝሒ ካድራት ኣይነበረን። ቀደም ብተ.ሓ.ኤ ተታሒዙ ኣብ ዝነበረ ቦታታት ፖለቲካዊ ጐስጓስ ንምክያድ ተወሳኺ ዓቕሚ ሰብ ይጠልብ ነበረ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ብተመኩሮ ዘጥረዮ ዓቕሚ እናተጠቕመ ኣብ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ንጥፈታት ጥራይ ተደረተ። ዳርጋ ኩሎም ማሕበርነታዊ ዝንባለ ዝነበሮም ውድባትን መንግስታትን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከዳኽሩ ይዕዘብ ስለ ዝነበረ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ጸጋማዊ ክንፊ ዝነበሮ እምነት ኣጥፍኣ። ብዛዕባ ባህርይ ሕብረት ሶቪዬት ዝነበረ ክትዓት ከይተፈትሐ ቀጸለ። ሓራ ቦታታት ንምምሕዳር ዝተፈተነ ተሞክሮታት 'ውን ኣብ ሞዴላት ልምዓት ሕጽረታት ከም ዘለው ኣግሃደ።

እዞም ረቓሒታት ፖለቲካዊ ምኽምቻቕ ኣየምጽኡን። ኣብ ክንድኡ ግብራዊ ቑጠባዊ ፖሊሲን ግሉጽነትን ክህሉ ድፍሂት ሃቡ። ብኽመይ ነዚ ይገብሩ ኔሮም ዝያዳ መብርሂ ዘድልዮ'ዩ። ነዚ ንምስላጥ ዝተጠቕመሉ ፖለቲካዊን ስነ ሓሳባዊን ሜላ ብዘየገድስ፡ ቀንዲ መለለዩ ህግሓኤ ኣብ ሃገራዊ ሓርነት ዝነበሮ ተወፋይነት'ዩ ኔሩ። በቲ ዝነበረ ኣገባብ ምዕያይ ግና ድሕሪ ግዜ ኣመና ኣሽጋሪ እናኾነ መጺኡ።

ኣባላት ዝነበሩ ከም ዝነገሩኒ ኤማስ ስቱር ብምንባሩ ወግዓዊ ኣኼባታት ክትገብር ኣጸጋሚ'ዩ ኔሩ። ብፍላይ እቲ ግንባር ንኣባላቱን ጂኦግራፊያዊ ዝርግሐኡን እናሰፍሐ ምስ መጺኡ፡ እዚ ዝያዳ እናተጋህደ መጺኡ። (*ሓደ ኣባል ውድብ ከም ዘዕለለኒ ብሰንሲ ሚሰጥራውነት'ዛ ውድብ ካብ ሓዳሩ ተፋቲሑ'ዩ። ሰበይቱ ኣኼባታት ንምስታፍ ዘቕርቦ ዝነበረ ምስምሳት ስለ ዘይኣመነቶ ብሕቡእ ናብ ኻልእ ሰበይቲ ይኸይድ ኣሎ ኢላ ብምድምዳም ፍትሕ ከም ዝሓተተት ኣዕሊለኒ!*)። ኣባላትን መራሕትን ውድብ እናተራኸቡ ህሉው ኩነታት ምዝታይ ዘይጥዕም እናኾነ መጺኡ። በዚ ምኽንያት መብዛሕትኡ ውሳነታት ብዘይ ኣፍልጦ ኣባላት ወግዓዊ ብዘይኮነን ኣገባብ ኢዩ ዝፍጸም ኔሩ።

ውድብ ኣብ ነዊሕ ኣስትንትኖ'ያ ተጻሚዳ ኔራ። እቲ ዝተረኸበ ውጽኢታት ከኣ ኣብ መወዳእታ 86 ኣብ ዝተገብረ ካልኣይ ሚስጥራዊ ጉባኤ ተገልጹ። እዛ ውድብ ስማ ናብ ኤርትራዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ (ኤ.ማ.ሰ) ቀየረቶ። ማሕበራዊ ዴሞክራሲያዊ ፕሮግራም ከኣ ኣተኣታተወት።

እዚ ናይ ኣመለኻኽታ ለውጢ መጋቢት 1987 ኣብ ዝተገበረ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሓለፈ። ብኤማሰ እትምራሕ ኣዳላዊት ኮሚተ ነቲ ዝተመዓራረየ ሃገራዊ ዴሞክራሲያዊ ፕሮግራም ናብ ኩሉ ኣባል ህግሓኤ ከም ዝዝርጋሕ ገበረት። ተጋደልቲን ሓፋሽ ውድባትን ንሓደ ዓመት ዝቕጸለ ርሱን ክትዓት ብምክያድ ርእይቶታቶም ኣብዚ ሰነዳት ከም ዝሰፍር ተገብረ። ብዘይካ'ዚ እታ ውድብ ንመሪሕነት ህግሓኤ ዝኾነ ሕጽያት ኣቕረበት።

1977 ዝተነድፈ ፕሮግራም ዝተገብሩ ለውጢታት እዞም ዝስዕቡ 'ዮም ኔሮም። እቲ "ኣድሓርሓርቲ"፣ "ጽዮናውያን" ዝብል ቅጽላት "ናጽነት ኤርትራ ዘይደልዩ ናይ ግዳም ሓይልታት" ብዝብል ተቐየረ። "ሽቃለ፡ ገባሮን ካልኦት ዴሞክራሲያውያን ሓይልታት" ዝብል ብ "ህዝብታት" ተቐየረ። "ጸረ መስፍንነትን ሃጸይነትን ውድባት" ዝብል ብ"ሃገራውያን" ተተክአ። እቲ ዝያዳ ዘገድስ ከኣ መሰል ኩሎም ሃገራውያን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ብግልጺ ዘውሕስ ቃል ምስምው'ዩ። ኣብ ኢድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝርከብ ኩሉ መሬት ክውረስ፡ ኩሎም ወጻእተኛታትን ዕሱባት ኤርትራውያንን ኣቐዲሙ ኣብ ዝነበረ ስርዓት ዝነበሮም መሬት ጥራይ ክሕዙ ተወሰነ። ሰፋሕቲ መንግስታዊ ምትሕግጋዝት ከም ዝተርፍ ተገብረ። ኤርትራውያን ሰብ ሃብቲ ፋብሪካታትን ትካላትን ከቕሙ ተተባብዑ። ብመንግስቲ ዝካየድ ንግድ ክተርፍ፡ መንግስቲ "ተቓጻጻሪ" ጥራይ ክኸውን፡ ትምህርቲ ናብ ኩሉ ክባጻሕ፡ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ምሩኻት ክግበር፡ ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያንን ፍሉይ ኣተኩሮ ክወሃቦም ዝብል ለበዋታት 'ውን ተገሊጸም። እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ተራ መንግስቲ ኣብ ልምዓታዊ ኤርትራ ምድራቱን ንብዙሕነት ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ዝድግፍ ግልጺ ለበዋታት ምቕራቦምን'ዩ።

ድሕሪ'ዚ ጉባኤ ቅርጺን ትሕዝቶን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝልቕ በለ። ኣብ ሰሙን ሰለስተ ሳዕ ዝነበረ ናብ ሓደ ሳዕ ጐደለ። ፖለቲካዊ ካሪከለም ካብ ሓዳስ መወከሲት መጽሓፍ ክወሃብ ጀመረ። ብ1989 እተሓተመት መጽሓፍ ነዛ ብ1970 ተዳልያ ዝነበረት ተክኣታ። እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ኤርትራን ህዝባን ኮይኑ፡ እቲ ክልስ ሓሳባት ተገድፈ። ብሓጺሩ ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ንሓርነታዊ ምንቅስቓስ ዘጋጥምዎ ግብራውያን ብድሆታት ጥራይ ኣተኮረ።

ብዛዕባ ኢትዮጵያ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣፍሪቃን ኣህጉራዊ ጉዳያትን ክትንትን ይፍተን ኔሩ። እዚ ብስለስተ ጽፍሕታት'ዩ ናብ ዘተ ዝቐርብ ኔሩ። ብመባእታዊ ሌላ ጀሚሩ ናብ ኣምራት ይኸይድሞ ዝርዝር መግለጺታት ኢሉ መወዳእትኡ ናብ ትንተና ይሰግር።

ኣለምሰገድ ተስፋይ ትሕዝቶን ቅርጺን ምህሮ ብዘገምታ'ዩ ተለዊጡ ይብል። (ኣለምሰገድ ተስፋይ ገዲም ተጋዳላይ'ዩ፡ ኣባል ኤማሰ ግን ኣይነበረን)። ነዚ ሓድሽ ካሪከለም ኣብ ምድላው ካብ ዝተሳተፉ ሓደ'ዩ ኔሩ። ንሱ ነዚ ኩነታት ብኽምዚ ይገልጾ።

ኣብ መወዳእታ ዓመታት ሓርነታዊ ቃልሲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ እናጐደለ'ዩ ዝመጽእ ኔሩ። ምኽንያቱ ነቶም ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ሰብኣት ደርግ ጸሊኦም ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ እተሰለፉ ሓደስቲ ምልምላት ዝስሕብ ኣይነበረን። ምትእትታው ሕብረት ሶቪዬት፡ ኩባ፡ ደቡብ የመንን ኔሩ። ቻይና ንሰውራ ኤርትራ ዝነበራ ምድንጋጽ ፈጺማ ብምግደፋ ንብዙሓት ገዳይም ተጋደልቲ'ውን እዚ ብለይ ስነ-ሓሳብ እናሰልከዮም መጺኡ። ማርክስነት ተፈታውነቱ ኣዝዩ እናነከየ'ዩ መጺኡ፡ ኣብ መፋርቕ 80ታት ህግሓኤ ካብ ሕሉፍ ማርክስነት እናረሓቐ'ዩ ዝመጽእ ኔሩ። ኣብ 1989 ነቶም ውሑዳት ኣብ ደረጃ ዩኒቨርሲቲ ዝበጽሑ ኣባላቱ ሓድሽ ፕሮግራም ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክነድፉ መዘዙም። ምስ "ኣብ ባይታ ዘለሞ ሓቅታት" ዝስማማዕ ትምህርቲ ክነድፉ ከኣ ተነግሮም። ሃይለ መንቆርዬስን ኣሕመድ ኣልቀይሲን ነዚ ሓላፍነት ተዋህቦም። ካልኦት ብዙሓት ካድራት 'ውን ኔሮሞ 'ዮም። ኣብ ሂምቦል ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ፡ እዚ ሓድሽ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣምርን ክልስ ሓሳባትን ማርክስነት ዘይብሉ ክኸውን ከም ዘለዎ ዝተዘተየ።

ውድብ ንምብትታን ዝተወሰደ ውሳኔ፡-

ኣብተን መወዳእታ ዓሰርተ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ውድብን ግንባርን ብዘገምታ ክወሃሃዱ ጀመሩ። ብፖለቲካዊ መስመር፡ ፕሮግራም፡ ሜላን መሪሕነትን እናተወሃሃዱ መጹ። ናይ ክልቲአን ኣባላት ምውሳኹ'ውን ነዚ ኣይዓገቶን። ሕብእቲ ውድብ ንምክያድ ግና ዝያዳ ኣሸጋሪ እናኾነ መጺኡ። ብቕዓት ካድራት ዓብዪ መዛረቢ ኣርእስቲ ኮነ። ኣባላት ኤማሰ ክልተ ተመሳደውቲ ውድባት ሒዝካ ምቕጻል ፋይዳኡ እንታይ'ዩ እናበሉ ክትዕ ኣለዓዓሉ። ሓደ ካብኣቶም ሃይለ ወልደትንሳኤ "ድሩዕ" ኢዩ ኔሩ።

> ኣዚና ስለ ዘግፋሕና ሸግር ኮይኑና። ዋህዮታት ውድብ ካብ ማእከልነት ኣዝየን ዝረሓቓ'የን ኔረን። ዘይቅርዑው ሜላ ምልመላ ኣባላት 'ውን ክርእ ጀመረ። ሰባት ኣዝማዶምን ፈተውቶምን ክምልምሉ ጀመሩ። ኣብ መባእታዊ ውዳበ ዘይብቕዓት ክንርኢ ጀሚርና። ኣብ ክንዲ ዝመርሑ ፈጠርቲ ሸግር እናኸኑ መጹ። ኣብ ገሊኡስ ኣረ ካብ ዘፍርይዎ ዘዕንዉዎ እናበዝሐ መጺኡ። መወዳእትኡ ማእከላይ ኮሚተ ነዚ ብምግንዛባ ኣብ መስርሕ ምሕጻይ ኢዳ ከተእቱ ጀመረት።

1986 ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ውድብ ከም እተጀልሐት ተገልጸ። ኣገዳስነት መባእታዊ ውዳበታት ከኣ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣተወ። ጸር ስነሓሳብ ካብ ምስካም ዝሓልፍ ግብራዊ ረብሓ ግን ኣይነበሮምን። ሕቶ ሕብረት ሶቮዬት፤ ደምበ ማሕበርነት ካልእን ክካትው ጥራይ 'ዮም ግዜኦም ዘጥፍኡ ኔሮም።

> ኣብ ግብራዊን ዘይግብራዊን ዕላማታት ዓብዪ ወጥሪ ተኸሰተ። እዚ ምንቅስቃስ ብመሰረቱ ኣብ ግብራዊነት (Pragmatism) ዝዛዘወ'ዩ ኔሩ። ካብ ስነ-ሓሳባዊነት ወጺኡ ናብ ግብራዊን ክዕወት ዝኽእል ፕሮግራማትን'ዩ ኣተኵሩ ኔሩ።

ኣብ'ዘን ዓመታት ንገለ ካብ የዋህ ኣቀራርባና ክንግድፎ ጀመርና። ንሃገራዊ ረብሓና ኣብ ሓደጋ ኣእቲና ፍልስፍናዊ ኣጀንዳ ክንክተል የዋጽኣና ኣይነበረን። እታ ውድብ ንባዕላ ብዙሕ ጸገማት የጓንፋ ከም ዘሎ ክንርኢ ክኢልና ኢና። ውድብና መሐከሊ ዘይጥውያት ባእታታት እና'ኾነት'ያ ትመጽእ ኔራ። ገሊኦም ኣባላት ውድብ ካብ'ቶም ዘይኣባላት ዝተሓተ ብቕዓት ዘለዎም ኔሮም 'ዮም።

ኣብ መጀመርታ እታ ውድብ ስትርቲ ክትከውን ግድን'ዩ ኔሩ። ኣብ ሓደ ዘይርጉእ ከባቢ ኢና ንነብር ኔርና። ሚስጥራውያን እንተ ዘይንኸውን ቀጻልነት ኣይምሃለወናን። ሕጂ ግና እዛ ውድብ ግቡኣ ፈጺማ'ያ። ብዘይካ'ዚ ክለብ ብሉጻት ጥራይ ኮይና ክትቅጽል የብላን። ኣብዚ ዘጋጠመና ሕቶ ክፉት ጌርና ነፍሲ ወከድ ዋህዮን ውልቀ ሰብን ኣብ ቅድም ግንባርን ሓፋሽን ከም ዝግምገሙ ዶ ንግበር? ምጽልጻልን ምኽላስ ዕላማታትን ተጌሩ እናሃለወ፡ ኣብ መንጎ ዕላማታት ውድብን ግንባርን ሕጂ 'ውን ፍልልይ ኣሎ ድዩ? እንድሕር ዘየሎ ኮይኑ ክልተ ውድባት ዝህልዋሉ ምኽንያት የሎን።

ክልቲኣን ውድባት እናተቐራረባ ይመጻ ምህላወን ኢና ተገንዚብና። ኣብ መንነኣን ሒደት ፍልልያት ጥራይ'ዩ ኔሩ። ስለዚ ስለምንታይ ነዛ ውድብ ህዝባዊት ውድብ ዘይንገብራ? ኣብ 1986 እዞም ሕቶታት መጹ፡ እንተኾነ ፍታሕ ኣይረኸቡን። ኣብ 1987 ለውጢ ከም ዘድሊ ኣብ መደምድምታ በጻሕና። መብዛሕትኦም ኣባላት ግንባር ዋላ ኣባላት ውድብ ዘይኮነ'ውን ምስታ ውድብ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ዕላማታት'ዮም ዘጋውሑ ኔሮም።

1989- ናብ ሓድሽ መድረኽ ተሰጋገርና። ስለ'ዚ እዚ ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቃስ ነዛ ውድብ ክትክኣ ክኽእል ኣለዎ። ኣባላት ውድብ ጥራይ ዘይኮኑ ሓፋሽ ህዝቢ'ውን ንዕላማታት ውድብ ኣብ ምዕዋት መታን ክሳተፍ እዚ ክግበር ኣለዎ። ድሮ'ኳ ዕላማታት ውድብን ግንባርን ተወሃሂዶም ሓደ ኮይኖም ኣለው ዝብል ሓሳባት ተቐልቀለ።

እዚ ቀሊል ውሳነ ኣይነበረን። ገሊኦም "ውድብ ክትጅላሕ እያ፡ እዚ ግጉይ ውሳነ ኢዩ። ደሓር እዋን ተመሊስና ነዛ ውድብ ኣይንረኽባን ኢና"። ዝብል ርእይቶታት ኔሩ። ከምዚ እልና ንነዊሕ ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና። ግን ኵሉ ኣባል ውድብ ዝስማማዓሉ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ክፍጠር ይከኣልዶ? ዝብል ስምዒት ኔሩና። ምሉእ ግንባር ኣባል ውድብ ዘይኮነሉ እንታይ ምኽንያት ኣሎ? እቲ ግንባር ግና ሕጂ'ውን ጽብብ ዝበለ'ዩ ኔሩ። ንኣብነት ተረፍ መረፍ ተ.ሓ.ኤ ሕጂ'ውን ኣብ ውሽጡ ኔሮም'ዮም። ስለዚ ንሕና ውድብ ዘይኮነ ሓፋሽ ዝሰረቱ ምንቅስቃስ'ዩ ዘድልየና ናብ ዝብል መደምደምታ ዛዞና።

1989 ውድብ ክትበታተንን ህግሓኤ ናብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ንምቕያሩን ዝደረኽ ውሳነ ኣብጽሐ። ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ (1994) ከኣ ህግሓኤ ናብ ህግደፍ ተሰጋገረ። "ኣብ ቃናና ዝተገብረ ዓብዪ ለውጢ ኣይነበረን" ይብል ኣፈወርቂ (ብሩኖ)። ካብ መጀመርታኡ ማሕበርነታዊ ጽልዋ ኔሩና፡ በብቕሩብ ግና ሃገራውያን፡ ኣብ ሃገራዊ ረብሓና ጥራይ እንተኾር እና'ኾንና መጺእና። ኣብ ኩናት ብዙሓት ካድራትና እና'ኽሰርና መጺእና። እዚ ዓብዪ ጽልዋ ኔርዎ'ዩ። መወዳእትኡ ግና ናብ

ሓደ ሃገራዊ ውድብ ክምዕብል ክኢለ'ዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ህላወ'ዛ ውድብ ምንም ፋይዳ ስለ ዘይነበሮ ከም ዝበታተን ጌርናዮ።

እዚ ግና ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሓበራዊ ፖለቲካዊ መሪሕነት ዝፈጠሮ ሓደ ዓብዪ ሃጓፍ ኔሩ። ኩሉ ስልጣን ከኣ ናብ'ቲ ሓድሽ መንግስቲ ተሰጋገረ። ሓፋሽ ውድባት ዕዮኣን ዳርጋ ኣቋረጸ። ናይ ደቀንስትዮ ማሕበር ጥራይ ቀጻለት። ምኽንያቱ ምሉእ ኣተኵሮ መንግስቲ ኣብ ዳግመ ህንጸት ሃገርን ምምላእ ጠለባት ህዝቢን ተጸሚዱ'ዩ ኔሩ። ለካቲት 1994 ኣብ ዝተገብረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ መብዛሕትኡ ነባር ኣባል ውድብ ተወጊኑ ሓድሽ ወለዶ ሓላፍነት ተረከበ። ምምሕዳር'ዚ ብሓድሽ ኣገባብ እተወደበ ግንባር፡ ሰክረታርያን መዓልታዊ ሰርሒታትን መንእሰያት ወለዶ ክዓዩዎ ስልጣን ተረከቡ።

ድሕሪ ምዝዛም ኩናት፡ ግንባርን ስርሑን ይቐጽልዶ ዝብል ሕቶ ሓደ ዓብዪ ክትዕ ኣላዓሊ ኔሩ። ኣረጊት መሪሕነት ይቐጽልዶ ወይስ ሓደስቲ ባእታታት ይወሰኽዎ? ሓደስቲ የድልዩ ኣለው ኢልና ወሲንና። "በዚ ከኣ ካብቲ ኣብ 70ታት ዝኸተተ ወለዶ ኣእተና" ይብል ብሩኖ። ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመታት ግና ብሩኖ በቲ ዝረኣዮ ብዙሕ ተስፋ ኣይገበረን። "ቅርጺ ኣልቦን ፋሕፋሕ ዝበለን'ዩ። እዚ መሰጋገሪን ሃገራዊ ጽላልን ኮይኑ ኣገልጊሉ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ካልኦት ፖለቲካውያን ሰልፍታት ክወጻ'የን። መሰረታዊ እምነት ውድብ ኣብ ኤርትራ ብዙሕነት ውድብታት ክህሉ'ዩ ። ሕጂ'ውን ህያው እምነት'ዩ ዝብል ተስፋ ኣለኒ"።

መጠቓለሊ

ኤ.ማ.ሰ ኣብ'ቲ ኣህላቒ ናይ ሱሰታት ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ኵነታት'ያ ተፈጢራ። ተሓኤ ተግማሚዓ ገዛእ ደቃ ክትበልዕ ምስ ጀመረት'ያ እዛ ውድብ ተወሊዳ። ነዛ ውድብ ብሚስጥር ክትዓቢ ከም ዘለዋ ከኣ እቶም ኣብ ፈለማ ሰብዓታት ካብ ተ.ሓ.ኤ ተፈንጪሎም ዝወጹ ጉጅለታት ዝተሰማምዑሉ'ዩ ኔሩ። እዞም ጉጅለታት ካብ ተ.ሓ.ኤን ሰራዊት ኢትዮጵያ ንዝወርዶም ዝነበረ መጥቃዕቲታት እናተጻወሩ፡ ንውሽጣዊ ምንቅስቓሳትን ስግኣትን (ከምኒ "መንካዕ") እናሓለፉ'ዮም ህላዌኦም ኣረጋጊጾም ናብ ስምረት በቒያም። እዚ ተሞክሮ ሓደ ስጡምን ልዑል ንቕሓት ዘለዎን ስቱር ሕመረት ፖለቲካ ንክህሉ ዓብዪ ድርኺት ፈጢሩ ኢዩ። ንሕብረተሰብ ለዊጥካ፡ ናብ ሰውራዊ ዴሞክራሲያዊ ኣንፈት ብምምራሕ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ከተውጽኦ እትኽእል በዚ መገዲዚ ጥራይ ኢዩ ዝብል እምነት 'ውን ኣሕደረ።

ኣብተን ቀዳሞት ዓሰርተ ዓመታት እዛ ውድብ ከም ሓደ ኣመና ሰሉጥ መንኮርኮር ፖለቲካዊ መሪሕነት ኮይና ኣገልግለት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ህግሓኤ ንህላዌኡ-- ኣንጻር ተሓኤ'ዩ-- ዝቃለስ ኔሩ። ካብ ተጸባይነት ዑስማን ሳልሕ ሳበ ተናገፈ። ኣብ ዞባዊን ግሎባላውን ፖለቲካዊ መድረኻት ህላዌኡ ብምርግጋጽ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ (ውሽጥን ዳያስፖራን) ዓብዪ ስረት ተኸለ። ነቲ ብሕብረት ሶቪዬት ዝድግፍ ገዚፍ ወራራት ኣምኪኑ ህላዌኡ ኣረጋገጸ። ኣብ 80ታት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብውድብ እናተመርሐ ምስ ሓፋሽ ህዝቡ ኮይኑ ዝኸፍአ ሰብኣዊ ቅልውላው (ደረቂ 83-85) ተሳገረ። እዚ እቲ ዝኸፍአ ናይ ድርቅን ጥሜትን እዋን'ዩ ኔሩ። ደርግ'ውን ንፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ኣጀንዳ ክጥቀመሉ ብዙሕ'ዩ ጽዒሩ።

እንተኾነ ኣብ 80ታት ውድብን ግንባርን ዝነበሮ ሰፊሕ ዝርግሐ ኣብ ፖለቲካዊ ቅርጺ ገለ ጽግናታት ክገብር ደሪኹ'ዩ። ኣብ ዞባዊን ኣህጉራዊን ሽርክነታት ዝነበረ ለውጢታት፡ ኣብ ሜዳ ብዝተጠረየ ነዊሕ ተመኩሮን ንሰውራዊ ኣመለካኽታ ውድብ እናኸለሰ ምስ ግንባር ናብ ውህደት ከም ዝመጹ ገበረ። ኣብ 80ታት ኣብ ፕሮግራምን መስመርን ክልቲኡ ውድባትን መሪሕነትን ምንም ፍልልይ ኣይነበረን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ስቱር መሪሕነት የድልየና ድዩ ዝብል ሕቶ ተለዓዓለ። ኣባላት ውድብ ብኻልኦት ከይተፈልጡ ሕቡእ ኣኼባኦም ከካይዱ ኣብ ዘይክእሉሉ ኵነታት በጽሑ። ኣባላት ውድብ ከምቶም ናይ መጀመርታ ውፉያትን ብሉጻትን ኣይኮኑን፡ እረ'ውን ኣባልነት ውድብ መዕቈቢ ገሊኦም ኮይኑ ዝብል ትሒምታታት እናበዝሐ መጺኡ። ምዝዛም ሓርነታዊ ቃልሲን ዝሰዓበ ኣተኵሮ ህንጻት ሃገርን ነዚ መሊሱ ኣቀላጠፎ። እንተኾነ እዚ ናይ መወዳእታ ውሳነ ብኽመይ ብመንን ኣብ ከመይ ዝበለ ኵነታት ተጌሩ? ውድብ ንምብታን ምስ ካልኦት ኣባላት ዝተገብረ ዝርርብ ኔሩ ዶ? ነዚ ሕቶ ብሩህ መልሲ የብሉን። ብዙሓት ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ እታ ውድብ ከም ዘይተበተነት ኢዮም ዝገልጹ። ኣብ ክንድኡ ኣብ ዘላቶ ደስኪላ፡ ብዘይ ወግዓዊ መዕጸዊ ከም እትሰውር ተጌራ ይብሉ። እዚ ፍሉይ ኣተዓጻጽዋ ንተመኵሮ ውድብን ነባሪ ሓድጋን ንኽትምርምር ኣሸጋሪ ጌርዎ'ሎ። ነቲ ሽዑ ንቡር ዝነበረ ኣገባብ ማለት ኣብ ክንዲ ብትካላዊ ኣሰራርሓ ብዘይወግዓ ሜላ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምጥቃም ዝንባለ ከም ዘለዎ ክቕጽል ጌሩ ይርከብ።

ኤማሰ መሳለጥያ መሪሕነት ክትከውን'ያ ተፈጢራ። ኣብ ስነሓሳብ፡ ፖለቲካዊን ውድባዊን ስጥመት፡ ውልቃዊ ባህርያትን ምህናጽ ሓቀኛ ሃገራዊ ባህሊን ከኣ ዕውት ሰርሓት ዓሚማ'ያ። ብዘይካዚ ከም መሳለጥያ እዝዚን ቀኒጽጽርን ኮይና'ውን ኣገልጊላ'ያ። ፈለማ ኤማሰ መስመር ግንባር ንምቀኒጻር፡ መሳርዕ ውድብ ዝዘረጉ ባእታታት ካብ ውሽጢ ከይትንሰኡን ከየዳኽምዎን ንምክልኻል፡ ህግሓኤ ንፈተውቱን ጸላእቱን ከም ሓደ ስጡም ግንባር ኮይኑ ከም ዝርአ ንምግባር፡ ኣብ መንጮ ኣባላቱን ግዳምን (እንተላይ ካልኦት ኤርትራውያን) ከም መንኮኛ ኮይኑ ንኽትዓዩ ኢ.ያ ተመስሪታ። ድሕሪ ግዜ ግና ካብ ዕላማኣ ሰጊራ መቄጻጸሪ መሳርሒ እናኾነት መጺኣ። ካብ'ዚ ክንደይ ዝኣክል'ዩ ድሕሪ ናጽነት ናብ ዘሎ ፖለቲካዊ መድረኽ ሰጊሩ ዝብል ዝያዳ መብርሂ ዝሓትት ኣርእስቲ'ዩ።

ህሉው ፖለቲካዊ ባህሊ ኤርትራ ዘገርም ምትሕንፋጻት የጠቓልል። ዕጹው ፖለቲካ፡ ከም ኮካ ኮላ ሓደ መሲልካ ምኻድ፡ ውልቀ ምልክን ሓበራዊ ትግባረን ኹሎም ብሓደ ይዓየ'ለው። እዞም ንሓድሕዶም ዝጻረሩ ባእታታት ሚዛኖም ሓልዮም ምኻዶም ብረታዊ ቃልሲ ንኽዕወት ጌሩ'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ግና እዚ ዝያዳ ተገራጫዊ ተራ'ዩ ክጻወት ጸኒሑ። በቲ ሓደ ወገን ውሁድ ሃገራዊ ባህሊ ኽምዕብልን ኩሉ ብሄራዊ፡ ዞባዊን ጂኦግራፊያዊን ምግምማዓት ኣብ ምንካይ ክዕወት እንከለ፡ በቲ ካልእ ሽነኽ ግና ድቂ ህዝባዊ ዴሞክራሲ ንኽይምዕብል ዓንቂፉ ይርከብ ኣሎ።

ብርትዐ፡ ድኻም፡ ዓወት፡ ፍሽለት፡ መኽሰብን ክሳራን፡ ከምኡ 'ውን ነባሪ ጽልዋ'ዛ ውድብን ታራኻን ብዝርዝር ምጽናዕ ነቲ ምምጽኡ ዘይተርፍ ዴሞክራሲያዊ መስርሕ ኣገዳሲ'ዩ። ፖለቲካውያን ውድባት ካብ መኽተ ናብ ዴሞክራሲያዊ ምሕደራ ኽይስጉሙ ዝዓንቱ ብድሆታት ተራእዮም እዮም ። ብግቡእ ተሰኒዶም'ውን ኣለው። እዚ ውድብ (ህግደፍ) ከ ካብ ውልቀ ምልካዊ ዝንባለ ይውጽእ ዶ ይኽውን? እዚ ዕላማ ሒዞም ዝቃለሱ ሓድጉ እንተፈሊጦም ዝሓሸ ኣሳልጦን ዕድልን ክህልዎም'ዩ ዝብል ተስፋ'ዩ ዘሎኒ።

ኣባላት ሕቡእ “ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ”

መሰረትቲ ኣባላት (1971)

1. ኢሳያስ ኣፈወርቂ
2. ኣቡበከር መሓመድ ሓሰን (ስውእ)
3. ኢብራሂም ዓፋ
4. ማሕሙድ ሸሪፎ
5. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
6. ሓሰን መሓመድ ኣሚር (ስውእ)
7. ኣሕመድ ኣልቀይሲ
8. መሓመድ ዓሊ ዑማሮ
9. ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ።
   - እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ውድብ ክትምስረት እንከለ ኣይንበሩ’ምበር ኣባላት እቲ መስራቲ ሕመረት’ዮም ኔሮም።
10. ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ)
11. ሮሞዳን መሓመድ ኑር
12. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ማእከላይ ኮሚተ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ (1976)

1. ኢሳያስ አፈወርቂ
2. ሮሞዳን መሓመድ ኑር
3. ሃይለ ወልደትንሳኤ
4. ኢብራሂም ዓፋ (“ስውእ”)
5. ማሕሙድ ሸሪፎ
6. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
7. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
8. ኣሕመድ ኣልቀይሲ
   - ብዙሓት ካብ መሰረትቲ ኣብ ኦፊሰላዊ ማእከላይ ኮሚተ ኣባላት ኣይነበሩን። ኣብ’ዚ ኣኼባ እዞም ዝስዕቡ ናብ መሪሕነት ተጸንበሩ።
9. መስፍን ሓጐስ
10. ጴጥሮስ ሰለሙን
11. ስብሓት ኤፍሬም።

ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ (1976)

1. ኢሳያስ ኣፈወርቂ
2. ሮሞዳን መሓመድ ኑር
3. ሃይለ ወልደትንሳኤ-“ድሩዕ”
4. ኢብራሂም ዓፋ---ስዊእ
5. ማሕሙድ ሸሪፎ
6. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
7. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
8. መስፍን ሓጐስ
9. ጴጥሮስ ሰለሙን
10. ስብሓት ኤፍሬም
11. ዑቕበ ኣብርሃ።
    - እዞም ዝስዕቡ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ግንባር’ዮም ኔሮም። ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ ግን ኣይነበሩን።
12. ብርሃነ ገረዝግሄር
13. መሓመድ ስዒድ ባርህ



እባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ሓ.ኤ. 1977-1987

ኮፍ ኢሎም ዘሰጪ ካብ ጸጋም ገየማን፦
ብርሃነ ገረዝጊኤር፣ ስዒል ኢብራሂም ዓፋ፣ ሮመዳን መሓመድ ኑር፣
ኢሳያስ አፈወርቂ፣ ግሕሙድ ሸሪፎ።
ጠጠው ኢሎም ዘሰጪ ካብ ጸጋም ገየማን፦
ዑችበ እብርሃ፣ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፣ ሰብሓት ኣፍሪም፣ ሃይለ ወልደትንሳኤ፣ ኤጣሮስ
ሰልሙን፣ መሓመድ ሰዒድ ባርክ፣ መስፍን ሓጎስ፣ ኣልኣሚን መሓመድ በዓድ።

ማእከላይ ኮሚተ ውድብ (1986)

1. ኢሳያስ ኣፈወርቂ
2. ማሕመድ ሸሪፎ
3. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
4. ኣሕመድ ኣልቀይሲ
5. ሃይለ ወልደትንሳኤ-“ድሩዕ”
6. ሮሞዳን መሓመድ ኑር
7. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
8. ዑቕበ ኣብርሃ
9. ጴጥሮስ ሰለሙን
10. ስብሓት ኤፍሬም።

እዞም ዝስዕቡ ንመጀመርታ እዋን ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ዝተመርጹ’ዮም።

11.ብርሃነ ገረዝግሄር
12. ተኽላይ ሃብተስላሴ
13. ሃይለ ሳሙኤል
14. ሳልሕ ሕሩይ
15. ኣብርሃ ካሳ።

ፖለቲካዊ ቤ/ጽ ህግሓኤ (1987)

1. ኢሳያስ ኣፈወርቂ
2. ማሕሙድ ሸሪፎ
3. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
4. ሃይለ ወልደትንሳኤ-“ድሩዕ”
5. ሮሞዳን መሓመድ ኑር
6. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
7. ጴጥሮስ ሰለሙን
8. ስብሓት ኤፍሬም
9. መሓመድ ስዒድ በርህ

ፈጻሚት ባይቶ ህግደፍ (1994)

1. ኢሳያስ ኣፈወርቂ
2. መስፍን ሓጐስ
3. ዓሊ ሰይድ ዓብደላ
4. ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ
5. ኣብርሃ ካሳ
6. ተስፋይ ገብረስላሴ
7. ዓብደላ ጃብር
8. የማነ ገብረኣብ
9. ዘምህረት ዮውሃንስ
10. ሓጐስ ገብረሂወት
11. ኣስካለ መንቆርዬስ
12. መሐየዲን ሸንገብ
13. ዑስማን ሳልሕ መሓመድ
14. ፎውዚያ ሓሸም።
15. ጀርማኖ ናቲ
16. ኣምና ኑርሕሴን
17. ዮሱፍ ሳይቾ
18. ሓምድ ሒምድ
19. ኣልኣሚን ሸኽ ሳልሕ።

መብርሂ

መሰረት ውድብ ሕጂ ኣበይ ኣለው?

•ኣቡበከር መሓመድ ሓሰንን ሓሰን መሓመድ ኣሚርን ቀዳማይ ጉባኤ ውድብ (1976) ቅድሚ ምክያዱ ተሰዊኦም።

•ኢብራሂም ዓፋ ውድብ ናብ ካልኣይ ጉባኤ (1986) እናሰገረት ተሰዊኡ።

•ሮሞዳን መሓመድ ኑር ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ግንባር (1994) ብጡረታ ክሰናበት ተገዲዱ፡ ካብ ኣባልነት ተሰናቢቱ'ዩ። ካብኡ ንደሓር ካብ መሪሕነት ህ.ግ.ደ.ፍ ወጺኡ'ዩ።

•ሃይለ ወልደትንሳኤ (ድሩዕ) ን ማሕሙድ ሸሪፎን (ክልቲኦም ነታ ክፍትቲ ደብዳቤ ክታሞም ዝንበሩ'ዮም) ኣብ 2001 ምስ ተዓፈኑ ደሃዮም የለን። ሃይለ ድሕሪ ናጽነት ሚኒስተር ፋይናንስን ቁጠባዊ ጕዳያትን፡ ሚኒስተር ጕዳያትን ወጻኢ፡ ሚኒስተር ንግድን ኢንድስትሪን ኮይኑ ንሃገሩ ኣገልጊሉ'ዩ።

•መሓመድ ዓሊ ዑማሮን ኣሕመድ ጣህሪ ባዱሪን ዲፕሎማሰኛታት ኮይኖም ኣብ ወጻኢ ሃገር ተመዲቦም ኣለው። (መሓመድ ዓሊ ዑማሮ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ፣ ኣሕመድ ጣህሪ ባዱሪ ኣብ ኣመሪካ)። እዞም ክልተ ሰባት ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተተኽለ ሃገራዊ መሪሕነት ዝተጻወትዎ ኣገዳሲ ተራ የለን።

• ድሕሪ ሞት ዓሊ ሰይድ ዓብደላ (2006) ሎሚ ምስ ኢሳያስ ኣብ ስልጣን መሪሕነት ዝርከብ ሓደ ስብ ጥራይ ኢዩ---ንሱ ከኣ ጸሓፊ ህግደፍ ኣልኣሚን መሐመድ ሰዒድ ኢዩ ።

ማእከላይ ኮሚተ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ (1976)

መሰረትቲ ውድብ ዘይኮኑ ግና ደሓር ኣብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ካብ ዝተመርጹ 4 ተጋደልቲ-- ጸጥሮስ ሰለሙንን ዑቕበ ኣብርሃን ግንቦት 2001 ናብ ህግደፍ ዝተላእከት ክፍትቲ ደብዳቤ ብምፍራሞም ብህግደፍ ተዓፊኖም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይርከቡ። ጴጥሮስ ሚኒስተር ምክልኻል፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳን ብምኻን ድሕሪ ናጽነት ክሳብ 2001 ንሃገሩ ብተወፋይነት ኣገልጊሉ'ዩ። ዑቕበ ኣብርሃ'ውን ሓላፊ ቀጠባዊ ኮሚሽን ህግሓኤ፡ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን፡ ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ከምኡ 'ውን ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብምኻን ክሳብ ግዜ ማእሰርቱ ንሃገሩ ኣገልጊሉ'ዩ።

•መስፍን ሓጐስ (ንሱ'ውን ሓደ ካብቶም ክታሞም ዝነበሩ'ዩ) ዓፈና "ጉጅለ-15" ክግብር እንከለ ኣብ ወጻኢ'ዩ ነሩ፡ ብእኡ ጌሩ 'ውን ኣይተመልሰን። እዚ ስሙይ ሃምበል ድሕሪ ናጽነት ሚኒስተር ምክልኻል ኮይኑ ኣገልጊሉ'ዩ። 1994 ኣብ ዝተገበረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ኢሳያስ ከወግዶ'ኳ እንተሓሰበ ብዓብላሊ ድምጺ ተሳተፍቲ ኣባል ፈጻሚት ኮሚተ ህግደፍ ኮይኑ ተመሪጹ'ዩ። ኣብ 1994 "ምትእትታው ኢሳያስ" ኣመና ስለ ዝበዝሐ ብፍቓዱ ካብ ሚኒስተር ምክልኻል መዝነቱ ወሪዱ። ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኮይኑ ኸኣ ክሳብ ንስደት ዘምርሓለ (2001) ንሃገሩ ኣገልጊሉ'ዩ።

ራብዓይ ሓድሽ ኣባል ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ስብሓት ኤፍሬም ኮይኑ፡ ሚኒስተር ምክልኻል እታ ሃገር ከምኡ 'ውን ኣባል ፈጻሚት ኮሚተ ህግደፍ'ዩ። ብሓቂ ግና ንሰሙ'ዩ ሚኒስተር ምክልኻል እምበር እዚ'ዩ ዝበሃል ስልጣን የብሉን። ምኽንያቱ እቶም ዞባዊ ስርሒታት ዝመርሑ 4 ጀነራላት ጸብጻቦም ብቐጥታ ናብ ፕረዚደንት 'ዮም ዘቕርቡ።

ማእከላይ ኮሚተ ሰውራዊ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ (1986)

ካብ'ቶም ኣብ 1986 ናብ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ዝተመርጹ ሓደስቲ ኣባላት እቶም 4 ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ 'ዮም። መበል 5ይ ኣብርሃ ካሳ ካብ መርበብ ስለያ ግንባር ኮይኑ ሎሚ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት'ዩ። ኤ.ማ.ሰ ፖለቲካዊ ተራኣ ተጥፍኣለ። ኣብ ዝነበረት መፋርቐ 80ታት ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ኣብ ኣባልነት ከም ዝጽንበሩ ዝተገብረ ብግርህነት ኣይነበረን።

ካብዚኣቶም እቶም ስለስተ ፡-

•ተኽላይ ሃብተስላሴ (ጀነራል)

•ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል "ቻይና"ን

•ኣብርሃ ካሳ።

እዚኣም ኣዝዮም "እሙናት"ን ናይ ቀረባ ኣዕሩኽን ፕረዚደንት ኢዮም።

•ራብዓዮም ብርጋድዬር ጀነራል ብርሃነ ገረዝግሄር (ሓደ ካብቶም ፈረምቲ ክፍትቲ ደብዳቤ) ኣብ 2001 ምስ ተዓፈነ ደሃይ የብሉን።

•ሓምሻይ ሳልሕ ሕሩይ ድሮ ናጽነት ብግብረ ሶዶም ተኸሲሱ ዓሰርተ ዓመታት ተኣሲሩ ኔሩ። ሕጂ ብስደት ኣብ ስዑዲ ዓረብ ይቕመጥ ኣሎ።

ፈጻሚት ኮሚቴ ህ.ግ.ደ.ፍ

ካብቶም ገዳይም ኣባላት መሪሕነት ውድብ ናብ ፈጻሚት ኮሚተ ህግደፍ እተሰጋገሩ ሒደት ጥራይ ኢዮም። ፈጻሚት ኮሚተ ህ.ግ.ደ.ፍ ሓድሽ ስክረታሪያት ግንባር፡ ሓለፍቲ ሓፋሽ ውድባትን ወተሃደራውያን ኣባላት ዝሓቖፈ'ዩ። ገሊኦም ደጊም ኣብ ስልጣን የለውን።

ይኹን'ምበር ፈጻሚት ባይቶ ህግደፍ ማዕረ ማእከላይ ኮሚተ ውድብ ይኹን ፖለቲካዊ ቤ/ጽ ህ.ግ (ቅድሚ ናጽነት) ስልጣን የብላን።

ድሕሪ ናጽነት ስልጣን ኣብ ብዙሓት ፍሉያት ማእከላት ብጻዕቂ ተነቢሩ ይርከብ። ቤ/ጽ ፕረዚደንት፡ ሰክረታትሪያት ህግደፍን ላዕለዎት ወተሃደራውያን ኣዘዝቲን። ብፍላይ ቤ/ጽ ፕረዚደንት ፖሊሲ ዘርቅቕ ምስ ካቢነ ሚኒስተራት ርክብ ዘይብለን ተመዓደውቲ ክፍልታት ኣለውኡ። ኮሎም እዚኣቶም ጸብጸቦም ብቐጥታ ናብ ፕረዚደንት 'ዮም ዘቕርቡ።

እዚ ንውልቀ ምልኪ ኢሳያስ ምቑእ ባይታ ፈጢሩ ይርከብ። እቲ ካልኣይ ደረጃ ስልጣን ኣዝዩ ዝተመቓቐለ ስለ ዝኾነ፡ ኢሳያስ እዘን ጉጅለታት ንሕድሕደን ከም ዝተፋነና ብምግባር ስልጣኑ ብዘይ ሓታቲ ይቕጽል ኣሎ።

ክፋት ደብዳቤ ናብ ኵሎም ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ

5 ግንቦት 2001

መእተዊ

I. **ተመኩሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ**

1. ድሕረ ባይታ
2. ፈላሚ መድረኽ
3. ህ.ግ.ሓ.ኤ ክሳብ ሓርነት
4. ህ.ግ.ሓ.ኤ/ህግደፍ ድሕሪ ናጽነት

ሀ/ ቅድሚ ረፈረንደም (1991 -1993)

ለ/ ድሕሪ ረፈረንደም (1994 -2001)

1. **ንህግደፍ ብዝምልከት፡-**

1.1 ዕላማኡን ውጥናቱን

1.2 ድሕሪ ’ዞም ውሳነታት እንታይ ስዒቡ?

2. **ንመንግስቲ ብዝምልከት፡-**

2.1 ዕላማን ውጥንን

2.2 በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ውሳነታት እንታይ ስዒቡ?

2.3 ብመሰረት ’ዞም ውሳነታት እንታይ ተጌሩ?

II. **ኣብ ከመይ ዝበለ ቅልውላው ኣለና?**

ሀ/ እዚ ቅልውላው ከመይ ይመስል?

ለ/ ብኸመይ ክፍታሕ ይኽእል?

II. ስለምንታይ ኣብዚ ግዜ ደብዳቤ ምጽሓፍ ኣድለየ?

መእተዊ፡-

እዛ ደብዳቤ መአረምታ ንኽግበር፡ ሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን ዘተ ንኽካየድ፡ ንስለ ሓድነት፡ ልዕልና ሕጊን ፍትሒን ብኵሉ ሕጋዊን ሰላማዊን መንገዲ ኽረጋግጽ ንምጽዋዕ ኢ.ያ ተጻሒፉ።

ንገለ ግዜያት ዝኣክል ስሩዕ ኣኼባ (ማእከላይ ኮሚተን ሃገራዊ ባይቶን) ከይተገብሩ ጸኒሑም ኣለው። ሽግራት ዝፍትሑሉ ዝበለጸ መንገዲ ብኣኼባን ዴሞክራሲያዊ ዘተን ምኻኑ ብምእማን በዚ ክታም ዘለዎ ደብዳበ ክልተ ሳዕ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ (ኣቦ መንበር ማእከላይ ኮሚተ ህግደፍን ሃገራዊ ባይቶን) ክእክበና ጻውዒትና እኳ እንተቕረብና ኣዎንታዊ ምላሽ ግና ኣይረኽብናን። ከም ሓላፍነታውያን ኣባላት ክልቲኡ ኣካላት መጠን ነዚ ሕቶ ዘቕረብና ሰባት ነዚ ደብዳቤ ናብ ኵሎም ኣባላት ህግደፍ ክፉት ክንገብሮ ወሲንና ’ለና።

መብዛሕትና ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣሕሊፍና ’ለና ። ኣብ ላዕለዋይ ሓላፍነት ኸንና ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት ንሃገርና ኣገልጊልና ኢና። ህዝብና ንሓርነት ዘካየዶ መሪር ቃልሲ መሪሕናን ተሳቲፍናን ኢና። ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፡ ማእከላይ ባይቶ ግንባርን መንግስትን ብምኻን ክሳብ ሕጂ ንሃገርና ከነገልግል ጸኒሕና ’ሎና።

ሃገርና ኣብ ቅልውላው ምህላዋ ስውር ኣይኮነን። እዚ ቅልውላው ብድኻም (ሕመኞ) መንግስቲን ግንባርን ከምኡ ’ውን ወራር ጸላኢን ዝሰዓበ’ዩ።

ዕላማና ንድኽመታት ግንባርን መንግስትን ፍታሕ ብምንዳይ፡ ኣብዚ ኣገዳሲ ሃገራዊ ጉዳያት ተሳትፎ ህዝቢ ብምርግጋጽ ኤርትራ ካብዚ ዘላቶ ቅልውላው ክትወጽእ፡ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ናብ ቅዋማዊ መንግስቲ ክንሰጋገር፡ ሰላም ዝዓሰላ፡ ርግእቲ፡ ፍትሒ ዴሞክራሲን ብልጽግናን ዝሰፈኑላ ሃገር ንምውሓስ’ዩ።

ኣብ ውሽጢ ህግደፍ ዴሞክራሲ ምውሓስን ምድልዳልን፡ ናብ ዴሞክራሲያዊን ቅዋማዊን መንግስቲ ንምስግጋር ኣገዳሲ’ዩ። መልእኽትናን ዕላማናን ከኣ ካልእ ዘይኮነ እዚ ጥራይ’ዩ።

ተመኩሮ ህግሓኤ ቅድሚ ናጽነት (1970 — 1991)

ባሕረ ባይታ

ተ.ሓ.ኤ ካብ 1961 -1969 ኣብ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ግዜ ነዞም ዝስዕቡ ክገብር ድሌትን ተኽእሎን ኣይነበሮን፣

- ንጹር ሃገራዊ ፕሮግራም ምምስራት፣
- ንሓርነት ዝኽውን ስሉጥ ስትራቴጂ ምሕንጻጽ፣
- ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰል፡ ሓድነት ህዝብን ሰራዊትን ምኽባር፣
- ንዝተፈላለዩ ርእይቶታት ተጻዋርነት ምርኣይ።
- ኣብ ምፍጻም ፕሮግራማቱ ኣሳታፊ ምኻን፣
- እዚ ኸኣ ናብ ውሽጣዊ ቅልውላው ተ.ሓ.ኤ'ዩ ኣምሪሑ።

ተሓኤ ዴሞክራሲያዊ ፍታሕ ክረክብ ንዝቖረበ ሓሳብ ስለ ዝነጸገ ህ.ግ.ሓ.ኤ ከም ዴሞክራሲያዊ ኣማረጺ ተፈጢሩ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ብቑንዱ ነዚ ብድሆ'ዚ ንምግጣም፡ ብውህደት ሃገራዊ ዴሞክራሲያዊ ሰውራ ናጻን ዴሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንምፍጣር ኢዩ ተመስሪቱ።

2. ፈላሚ መድረኽ (1970 -1976)

እዚ መድረኽ'ዚ ህግሓኤ ዝመስረቱ ሓይልታት ኣለኣዊ ተመኩሮታት ተ.ሓ.ኤ ዝነጸጉሉ፡ ኣብ ሓድነቶም ንዝነበረ ድኽመታት ዘለለዩሉ፡ ኣብ ውግእ ሕድሕድ ብወጽኢታውነት ንገዛእ ርእሶም ዝከላኸሉሉ ሜላ ዘጥረዩሉን ዳግማይ ንዝኽሰት ግርጭታት ብዴሞክራሲያዊ ዘተን ሰላማዊ መንገዲን ፍታሕ ንምንዳይ ዘድሊ መትከል ዘዕበዩሉን እዋን'ዩ ኔሩ።

እቲ "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ንላዕሊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ክጻውር ኣይክእልን'ዩ" ዝብል ስረተ እምነት ተሳዒሩ'ዩ። ምረት ውግእ ሓድሕድ፡ ሃገራዊን ዴሞክራሲያዊን መትከላትን ኣሰራርሓን ንኽፍጠሩ ሓጊዙ'ዩ። ትሕት ሃገራዊነትን ምጉጅጃልን ክዳኽም፡ ከምኡ 'ውን ዘይዴሞክራሲያዊን ብልሹውን ተግባራት ክጠፍኡ ደሪኹ'ዩ።

እቲ መንገዲ ኩልሳዕ ልሙጽን ኣበር ኣልቦን'ኳ እንተ ዘይነበረ፡ ናብ ምሰረታ ህ.ግ.ሓ.ኤ መሪሑ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ 'ውን ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ (1977) ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ብምንዳፍ ንተግባራቱ ዝመርሑ ሕግታት ነዲፉ ህዝብን መሬትን በብቑሩብ ሓራ ናይ ምውጻእ ስትራቴጂ ክእውጅ ክኢሉ ኢዩ። ብዘይካ 'ዚ ኣገደስቲ ናይ ተሓታትነትን ግለጽነትን ኣገባበት ኣተኣታትዩ።

3. ህ.ግ.ሓ.ኤ ክሳብ ናጽነት (1977 -1991)

ካብ 1977 ክሳብ መላእ ሓርነት (1991) ዝነበረ ግዜ ዋላ'ኳ ህ.ግ.ሓ.ኤ ፍጹም መሪሕነትን ውዳበን ኔርዎ ወይ ውሽጣዊ ዴሞክራሲኡ ንኹሉ የዕግብ ኔሩ ዝባሃል እንተ ዘይኮነ፡ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላቱ ጥራይ ዘይኮነ ትካላቱ 'ውን ብቅዋም ዝምርሓ፡ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዘለወን ብምንባረን ብተዛማዲ ንትጽቢት ህዝቢን ተጋደልትን የዕግብ ኔሩ።

ዋላ'ኳ ብሕጽረት ማኔጀመንት ዝብደሉን፡ ገለ ገለ ጸገማትን እንተነበሩ፡ መብዛሕትኡም ኣባላት ግንባር፡-

- ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ግደን ኣበርክቶን ከም ዝነበሮም ይኣምኑ ኔሮም፣
- ፈታዊን ጸላኢን ዘገርም ሓድነት ዕላማን ተግባርን ኔርዎም።
- ውድባዊ ውሳነታትን መምርሒታትን ካብ ላዕሊ ዝወረዱ ሕግታት ዘይኮኑ ከም ናቶም ውሳነታት ብምርኣይ ብተወፋይነት ይትግብሩ ኔሮም።
- ኣብ ሓድሕዶምን ዝተፈላለዩ ጽፍሒታት መሪሕነቶምን ስጡም ሓድነት ኔርዎም።
- ስሩዕ 'ውን ኣይኾን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ኣኼባታት ይገብር ኔሩ። በዚ ኣኼባታት ከኣ ንጉድለታት የለልይን ኣራሚ ስጉምታት ይወስድን ኔሩ። ብመስርሕ ነቐፌታን ነብስ ነቐፌታን ዓቕሚ ይድልብን ውድዓዊ ገምግም ይገብርን ኔሩ።
- ሚስጥር ጸላኢ ብምምዝማዝን ናይ ገዛእ ርእሱ ሚስጥራት ብምዕቃብን ንቃልሲ የሐይሎ ኔሩ።
- ንሓድሕዱ ጥራይ ዘይኮነ ንህዝቢ'ውን ዓሚቕ ኣኽብሮትን ሓልዮትን ኔርዎ። ሽግራት ህዝቢ ይሰምዕ፡ ንኽፈትሖም ኸኣ ከይተሓላለ ይሰርሕ ኔሩ።
- ልዕሊ ዝኾነ ድማ ዘይክማህ እምነት፡ ዝለዓለ ተወፋይነትን ቀሩብነት ኔርዎ።
  - ዋላ'ኳ ምሉእ ብምሉእ ኣይተዓወት ህግሓኤ ምስ ካልኦት ናይ ሓርነት ምንቅስቓሳት ንምውህሃድን ሓቢሩ ንምስራሕን ጻዕርታት ኣካይዱ'ዩ። ኣብ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤኡ (1987) ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ዴሞክራሲያዊ ግንባር ብምቛም ድሕሪ መላእ ሓርነት (ናጽነት) ኤርትራ ብዙሕነት ሰልፍታት ዘለዎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምምስራት ወሲኑ'ዩ።
  - ገዛእቲ ንምስዓር ህ.ግ.ሓ.ኤ ንሰብኣዊ ፋይናንሳዊን ሃገራዊን ጸጋታቱ ጸንቂቑ ተጠቒሙሉ'ዩ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሱን ጸላኢን ልክዕን ውድዓዊን ገምጋማት ይገብር ኔሩ። ንሓይሉ ኣዕብዩን ጌጋታቱ ኣሪሙን ጥራይ ዘይኮነ ጎድኒ ጐድኒ'ዚ

ንድኻማት ጸላኢ እናመዝመዘ ሓይሉ ከም ዝዳኸም ጌሩ'ዩ። እዚ ብዘይ ጉራን ሞራሕ ምራሕን'ዩ ዝገብሮ ኔሩ። ዓቕሙ እናዓቀበ፡ መዓስ ከም ዘጥቅዕን ዝከላኸልን፡ ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ 'ውን መዓስ ከም ዘዝልቕ ብጥንቃቐ'ዩ ዝውስን ኔሩ።

- ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝነበረ ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ምኽታትን ገለ ገለ ሽግራት ከም ዝነበሩ ዘይክሓድ'ኳ እንተኾነ ህግሓኤ ኣብዞም ዝስዕቡ ዕውት ምንባሩ ምንም ዘየጠራጥር ኢዩ።
    - ድምጺ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዙርያ ዓለም ከም ዘጋውሕ ጌሩ።
    - ንድሌትን ባህጊን ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣንጸባሪቑ።
    - ንተስፋታት ናጻ ኤርትራ ኣበሪኽዎ። ክሳብ ግዜ ናጽነት ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ህግሓኤ ፍጹም ተኣማንነት ኔርዎ።

ኣባላት ህግሓኤ ኣብ መሪሕነቶም እምነት ነርዎም። እቶም መራሕቲ 'ውን ኣብ ዋና ጻሓፊኦም ካብ ልክዕ ዝሓለፈ እምነት ኔርዎም። ኩሉ ንጥፈታት ኣብ ፍጹም እምነትን ቤተሰባዊ ዝመስል ተወፋይነትን ዝተመርኮሰ'ዩ ኔሩ።

4. ህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ምስግጋሩ ድሕሪ ናጽነት

ሀ/ ቅድሚ ረፈረንዱም (1991 -1993)

- ካብ መላእ ሓርነት ክሳብ ብረፈረንዱም ናጻ ሃገር ዝተኣወጀሉ ዓመት ህግሓኤ ንገዛእ ርእሱ ከም ግዜያዊ መንግስቲ ብምውሳድን ዝኾነ ለውጢታት ከይገበረን'ዩ ንኤርትራ መሪሕዋ። ቅድሚ ናጽነት ካብ ዝነበረ መድረኽ ዝፍለየሉ እንተ ኔሩ ኣብዚ ግዜ ቀንዲ ኣተኵሮኡ ኣብ ምቕም ኣካላት መንግስቲ፡ ናይ ህጹጽ ግዜ ፕሮግራማት ከምኡ 'ውን ምድላው ረፈረንደም ምግባሩ ኢዩ።
- ኣብዘን ክልተ ናይ መሰጋገሪ ዓመታት ሽግራት ክቕልቀሉ ምኻኖም ርዱእ'ኳ እንተነበረ ንተጋደልቲ፡ ስንኩላን፡ ሓፍሽ ውድባት ከምኡ 'ውን ህዝቢ ብሓፊሻ ግቡእ ኣተኵሮ ኣይተገበረን። ሽግርን መረረታትን ህዝብን ተጋደልትን "ምጥፋእ ኣንፊት ዝወለዶም" ተባሂሎም ብሽለልታ ኢዮም ተሓሊፎም። እዚኦም ብዕቱብ ክረኣዩ'ዩ ዝግብኦም ኔሩ።

ለ/ ድሕሪ ረፈረንደም (1994 -2001)

1. ንህግደፍ ብዝምልከት

1.1 ዕላማታቱን ውጥናቱን

ኣብቲ ካብ 10-16 ለካቲት 1994 ዝተገብረ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህግሓኤ ስሙ ናብ ህግደፍ ቀዪርዎ። ነቲ ሓድሽ መድረኽ ንምንጽብራቕ ከኣ ንፕሮግራማቱን

ቅዋሙን ነዲፉ፡ ሓድሽ ሃገራዊ ቻርተርን እዞም ዝስዕቡ ኣዕኑድ ዘለውዎ መስጋገሪ ቅዋምን ኣጽዲቑ።

ራእይ፡- ሰላም ዝሰፈና፡ ፍትሓዊት፡ ዴሞክራሲያዊትን ብልጽግትን ኤርትራ ምህናጽ።

ሽቶታት ራእይ፡- ሃገራዊ ስምረት፡ ፖለቲካዊ ዴሞክራሲ፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ብልጽግና፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ሃገራዊን ባህላዊን ትንሳኤ፡ ዞባዊን ኣህጉራዊን ምትሕግጋዝን ምርግጋእን ምርግጋጽ።

መትካላት፡- ብሃገራዊ ሓድነት ክንምራሕ፡ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ክህሉ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ርእሰ ምርኪሳ፡ ኣብ መንጎ መሪሕነትን ህዝብን ስጡም ርክብ ክህሉ።

ሕመረት ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡- ዴሞክራሲያዊ፡ ቅዋማዊን ፖለቲካዊን ስርርዕ ብምፍጣርን ንብዙሕነት ኣረኣእያታትን ፖለቲካን ባይታ ምጥጣሕ።

ኣብ ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ዝተገብሩ ኣኼባታት ዝተዘተየሎም ጕዳያትን ውሳነ ዝተወሰደሎም ኣገደስቲ ኣርእስቲታትን እዞም ዝስዕቡ'ዮም ኔሮም።

ኣብ **ካልኣይ** ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ (28/02/94) ብኮሚተታት ኣቢሉ ክሰርሕን ውሽጣዊ ሕግታትን መምርሒታትን ክዳለ ሓሳቡ ቀሪቡ።

ኣብ **ሳልሳይ** (26/08/94) ከምኡ'ውን **ራብዓይ** (14/08/94) ኣኼባታት እዚ ዝስዕብ ውሳነታት ሓሊፉ ኔሩ።

- ንብረት መንግስትን ግንባርን ምፍልላይ።
- ቢዝነስ ህግደፍ ሕጊ ንግድን ዕድጊን ብጽኑዕ ክኽተሉ፡ ውጹዓት ክፋላት ሕብረተሰብ ንምሕጋዝ ሽቶ ክገብር።
- ማዕከን (ሕድሪ) ብምቑም ንቢዝነስ ህግደፍ ከመሓድር።

ኣብ **ሓሙሻይ** (25/30/96) ከምኡ'ውን **ሻድሻይ** (22/04/97) ኣኼባታት መበል 4ይ ጕባኤ ውድብ ክናዋሕ (ክሳብ መፋርቕ 1998) ተወሲኑ። ነዚ እተሳልጥ ኣዳላዊት ኮሚተ ከኣ ተመስሪታ።

ኣብ **ሻምናይ** (29/01/2000) ከምኡ'ውን **ታሸዓይ** (02/09/2000) ኣኼባታት ነቶም ጕዳያት ብዕቱብ ድሕሪ ምዝታይ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ተመሓላሊፎም።

- ንቅርጺን ኣገባባትን ስራሕ መንግስትን ህግደፍን ዝድህስስ ኣካል ክቑውም፣
- ኣኼባ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ኣብ ስሩዕ ግዜኡም ክግበሩ።

- ንትግባረ ቅዋም ኹሉ ኣድላዪ ዘበለ ምድላዋት ብህጹጽ ምጅማር፡ ብሕጋዊ ኣሰራርሓ ምጉዓዝ።
- ምድልድል መሬት ክሳለጥ።
- ደሞዝ ኣባላት ምክልኻል ምዕቃንን ምምሕያሽን።
- መረረ ህዝቢ ክስማዕን ክፍታሕን።
- ማዕከናት ዜና መንግስቲ ውጽኢታዊን ኣሳታፊን ክኸውን።
- ውድባት ህግደፍ ከምቲ ናይ ቀደም ንሰፊሕ ተሳታፍነት በረን ዘርሕዋ ክኾና፡
- ኣብ ውሽጢ ህግደፍ ዴሞክራሲ ክረጋገጽ።
- ምስ ወያነ እተገብረ ኩናትን ኣካይዳኡን፡ ከምኡ ’ውን መስርሕ ሰላም ዝርዝራዊ ጸብጻብ እትገብር ኮሚተ ክትቀውም ንመጻኢ ’ውን ኣብ ተመሳሳሊ ኣጋጣሚ ንፕረዚደንት ከተማኽር።
- ንፖሊሲታት መስርሕ ምውሳን፡ ሜላ ኣሰራርሓ፡ ምቕርሐ ሰልጣን ፡ ተሓታትነትን ቀጽጽርን ህግደፍን መንግስትን እተጽንዕ ኮሚተ ክትቀውም።
- ንምግሃስ መሰል ኣባል ማእከላይ ባይቶ እትምርምር ኮሚተ ክትቀውም።

ብዘይካ’ዚ ራብዓይ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ (02/03/2001) ክካየድን ቅድመ ምድላዋት ብኣግኡ ክዝትየሎምን ዝብል ኔርዎ።

1.2 ድሕሪ’ዞም ውሳነታት እንታይ ተገሩ?

- ክሳብ ሎሚ ማእከላይ ባይቶ ውሽጣዊ ሕጊ መምርሒ ከምኡ ’ውን ኣሳላጢት ኮሚተ የብሉን።

እቶም ወርሓዊ ክግበሩ ዝተባህሉ ኣኼበታት ፈጻሚት ኮሚተ ከምኡ ’ውን ኣብ ኣረርባዕተ ወርሒ ክግበሩ ዝተባህሉ ኣኼባታት ማእከላይ ባይቶ ዛጊት ኣይተተግበሩን። ካብ 1994 ፈጻሚት ባይቶ 84 ግዜ ክትእከብ ይግበኣ ኔሩ። ኣብ ክንድ’ዚ 11 ግዜ ጥራይ ኢና ተኣኪብና ዘሎና፡ እዚ ማለት 87% ናይቲ ኣኼባ ኣይተገብረን። ምስ ወያነ ኣብ ዝገበርናዮ ናይ 3 ዓመታት ኩናት ማእከላይ ባይቶ ኣብ ክንዲ’ቲ ግቡእ (9 ግዜ) 2 ሳዕ ንሱ’ውን ኣብ 2000 ጥራይ’ያ ተጋቢኣ! ቅድሚ ኣኼባታት ፈጻሚት ኮሚተን ማእከላይ ባይቶን ንዘሎ ጉዳያት ዝውስን ኣቦ መንበር ኢዩ። በዚ ምኽንያት ንሱ (ፕረዚደንት) እቲ ቀንዲ ወሳኒ ጉዳያት ኮይኑ ይርከብ። ኣለታዊ ሳዕቤኑ ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ብግልጺ ተራእዩ’ሎ። ግሉጽነት፡ ተሓታትነት፡ ዴሞክራሲያዊ መስርሕን ኣሳታፊ ኣገባባት ውሳነን ኩሎም ተግዲፎም ይርከቡ።

ቃልስና ዕውት ክኸውን ዝገብሩ ከምኒ ግሉጽነት፡ ተሓታትነትን ሰፊሕ ተሳትፎን በብቕሩብ እናሃሰሱ መጺኦም ’ዮም። ኣብ ጉዳያት ህግደፍን መንግስትን ዘሎ ግጉይ ኣካይዳ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍኡ ክመጹ ጸኒሖም ኣለው። ኣብ ወሳኒ ግዜያትን

'ውነ እንተኾነ ህዝቢ ዕሽሽ ተባሂሉ'ዩ። ህዝቢ ኣብ ግንባር፡ ኣባላት ግንባር ኣብ መሪሕነት ፡ መሪሕነት ግንባር ብወገኑ ኣብ ኣቦ መንበር ዘለዎም እምነት ክነቓነቕን ክጠፍእን ተራእዩ'ዩ።

ብመሰረት ቅዋም (ህግደፍ) ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ንጉዳያት ግንባር ከመሓድር፤ ናጻ ህላወን ቀጻልነትን ግንባር ከረጋግጽ፤ ፖሊሲታት፡ ፕሮግራማትን ውሳነታትን ማእከላይ ባይቶ ከተግብር፤ ብሰክረታሪኡ ኣቢሉ ጸብጻብ ሰርሑ ናብ ፈጻሚት ኮሚተን ማእከላይ ባይቶን ክቕርብ ሓላፍነቱ'ዩ። ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ግና ካብ ዕማሙ ወጻኢ ኣብ ጉዳያት መንግስቲ ጣልቃ ክኣቱ፡ ንትካላት መንግስትን ግንባርን ብሓፈሻ ኸኣ ንትካላዊ ኣሰራርሓ ዘዳኽም ምትእትታው ክገብር ጸኒሑ'ሎ። ማእከላይ ቤ/ጽ ንሓድነት ህዝብን ግንባርን ውሕስነት ሃገርን ዝፈታተን ስራሕ ክሳብ ምፍጻም ዝኸይድ ዕንደራ 'ውን ፈጺሙ'ያ። ብዘይ ኣፍልጦ፡ ስምምዕን ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ግንባር ኣንጻር ገለ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ሓደጋን ተንኮለኛን ዘመተ 'ውን ክገብር ጸኒሑ'ሎ።

ሃናጺ ነቐፌታን ነብስ ነቐፌታን ብናይ ጸለመ ዘመተታት ተተኪኦም ይርከቡ። ኣብ ጭቡጥ ሓቅታትን መዐየሪታትን እተመርኮሱ እዋናዊ ሃናጺን ገምጋማትን ተሪፎም ኣለዉ። ስለዚ ድማ ንጌጋታት ምእራምን ንሓያል ጐድንና ከነደልድልን ኣይከኣልናን። ንናይ ሓባር ረብሓ ዝነበረ ኣተኵሮ ብስቕታን እንታይ ገደሰኒ ስምዒታት ተተኪኡ የርእ ኣሎ።

- **ምምስራት ትካላት ቢዝነስ ህግደፍ ክብሪ ዝወሃቦ ዕላማ ኔርዎ። እንተኾነ ግን**
    - ተሓታትነትን ግሉጽነትን የብለንን፣
    - ሕጋዊ መስርሕ ኣይክተላንየን።
    - ንጹር ፖሊሲ ይኹን ሞያዊ ምሕደራ የብለንን።
    - ንመንግስታዊን ናይ ግንባርን ቢዝነስ ይሓዋውሳ።
    - ንናይ ብሕቲ ቢዝነስ ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድራን ሕማቕ ኣብነት ይኾናን ኣለዋ። ብሸርክነትን ቅኑዕ ውድድርን ንናይ ብሕቲ ቢዝነስ ከተባብዓ'ዩ ዝግብኣን ኔሩ።
    - ማእከላይ ባይቶ ብዝውስኖ ማዕከን ኣይኮናን ዝዓያ፡ ጸብጻበን ክሳብ ለሚ ንማእከላይ ባይቶ ኣየቕረባን።
    - ኦዲት ተጌሩለን ኣይፈልጥን'ዩ፡ ብመሰረት ኦዲት ዝተገብረ ሰነዳት ንመንግስቲ ግብሪ ከፊለን ኣይፈልጣን'የን።
    - ዋላ'ኳ ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ኣይገበራን ክበሃል ዝከኣል እንተ ዘይኮነ ኣብ ህዝቢን ኣባላት ግንባርን ተኣማንነትን እምነትን የብለንን።

4ይ ጉባኤ ህግደፍ ኣብ ፈለማ 1996 ክግበር ተወሲኑ ኔሩ'ዩ። ኮነታት እንተ ዘይፈቐዶም ግና ልዕሊ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ካብዚ ከይናዋሕ 'ውን ለበዋ ቀሪቡ ኔሩ። ክሳብ ሕጂ 4ይ ጉባኤ ዘይምግባሩ ምኽኑይ ኣይኮነን። ነዚ ሓቅ'ዚ ብምግንዛብ ማእከላይ ባይቶ እዚ ጉባኤ ኣብ መጋቢት 2001 ክግበር ኣብ 9ይ ኣኼባኡ ወሲና ኔሩ። እንተኾነ ዛጊት ዝተገብረ ቅድመ ምድላው የለን።

2. ንመንግስቲ ዝምልከት፡-

2.1 መንግስቲ ዝተቐበሎም ሽቶታትን ፕሮግራማትን፡-

ብዘይ ቅዋም ቅዋማዊ መንግስቲ ክትከል ስለ ዘይክኣል ድሕሪ ረፈረንዱም ንኣርባዕተ ዓመታት ዝመርሕ ግዜያዊ መንግስቲ ክቐውም፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመታት ከኣ ቅዋምን ንቅዋማዊ መንግስቲ ዝኾኑ ትካላት ክህነጹን ተወሲኑ። ህግሓኤ ንናጽነትን ለኣላውነትን ዘንቀደ ቃልሲ ከም ዝመርሐ ብግቡእ ዝግንዘብ'ኳ እንተኾነ በይኑ መንግስቲ ክትክል ኣይክእልን'ዩ። በዚ ኸኣ ኣዋጅ ቁጽሪ 37/1993 ደሓር ኣዋጅ 52/1994 ተባሂሉ ዝተኣረመ ክወጽእ ግድን'ዩ ኔሩ። እዚ ኣዋጅ ንቅርጺ ስልጣንን ግዴታን ግዜያዊ መንግስቲ ብንጹር ኣቐሚጥዎ'ዩ።

ብመሰረት'ዚ ኣዋጅ

ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ሚዛን ዝተሓላለዉ ሓጋጊ፡ ፈጻሚን ፈራዲን ኣካላት ይህልውዎ።

ግዝኣተ ሕጊ ከረጋገጽ፡ ሃገራዊ ስምረት ከደልድል፡ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ከተባብዕ፣ ግሉጽነት፡ ተጻዋርነት፡ ተሓታትነትን ከረጋግጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ካብ ብልሽውና ናጻ ኮይኑ ሓባራዊ ሃገራዊ ኣጠማምታ ከማዕብል ሓላፍነቱ'ዩ። ዋሕስ ዴሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ዝኽውን ናጻን ሓያልን ሓጋጊ ኣካል፡ ንቐሕ ሰቪላዊ ማሕበረሰብ፣ ናጻ፡ እሙንና ሓላፍነታዊን ማዕከን ዜናን ካልኦት ዴሞክራሲያዊ ትካላትን ኣብ ምምስራት ይነጥፍ።

- ህግደፍ በይኑ መንግስቲ ክምሰረት ግቡእ ስለ ዘይኮነ፡ ፍርቂ መንበር ሃገራዊ ባይቶ ዞባታት ንዝመረጸም ተወከልቲ ህዝቢ ክግደፍ፡ ዝተረፈ ፍርቂ ከኣ ንማእከላይ ባይቶ ህግደፍ ዝተሓዝአ ክኽውን።

- ሃገራዊ ባይቶ ካብ ኣርባዕተ ዓመታት ንላዕሊ ኣይጸንሕን፡ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ይጋባእ። ንፕረዚደንት ይመርጽ፡ ንካቢነ ሚኒስተራት፡ ሚኒስተራት መንግስቲ፡ ኮሚሽናትን ብፕረዚደንት ዝተመዘዙ ቤ/ጽሕፈታትን የጽድቕ። ባጀት፡ ውጥናት ልምዓት፡ ኣዋጃትን ካልኦት ብካቢነ ዝወጹ ስምምዓትን የጽድቕ። ንንድፊ ቅዋም፡ ፖለቲካዊያን ሰልፍታት ዝመርሑ ሕግታት፡ ሕጊ ፕረሰን ካልኦት ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካል ዝሕግዙ ኣገደስቲ ሕግታትን ይቈጻጸር። ናይ መንግስቲ ኤርትራ ዝለዓለ በዓል መዚ ሓጋጊ ኣካል ንሱ'ዩ።

- ካቢነ ሚኒስተራት ዝለዓለ በዓል መዚ ፈጻሚ ኣካል ኮይኑ ጸብጻቡ ናብ ሃገራዊ ባይቶ የቕርብ። ብናይ ሓባር ሓላፍነት ንመንግስቲ ምምራሕ፤ ንፖሊሲን ግዝፈን ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ምውሳን፤ ንቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ትግባረ ብቐጥታ ምክትታል ሓላፍነቱ'ዩ። ናይ ወጻኢ ሓገዝን ልቓሕን ዝምልከት ጕዳያት ይውስን። ወርሓዊ ስሩዕ ኣኼባታት 'ውን የካይድ።

- ፕረዚደንት መራሒ ሃገርን ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኮይኑ፡ ጸብጻቡ ናብ ሃገራዊ ባይቶ የቕርብ። ንመንግስቲ ኣብ ውሽጣዊን ናይ ወጻኢን ጕዳያቱ ይውክሎ። ንዲፕሎማሰኛታት፡ ልኡኻትን ወኪላትን ይመርጽ። ንትግባረ ፖሊሲታትን ፕሮግራማትን መንግስቲ ይቈጻጸርን የወሃህድን። ፕረዚደንት ኣብ ዘይህልወሉ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ከም ፕረዚደንት ኮይኑ ይዓዪ።

- ፈራዲ ኣካል ካብ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ናጻ ኮይኑ፤ ትሕቲ ጽላል ሕጊ ንመሰል፡ ረብሓን ናጽነትን መንግስታዊያን ውድባትን ውልቀ ሰባትን ይሕሉ።

- መዝነትን ሓላፍነትን ነፍሲ ወከፍ ሚኒስትሪ፡ ኮሚሽን በዓል መዚን ቤት ጽሕፈትታትን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕጋዊ ጋዜጣ ክሕተም ይግብኡ።

- ሃገራዊ ባይቶ ኣብ **ካልኣይ** ኣኼባኡ (07/6/93) ብዛዕባ ኣድላይነት ምስረታ ኮሚተታት ባይቶ ሕግታቱን ኣገባባቱን ዘትዩ'ዩ።

- ኣብ **ሳልሳይ** ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ (2-4 *መጋቢት* 1994) እቲ ንኮሚሽን ቅዋም፡ ኣዋጅ መሬትን ካቢነ ሚኒስተራትን ዝቐረቡ ሓሳባት ተቐባልነት ረኺቦም 'ዮም። ሃገራዊ በጀት 1994 ዋላ'ኳ እንተ ዘይቀረበ ካብ 1995 ጀሚሩ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ቀሪቡ ክጸድቕ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

- ኣብ *መበል* **ሻብዓይ** ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ (1-2 *ሕዳር* 1995) *ዳግመ* ስርርዕ *መንግስቲ* ተጌሩ።

- ኣብ *መበል* ሻሙናይ ኣኼባኡ (22-24 *ጥሪ* 1996) ሕጊ ፕረስ፣

- ኣብ **ታሻዓይ** ኣኼባኡ (2 *ሓምለ* 1996) ንድፊ ቅዋም ተዘትዩሉን *መዛዘሚ* ተጌሩሉን።

- ኣብ *መበል* **ዓሰርተው ክልተ** ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ (1-2 *ለካቲት* 2000) እቶም ኣብ ማእከላይ ባይቶ እተላዕሉ ሕቶታት ኣብዚ 'ውን ተላዒሎምን ተዘትዮሎምን። እቶም ዝተላዕሉ ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ ይመስሉ።

*ስሩዕ ኣኼባታት ይገበሩ ፡

*ኣብ *መንጮ* ህግደፍን *መንግስትን* ምፍልላይ ስልጣን ይገበር፡

**መረረታት* ህዝቢ ክረኣዩ፡

*ሕጊ ምርጫ ክቀላጠፍ፡

*ትግባረ ኣዋጅ መሬት ዓንቂፎም ዘለው ሽግራት ብህጹጽ ክፍትሑ።

- ካብ መስከረም 29 ክሳብ ጥቅምቲ 2/2002 ዝተገበረ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ንገምጋም 10 ዓመታት ዕማም መንግስቲ እተቐርብ ኮሚተ ክትቀውምን ንሳልሳይ ወራር ክተጽንዕ፡ ብዘይካ'ዚ ንውዳበን ዕዮን ሓይልታት ምክል'ኻል ኤርትራን መስርሕ ሰላምን እትግምግም ውተሃደራዊት ኮሚተ ክትምስረት ጸዊዑ። እዛ ኮሚተ ኣብ መጻኢ ንፕረዚደንት ክተማኽር 'ውን ኣተሓሳሲቡ። ቅዋም መሰረት ዝገበረ ሃገራዊ ምርጫ ካብ መወዳእታ 2001 ክይሓልፍ፡ ምስረታ ፖለቲካውያን ሰልፍታት እትነድፍ ኮሚተ ክትቀውም። ኮሚተ ዝነደፈቶ ሕጊ ሰልፍታት ህዝቢ መታን ክዝትየሉ ህዝቢ ክትውድብ ንርእይቶኡን ሓሳባቱን ክትእክብ፡ መዛዘሚ ንድፉ ንኽጸድቀላ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ከተቐርብ ጸዊዑ።

2.2 ብመሰረት'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ውሳነታት እንታይ ተገዱ?

ኣብዚ ናይ መሰጋጋሪ እዋን ብዙሕ ዕማማት'ኳ እንተተሰላሰለ፡ ብዙሕ ዘይሕጋዊን ካብ ቅዋም ወጻኢ ዝኾነ ተግባራት 'ውን ተፈጺሙ'ዩ። እዚ ዝተገብረ ህግደፍ መንግስትን መሰጋገሪ ቅዋም እናሃለዎም'ዩ! እዚ ኣለታዊ ተመኩሮ እንተ ዝውገድ ዓወታትና ብኻዕበት ክንሓፍስን ነዚ ገጢሙና ዘሎ ሽግራት ምሉእ ብምሉእ ከነወግዶን ምኽኣልና።

ቅድም ናጽነት ዝተጐናጸፍናዮ ዓወት ሓባራዊ ሓላፍነትን ልዑል ተሳትፎን ዝደረኾ ሓያል ተወፋይነት ክንፈጥር ብምኽኣልና'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ብዙሕ ዘይምዕጋብ ተኸሲቱ'ዩ። ዋላ'ኳ ሽዑ "ምጥፋእ ኣንፈት ዘምጽኦ'ዩ" ተባሂሉ ዕሽሽ እንተ ተባህለ፡ እቲ ሓቂ ግና እዚ ኣብ ልዕሊ እተጠቕሰ ክብርታት ብምጥፋኡ ዝመጸ ምኽኑ ርዱእ'ዩ። "ፕረዚደንት ዝሕግዞ ስኢኑ" ዝበሃል ዘረባ ሓባራዊ ስራሕን ውልቃዊ ሓላፍነትን ንምብራዝ ዝዝውተር ፕሮፖጋንዳ ኢዩ። እቲ ቀደም ንኽተልሞ ዝነበርና ዴሞክራሲያዊ፡ ኣሳታፊን ትካላዊን ሜላ ኣሰራርሓ እናተገደፈ መጺኡ።

ተኣማንነት፡ ምትሕግጋዝን እምነትን ተባሕጉሎም 'ዮም። ንሓድሕድካ ተሓታቲ ምኽንን ጌጋታትካ ምእራምን ጠፊኡ። ሓያል ጐድኒታት ህግሓኤ መሊሱ ክሕይልስ ይትረፍ፡ ነቲ ዝነበረና'ኳ ክንዕቅብ ኣይከኣልናን። ህዝቢ ኣብ ህግደፍን መንግስትን ዝነበሮ ተኣማማንነት ናብ ምጥርጣርን ፍርሕን ተቐይሩ። እዚ ንኽኸውን ዝገበሩ ገለ ዓበይቲ ምኽንያታት ኣለዉ።

- መሰጋገሪ መንግስቲ ንኣርባዕተ ዓመታት ጥራይ ክህሉ ተባሂሉ ክሳብ ለሚ (2001) ንሸሞንተ ዓመታት ቀጺሉ'ሎ።
- ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካል ምንም ምድላዋት ኣይተገብሩን። ኮነ ኢልካ ከም ዝደናገዩ 'ውን ይግበሩ'ለው። እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል ።
    - ፖለቲካዊን ሰልፍታት ዝመርሕ ሕጊ ኣይተኣወጀን፡

- ሕጊ ምርጫ ኣይተኣወጀን፡
- ኮሚሽን ምርጫ ኣይተመሰረተን፡
- ህለዋት ሕጊ ምስ ቅዋም ዘለዎም ስኒት ንምምርማር ከም ዝጽንዑ ኣይተገብረን፣
- ዞባዊን ኣህጉራዊን ስምምዓት ጌና ኣይጸደቑን፡
- ኮሚተ ሓጋጊ ኣካል ኣይተመሰረተን፣
- ግብራዊ ሌላ ሕጊን መምርሒታትን ሓጋጊ ኣካል ኣይተሰርሓሉን።
- ገምጋም ፈራዲ ኣካል ኣይተገብረን።
- ምስረታ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣይተተግበረን።
- ትሕት ቅርጺ ሃገራዊ ባይቶ ጌና ኣይተዋደደን።

- ኣብ መንጎ ሓጋጊ፡ ፈጻሚን ፈራዲን ኣካል ቑጽጽርን ሚዛናዊን ኣካይዳ ዛጊት የለ'ን።

- ሃገራዊ ባይቶ ኮሚተ ይኹን ውሽጣዊ ሕጊን መምርሒን የብሉን። ከምቲ ፕሮግራም ኣብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣይጋባእን'ዩ። ብዘይካ'ቲ ካብ 2-4 መጋቢት 94 ዝጸደቐ ካቢነ ሚኒስተራት፡ ድሕሪኡ ንዝተገብሩ ምቅይያር ሚኒስተራት ተማኺሩ ይኹን ኣጽዲቑ ኣይፈልጥን'ዩ። ንኽምርምሮ ዝቐረበሉ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ስምምዓት የለ'ን። ካብ ዘለውዎ ሓላፍነታት ሓደ ምቑጽጻርን ምጽዳቕን ሃገራዊ ባጀት ይኹን 'ምበር እዚ ቀሪቡሉ ኣይፈልጥን'ዩ።

- ግደ ሓቂ ዝኾነ ናይ ባጀት ሕጊ 'ውን የብሉን። መንግስቲ ብዘይ ገደብ ባጀት'ዩ ክኸይድ ጸኒሑ፡ ከምኡ ኽኣ ይቕጽል ኣሎ።

- ካቢነ ሚኒስተራት ወርሓዊ ኣይራኸብን'ዩ። ካብተን ዝተወጠና 84 ኣኼባታት ዕሰራ ዝኾነ ጥራይ ኢና ተኣኪብና። ካቢነ ንትግባረ ፖሊሲታት፡ ውሳነታት፡ ሕጊታት፡ መንግስቲን ወኪላቱን ዝግምግመሉን ዝቈጻጸረሉን ስርዓት የብሉን። ካቢነ ንናይ ወጻኢ ሓገዝን ልቓሕን ብዝምልከት ዝወሰኖ ነገር የብሉን። ብዛዕባ ግዝፊ ሓይልታት ጸጥታ ይኹን ምክልኻል ዝዘተዮ ነገር የለ'ን። ካቢነ ኣብ ሃገራዊ ጸጥታ ዝኾነ ውሁድ ውጥን ይኹን ቑጽጽር የብሉን።

- ፕረዚደንት ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶን ካቢነ ሚኒስተራትን ኣይጸውዐን ኣሎ። ኣብ'ተን ተኣፈፍቲ ሚኒስትሪታት (ብፍላይ ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢን ምክልኻልን) ብተደጋጋሚ ኢዱ ኣእትዩ'ዩ። ከምኡ 'ውን ኣብ ካልኦት ኣካላት መንግስቲ ጣልቃ ብምእታው ኣብ'ዛ ሃገር ርጉእ ትካላት መንግስቲ ንኽይቀውም ዓብዩ ዕንቅፋት ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ኵሉ ሚኒስትሪታት ኵሉ መዳያዊ ዳግመ ስርርዕ እናተገብረ፡ ንሱ ግና ኣብ ገዛእ ቤ/ጽሕፈቱ ንዘተኮረ ውጥን ዳግመ ውድባ ኣይተግበሮን። ብዘይ ግሉጽ ምኽንያትን ብዘይ ኣፍልጦ ሃገራዊ ባይቶን

ብዘይ ኣገባብን ፕረዚደንት ኣብ ባህ ዝበለ ሚኒስተራት ክቕይርን ከደስክልን ጸኒሑ'ለ።

- ድሕሪ ናጽነት ክሳብ ሕጂ 4 ሚኒስተራት ምክል'ኻል፡ 5 ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ፡ 6 ሚኒስተራት ፋይናንስ ተቐዪሮም ኣለው። ከም ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓይልታት ምክል'ኻል ኤርትራ ንሚኒስትሪ ምክል'ኻል ዝመርሐ ንሱ'ዩ። ትሕቲ ሚኒስተር መዝነት ዘለዎም እዙዛት ኣብቲ ሚኒስትሪ ኣለውዎ። በዞም ሰባት ጌሩ ደቀ'ቕቲ ጉዳያት ምክል'ኻል ከይተረፈ ባዕሉ ብምምሕዳር፡ ነቲ ሚኒስተር ንስሙ ጥራይ ከም ዝ'ቕመጥ ጌሩዎ ይርከብ። ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ኣብ ሚኒስትሪታት መንግስቲ ኢዱ ንኽኣቱ ብምትብባዕ፡ ትካላዊ ርጉእነት ዘሪጉ፡ ኣብ መንጎ 'ዞም ሚኒስትሪታት መንግስቲን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን ከኣ ዘየድሊ ውጥረት ከም ዝኽሰት ጌሩ። በዚ ኣገባብ ኣሰራርሓኡን ብድዐኡን ኣብ ህዝቢን ኣባላት ግንባር ዝነበሮ ተኣማንነት ኣጥፊኡ'ዩ።

- ዘይሕጋዊን ዘይቅዋሚዊን ስጕምቲታት ብምውሳድ ንመሰል ኮሚተ ንድፊ ሰልፍታት ብምግሃስን ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ዘየድሊ ምጕታት ክህሉ ጌሩ ይርከብ። ንኻልኦት ውሳነታት ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶ 'ውን ሸለል ኢሉ ከም ድላዩ ይዕንድር ኣሎ።

- ብምኽንያት ድኻም ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ፕረዚደንት ብዘይ ቀይዲ ከም ቃሕ ዝበለ፡ ኣረ 'ውን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ክኽይድ ጸኒሑ'ዩ። ነዚ ቀይዲ ዘይብሉ ስልጣኑ ከም ቅቡል ብምውሳዱ፡ እዞም ኣካላት ብግቡእ ክዓዩን ኣብቲ ስርዓት ዘሎ ጌጋታት ንምእራም ዝውሰድ ፈተነታት ክቕበል ፍቓደኛ ኣይኮነን። ፕረዚደንት ከም ባህ ዝበለ ምኻድን ምዕንዳርን ስለ ዝለመደ፡ ዝኾነ ዴሞክራሲያዊ ዝርርብን ስሩዕ ኣኼባታትን ነጺጉ ይርከብ።

- ፈራዲ ኣካል እኹል ሰብኣዊን ትካላዊን ዓቕሚ ዝሓደለ'ኳ እነተኾነ፡ ኣብ ክንዲ ዓቕሙ ንምድልዳል ባጀት ዝስላዓሉ ፕረዚደንት ፍሉያትን ናብኡ ጸብጻብ ዝገብራን ኣብያተ ፍርዲ ኣቑሙ'ለ። ሰባት ብዘይ ኣፍልጦን ስምምዕን ፈራዲ ኣካል ንዓመታት ይእሰሩ 'ለው። ናጽነት ፈራዲ ኣካልን ግዝኣት ሕጊ ከኣ ተጣሒሶም ይርከቡ።

- ንሃገራዊ ጸጥታ ዘገልግል ትካል ወይ ውጥን ስለ ዘየለ "ህዝቢ ግዳይ ዘየድሊ ስግኣት ጸጥታ ወሪርዎ ይርከብ"። ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተገበረ ኩናት ዋላኳ ጸላኢ እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ክረክብ እንተ ዘይከኣለ፡ ንመሬትና ተቈጻጺሩን ኣብ ህዝብና ከኣ እዚ'ዩ ዘይበሃል በደላት እናወረደ ይርከብ። ኣብ ሕብረተሰብናን ቁጠባናን'ውን ዓብዪ ዕንወት ኣውሪዱ'ዩ። እዚ ኣብ ኣካይዳና መሰረታዊ ድኽመት ከም ዘሎን መኣረምታ ከም ዝጠልብን ዘመልክት' ዩ።

II. ኣብ ከመይ ዝበለ ቅልውላው ኢና ዘሎና?

ሀ. ዘሎናዮ ቅልውላው ፡

እቲ ጸገም ፕረዚደንት ብዘይሕጋዊን ዘይቅዋማዊን ኣገባብ ይኸይድ ብምህላው፡ ምክሪን ዘተን ብምንጻጉ፡ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ናይ ቀጽጽር ስርሖም ብግቡእ ከተግብሩ ዘይምኽኣሎምን ኢዩ። ኣባል ግንባርን ህዝብን ኣብ መሪሕነት ዝነበሮ እምነት ብሓፈሻ ጎዲሉ' ዩ። እዚ ብውህለል ተነጽሎ ዝመጸ ኮይኑ ወራር ወያነን ንሱ ዘምጽኦ ዕንወትን ኣጉሊሕዎ ይርከብ። ህዝቢ ተሓታትነት ዘለዎ ግለጽ ትካላዊን ሕጋዊን ምምሕዳር ይደሊ ኣሎ። ሕሉፍ ተመኩሮ ብወድዓዊ ኣገባብ ክግምገሙ፡ ኣራሚ ስጉምቲታት ክውሰዱ፡ በቶም ዝተቐሰሙ ምህሮታት ኣቢሉ ዘይሕጋዊ ተግባራት ክውገዱ፡ ቅኑዓትን ትካላዊን ተግባራት ክምዕብሉ፡ ተኣማንነት ዝነግሰሉ ሃዋህው ክምለስን ህዝቢ ይጠልብ ኣሎ።

ሓደ ወገን ከምዚ ይብል ኣሎ ፡

- ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ዜጋታት ክውሓሱ ኣለዎም
- ከምቲ ኣብ ምውሓስ ለኣላዊነት ሃገር ዝተራኣየ፡ ሕጂ' ውን ኣብ ምምጻስን ምግምጋምን ሕሉፍ ተመኩሮታት ሓፋሽ ህዝቢን ኣባላት ህግደፍን ተሳትፎ ይግበሩ።
- መንግስትን ግንባርን ቅዋማዊ መንግስቲ ንምምስራትን ንምውሓስን ዝኣተዉዎ ቃል ንምትግባር ጭቡጥ ስጉምቲታት ይውስዱ።
- ብናጻን ፍትሓዊን ምርጫ ቅዋማዊ መንግስቲ ይመስረት።
- ኣብ ውሽጢ ግንባርን መንግስትን ዘሎ ፍልልይ ብዴሞክራሲያዊን ሕጋዊን ኣገባብ ይፈታሕ።

እቲ ካልእ ወገን ከኣ ከምዚ ይብል ኣሎ፡

- እዞም ኣብ ላዕሊ ዘቕረብናዮም ዕላማታት ግዚኦም ስለ ዘይኮነን "ትሕተ ሃገራውነት" ስምዒታት ጌና ስለ ዘለውን ክትግበሩ ኣይክእሉን'ዮም።
- ናጻ ዘተን ግምገማን ኣብ መንነ ህዝብን መንግስትን ነቓዕ ክፈጥርን መፍቶ ጸላኢ ክገብረናን ስለ ዝኽእል ክግበር የብሉን።
- ዝኾነ ነቐፌታ ጸረ - ግንባር፡ ጸረ ሓድነትን ጌርካ ክጥመት ይግብኡ። ከምዚ ምግባር ኣጀንዳ ጸላኢ ከም ምግልጋል ኢዩ ዝቑጸር።
- እዞም ሕጋውያን ጎደናታት ዘተን ኣኼባታትን ክዕጸዉ ይግብኦም። እቶም ዝሓለፉ ውሳነታት 'ውን ይወንዘፉ።
- ጕባኤ ግንባርን ሃገራዊ ምርጫን ብምድንጓይ እዚ ዘሎ ስርዓት ከም ዝቕጽል ይገበር።
- ዝኾነ ርእይቶን ነቐፌታን ስጕምቲ ከም ዝውሰደሉ ብምፍርራህ ከም ዝሰናኽል ይገበር።

ድሕሪ ናጽነት ህዝቢ ተስፋ ሰላማዊን ርሁውን መነባብሮን ኔርዎ። እንተኾነ እዚ ሃንደበታዊ ኩናት መጺኡ፡ ህዝቢ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝኽፈሎ መስዋእቲ ከይኣኽለሎ ሕጂ'ውን ሉኣላዊነቱ ከውሕስ ተወሳኺ መስዋእቲታት ክሕተት ግድን ኮይኑ። ግዳይ ከቢድ ሕሰምን ምምዝባልን ኮይኑ ከኣ ይርከብ። ካብ ጸላኢ ክመጽእ ዝኽእል ካልእ ሓደጋ ክሳብ ዝሃለወ፡ ድኽመታትን ሕማቕ ምሕደራን መንግስቲ ዓውኢሉ ክዛረብ ዝደለየ ኣይነበረን። መንግስቲ ጌጋታቱ ኣብ ክንዲ ዝእርም፡ ክሸፋፍኖም ፈቲኑ ኢዩ። ናይ ራዕዲን ምፍርራህን ሃዋህው ብምፍጣር ንኹሉ ነቐፌታታት ክዓብሶ'ውን ተጓዪዩ'ዩ። ሕጂ ግና ህዝቢ ስክፍታታቱ ብምግላጽ ብግህዶ ክዛረብ ጀሚሩ ኣሎ።

ለ. እዚ ቅልውላው ብኽመይ ክፍታሕ ይኽእል?

- እዚ ቅልውላው ዝፍታሕ ፕረዚደንት ብሕጊን ቅዋምን ክምራሕ ድሉው ምስ ዝኾነ፡ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት ከኣ ሕጋዊ ስርሖም ብግቡእ ምስ ዝፍጽሙ'ዩ።
- ኣብ ሓፋሽ ህዝብን ኣባላት ግንባርን ምትእምማን ምስ ዝምለስ፡ ኣብ ኣገደስቲ ሃገራዊ ጕዳያት ዝዝቲ ክፋት ኣኼባታት ምስ ዝህሉ፡ ህዝቢ ሓሳባቱ ከፍስስ መሰል ተሳታፍነት ምስ ዝህልዎ፡ ሓግትን ፈጸምትን ኣካላት ህግደፍን መንግስትን ስሩዕን ናይ ህጹጽ ግዜ ኣኼባታቶም ምስ ዝገብሩ።
- ሕሉፍ ተመኩሮታት 7 ዓመታት ህግደፍን መንግስትን ኣብ ክፋት ዘተታት ምስ ዝግምገሙን ዝዝተየሎምን፡ ኣብዚ ሰፊሕ ተሳትፎ ሓፋሽ ህዝቢ ምስ ዝግበርን ካብኡ ዝተጠርዩ ምህሮታት ንቐጻሊ ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዕሉን።

- ሕጊ ሰልፊ ምስ ዝእወጅን ሰልፍታት ብሰላማዊን ናጻን ኣገባብ ንሓድሕደን ክወዳደራ ምስ ዝግበር፡
- ምርጫ ራብዓይ ጉባኤ ውድብ ብናጻን ቅኑዕን ኣገባብ ምስ ዝግበር፡ ህግደፍ ከም ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ንመጻኢ ብሕጊ ንኽቕየድ ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ምስ ዝውሰን፡
- ንናጻን ቅኑዕን ሃገራዊ ምርጫ ዘውሕሱ ስጕምቲታት ምስ ዝውሰዱ፡ ነዚ ዝኾኑ ቅድመ ምድላዋት (ምእዋጅ ሕጊ ምርጫ፣ ሕጊ ውድብን ምምስራት ኮሚሽን ምርጫን) ምስ ዝግበሩ፤
- መሰል ደቂ ኣዳም ንክኸበርን ናጽነት ሓሳብን ፖለቲካዊ ምይይጥን ንክህሉ ኣድልዎ ዘይብሉ ማዕከን ዜና ምስ ዝፍጠር። ናጽነት ሲቪላዊ ውድባት ምስ ዝፍቀድን ዝተባባዕን። ፍሉያት ቤት ፍርዲ ምስ ዝፈርሳን እቶም ንነዊሕ ዓመታት ተኣሲሮም ዘለው ኣብ ቅድሚ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ምስ ዝቐርቡ፡ ናጽነት ናይ ፈራዲ ኣካል ምስ ዝረጋገጸ።

III. ስለምንታይ እዛ ደብዳበ ምጽሓፍ ኣድለየ?

ንምንታይ ከ ሕጂ ክትጸሓፍ ተጌራ ?

ምኽንያቱ ነዚ ቅልውላው ብኹሉ ሕጋዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ዝተገብሩ ጻዕርታት ተዓጊቶም ኣይተዓወቱን። ፕረዚደንት ናይ ሓገግቲ ኣካላት ኣኼባ ምግባር ኣብዩ ከብቅዕ፡ ንዓና ምጽላምን ዘይሕጋዊ ተግባራት ምግባርን ቀጺሉ ኣሎ። ኣባላት ግንባር ብዛዕባ'ዚ ህሉው ኩነታት ክፈልጡን ርእይቶኦምን ነቐፌታኦምን ክገልጹ ሕጋዊ መሰል ኣለዎም።

ጠባይ ህግደፍን መንግስትን እናኸፍኡን እናተጸልኡን ካብ ዝመጽእ ኣይወሓዱን። ብፍላይ ወራር ወያነን ሳዕቤናቱን ብዝምልከት ኣብ ወሳነታት ተሳትፎ ክገብር፡ ድኻማትና ኣወጊድና ዓቕሚ ምክልኻልና ከነደልድል ዝብል ኣብ ሻሙናይ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ (28-29 ጥሪ 2000) ሓሳባት ቀሪቡ ኔሩ። ኣብዚ ኣኼባ ሓገግቲ ኣካላት ስሩዕ ኣኼባኦም ሰለምንታይ ኢዮም ዘይገብሩ ዝብል ሕቶ፡ ከምኡ' ውን እዞም ኣኼባታት ንመጻኢ ኣብ ግቡእ ግዚኦም ክግበሩ ኣለዎም ዝብል ተሪር ስምዕታ ንፕረዚደንት ቀሪብሉ ኔሩ። ንሱ ግን "ግዚኡ ኣይኣኽለን" "እዚ ግዜ ምቹእ ኣይኮነን" ዝብል ዘይቅቡል ምኽንያት ኣቕሪቡ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ "ንመጻኢ' ውን እንተ ዘይመቺኡኒ ኣኼባ ኣይጽውእን እየ!" ዝብል ናይ ብድዐ መልሲ ኢዩ ሂቡ።

ወያነ ንወራሩ ይቀራረብ ስለ ዝነበረ እዚ ሕቶ ኣብ መበል 12 ኣኼባ ሃገራዊ ሽማግለ ኣይተላዕለን። ምእንቲ ሞጎነ ትሕለፍ ኣንጭዋ ኢልና ሰጊርናዮ። ንሱ ግን ግጕይን ንዕላማ ጸላኢ ዘገልግሉ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጕምቲታት ምውሳድ ቀጺሉዎ።

ኣብ ታሽዓይ ኣኼባ (ካብ 31 ነሓሰ ---2 መስከረም 2000 ዝተገብረ) ከምኡ' ውን ካብ መስከረም 29--- 2 ጥቅምቲ 2000 ኣብ ዝተገብረ መበል 13 ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ እዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ሕቶታት ተላዒሎም ኔሮም። ቅንዕና ዘለዎም ግምጋማት ክግበሩ፡ 4ይ ጉባኤ ግንባርን ሃገራዊ ምርጫን ዝግበረሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ክቕመጥ፡ ነዚ ዘሳልጡ ስጕምቲታት ክውሰዱ፡ ምርመራ ዝጠልቡ ኣገደስቲ ናይ ምድላዋት ብግቡእ ክጽንዑ ዝብሉ ይርከብዎም። ወተሃደራዊን ዲፕሎማሲያዊን ጻዕርታት ክድልድሉ ስለ ዘለዎም፡ እታ ሽማግለ በዚ መዳይ ንዘሎና ተመኩሮ ክትግምግምን ንመጻኢ ንፕረዚደንት እተማኽርን ወተሃደራዊት ኮሚቴ ክትቀውም' ውን ተወሲኑ። እንተኾነ ንትግባረ እዞም ውሳነታት ዝዕንቅፍ ነርቢ ተቐሚጥሎም ንርእዮ ኣሎና።

ኣብ ጥሪ 2001 ፕረዚደንት ብመንግዲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኣቢሉ ዘደንጹ ናይ ጸለም ዘመተታቱ ጀሚሩ። ንላዕለዎት ሰበስልጣን ብጸቢብ ኣውራጃውነትን ክሕደትን ክውንጅል ከኣ ተሰሚዑ። ኣብ ውሽጢ እዛ ሃገር ሓሙሻይ መስርዐኛታት ኣለው ዝብል ሰሚናራት ብምክያድ ንንጹህ ነቐፌታና ንወያነ ምሕጋዝ ጌሩ ክቕርቦ ፈቲኑ ። እዚ ዝተገብረ ብናጻ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ምንቃፍን መሰልና ንምዕፋንን ግቡእ ገምገማ ንኽይካየድ ንምዕንቃፍን ኢዩ። እዚ ኣብ ሓፋሽ ህዝቢን ኣባላት ግንባርን ዓብዪ ስክፍታ ፈጢሩ ይርከብ።

ብፕረዚደንትን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን ዝተገብረ ኣሉታዊ ኣተሓሕዛ እዚ ጉዳይ ዘሕዝንን ዘቒጥዕን'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኩናት (ምስ ወያነ) ብሰላማዊ መንገዲ ክፍታሕ ምኽኑ ምንም ውሕስነት ስለ ዘይነበረና ኣብ ቀጥታዊ ቁይቂ ክንኣቱ ኣይመረጽናን። ነቲ ኮነታት (ሽግር) ብሕጋዊ መንገዲ ብዘተ ክንፈትሖ ኸኣ ፈቲንና። ምስ ካልኦት ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ እናተማኽርና ኣኼባታት ስሩዕ ግዚኣም ሓሊፍዎም ስለ ዘሎ ክንጋባእ ሕቶና ከነቕርብ ተዘራሪብና።

ንተበግሶ ምስ ሰመራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ብ 7 ነሓሰ /2001 ደብዳበ ብምዝርጋሕ፡ ኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ነዚ ስምዕታ (ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክግበር ዝጽውዕ ደብዳበ) ክታሞም ከየንብሩሉ ምፍርራህ ክገብሩ ጀመሩ። እዚ ግቡእ ዘይምኽኑ ብምግንዛብ ኣብ ዝቕጽል መዓልቲ ብዛዕባቲ ኮነታት ዝርዝር መብርሂ ብምድላው ንኹሎም ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብደብዳበ ኣፍሊጥናዮም። ኣብ 12-03-2001 ፕረዚደንት ንሕቶና ነጺግዎ።

20 ለካቲት 2001 ናይ ዝጸሓፍናዮ ደብዳበ ቅዳሕ ኣብ 13 መጋቢት 2001 ኢዩ በጺሕዎ። ኣሉታዊ መልሲ ምስ ሰማዕና፡ እዚ መጸዋዕታ ዝገበርናሉ ምኽንያት እትገልጽ ካልኣይቲ ደብዳበናን ካብኡ (ካብ ፕረዚደንት) ዝተቐበልናያ ኣሉታዊ ምላሽን ምስዛ ደብዳበ ተተሓሒዘን ቀሪበን ኣለዋ። ሕጋዊ ሕቶና ዘይሕጋዊ መልሲ ኢዩ ረኺቡ። ንሽግራት ብኣኼባታትን ዴሞክራሲያዊ ዘተን ክንፈትሕ ዝገበርናዮ ጻዕሪ ናብ ጸማም እዝኒ ዓሊቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕቶና ዘይኮኖ መሲሉ ንኽርኣ ዘይሕጋዊን ዘይዴሞክራሲያዊን ፈተነታት ተጌሩ ኢዩ።

ንግጕይ መስመር ህግደፍን መንግስትን ንምእራም፡ ናብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዘሰጋግር ዴሞክራሲያዊ ኣጣብብ ክተኣታቶ፡ ነዞም ሕቶታት ንምዕዋት ብደረጃ መሪሕነት ዴሞክራሲያዊን ሕጋዊን መንገዲ ክትኸተል ዘቕረብናዮ ሓሳባት ዝኾነ

ፍረ ኣየምጽእን። ካልእ ዝተረፈና ኣማራጺ ስለ ዘይነበረ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ከኣ ስለ ዝነጸግናን ነዛ ክፍትቲ ደብዳበ ክንዝርግሓ (ከነዳልዋ) ተገዲድና። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ብዛዕባ'ዚ ቅልውላውን ንኽንፈትሖ ብዛዕባ ዘቕረብናዮ ሓሳባትን ክፈልጥ መሰለ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ብዛዕባ'ዞም ዴሞክራሲያውን ፍታሓት ክፈልጥ መሰልን ግዴታን ከም ዘለዎ ኢና ንኣምን። በዛ ክፍትቲ ደብዳቤ ጌርና ኽኣ ብዛዕባዚ ቅልውላው ከነፍልጠካ ግቡእና ንፍጽም ኣሎና።

ከም መራሕቲ መጠን ብዛዕባ ዓወታትና ምሉእ ሓላፍነት ንወስድ ኢና። ከምኡ'ውን ፍሽለታትና ንምእራምን ማዕረ ማዕራኡ ሓላፍነት ኽንወስድን ግዴታ ኣሎና። ብግቡእ ክንመርሕ ብዘይምኽልና ንህዝብና ጎዲእዎ ይርከብ። ምስ ሓፋሽ ህዝቢን ካልኦት ኣባላት ህግደፍን ብሓባር ኳንና ተሓታትነትን ሓላፍነትን ዝስምየ መንግስቲ ንምህናጽ ዘድሊ ምትዕርራይ ንምግባርን ህዝብና ንኽንክሕስን ቆሪጽናን ተበጊስና ኣሎና።

ካብ ፕረዚደንት ጀሚርካ ንዝኾነ ኣባል ማእከላይ ወይ ሃገራዊ ባይቶ ክሲ ዘልዕል ሰብ እንተሎ ኣብ ክንዲ ብምፍርራህን ጸለመን ኣብ ኣኼባ ኣብ ክፋት ጉባኤ ይገለጽ። እንድሕር ሕጋዊ ስጕምቲ ዝጠልብ ኮይኑ 'ውን እቲ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ብግቡእ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ክከታተሎ ይግባእ። ነፍሲወከፍ ኣባል ማዕከላይ ሽማግለ ህግደፍ ከምኡ 'ውን ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ፋይናንሳዊ ኣተሓሕዝኡ ግሉጽ ክኸውንን ስነ ምግባር ክህልዎን ይግባእ። ካብ ሓፋሽ ህዝቢ ዝተዋጽኡ ኣባላት ዘለውዎ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ዝቈጻጸር ናጻ ኣካል ክቕውም ድማ ጻውዒትና ነቕርብ ኣሎና።

ብህጹጽ ኣራሚ ስጕምቲ ኣብ ክንዲ ንወሰድ ከምዚ ዘለናዮ እንተ ቕጺልና ካብዚ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ተመኩሮና ተበጊስካ እንታይ ዝበለ ዕንወት ከም ዝጽበየና ንምግማት ኣየጸግምን። ንሽግራትና ንምፍታሕ ብውህደት ክንሰርሕ፡ ውሽጣዊ ጸጥታና ከይዳኸምን መጻወቲ ጸላኢ ከይንኸውንን ነቒሕና ክንከላኸል' ዩ ዘሎና። እዚ ከቢድ ሃገራዊ ጉዳይ ኢዩ። ተባዓት ሃገራውያንን ክኢላታትን ኤርትራውያን ኩሉ ዘለዎም ዓቕሚ ኣብ ድሕነት' ዛ ሃገር ንምውዓል ኣበርክቶ ክገብሩን ግዲኣም ክጻወቱን ይግባእ።

ካብ ወራር ወያነ ግብራዊ ትምህርቲ ንውሰድ። ነዛ ብከቢድ መስዋእቲ ዝረኸብናያ ናጽነት ኣብ ሓደጋ ኣይነእቱ። ንፍርያም መሬትና ኣይነቓድሮ። ግዜ ይሓልፍ ኣሎ፡ ጸላእትና ኸኣ ኢዶም ኣጣሚሮም ኣይኮኑን ዝጽበዩና ዘለው። ግዘኣት ሕጊ ንኽረጋገጽ ቃልስና ክንቅጽሎ ኢና። ንቅዱስ ራእይን መትከላትን ግንባርን ሃገራዊ ቕዋምን ንምትግባር ቃልስና ክንቅጽሎ ኢና። ንዘሎ ኵሉ ሕጋዊን ዴሞክራሲያዊን ኣገባብ እናተጠቐምና ቃልስና ክንቅጽሎ ኢና። ነዞም ቅዱሳት ራእያት ህያው ንምግባር 'ምበር ካልእ ኣጀንዳ የብልናን። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣባላት ህግደፍ፡ ብሓፋሽ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ሓሳባቶም ብሕጋዊን ዴሞክራሲያዊን መንገዲ ክገልጹ፡ ነቲ ቅኑዕ ዝብልዎ መትከልን ኽቶን ክኣ ደገፎም ክህቡ ንጽውዕ።

ከተምቲ

1. ማሕሙድ ኣሕመድ ሸሪፍ

- **ኣባል ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ**
- **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ**

2. **ሃይለ ወልደትንሳኤ-“ድሩፅ”**
    - **ኣባል ማእከላይ ባይቶ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ**
    - **ኣባል ካቢነ ሚኒስትራት**
3. **መስፍን ሓጎስ**
    - **ኣባል ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚት ኮሚተን ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**
4. **ዑቕበ ኣብርሃ (ጀነራል)**
    - **ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**
5. **ሓምድ ሒምድ**
    - **ኣባል ማእከላይ ሸግለ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**
6. **ሳልሕ ከኪያ**
    - **ኣባል ማእከላዊ ሸማግለ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**
7. **እስቲፋኖስ ስዩም (ብር/ ጀነራል)**
    - **ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**
8. **ኣስቴር ፍስሃጼን**
    - **ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ህግደፍ**
    - **ኣባል ሃገራዊ ሸማግለ ህግደፍ**

9. መሓመድ ብርሃን ብላታ

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ

10.ጴጥሮስ ሰለሙን

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ካቢነ ሚኒስትራት

11.ጀርማኖ ናቲ

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ

12.በራኺ ገብረሰላስ

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ

13.ኣድሓኖም ገብረማርያም

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ

14.ሃይለ መንቆርዮስ

- ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ
- ኣባል ሃገራዊ ሽማግለ ህግደፍ

ደብዳበታት

(ቁ - 1)

ህዝባዊ ግንባር ንዴሞክራስን ፍትሕን (ህግደፍ)

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት

7 ግንቦት 2001

ክቡራት ኣባላት ማእከላይ ኮሚተ

ህ.ግ.ደ.ፍ

ብገለ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ካብ ዝተረኽበ ሓበሬታ መሰረት ካብ ኣባላት ክታም ስምዕታ ንምእካብን ማእከላይ ሽማግለ ንኽእከብን ጻውዒት ይግበር ከም ዘሎ ፈሊጥና ’ሎና።

መሰጋገሪ ቅዋምና ክልተ ሲሶ ካብ ኣባላት እንተ ጸዊኦም ህጹጽ ኣኼባ ንኽግበር የፍቅድ ኢዩ። እዚ መሰል’ዚ ኣብ ቦትኡ’ኳ እንተሃለወ ክሳብ ሕጂ ግና ተጠቒምናሉ ኣይንፈልጥን ኢና። ናብ ከምዚ ዝበለ ስጕምቲ ቅድሚ ምውሳድኩም ንኣቦ መንበር (ፕረዚደንት) ብቐጥታ ወይ ብመንገዲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣቢልካ ምሕታት ይከኣል ኔሩ። እዚ ናይ ስምዕታ ወረቐት ቅድሚ ምብታኑ እቲ ንተኣከብ ዝብል ስምዕታ ኣይተነጸገን ኔሩ። ወላ’ኳ ንተኣከብ ንምባል ናይ ስምዕታ ወረቐት ምብታን ግቡእ እንተ ዘይነበረ፡ እቶም ነዚ ንምውሳድ ዝመረጹ ኣባላት ንኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ብክፉት እንተ ዘቕርብዎ ግቡእ ምኾነ። በዚ ምኽንያት እዚ ተጌሩ ዘሎ ምብታን ወረቐት ስምዕታ ካብ ኣገባብ ወጻኢ ኢዩ።

ማእከላዊ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ በዚ ደብዳበ ጌሩ ናብ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ምልክታኡ የፍልጥ ።

ፈርማ (ንጹር ኣይኮነን)

ማሕተም።

ደብዳቤ (ቁ.2)

8-03-2001

ክቡራት ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ

ትማሊ 7 መጋቢት 2001 መፈለጥታ (letter head) ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዘለዎ፡ ፈርማኡ ዘይንጹር ደብዳበ ናብ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ተዘርጊሑ። "ሒደት ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ክታማት ብምእካብ ኣኼባ ዝጠልብ ስምዕታ ይገብሩ ኣለው፡ ከምኡ' ውን እዚ ካብ ኣገባብ ወጻኢ ኢዩ ዝብል መግለጺ' ውን ኔርዎ"

እዛ ደብዳበ ነዚ ዝስዕብ ገሊጻ' ኣላ፡

- መስጋገሪ ቅዋምና ካብ 2/3 (ክልተ ሲሶ) ካብ ኣባላት ጥርዓን ንኣኼባ እንተ ኸይዶም ማእከላይ ሽማግለ ህጹጽ ኣኼባ ክገብር ዘፍቅድ ምኻኑ፡
- እዚ መሰል' ዚ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ፡ እንተኾነ ተጠቒምናሉ ከም ዘይንፈልጥ፡
- ከምዚ ዝበለ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳዱ ንኣቦ መንበር ብቑጥታ ወይ ብ ማእከላይ ሽማግለ ጌርካ ምሕታት እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ምኻኑ፡
- ነዛ ናይ ስምዕታ ደብዳበ ቅድሚ ምዝርጋሕና ዘቕረብናዮ ናይ ኣኼባ ሕቶ ከም ዘይተነጸገ፡
- ኣኼባ ንምጽዋዕ ክታም ምእካብ ኣድላዪ ከም ዘይነበረ፡
- እቶም ነዚ ስጉምቲ ዝወሰዱ ሰባት ንኣብነት ማእከላይ ሽማግለ ብክፉት መንገዲ ክቑርቡ ይግባእ ምግባሩ እዛ ደብዳበ ጠቒሳ'ላ፡

ብተወሳኺ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ነቲ ጥርዓንን ኣኼባ ዝጽውዕ ደብዳበ ምዝርጋሕን ካብ ኣገባብ ወጻኢ ምኻኑ ንምሕባርን ምኻኑ' ውን ገሊጹ ኣሎ።

ንሕና ክታምና ኣንቢርና ዘሎና ኣባላት ኮሚተ ብቀጻሊ እናተራኸብና ማእከላይ ኮሚተ ኣኼባኡ ንኽካይድ ጻውዒት ክንገብር ጸኒሕና ኣሎና። ምኽንያቱ ብመሰረት ቅዋም ህግደፍ ኣኼባ ተናዊሑ ኢዩ ዘሎ። ከም ሃገርን ህዝብን መጠን ንሓድነትና ጸጥታናን ዝምልከቱ ህጹጻት ጕዳያት ኣለው። ህዝባዊን ሃገራዊን ግዴታናን ሓላፍነትናን ስለ ዝኾነ፡ ኵሎም ሓላፍነታውያን ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ፡ ካድራትን ኣባላትን ሓድነት ህዝብናን ጸጥታ ሃገርናን ተዋሒሱ ክርእዩ ብህንጥዩነት ኢዮም ዝጽበዩ ዘለው።

1. ብመሰረት መሰጋገሪ ቅዋም ህግደፍ ክልተ ሲሶ ካብ ኣባላት እንተ ጸዊያም ህጹጽ ኣኼባ ክግበር ይክኣል ኢዩ። እዚ ብቓልስና ዝተረጋገጸ መሰል 'ምበር ካብ ሓደ ወይ ካልእ እንልምኖ ትኳቦ ኣይኮነን። ደብዳበ ህግደፍ እዚ መሰል ምህላዉ ተኣሚና ክንሳ ኣብ ታሪኽና ተጠቒምናሉ ኣይንፈልጥን ኢና ትብል። ኣብ

መሪሕነትናን ኣካላቱን የዋህ ተኣማንነት ስለ ዝነበረና፡ ኣብ ምውሳን' ውን ገለ ናይ ሓባር ምውሳእን ሓፈሻዊ ምርድዳእ ስለ ዝነበረ ኣኼባታት ብስሩዕ ይግበሩ ኣይነበሩን። እዚ ስለ ዝኾነ ግና ሽግራት ይፍጠሩ ኣይነበሩን ማለት 'ውን ኣይኮነን። እዚ ጌጋ ኔሩ ጥራይ ዘይኮነ ንስሙር ኣካይዳና ውን በሪዝም ኢዩ ። ኣሉታዊ ሳዕቤናት እናዓበዩ ክመጹ ምጽንሖም ማንም ክኸሕዶ ኣይክእልን ኢዩ።

ንጥቀመሉ ስለ ዘይነበርና ከምዚ ዝበለ መሰል ሕጂ ኣይንትግብርን ኢና ምባል ሕሉፍካ ዘይምፍላጥ ኢዩ። ብዘይ እዚ ኸኣ ንመጻኢ ተሓታትነትን ሓላፍነትን ዘለዎ መንግስቲ ምህናጽ ዝክኣል ኣይኮነን። የዋህ እምነት ንዘልኣለም እናተመዝመዘ ክነብር ኣይኮነን።

ጥሪ 2000 ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ኣኼባታት ከምቲ ስምምዕ መሰረት ኣብ ስሩዕ ግዚኡም ይግበሩ ዝብል ጻውዒት ቀሪቡ ኔሩ። እቲ ድሕሪኡ ኣብ እዋኑ ዝተግበረ ኣኼባ ከኣ ሓደ ስጕምቲ ንቕድሚት ኮይኑ ጕዳያት ናብ ዘተ ክቕርቡ ኣፍቂዱ ኢዩ። ኣብቲ ኣኼባ ንመጻኢ ጕባኤታት ብስሩዕ ክካየዱ ዝብል ስምዕታ' ውን ቀሪቡ ኔሩ። እቲ ሕጂ ዝሕተት ዘሎ ኸኣ ኣኼባ ከይተግብረ ግዜ ስለ ዝሓለፈ ይግበር ዝብል ኢዩ። እዚ ሕጋዊ ጥርዓን ክልተ ሲሶ ቑጽሪ ኣባላት ዘድልዮ' ውን ኣይኮነን። ንኣቦ መንበር ወይ ማእከላይ ሽማግለ ኣይጥዕምን ኢዩ ተባሂሉ ዝስረዝ ኣኼባ ኣይኮነን። ስሩዕ ናይ ኣኼባ ግዜ እንተ ኣኺሉ ወይ ሓሊፉ ኣቦ መንበር ኣኼባ ክጽውዕ፡ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ክነግር ይኽእል ኢዩ። እዚ ብውልቂ ወይ' ውን ብእኵብ ክግበር ይኽእል ኢዩ። ምኽንያቱ ሕጋዊ መሰል ኢዩ። ብማእከላይ ሽማግለ ክግበር ኣለዎ ዝብል ግዴታ ወይ ምኽንያት የሎን።

2. እታ ደብዳበ ኣኼባ ንምጽዋዕ ክታም ምእካብ ኣድላይነት ኣይነበሮን ኢላ' ውን ገሊጻ ኣላ። እዚ ዘይሓላፍነታዊን ዘሕዝንን መግለጺ ኢዩ። እቲ ናይ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዘመተ ኣብ ኣባላቱን ሓፋሽ ህዝቢን ዝፈጠሮ ስንባደን ሻቅሎትን ዓብዩ ኢዩ። ንጸላኢ' ውን ዓብዩ ናይ ሞራል ድጋፍ ኢዩ ኮይንዎ። ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኣኼባ ምጽዋዕ ሓድነትን ጸጥታን ሃገር ንምዕቃብ ክሳብ ክንደይ ኣድላዩ ምኻኑ ዝተሰቐሮ ኣይመስልን። ኣኼባ ዝግበረሉ ግዜ ይሕለፍ እምበር ግድን ክግበር ኣለዎ። ህግደፍ እዚ ስለ ዘይደለ ጥራይ ኢዩ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ዝነጽግ ዘሎ።

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዝገበሮ ስም ናይ ምጽላም ዘመተ ዘይሕጋዊን ዘይሓላፍነታዊን ኢዩ። እዚ ዘመተ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ዝሓለፈ ውሳነታትን ዘተታትን ዝጻረር ኮይኑ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍን ማእከላይ ሽማግለን ኢዩ ተጌሩ። እዚ ዘመተ ንህዝቢ ዝኸፋፍል፡ ዝርገት ዝፈጥር፡ ህዝቢ ዘሕለፎ ስቅያት ከይኣክል ዳግም ህይወቱ ንኸይሰርዕ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኢዩ። ቀንዲ ዕላማኡ ስልጣን ማእከላይ ሽማግለን ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍን ብምቑጽጻር ቅዋማዊ ግዴታኡም ንኸይፍጽሙ ምዕጋትን ሃገራዊ ምርጫ ንኸይካየድ ንምዕጻውን ኢዩ። እዚ ዘመተ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ሃገራዊ ሓላፍነት ዝነደሎ ኮይኑ ግሉጽ ሃገራዊ ቅልውላው ፈጢሩ ኣሎ። ነዚ ድማ ምሉእ ሓላፍነት ዝስከም ባዕሉ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ኢዩ።

ነዞም ብዛዕባ ሓድነትን ድሕነትን ሃገር ዝሓስቡ ሓላፍነታውያን ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ጥራይ ዘይኮነ ንኤርትራውያን ሃገራውያን' ውን እንተኾነ ኣገዳስነትን ህጹጽነትን ኣኼባ ርዱእ'ዩ። ብህንጡይነት ከኣ' ዮም ዝጽበይዎ ዘለው። ኣኼባ ኣይንገብርን ማለት ኣብ ክንዲ ንሽግራት ብሕጋዊን ቅዋማዊ መሰረት ዘለዎ ኣኼባ ዝፍታሕ ሳዕቤኑ ብዘየገድስ ዕልቕልቕ ምምራጽ ማለት' ዩ።

3. እታ ደብዳበ ብተወሳኺ እዞም ነዚ ስጉምቲ ወሲዶም ዘለው ኣባላት ናብ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ብክፉት እንተ ዘቕርብዎ ግቡእ ምኾነ ኢላ' ውን ትገልጽ' ያ።

- ኣብ ናይ ጥሪ 2000 ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ኩሎም ስሩዓት ኣኼባታት ኣብ ግዚኦም ክግበሩ ዝብል ውሳነ ብንጹር ዶ ኣይሓለፈን' ዩ?
- ማእከላይ ኮሚተ ነሓሰ 2000 ካብ ዝጋባእ ንደሓር 4 ኣዋርሕ ዶ ሓሊፎም የለውን?
- ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ስም ናይ ምጽላም ዘመተኡ ክጅምር እንከለ እቲ ስሩዕ ኣኼባ ሓሊፉዶ ኣይነበረን' ዩ?
- ድሕሪ'ዚ ዘይሓለፍነታዊ ዘመተ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ፡ ካድራትን ኣባላት ግንባርን ስክፍታኦም ብምግላጽ ነቲ ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ዝተመሓላለፈ ውሳነታት ደገፎም ዶ ኣይሃቡን' ዮም?
- እቶም ኣኼባ ክግበር ዝጽውዑ ዘለው ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ምስ ካልኦት ኣባላት ብክፉት ኣገባብ ዶ ኣይኮኑን ዝራኸቡ ዘለው?
- ብዘይካ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ክግበር ካልእ ምስ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ጉዳያት ክዝቲ ኢዩ ዝበለ ኣባል ኣሎ ድዩ? መጽሔት ሬድዮ ወይ ካልእ ናይ መራኸቢ ሜላ ተጠቒምና ዲና?
- ሽግራት እናሃለዉን እቲ ክጋብኣሉ ዝግባእ ግዜ ሓሊፉ እናሃለወን ኣኼባ ክግበር ምጽዋዕ ዘይሕጋዊ ዝኸውን ብኸመይ ኢዩ? ግሉጽነት ዝበሃል ንሓቂ ምኸፍፋን ድዩ ወይስ ነቲ ብህጹጽ ዝድለን ዘሎ ኣኼባ ክግበር ምጽዋዕ?
- ኣብ መዛዘሚ ማእከላይ ሽማግለ ዝጋብኣሉ ግዜ ብክልተ ወርሒ ሓሊፉ'ሎ። ኣብ ጉባኤ ክቕርቡ ዝነበሮም ኣገደስቲ ጉዳያት ኣለው። ጉባኤ ክግበር ምጽዋዕ ካብ ኣገባብ ወጻኢ ኣይኮነን። ብህግደፍን ቤት ጽሕፈቱን ዘይዕገት መሰል ኢዩ። እቲ ህግደፍን ህዝብን ዘስከመና ሓላፍነተ ነዚ ክግበር ይጠልብ ኣሎ። ኩሎም ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ካልኦትን ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ብህጹጽ ንኽግበር ዘቕረብናዮ ጻውዒት ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ ክፈልጡ ይግባእ።

ኣዎንታዊ ምላሽ ድሕሪ ሓጺር ግዜ እንተ ዘይረኺብና ማዕከናት ዜና መንግስቲ ኣብ ኢድ ህግደፍ ስለ ዝኾኑ፡ ህግደፍን ህዝብን ዘሰከመና ሓላፍነትን ሕድሪን ንምፍጻም ርእይቶና ንኣባላት ህግደፍን ሓፋሽ ህዝብን ብክፉት ከንገልጽ ክንግደድ ኢና። በቲ ዝመጽእ ሳዕቤናት ከኣ ተሓተትቲ ኣይኮንናን።

ከተምቲ

1. ማሕሙድ ሸሪፎ
2. ሃይለ ወልደትንሳኤ
3. ጴጥሮስ ሰለሙን
4. መስፍን ሓጎስ
5. ዑቕበ ኣብርሃ
6. ብርሃነ ገረዝግሄር
7. ሳልሕ ከኪያ
8. ሓምድ ሕምድ

ደብዳበ (ቁ - 3)

ሃገረ ኤርትራ

ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

12/03/2001

ማሕሙድ ሸሪፎ

ሎሚ ንግሆ ዝለኣኽካለይ ክታም ዘለዎ ደብዳበ በጺሑኒ። ንሓበሬታ ክኾነካ ርእየዮ ኣለኹ። ብሐፈሻኡ ጌጋ ትገብሩ ኣለኹም ጥራይ እየ ክብለኩም ዝደሊ።

ደብዳበ (ቁ - 4)

20/2/2001

ናብ ክቡር ፕረዘዳንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ

ኣቦ መንበር ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ

ስሩዕ ግዜ ኣኼባ ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ ሓሊፎም ኣለው ። ብዘይካ'ዚ ህጹጽ ኣኼባ ዝጠልቡ ኵነታት ኣለው። ስለዚ እዞም ኣብዚ ክታምና ዘንበርና ኣባላት ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ ነዚ ኣኼባታት ኣብ ሓጺር ግዜ ክትገብር ንጽውዓካ ኣሎና።

ከተምቲ

1. ማሕሙድ ኣሕመድ ሸሪፍ
2. ሃይለ ወልደትንሳኤ
3. ጴጥሮስ ሰለሙን
4. መስፍን ሓጎስ
5. ዑቕበ ኣብርሃ
6. (ኣይንበብን)
7. ሳልሕ ከኪያ
8. ሓምድ ሕምድ
9. ኣልኣሚን ሸኽ ሳልሕ
10. እስቲፋኖስ ስዩም
11. ብርሃነ ገረዝግሄር
12. ኣስቴር ፍስሃጼን
13. መሓመድ ብርሃን ብላታ
14. ጀርማኖ ናቲ
15. ሙሳ ራብዓ
16. ናቲ ኢብራሂም

17.በራኺ ገብረስላሰ

18.ኣድሓኖም ገብረማርያም

19.ሃይለ መንቆርዮስ

ደብዳበ (ቁ - 5)

ሃገረ ኤርትራ

ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

13/03/2001

ናብ ማሕሙድ ሸሪፎ

ሎሚ'ውን ካልእ ደብዳበ ሰዲድካለይ። ደብዳቤኹም ርእየዮ ኣለኹ ። ደጊመ ጌጋ ትገብሩ ኣለኹም ጥራይ እየ ዝብለኩም።

ደብዳበ (ቁ -6 ሀ)

20/03/2001

ናብ ክቡር ኢሳያስ አፍወርቂ

ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ

ጕዳይ፡- ኣኼባ ማእከላይ ሸማግለን ሃገራዊ ሸማግለን ክግበር ንምሕታት፡

እቶም ኣቐዲሞና ኣኼባ ማእከላይ ሸማግለን ሃገራዊ በይቶን ክግበር ምስናይ ክታምና ሕቶ ዘቕረብና ኣባላት በቲ "ጌጋ ትገብሩ ኣለኹም" ዝብል መልስኻ ኣይዓገብናን። ብኣኼባ ክፍትሑ ዘለዎም ሸግራት ኣለዉ። ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ክንሰጋገር ዘውሕሱን ብህጹጽ ክውሰዱ ዝግብኦምን ስጕምቲታት ኣለው ኢና ንብል ዘሎና። ሕጂ' ውን ደጊምና ኣኼባ ክትጽውዕ ንሓቶካ ኣሎና። እዚ ከይተገብረ ተሓሊፉ ዘሎ ስሩዕ ኣኼባ ኣብ ውሽጢ እዚ ወርሒ መጋቢት ክትእክቦ ንጽውዕ ኣሎና።

ምስዚ ንዘለው ሸግራትን መፍትሒ ዝበልናዮ ሓሳባትን ዝገልጽ ዶኩመንት (ሰነድ) ኣትሓሒዝና ሰዲድናልካ ኣሎና።

ዓወት ንሓፉኽ!!

ክታም ዘለዎ ደብዳበ ኣቐዲሞም ዝለኣኹ ኣባላት ማእከላይ ሸማግለ

ደብዳበ (ቁ - 6 ለ)

ተፈጢሮም ዘለው ሽግራትን መፍትሒኦምን፡

ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ፈለማ ናጽነት ኣብ ምርግጋጽ፡ ደሓር'ውን ወራር ወያነ ምስ ተላዕለ ሉኣላውነት ሃገሮም ንምዕቃብ ደቆም እናመረቑ ናብ ግንባር ኣፋንዮም፤ ገንዘቦም፡ ንብረቶምን ረሃጸምን ብተወፋይነት ንሃገሮም ኣበርኪቶም ኢዮም። ሃረርታኦም ናጻ ኤርትራ ንምርኣይ ጥራይ ኣይነበረን። ሓድነት፡ ማዕርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ክረጋገጽ፤ ተሓታትነት፡ ሰላምን ስኒትን ንኽሰፍን ኢዩ ኔሩ። እንተኾነ ህዝቢ ብመሪሕነት መንግስትን ህግደፍን ዕግበት ኣይረኸበን። ህግደፍ ዝገብሮም ዘሎ ዘይሓለፍነታውያንን ዘይሕጋውያንን ሰሚናራት፡ ብፕረዚደንት ዝውሰዱ ዘለው ዘይምኽኑያት ስጉምትታት ዓብዪ ስክፍታ ፈጢሮም ኣለው ጥራይ ዘይኮነ ሓደገኛ ሳዕቤናት' ውን ከኽትሉ ይኽእሉ ኢዮም::

ወራር ወያነ ዘምጽኦ ብስጭት ዘኽተሎ ሽግር' ዩ ዝብል ብገለ ወገናት መግለጺ ክወሃበሉ ተፈቲኑ ኢዩ። እዞም ሽግራት ግና ሕጂ ዘይኮኑ ድሕሪ ናጽነት ብፍላይ ድሕሪ 1994 ዝጀመሩ ኢዮም። ክሳብ ወራር ወያነ እናተኸመሩን እናበኣሱን ክመጹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ ነታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣውዲቕማ ይርከቡ። መበገሲ'ዞም ሽግራት ሕጋዊን ትካላዊን ኣገባብ ኣሰራርሓ ፡ ሓበራዊ ውሳነ፡ ዴሞክራሲያዊ ምሕደራን ግልጽነትን በብግዚኡ እናተዳኸሙ ክመጹ ጸኒሖም ፈጺሞም ምጥፍኦም ኢዩ። ሕድሕድ ምክብባርን ምትእምማንን ጠፊኦም ስልጣን ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካል ተመንዚዑ ይርከብ ኣሎ።

ነዚ ሽግራት ንምፍታሕን ናብ ቅዋማዊ ስርዓት ዝግበር ምስግጋር ንምውሓስን ጥሪ፣ ነሓሰን መስከረምን 2000 ዝተገብሩ ኣኼባታት ኣገደስቲ ውሳነታት ኣመሓላሊፎም ኔሮም። ጸኒሑ ግና እዞም ውሳነታት ተጓዕጺጾም ብጌጋ መንገዲ ተተርጕሞምን ናብ ከብሒ ተደርብዮም ይርከቡ። እዚ ቅልውላው ዘስዕቦ ሓደጋ ብምስትውዓል ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ሕማቕ ንዝገበረ ሕማቕ ፍደዮ ብዝል ስምዒት ከይተደረኹ፡ ዝተሰገሩ ኣኼባታት ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ ክግበሩ ይጽውዑ ኣለው። እዚ ሕጋዊን ሓላፍነታዊን ሕቶና ግና ተነጺጉ'ሎ። ብዘይኣፍልጦ ፈጻሚት ሽማግለ፡ ማእከላይ ሽማግለን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ብምሉእ ደገፍ ፕረዚደንት ንዓና ናይ ምጽላም ግጉያት ሰሚናራት ኣካይዱ። ብኽምዚ ኽኣ እዚ ቅልውላው ክነትጉ ክሳብ ዝቑርብ ኣብ ሓደገኛ ጠርዚ በጺሑ ይርከብ።

ዘይሕጋዊን ዘየድሊን ስጉምቲ ክወስድ ምኻኑ ገለ ኣመታት ተራእዩም' ዮም። እንተኾነ እዞም ሽግራት ብሰላማዊ፡ ዴሞክራሲያዊን ሕጋዊን ዘተን ምርድዳእን እንተዘይኮይኑ ብኻልእ ኣገባብ ክፍትሑ ኣይክእሉን' ዮም። ከምዚ ስለ ዝኾነ ኣኼባ ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ ብህጹጽ ክግበር ኣገዳሲ ኢዩ። እዞም ዝስዕቡ ጕዳያት ከኣ ክዝተየሎምን መፍትሒ ክገበረሎምን ይግባእ።

1. ሓግቲ ኣካላት ግቡእ ስርሑም ክፍጽሙን ኣብ ልዕሊ ፈጸምቲ ኣካላት ምክትታል ክቕጽልዎ፡

2. ኣኼባ ሓግቲ ኣካል ኣብ ስሩዕ ግዜኦም፡ እዋን ኣብ ዝጠልቦ ከኣ ብህጹጽ ክካየዱ፡

3. ንጉባኤን ድሕሪ ምርጫ ንዝምስረት ቅዋማዊ መንግስትን መወከሲ መታን ክኾኑ ተመኩሮ ሸውዓተ ዓመት ህግደፍን መንግስትን ብውዱዕ ኣገባብ ክግምገሙ። ንናጻን ክፉትን ዘተ ዝዕድም ባይታን ፎረምን ክህነጽ፡ ነዞም ዘተታት ዘካይዱን ናብ ማእከላይን ሃገራዊን ሽማግለ ጸብጸቦም ዝገብሩ ኮሚተታት ክቑሙ፡

4. ሕጊ ምርጫን ፖለቲካውያን ሰልፍታትን ብመሰረት ሕጊ ክንደፍ፡ ህዝቢ መታን ክዝትየሉ ኸኣ ክቕረብ። ነዚ ዝተመደቡ ኮሚተታት ርእይቶታት ክእክቡን መዛዘሚ ንድፎም መታን ክጸድቕ ናብ ሃገራዊ ሽማግለ ክቕርቡ።

5. ን (4ይ) ጉባኤ ን ቅዋማዊ መንግስትን ዝግበር ምርጫ ናጻን ቅኑዕን ክኸውን። ኮሚሽን ምርጫ ዘይሻራዊ ከም ዝኸውን ውሕስነት ክወሃብ።

6. ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ሰብኣዊ መሰልን መታን ክኸበር እዘን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ብፕረዚደንት ዝቑማ መርማሪት ኮሚተን ፍሉያት ኣብያተ ፍርድን ክፈርሳ። መንፈስን ሕግን ፕረስ ክኸበር። ናጽነት ፈራዲ ኣካል ክረጋገጽ። መንግስቲ ከኣ ብእዉጅን ፍሉጥን ዓመታዊ በጀት ክንቀሳቐስ።

ደብዳበ (ቁ-7)

29/03/2001

ቤ/ጽ ፕረዚደንት

ካብ ፕረዚደንት ኤሳያስ

ናብ ሸሪፎ

ሰዓት 10፡50

ኤን ኣይ A290301 — RTF

ልሚ ንግሆ ንዝሰደድካዮ (28/03/2001 ዝተጸሐፈ) ብስም'ቶም ኣቐዲሞም ሕቶን ክታምን ዘለዎ ደብዳበ ዝለኣኹ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ዝተጸሐፈ ደብዳበ በጺሑኒ። ኣንቢበዮ።

- **ናብ ሓሶትን መሰረት ዘይብሉን ትሕዝቶ ኣትየ ክዛረብ ኣይደልን እየ።**
- **ኩነታትኩም ንቂይቂ ዝዕድም'ዩ፡ ኣነ ግና ትም ኢለ ብትዕግስቲ ክሓልፎ መሪጸ ኣለኽ።**
- **ብቀጻሊ ምትኽኣኽ ዘየለዉ ጉዳያት እናምጻእኩም ነዚ ሽግር ከተጋድድዎ እንተ ደሊኹም ምርጫኹም'ዩ።**
- **ደጊመ ካብ ግጉይ መንገድኹም ክትምለሱን ልቢ ክትገብሩን እላበወኩም።**

ጸሓፌ ህግደፍ ንተሰዓሪ መርገጺ ገለ ኣባላት

ማእከላይ ሽማግለ ኣቃሊዑ

ጋዜጣ ኤርትራ ፕሮፋይል

18 ነሓሰ 2001

ጸሓፌ ህዝባዊ ግንባር ንዴሞክራስን ፍትሕን (ህግደፍ) ኣቶ ኣልኣሚን መ/ ስዒድ 8 ነሓሰ 2001 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፡ገለ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ዝገብርዎ ዘለዉ ዘመተን ኣዕናዊ ባህርያቱን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ኣቶ ኣልኣሚን ድሕረ ባይታ'ዚ ዘመተ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ እዞም ሰባት ኣብ ሳልሳይ ዙር መጥቃዕቲ ወያነ ብዝወሰድዎ ተሰዓሪ መርገጺ ከም እተደረኹ ኣብሪሁ። ጽማቕኡ ትሕዝቶ እቲ ቃለ መጠይቕ ይስዕብ።

15 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ክፉት ደብዳቤ ዘርጊሖም ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ተኸታትልቲ ቃለ መጠይቆት ብምግባር ንህዝቢ ዘሻቖለን ኣዛራቢን ዘመተ ጌሮም። መንግስትን ህግደፍን ነዚ ብጸጥታ ዝዕዘብዎ ዘለዉ ስለምንታይ ኢዩ?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ ነዚ ጕዳይ በቲ ዝጸንሐ ኣካይዳን ስነ ምግባርን ህዝባዊ ግንባር፡ ብትዕግስትን ዓቕሊን ክንፈትሖ ድሌትና ኢዩ። ገለ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ነዚ ብምጥሓስ *ንኣባላትን ህዝብን ሓሳባትና ብጋህዲ ክንገልጽ ኢና፡ ብሳዕቤኑ ክኣ ተሓተትቲ ኣይኮንናን* ካብ ዝበሉሉ ግዜ ጀሚርና ኣብ ግጕይ መገዲ ከም ዘለዉን ናብ ልቦም ክምለሱን ለበዋ ኣመሓላሊፍና ኢና። ነዚ ብምንጻግ ኣብ ግንባርን መንግስትን ዘቕንዐ መጥቃዕቲ ምስ ጀመሩ 'ውን ስጕምቲ ንምውሳድ ኣይተሃወኽናን። ህዝቢ ብድሕሪ መግለጺታቶም ዘሎ ድርኺት ክጭብጠን ናብ መደምደምታ መታን ክበጽሕን ክንህወኽ ኣይደለናን። ንሕና ካብ ኣመታት ዝሓልፍ መግለጺ ኣይንህብን ኢና። ትም ምባል መሪጽና 'ለና። እዚ ተዛማዲ ስላም 'ውን ናይ ባዕሉ ረብሓታት ኣለዎ። ኣብዚ ቃለ መጠይቕ 'ውን እንተኾነ ናብ ስዒር ኣጀንዳን ጫሌዳን እዞም ጕጅለ ክኣቱ ኣይደልን ኢየ። ዕላማይ መሰረታዊ ኣተሓሳስባኦም ንምብራህ'ዩ። ካልእ ካብ ፈለማኡ ከብርሆ ዝደሊ ሓቂ 15 ኣባላት

ማእከላይ ባይቶ እናበልካ ምዝራብ ግጉይ ስእሊ ምሃብ'ዩ። ዋላኳ ብዝተፈላየ ምኽንያታት ነዛ ክፍትቲ ደብዳቤ ዝፈረሙ 15 እንተኾኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርን መንግስትን ብዝወረደ ዕንወት ዝሕተቱ ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም።

እቲ ዘውረድዎ ዕንወት እንታይ ኢዩ?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ ብቑዳምነት መሪጸሞ ዘለዉ ግዜ ኢዩ። ምሉእ ህዝቢ ዝዛረበሉ ዘሎ ጉዳይ እዚ ኢዩ። ካብ ስግኣት ወራር ወያነ ገና ኣይተገላገልናን ዘሎና። ዶብና ገና ኣይተመልከተን። መንእሰያት ገና ኣብ ድፋዓት ኢዮም ዘለዉ። ስድራ ስዉኣት ገና ኣይተነግሩን። መደበሲ ሓገዝ 'ውን ኣይተዋህቦምን። ኣብ ከምዚ ዝበለ እዋን ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ዕላማኡ በዘየገድስ፡ ንሃገራዊ ጉዳይ ቀዳምነት ክህብ፡ ዓቕሊ ከርኢ፡ ካብ ኩሉ ንሃገርን ውድብን ከዳኽም ዝኽእል ስጕምቲታት ክቕጠብ ሓላፍነቱ'ዩ። ህዝብና በዚ ረዚን ሓላፍነት ተደሪኹ'ዩ ምስ ኩሉ ዝሕሰብ ሽግራት ብጽንዓት ዝቕጽል ዘሎ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር ኣርባዕተ ሓሙሽተ ደቆም ናብ መስመር ምክልኻል ዝሰደዱ ስድራቤታት ኣለዉ። ብኣንጻሩ ውሑዳት ኣብ መሪሕነት ዝነበሩ ነዚ ውሁድ ሃገራዊ መኽተ ዘዳኽም ወፍሪ ምግባሮም ኣዕናዊዩ፡ ብሓላፍነትውን ዘሕትት'ዩ። ብምንም ምኽንያት ሸለል ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን።

ኣባላት ጉጅለ 15 ግና ቅኑዕ መስመር ኢና ንኽተል ዝሎና ኢዮም ዝብሉ። ንገብሮ ዘሎና ንረብሓ ሃገር ኢዩ በሃልቲ ኢዮም።

ኣቶ ኣልኣሚን፡ እዚ ፈጢሮሞ ዘለዉ ኩነታት ንረብሓ ሀገር ምኻኑ ንማንም ከእምኑ ኣይክእሉን ኢዮም። ብዘይጥርጥር ኣዕናዊ ተግባርዩ።

ምንም ረብሓን ሃናጺነትን የብሉን። እዚ ፈጢሮሞ ዘለዉ ኩነታት ካብ ዘምጽኦ ኣዕናዊ ውጽኢታት ሰለስተ ነጥብታት ምጥቃስ ይከኣል። ሓደ ነቲ ተጻብኦ ወያነ ዘበርዓነ ዘይንቕነቕን ውሁድን መኽተና ዘቆናጽብ'ዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ንወያነን ንኹሎም ኣንጻርዛ ሃገር ጽልኢ ዘለዎምን ወገናት ውዲቶም ንኽቕጽሉ ዝገብር'ዩ። ወያነ ንኤርትራ ብኩናት ከተንበርክኽ ስለ ዘይከኣለት ፖለቲካዊን ቊጠባዊን ቅልውላው ብምምዝማዝ እኩይ ዕላማኣ ክዉን ንምግባር ኣብ እትንቀሳቐሰሉ ዘላ እዋን፡ እዚ ምፍጣሩ ንዓኣ ዓብዪ መኽሰብ'ዩ። ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ መላእ ዓለም ንዘሎ ዝምድናታትናን ሽርክነታትናን ብኣሉታ ዝጸሉ'ዩ።

ሃገርን ህዝቢን ኣብ ዝሃሰ ጉዳይ ክጽመዱ ዝደፋፍኦም ዘሎ ግን እንታይ'ዩ? ነዚ ምኽኑይ ዝገብሩ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣለዉ ድዮም?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ ዘቕረብዎ ምጉት እንተ ተመልኪትና ንሃገርን ህዝብን ዘዕኑ ዘመተ ንኽገብሩ ዝደረኾም ባይታ ይኹን መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልልይ ከም ዘየለ ብሩህ'ዩ። እዞም ውልቀሰባት ንብዙሕ ዓመታት ኣብ መሪሕነት ግንባርን መንግስትን ዝነበሩ 'ዮም። ኩሎም ክሳብ ቀረባ ግዜ ኣብ ምንዳፍ ፖሊሲን ፕሮግራማትን ተዋሲኦም'ዮም። ኣብ ምስፋሕን ምሕያልን እዞም ፕሮግራማትን ፖሊሲታትን ከምኡ ውን ውጺኢቶም ኣብ ምትንባይ ተዋሲኦም ኢዮም። ሕጂ ሃንደበት ተንሲኦም ኩሉ ካብ ፈለማኡ ጌጋ'ዩ ኔሩ ክብሉ ኣይክእሉን ኢዮም። እቶም ብዘይ ሓላፍነታዊ ኣገባብ ዘልዕልዎም ዘለዉ ጉዳያት ዘሕትትዎም ኢዮም ። እዚ ንጎድኒ ገዲፍና ንዝተፈላየ ክፋላት ሕብረተሰብ ከረሳስኑ ይፍትኑ ኣለዉ። ኣኼባታት ግንባርን መንግስትን ምውዳብ፡ ስሉጥነት ስራሕ ምምሕያሽን ንምምዕባልን፡ ምጅምን ምምሕያሽን ትካላት፡ ሃገራዊ ምርጫ ምክያድ፡ ምጅም ሰልፍታት... ኣከራኻሪን መፈላላዩን ኮይኑ ኣይፈልጥን'ዩ። ካብ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ 1987 ጀሚሩ ብዛዕባ'ዞም ጉዳያት ሓፈሻዊ ስምምዓት ኔሩ'ዩ። ነዞም ዕላማታት ብግቡእ ፎረማት ናብ ትግባረ ንምልዋጥ ቀጻሊ ጻዕሪ ተጌሩ'ዩ። ፖለቲካዊ ፍልልያት ከም ዘሎ፡ ንሳቶም ንለውጢ ዝንቀሳቐሱ እቲ ሓደ ወገን ግና ከም ዝሓንገደ፡ ንሳቶም ዴሞክራስያውያን እቲ ሓደ ወገን ከኣ ጸረ ዴሞክራሲ፡ ንሳቶም ምርጫ ዝድግፉ እቲ ሓደ ወገን ግና ጸረ ምርጫ ምኻኑ ኣምሲሎም ከቕርብዎ ይፍትኑ 'ለዉ። ህዝቢ ንምድንጋርን ካልእ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ንምኽዋልን 'ዮም ዝቑርቡ ዘለዉ።

እንታይ ኢዮም ክሓብኡ ዝፍትኑ ዘለዉ?

ኣልኣሚን፡ ዝገብርዎ ቃለ መጠይቕት ፈለማ እንክርኢ ንፍሲ ወከፎም ዝሓዘልዎ ቁምታ ኣለዎም። ካልኣይን ቀንድን ኣብ ጉዳይ ኩናትን ሰላምን ከምኡ 'ውን ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ዝወሰድዎ መርገጺ ኢዩ። ሽዑ'ውን መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንዝሓዝዎ ጽኑዕ መርገጺ ሰላም ከምኡ 'ውን በቲ ሓደ ወገን ናጽነትናን ሉኣላውነትናን ንምክል'ኻል ዝወሰድናዮ መርገጺ ደጊፎም 'ዮም። ንፖሊሲ ኩናትን ተጻብኦን ወያነ፡ ኩነኖም ኢዮም። እዞም ሰባት ንመርገጺ ወያነ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ከም ዝተቓወሙን ኣንጻሩ ጭርሖታት ከም ዝደገሙን ኩሉ ህዝቢ ዝፈልጦ ኢዩ። ሎሚ ግና ኤርትራ ንሰላም ከም ዝነጸገት ጌሮም ከቕርብዋ ንሰምዕ ኣሎና። ተማእዛዝነት ሕጊን ሰላማዊ መርገጺን እዛ ሃገር ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡

ሰበስልጣን ወያነ ዳግማይ ናይ ኩናት ኣጀንዳኡም ደው ከም ዘየብሉ ኣብ ዘፍለጥሉን ንመስርሕ ሰላም ጅሆ ንምግባር ኣብ ዝሸባሸቡሉን ዘለዉ እዋን ኢዮም ከምዚ ዝገብሩ ዘለዉ። እዚ ኣቑዲሙ ዝተጠቕሰ መርገጺ'ዞም ሰባት ንሃገርና ኣዕናዊ ስጕምቲ ኢዩ።

እዚ መርገጺ ኣብ ምውላዕ ሳልሳይ ወራር ወያነ'ዩ ብ*ጋህዲ* ተራእዩ። ህዝቢን ሓይልታት ምክልኻሉን ናጽነትን ሉኣላውነትን ኤርትራ ንምውሓስ ብጅግንነት ኣብ ዝረባረቡሉ ዝነበሩ ወሳኒ እዋን እዞም ሰባት ተሰዓሪ መርገጺ ወሲዶም። ኤርትራ ካብ ባረንቱ ምዝላቕ ምስ ገበረት እዞም ሰባት *ገሰጋሰ ወያነ ደው ክነብሎ ኣይንኽእልን* ኢና ዝብል ዘረባ ኣምጺኦም። ሰበ ስልጣን ወያነ ፕረዚደንት ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ እንተ ዘይወሪዱ ወራሮም ደው ስለ ዘየብልዎ ፕረዚደንት ስልጣኑ ክሓድግ ኣለዎ ዝብል መርገጺ ወሲዶም።

በዘይካ'ዚ *ወያነ መላእ ኤርትራ እንተ ተቐጻጺርዎ መታን ኣብ ህዝቢ ግፍዒ ክይፍጽም ሕቡራት ሃገራት ወይ ኣመሪካ ንኤርትራ ክርከብዋ ምሕጽንታ* ክነቕርብ ኢና ኢሎም። እዞም ጉጅለ በዚ ተሰዓሪ መርገጺኦም ነዚ ክፍጽሙ ተዓጢቐም ኔሮም። ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ከምዚ ዓይነት መርገጺ ክወስዱ እሞ ድማ ኣብ ኣዝዩ ወሳኒ ህሞት --ኣዕናዊ'ዩ። ዘሕትት ድማ'ዩ።

ብሓቂ ዘሕትት'ዩ። ግና ኣብቲ ግዜቲ ክሕተቱ ዘይተገበረ ስለምንታይ ኢዩ?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ እዚ ኣብ ታሪክ ህዝባዊ ግንባር ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ከምኒ ሳልሳይ ወራር ዝበለ ጽንኩር እዋን እንከ*ጋ*ጥም ብርቱዕ ሻቕሎትን ተሰዓሪ ዝንባለን ኣብ ገለ ሰባት ከርኢ ሕጂ ፋልማዩ ኣይኮነን። ሽዑ ምሉእ ኣተኵሮና ወራር ወያነ ንምፍሻል ዘሎና ዓቕሚ ኣብ ምኽታት ኢና ኣዋፊርናዮ ኔርና። ነዚ ወራር ምስ ሰዓርና እዞም ሰባት ሃናጺ ዝንባለ ከርእዩ ተስፋ ኔሩና። ብዙሕ ጻዕርታት 'ውን ኣካዪድና። ውዱዕ ፖለቲካዊ፡ ውተሃደራዊ፡ ዲፕሎማሰያዊን ሓበሬታዊን ኵነታትና ኣብ ታሽዓይ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ከምኡ 'ውን መበል 13 ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ዝርዝር ትንተና ተጌሩ ኔሩ። እዚ ኣኼባ ነዚ ዝጠቐስክዎ ጻዕርታት 'ውን ዘጠቓለለ'ዩ ኔሩ። ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ኣብ ሳልሳይ ወራር ንዝነበሩ ድኽመታት እንተላይ ብገለ ሰበስልጣን፡ ካድራትን ገለ ክፋል ህዝብን ዝተወስዱ ተሰዓሪ መርገጺታት ኣለልዩ። እዚ ኣኼባ ነዞም ድኽመታት ብህጹጽ ንምእላይ 'ውን ውሳነ ወሲዱ። ብወገን ህዝባዊ ግንባር ንድሕሪት ናይ ምጥማት ዝንባለ ኣይነበረን፡ ገለ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ግና ምቅልያም ከም ዘይተርፎም ምስ ፈለጡ ግጉይ ተግባራቶም ንምሽፋን መንግስትን ግንባርን ጅሆ ምግባር ዝብል ምርጫ ወሲዶም። በዚ ከኣ ንሃገር ዝጎድእ ተግባር ፈጺሞም ኣለዉ።

ሓደ ኣባል እዞም ጉጅለ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መጠይቕ " ግብጺ ብእስራኤል ምስ ተወረረት ፕረዚደንት ናስር ካብ ስልጣኑ ክወርድ ተሓቲቱ ኔሩ ። በኽምዚ

ኣገባብ ኣብ ሳልሳይ ወራር ፕረዚደንት ካብ ስልጣኑ ክወርድ እንተሓተትና እንታይ ገበን ኣለዎ" ኢሉ። እዚ ስብ ከይተሓተተ ኢዩ ከምዚ ኢሉ።

ናብ ከምዚ ዝበለ ሓሸውየ ምእታው ንክብደት እቲ ጉዳይ ምንእኣስ ኢዩ ዝኸውን። ሃገር ኣብ ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ እናሃለወት ፕረዚደንት " ተሳዒርና ኢና፡ ኣነ ከኣ ስልጣነይ እሓድግ ኣሎኹ" እንተ ዝብል ክስዕብ ዝኽእል ሓደገኛ ኩነታት ምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። በዞም ሒደት ኣባላት ተፈጺሙ ዘሎ ኣዕናዊ ኩነታት ክሳብ ክንድዚ ኢዩ።

ኣብ በርሊን ዘተኻየደ ኣኼባ 13 ኤርትራውያን ምሁራት ኔሩ። እዚኦም ዘውጽእዎ ጸረ ግንባርን ጸረ መንግስትን ማኒፌስቶ ብጸቕጢ ጉጅለ-15 ዝተገብረ ምጂኑ ይንገር ኢዩ። እዚ ሓቂ ድዩ?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ እወ...ሓቂ'ዩ። ናብ ዝርዝራቱ ቅድሚ ምእታወይ ገለ ነጥብታት ምልዓል ኣገዳሲ ኢዩ። ነዚ ኣኼባ ብድሕሪት ኮይኖም ዝዝውርዎ ዝነበሩ መን'ዮም? ባዕለኦም'ውን ጠቒሶሞ ከም ዘለዉ እዞም ናይ ሓባር ፖለቲካዊ ኣጠማምታ ዘይብሎም ሰባት ኣብዚ ኣኼባ ከመይ ኢሎም ክሳተፉ ክኢሎም። ወጻኢታት ናይዚ ኣኼባ ብመን ተሸፊኑ? እዚኣቶምን ካልኦት ምስዚ ዘተኣሳሰሩ ሕቶታትን ኣለዉ። ንህዝቢ ብዙሕ ዘዛረቡ፡ መብርሂ ዘድልዮም ሕቶታት ኢዮም።

ናብቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ንምምጻእ እዚ ብስም 13 ምሁራት ኤርትውያንን ዘወጸ ማኒፈስቶን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ዝዛረቡሎም ዘለዉን ጉዳያት ብትሕዝቶኦም ሓደ'ዮም። ዝሓለፈ ጥቅምቲ እዞም 13 ዝበሃሉ እዚ ኣብ መንነ መሪሕነት ኤርትራ ተፈጢሩ ዘሎ ሃጓፍ ብህጹጽ እንተ ዘይተፈቲሑ ሓደገኛ ሳዕቤን ከም ዝህልዎ ገሊጾም ኔሮም። ህዝቢ ጋን ኮይንዎ እናሃለወ ኢዮም ከምዚ ኢሎም። እዞም 13 ክብልዎ ደልዮሞ ዝነበሩ ነገር ብሩህ ኢዩ። ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትውያን ነዚ ማኒፈስቶ ደገፍም ክህቡ ትጽቢት ኔርዎም። ድሕሪዚ ናይ በርሊን ኣኼባ ዘሰፍሑ ኣኼባታት ናይ ምግባር ውጥናት 'ውን ኔሩዎም። ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ግና ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ንትሕዝቶን መልእኽትን እዚ ማኒፈስቶ ነጺግዎ። በዚ ድማ ውጥናቶም ፈሺሉዩ ተሪፉ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርከ ተመሳሳሊ ፈተነታት ተኻይዱዶ ኔሩ?

ኣልኣሚን፡ እወ ኔሮም። ሕጂ'ውን ኣለዉ። ቅድምን ድሕሪን ሳልሳይ ወራር ብፍላይ ንመረረታት ካድራት ብምልዕዓል ንምርስሳኖም ዝተገብረ ፈተነታት ብፍሽለት'ዩ ተዛዚሙ። ኣብታ ክፍትቲ ደብዳቤ ተገሊጹ ከም ዘሎ እዞም ውሑዳት ኣባላት ማእከላይ ሽማገለ ቅኑዕ መገዲ ይኸተሉ ከም ዘለዉ በቲ ሓደ ወገን 'ውን ንዕርቂ ይሓቱ ዘለዉ 'ዮም ዘምስሉ። እዚ 'ውን ኣብ ቀጻሊ ፈሺሉ'ዩ ተሪፉ። እዞም ሰባት ኣብዚ እዋን ንተኣፈፍቲ ጕዳያት እና'ልዓሉ ህዝቢ ኣብ ምርስሳን፡ ሽብሮ ኸገብር ንም'ቕስቓስ ኣብ ምፍታን ኢዮም ዘለዉ። ሓደ ካብዚ ሕቶ ቋንቋን ዝርግሐ ልምዓትን ዝምልከት'ዩ። ኣብዚ ክጽቀጠሉ ዝግባእ ጕዳይ እዞም ዘተላዕሉ ጕዳያት ካብ ሓቀኛ ሓልዮትን ትውፊትን ዝብገሱ ኣይኮኑን። ጕዳይ ስንኩላን ሽለል ከም እተባህለ፡ ናይ ግንባር ማዕከን ንስንኩላን ክዕደል፡ ዝተጣየሱ ተጋደልቲ ጽቡቕ ከም ዘይተፈድዩ፡ መንግስቲ መንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምጥያስ መደብ የብሉን፡ ተመሃሮ ናብ ከረምታዊ ማእቶት ክዋፈሩ የብሎምን ኢሎም ኢዮም። ሃቑናኣም ነዞም ክፋላት ሕብረተሰብ ንምርስሳን'ዩ።

እዞም ሰባት ዝገብርዎ ዘለዉ ዘመተ ንውልቃዊ ረብሓን ስልጣንን እምበር ንሃገርን ህዝብን ሓልዮም ኣይኮነን። ጸረ ህዝብን ሃገርን ኣብ ዘኾነ ዘመተ ምውፋሮም ከኣ ዘገርም ኣይኮነን። ተግባራቶም ዝኾነንን ዘሕትትን'ዩ።

መግለጺ እዞም ጕጅለ ክዕዘቡ ዝጸንሑ ኣባላት ግንባርን መንግስትን ሰለምንታይ ኢዩ መንግስቲ ሰጕምቲ ዘይወሰደሎም ዝብል ሕቶታት ክቕርቡ ጸኒሖም'ዮም። እዚ ኣስራሻሪ ሕቶ መዓሰ ኢዩ ክፍታሕ?

ኣቶ ኣልኣሚን፡ ሕጋዊ መዳዩ ንዝምልከቶም ገዲፍና፡ ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ዘለዉ ይመስለኒ። እቲ ቀዳማይ ህዝቢ ኣብዚ ጕዳይ ዘለዎ ኣረዳድኡ፡ ገምጋምን ፍርድን'ዩ። እቲ ካልኣይን መሰረታዊን ጕዳይ ንሃገር ኣጋጢምዋ ዘሎ ብድሆን ንሓፋሽ ኣብ ዘገድሱ ሃገራዊ ጕዳያትን ምትኳር'ዩ። ሉኣላውነትና ምርግጋጽ ቀዳምነት ዘወሃቦ ምርጫና'ዩ። እዞም ሰባት ካብ'ዚ ከላግሱና ዘገበሩ እንተ ገበሩ ኣይክእሉን ኢዮም። ዝቕጽል ዕማምና ንህዝብና ምድጋፍን ኩነታት መነባብሮኡ ምምሕያሽን'ዩ። ጎድኒ ጎድኒ'ዚ ስሉጥነትን ትካላት መንግስቲ ንምምሕያሽ ኣብ ጻዕሪ ኣሎና። ኣብ ህዝባዊ ጕዳያት ተሳትፎ ህዝቢ ንምርግጽ ጻዕርና ብምሉእ ሓይሉ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነትና'ዩ።

ኣብ ክንዲ ጸለመ ብጭብጢ ምምጻት ኢዩ ዝሓይሽ

ብ 15 ላዕለዎት ሰበስልጣን ህግደፍ ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ

11 ነሓሰ 2001

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ናይ ዓርቢ 8 ነሓሰ 2001 ቁ.211 ሕታማ ምስ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ዝገበረቶ ቃለ መጠይቕ ሒዛ ወጺኣ ኔራ። ጽማቑኡ ትሕዝቶኡ ከምዚ ዝስዕብ ክጠቓለል ይኽእል። እዞም 15 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍን ሃገራዊ ባይቶን፡-

1. ብወንጀል ዘሕትትን ዘነውርን ተግባር ፈጺሞም።

2. እንትርፎ ውልቃዊ ረብሓ ካብ መሪሕነት ህግደፍ ዝፍለን ንህዝቢን ሃገርን ዘርብሕን ፖለቲካዊ ፍልስፍና የብሎምን።

3. ህዝቢ ኣንጻሮም ስጕምቲ ክወስድ ይጽውዕኳ እንተ ሃለወ፡ ግንባር ጠለባት ህዝቢ ኣብ ምምላእን ጸገማት ኣብ ምብዳህን ተጸሚዱ ስለ ዘሎ፡ መንግዲ ዓቕሊን ምጽማምን ከም ዝመረጸን ዝኾነ ናይ ሃወኽ ስጕምቲ ከም ዘይወስድ፡ እዞም ሰባት ጌጋኦም ክግንዘቡን ካብ ተግባሮም ክእረሙን ከም ዝጽውዕ።

እዛ ቃለ መጠይቕ ነዚ ገሊጻላ። እዞም ዘይሕጋዊን ጨፍላቒን ስጕምቲ ንምምስማስ ዝተባህሉ ውጹእ ሓሶታት መቐጸልታ ናይቲ ዓመት መመላእታ ዝተኻየደ ናይ ጸለመ ዘመተ ኢዩ።

ሀ. ብዛዕባቲ "ዘነውር ገበን" ዝተባህለ

1. እዞም 15 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ንኣኼባ ዝቕረብዎ ጥርዓን (ሕቶ) ምላሽ ምስኣኑን ነዛ ክፍትቲ ደብዳበ ብምዝርግሑምን ኣልኣሚን ዝኾንኖም ዘሎ' ዩ ዝመስል ፡

    - ኣብ ዝሓለፈ ጥሪ 2001 ብዘይ ኣፍልጦ ማእከላይ ሽማግለ፡ ሃገራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለ ህግደፍን ብትሕዝቶኡ ንህዝቢ ዘሻቕለ ንላዕለዎት ሰበስልጣን ግንባር ናይ ምጽላም ዘመተ ዝጀመረ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ'ዩ። እዚ ዘመተ ከምጽኦ ዝኽእል ሓደጋ ብምግንዛብን ዝፈጠሮ ሻቕላ ከኣ ናይ ህጹጽ ግዜ ዘተ ብምጽዋዕ ጥራይ ከም ዝፍታሕ ብምእማን ብዙሓት ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ህጹጽ ኣኼባ ከም ዘድሊ ተገንዚቦም' ዮም። ናብ ፕረዚደንት ናይ ጽሑፍ መጸዋዕታ ክግበር ዝብል ሓሳብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣባላት ኣይተስማምዕሉን። ገሊኦም ነቲ መጸዋዕታ ፈሪሞም ከብቅዑ ኣስማቶም ክስሕቡ ተራእዮም 'ዮም። ገሊኦም ውን ኣብ መስርሕ ክቕጽሉ ኣይደለዩን። ስለዚ ቑጽሪ ኣመልከትቲ ናብ 15 ወሪዱ።

- ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ዝፈጠሮ ቅልውላውን ካልእ ፍልልያትን ብኣኼባ፡ ብዘተ፡ ብሕጋዊን ቅዋማዊን መንገዲ ንምፍታሕ ኣባላት 15 ካብ ለካቲት ክሳብ ግንቦት 2001 ዘለ' ግዜ ብተደጋጋሚ ኣኼባ ክግበር ጸዊዖም' ዮም። ተደጋጋሚ ሕቶኦም ምስ ተነጸገ፡ ግንቦት 2001 ንሕቶኦም ክፉት ደብዳበ ብዝብል ከቕርብዎ ተገዲዶም።

ግንቦት 2001 ብክፉት ደብዳበ ዝተገብረ ጻውዒት

1. ድኻማትን ኣገባብ ኣሰራርሓን ግንባርን መንግስትን ንምእራም፡
2. ህዝቢ ኣብ ግንባርን መንግስትን ንዘለዎ ዘንቄልቄለ እምነት ዳግማይ ንምውላዕ፡
3. ንዕላማታትን መብጽዓን ግንባር ንምትግባር
4. ድሕነት ህዝቢን ሃገርን ንምርግጋጽ
5. ኣብ ሓፋሽን ኣባላት ግንባርን ናጻን ክፋትን መኣዲ ዘተ ምልዕዓል፡ በዚ ኣቢልካ ከኣ ናብ ሓቀኛ፡ ቅዋማዊን ህዝባዊን መንግስቲ ንምህናጽ ዘኽእል ስፉዕን ሰላማዊን ምስግጋር ክህሉ፡

- ኣኼባ ክግበር ዘቕረብናዮ ጥርዓን ስለ ዝተነጸገ ሓደ ዝተረፈና ኣማራጺ ርእይቶና ብክፍትቲ ደብዳበ ምግላጽ'ዩ ኔሩ። እዚ ብውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ዝተበገሰ ወይ'ውን ንሃገርን ህዝብን ዝጎድእ ስጕምቲ ኣይኮነን። ነዚ ዝኾነ ክድግፎ ወይ ክነቕፎ ይኽእል'ዩ። ንቅዋም ግንባር ይጽዎ መንግስቲ ዝጥሕስ ስለ ዘይኮነ እዚ ተግባር ግቡእ'ዩ። ሕጋዊ'ዩ። ዘነውር ይኹን ዘሕትት ተግባር ኣይኮነን።

- ብኣንጻሩ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድን ስም ኣብ ምጽላም ተዋፊሮም ይርከቡ። (*እዚ ብሓጋጊ ይኹን ፈጻሚ ኣካል መንግስትን ግንባርን ዘይጸደቖ ተግባር'ዩ!*) ፕረዚደንት ኣቦ መንበር ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ኮይኑ ከብቅዕ ስሩዕን ግዜያዊን ኣኼባ ምግባርን ኣብዩ'ሎ። ክልቲኡ ብሕጊ ዘሕትት ተግባር'ዩ።

2. **ርእይቶ 15 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ዘሕትትዩ ብዛዕባ ዝተባህለ፡**

- ቅድምን ድሕርን ምውጻእ ክፍትቲ ደብዳበ ላዕለዎት ሰበስልጣን ግንባርን መንግስትን (ብፍላይ ፕረዚደንትን ኣቶ ኣልኣሚድ መሓመድ ሰዒድን) ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ዘይተስማምዓሎም ጉዳያት እና'ልዓሉ ብሚድያ ከጕስጉሱ ጸኒሖም '*ዮም*። ኣባላት "ጕጀለ-15" በቲ ዘለ' ዕድላት ሚድያ ርእይቶኦም ክገልጹ ከመይ ኢሉ ኢዩ ዘይፍቀደሎም? ሕጋዊ መሰሎም ዶ ኣይኮነን? በዚ ዝሕተት እቲ ንገሊኡ ኣባል ርእይቶኡ ከይገልጽ ዝኽልክል መንግስቲ ዝውንኖ ሚድያ ዶ ኣይኮነን? እቶም ኣብ ስልጣን ዘለው ህዝቢ ናብ ብዙሕ መኣዝናት ክርእይን ኣድማሱ ዘስፍሕን ናይ ምግባር ሓላፍነት የብሎምን ድዩ?

3. ኣብ ጉዳይ ኩናትን ሰላምን ከምኡ ‘ውን ኣብ ሳልሳይ ወራር ዝወሰድናዮ መርገጺ፡ ገለ ኣባላት “ጉጀለ-15” ጌጋ ፈጺሞም ብዛዕባ ዝብልዎ ዘለዉ፡

ሀ. ሰላም ነጺጉ ኩናት ዝመረጸ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ፡ እዚ ኣገላልጻ ንደመኛ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ (ወያነ) ካብ ገበን ኩናት ዝሓጽብ ኢዩ ። እዚ ነጸላኢ ዘጸብቐን ንሃገር ዝጎድእን’ዩ።

መስርሕ ሰላምን ኩናትን ካብ ፈለማኡ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ስቱርን ዝተሓላለኸን ኮይኑ፡ ኣብዚ ግዜ‘ዚ ብሕጋዊ መገዲ ይቕጽል ኣሎ። ንረብሓን ድሕነትን ሃገር በኣዘዩ ጥንቁቕ ኣገባብ ክተሓዝ ይግብኦ።

ልክዕ ከም’ቲ ብዛዕባ ሓይልን ድኽመታትን ወገንን ጸላኢን ገምጋም ዝግበር፡ ከምኡ ‘ውን ብዛዕባ መስርሕ ሰላም ገምጋም ክግበር ንቡር’ዩ። ኣብ ገምጋምን መደምደምታን ፍልልይ ክህሉ ይክእል’ዩ። ኣብዚ ገምጋም ፍልልይ ኣሎካ ማለት ጸላኢ ንምጽብባቕን ሃገር ንምጉዳእን ዝተገብረ ጌጋዩ ኢለካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን።

ንጸላኢ ንምጽብባቕን ኩሉ በደል ናብ መንግስቲ ኤርትራ ንምስካምን ዝፈተነ ኣባል የብልናን። ብዛዕባ መስርሕ ሰላምን ኩናትን መስከረም 2000 ብደረጃ ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ክልተ ኣኼባታት ተጌሮም ኔሮም። ንወያን ካብ ገበናት ኩናት ንምሕጻብ ዝፈተነ ኣባል እንተሎ መርትያ ኣምጽኡ። እቲ ዝርዝራት ኣኼባ ከኣ ንህዝቢ ይገለጽ። ከምዚ ተጌሩ ኣይፈልጥን’ዩ፡ ንህዝቢ ክግለጽ የብሉን እንድሕር ይበሃል ኣሎ ኮይኑ ሃገራዊ ኮሚተ ሽማግለታት ቄይማ ነቲ ዘሎ መርትያታት ትመርምሮ።

ወያነ ኩናት ዝቕጽለሉ ምስምስ ክህልዎ የብሉን ዝተባህለ ርእይቶ ሎሚን ይኹን ንመጻኢ ክግለጽ ዝግብኦ ቅኑዕ መርገጺ ኢዩ።

ሓምለ/መስከረም ብማእከላይ ቤ/ጽ/ህግደፍ ናብ ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ዝቐረበ ገምጋም ሰላምን መስርሕ ሰላምን እኹል ኣይኮነን። ሰፊሕ ኣሳታፍነት ዘለዋ ኮሚተ ንውሳኔ ክልቲኦም ኣካላት ክትከታተሎ ዝተባህለ ክሳብ ሕጂ ኣይተተግበረን። ሕጂ’ውን ንመስርሕ ሰላምን ብዝርዝር እተጽንዕ ኩሎም ዝምልከቶምን ካብ ህዝቢ ዝተዋጽኡን ኣባላት ዘለዉዋ ኮሚተ ክትቀውም ንጽውዕ።

ለ. ኣብ ልዕሌና ዘቐረበ ሳልሳይ ክሲ ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር *ነዚ ሓይሊ ወራር ደው ክነብሎ ኣይንክእልን ኢና። ፕረዚደንት ኣብ ሰልጣን ክሳብ ዘሎ ወያነ ኣይገድፉናን ኢዮም፡ ስለ‘ዚ ፕረዚደንት ክወርድ ኣለዎ። ወያነ ናብ መላእ ሃገር እንድሕር ደፊኦም ህዝቢ ምብሰባሶም ሰለ ዘይተርፍ ኣመሪካን ሕቡራት ሃገራትን ክንጽውዕ ኣለዎና።”* ኢልኩም ኢዩ ዝብል። እዚ ሓደገኛ መርገጺ ዝወሰዱ ላዕለዎት ሰበስልጣን ንመንፈስ መኸተ ዘቆናጽብን ንሃገር ዘዕኑን ተግባር ኢዮም ፈጺሞም፡ በዚ ክኣ ተሓተትቲ ኢዮም ዝብል ኢዩ።

ካብ'ዞም ተከሲሶም ዘለዉ 15 ውልቀ ሰባት ሓደ'ውን ከምዚ ኣይበለን። ኣሎ ዝብል እንተሎ ግና ምርትያኡ ሒዙ ክቐርብ ንጽውዕ።

ዋላ'ኳ ሳልሳይ ወራር በመኽተ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ህዝቢን እንተፈሽለ ህዝብን ኣባላት ምክልካልን ዝሓቱሎም ብዙሓት ፍሽለታት መሪሕነት ኣለዉ። ሞራሉ ዘይተተንከፈ ኣባል ሓይልታት ምክልካል ኮነ ህዝቢ የለን። ንኻልኦት ብተሰዓሪ ዝንባለ ብምክሳስን ዓንጸ ዓንጸ ብምግልባጥን ድኽመታትካ ምሸፋን ቅቡል ኣይኮነን።

ኣብ ግዜ ሳልሳይ ወራር ቅጽበታዊ ምዝላቕ (ብፍላይ ናይ ባረንቱ) ምስ መጸ ነዚ ተርእዮን ኣማራጺታትን ክምርምር ዘይፈተነ ኔሩ ክበሃል ኣይክኣልን። ህዝቢ ቀዳመይቲ ተኹሲ ምሰ ተኽፍተት ተኣምር ክርእ ኢዩ ዝብል ትጽቢታት ኣሕዲሩ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ቀዳሞት መዓልታት ኩናት ዝነበሮም ሻቕሎት ናብ ክቱር ብስጭት ዓሪጉ። ካብ ባረንቱ ምዝላቕ ምስ መጸ ከኣ መሪሕነቱ ናብ ምውንጃል ኢዩ ኣትዩ። እቲ ኩናት ብፕረዚደንት ይምራሕ ስለ ዝነበረ ከኣ ዝበዝሐ ካብቲ ነቐፌታ ብዛዕባኡ ክኸውን ባህርያዊ'ዩ ኔሩ።

ጎድኒ ጎድኒ ምዝላቕ ባረንቱ ካልእ ኣዝዩ ሓደገኛ ሓሳብ ተላዒሉዶ ኣይነበረን? ብሳላ ዘይምትግባሩ ከኣ ብዙሕ ክሳራ ክዕገት ተኻኢሉ'ዩ።

ማእከላይ ሽማግለን ሃገራዊ ባይቶን ፕረዚደንት ዝመርጹ ኣካላት ከም ምኟኖም መጠን (ኣብ ግዜ ሰላም ይዅን ኩናት) ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝስምየም ፕረዚደንት ከረቕሑን ክልውጡን ይኽእለ'ዮም። ዝኾነ ኣባል ባይቶ ፕረዚደንት ካብ ስልጣኑ ይውረድ ክብል ይኽእል'ዩ። ክልተ ሲሶ ካብ ኣባላት ባይቶ እንድሕር ደጊፎሞ ኸኣ ሓሳቡ ትግባረ ክረክብ ይኽእልዩ።

ዕላማ እዘን ክልተ ክሲታት ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ንምንዋር'ዩ። ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ዓወት ብኹሉ ዝውነን እንክኸውን ፍሽለት ግና ዝሕተተሉ ሃስው ይበሃለሉ። እንተ ተረኺቡ ክኣ ተሓታቲ ይኽውን።

እዞም 15 ኣባላት ሓሳባቶም ንሓድሕዶምን ንኻልኦትን ኣባላት እኳ እንተገለጹ፡ ኣብ ግዜ ኩናት መስርሕ ሰላምን ክሳብ መወዳእታ ርእይቶኦም ካብ ህዝብን ጸላኢን ከሚሎሞ ኢዮም ጸኒሖም። እቲ ዝተዋህቦም ተልእኾ ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ ኩሉ ዘከኣሎም ጌሮም'ዮም (ገለ ግዜ'ውን ብተበግሶኦም!) ። ሕራነ ህዝቢ ንምሕያልን ዕላማ ወያን ንምቕጻይን ሰሪሖም 'ዮም። ንስራሕ፡ መራሒ፡ ወይ መሪሕነት ነቒፍካ ማለት ጸላኢ ህዝብን ሃገርን ኢካ ማለት ኣይኮነን። ንሃገርን ህዝብን ዝሰርሕ መራሒ ነቐፌታ ክፈርሕ ዘይኮነ ከተባብዕ ኢዩ ዝግብኦ።

ሐ. ብዘይካ'ዚ "ጉጅለ 15" ውልቃዊ ረብሓኦምን ስምዒቶምን ክዉን ንምግባር ኢዮም እምበር ካብ ካልኦት ሰበስልጣን መንግስቲ ዝፍለ ሓሳባት ፡ ሃገራዊን ህዝባዊን ድርኺት የብሎምን ዝብል ጸለመ'ውን ቀሪቡልና'ሎ።

ቅዋማዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ምትእትታውን ምእራምን እንተ ዘይኮይኑ፡ እዞም 15 ሰባት ውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ዝደረኾም ኣይኮኑን። እንድሕር ዝፍለጠሎም

ውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ኣሎ ኮይኑ ስለምንታይ ዘይተገልጸ? ክሳብ ሕጂ ኣበይ ኔሮም ንዝተባህለ ከኣ ካብ ዝተርፍ ከድንጕ ይሓይሽ።

ኣቶ ኣልኣሚንን ብድሕሪኡ ዘሎ ሰብን ምንም ሃገራዊን ህዝባዊን ረብሓ ዘይውክሉ ኢዮም ኢሉ ከሲሱናሎ። ካብ ፈለማኡ ናብ ሃገራዊን ህዝባዊን ገድሊ ዝኣቱና ንዓኣቶም ባህ ክነብል ወይ ከይነብል ኢልና ኣየኮንናን። ንህዝብን ሃገርን ከነገልግል ናታቶም ምረቓን ፍቓድን ኣየድልየናን ኢዩ። ምስ ወያነ ግርጭት ንምውጋድን ብሰላም ክፍታሕን ከምኡ ውን ብገምጋም ኩናት 98/99 እቲ ዝቐጽል ደም ምፍሳስ ደው ንምባል ዝገበርናዮ ጻዕሪ ብውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ዘይኮነ ንስለ ሃገርን ህዝብን ኢልና ዝወሰድናዮ ኢዩ። ንስትራቴጂካዊ ምዝላቕ ህ.ግ. 78/79 ከም ተሰዓሪ መርገጺ ጌሮም ዝርእይዎ ሰባት ምንባሮም ክንዝክር ይግባኣና።

እዚ ንወያነ ሓጺብና ንኤርትራ ከም ዝኾነንናያ ዘምስል ክሲ ኢዩ። ወያነ ንኤርትራ ክረግጻ ፈቒድናለ ዝብል ሓሳባት ማንም ቕሙ ነገር ወሲዱ ዝኣምኖ የለን። ቅድምን ድሕርን ኩናት ምስ ወያነ ርክብ ዘገበረ ኣባል የብልናን ። ካብዞም 15 ምስ ወያነ ይኹን ኢትዮጵያ ርክብ ዝነበሮ ስለ ዘየሎ ዝኾነ ሕቡእ ርክብ ክህልወና ኣይክእልን ኢዩ።

ብዘይካ ውልቃዊ ረብሓን ስምዒትን ኣብ ኣጠማምታ ዝኾነ ፍልልይ ከም ዘይብልና ’ውን ተኸሲሰና ’ሎና። እንድሕር ፍልልይ ዘየሎ ኮይኑ ፡

1. ኣኼባ ባይቶ ምስ ጸዋዕና ፕረዚደንት ስለምንታይ ኣብዩ፡
2. ፕረዚደንት ብሃገራዊ ባይቶ ንዝተጣየሰት ኮሚተ ስለምንታይ ስርሓ ክተቋርጽ ጌሩ፡
3. እቶም ኣብ ግንቦት 2001 ኣብ ዝዘርጋሕናዮ ክፉት ደብደቤ ዘቕመጥናዮም ቅዋማዊ ግዴታታትን ውሳኔታትን ባይቶ ስለምንታይ ናብ ትግባረ ዘይተሰጋገሩ ፡
4. ግንቦት 2001 ናብ ህዝቢ ክፉት ዝገበርናዮ ደብዳቤ ፍልልይና ዘግህድ ዶ ኣይኮነን
5. ብገለ ክፋል ናይ ህዝቢ ዝተለዓሉ ሕቶታት ንምጕላሕን ንምምዝማዝን እንተ ዘይኮይኑ ዝኾነ ናይ ርእይቶ ፍልልይ የብሎምን ኢዮም ኢሎምና። ንመረታትን ጕዳያትን ህዝቢ ኣቓልቦ ምሃብ፡ ክትርድኡም፡ ክትጣበቕሎምን ንዕኡም ዝኸውን ፍታሕ ክተምጽእን ምፍታን ቅዱስ ገዴታዶ ኣይኮነን። ዝተላዕሉ ጕዳያትን ዝቐረቡ ፍታሓትን ኣለዉ እንተ ኾይኖም ጉጅለ 15 ዘለዓልዎም ኢዮም ማለት ድዩ? እዚ ምባል ህዝቢ ዘጋጠሞ ሽግር የሎን ከም ምባል ኢዩ። ብዘይ ድፍኢት “ጉጅለ-15”

ህዝቢ ብናይ ገዛእ ርእሱ ተበግሶ ሽግሩ ክፈትሕ እክእልን ኢዩ ምባል ንዕቀት ጥራይ ኢዩ ዘመልክት።

መ. ኩሉ ህዝቢ ኣንጻሮም ስጕምቲ ክንወስድ እናጸዋዓና ትም ዝበልናሉ ምኽንያት ዘሎ ብድሆታትን ጠለብ ህዝብን ንምግጣም ኢና፡ እንተ ዘይኮይኑ ስርሖም ዘነውርን ገሊኣቶም ከኣ ክሲ ክምስረተሎም ኢዩ ዝብል መግለጺ'ውን ኣለዎ።

እዞም ስጕምቲ ክውሰድ ዝጸውዑ መንዮም?

እቶም ዘይፍለጡ መሲልዎም ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ (ጥሪ 2001) ዝተሳተፉን ኣቐዲሞም በልዎ ዝተባህሉ ሓሳባት ዝደግሙ ዝነበሩ ሰባት ድዮም?

እዞም ኣብ መንግሰታዊት ጋዜጣ ትርግታ ብናይ ብርሂ ስም ዝጽሕፉ ዝነበሩን ስሞም ዝተኸወለ ዝመሰሎምን ሰባት ድዮም?

እዞም ካብ ጳጳስ ንላዕሊ ካቶሊክ ክኾኑ ዝፍትኑ ዘለዉ መን እዮም ? ግቡኦም ብምፍጻም ስልጣን ዝረኸቡ ሕሩያት ሰብ መዚ ድዮም ወይስ ተሓታትነት ዘይብሎምን ኣብ ስልጣን ተሓዚሎም ዝኣተዉን ግቡዛት? ወይስ ቅልውላው ነብሰ ምትእምማን ስለ ዘለዎም ንሕና ካብ ጸወታ እንተተኣሊና ናይ መጻኢ ዕድላቶም ክወሓሰን ክድልድልን ኢዩ ኢሎም ዝኣምኑ ኢዮም?

እቲ ብ "ጕጅለ-15" ዝተጠልበ ኣኼባን ክትግበር ዝግብኦ ውሳኔታትን ንረብሓ ህዝቢ ዶ ኣይኮነን? ፕረዚደንት ኣኼባ ዘይጸዋዓሉ ምኽንያት ፈጺሙ ግዜ ስለ ዝሰኣነ ደዩ? ወይስ ምስቲ ካልእ ግዚኡ ዘጥፍኣሉ ዘሎ ጕዳይ ብምንጽጻር ካልኣዊ ጕዳይ ኢሉ ስለ ዝሓሰቦ ኢዩ? ዋላኳ መዓልቲ ናጽነትን ፈስቲቫልን ክግበሩ ዝግብኦም እንተኾኑ እቲ ኣብዚ ዝጠፍእ ዘሎ ንዋይ፡ ግዜን ጉልበትን ምስ ጽምኣት ህዝቢ ብምርእኣይ ቀዳምነት ዝወሃቦ ድዩ?

ኣደ፟ታት ስዒኣት ክሳብ ደቀን ዝንገራ፡ ዝተፈናቐሉ ናብ መረበቶም ክሳብ ዝምለሱ፡ ምሕንጻጽ ዶብ ክሳብ ዝግበር ዝብል ምሰምሳት እናፈጠርካ ሃገራዊ ጕዳያት ከይፍጸሙ ዕንቅፋት ምፍጣር፡ ምድንጓይን ዘየድሊ ታህዲድን ምፍጣር ግቡእ ድዩ?

ምንጋር ስዒኣት ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ክግበር ኣይምተኻእለን ደዩ? እቶም ዝተፈናቐሉ ኣብ ምምላሶም እግሪ ክተኽሉ ኣይጠልቡን ድዮም? ብዛዕባ ኮሚሽን ዶብ ዝምልከት ድማ እቲ ጻዕሪ ክንደይ ይወስድ ብዘየገድስ እቲ መስርሕ ኣብ ሕጊ ዝተመርኮሰ ዶ ኣይኮነን ዝኸውን?

ዋላኳ ክልቲኣቶም ወገናት ብውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ክቕየዱ ምኻኖም እንተፍለጡ ሓዲኡ ወገን ነቲ ውሳኔ እንተ ዘይተቐበለ'ኸ ንዝብል ሕቶ፡ ውሳኔ ከም ዝቕበሉ ዘውሕስ መስርሕ ሰላም ክግበር ዝብል ዶ ኣይኮነን እቲ መልሱ? እቲ መልሲ ግድን ኩናት ወይ ግርጭት ድዩ ክኸውን? ጉዳይ ዶብ ምስ ተፈትሐ 'ውን ግርጭት ንምልዕዓል ካልኦት ምስምሳት ክለዓል ይከኣል ድዩ? ኣብ ከምዚ ኩነታት ነቲ ግርጭት ዳግማይ ንምልዕዓል ምኽንያት ዝኾነ ነገራት ብምልላይ ብሰላማዊ መገዲ ክትፈትሑምዩ ዝፍተን። እዚ እንተ ዘይኮይኑ ምሕንጻጽ ዶብ'ውን ንባዕሉ ንዝመጹ ግርጭታትን ምምዝባልን ደው ንምባል ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ዶብ ከይተሓንጸጸ ዝብል ምስምስ መደናነዪ ምኽንያት ኢዩ።

እዞም ብ "ጉጅለ 15" ዝተጸውዑ ኣኼባታትን ትግባረ ውሳኔታትን ንምንታይ ስዒኦት፡ ምጥያስ ዝኾተቱን ምምልካት ዶባትን ጉዳይ ዳግመ ምምላስን ምክልኻል ሉኣላውነት ሃገርን ብኽመይ ኢዮም ዕንቅፋት ዝኾኑ? ኣይፋሎምን! እዚ ነቲ ስራሕ ዝያዳ ቅርጽን ስርዓትን ዝህብ እምበር ዕንቅፋት ኣይኮነን። እዞም ጉጅለ ንጉዳይ ምክልኻል ሉኣላውነት ሃገር ሓዊስካ ዝኾነ ግቡኣቶም ንምፍጻም ድሉዋት ኢዮም።

ተሃዊኽና ኣብ ክንዲ ስጉምቲ እንወስድ ትም መሪጽና 'ሎና ዝብል መግለጺ ዳእላ ኢዩ። ለካቲት 2001 ዝተገብረ ዘመተ ጸለመን ቅልውላውን ዝጀመሮ መን ድዩ? ሰሚቦም ዘተገብሩ ሰሚናራትን ቃለ መጠይቕን ፡ ሰለስተ ኣኼባታት እምባትካላ፡ 6 ሓምለ ዝተኻየደ ኣኼባ ላዕለዎት ሰበስልጣን ማእከላይ ቤ/ጽ ህግደፍ ናይ ትም ምልክታት ደዮም?

እቲ ኣልኣሚን መ/ ስዒድ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መጠይቕ ብታህዋኽ እንወስዶ ስጉምቲ የለን ፡ ከምኡ 'ውን ገለ ብግበን ዝሕተቱ ኣለዉ፡ ዘይሕተቱውን ኣለዉ ዝበሎ ንምፍልልይና ዝተገብረ ውዲት ኢዩ። ንኽፈራርሁናን ክፈላልዩናን ግዜ ስለ ዝደለዩ፡ ምስ ፈላለዩና ከኣ ንኽጥቅዑና ስለ ዝኾሎም ኢዩ።

ንሳቶም ከጸልሙና ብዙሕ እኳ እንተበሉ፡ ንሕና ካብ ሓደ ኣውራጃ ወይ ሃይማኖት ኣይኮንናን። ሓቀኛ መንነትናን ንምጭፍላቕና ዝግበር ዘሎ ምቅርራብን ንህዝቢ ንነዊሕ ስዒር ኣይክኸውንን ኢዩ።

ዝኾነ እንተላይ እቲ ፕረዚደንት ገበን ፈጺሙ እንተኾይኑ ገበኑን ከሳሲኡን ብክፉት ይቕረብ። ጠበቓ ክቐጽር ይፈቐደሉ፡ መሰለ ክሕለወሉን ጉዳዩ ብናጻ ቤት ፍርዲ ክረአን ይግባእ። ካብዚ ወጻኢ ዝውሰድ ዝኾነ ስጉምቲ ዘይሕጋዊ ኢዩ። ሳዕቤኑ ኸኣ ሓደገኛ'ዩ።

እዞም ብ "ጉጅለ 15" ዝፍለጡ ንዲሞክራስያዊ ለውጢን ጽገናታትን ዝሓተቱ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኤርትራ ብ 18 መስከረም 2001 ብሓይልታት ጸጥታ ህግደፍ ተዓፊኖም ካብ ቤቶም ተመንጢሎም። ናብ ዘይተፈልጠ ኣብያተ ማእሰርቲ ከኣ ተወሲዶም። ድሕርዚ እዞም ሰባት ካብ ዝኽሪ ሓፋሽ ንኽስወሩ ብስርዓት ህግደፍ ዘይተገብረ ነገር ኣይነበረን። ካብ ኣርካይቭ ዝርከብን ኣብ ተሌቪዥን ዝቐርብን ስእሊ (footage) ከይረኣዩ ጽዑቕ ኢዲቲንግ ይግበረሉ። ብዛዕባ ሃለዋትን ጉዳይን እዞም ሰባት ዘልዓሉ ከኣ ኣደዳ ምፍርራህን ማእሰርትን ኮይኖም ቅሂሞም እዮም። ክሳብ 2010 ብዛዕባ ሃለዋት እዞም ሰባት ገለ ዝተጀልሐን ቅንጥብጣብን ሓበሬታታት በብግዚኡ ይናፈስ ኔሩ'ዩ።

ኣብ 2010 ግና ካብ ኣባላት ሓለዋ እዞም እሱራት ፖለቲካ ነበር ኢዮብ ባህታ ዝርዝራዊን ሰፊሕን ሓበሬታ ተረኺቡ። እዚ ምስክርነት ንኣረሜንነት ስርዓት ህግደፍ ኣጸቢቕ ዝፈድሐን በዙሕ ዘፃረበን እዩ ኔሩ። መበቆላውነቱ ንምሕላው ከም ዘለዎ ብቓል መስካሪ ከም ዝቐርብ ጌረ ኣሎ'ኹ።



ኢዮብ ባህታ

ህጉናታት ቤት ማእሰርታት እምባትካለን ዒራዒሮን ፡-

06, ጥሪ 2010

እምባትካላ

ካብ 18 መስከረም 2001 ክሳብ 5 ሰነ 2003 እምባትካላ ቤት ማእሰርቲ ኣባላት “ጉጅለ 15” ን ጋዜጠኛታት ብሕቲን ካልኦትን ኮይኑ ከገልግል ጸኒሑ። እቲ ገዛውቲ ቤት ማእሰርቲ ክኸውን ተሓሲቡ ዝተዳለወን ዝተሰርሐን ኣይነበረን። ኣብ ግዜ ደርግ ወታደራዊ መዓስከር ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ዝተወሰነ ምትዕርራይ ተገይርሉ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ጥበብ ምሕደራ ዝመሃሩሉ ትካል ኮይኑ። በዚ ምኽንያት ንሓለዋ እሱራት ኣዚዩ ኣጸጋሚ’ዩ ነይሩ። ዝተኣሰርሉ ክፍልታት ብርክት ዝበሉ መሳኹቲ ስለ ዝነበርዎ በቲ ሓደ ወገነ ከኣ እምባትካላ ህዝቢ ዝነብረላ ዓዲ ምስ ምኟና ሚስጥር እዞም እሱራት ከይወጽእ ስለ ዘስግእ፡ ንሓለዋ ምቹእ ኣይነበረን። ነፍሲወከፍ ክፍሊ (ሼላ) ኣብ ውሽጡ ዓይኒ ምድሪን ሻወርን ስለ ዘይነበሮ እሱራት በቢሓደ ናብ ባኞን ሽቓቕን ከተመላልስ ኣድካሚ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ፡ ንግዳም ቃልዕ ስለ ዝኾነ እሱራት ከይሃድሙን ሰብ ከይርእዮምን ስግኣታት ነይሩ። 2ተ እሱራት ኣብ ውሽጢቲ ክፍልታት ብዝነበረ ቤትሮታትን መንጠልጠሊ ሸኻላትን ክዳን ለይቶም ቀዲዶም ተሓኒቖም ነብስ ቅትለት ፈጺሞም። ካልኦት ፈተነ ኣካይዶም ግና ተታሒዞም። ነፍሲወከፍ 16 ክፍሊ ዘለዎ 3ተ ብሎካት ብሓፈሻ ዳርጋ 48 ክፍልታት ነይሩ። ንህጉናታት ኣየሩ ግን ካብቲ ደሓር ዝኣተውዎ ዒራዒሮ ኣዚዩ ዝሓሸ ነፋሻ ቦታ ስለ ዝነበረ እሱራት እንተወሓደ ጸገም ጸቕጢ ኣየር ኣይነበሮምን።

ዒራዒሮ፡-

ካብ ቤት ማእሰርቲ እምባትካላ ተመኩሮ ተወሲዱ ዝተደኮነ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ኢዩ። ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ንምድላው ኮለላን መጽናዕትን ኣብ ምክያድ ኢዮም ኔሮም ። ዒራዒሮ ኣብ 70ታት መዋፈሪ ህዝባዊ ግንባር ኢዩ ኔሩ። እተመርጸሉ ቀንዲ ረጂሒ ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ናብቲ ከባቢ ዝኣትው ሰበኽ ሳግም ገዲፍካ ኣብ ዙሪያቲ ንቤት ማእሰርቲ ዝተሓርየት ቦታ ህዝቢ ዘይምንባሩ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ክሳዳት ኣሃዱታት ኣዋፊርካ ናይ ሰፊሕ ዙሪያ ሓለዋ ምግባር ከም ዝከኣል ተደምዲሙ። እዚ ውሳነ ኣብ ተግባር ምስ ወዓለ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ዙርያኡ ብክ/ሰ 32 ይሕሎ ነይሩ። ቀጺሉ ብብርጋድዬር ጀነራል ወድሓንስ ትምራሕ ዝነበረት ክ/ሰ 32 ኣዛዚኣ ናብ ካልእ ቦታ፡ እታ ኣሃዱ ድማ ናብ ዓሰብ ምስ ተቐየረት ዝተከኣታ ክ/ሰ 22 እያ። ክሳብ ሕጂ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዙሪያ ሓለዋ ትርከብ ኣሃዱ ከኣ እዛ ክ/ሰራዊት እያ። እዚ ቦታ ብናይ ሩሑቕ ሓለዋ ክሽፈን ስለ ዝከኣል ፡ ባህርያዊ ኣቀማምጣኡ ከኣ ብታባታት ዝተኸበበ፡ ዓሚቕን ሓያል ዋዒ (ጸቕጢ ኣየር) ዘለዎን ብምንባሩ ንቤት ማእሰርቲ ተመሪጹ። ትካል ሰንበል (ህግደፍ) ዘስርሖ ጽኑዕ ኮንተይነራት ናብኡ ከም ዝግዕዝ ተጌሩ። ብፍሉይ ትእዛዝ ፕረዚደንት ትካል ሰንበል ጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ካብ ጎማታት፡ ሓጺንን ኬላን ዝተሰርሐተ ተገማጠምቲ ኮንቴይነራት ነደፈ። ብዝሑ ጠቕላላ 3 ብሎካት ኮይኑ እቲ 1ይ ብሎክ 27 ክፍልታት (ኮንቴይነራት)፡ 2ይ ብሎክ 18 ኮንቴይነራት፡ 3ይ ብሎክ 15 ኮንቴይነራት ኮታ ጠቕላላ 60 ሼላታት ንእሱራት ተዳለወ። እዚ ነቲ ካብ ቤት ማእሰርቲ ቁሩብ ፍንተት ኢሉን ኣብ ዝበረኸ ቦታ ዝተደኮነ ናይ ሓላፊን ወሃብት ድጋፍን (ክፍሊ ሕክምናን ስቅን) ከይሓወስካ ኢዩ።



ተሰሪሑ ምስ ተወድአ እምባትካላ ዝነበረ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ናብ ዒራዒሮ ተቐይሩ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ እምባትካላ ዝነበረ ኣባል ሓለዋ ድማ ናብ ዒራዒሮ ገዓዘ።

ሓንቲ ሼላ ስፍሓታ 3 ብ3 ሜትር፡ ቁመታ 3 ሜትር፡ ርጉዲ (ድርዒ) 3 ሴ/ሜትር ኮይኑ መስኮት የብላን። ኣብታ ጸባብ ማዕጸ ብደገ ጥራሕ ትኽፈትን ትዕጸን ብቅርጺ ክቢ ዝተሰርሐት ንእሽቶ ከፋት ኣላታ። ንዝተወሰነ ግዜ ተኽፈታ ኣየር ክተእቱ፡ እቲ እሱር ምስ ዝኽኡሕኡሕን ዝዳሃየካን ከፈትካ ትሰምዓላ፡ ቢያቲ መግቢ ዝኣትወላ ማይ ግን ዘይተስለኽ ጸባብ ከፋት'ያ። ነፍሲ ወከፍ እሱር ኣብ ውሽጢ ኮንቴይነሩ ሽቓቕን ሻወርን፡ ኣብ ልዕሊ ሽሜንቶ ዝተነጸፈት ሓንቲ ኮቦርታን ሽበጥን ጥራሕ ኣላቶ። (ምናልባት ሓንቲ ቅያር ኮምፕሊት ክርኤሽን ቱታ እውን ኣላቶ።)

እሱራት ኣብታ 27 ኮንቴነራት ዘለዋ ብሎክ 'ዮም ዘለዉ። ፈለማ ብዝሑም 35 እናሃለዉ ኣብ ክልተ ብሎካት እኳ እንተነበሩ ቑጽሮም ብሞት እናንደለ ምስ መጸ፡ ድሕሪ 2007 ንሓለዋ መታን ክጥዕም ናብ ሓደ ብሎክ ከም ዝጥቕለሉ ተጌሮም ይርከቡ። ነፍሲወከፍ ሼላ 3 ሜትሮ ዝንውሓቱ ንሕድሕዱ ዝፈላሊ ብብሎኬት ዝተሃነጸ ካንሼሎ ኣለዎ። እዚ ትካል ሰንበል ዝሃነጸ ካንሸሎ ብሓደል ህርመት ዝናብን ንፋስን ኣብ 2007 ተደርሚሱ፡ ነቲ ብላዕሊ ብዚንጎ ብጎኒ ብጎማን ብታሕቲ ትሬቶ ሓጺንን ጣውላን ዝተሰርሐ ሼላታት 'ውን ኣጣሚምዎ፡ ጸገም ተፈጢሩ ነይሩ። እቲ ኮንቴነር ብፍሉይ ዲዛይን ሞያ ትካል ሰንበል ስለ ዝተሰርሐን ዝተገጣጠመን ፈታቲሕኻ ክእለ እነተኾይኑ ግድን ካብቲ ትካል ሰባት ክኣትው ነበሮም። 3ተ እሙናት ኣባላት ተሓርዮም ብሓይሊ ኤሌክትሪክ ፈቲሖም በታቲኖም ኣልዮሞ። ብሎኬታት ካብ ኣስመራ ከም ዝመጽእ ተጌሩ ኣብ ቦታ እቲ ዝፈረሰ ኮንቴነር ተተክአ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ብኣባላት ሓለዋ ሓደሽቲ ክፍልታት ክህነጽ ተገይሩ።

ገዛውቲ ኣባላት ሓለዋ ፈለማ ብቴንዳ እኳ እንተነበረ ሃሩርን ንፋስን ስለ ዘሸገረ ነፍሲወከፍ ጋንታ ከክልተ ህድሞ (Underground) ባዕላቶም ብምስራሕ ይነብሩ።

ቤት ጽሕፈትን መንበሪን ሓላፊ፡ እንዳ ቁጠባ፡ ፋይናንስ፡ ክፍሊ ሕርሻን ሕክምናን ግን ኣብ ብርኽ ዝበለ ነፋሻ ቦታ ትካል ሰንበል ኣብ ዝስርሑ ኮንቴነራት ይነብሩ።

ዒራዒሮን ኣብ ከርሳ ዝሰተረቶም እሱራትን

ኣብ 2006 ኵነታት እሱራት ቤት ማእሰርታት እምባትካላን ዒራዒሮን ኣመልኪቱ (ምንጪ ብዘግድስ) ብዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት ተፈንዩ ኔሩ። ስዒቡ'ውን ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ (E.P.M) ብመንገዱ ዘረጋገጾ ሓበሬታ ምዝርግሑ ብመዓከናት ዜና ተሰሚዑ ኔሩ። ክሳብ ጥሪ 2010 ዝነበረ ኵነታትን ለውጥን ከኣ ከምዚ ይመስል።

(*መዘኻኸሪ*፡- እሱራት ብስሞም ኣይኮኑን ዝጽውዑ። ንኣባላት ሓለዋ ዝዕደል ኮድ ኣለሞ። ኣባላት ሓለዋ *እሱር ኣብ ክንዲ ብስሙ በዚ መተካእታ ሰም ሰምዓዮ፡ ንዝበለካ በዚ መጸዊዕኡ ቕጽሪ ሓብር* ብምባል ካብ ፈለማኡ ተነጊርዎም ኢዩ። እሱር እንተ ደኣ ተሰዊኡ እታ ቕጽሪ ብርእሲኡ ንዝነበረ ቀጽሪ ትዕደሎ።)



ካብ ሳተላይት ዝተረኽበ ስእሊ ዒራዒሮ

ስእላዊ መግለጺ ቤት ዒራዒሮ

ዒራዒሮ ንቤት ማእሰርቲ ጥራይ ተባሂሉ ዝተሰርሐ 3 ብሎካት ኣለዎ። ኣብቲ ስእላዊ ካርታ ከምዝርኢ እቲ 2 ብሎካት ኣብ ሓደ ከባቢ ኮይኑ ሓደ ብሎክ 15 ሼላታት ፡ ኣብ ጥቐኡ ዝርከብ 2ይ ብሎክ ከኣ 18 ሼላታት ኣለዉዎ። እዚ ብሎካት ክሳብ መወዳእታ ጥሪ 2010 እሱራት ኣይነበርዎን።
እቲ እሱራት ዝርከብሉ 27 ሼላታት ዘለዎ 3ይ ብሎክ ሓባሪ (Arrow) ተገይርሉ ዘሎ ቦታ ተመልከት። ክሳብ'ቲ ዝተጠቐሰ እዋን እቶም ብህይወት ዝነበሩ 20 እሱራት ነፍሲወከፎም ዝነብሩላ ሼላ፡ መለለይ ቑጽሮምን ዝርዝር ኣስማቶምን ከምዝስዕብ ይጥቀስ።

ተ.ቁ	መፍቱሕ	ናይ ኡሱር ስም	መለለይ ኮድ ቁጽሪ	ዝነበሮም ስራሕ/ሓላፍነት
1	A	ክፍሎም----	35	ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኣመሪካ
2	B	ተመስገን ገብረየሱስ "ክርቢት"	22	ጋዜጠኛ
3	C	ዳዊት ኢሳቐ	36	ጋዜጠኛ
4	D	ኣማኒኤል ኣስራት	25	ኣዳላዊ ጋዜጣ ዘመን
5	E	ብ/ጀ እስቲፋኖስ ስዩም	23	ፋይናንስ ሚኒ/ሪ ምክልኻል
6	F	በራኺ ገብረስላሴ	34	ሚኒስተር መንዕዝያን መራኽቢታትን
7	G	ጴጥሮስ ሰሎሞን	2	ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ
8	H	ስዩም ጸሃየ	10	ጋዜጠኛ
9	I	ሜ/ጀ ብርሃነ ገረዝግሄር	7	ሓላፊ ሎጂስቲክስ ሚ/ምክልኻል
10	J	ዓሊ----	3	ሰራሕተኛ ኢንባሲ ኣመሪካ
11	K	ተስፋይ ጎሞራ	16	
12	L	ፈርኦን ወልዱ	13	
13	M	ሚርያም ሓጎስ	28	
14	N	ስዒድ ዓረ	29	
15	O	ዶ/ር ስራጅ	6	
16	P	ኪሮስ----	21	
17	Q	ኢሳያስ----	33	
18	R	ዳዊት ሃብተሚካኤል	12	ጋዜጠኛ ዘመን
19	S	ኣልኣዛር መስፍን	1	
20	T	ሃይለ ወልደተንሳኢ (ድሩዕ)	4	ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ

1. ካብ መስከረም 18, 2001 ክሳብ መወዳእታ ጥሪ 2010 ዝተሰውኡ ኣባላት “ጕጅለ 15”

1.ማሕሙድ ሸሪፎ

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ነበር

መለለዪ ኮድ፡ 27

ድሮ ጕዕዞ ናብ ዒራዒሮ፡ ሰነ 05, 2003 **ኣብ እምባትካላ ተሰዊኡ።**



ስዉእ ሚኒስተር ማሕሙድ ሸሪፎ


2. ጀነራል ዕቻብ ኣብርሃ

ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝነበረ

መለለይ ኮድ፡ ቁጽሩ 13

ዕለተ መስዋእቲ፡ 13 **ሓምለ** 2002

ቦታ መስዋእቲ ፡ እምባትካላ።-ፋልማይ ስዒእ።



ስዒእ ጀነራል ዕቻብ ኣብርሃ

3. ወ/ሮ ኣስቴር ፍስሃጼን

ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ዝነበረት

መለለይ ኮዳ ቀጽሪ 11

ዕለተ መስዋእቲ፡ 12 **ሰነ**, 2003

ቦታ መስዋእቲ፡ ኣብ ዒራዒሮ ምስ ኣተወት ብሓያል ጸቕጢ ኣየር ተሰዊኣ።



ወ/ሮ ኣስቴር ፍስሃጼን

4. ኣቶ ጀርማኖ ናቲ

ኣማሓዳሪ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ

መለለይኡ ኮድ ቁጽሪ 30

ኣብ መጀመሪያ ወርሒ 2009 **ተሰዊኡ።**



ስዒእ ኣቶ ጀርማኖ ናቲ


5. ኣቶ ሳልሕ ኬኪያ

ሚኒስተር መጓዓዝያ ዝነበረ

ኮድ ቁጽሪ 6

ዕለተ መስዋእቲ፡ 09 **ሰነ** 2003

ዒራዒሮ ምስ ኣተወ ብሓያል ጸቕጢ ኣየር ተሰዊኡ።



6. ኣቶ ሓምድ ሕምድ

ኣብ ሃገረ ሱዕዲ ኣምባሳደር ኤርትራ ነበር

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 31

ኣብ ዒራዒሮ ዝተሰውኣት።

ዕለት መስዋእቲ፡ 22 **መስከረም**, 2003

መስከረም 18, 2001 **ብሓይልታት ጸጥታ ኤርትራ ተዓፊኖም ዝተኣሰሩ ኣባላት "ጉጅለ** 15" **ጠቕላላ** 11 **ኢዮም። 6ተ ተሰዊኦም 5ተ ድማ ክሳብ ጥሪ** 2010 **ህልዋት ኢዮም።**

2. ካብ መወዳእታ 2001 - ጥሪ 2010 ዝተሰውኡ ጋዜጠኛታት ብሕቲ

1. ፍስሃ ዮሃንስ (ጆሹዋ) ።

ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሰቲት

ዕለት መስዋእቱ፡ ጥቅምቲ 13, 2002

ቦታ መስዋእቲ፡ እምባትካላ። ምሒር ጸቕጢ ኣየር ብዝፈጠሮ ጭንቀት ብማሕነቕቲ ነፍሰ ቅትለት ፈጺሙ። ኣብቲ እዋን ናይ እሱር መለለይ ቁጽሩ 10 **ነይሩ።**

(ድሕሪ መስዋእቲ ጆሽዋ መለለይ ኮድ ቑጽሪ 10 **ንጋዜጠኛ ስዩም ጸሃየ ተዓዲሉ ኢዩ።)**



ሰዒእ ጋዜጠኛ ፍስሃ ዮውሃንስ "ጆሹዋ"

2. ማቴዎስ ሃብተኣብ

ኣሰናዳኢ ጋዜጣ መቻልሕ

መለለይ ቁጽሩ 20

ዕለተ መስዋዕቲ፡---2005።



ስዒእ ጋዜጠኛ ማቴዎስ ሃብተኣብ

3. ጋዜጠኛ ስዒድ ዓብደልቃድር

ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ኣድማስ

መለለይ ቁጽሩ 24።

መጋቢት 2005

ዝነበሮ ከቢድ ጭንቀት ምስ ሓያል ጸኾጢ ኣየርን ተደማሚሩ ኣብ ዒራዒሮ ተሓኒቹ ተሰዊኡ።




ስዒእ ጋዜጠኛ ስዒድ ዓብደልቃድር

4. መድሃኔ ሃይለ

ኣዳላዊ ጋዜጣ ቀስተ ደበና

ዕለተ መስዋእቲ 08 **የካቲት** 2006

ቦታ መስዋእቲ፡ ዒራዒሮ ።



ስዒእ ጋዜጠኛ መድሃኔ ሃይለ

5. **ዮሱፍ መሓመድ ዓሊ**

ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ጽጌናይ

መለለይ ቀጽሪ -9።

ዕለተ መስዋእቲ፡ 13 **ሰነ** 2003

ቦታ መስዋእቲ ፡ ዒራዒሮ እትው ምስ በለ ዕለት ምስ ኣስቴር ፍስሃጼን ብናይ ሰዓት ኣፈላላይ ኣብ ሓደ መዓልቲ ።



ስዒእ ዮሱፍ መሓመድ ዓሊ

2001--2002 ናብ እምባትካላ ካብ ዝኣተው 9ተ ጋዜጠኛታት እቶም 5ተ ስውኣት እንክኾኑ ዛጊት 4ተ ኣብ ኣዝዩ ዘሻቕል ቀጢን ፈትሊ ህይወት ይነብሩ ኣለው። ሓመድ ኣዳም ክሳብ ዘይለበሱ ኣለው ክባሃል ስለዘለዎ እምበር ኩነታቶም ካብ ምዉታን ዝሓይሸ ኣይኮነን።

3. ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕን ጽፍሕታትን ይነጥፉ ዝነበሩን ደገፍቲ “G- 15” ተባሂሎም ዝተኣሰሩ ዜጋታት፡-

1. ኣቶ ተስፋገርግሽ

ኣማሓዳሪ ጸሮና ዝነበረ

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 14

ዕለተ መስዋእቲ 16, መጋቢት 2004

ቦታ መስዋእቲ፡ ዒራዒሮ።

2. መሓሪ ያእቆብ

ኣውቲስታ ምንባሩ ይገልጽ፡፡ ናይ መን ምንባሩ ግን ኣይተፈልጠን፡፡

መለለይ ኮዱ ቁጽሩ 15

ዕለተ መስዋእቲ-----2008

ቦታ መስዋእቲ፡ ዒራዒሮ ።

3 ኪዳነ ወዲቀሺ

ኣባል ምልክት ነበር።

ኮድ መጸዊዒኡ ቁጽሩ 5 ።

ዕለተ መስዋቲ፡ ወርሒ 10, 2009።

ቦታ መስዋእቲ፡ ዒራዒሮ።

4. ሳህለ-----

ስርሑን ዝነበሮ ቦታን---ኣይተፈልጠን

መለለይ ቑጽሪ 32

ዕለተ መስዋእቲ፡ ጥሪ 2005፡፡

ቦታ መስዋእቲ፡ ዒራዒሮ።

4. ኣብ ኣዚዩ ተኣፋፊ ኵነታት ጥዕና ዝርከቡ እሱራት ፡-

1. ሃይለ ወ/ትንሳኤ "ድሩፅ"

ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ዝነበረ

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 4 ኢዩ።

ኣዒንቱ ዒዊሩ ፍጹም ኣይርእን። ምግቢ ማይ ብኢድ ስሒብካ ጥራይ ኢኻ ክተትሕዞ ዝከኣል። መልሓሱ ተቓሊፉ ዘረብኡ ኣይስማዕን። ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ (ብመሰረት ሓበሬታታት ኣባላት ሓካይም) ሕማም ሽኮሪያ ኮይኑ፡ ሰኣን ግቡእ ሕክምና ኣዒንቱ ዓዊሩ ፍጹም ክርኢ ኣብ ልዕሊ ዘይምኽኣሉ ነብሱ ክኣሊ ናብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ይርከብ።

2. ዶ/ር ስራጅ

ሓኪም ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 26

ኣብ'ዚ እዋን ክልቲኡ ኣብራኹ ጠሊምዎ ባዕሉ ክትስእን ኮፍ ክብልን ኣይክእልን። ከም ላም ግንቦተ-ሰነ ዓቢሩ ደጊፍካ ኢዩ ዝትስእ። ጠንቂ ናይዚ ውን ሕማም ሽኮሪያን ሰኣን ግቡእ ክንክንን ኢዩ።

3. ኣቶ ኣልኣዛር መስፍን

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 1 ።

ናይ ዓንድሕቐ ሽግር ኣጓኒፍዎ ባዕሉ ክትስእን ኣብ ምድር ቤት ሼላኡ'ውን ክንቀሳቐስ ኣይክእልን። ለሚሱ ኢዩ።

4. ጋዜጠኛ መቻልሕ ዳዊት ሃብተሚካኤል

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 12

ናይ ጽላላ ሽግር ኣጓኒፍዎ ብዙሕ ዘስደምም ሃተፍተፍ ክብል ይስማዕ። "ንስኻ ዲኻ ንጥፍኣተይ ካብ ፕረዚደንት ኢሳያስ ዝተላኣኽካ!"... ወዘተ ብምባል ይዛረብ።

5. ኪሮስ----

ኣባል 09 ነበር

መለለዪ ኮድ ቍጽሪ 21

ብምሒር ዕብራንን ነብስን ድርቀትን ተጠቒዑ ብምድጋፍ ጥራይ ኢዩ ዝትንስእ ዘለሞ።

6. ሜ/ጀ ብርሃነ ገረዝግሄር

ሓላፊ ለጂስትክስ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ነበር

መጸውዒ ኮድ ቑጽሪ 7 ።

7. ወ/ሮ ሚሪያም ሓጎስ

ኣተሓባባሪት ሽማግለ በዓላት ነበር።

መለለዪ ኮድ፡ 28 ።



ወ/ሮ ሚሪያም ሓጎስ

8. ስዒድ ዓረ

መለለዪ ኮድ 29 ።

9. ፎርኦን ወልዱ

በዓል ቤት ድምጻዊት ኣብርሀት ኣንከረ

መለለይ ኮድ ቑጽሪ 13 ።

(እዛ ኮድ ቑጽሪ"ዚኣ ኣብ እምባትካላ ናይ ስውእ ጀነራል ዕቑበ ኣብርሃ ዝነበረት ኢ.ያ!)

10. ዓሊ----

ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኣሜሪካ ነበር።

5. ሓድሽ ተርእዮ፡-

ኣብ 2007 ሓድሽ ኣልባሳት (ክዳውንትን ጫማን) መጺኡሎም ናብ ኣስመራ ዝተወሰዱ 2ተ ሰባት ነይሮም። እዞም ሰባት ቅድሚ ምእሳሮም ኣብ ኤምባሲ ኣሜሪካ ዝሰርሑ ዝበሩ ዜጋታት ኢዮም። ካብ ቤት ማእሰርቲ ቅድሚ ምውጽኦም ኮ/ል ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን መጺኡ ኑነታት ጥዕንኦም ርእዩ ተመሊሱ። ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልታት ሃንደበት ክዳውንቶምን ጫሞኦምን ቀይሮም ነንበይኖም ኣብ 2ተ መካይን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ብጸልማት ወጺኦም። ብርግጽ ናበይ የብልዎም እኳ ዝተፈልጠ እንተ ዘይነበረ እዞም ሰባት ዕድል ጌሮም! ክወጹ ግዲ ኢዮም! ዝብል ትሒምታታት ነይሩ። ወሚሎም ምስ ሕደሩ ግን ከምታ ዝወጽዋ በበይኖም ብጸልማት ከደኖ ተመልሱ። ዘይፍትሑ እንተ ኾይኖም ስለምንታይ ብኣለባብስኦም ጥዑያት መሲሎም ክወጹ ተደልዩ ...? እሱራት ምስ ተመለሱ ባዕሎም ፈዲሖምዎ። እቲ ምውጻእ ካብቲ ልሙድ ሽርሒ ህግደፍ ምኻኑ ጋህዲ ጌሮሞ። ነዞም እሱራት ዜጋታት ዘስርሕዎም ዝነበሩ ሰበ ስልጣን ኣመሪካ ንኡነታት ሃለዋቶም ብተደጋጋሚ ይሓቱ ስለ ዝነበሩ፡ ህግደፍ ህልዋት ኢዮም ጽቡቕ ኣለው ንምባል ዝሰርሕዎ ድራማ ኢዩ ኔሩ። እቶም እሱራት ምስ ተመለሱ ክፍሎም ብሓውሲ ጽላለ ዝመጸ ይምጻእ ኢለ ፈዲሕዎ። "እንታይ በዲለኩም ኢየ... ? ሓንቲ ጥይት በቒቕኩምለይ! ኣብ ሕሙም ከርሰይ መጣልዒ ዲፕሎማሲ ገይርኩምኒ" ብምባል ዓው ኢለ ተዛሪቡ ኢዩ።

ሽዑ ዝወጹ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡-

1. ዓሊ ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኣመሪካ

መለለይ ኮድ ቑጽሩ 3

2. ክፍሎም ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኣመሪካ

መለለይ ኮድ ቑጽሩ 35።

6. ለይተን ቀትርን ክልተ ኣእዳዎም ብካቴና ዝተሞቕሑ፡-

እዞም ዝስዕቡ እንትርፎ ነብሶምን ክዳኖምን ክሓጽቡን ዘንትእለት ተሞቕሑም ክነበሩ ዝተበየነሎም ኢዮም። ኩነታቶም ብተዛማዲ ዝሓሸ ኢዮም ክበሃል ይከኣል። ብኣካልን ብኣእምሮን ኣመንሚንካ ከም ካልኦት ብጾቶም ሰላሕታ ሞት ክሞቱ ዝተበየነሎም ኢዮም። ንሳቶም፡-


1. ጴጥሮስ ሰሎሙን (ወዲ ሰሎሙን)

መለለዪ ኮድ ቑጽሪ 2 ።

2. ጋዜጠኛ ስዮም ጸሃየ

መጸውዒ ኮድ ቍጽሪ 10

(እዚ መለለይ ኮድ ቍጽሪ ኣብ እምባትካላ ናይ ስውእ ጆሽዋ ዝበረ ኢዩ።)




ጋዜጠኛ ስዮም ጸሃየ

3. ብ/ጀ እስቲፋኖስ ስዩም

ሓላፊ ፋይናንስ ሚ/ር ምክል'ኻል ነበር

መለለይ ኮድ ቁጽሩ 23።



ብ/ጀ እስቲፋኖስ ስዩም

4. ኣቶ በራኺ ገ/ስላሴ

ሚኒስተር ዜና ኤርትራ ነበር

መለለዪ ኮድ ቑጽሪ 34 ።



ኣቶ በራኺ ገ/ስላሴ

5. ኣማንኤል ኣስራት

ጋዜጠኛ ጋዜጣ ዘመን

መለለይ ኮድ ቑጽሪ 25።

6. ተመስገን ገብረየሱስ "ክርቢት"

ጋዜጠኛ ጋዜጣ ቀስተደመና

መለለይ ኮድ ቑጽሪ 22።

7. ኣቶ ክፍሎም-----

ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኣመሪካ


መለለይ ኮድ ቑጽሪ 35።

8. ዳዊት ኢሳቕ

ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሰቲት

(ኣብ 2007 **ኢዩ ናብ ዒራዒሮ ኣትዩ።**

መለለይ ኮድ 36።)



ጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ

9. ኪሮስ----

ኣባል 09 ነበር

መለለይ ቁጽሩ 21

ኣብ ልዕሊ ዕብራኑ ብካቴና ዝተሞቕሐ ኢዩ ።

10.ተስፋይ-----

መለለዪ ቁጽሪ 16።

ስለ'ዚ ካብ 35 ጠቕላላ እሱራት እቶም 15 ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተሰውኡ 20 ድማ ክሳብ"ዚ እዋን ሓበሬታ ብህይወት ዘለው ኢዮም። ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለዩ መዓከናት ዝተፈነወ ዝርዝር ኣስማት 11 ስዒኣት ሓቂ ኢዩ ኔሩ። ዛጊታ ብድሕሪኦም ዝሰዓቡን ኣብቲ ዝሓለፈ ዘይተጠቕሱን ስውኣት ድማ 4ተ ኢዮም። ዝርዝር ኣስማቶም ድማ፡-"

1. **ኣቶ ጀርማኖ ናቲ**

2. **መሓሪ ያቆብ**

3. **ኣቶ ኪዳነ----**

4. **ጋዜጠኛ ማቴዎስን ሃብተኣብ**

ኮይኖም መለለይ ኮድ ቁጽሮምን ዕለት መስዋእቶምን ኣብ ላዕሊ ተሓቢሩ ኣሎ።


ዒራ-ዒሮ
ጽባሕ ክተ-ምስክር ኢ.ያ!

7. ኮነታት ኣባላት ሓለዋን ሓለፍትን እቲ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ

1. መንነትን ኮነታትን ሓለፍቲ፡-

1. ሌ/ኮ ኢሳቕ ኣርኣያ (ወዲሓኪም) ላዕላዋይ ሓላፊ እቲ ቤት ማእሰርቲ ኢዩ። እዚ ሰብ እዚ ኣብ መዳይ ምምሕዳር ሓለዋ ርክቡ ምስ ሜ/ጀነራል ገ/ኣብሔር ዓንደማርያም (ውፁ) እዩ ኔሩ ። ድሕሪ ሞት ነጋዳይ ፍቕረን ሰዒቡ ዝመጸ ምፍጣጥ ውፁን ስምኡን ገ/ድንግልን ግን ምምሕዳራዊ ርክባቱ ምስ ሜ/ጀ ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ንኩነታት እሱራት ዝምልከትን ቀደም ይኹን ሕጂ ቀጥታዊ ርክቡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳያስ ጥራሕ ኢዩ።

- እዚ ሰብ ንእሱራት ምንም ርሕራሄን ሕልናን ዘይብሉ ጨካን ፍጥረት ኢዩ። ላዕለዎት መራሕቱ ዝነበሩ ኣብ ዘቃጽል ሃሩር ተኣሲሮም ንሱ ግን ነታ ዘላቶ በይናዊ ስልጣን ተጠቂሙ ራሽን ወዲ ራሽን ሰዉኣትን ካብ ዓቕሚ ኣሃዱ ዝተፈሓቑ ኣባላትን ክለቓቕም ይውዕል ኣሎ።
- ክ/ሰ 32 ኣረኪቦሞ ዝኸዱ ሕርሻ ፍልፍል ሰሎሙና ኣሃዱ ሓለዋ እናዋፈረ የካይዶ ኣሎ። ኩንታላት ኣራንሺ፡ ኮሚደረን ዕፉንን ናብ ዕዳጋ እንዳውረደ ይሸይጥ። ሰነድ ኣታዊን ወጻኢን ዘይብሉ ማእለያ ዘይብሉ ገንዘብ የውጽእ ከም ዝነበረ 'ውን ኣብ ቀረባ ግዜ ተቓሊዑ ኣሎ። ግንቦት 2009 ተኸለ ግርማጽዮን ዝተባህለ ኣባል ፋይናንስ ዒራዒሮ ምስ ካልኣይ ርእሱ ዶብ ክሰግር ኣብ ከባቢ ዓዲኻላ ተታሒዙ ስለምንታይ ወንጀል ከም ዝፈጸመ ምስ ተሓተተ *ወዲ ሓኪም ብዘይ ዝኾነ ሰነድ ገንዘብ ኣውጺኡ ክህቦ ይእዝዘኒ ስለ ዝጸንሐ ንነብሰይ ፈሪሐ ክሃድም መሪጸ ኢለ።* ድሕርዚ ኣባላት ፖሊስን ሰራሕተኛታት ፋይናንስ ነቲ ናይ ሒሳብ ሰነዳቱም ዓሺጎምን ከይዶም። ንሌ/ኮ ወዲ ሓኪም'ውን ናብ ኣስመራ በዚ ጕዳይ ተጸዊዑ እኳ እንተነበረ በጺሑ ተመሊሱ ኣሎ። እቲ ገንዘብን እቲ ኣሃዱ ዘፍረየን ኣጣልን ወዲ ሓኪም በይኑ ዘይኮነ ካልኦት መባልዕቱ ስለ ዝነብርዎ ንመን ሒዝካ መን ክግደፍ ኢሎም ንግዚኡ ዝገደፍዎ ኢዩ ዝመስል። በታ "ጻዕዳ ውኻርያ" ዝተሰየመት 2ተ ዝጋቢናኣ ሃይልኩስ መኪና ኣጣል ጸጺዑ ናብ መንበሪ ገዛ ፕረዚደንት ይወስደን ከም ዘሎ ዝተረጋገጸ ሓቂ ኢዩ። ኣጣልና ጻዕዳ ውኻርያ ወዲኣተን" እናተባህለ ክጭረቑሉ ይወዓል ኣሎ።

- ውጺኢት ስርቂ ድማ ኣብ ከተማ ዱባርዋ ከመይ ዓብዩ ገዛ ሃኒጹ ኣሎ። ያኢ ካብ ትዕዝብቲ ሓፋሽ ክኸወል "ሳላ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ብርሃነ ሓወይ እየ እዚ ገዛ ሃኒጸዮ " እናለበ ኢዩ ዝዛረብ።
- ካብኡ ቀጺሎም ዝርከቡ ሓለፍቲ፡-

1. ተለንተ ተስፋኣለም ሃብተ ኣዛዚ 1ይ ሓይሊ
2. ኮፕራል ሚኪኤል ወልደ ኣዛዚ 2ይ ሓይሊ
    - ኣዛዚ ምስ 2 ምልክቲ ----------3
    - 1ይ ሓይሊ ምስ ኣዛዚኣ ----------29
    - 2ይ ሓይሊ ምስ ኣዛዚኣ----------28
    - ክፍልታት ቦጦሎኒ
    - ኣባላት እንዳ ሕርሻ----------7
    - ኣባላት እንዳፈርኖ ----------6
    - ኣባላት ኣንዳ ቀጠባ ----------3
    - 2 ነርስን 3 ኣጋር ሓካይምን ----------5
    - ኣውቲስታ ----------2
    - መጋቦ (በብግዚኡ ዝቀያየራ) ----------4
    - ጠቕላላ 87 ኣባላት ሓለዋን ስታፍን ኣለው።

8. ውሽጣዊ ነዊነታት ኣባላት ሓለዋ፡-

- ናይቲ ሓላፊ ተኣመንትን ጃሱሳትን ኮይኖም ጎሊሖም ዝረኣዩ 2ተ ኢዮም። ምክትል ኣዛዚ 2ይ ሓይሊ ትንሱእ ተወልደ --ዕባይ ቤት ትምርቲ ሰውራ ነይሩ ዝበሃልን፡ ኣብ 2ይ ሓይሊ ምክትል ኣዛዚ 2ይ ጋንታ ዝኾነ ስዩም ስቲፋኖስን ኢዮም።
- ዓቕኑ ካብ ኣባል ናብ ካልእ ኣባል ይፈላለ እምበር ብሓፈሻ ኣብ ኣባላት ሓለዋ ሚራሚሮ ከቢድ ጭንቂ ኢዩ ዘለሎ። *እዞም ሰባት ዜጋታትና ኢዮም። ንናጽነት መሪሖም ኣብዚ ኣብጺሖምና ኢዮም፡ እናረኣናንን እናሰማዕናን ኣብ ቅድሚ ዓይናን ይረግፉ ኣለው! ኢሉ ዝሓስብን ዘስተንትንን ብዙሕ ኢዩ። ንሳቶም ምስ ሃለቑ ጸባሕ ንዓናስ መን ክምሕረና ኢሉ! ሚስጢሮም ንምዕባጥ ንዓናስ በቢሓደ ክጥፍኡና ኢዮም!* ኢሉ ብዛዕባ ባዕሉ ዝሓስብ'ውን ኣይተሰኣነን። ናይዚ ጭንቂ መርኣያ ክሳብ ሕጂ 2ተ ነፍሰ ቅትለት ዝፈጸሙ፡ ሓደ ከኣ ዝተጸለለ ኣለዉ።

1. ተኸስተ መረጸ ዝተባህለ ወዲ ማይ ጻዕዳ ከባቢ ዘላምበሳ ኣብ 2007 በገዛእ ጥዮቱ ንባዕሉ ቀቲሉ። እዚ ሰብ እዚ ብዛዕባ'ዞም እሱራት ኣዝዩ ዝጭነቐን ዘስተንትንን ዝነበረ ሰብ ኢዩ።

2. ተስፋይ ገብረሂወት ዓዱ ገዛ ሓምሎ ጥቓ ክሳድ ዒቃ 2008 ነፍሰ ቅትለት ፈጺሙ።

3. ዘርኣም ዝበሃል ቆሓይነታይ ኣባል ምልክት ነበር---ብክቱር ጭንቀት እዞም ሰባት ዝተጸለለ እዩ። ካብቲ መዓስከር ሃዲሞም ካብ ሃገር ዝወጹ ኣባላት ሓለዋ ብርክት ዝበሉ ኢዮም።

ንስለ ድሕነት ስድራኣም ኣስማቶም ክንገልጽ ኣይንደልን።

መደምደሚ ርእይቶ

ዒራዒሮ ብ2001 ኣይኮነ ተኸፊቱ። እቲ ውድብ ካብ ዚጅምር ብዙሓት ዒራዒሮታት ሓሊፉ ኢዩ። ደሞክራሲ ኣብ ዘይብሉ ሃገር፡ ባይቶ ኣብ ዘይፈቅድ መንግስቲ፡ ብናጻ ሓሳባትካ ምግላጽ ኣብ ዘይጻወር ስርዓት፡ ዒራዒሮ ኪህሉ ግድን ኢዩ።

ኣብዚ እዋን`ዚ፡ እቶም ኣብ ዒራዒሮ ተኣሲሮም ዘለዉ ተጣበኞቲ ሰብኣዊ መሰልን ድሞክራስን፡ ኣብ ልዕል`ቲ ናይቲ ተኣሲሮምሉ ዘለዉ ኮንተይነራት ወይ ጐዳጉዲ ዘስካሕክሕ ኵነታት ኪሳቐዩን ኪሞቱን ከለዉ ገሊኦም ድማ ዓዊሮም ለሚሶም ስንኪሎም ሞቶም ይጽበዩ ኣለዉ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብታ ምቅርቲ እዋን ናጽነት ከምዚ ዝበለ ግፍዕታት ኪርኢ ኣይምተገበአን ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ኪእሰርን ኪስደድን ኣይመድለየን ነይሩ። ግን እቲ ብስዉር መገዲ ናብ ኣምባገነንነት ዚሳገር ዝነበረ መሪሕነት ከይሓሰቦ ደበኽ ኢሉዎ። እቲ ብኣሸሓት ስዉኣት እተረኽበ ናጽነት ከኣ ተረጊጹን ተደቒሱን ይቕጽል ኣሎ።

እቲ ኣምባገነናዊ መሪሕነት ክሳዕ ዘሎ፡ ዒራዒሮታት ኪቕጽል ኢዩ። ግን ነነዊሕ ዚኸይድ ኣይመስልን። ከመይሲ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣሸሓት ከፊሉ ዘምጽኡ ናጽነት ኪጭወን ናብ ገደል ገጹ ኪጐዓዝን ከሎ ትም ኢሉ ዚርኢ ኣይመስልን። ግዜ ይወስድ ይኸውን። እቲ ሓቂ ግን ኪግለጽ ኢዩ። ሽዑ ድማ እሱራትን ስዉኣትን ዒራዒሮ ሓቅነቶም ኪረጋገጽ ኢዩ።

ኣማኑኤል ሳህለ

Disigne: **Basse**

Mob. +251911930051
E-mail: basse444@gmail.com

Cretive Design, Magazine, Brochor,
Newspaper, Billbored, T-shert,
and more …..

ትዕቢት ጎልያድ

ዘርእስታ ብዳን ኮነል ተደሪሳ ብናጽነት ኣስመሮም እተተርጕመት መጽሓፍ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ቀስ ኢሉ ዚፍሕም ዝነበረ ናይ ኣምባገነናዊ ስርዓት ብመልክዕ ቃለመጠይቅ ገይራ እተላለዪ መጽሓፍ ኢያ።

እቶም ሕጂ ኣብ ዒራዒሮ ዚሓቁ ዘለዉ ከም በዓል ድሩዕን ጴጥሮስ ሰለሙንን ሸሪፎን ወዘተ. ናይ ደሞክራሲ እሱራት ወይ ስዉኣት፡ ተመክሮኦም መሰረት ብምግባር ንጠንቂ ምፍጣር ኣምባገነንነት ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ኢሳያስ ዚኽተሎ ዝነበረ ዝንዑዕ ሜላታትን ፕሮፓጋንዳን ጸለመን ፍሉይ ሓበሬታ ከበርክቱ ክኢሎም ኣለዉ። ስለዚ እቲ ብዛዕባ ኩነታት ሃገሩን እዚ ሕጂ ኣትያቶ ዘለ ናይ ጸልማት ኣዋንን፡ ስደትን ኩናትን ወዘተ. መንስኤ ኪመራመር ዚደሊ ሰብ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ካብ ጫፍ ንጫፍ ከንብባ ኣገዳሲ ኢያ። ብተወሳኺ እውን ብዛዕባ ናይ ኢሳያስ ፍሉይ ባህርያትን ምንቅስቓሳትን ብዛዕባ ኣብያተ ማእሰርቲ ዒራዒሮን ካልኦትን እኹል መግለጺ ተዋሂቡ ኣሎ።
ኣብ ርእስ ዚ፡ እቲ ትርጉም ብውሕሉልን ንጹርን ብሩህን ትግርኛ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ኣንባቢ ብምንም መገዲ ከሰልችዎ ከም ዘይክእል ከረጋግጽ እፈቱ።

ሰናይ ንባብ
ኣማኑኤል ሳህለ

ኮነል፡ - ብዛዕባ ሳልሳይ ዙር ኩናት፡ ምዝለቕ ባረንቱን ምስኡ ዝተሓሓዝ ፍጻሜታትን ገለ ዘረባታት ኣለው። ነቲ ምዝለቕ ዝኣዘዘ ኢሳያስ ባዕሉ ምንባሩ ሓበሬታ' ሎኒ። ንዓሰብ ንግድፋ፡ ናብ ሳሕል ነዝለቕ ዝብሉ ኣማራጺታት' ውን ቀሪቦም ኔሮም። ንዓኻ ዑቕበን ብርሃነን ኣብ መጻወድያ ንምእታው ይቀራረብሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ ከምዚ ዝበሉ ሓሳባት ተሰሚዖም ኔሮም።

ጴጥሮስ፡ - ኣብ ክቢድ . . . ክቢድ ቅልውላው' ዮም ኔሮም። እዚ ንሳሕል ንመለስ ዝተባህለ ከም ምርጫ' ውን ክሕሰብ ዝከኣል ኣይኮነን። ሀግደፍ "ንሳሕል ኪድና ኣብቲ እምባታት ክንዋጋእ ኢና" ኢሎም ንህዝቢ ምጉስጓስ ጀሚሮም ኔሮም። እዚ ግና ምርጫ ኣይኮነን። ርእይቶና ንጹር' ዩ ኔሩ። ድሕሪ ባረንቱ ካብ ዛለምበሳ' ውን ነዝለቕ። ጥቓ ዓሰብ ንዕረድ፡ ንውዕል ሰላም ንቀበሎ፡ ኣንጻር ኣመሪካ ምኺን ኣየዋጽኣናን' ዩ ዝብል' ዩ ኔሩ። ኣርባዕተ ነጥቢ።

